ምስ መን ክዓርቀኪ?

ልብ ወለድ ዛንታ

ድርሰት፡ ብንያም ፍስሃጽዮን

ጽጋብ ባሕሪ ዝጎስያ ግመ ንከተማ ኣስመራ ጐልቢቡ ክሸፍን ይህንደድ ነበረ። ጸዓዱ ደበና ሰማይ ጸቢብዎም ከም ዝወረዱ። ኣብ መሬት ክዓስሉ ተራእዩ። መኣዛ ኣብ ቅርዓት ቤታ ተዓኒዳ ንጐልጐል ዓዲ ሰጉዶ'ያ ተማዕዱ ነይራ። ከም ማዕበል ባሕሪ እናተጋላበጠ ንዝረኸቦ ዝውሕጥ ዝነበረ ግመ ግን ንትዕዝብታ ኣምኪንዎ። ኣዒንታ ብግመ ተኸዊሉ ምንም ነገር ክርኢ ኣይከኣለን። መኣዛ ኣዒንታ ኣፍጢጣ ኣብ ሓሳብ ተሸመመት። ዝነበረቶ ገዛውቲ። ቤት መኻእ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ከባቢ ኣስመራ'ዩ። ኣብ ቤት ምኻእ ካብ እትመጽእ ክልተ ዓመት ኣለዋ። ክልተ ክፍሊ ዘለዎ ብጭቃ ዝተገድገደ ናይ ሸጉራት ቤት'ዩ። ካብ ቅርዓት ቤታ ሜትሮታት ርሒቑ ተኽሊ በለስን ገረብ ቀላሚጦስን ብጻዕቂ ይርከብ።

"ኡፍ!" መኣዛ ብሓይሊ ኣስተንፊሳ ብደዋ ፈዘዘት። 'ኣብ መንጐ'ቲ ግመ ኣቲኺ ከም ዕንቁ ሸርብ በሊ' ዝብል ሓሳብ ውትፍ ውትፍ በላ። ግመ'ሞ ናበይ ክሰዳ ይኽእል? ተረፍ ጭንቀታ ዘልዓለቶ ሓሳብ ትርጉም ኣልቦ ምኽኑ ተጋህደላ። ሂወት ቅሳነት ኣብ ዘይብሉ መንብሮ ጥሒላ ብብስጭት ካብ እትጓዓዝ ዓመታት ኣለዋ። ንምስንኻል ሂወታ ወሳኒ ግደ ዝነበሮ ዕድላ ድዩ ፍጡር ወዲ ሰብ ክበርሃላ ኣይከኣለን።

"ዕድለይ'ዩ! ቅርሱስ ዕድል ሒዝካ እትነተወሊድካ ዘልኣለም ክትሳቐ ኢኻ እትነብር።" ተስፋ ብምቑራጽ ኣስተንተነት። ሓጐስ ዝሃደሞ ገጻ ጽወግታ ይንበቦ ነበረ። ዝተኣስረ ኣጠማምታኣ ንሓዋሩ ዝፍታሕ ኣይመስልን። ኣዒንታ ንብዓት ሓዚሎም ክፍርሽሑ ቁጽርጽር ይብሉ ነበሩ። ንእንግድዓኣ ምሉእ ብምሉእ ዘይሸፈንት ሓጻር ነጸላ'ያ ተኸዲና። ዝሕልሕል ኢሉ ክነሱ ቁሪ ኣየሰከፉን። "ነየናይ ነብሲ'ዩ" ኢላ ተስፋ ቆሪጻ'ያ።

ኩምራ ጡጥ ዝመስል ጸዕዳ ግመ ከም ብሓደ ዓቢ ሓይሊ ዝተኣዘዘ ካብ መሬት ተቑንጠጠ። ምድረ-ሰማይ ከም ቀደሙ በርሃው በለ። መኣዛ ኣብ ኣፍደገ ገዝኣ ተቑሚጣ ንማዕዶ ክትጥምት ጀመረት። ኣዒንታ ነቲ ጐላጉል ሰጊሩ ኣብ ዓዲ ሰጉዶ ዓለበ። ቤተክርስትያን ዓዲ ሰጉዶ ካብ ኩሉ ፍርይ ኢላ ተራእየታ።

"ኩሉ ሓላፊ ኢዩ።" በለት ነቲ ቅድሚ ቁሩብ ደቓይቕ መሬት ብሒቱ ዝጸንሐ ግመ እናዘከረት። "እወ ብተስፋ ንዝጽበ ሰብ። ሸግር ሓሊፉ ኣብ ራህዋ ክበጽሕ ግድን'ዩ።" ባዕላ ንዘልዓለቶ ሓሳብ ኣራገደቶ። "እህህ!" ተስፋ ብምቑራጽ ኣስተንተነት። ሸግር እናሓለፈ ተማሊኡካ ከም ዝዕዘር ዘኪራ ካኣ ተስፋ ጸልማት ኰና።

ዝተወለደትሉ መሬት። ዝዓበየትሉ ከባቢ... ጭካኔ እምበር ለውሃት ኣይለገሰላን። "ሂወት። ምንባር ለውሃት ኣይለገሰላን። "ሂወት። ምንባር ዋጋ ዘይርከቦ ምስ ስቅያት ምዕንዳር'ዩ። ሸግር ክሓልፍ ተኹርሚኻ ምጽባይ። ድኻም ሰኒቕካ ናብ ዘልኣለማዊ ዕረፍቲ ምስጓም'ዩ።" ዝብል ዘረባ ትዝ በላ። ናይ ኣእምሮ ሕማም ዝነበሮ ኣኮኣ። ካብ ልሳኑ ዘይፈልየን ዝነበረ ሓረጋት'የን። ንዘረብኡ ዘኪራ ድማ ኣብ ሓቅነቱ ረዓመት። ሸግራ ክሓልፍ ኮፍ ኢላ ምጽባያ ዕሸነት ኮይኑ ተሰምዓ። " ኣኮይ ሓቁ'ዩ። ሸግር ብጸሎት ጥራይ ኣይሓልፍን'ዩ። ገጢምካ ክትስዕሮ። ኣብ ልዕሊኡ ቃልሲ ክተካይድ ኣለካ።" ብሕርቃን ኣስናና ለኺታ ግይጽ በለት። ንዝነበረቶ ኩነታት ክትብድህ ዓቕሚ ኣይነበራን። ሸግራ ብኣምላኽ ክሓልፍ ክትጽሊ ጥራይ'ያ እትኽእል። ዓቕማ ድሩት ምኽኑ ዘኪራ ውሽጣ ብሕርቃን ተቓጸለ። "ሓቅኻ ኔርካ ኣኮይ። እንታይ'ሞ! 'በየናይ ኣእጋር ኣሰጋጋር' ትብል ዓባየይ" በለት። ንኣኮኣ ዘኪራ ድማ ንብዓት ሰዓራ። ብሕማም ኣእምሮ ተሳቐዩ ካብ ዝመውት ዓመት ኣለዎ።

"ኣብዚ ሂወት'ዚ ዝደርበየኒ መን'ዩ? ዕድለይ። ድኽነተይ?" መኣዛ ንነብሳ ሓተተት። "ከም ፍጡር ወዲ ሰብ ትንፋስ ሰኹዐ ኣብ'ዛ ዓለም ክነብር ካብ ዝፍለጠኒ። ዕድልን ድኽነትን እናተበራረያ ድሂኽናኒ'የን። ሎሚ'ውን ገና ጸረን ካብ እንግድዓይ ኣየፍኰሳን።" ዕድልን ድኽነትን ኣብ ቅድሚኣ ዝረኣየተን ክትመስል ኣዒንታ ኣፍጠጠቶ። ኣብ ልዕሊኡን ዝነበራ ጽልኣት ኣንፊሳ እትውድአ ኣይመስላን'ዩ። "መኣዛ ዘመስግን ሕልና ይሃልኺ። ሎሚ ድኻ ኣይኮንክን። ከምዚ ናትኪ ዘይረኽባ ብዙሓት ኣለዋ" ሕልናኣ መጐታ። "እንታይ'ሞ! ሂወት ማለት ምብላዕ ምስታይ ኣይኮነን። ኣብ ሸላ ተዓጽዩ ዓመታት ዝኽርትት ሰብ። ምሩጽ ይብላዕ ይስተ ዕግበት ክህልዎ ኣይክእልን'ዩ። ሂወት ማለት ሓጐስ ኢዩ። ሓጐስ ንምርካብ ድማ ፈለማ ናይ ኣእምሮ ናጽነት'ዩ ዘድሊ። ኣነ እዚ የብለይን። ኣብ ቤት ዘይተዓጸኹ እስርቲ'የ። ምስ ዝበላዕክዎን ዝሰተኽዎን ናብ ውሽጠይ ዝወርድ ስቅያት ኣለኒ።" ኣማረረት። ኣብ እንግድዓኣ ዝተጐልበበታ ሓጻር ነጸላ ስሒባ ። ብንብዓት ንዝተርከሰ ምዕጉርታ ደረዘቶ። ሰለስተ ዓመት ዝነብዓቶ ንብዓት ነጠብጣቡ እንተዝውህለል። ከም ካፋ ሓምለ-ነሓሰ መሬት መጨቀወ። ገና'ውን ንጸረርታ ንብዓታ ዝዓግት ተስፋ ኣይረኽበትን። ንልባ ዘህድእ - ንስቅያታ ዝዓግት ካብ ቤታ ሃጽ ኢላ ምጥፋእ'ኳ እንተኾነ። ኣይገበረቶን። ብድሕሪኡ ዘየቕስን ከቢድ ጾር ኣለዋ።

መኣዛ። ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ንዝረኣያ። ብዘይጥርጥር ‘ስማ ዝመርሓ ቆንጆ” ኢሉ’ዩ ዝዛረበላ። ሰገን ዝመስል ቁመታ ቀው ኢልካ’ዩ ዝጥመት። ቅጥን ኢላ። ምልያ ዝመስል ልስሉስ ኣካላት ነይርዋ። ቁመናኣ ንመነባብሮኣ ይመስል ኣይነበረን። ብምኾት ከም ዝዓበየት ምስጉን ነብሲ’ዩ ነይርዋ። ቀይሕ ሕብራ ወትሩ ጨራ ጸሓይ ዝዓረፎ ክመስል ብሩህ’ዩ። ሎሚ ግን ‘ክልተ ግዜ ተራእያ’ ናብ ዝብል ኣዘራርባ ዘብጽሕ ቁመና’ዩ ተሪፍዋ። ከም ዝሃንጐ እኽሊ። ከም ዝናብ ውሒድዎ ከይበጽሐ ዝቅምስል ሸዊት ኣካላ ማጢጉ ይርከብ። ንድኽነታ ዘይኰነ ንናይ ጽባሕ ተስፋኣ ዝሕብር ድሙቕ ፍሽኽታኣ የለን። ገጻ ደበና ከም ዝድበንበነሉ ሰማይ ከሰል ተኽዲኑ ኢዩ። ክልተ ምዕጉርታ ማዳ ኣሳፊሕዎ ነበረ። ኩሉ ኣካላ ናይ ሓዘን ካባ ዝተጐልበበ ይመስል። ዝተረፈ እንተነይሩ። ዛውያ ጸጉራን ብንብዓት ዘይጨምጨመ ኣሚንታን ጥራይ’ዩ።

“ኣየ መኣዛ! ብናይ ተስፋ ምርኪስ እትጓዓዚ። ኣብ ማእከል ኣእሻሹ ዝበቐልኪ ሓረግ! ንኹሉ ተስፋ። ሂወት ክሳብ ዘላ! ኣየተስፋ። ዘይዘንብ ደበና ሰማይ። ዘየዕግብ ናይ ሕልሚ እንጌራ ከም ዝኾነ ኣይፈለጥክን! ብተስፋ እናተታለልካ ሂወት ናብ ስቅያት ንምስላይ’ዩ ተስፋ ዝእመን። ተስፋ ንወዲ ሰብ መዓር እናወጣወጠ ናብ ስቅያት ዝመርሕ ዘገምጁ ናይ ማዕዶ ትርኢት’ዩ። እናቐረብካዮ ከም ጽላሎት ዝርሕቕ ምርኢት! ዘይጭበጥ ግን ክትሕዞ ኣእዳውካ እትወጣወጠሉ ሕልሚ። ዝመጻኪ ነገር ሕማቕ ይኹን ጽቡቕ ከይፈለጥኪ ኣብ ተስፋ ምሕንጋር- ብተስፋ ምጽባይ ትርጉም የብሉን። ዝተጸበኽዮ ተስፋ ካብ ድኽነት ንኽትገላገሊ’ምበር እናበላዕኪ ኣብ ናይ ስቅያት ባሕሪ ክተንሳፍፊ ኣይነበረን። እንተኾነ። ኩሉ ኣንጻር ኮይኑ ጸኒሑኪ። ሂወት ናይ ገዛእ ርእሳ መንገድታት ኣለዋ። ዕጫኣ እትውስን ባዕላ’ያ። ብተስፋ ዘይኮነ ብጽሕፍቶኣ’ያ እትነብር። ዝመጽእ ሂወትኪ ተስፋ ክህልዎ’ዩ ኢልኪ ኣይትሕሰቢ። ዝጐበጠት ገረብ ክትቀንዕ ኣይትኽእልን’ያ። ናትኪ ሂወት ከም ካይላ ኣብ ረመጽ ጠቢሶሞ’ዮም። ከም ገንሸል ፋሲካ በጃ ውልቀ-ሰብ ኴንኪ ንመስዋእቲ ሓሪርኪ ኢኺ። እዚ ስለ ዝኾነ። ተስፋ ኣብ መሸጐራጉር ኣይትመጻክን’ያ። ንሳ ስለ ዘይትመጸኪ ንስኺ’ውን ኣይትጸበይያ።” ዝብል ስምዒት ካብ ውሽጣ ክግንፍል ተፈለጣ። ነብሳ ከም ዝሑል ማይ ዝተኻዕዎ ዝሕው በላ። ኣይጸንሐትን ተነኽኒኻ ፊቕ በለት። ኣብ ውሽጣ እናዓኹኹ ዝምጕትዋ ዝነበሩ ቃላት። ሓቂ መሲሎም’ዮም ተራእዮማ። ብሩህ መጻኢ ከም ዘይህልዋ ስለ ዝኣንፈቱ። ብነብሳ ተጠራጠረት። “ሓደ መዓልቲ ክሓልፈለይ’ዩ” ኢላ’ያ ተስፋ እትገብር። ብንብዓት ዝጨቀወ ገጻ ቁንጫል ተስፋ ካብ ምምዕዳው ዓዲ ኣይወዓለን። ተስፋ እናኣማዕደወት ንዘጋጠማ ሽግር ተጻዊራ ሓሊፋቶ’ያ። ምስ ነፍሲ - ወከፍ ሓዳስ መዓልቲ ራህዋ ክትቅልቀላ ትምኒት ኣለዋ። “ሓንቲ መዓልቲ ኣላ።” እናበለት ንዝኣመነታ ዕለት ክትጽበ’ያ ምንባር መሪጻ። እንተኾነ ። ሓደ ሓደ ግዜ ባዕላ እተበግሶም ሓሳባት። ምንባር ክትምንን ይደፋፍእዋ። ኣብ ሂወታ ሕማቅ ክትፍጽም ‘ኣጆኺ! ኣጆኺ!’ እናበሉ ከተባብዕዋ ይፍለጣ። ናይ ነገር ሰይጣን ግዲ ኮይኑ ድማ ኣብ ምውልዋል ትወድቕ። ሓደ ሓደ ግዜ “ሓቆም’ዮም” ትብላ ንነብሳ። ሕስብ ኣቢላ ድማ ክትነጽጐም ትፍትን። ግን ኣብ ውሽጣ ቦታ ስለዝረኸቡ ይቆራቆስዋ’ዮም።

ብወገን ምብራቕ ጨራኣ ንምልጋስ ክትቃለስ ዝጸንሐት ጸሓይ ነጸብራቓ ኣቐልቀለት። ግመ ስለዝወደቐ እምበር ርፍድፍድ ኢሉ’ዩ። ዝሕልሕል ክብል ዝጸንሐ መሬት ብልግሲ ሙቐት ፋሕ ፋሕ ክብል ጀመረ። መኣዛ ግን ከም ዝቐረረት ጭብጥ ኢላ ነበረት። ከም ማይ ዝሃረማ ጫቕኣት ነብሳ ኣእሺኺ ኩርምይ በለት። ጸሓይ ትበርቕ - መሬት ይሙቕ ንዓኣ ፍልልይ የብሉን። ውሽጣ ከትከት ዝብል ዛሕሊ ኣለዎ። ተስፋን ሓጐስን ዝተሓረምዎ ሂወታ። ጸሓይ በሪቓ ጨራታት እንተዕረፈትሉ ሙቐት ትልግሰሉ ኣይመስልን’ዩ።

“እህ!” ቆዘመት። እትፈትዎ ሰብ ሞይትዋ ኣብ ከቢድ ብኽያት ዝጸንሐት’ሞ ሓይላ ደኺምዋ ኣብ ምቕዛም ዝኣተወት’ያ እትመስል። “ፈጣሪ እዚ ዘለኽዎ ሃለዋት ምስ ሂወት ድዩ ክጽብጽበለይ?” ፈጣሪ ካሕሳኡ ክልግሰላ ተመነየት። ነጸላኣ ስሒባ ዓይናን ጸረርታ ኣፍንጫኣን ደረዘት። ንሂወታ ከም ምውትቲ ብዙሕ ግዜ ነቢዓትላ’ያ። ኣሚንታ ደረቕ ንብዓታ ዘይምንጻፉ ብዙሕ እዋን የተሓሳስባ’ዩ። ኩሉ ዝሰተየቶ ፈሳሲ እናተጸምቕ ንንብዓት ዝኸውን’ዩ ዝመስላ። ሓደ ሓደ ግዜ ምንባዕ ክትገድፍን ትርር ክትብልን ሓሳብ ኣለዋ። እንተኾነ። ጽኑዕ ከብዲ ኣይተፈጥራን። ንብዓት ንሸግራ መፍትሒ ከም ዘይከውን እናፈለጠት ደጋጊማ ትነብዕ። ኣዲኣ ገኒሐን ተሓሊልወን’ዩ። ናብ ቤታ እናክመጻ። “ዓይንኺ ክጠፍኣ’የን” ብምባል’የን ዝቋየቋኣ። መኣዛ ግን ንዘረባኣን ብዘሻቕል ስምዒት ኣይረኣየቶን። ንሂወታ’ውን ከም ህልውቲ ኣይትሓስባን’ያ። ንናይ ካልኦት ደስታ ጊላ ክትከውን ብዘይድልየታ ትነብር ከምዘላ’ያ እትፈልጥል። “ኣብ ትንፋስ ዘይብላ ሂወት ዓይኒ እንታይ ዓባሲ ኮይኑ” ትብል ብልባ።

“ዓለም ንፍጡራትኪ ኣሻሹ ክትኴነ። ኣርዐት ስቅያትኪ ኣብ እንግድዓና ክትጸምዲ። ምድራዊት ሲኦል ኴንኪ ብነበልባልኪ ትንፋስ ክትህሙሹ። ተስፋ እናማዕደና ጸላም ክትቅርቢ ዝረገመክስ መን ኮን ይኸውን?” መልሲ ንምርካብ ንከባቢኣ ጠመተት። ቀላሚጦስ ብተስፋ ተነንዩ ክስዕስዕ ረኣየቶ። ኣብ ልዕሊ ገላዕታ በለስ ተቐሚጠን ዝፋጽያ ዝነበራ ኣዕዋፍ ኣብ ዓይና ኣተዋ። ሕጉስቲ ዘይምኽና ዘኪራ ድማ። በተን ኣዕዋፍ ቀንኣት። ኣብ መንጮኣን እተን ኣዕዋፍን ዘሎ ፍልልይ ናይ ሂወት ክኣ ኣብ ሓሳባ ውትፍ በላ። ንሓንቲ ደቒቕ ከምኣን ክትከውን ተመነየት። ንዕአን ዝሃበ ናጽነት ንዓኣ’ውን ከም ፍጥርቲ ከም ዝግባኣ ተሰወጣ። ናብ ድልየታ በሪራ ክትዕዘር በሃገት። ናጽነት ረኺባ ካብ ጸታዊ ጊላነት እንተትገላገል። ንፈጣሪ ካልእ ኣይምለመነቶን። ኣእዳዋ ሰንድያ ዝተኹርመየ ኣእጋራ ኣሳፍሓቶ። ሰብ ኴይና ምፍጣራ ከም ዓቢ በደል ቆጸረቶ። ዋላ ሓጺር ዕምሪ ይሃልዋ ሃመማ ኮይና እንተትፍጠር ምበሃገት። ንሱ ምሉእ ናጽነት ዘለዎ ኮይኑ ተሰምዓ።

“ሰብ ኴንካ ተፈጢርካ ካልእ ምምናይ እንታይ ይዓብስ?” ትምኒታ ትርጉም ከምዘይብሉ ፈለጠት። ኣዳምን ሄዋንን ካብ ገነት ክባረሩ ዝሰነቐዎ መርገም ብጥቕሉሉ ኣብኣ ዝዓረፈ ኴይኑ ተሰምዓ። ዝፈጸመቶ ኣበሳ ከይህሉ ክትዝክር ፈተነት። መልኣኽ ክትከውን ከም ዘይትኽእል ትኣምን’ያ። ከም ሰብ ግን ዝፈጸመቶ ከቢድ ሓጥያት ኣይነበራን። “እንታየ በዲለካ ፈጣሪ?” ኣዒንታ ንሰማይ ኣንቃዕሪራ ሓንሓነት። በደል ዘይብላ ክነሳ ቅጽዓት ክወርዳ ኣይተዋሕጠላን። ንሰብ ዘይሓንሓነት ንፈጣሪ ክትሕንሕን ምድላያ ቀልጢፉ ኣጠዓሳ። ዓባያ “ሰብ ብጽሕፍቶኡ’ዩ ዝኸይድ።” ዝበልኣ’ውን ዘከረቶ። “ፍቓድካ ይኹን ፈጣሪ” እናፈርሐት ኣመስገነት። “ጽሕፍቶይ ንዝህቦ የብለይን።” ፈትያ ጸሊኣ ኣብ ስቅያት ክትነብር ተቐበለቶ። ስቅያት ግን ስለ ዝተቐበለቶ ዝጽወር ኣይኮነን። ካብ ምስ ስቅያት ምንባር። ሂወት መኒና ዕዝር ክትብል’ያ እትመርጽ። ናበይ? ዝብል ሕቶ ግን መልሲ ረኺባትሉ ኣይትፈልጥን። ዘይፍጸሙ ሓሳባት ኣብ ኣእምሮኣ እናተጋማድሑ’ዮም ዝበኑ።

“ንምንታይ እነብር ኣለኹ?” ዘይትምልሶ ሕቶ ኣልዓለት። እቲ ሕቶ መን’ዩ ክምልሶ ኣይተረድኣን። ሂወት ዋላ ትድለያ ኣይትድለያ ታተ እናበለት ከም እተጓዕዛ ዝዘንግዐት መሰለት። “ሰብ እንተተፈጢሩ ኪንዮ ምንባር እንታይ ምርጫ ኣለዎ?” ሕልናኣ’ዩ ሓቲትዋ። “እንድዒ!” መለሰት። ካልእ ክህልዎ ከም ዘይክእል እናኣመነት። “ዘይሓልፈሉ እንተኾይኑ ግን ሓጥያት ከይወሰኽ ምሟት ይሕሾ። ስቅያት ኣብ ልዕሊኡ ሸኾርተት ክብል ከፍቅድ የብሉን። ሞት ዕረፍቲ እንተኹይኑ ንዝሳቐ ሰብ ኪንዮኡ ካልእ መዕቆቢ የብሉን።” በለት ብልባ። ዋላ ኣይተድምጽ ነድሪ ነይርዋ። ኣብ ክልተ መታልሓ መግለጺ ነድራ ዝሕብሩ ጸለምቲ ሰራውር ተገታተሩ። ‘ሞት’ እትብል ቃል ምስ ዘከረት። ሓደ ዘፍርሕ ስምዒት ንኣካላ ክወርር ተፈለጣ። ብኮፋ እንከላ ነብሳ ኣንቀጥቀጠ። ዝተዘርግሐ ኣእጋራ ናይ ምድንዛዝ ስምዒት ገበረላ።

“ሞት ኣብ ማዓሙቕ ጉድጓድ ዓምጺጻ እተእቱ ምሕረት ዘይብላ ዘልኣለማዊት ድቃስ’ያ። ንሞት ዝህንጠ። ኣብ ሓጐስ ጥራይ ከጽልል ዝምነ ንሽግር ዘይበቅዕ ድኹም ፍጡር ኢዩ። ንሱ ንሞት ጸዊዑ ዕምሩ ክሓጽር ወትሩ ይህንጠ። ሞት ግን ጸዋዒ ኣየድልያን’ዩ። ከም መዓልቲ ምእንቲ ርእሳ’ያ እትመጽእ።” ኣብ ኣእምሮኣ ዘፍርሕ ሓሳብ ተወለደ። መኣዛ ካብ ዝተቐመጠቶ ሰላሓ ኢላ ተንሰኣት። ኣዒንታ ፈጢጦም ቀባሕባሕ ይብሉ ነበሩ። መልኣከ ሞት “ኦሆይ!” ከም ዝበላ። ከይትርእዮ ኣዒንታ ኣብ እተእትወን ጠፍኣ። ንበይና’ዩ ነብሳ ተጻዒንዋ። እተን ሕጉሳት ኣዕዋፍ ክሸበራ ኣይረኣየትን። ከባቢኣ ዝተለወጠ ነገር ኣይነበሮን። “ኡፍ!” መኣዛ ካብ ሳናቡኣ ኣየር ኣውጽኣት። ክንድቲ ዘውጽኣቶ ድማ ንውሽጢ ኣእተወት። ኣተነፋፍሳኣ ቁርጽ ቁርጽ በለ። ልባ ክትሓንን ተፈለጠታ። ሞት ኣብ መንጮ ገላዕታ በለስ ኣዝቢቡ ዝጐብጣ እናመሰላ ናብ ልዳት ገጻ ሰጐመት። “በስመኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቁዱስ” ኣድመጸት ናብ ቤታ ምስ ተቐልቀለት።

ኣብ ካልኣይ ክፍሊ ናይቲ ቤት መሪር ናይ ህጻን ልቕሶ ተሰምዐ። መኣዛ ወላድ ማህጸና ሓበጭቦጭ እናበላ። ናብ’ቲ ወዳ ዘልቀሰሉ ክፍሊ ኣተወት። “ናሆም....ናሆመይ” ሕጉስቲ ክትመስል ናይ ዜማ ቃና ብዘለዎ ድምጺ ንወዳ ካብ ዓራት ሓቕሩፋ ኣልዓለቶ። ናሆም ወዲ ዓሰርተ ወርሒ ህጻን’ዩ። ኣብ ሕቕሬ ኣዲኡ ምስ ኣተወ። ብኽያቱ ኣቋሪጹ ፍሸኽታ ኣርኣየ። ናሆም። ስቅያት ዝገንፈላ ኣሰር ሓዲግካ። ቁርጽ ኢሉ ንመኣዛ’ዩ ዝመስል። መኣዛ ነቲ ተስፋ ናይ ምንባር ዝኾነ ህጻን ኣብ ሕቕፋ ኣእትያ ኣሰራሰረቶ። ድቃስ ግዲ ዘይጸገበ ኮይኑ ክሕጐስ ኣይረኣየቶን። ጭንቀታ ናብኡ ከይሰግር ኣናተሰከፈት ጡባ ወተፈትሉ። “ካብ ሕጉሳት ስድራ ተወሊድካ እንተትኽውን ክንደይ ዕድለኛ ምኾንካ!” በልቶ - ቀው ኢላ እናጠመተቶ። ናሆም ዘረባ ናይ ኣዲኡ ዝተረድኦ ክመስል ምጥባው ኣቋሪጹ ጠመታ። ኣይጸንሐን እንተደገና ናብ ምጥባው ተመልሰ። ድቃስ ወሲድዎ ዝነበረ ዓወት ዝበራበር ክመስል ፍኒሕኒሕ በለ። ወዲ ሰለስተ

ዓመት በሹራ ንመኣዛ'ዩ። ንደቃ ካብ መጠን ንላዕሊ'ያ እተፍቅሮም። ሂወት መሪርዋ ክነሱ ምእንትኡም ዕምሪ ክትውስኽ ድልየት ኣለዋ። ሓዳር ጢሚምዋ ኣይኰነትን ተቐሚጣ። ተገዲዳ ከም ሰይጣን ምስ እትቐጽሮ ሰብኣያ ኢያ ተጻሚዳ። ቆልዑ እንተዘይትወልድ ምስ ዘይምእምኣ ሓዳር ኣይምተቐመጠትን። ደቃ ከይዝኽትሙ'ያ ነዛ ሂወታ ምንባር ፍቂዳ። ዓወትን ናሆምን ዱልዱላት ናይ ሂወት ኣዕኑዳ'ዮም። ንሳቶም እንተዘይህሉዉ። ገመድ ዕምሪ ሂወታ ስድሪ'ኳ ኣይምወሰኽን።

"ኢሂ ጸጊብካ/" ምጥባው ንዘቋረጸ ወዳ እናጠመተት ኣድመጸት። ናሆም በተን ቀዳሞት ጸባዊ ኣስናኑ ፍሸኽ በላ። ሓዘን ወሪስዎ ዝጸንሐ ገጻ ክፈታታሕ ጀመረ። ደቃ ፍሉይ ሓጐስ'ዮም ዝልግሱላ። ምሳኣም ክትዘናጋዕ እንከላ ንኹሉ'ያ እትርስዖ። ብደገ ገም ዝበለ ድምጺ መኪና ንልቢ መኣዛ ፈግ ከም ዝብል ገበሮ። ፍኒሕኒሕ ክብል ዝጸንሐ ዓወት ወዳ ብስንባደ ኣብ ዓራት ኩድም በለ። መኣዛ እዝና ጸልያ ትም በለት። ማዕጾ መኪና ብሓይሊ ዝዓጸወ ሰብ ህሩግ በለ። ወትሩ ብልዳት ክቐልቀል እንከሎ ድማ'ዩ ደማ ዝፈልሓ። ሽዑ'ውን ኣብ ገጻ ብልጭ ዝበለ ሓጐስ ጠፊኡ ሓዘን ወረሳ። ንድሕሪት ተመሊሳ ድማ ኣብ ትዝታ ተሸመመት።

2ይ ክፋል

እዋኑ 1987 ኢዩ። ፍርቂ መዓልቲ። ጸሓይ ኣብ ርእሲ ሰብ ነበረት። ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘርኣይ ደረስ። (ሎሚ ኢብራሂም ሱልጣን ተባሂሉ) ዝጽዋዕ ዘሎ ዝመሃሩ ተማሃሮ ካብ ዝፍደሱ ደቓይቕ ሓሊፉ'ዩ። መኣዛ ምስ መሓዛኣ ኤልሳ ዝጸሓፍ ስለዝነበረን ድሒረን'የን ካብ ክፍለን ወጺኦን። ካብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ወጺኦን ጸሊም ጽርግያ ክረግጻ እንከለዋ ከምኡን ዝደንጐዩ ሓደ ሓደ እንተዘይኮይኖም ተማሃሮ ጸሪሮም ነበሩ። ገዛውተን ኣብ ሓደ ከባቢ ስለዝነበረ። መሓዙት ጥራይ ዘይኮና መካይድቲ'ውን ኢየን። መኣዛ ቲራቮሎ። ኤልሳ ከኣ ካምፖቦሎ'ዩ ቤተን። ክልቲኤን ድማ ተማሃሮ ዓስራይ ክፍሊ።

"ብጣዕሚ ደንጉና ማለት'ዩ። ኩሎም ተማሃሮ ጸሪሮም!" ኣድመጸት መኣዛ ምድንጓየን እናኣተሓሳሰባ።

"ኣነ'የ ደንጕየ እንበር ንስኽስ ቀደም ወዲእኪ ኔርኪ" ኤልሳ ቂር እናበላ ተዛረበት። ሲነማ'ኣሉላ ኣባነጋ' (ሲነማ ኣዝመራ) ንየማን ገዲፈን። ብብሪስቶል ሆቴል ናብ ጐደና ኮሎኔል ሓይለኣብ(ሎሚ ጐደና ሰማእታት) ተበገሳ። ፖሊ ክሊኒክ ዝርከበሉ ህንጻ ከይበጽሓ ግን መኣዛ ስማ ክጽዋዕ ሰምዐት። ጂፕ ዝዓይነታ ወታሃደራዊት መኪና ኣብ'ቲ ጸቢብ ጐደና ደው ኢላ ምንባራ ኣየስተውዓላን። እንተዘስተውዕላ'ውን ካብ ንቡር ተርእዮ ወጻኢ ኣይምሓሰበኦን። እታ ጸባብ መንገዲ ሽዑ'የን ተጠቒመናላ። ንቐጽሪ ህንጻ 'ኣሉላ ኣባ ነጋ'(ሲነማ ኣዝመራ) ዘለዉ ወታሃደራት። ክልተ ሰለስተ ተማሃሮ ዝኸዳ እንተርእዮም ምልኻፍ ኣመሎም ስለዝኾነ። ካብኡም ንምህዳም'የን ነታ ጸባብ መንገዲ መሪጸን። እምበር። ምስ ኩሉ ተማሃራይ እንተዝወጻ ከይተሰከፉ ብፊት ሲነማ ኣዝመራ ምሓለፉ።

መኣዛ ዝጸውዓ ሰብ ክትርኢ ግልብጥ በለት። ድምጺ ምስ ሰምዐት ነብሳ ነጊርዋ ግዲ ኮይኑ ሰገጥ ኢላ'ያ። ኣብ ቅድሚ ጂፕ ዝዓይነታ ወታሃደራዊት መኪና ዝቐመ ቀጠልያ ክዳን ዝተኸደነ ወትሃደር ረኣየት። ንገለ ካልኢታት ቅዝዝ ኢላ ኣብራኻ ኣንፈጥፈጠ። ወርሒ ይገብር ደው ኣቢሉ ኣዘራሪብዋ ነይሩ። ሕልፍ ክብል ዝለኸፋ'ምበር ዳግማይ ዝምለሳ ኣይመሰላን። ዓሳክር ደርጊ ኣዋልድ ተማሃሮ ኣብ ዝረኽቡሉ እዋን ስለዝለኽፍወን። ብፍሉይ ኣይጠመተቶን።

"ኤልሳ ንዓይ ድዩ?" ንዓኣ ምኟኑ እናፈለጠት ካብ ፍርሓት ዝተበገሰ ሓተተት። ቀው ኢላ ኣይጠመተቶን። ርሑቕ ክነሱ ብትሕቲ መልሓሳ'ያ ኣድሚጸ። ሕሹኽታኣ ሰሚዕዎ ከይከውን'ውን ፍርሓት ኣይሓደጋን።

"እንድዒ!" ኤልሳ'ውን ብትሕቲ መልሓሳ ኣድመጸት። ንዓኣ ከም ዘይጸውዓ ኣይተጠራጠረትን። መኣዛ ክብል ብንጹር ሰሚዓቶ'ያ። እንተኾነ ከተረጋግጸላ ኣይደለየትን። ወትሃደር ደርጊ ንኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ክጽውዕ ቅዝሕ'ዩ ዝብል። ኤልሳ'ውን ካብ ከምኡ ስምዒት ኣይወጸትን።

"እንታይ ደኣለይ ክገብር?.. ምጽዋዕ'ሲ ጸዊዑኒ'ዩ" እዝና ንዝሰምዖ ሓቂ ከይፈተወት ተቐበለቶ። ስለዘይደለየቶ ክርሕቀላ ዝኽእል ኣይነበረን። ሰሚዓ ከም ዘይሰምዐት ትም ከይትብል ከኣ ስማ ዘስዕበላ መዘዝ ኣፍርሓ። ኤርትራዊ ዝነበሮ ሂወት ንዓኣ ጋሻ ኣይኮነን። ወትሃደራት ደርጊ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ድላዮም ከም

ዝገብሩ ትፈልጦም'ያ። እቲ ወትሃደር'ውን ሓደ ካብኦም'ዩ። ዋላ ኣብ ማእከል ጽርግያ እንተቐተላ መን ኢኻ ዝብሎ የብሉን።

"ትም ኢሊኪ ንዕናይ!" ኣሕሸኽሸኹት ኤልሳ። 'እንታ'ዲኡ ኣሕሊፉላ'ዩ'ኽ? ዝብል ስምዒት ሓደራ። ሕርቃን ዘበገሶ ናይ ዓያሹ ስምዒት ምንባሩ ግን ቀልጢፉ'ዩ ተረዲእዋ። ከምኡ ምፍጻም ንነብስኻ ኣብ ሓደጋ ካብ ምእታው ዝሓልፍ ኣይነበረን። ኤልሳ'ውን ሓሪቓ'ምበር ጠፊእዋ ኣይኮነን። ንዓኣ እንተዝጽውዓ ጸሎት እናደገመት ሰላሕ ኢላ ከም እትኽዶ ነብሳ ትፈልጣ'ያ። ዘየጋጠማ'ውን ኣይኮነን። ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ወትሃደራት ደው ኣቢሎም ሓቲቶማ ኢዮም። ካብ ትርኢታ ንላዕሊ እናጋነኑ ብቑንጅናኣ ከም እተማረኸ ገሊጾሙላ። ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ሞት ዝኣወጀ መልሓሶም። ንዓኣ ፍቐሪ እናድመጹላ ቆዚሙ። ኤልሳ ግን ተዳህሊላ ኣይኣመነቶምን። ንሳቶም'ውን ድሓን ይእተዉ ከእምንዋ ኣይተመላለሱን።

ክልቲኣን ነግ-ፈረግ እናበላ ካብ ቆይመንኡ ዝነበራ መንገደን ቀጸላ። እቲ ወትሃደር ንመኣዛ እናጠመተ ይጽበ'ዩ ነይሩ። ምሕሸኹሻኹን ናይ ገዛእ ርእሰን ዘረባ ዝሓዛ'ምበር ዝተመሻጠራሉ ኣይመሰሎን። ምስ ተበገሳ ግን ሕርቃን ክትል በሎ። ከም ዝተደፈረ ኣንበሳ ክሳዱ ክነፍሕ ጀመረ።

"ኣንቺ መኣዛ!" ኣድመጸ ብዓውታ ኣዒንቱ ፈጢጠን ናብ መኣዛ ኣተኰራ። 'ናይ መን ንዕቀት'ዩ?' ዝብል ኒሕ ኣብ ውሽጡ ተገላበጠ። ምእዛዝ ዝለመደ ባህርይኡ ኣብ ሲቪል ኤርትራዊት ስለዘይሰርሓሉ ተቐጥዐ።

"ኤልሳ ጥራዘይ ሓዝለይ። ዝብለኒ ክሰምዕ ክኸዶ'የ።" ጥራውዝታ ኣቐቢላ ኣጻብዕታ ጨባበጠቶ። ከብዳ ዝርግርግ ኢሉ ድምጺ ክገብር ጀመረ። ጠምያ ድያ ፈሪሓ ግን ኣይተረድኣን።

"ኣብታ መኪና እተዊ እንተድኣ ኢሉኪ ከይትኣትውሉ' ኤልሳ ምኽርን ምሕጽንታን ለገሰትላ። ውሽጣ ብሕርቃን ኩምትር ኢሉ ነበረ። ክሳብ መዓስ ብኽምኡ ከም ዝቐጽላ እናሓሰበት ድማ ሓንሓነት። እንተኾነ ወትሩ ከምኡ ኪጋጥመን እንከሎ'ያ እትሕንሕን። ክፉእ ተግባራት ዓሳክር ደርጊ ከኣ መመሊሱ ይደጋገም። መግዛእቲ ክሳብ ዝጽረግ ብዝወርደን ግፍዕታት ወትሩ እህህ ከም ዝብላ ጥርጥር የብላን።

"ልዕሊ ዓቕመይ እንተኾይኑ 'ኡይ!' ክብል'የ ንስኺ ድማ ትኽተልኒ" ተላበወት መኣዛ። ኣውያት ፈንያ ዘድሕና ሰብ ክትረክብ'ዩ ግምታ። እምነታ ግን ከፊላዊ ነበረ። ካብ ወትሃደር ከድሕን ዝኽእል ኤርትራዊ ክርከብ ዘበት'ዩ። ዋላ እንተፈተነ ተላኻኺሞም ከም ዝሓቁ ትፈልጥ'ያ።

መኣዛ ከብዳ ብፍርሒ እናእወየ ናብ'ቲ ወትሃደር ሰጐመት። ኣእጋራ ደፊሩ መሬት ይረግጽ ኣይነበረን። ጽርግያ ስለዝኾነ'ምበር ተዓንቂፋ ምወደቐት። ውሑዳት ሜትሮታት መንገዲ ዓመት ኮይኑ ተሰምዓ። ከም ዘይብጻሕ የለን ግን በጺሓ። ምድፋር ስኢና ቁሊሕ ኣይበለቶን። ርእሳ ኣድኒና ኣብ ቅድሚኡ ቆመት። ኣተነፋፍሳኣ ውሽጣዊ ፍርሓታ እናኸሸሐ ከድምጽ ሰምዓቶ። ክትቆጻጸሮ ዝገበረቶ ፈተነ'ውን ኣይተዓወተን።

ወትሃደር መጸውዒኡ ብቐልጡፍ ክዛረብ ኣይከኣለን። ንሱ'ውን ፍርሓት ተሰሚዕዎ ዘረባኡ ብምንታይ ከምዝጅምር ኣይፈለጠን። ድንን ስለዝበለትሉ ግን ፍርሓቱ ካብ መኣዛ ክኽውል ጽቡቕ ዕድል ረኺቡ'ዩ።

"ሓደ መዓልቲ ተላሊና ኔርና። ዘኪርክኒ'ዶ ኣለኺ?" ሓተታ ብኣምሓርኛ። ሰላምታ ኣይተለዋወጡን። መኣዛ ንዝቐረበላ ሕቶታት እንታይ መልሲ ከም እተዳልወሉ እናሓሰበት ስለዝተጸግዓቶ። ሰላምታ ኣይዘከረቶን። ነብሳ ተቐጻጺራ እንተትኽውን ግን ከም ትዕቢት ከይሓስቦ ተቐዳዲማ ሰላም ምበለቶ።

መኣዛ ከም ዘይዘከረቶ ብኣሉታ ርእሳ ነቕነቐት። ሓደ መዓልቲ ከም ዘዛረባ ትዝ ኢልዋ ነይሩ። እንተኾነ። ፍናን ክትህቦ ኣይደለየትን። ካብቶም ሞታ ዝኣወጁ ሓደ ምኳኑ እናፈለጠ "ዘኪርክኒ" ክብላ'ውን ኣይተዋሕጠላን። ኣብ መሬታ ንሱን ብጾቱን መዘከሪ የብሎምን። እንተለዎም ድማ እቲ ጨካን ተግባራቶም ጥራይ'ዩ። ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጸምዎ ግፍዒ ኣብ ኣእምሮ ነፍሲ-ወከፍ ኣሎ።

"እስከ ጠምትኒ!" ከም ክሰኣል ዝተቐረበ ቀኒዑ ተጸበያ። ጠሚታ ከተለልዮ'ዩ ተስፋ ገይሩ። ኣብ መንነ ክልቲኦም ዝነበረ ናይ ባህልን ናይ መንነትን ጋግ ኣይተሰቐሮን። መኣዛ ኣብ ቅድሚ ሰይጣን ዝቐመት'ዩ ዝመስላ ነይሩ። ንሱ ድማ ማርያም ንዕኡ ክትብል ከም ዝወረደት ይሓስብ ነበረ። መኣዛ ኣብ ልዕሊኡ ማዕረ ክንደይ ጽልኣት

ከምዘለዋ ኣይተረድኦን። ብዛዕባ ፍቕሪ ዝሓልም ዝነበረ። ነገራት ጥራይ'ዩ ዝረኣዮ ነይሩ። ቅድሚ ብኣካል ፊት ንፊት ዝረኽባ ብተደጋጋሚ ርእይዋ'ዩ። ሓንሳብ ጠላሕ ዝብል ስምሚት ካብ እትፈጥረሉ። ካብ ምክትታላ ዓዲ ኣይወዓለን። መኣዛ ግን እትፈልጦ የብላን። ኣይኮነን ወትሃደር ደርጊ ካልእ እንተኾነ'ኸ ክንደይ ዝከታተላኣ ኣሚንቲ ከተስተውዕል።

'ጠምትኒ' ስለዝበላ ስርቕ ኣቢላ ጠመተቶ። ቀልጢፉ'ያ ዓይና ጥቕስ ኣቢላ። ዝርኢ ኣየነበሮን። ረኣይኒ ኢሉ ክግተር ዘይምሕፉሩ ኣስደመማ። ጸላም ካብ ኣካሉ ከም ዝብገስ ኳኽ'ዩ ዝመስል። ድቕድቕ ጸላም'ኳ ከምኡ ገይሩ ኣፍሪሕዋ ኣይፈልጥን። ካብ ዝደነነቶ ዳግማይ ቅንዕ ምባል ሰኣነት። ርእሳ ደፊኣ ዘይሓሰበቶ ጸሊም ጽርግያ ትዕዘብ ነበረት። ጽልሚ'ቲ ወትሃደር ምስ ጽልሚ ዝረገጸቶ ጽርግያ ተወዳድር ዝነበረት ትመስል።

"ኣይዘከርክንን?!" ጸላም ብዘይካ ፍርሓት ካልእ መዘከሪ ዘለዎ ይመስል። ስለዘይዘከረቶ ቅሬታ ተሰምዖ። ፍረ ገጻ ስለዝደነነት ኣተኵሩ ክርኣዮ ኣይከኣለን።

"ኣይዘከርኩኻን-ረሲዐካ ኣለኹ።" በለቶ ሓንሳብ ቅንዕ ኢላ ዳግማይ እናደነነት። ናብኡ ኣይኮነትን ቀኒዓ። ኤልሳ መሓዛኣ ምህላዋን ዘይምህላዋን ከተረጋግጽ'ያ ጠሚታ። ኤልሳ ካብታ ዝገደፈታ ኣይተንቀሳቐሰትን። ናበይ'ከ ክትንቀሳቐስ? መሓዛኣ በላዒ'ዩ ጸዊዐዋ። ካልእ ይትረፍ ዘጋጥማ ከተረጋግጽ ነይርዋ።

"መቶ ኣለቃ ኣለማዮ ተፈሪ እበሃል" ኣፍልቡ ነፊሑ ብኣምሓርኛ ሓበራ። ኣብ ቅድሚ ዝሰግዱሉ ተራ ወታሃደራቱ ከም ዝቕመ ተታዕነነ። መኣዛ መዓርግ ይሃለዎ ኣይሃለዎ ዝህባ ትርጉም ከም ዘይብሉ ኣይፈለጠን። ንሳ በዓል መዓርግ ይኹን ተራ። ናብ መሬታ ህዝባ ከጽንት ከም ዝመጸ'ያ እትፈልጥ። ንሱ ግን ስግዳኑን ጸሎቱን ካብ መኣዛ ዝተፈልየ ነበረ።

መኣዛ ንዝሓበራ ስም ብድኑና ሰምዓቶ። በዓል መዓርግ ምኺኑ ምስ ሓበራ ምይቕኑ ኢላ'ያ። ስልጣኑ ተጠቒሙ ኣብ ልዕሊኣ ድላይ ከይፍጽም ፈርሐት። ተራ ወተሃደር እንተኾነ'ውን ድላዩ ክገብር መሰል ከምዘለዎ ኣብታ ደቒቕ ተሰዊርዋ ነበረ።

"ንስኺ'ኸ መኣዛ መን ትበሃሊ?" ብኣምሓርኛ'ዩ ሓቲትዋ። ክልቲኣም በብቋንቋኣም'ዮም ዝዘራረቡ። ንሱ ክሰምዕ እምበር ኣብ ምዝራብ ትግርኛ የጸግሞ'ዩ። መኣዛ ግን ብኣምሓርኛ ስለእተማህረት ክትዛረብ ዓቕሚ ኣለዋ። እንተኾነ። ናይ ኣዲኣ ቋንቋ ገዲፋ ናይ ባዕዲ ኣይመረጸትን። ኣብ ፍርሓት ጥሒላ ስለዝነበረት'ውን ብኣምሓርኛ ወልደፍደፍ ከይትብል ተሰከፈት።

"ተፈሪ" ኣብ ኣፉ ዝጸንሓ ስም ኢዩ። ሓሲባ ዘምጽኣቶ ኣይነበረን። ስም ኣቦኣ ብልክዕ ክትነግሮ ድሌት የብላን። ኣይኮነን መንነታ ክትሕብሮ ገጻ ከለልዮ ምኽኣሉ'ውን ኣይተዋሕጠላን።

"መኣዛ ተፈር።" ምሉእ ስማ ኣድሚጹ ሓሰበ። ተፈሪ ስለ ዝበለቶ ጓል 'መሃል ኣገር' ክትኮነሉ ብልቡ ተተስፈወ። ጓል ሃገሩ እንተኹይና ብቐሊሉ ከም ዘእምና ተስፋ ሓደሮ። ኣዋልድ ኣስመራ ኣብ ፍቕሪ ትዕኑናት ምኺነን'ዩ ዝግምት። "ያገሬ ልጅ ፍቅር ሲመጣት ኣበባ ተጐንጉና ነው የምትጠብቀው።" (ጓል ሃገረይ ፍቕሪ እንተመጺእዋ ዕምባባ ሓቑፋ'ያ እትጽበዮ) ዝብል ፍልስፍና ኣለዎ።

"ኣቦኺ ኣበይ ይሰርሑ?" ዓዳ ክሓትት ስለዘይደለየ ብተዘዋዋሪ ስራሕ ኣቡኣ ተወከሰ። ብስርሑም ትውልዶም ክግምት'ዩ ሓሲቡ። ኣበይ ይሰርሕ ክትብሎ? መዋቲ'ዮም።

"ኣውቲስት ናይ መንግስቲ'ዩ።" እታ ናይ መንግስቲ እትብል ቃል ኣጥበቐታ። 'መንግስቲ' ምባላ ዋልታ ከምዘለዋ ንኽፈልጠላ'ያ።

"ሹፈር ማለት'ሽ ነው?" ከረጋግጽ ደለየ። ብስርሑም ዝደለዮ ክግምት ኣይከኣለን።

"ኣውቲስታ እወ።" መለሰትሉ ብደው ረብሪባ እናተንቀሳቐሰት። ንነዊሕ ደው ስለዘበላ ሰልችይዋ ነበረ። ምድፋር ስኢናቶ'ምበር 'ክኽይድ' ክትብሎ ሓሳብ ነይሩዋ። ቀስ ብቐስ ፍርሓታ በኒኑላ'ዩ። 'ከማይ ሰብ እንድዩ' ዝብል ስምሚት ሓዲሩዋ ነበረ። ብሓቂ ግን ከምኣ ሰብ ኣይነበረን። ሰብ ብዘይምንባሩ ፈለማ ክጽውዓ እንከሎ ስምሚታ ነጊርዋ'ዩ። ኣራዊት ህሩግ ከም ዝበላ ነብሳ ኣንቀጥቂጡ'ዩ።

“ተፈሪ መን?” ሕቶኡ ቀጸለ። ተገሪማ ድፍር ኢላ ጠመተቶ። ድፍረታ ግን ነዊሕ ኣይቀጸለን። ቀልጢፉ ኣዒንታ ናብ ካልእ ኣዞረት። ቅዱስ ሚካኤል ኣብ ስእሊ ዝረገጾ ሰይጣን ኣብ ቅድሚኣ መጺኡ ደው ዝበለ’ዩ መሲሉዋ። ንሕቶኡ ኣይመስለሰትሉን። ምስሊ ናይ ሰይጣን ክትሓስብ ዝተሓተተቶ ረሲዓ ነበረት።

“ኣይሰማዕክንን ዲኺ? ስም ኣባሓጐኺ ሓቲተኪ ነይረ።” ደገመላ ህድእ ኢሉ። ሕቶኡ ቅጭ ኣምጺኡላ። “እንድዒ!” ክትብሎ ደለየት። ወንጀል ስለዘይፈጸመት እቲ ናይ ፖሊስ ዝመስል ሕቶ ምውሓጥ ኣበያ። ሕስብ ኣቢላ ግን ከም ዘየዋጽኣ ፈለጠት። ንኣባሓጎኣ’ውን ናይ ፈጠራ ስም ከተልግበሉ ሓሰበት።

“ዳንዮም” ናይ እትፈልጦ ሰብ ስም ረቐሐት።

“ምን ማለት ነው?” ተገሪሙ ሓተታ። ገብሩ። ኣለም። በራኺ... ዝብሉ ናይ ትግርኛ ኣስማት ኣብ ኣእምሮኡ መጹ። ዳንዮም ዝብል ሰሚዑ ኣይፈልጥን። በኹሪ እዝኑ ስለዝነበረት ትርጕማ ክፈልጥ ተሃንጠየ።

“መጻውዒ ስም።” ናብ ኤልሳ እናጠመተት ከይተገደሰት መለሰትሉ። ኤልሳ ዓቕላ ጸቢብዋ ከተዕገሽግሽ ረኣየታ። “መሓዛይ ትጽበየኒ’ላ ክኸይድ’ በለቶ ሓሳባ ናብ ኤልሳ ስለ ዝተዓዝረ። ጸሓይ’ውን ኣብ ርእሳ ኮይና ክትቀውም ኣየኽኣለታን።

“እሺ ክትከዲ ኢኺ። .. እንታይ ክብለኪ ደልየ መስለኪ...’ ዘረባ ከም ዝኣበዮ ልኽት በለ። ሓደ ብሓደ ቃላት ዝኣራሪ ክመስል። እናሓሰበ ንነዊሕ ትም በለ። “ብዙሕ መዓልቲ ርእየኪ ኣለኹ። ብኡ መጠን ኣብ ልበይ ኣቲኺ። ከም ዘፍቅረኪ ክገልጸልኪ’የ ጸዊዐኪ።” ቃላቱ ኣፍሲሱ ኣተንፈሰ። ንዕኡ ፈኺሱዎ’ዩ። መኣዛ ግን ካብ ልቢ ሰንበደት። ኣብ መሬታ ጽልኢ ክተክልን ደም ከፍስስን’ዩ መጺኡ። ንዕኡ ከይዘከረ ፍቕሪ ኣልዒሉ ምዝራቡ ጽውጽዋይ ኮይኑ ተሰምዓ። ሕርቃና ኣብ ጥርዚ በጺሑ ክነሱ ክትቆጻጸሮ ፈተነት። ኣይኮነን ፍትወቱ። ብበደሉ ክሕነቕ ብዓይና ክትዕዘብ ኣብ ኣደባባይ እንተትዕደም። ክትርእዮ ዘይትደሊ ሰብ ንፍቕሪ ክምነያ ናይ መወዳእታ ውርደት ኮይኑ ተሰምዓ። ፈጣሪ ንኣለማዮ ኣሕሊፉ ከይህባ ብልባ ለመነቶ። ብሕርቃን ንብዓት ክስዕራ ክትል ክትል በላ።

“ኣነ ብዘይካ ትምህርቲ ከምኡታት ኣይፈልጥን’የ።’ በለቶ። ኣይተጋገየትን። ጓል ዓሰርተው ሸውዓተ ዓመት’ያ። ጠመተቶ ጽልኣ ብዓይና ከወጽእ ደልዩ ነበረ።

“ኣይከውንን’ዩ። ክኸይድ መሓዛይ ትጽበየኒ ኣላ” ተወዲእዋ ብግስ በለት። ለቀብ ኣቢሉ ብምናት ሓዛ። ኢዱ ከም ክብደት ሓጺን ረዘና። ብዓይኒ ድንጋጸ ጠመትቶ። ኣጠማምታኣ ከፋንዋ ዝምሕጸን ነበረ።

“መዓስ ኢና እንራኸብ?” ከይለቐቐ ሓተታ። ብቐሊሉ ከምዘይገድፋ እናተረድኣ ከደ።

“እንድዒ!” ንሕቶኡ እትህቦ መልሲ ኣይነብራን። ምስኡ ክትራኸብ ፍጹም ድልየት የብላን።

“ቀዳም ኣብ ራንዴቮ ስዓት ሓሙሽተ ክጽበየኪ’የ።” መልሳ ክሰምዕ ጠመታ።

“ሕራይ።” ክትገላገል ሓሰበት። ኣዎንታዊ መልሳ ምስ ሰምዐ ገጹ ብሓጐስ ተወልዐ።

“ገዛ ከብጽሓክን’የ ንመሓዛኺ ጸውዕያ።” ሓጐሱ መግለጺ ሰኣነሉ። ካብ ቅድሚኡ ክትርሕቕ ‘ሕራይ’ ከም ዝበለቶ ፍጹም ጥርጣረ ኣይነበሮን።

“ድሓን ብኣውቶቡስ ክንከይድ ኢና።” በለቶ ዕሸነቱ እናተጋህደላ። ኢዳ ጨቢጡ ተፋነዋ። ኣብ ጽርግያ’ ኮይኑ። እናሰጐመት ቁመናኣ ተዓዘበ። ደጋጊሙ ምራቑ ወሓጠ። ንቀዳም ካብ ሽዑ እናሓሰባ ናብ መኪናኡ ኣተወ።

3ይ ክፋል

ጂፕ ዝዓይነታ ወትሃደራዊት መኪና ኣብ ቅድሚ ላተርያ ራንዴቩ ደው በለት። ሓለቓ ሚእቲ ኣለማዮ ምስ ካልኣዩ ማዕጾ ናይ መኪና ከፊቶም ብጸጋምን የማንን መሬት ረገጹ። ክልቲኦም ሲቪል ክዳውንቲ’ዮም ተኸዲኖም። ሓለቓ ሚእቲ ኣለማዮ ዝተኸደና ናይ ቆርበት ጃኬት። ሻርኔራ ዝበዝሓ ማይክል ጃክሰን እናደረፈ ኣብ ዝስዕስዓሉ ምስ ዘዘውትራ ትመሳሰል። ቀያሕ ሕብራ ንጸሊም ገጹ ውልዕ ስለዘበሎ። ጽልሙ ደሚቑ ነበረ። ጸሊም ቬሊቶ ስረን ፋሽን

ዝነበረ ሰማያዊ ቡት ጫማን ተኸዲኑ ድማ። ከም ዝተፈስሆ ኣየጠራጥርን። ነጋዳይ እምበር ንኤርትራ ክወርር ዝመጸ ወትሃደር ይመስል ኣይነበረን።

ስዓት ኣርባዕተ ድሕሪ ቀትሪ'ዩ። ዝነበረዎ ጐደና ሂወት ከም ዝጸልአ ጭው ጭው ይብል። ጐደናታት ኣስመራ ኣእጋርካ መሊእካ እትንቀሳቐሰሉ እዋን ኣይነበረን። ህዝባ ከም ዘይናቱ ካብ ዝርእዮ ዓመታት ኣለዎ። ማርቻፒዲታት ኳሕ ዝብል ናይ ኣስቃጥላ ታኒካታትን ተኣሲርዎም ኣብ ህዝቢ ስንባደ ስለ ዝፈጥሩ። ኣብ ቤት ኮፍ ዝብል ይበዝሕ። ከም ሓላዊ ግራት ዘርዓይ። ኣብ ዝበዝሑ ጐደናታት 'ዞር በል!' ዝብል ዘሰንብድ ድምጺ ካብ ምስማዕ። ከም ሓላው ስጡሕ ከይወጻእካ ኮፍ ዝምረጸሉ እዋን ነበረ።

ኣለማዮ ምስ ካልኣዩ ናብ ልዳት ላተርያ ራንዴቩ ኣምርሑ። ሓያል ድምጺ ናይ መኪና ግን ገጾም ክግልብጡ ቀሲብዎም። ኣብ ልዕሊኣ ብሬን ተኺሉ ዝተኾየጠ ወትሃደር ዝሓዘት ጂፕ መኪና ብፍጥነት በቲ ጐደና ተመርቀፈት። ደድሕሪኣ ከኣ። ኣይፋ ዝዓይነተን ሓሙሽተ መካይን ጦር ሰራዊት ጽዒነን ተመራሪሐን ሰዓባ።

"ናይ ድሓን ድዩ ደኣ'ዚ?" ምስ ኣለማዮ ዝነበረ ወትሃደር ሓተተ። ምንቅስቓስ መካይን እንተበዚሑ። ወትሃደራት ደርጊ ሽብር'ዮም ዝብሉ። "ወንበዴ ሕጂ'ኸ እንታይ ሓደጋ ኣውሪዱ!" እናበሉ ከብዶም ይሓቕኑ። ብፍላይ ኣብ ውሽጢ ከተማ ኣስመራ ዝነብሩ። 'ግዳጅ!' ተባሂሎም ንበረኻ ከይወፍሩ ብፍርሓት የምሰስዉ።

"ምን ኣውቄ በለጠ!" ልቡ እናተሸበረት መለሰ ኣለማዮ። ምስ መኣዛ ኣብ ላተርያ ራንዴቩ ፍቕራዊ ዕላል'ዩ ዝረኣዮ ነይሩ። ንስምዒቱ ዝሰብር ወዛሕዛሕ ናይ ወትሃደራት ክርኢ ድልየት ኣይነበሮን። ምኽንያቱ። ንዕኡ'ውን ከም ወትሃደር ይጸልዎ'ዩ። ኩነታት እንተዘይቀድዩ ኣብ ዝኾነ እዋን 'ተላዓል' ኣሎ። ሽዑ መኣዛ የለ ፍቕሪ የለ። "ወታሃደር ዝሰፍሮ ቦታ ኣይፈልጥን'ዩ። ንካልኦት እምበር መዓስ ንነብሱ ተፈጢሩ?!" ብምባል ኣስተንተነ። ናይ ሕርቃን ስምዒት'ዩ ገንፊልዎ። በለጠ'ውን ከምኡ ቡቲ ዝረኣዮ ኣይተሓጎሰን። ካብ ከተማ ኣስመራ ክወጽእ ድልየት የብሉን። ናይ ሓለቓ ሚእቲ መዓርግ'ዩ ዘለዎ። ኣስመራ ንዕኡ ኩሉ'ያ።

"ኣስመራ ሰሜናዊት ጽብቕቲ" በለ ብልቡ። ኣብ ኦሮማይ እትብል መጽፍሓ። በዓሉ ግርማ ንኣስመራ ዘመጐሰሉ ቃል እናዘከረ። ክልቲኦም ብሓባር ናብ ራንዴቩ ኣተዉ። ትኽ ኢሎም ንውሽጢ'ዮም ሓሊፎም። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ራንዴቩ ፍቕራት ዘዕልሉሉ። ፍሉይ ብሻምብቆ ዝተኸፋፈለ ቦታ ነይርዋ። ናብኡ ኣምሪሑም ተቕመጡ። እቲ ዝነበርዎ ቦታ። ደብዛዝ ብርሃን ዓሪፍዎ ነበረ። ኣብ'ቲ ስግሮም። ጽምዲ ፍቕራት ከዕልሉ ይረኣዩ። እቲ ሃሳስ ብርሃን ንፍቕርን ንምሕሸኽሻሹን ተባሂሉ ዝተመርጸ ይመስል።

"ረኣዮም። ዓለም ንዕኣም ኣብ'ዛ ጸባብ ናይ ሻምብቆ ገዛ ዝኣተወት ትመስሎም ኣላ።" በለ በለጠ በቶም ጽምዲ ጽምዲ መንእሰያት ቅንኢ እናተሰምዖ። ከምኡም ብዕድመ መንእሰይ'ዩ። እንተኾነ። ንእስነት ከየስተማቕራ 'ኤርትራ ለኣረብ ኣትሸጥም' ብዝብል ፕሮፖጋንዳ ደርግ ተታሊሉ ንኤርትራ ዝዘመተ ወትሃደር ነበረ።

"ዕድለኛታት'ዮም። ከማና ንነፍሲ ወከፍ መዓልቲ 'ክህሉ ድየ?' እናበሉ ዝጠራጠሩ ኣይኮኑን። ፍቕሪ ከዕልሉን ፍቕሪ ክሓስቡን ናጽነት ኣለዎም። እናፍቀሩ ፍቕሮም ከምኽኑ ግዴታ የብሉምን። ንሕና'ኳ ፍቕሪ እናተመነና ሂወት እንስእን ፍጡራት ኢና።" በለ ኣለማዮ ብትዕድልቱ እናሓዘነ። ኣሳሳዩ ጠለቦም ክሰምዕ ነቲ ዝተረበ ሻምብቆ ዘይሩ ብኣፍደገ ተቐልቀሎም።

"ንዓይ ድራፍት" በለጠ ቀዲሙ ኣዘዘ።

"ንዓይ ከኣ ፒንኣፕ ኣምጽኣለይ።"

"ድራፍት ዘይትሰቲ ፌስታዶ ኣይኮነን" በሎ በለጠ። 'ፌስታ' ምባሉ ምስ ኩነታቱ'ዩ ኣተሓሒዝዎ። ኣለማዮ ዘፍቀራ ጓል ክምርቐሉ'ዩ ሒዝዎ መጺኡ። በለጠ ብዕላል ጥራይ ኣእምሮኡ ተናዊጹ ነበረ። ዝሓደሮ ስምዒት ከቕስን ንመኣዛ ክርኢ ህንጡይነቱ ሰማይ ዓሪጉ'ዩ።

"መኣዛ መስተ ደስ ዘይብላ ከይከውን መጀመርያ ከረጋግጽ ኣለኒ።" ኩርዕርዕ እናበለ መለሰሉ። በለጠ ካርካር ኢሉ ሰሓቐ። ንኣለማዮ ዓርኩ ከም ዘይፈልጦ ኣተኩሩ ጠመቶ።

“ወዲ ምኽንካ’ምበር ክተረጋግጽ ኣለዋ። ወዲ መስተ ሰትዩ ርስንስን እንተበለ’ዩ ሰብኣይ ምኳኑ ዝረጋገጸሉ። ፒንኣፕ ደኣ ደምካ ኣዝሒሉ ኣብ ዕላል ፍቕሪ ፈዛዝዩ ዝገብረካ።” ስሓቕ ምዕጋት ኣብይዎ ቀጸለ።

“ትም ጥራይ በል በለጠ። ኣብ ሓንቲ መዓልቲ ኣብ ትዕዝብቲ መኣዛ ክወድቕ ኣይደልን’የ። እታ ዘፍቀርክዋ ጓል። ኣለማዮ ሰኽራም ከም ዘይኮነ ክትፈልጥ ኣለዋ።” ስዓቱ ተዓዘበ። ገና ናይ ቆጸራ ስዓት ኣይኣኽለን። ፍርቂ ስዓት ተሪፍዎ ነበረ። “እንታይ’ዩ’ዚ ግዜ ኣብ ሕጂ በጺሑ ላህመም ዝብል።” በለ ኣለማዮ ግዜ ከም ዑፍ ክበረሉ እናተሃንተየ።

“ግዜ’ሞ ከም ናይ ትማሊ’ዩ። ኣለማዮ ኣፍቂሩ ኢሉ ኣይጐዩ በለጠ ንመኣዛ ክርኢ ከም እተሃወኸ ኣይስቆሮ። ”

“ንስኻ ንመኣዛ ምእንቲ ክትርእያ ክሕንበብ ነይርዎ። ምእንቲ ጻድቃን’ኮ ግዜ ይሓጽር’ዩ። መኣዛ ድማ ንዓይ ጻድቕ’ያ። ብሓቂ እንተትርእያ በለጠ…” ስምዒቱ ምግላጽ ስኢኑ ኣእዳዉ ብኣድናቕት ኣወናጨፈ።

“ቀኒአ ኣለማዮ። ሎሚ ንመኣዛ ከይረኣኹ ካብ’ዚ ቦታ ኣይንቀሳቐስን’የ። ሽዑ ኩሉ ትብለኒ ዘለኻ ብዓይነይ ከረጋግጾ’የ። ‘ፍቕሪ ዕዉር’ዩ’ ዝበሃል ከይከውን እምበር።”

“ኣይትጠራጠር በለጠ። መኣዛ ዝወጻ የብላን። ኣብ ሰሜናዊት ጽብቕቲ ከተማ ዝተረኽበት ዘይትነፍር መልኣኽ’ያ። ኣዒንታ እንተትርእዮም…” በለጠ ክሰምዕ ሃህ ኢሉ ተጸበየ። “… ከም ዕንጉለ ውጽእ ውጽእ ዝበሉ’ዮም” መኣዛ ኣብ ቅድሚኡ ከም ዘላ ፍሽኽ ኢሉ ፈዘዘ። ብልቡ ዘዘራርባ ዘሎ ይመስል ነበረ።

“ከመይ ጌራ ማዕረ ክንድ’ዚ ተቐጻጺራትካ? ናይ መጀመርያ ኣፍቃሪትካ’ኳ ዘይኮነት! የውብዳር ዋላ ኣይፍለጣ ምሒር ከም እተፍቅራ ኢኻ ኩሉ ሳዕ እትገልጸለይ።” ዘረባኡ ናይ ቃልዓለም ከይከውን ጠመቶ።

“የውብ ዳር ከም ሸማ ኣብ ርሑቕ ተሪፋ ተረሲዓ’ያ። ዕምባባ ኣብ ዝርከቦ ሃገር ካብ መጻእና። ብናይ ማዕዶ ቆንጆ ክንሓስብ ምሳና ዝኸይድ ኣይኮነን። ወትሃደር ኣብ ዝኣተዎ ዓዲ ህይወቱ እተረስዕ ኣፍቃሪት ተድልዮ’ያ። ንመነባብሮና ብግዝያዊ ፍቕሪ እንተዘይረሲዕናዮ። ህይወት ከም ዕረ ክንለኽፋ ኣይንኽእልን ኢና።” በሎ።

“ኣብ ሰሜናዊት ጽብቕቲ ከተማ ዝተረኽበት መልኣኽ ደንጉያ።” በለጠ እናጨረቐ ሰዓቱ ተዓዘበ። ኣቐዲሞም ስለዝመጹ’ምበር ናይ ቆጸራ ግዜ ኣይኣኽለን።

“ዝኣዘዝናዮ ወዲ ደኣ ናበይ ጠፊኡ?” ኣለማዮ ኣብቲ ሃሳስ ብርሃን ቀባሕባሕ በለ።

“ንፍቕራት ዘቐድም ከይከውን?” በለጠ ሰሓቐ።

“ኣፍቃሪቶም ንዝጽበዮ’ምበር ከቐድም ነይርዎ። ምኽንያቱ። ብዝስተ ምእንቲ ክዘናግዐ።” ዘረባኡም ከይወድኡ ኣሳሳዩ ጠለቦም ሒዙ ከተፍ በለ። “ኣዕሩኽ ድሕሪ ኩሉ ድዮም ዝስርዑ ኣብዚ ገዛ?” ኣለማዮ ሓተተ።

“እ!” ኣሳሳዩ ኣምሓርኛ ስለ ዘይፈልጥ ከም ጸማም ኣድመጸ።

“ፍቕረኛሞች ዘይኮኑ ዝኣዘዘት ነገር መጨረሻ ነው ወይ ዝቀርበሎም?” በለጠ ትግርኛ ዝተዛረበ እናመሰሎ ክትርጕመሉ ፈተነ። ኣሳሳዩ ሽዑ’ውን ስለ ዘይተረድኡ እናሰሓቐ ገዲፍዎም ከደ።

“ኣሳሳዩ’ውን ድሕሪ ኩሉ ዝርድኡ ከይከውን የጠራጥር’ዩ” በለ በለጠ እናሰሓቐ። ወትሩ ሕጉስ’ዩ። ምስ ነፍሲ-ወከፍ ዘረባኡ ስሓቐ ኣላ። “ለጤናችን!” ብርጭቆ ድራፍቱ ኣልዒሉ ንኣለማዮ ጠመቶ። ብርጭቆ ሓጨው ዝብል ድምጺ ኣስምዐ። በለጠ ድራፍት ምስ መዓጐ ተረር ዝብል መጉስዕ መለሰ።

“ቁልቢ ገብርኤል ካብ ጥይት ወንበዴ ሓሊኻ ካብ ድራፍት ኣይትፍለየኒ” ንላዕሊ እናጠመተ ብሕሹኽታ ኣድመጸ።

“ንነብስኻ ጥራይ ጸሎት ትገብር?”

“ንኣለማዮ ዓርከይ ድማ ካብ ወንበዴታት ሓሊ ኻ። የውብ ዳር ኣረሲዕካ። መኣዛ ንኽተፍቅሮ ሓግዞ።”

“ተጻወት ጥራይ!”

“ምነው!” ካርካር ኢሉ ሰሓቐ። “ፈጣሪኮ ለምኑኒ ክሰምዓኩም’የ ኢዩ ዝበለ።” ሰሓቐ ኣቋሪጹ። “ፒንኣፕ ከመይ’ዩ? ፍቐሪ ፍቐሪ’ዶ ይጥዕም?” ድራፍቱ ጨሊጡ ብፍሽኽታ ጠመቶ።

“ብሓንቲ ድራፍት ሰኺርካ ሓቀይ?”

“ድራፍት መስተ ቆጺርካዮ። ሜታ ቢራ። ኣዲስ ቢራ። ሃረር ቢራ’ዩ ሰብ ክሰቲ ዘለዎ።” ኣፉ ማይ መልኣ።

“መሎቲ’ኽ?” ኣዘኻኽሮ።

“መሎቲ’ውን ጥዑም’ዩ። እንተኾነ ብመሎቲ ዝሰኽረ ሰብ ናይ ወንበዴታት ደርፊ’ዩ ባህ ዝብሎ። ኣነ ግን ናይ ወንበዴታት ደርፊ ክደርፍ ደስ ስለ ዘይብለኒ መሎቲ ኣይሰትን’የ። ሜታ ቢራ ሰትየ “የታጋይ ድምጽ ይጮሃል። ይጮሃል ከመቃብር። ትግሉን ኣፋፍም ይላል። ኣደራ ይላል ከምር። ተክዳ ታጋይ ያልፋል። የኛም ትግል ይቀጥላል። ” ኢለ’የ ክዝምር ዝደሊ። በለ በለጠ እናዘመረ።

“ስለዚ። መሎቲ ቢራ ወንበዴ ኮይኑ ማለትካ’ዩ። ብመሎቲ ቢራ ሰኺሩ ናይ ወንበዴታት ደርፊ ክደርፍ ዝሰማዕካዮ መን’ዩ።” ኣለማዮ ሰዓቱ እናተዓዘበ ሓተተ።

“ኣብ ዓሰብ ኣብ ጥቓ ወደብ እትርከብ ‘ነጭ ፈረስ ቡና ቤት’ መሎቲ ዝፈቱ ሓደ ሽማግለ ሰብኣይ ኣሎ። ምስ ሰኽረ ሓንቲ ዝደጋግማ ደርፊ ናይ ወንበዴታት ኣላቶ። “ናቐፋ ኢለን ተበጊሰን ንኽሓልፋ። ቀበጽኣ ሎምስ’ባ የለን ተስፋ” ኢያ እትብል።” ኣለማዮ ጽን ኢሉ ክሰምዕ ድሕሪ ምጽናሕ።

“እንታይ ማለቱ’ዩ?” ናቐፋ ምስ ኣልዓለሉ ኣብ ሻድሻይ ወራር ካብ ሞት ዝወጸሉ ጐቦታት ቅጅል ኢሉ ተራእይዎ ገጹ ጸወገ።

“ምን ኣውቄ። ናቐፋ። ተስፋ። ማለፍያ... ምን ልበለው።” ከም ደርፊ’ዩ ቆሊብዋ’ምበር ትርጉማ ኣይተረዳኣቶን።

“ኣብዮታዊ መንግስትና ናቐፋ ይብል፤ ወንበዴታት ናቐፋ ይብሉ፤ መሎቲ ሰትዩ ዝሰኽረ ናቐፋ ኢሉ ይደርፍ። ናቐፋ ልዕል’ቲ ዘኽበባ ጐቦታት ስማ በሪኹ ሰማይ ጠቀስ እምባ ኮይኑ።” በለ ኣለማዮ ጐቦታት ናቐፋ እናተዘከሮ። ንገለ ካልኢታት ኣብ ትዝታ ኣትዩ ተከዘ። ኣብ ናቐፋ ዝወደቑ ደቂ ዓዱን መታዓቢቱን ሓደ ብሓደ ተራእይዎ።

“ምነው? ጐቦታት ናቐፋ ቅጅልዶ ኢሎምኻ?!” በለጠ ብርጭቆኡ ጸንቂቑ ተዛረበ።

“ኣይተቐጀለትንን። ናቐፋ ካብ ኣእምሮይ ቀደም ወጺኣ’ያ። መንግስትና’ውን ዝረስዓ ይመስል ኣሎ። ‘ናቐፋ ትረኣየኒ’ላ’ እናበልና ዝረኣናዮ ሬሳና’ዩ። ሕጂ ዝረኣናዮን ዝሓዝናዮን እንተሓለና ዝሓይሽ ይመስለኒ።” በለ ኣለማዮ ናቐፋ ምሓዝ ይትረፍ ምዝካር ስግድግድ እናበሎ።

“ትጋገ ኣለካ ኣለማዮ። ናቐፋ። ናይ መጨረሻ ዕርዲ ናይ ወንበዴታት ማለት’ዩ። ወንበዴታት ከም ጐመዳ እናፈልሑ ዝብገሱላ ቦታ ብዘይካ ናቐፋ ካልእ የለን። ናቐፋ ወንበዴታት ሒዞማ እንተቐጺሎም ንዓና ሞትና፤ ንሕና እንተኣሕዲግናዮም ድማ ናይ ወንበዴታት ጥፍኣት ማለት’ዩ። ወሳኒን ናይ መጨረሻ ናይ ዓወት ግንባርን ንዓና ናቐፋ’ያ።” በለ በለጠ።

“በለጠ ኣእምሮይ ናብ ፖሎቲካ ጠምዚዝካዮ። ሕጂ ፍቐሪ’ዩ ኣብዚ ኣምጺኡና። ድራፍትኻ እናሰተኻ ናይ ፍቐሪ ኣዕልለኒ። ከም ኮሎኔል መንግስቱ ናቐፋ ናቐፋ ኣይትበል። ናቐፋ ንገዛእ ርእሳ ባዕላ እትከላኸል ከተማ ኢያ።” ናብ ኣሳሳዩ ኣቋመተ።

“ኣብ ናይ ኩናት ግንባር - ኣብ ናይ ናቕፋ ግንባር ክቐውም ኣይክእልን’ዩ። ናይ ኮሎኔል መንግስቱ ጭርሑ ረሲዕካዮ ኣለኻ። ከምኡ እንተዘይትኸውን ንናቕፋ ኣይምረሳዕካያን። ‘ወሰን እንተዘይተሓልዩ ማእከል ውሰን ይኸውን’ ኢሉ’ዩ ‘ጓድ መንግስቱ ‘ በለጠ።

“ከምኡ እንተኾይኑ። ማእከል ወሰን ስለዝኾነ ርእስና ንዲፍና ሕምብርትና ክንሕሉ’ዩ ዝግባኣና።”

“ኤርትራ’ኸ ካብ ኣዲኣ ኢትዮጵያ ትነጸል ማለት ድዩ?”

“ድራፍት ኣምጽኣሉ በጃኻ” ድራፍት ካብ ፖሎቲካ ጸጥ ዘብሎ ኮይኑ ተሰምዖ። ኣለማዮ ሰዓቱ ተዓዘበ። ከየተፈለጦም ካብ ናይ ቆጸራ ግዜ ፍርቂ ሰዓት ሓሊፉ ነበረ። “እንታይ ኮይና እዛ ጓል?” ምስ ነብሱ ዝዛረብ ክመስል ኣጉረምረመ።

“ደቂ ሓማሴን ቆጺርካ ዘይትፈልጥ እንተኹንካ ባህረን ኣይፈለጥካዮን። ፍቕረን እንተደሊኻ ግዜኻ ናብ መቓብር ከም ዝወርድ ኣይትረስዕ።” ባህሪ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ብደቂቕ ከም ዝፈልጥ ከረድኦ ፈተነ በለጠ።

“ንዓይ ንሓለቓ ሚእቲ ፍርቂ ሰዓት ኣሕሊፉ ክትመጸኒ?!” ከንፈሩ ብኩራ ጀል ኣበሎ።

“ፍቕሪ’ኮ’ዩ ኣለማዮ - መዓርግ ኣይፈልጥ ስልጣን ኣይፈልጥ።” መለሰሉ። “ክትጠልመካ’ውን ትኽእል’ያ።”

“ኖኖእ ኣይትጠልመንን’ያ።” በለጠ ንዝበሎ ብርእሰ ተኣማነት ነጸገ። ደቓይቕ ሓደ ድሕሪ ሓደ ጸው በሉ። ካብ ፍርቂ ሰዓት ናብ 45 ደቂቕ፤ ቀጺሉ ሓደ ሰዓት ሓለፈ። ኣለማዮ ብሕርቃን ተነፈሑ ክትኩስ ደለየ። ናብ’ቲ እናተኸፍተ ዝዕጾ ማዕጾ ደጋጊሙ ክጥምት ድርቕ በለ። ግዜ ጥራይ ዘይኮነ ዝዘናግዑ ዝነበሩ ጽምድታት’ውን በብሓደ ጸረሩ። ኣለማዮ ተስፋ ብዘይምቑራጽ ንማዕጾ ይጥምት። በለጠ ካኣ ድራፍቱ ይልሕፍ። ክልቲኦም ንበይኖም ተረፉ። ‘ኮፕሪፎኮ’ ዝምልከቶም ኣይነበረን። ደቂ ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ ኢዮም። ካልእ ግን ጸሓይ እናረኣየ’ዩ ንገዝኡ ዝዕዘር።

“ንኺድ ኣይትመጽእን’ያ።” በለጠ ብድድ በለ። ኣለማዮ’ውን ተስፋ ቆሪጹ ነበረ።

“ወይ ኣነ መቶ ኣለቃ!” የማናይ ኢዱ ዓሚኹ ናብ ጸግማይ ከብዲ ኢዱ እናጋጨወ ሓንሓነ።

“የጋጥም’ዩ!” በለ በለጠ ካብ ጁባኡ ሕሳብ ዝኸፍለሉ 50 ብር እናውጽኣ።

“እቐትላ’ለኹ።” ርእሱ እናነቕነቐ ብኣምሓርኛ ፈከረ።

“ናቕፋ ዝሓዘ ወንበዴ መሲላትካ?!” ትርር ኢሉ መለሰሉ በለጠ። “ዘጋጠማ እንታይ ትፈልጥ። ድሓር ድማ ኤርትራዊት እንተኾይና ናይ ስድራ ጸቕጢ ከጋጥማ ይኽእል’ዩ።” ካብ ኣሳሳዪ ማልስ እናተቐበለ ከረድኦ ፈተነ።

“ንዕቀት’ዩ... ንዕቀት!” ኣጉባዕበዐ። “ጽባሕ ኣብ ትምህርታ ክንጽበያ ኢና።’ ከም ዘይገድፋ ርእሱ እናነቕነቐ ሓንሕነ።

“ኣይትሕረቕ ናብ ትኸዶ የብላን። ኣስመራ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርና’ያ ዘላ።” በሎ በለጠ ከደዓዕሶ።

<u>4ይ ክፋል</u>

ጸሓይ መሊኣ ኣይበረቕትን። ኣለማዮ ቀዳም መኣዛ ምስ ጠለመቶ ሰንበት ውጥን ከወጽእ’ዩ ውዒሉ። ቆጸራ ዘይምኽባራ ከም ዓቢ ንዕቀት ሓሰቦ። ‘ተናዓቐ’ ዝብል መንፈስ ስለ ዝሓደሮ። ሕነ ክፈዲ ኣብ ምሕንሓን ተሸመመ። ንመኣዛ ከይረኽባ ከይድቅስ ደጋጊሙ ምስ ነብሱ ቃል ኣተወ። ብተፈጥሮኡ ህልኽኛ’ዩ። ዝሓሰቦ ብቕኑዕ መንገዲ ምፍጻም እንተኣብይዎ ተንኮል ክኣልም ድሕር ዝብል ኣይኮነን።

ሰንበት ካብ ሓደ ብቐረባ ዝፈልጦ ሻምበል ሰይ ቼንቶ መኪና ለሚኑ ሓደረ። ወትሃደራዊት መኪና ሒዙ ናብ መኣዛ ክኸይድ ኣይደለየን። ሰኑይ ብንግሆኡ ሞተረ መኪና ኣተንሰአ። ኣብ ሰላሳ ኣምስተኛ’ዩ መዓስከሩ። ንበለጠ ክመጾ ምኟኑ ነጊርዎ’ዩ። ቀዳማይ ማርሻ ብምእታው መኪናኡ ኣንቀሳቐሰ። ንመንሃርያ ዝወስድ መንገዲ ንየማን ገዲፉ

ንጸጋም ብምዕጻፍ ንባርጅማ ዘእቱ ነዊሕ ጽርግያ ሓዘ። ፋብሪካ እንዳ ኖራ ከም ተጓዓዛይ ባቡር ንዝፍንዎ ጻዕዳ ትኪ እናጠመተ። ብሳልሳይ ማርሻ ፈጠነ። ሴማፎሮ ቀይሕ ብምውላው ግን ማርሻ ኣጉዲሉ ልጓም ረጊጹ ደው በለ። ቀጠልያ መብራህቲ ክሓልፍ ኣመልከተሉ። ብጸጋም ንሲነማ ኣፍሪቃ ብየማን ንፊያታሌሮ ዝወስድ መንገዲ ሰንጢቑ ድማ ናብ ኤክስፖ ጐደና ሓዘ። እቲ ጐደና ሰብ ዝንቀሳቐሶ ኣይመስልን። ኣብ ናሕሲ ፋብሪካ እንዳ ካናቴራ ኣብ ከሻሹ ኣዝጊቦም ንሓለዋ ዝተዋፈሩ ክልተ ወትሃደራት እንተዘይኮይኑ ሰብ ኣይረኣየን። ኣብ ዘመነ ደርጊ ናብ ቤት ማእሰርቲ ተቐዪሩ ጭካነን ኢሰብኣዊ ተግባራትን ዝፍጸመሉ ቀጽሪ ኤክስፖ ብጸጋሙ እናተዓዘበ ሓለፈ። ናብ ሆቴል ዓይባይ ዝወስድ ጽርግያ ገዲፉ ብኣንጻሩ ብምዕጻፍ ንቐድሚኡ ገስገሰ። ክጥወ ናይ ጸጋም መብራህቲ ብምምልካት ንቃኘው ናብ ዘእቱ ጽርግያ ተዓጽፈ። ቪላታት ቲራቮሎ ዋና ከም ዘይብሉ ተቐላሊጡ ረኣዮ። ኣሰር መግዛእቲ እንተላይ ኣብ መናድቐ ናይቲ ቪላታት ተሰሚሩ ነበረ። ኣምበሳ ሆቴል ሓሊፉ መኪናኡ ኣብ ኣፍ ደገ ቃኘው (መዓስከር ደንደን) ደው ኣበላ።

“መቶ ኣለቃ በለጠ ደልየ ነይረ።” ካብ መኪናኡ ወሪዱ ኣብ ኣፍደገ ማዕጾ ንዝጸንሑ ዋርድያ ብኣምሓርኛ ተወከሰ።

“ይእተዉ መቶ ኣለቃ ኣለማዮ” ዘብዐኛ ወትሃደር ካብ ዝተቐመጠሉ ተንሲኡ ቀጥ በለ። ብመዓርግ ንዝበልጸካ ወትሃደር ከም ጻድቐ ኣምሊኽካ ሸቐጥቆት ምባል። ኣብ ወትሃደራዊ ስርዓት ደርጊ ንቡር ተርእዮ’ዩ። ከምኡ ብምኽኑ ኣለማዮ ኣይተገረመን። ዘገርሞ ሲቪል ተኸዲኑ እንከሎ እቲ ወትሃደር ከመይ ጌሩ ከምዘለለዮ’ዩ። በለጠ ዝቐመጠሉ ቤት ካብ’ቲ ዋርድያ ዝሕልወሉ ማዕጾ ርሑቕ ኣይነበረን ። ኣለማዮ ድሕሪ ናይ ዕስራ ሜትሮ ጉዕዞ። መሳልል ደዪቡ ማዕጾ ኳሕኵሐ። ዝኺሕኵሉ ቤት ብጣውላ ዝተሰርሐ’ዩ። በለጠ ማዕጾ ከፈተ።

“መቶ ኣለቃ ኣለማዮ!” ኣድናቐት ብዝመስል ናይ ሓጐስ ቃና ኣድሚጹ ሓቐፎ። ድሕሪ ስለምታ ጉምብስ ኢሉ ጸጋማይ ኢዱ ብምዝርጋሕ። “እንቋዕ ድሓን መጻእካ” በሎ። ኣለማዮ እናኽመስመሰ ንውሽጢ ብምእታው ተቐመጠ። ጽርየት ናይ’ቲ ክፍሊ ከየገረሞ ኣይተረፈን።

“ዘውዲቱ ጽቡቕ ጌራ’ያ ሒዛትካ ዘላ።” በሎ ነታ ክፍሊ ብዙርያ እናተዓዘበ።

“እወ ኣተሓሕዛ ገዛ ትኽእል’ያ” መለሰሉ። ዘውዲቱ። በለጠ ብዕርክነት ዝሓዛ ኣብ’ቲ መዓስከር ጸሓፊት ኮይና እተገልግል ኣምሓረይቲ’ያ። “ኣተሓሕዛ ሰብኣይከ?” ብነገር ክትንክፎ ደለየ።

“ኣይኮነላን እምበር ንሳስ ትፍትን’ያ። ሰብኣይ መልክዕ ጓል ኣንስተይቲ እምበር ውሕልነት ጥራይ ኣይሕዞን’ዩ።”

“እንታይ ሒዙካ ደኣ ኣብዚ ቤት ምሳኻ ኣቐሚጥካያ?” ብገናሒ ኣተማምታ ተመልከቶ።

“ጨረታ እንተተሰኢኑ እንታይ ትገብር! ገዛይ እንተኣጸራርያትለይ። ካልእስ ይትረፍ ኣጋይሽ ብጽሬት ቤተይ እንተተሓጉሰም ኣኻሊ ኣይመስለካን?” ብኵርዓት መለሰሉ።

“ካልእ ምምላእ’ውን ኣይጽግማን’ዩ። ተፈጥሮ ንኹሉ ዝሃበቶ ህያብ ንዘውዲቱ ትኽልኣ ኣይመስለንን።” ፍሽኽ ኢሉ ጠመቶ። “ድሓር ድማ ክፍእቲ’ኳ እትብሃል ኣይኮነትን።” ክሓብኦ ዘይከኣለ ናይ ላግጺ ስምዒት ኣብ ገጹ ተራእየ።

“በጃኻ ሱቕ በል! ኣብ ጥስቲ ዝገዓትዎ ድንብልቡል እትመስል’ሲ ዘይናታ ትህባ! ማርያም ተሃኪይዋ ብወፈራ ዝጥፍጥፉ ዓዲማ ዝሰርሓታ’ያ እትመስል። ቅርጺ ሰብነታ ኣብ ድፋዕ ሑጻ መሊእካ ዝኹመርካዮ ክሻ’ንድዩ ዝመስል። ንምኽኑ ወሎየ ድያ?”

“ኩለን ደቂ ወሎ ማርያም’የን ዝመስላ ዝበለ መን’ዩ?” ኣለማዮ ዝተሰማምዐ ክመስል ሓተተ።

“ሓቅኻ ኢኻ ሰራሕተኛ ናይተን ማርያም ኢዳ ዘዕረፈትለን ቆናጽ ክኾና ዝተፈጥራ’ውን ኣለዋ።”

“ብሒኞ ትኹን ጊላ ትኹን መቸም ጽቡቕ ጌራ ሒዛትካ ኣላ?።”

“ሓቅኻ ዲኻ?! ኣነ’ምበር ንጽድቂ ክኾነኒ ሒዘያ ኣለኹ።” በለጠ ተበርጠጠ። ብመልክዑ ይምካሕ’ዩ።

“ዘይከውን ዘረባ!” ኣለማዮ ገጹ ካብ በለጠ ጠምዘዘ። ምልኩዕ ም’ኺኑ ከረጋግጸሉ ዘይደልየ ይመስል።

“ብሓቂ’የ ዝብለካ! ንዘውዲቱ ኣይኮነን ንፍቕሪ መርድእ ክትነግረሉ’ኳ ዝምነያ የለን።”

“ዘረባኻ መስጣ ኣለዎ - ኣብ ሓማቕ ከየውድቕካ!”

“ንረስዓያ በጃኻ። እንታይ ኢኻ እትሰቲ?”

“ፒንኣብ ኣሎ?” ክመልቆ ንዘደለየ ስሓቕ ካብ ጠመተ ኣለማዮ ክኽውል ኣፉ ብጸጋማይ ኢዱ ሸፈነ።

“ካብ ጌጋኻ ምእራምካ ጽቡቕ። ፒንኣብ ፍቕሪ ከም ዘባርር ኣሚንካሉ ኣለኻ። ሲዛር እንታይ’ዩ ዝበለ? ‘ደንቆሮታት ብተደጋጋሚ’ዮም ዝጋገዩ። በሊሕ ሰብ ግን ካብ ሓንቲ ጌጋኡ’ዩ ዝመሃር”

“በለጠ ዝበልክዎ ዘይትብል። ሲዛር ‘ፈራሓት ዓሰርተ ግዜ ይሞቱ። ጀጋኑ ግን ብዘይካ ሓንሳብ ሞት ረኺባቶም ኣይትፈልጥን’ያ’ ኢዩ ኢሉ።”

“ናይ ድሓን ዲኻ ደኣ ንግሆ ምድሪ መጺእካ?” መምጽኢኡ ጠፊእዎ ኣይነበረን። ብጭርቃን ክተኺትኾ ስለ ዝድለየ’ዩ። ጸኒሑ ድማ ናይ ፍቕሪ ደርፊ ደረፈ።

“ተጻወት ደሓን! ኪንዮ ዘውዲቱ ዝኸይድ ልቢ ስለዘይብልካ’ዩ። ኣነ ግን ክልተ መዓልቲ ኣይደቀስኩን። ንዓናይ ሕጂ።” ኣለማዮ ዕትብ ኢሉ መለሰሉ።

“ገለ’ባ ክጋብዘካ። ካብ መኣዛ ዝበልጽ ልቢ ዘተርክስ መስተ ኣለኒ።” በሎ በለጠ።

“ንዓናይ! ጭርቃንካን መስተኻን ይትረፈኒ።” ኣለማዮ ካብ ተቐሚጥዎ ዝነበረ ተንስኣ። ልቡ’ውን ምንቃላ ክተመልከት ትርግትኣ ኣሕነነቶ።

“ስዓት ትሸዓተ ኣይኮነን ዘሎ ሰለስተ ስዓት ክንጽበ?! ተመሃሮ ፋዱስ’ዮም ዝወጹ። ዘውዲቱ ክጽውዓ ቡን ንስተ።” በለጠ ዕትብ ኢሉ ከረድኦ ፈተነ። ኣለማዮ ንዘረባኡ ምእማን ከይስእኖ ግን ይጠራጠር ነበረ።

“ኣብ ከተማ ቡን እናሰተና ዘይነዕልል? መዓስከር ዝብልዎ ኣጽሊኡኒ’ሎ በለጠ። ኣብ ኮምብሽታቶ ዘወርወር እንተኢልና ከይተፈለጠና ስዓት ክኣክል’ዩ።

“እዛ ጓል እዚኣ’ኳ ዋላ ንዓይ’ያ ዕረፍቲ ከሊኣትኒ ዘላ። ከም በዓል ዘውዲቱ እንተተፍቅር ኣይምተሸገርናን። በዓል ዘውዲቱ ንፍቕሪ ኣብ ገምገም’የን። ከይጸዋዕካየን ‘ጸዊዕካኒ ዲኻ?” እናበላ ይሕግዛኻ። መኣዛ ግን ከም ሃዳናይ ሰላሕ እናበልካ’ኳ ንጋዶ። ንም’ኺኑ ሎሚ እንተረኺብካያ እንታይ ኢኻ ክትብላ?” ደው ኢሉ ሓተቶ።

“ከም ዘፍቅራ ክገልጸላ እምበር እንታይ ክብላ!” ናይ ውሽጡ ስምዒት ሓቢኡ ነገሮ።

“ኣየፍቅርካን’የ እንተበለትካ’ኽ?” ኣዋጠሮ።

“ዘውዲቱ ከምኡ ኢላትካ ድያ?”

“ነጊረካ እንድየ! ከም ድሙ ንስጋ። ዘውዲቱ ንፍቕሪ ፊን ፊን እናበለት እንከላ’ያ ረኺቢያ። ንኽተፍቅረኒ ከማኻ ክደክም። ኣቀራርባይ ከጸብቕ። ምኡዝ ቃላት ክድርድር ኣይደኽምኩን።” ብምባል ኣብርሃሉ።

“ንኺድ’ሞ ምስ ረኽብክዋ እንታይ ከም ዝብላ ክትርእየኒ ኢኻ።”

“ከይከድና ከለና’ምበር ሓብረኒ። ፍቕሪ ከም ጐቦታት ናይ ናቕፋ ብዙናት ዝድየብ ይመስለካ እንተሎ ድማ ትጋገ ኣለኻ።”

“መኣዛ ናቕፋ እንተኾይና’ሞ ተስፋ የብልካን በለኒ።”

“ስምዒታ ክትስሕብ እንተዘይክኢልካ። ላዛ ብዘለዎም ቃላት እንተዘይኣረዲእካያ። ሓልዮትካን ርህራሄኻን እንተዘይኣንጸባሪቕካ ደኣ ተስፋ የብልካን’ወ።”

“ኣየ ናይ ፍቕሪ ፈላስፋ! ንኺድ በጃኻ። በቲ ክርድኣ ዝኽእል ከረድኣ’የ። ብኽብረት እንተደልያ ብኽብረት ብጐነጽ እንተደልያ ድማ ብጐነጽ!” ሓንሓነ።

“በዚ ትብሎ ዘለኻ ስምዒት ክተፍቅረካ ኣይትጸበ። ኣይኮነንዶ ፍቕሪ ዐፍ’ኳ ወንጭፍ እንተጨቢጥካ ቅልቅል ዘይትብል። የወብዳር ከመይ ጌርካ ዲኻ ኣብ ፍቕርኻ ኣውዲቕካያ?”

“ኣዋልድ ኣዲስ ኣበባ’ሞ ፍቕሪ ህያብ ናይ ተፈጥሮ ምኽኑ ይኣምና’የን። እናደለያ ቃል-ዓለም ዝገብራ ኣይኮናን። “እዚኣን ግን መልከፀንን ቁንጅናኣንን ካብ ዘፍቅረን ወዲ ንላዕሊ መስትያት ክሕብረን’የን ዝመርጻ። ንነፍሲ-ወከፍ ናይ ኣፍቃሪኣን ዘረባ ጸጉሪ ብዝስንትቕ ጥርጣረ ይጥምታኣ። ኣዋልድ ኣስመራ ምቅብጣር ዘይፈትዋ ትዕቢተኛታት’የን።

“እዚ ትብሎ ዘለኻ ሓቂ ክኸውን ይኽእል’ዩ። መበቆለን ከምኡ ስለዝኾነ ድማ ዝፍረደን ኣይኮነን። ባህሪ ናይ ኣፍቀርተን ስለዝፈልጣ’የን ከምኡ ዝገብራ። ኤርትራውያን ኣወዳት’ሲ መዓስ የቀባጥሩ ኮይኖም። ልቦም ብፍቕሪ ተረቲዑ እንከሎ ከም እምኒ ሩባ ተረርቲ’ዮም። መልሓሶም ላዛ ዘረባ ብጨቕ ከየብል ይሕንግድ። ነዚ ዝረኣያ ደቂ ሃገርና። ‘ትግረ’ ንውሽምነት እምበር ንሓዳር ኣይከውንን’ዩ’ ይብላ።” በለ።

“ንስኻ ክትልፍልፍ ሰዓት ክኣኽለና’ዩ። ንኺድ በጃኻ።” ኣለማዮ ሰዓቱ ተዓዚቡ ተረበጸ። መኣዛ ቅድሚ ሰዓታ እትወጽእ ክትመስል። ልቡ ብሃወኽ ማንታ ማንታ ወቕዐት። “ዓቢ ‘ዘመቻ’ እኳ’ዩ ዝጽበየና ዘሎ።

“ኣይተጋገኻን። ካብ ‘ዘመቻ’ ቀይሕ ኮኾብ እዚ ይዓቢ። ህይወት ናይ ወትሃደር ናይ ዘመቻ ሂወት’ዩ። ናቕፋ ንምሓዝ ‘ዘመቻ’ ኤርትራዊት ንምፍቃር ‘ዘመቻ’።.... ኣየናይ ደራሲ’ዮ’ሞ ታሪኽና ንምጽሓፍ’ውን ዘመቻ የድልየና ዝበለ?” ጠመቶ።

“ወትሃደራዊ ክዳንካ’ባ ቀይሮ!” በለ ኣለማዮ። በለጠ ወትሃደራዊ ክዳን ለቢሱ ክብገስ ስለዘይተዋሕጠሉ።

“ኣብ ስራሕ’የ ዘለኹ ኣለማዮ” በለጠ ሓንገደ።

“ከተማ እንዲኻ ትወጽእ ዘለኻ። ኣብ መዓስከር ምስ ተመለስካ ወትሃደራዊ ክዳንካ ትኽደን። ኣይተሕፍረና’ባ! ወዲ ቦሌ’ኮ ኢኻ!” በሎ። ወዲ ኣዲስ ኣበባ ኢኻ ማለቱ’ዩ።

“እንታይ ወዲ ቦሌ?! ወንበዴታት ኣብ በረኻ ሰፊሮም ናብኡ እናዓደሙ ህበይ ኣምሲሎምኒ ኣለዉ።”

“ቀይር’ባ ክዳንካ።” ምልፍላፍ ጥራይ ስለዝበዝሐ ኣዘኻኽሮ።

“ወትሃደራዊ ክዳን ንኩናት’ምበር ንፍቕሪ ኣይከውንን’ዩ ኢልካዮ?!” ብምባል ኣርማድዮ ከፊቱ ሲቪል ክዳን ኣውጸአ። ኣነ’ውን ንእግሪ መንገደይ እንተኣፍቀርኩ ዝኽደኖ ክዳን ምረጸለይ።” ጠመቶ።

“ካብዚ ከተፍቅር ትደሊ ዲኻ?”

“መሬተን ኣፍቂረ ካብ መጻእኩ ደኣ ካብኡ ንዝበቕላ ከመይ ጌረ ክጸልእ?!”

“ኤርትራ ዝፍቀር የብላን። ጡብ ኣዲኣ ኢትዮጵያ እናነኽሰት ንዓና’ውን ኣረኻኺባትልና’ያ።”

“ደቃ’ምበር ኤርትራ ኣይኮነትን ትነኽሰና ዘላ። .... መኣዛ ጥራይ ተና’ኻሲት ከይትኽውን ይስተረካ!” በሎ በለጠ ተኽዳዲኑ ኣብ ቅድሚኡ እናቕመ።

“ዘውዲቱ ኣይትርአ!” ሰሓቐ ኣለማዮ። ጻዕዳ ስኒ’ዩ ዘለዎ። ፍሽኽ ክብል እንከሎ ኣስናኑ ኣብ ጸላም ዘንጸባርቕ ኣዛሒት’የን ዝመስላ።

ሰይ ቼንቶ መኪና ተሰቒሎም ንከተማ ተመርቀፉ። ማእከል ከተማ እናሰንጠቕ ኣብ ሲነማ ኣዲስ-ኣበባ(ሲነማ ሮማ) ምስ በጽሑ። ኣለማዮ ስዓቱ ተዓዘበ። ግዜ ገና ዕሸል ነበረ።

“ኣበይ ሻሂ ንስተ?”

“ባር ኡን።” በለ በለጠ። ሓደ ዝቕርቦ ዓርኩ ነታ ባር ከም ዝፈትዋ እናዘከረ። ኣለማዮ ኣብ ቅድሚ ኡን መኪናኡ ኣጸጊው ጥሩምባ ነፍሐ። ኣብ’ቲ እዋን’ቲ ‘ድል ጐደና’ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዝነበረ (ገደና ሓርነት) መኪናኻ ክትዕሸግ ፍቕድ’ዩ ነይሩ። በለጠ ኣብ መእተዊ ማዕጾ ‘ኣደባባይ’ ተሰቒሉ ንዝነበረ ስእሊ መንግስቱ ሃይለማርያም ጠመቶ። መንግስቱ ነቲ መስቀላዊ መንገዲ ዝሕሉ ክመስል ፈጢጡ ይርአ ነበረ።

“ክልተ ቡን” ኣለማዮ ንበለጠ ከይተወከሰ ነቲ ዝመጾም ኣሳሳዩ ኣዘዞ። ኣብ ገዛ ቡን ክጋብዞ ስለዝሓሰበ። ንሱ’ዩ ምርጫኡ ኢሉ ዝሓሰበ ይመስል። “ሕጂ ንመኣዛ ጨዊና’ያ ክንከይድ ስለዝኾንና ክትተሓጋገዘኒ ተዳሎ።” በለ ኣለማዮ ሃንደበት። በለጠ ንዘረባኡ ክኣምኖ ስለዘይከኣለ ዓይኑ ኣፍጠጠ። “ዓይንኻ ኣይተፍጥጦ። ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ንፍቕሪ ከም ዱላ ከይፈተዋ’የን ዝቕበልኡ። መኣዛ ንዕቀታ ዋጋ ክትከፍለሉ’ያ።” ኣለማዮ ኣዒንቱ ናብ ስእሊ መንግስቱ ኣቕንዐን። ጨካን ገጽ መንግስቱ ‘ሓቁ’ዩ” ዝብል ዘሎ መሰሎ።

“ምስ ጨወናያ ናበይ ክትወስዳ?” በለጠ ዝተሰማምዐ ክመስል። ብድሕሪ ምጭዋይ ዝፍጸም ኣተሓሳሲብዎ ሓተተ።

“ትራክ ኤፍ ክንወስዳ ኢና። ሻለቃ ኣጥናፉ ናይ’ቲ መዓስከር ሓላፊ ክተሓባበረኒ ቃል ኣትዩለይ ኣሎ።”

“ኡይ እንተበለት’ከ!”

“በዚ ጸጥ ነብላ።” ኣብ ትሕቲ ሴዲለ ዘቕመጣ ቺካሮቭ ዝዓይነታ ሽጉጥ መሰስ ኣቢሉ ኣርኣዮ።

ስዓት 11።00 ምስ ሓለፈ ሕሳቦም ከፊሎም በቲ ዝመጽዎ ኣንፈት ተበገሱ። መኪናኡም ኣብ መንጽር ሲነማ ኣሉላ ኣባ ነጋ (ሲነማ ኣዝመራ) ንእምባሶይራ ሆቴል ኣጠሚቶም ደው ኣበልዋ። ኣለማዮ ስዓቱ ተዓዚቡ ተመቻቺኡ ተቕመጠ። ድሕሪ ቁሩብ ደቓይቕ ተማሃሮ ክወጹ ስለዝጀመሩ። ክልቲኡም ወሪዶም ከም ሃዳኒት ድሙ ክጸናተዉ ጀመሩ።

“በለጠ… እንሀትልካ። ምስ ካልኣይታ ንላዕሊ ትኸይድ ዘላ’ያ።” ኣለማዮ ተሃወኸ። “ቀይሕ ቦርሳ ተሓንጊጣ ኣላ። ኣነ መኪና ከምጽእ’የ ተኸታተላ። ኣብ መንጽርካ ምስ በጻሕኩ ሓኒቕካ ተእትዋ። ማዕጾ ክኸፍተልካ’የ።” ናብ መኪናኡ ጐየየ። በለጠ ርእሱ ድሕሪ ምንቕናቕ ቀይሕ ቦርሳ ናብ ዝረኣየላ ጐርዞ ፈጠነ። ኣለማዮ መኪና ኣበገሰ። በለጠ ‘ቀልጥፍ’ ዝብል ምልክት ክገብረሉ ተዓዘቦ። ፍጥነት መኪና ወሲኹ ጽግዕ በሎ። ንእለት ኣውያት ናይ ተማሃሮ ኣቃልሐ። በለጠ ግን ዝተኣዘዞ ካብ ምፍጻም ኣይተዕግተን።

“በለጠ! በለጠ ግደፍ!” ኣለማዮ ወጨጨ። በለጠ ተግባሩ ኣቋሪጹ ተዓኒዱ ጠመቶ።

“እንታይ’ዩ?!” እናላህለህ ሓተቶ።

“መኣዛ ኣይኮነትን… ተጋጊና ኢና።” በለጠ ብሕርቃን ሸናዕ እናበለ ናብ መኪና ተመልሰ። ሰይቼንቶ ተሓቑሩና ተሓቑሩና ከም እትነፍር ዘሊላ ተሓንበበት። ተበታቲኖም ዝጸንሑ ተማሃሮ ድማ ነታ ግዳይ ከም ንህቢ ዓሰልዋ።

5ይ ክፋል

ኣብ 1975 “ዓፋኝ ጓድ” ንህዝቢ ኣስመራ ካብ ቤቱ እናውጽኡ ብስልኪ ክሓንቅዎን ክርሽንዎን ምስ ጀመሩ። ተቕማጦ ቲራቮሎ’ውን ክሃድሙ ተገደዱ። ነዛ ዓመት’ዚኣ። ህዝቢ ኣስመራ ብ”ዕግርግር ኣስመራ” ኢዩ ዝዝክራ። ሽዑ ኩሉ ከባቢ ኣስመራ ነባሪ ከም ዘይብሉ ኣሕለምሊሙ’ዩ። ቪላታት ቲራቮሎውን ካብ’ዚ ዕጫ’ዚ ኣየምለጠን። ተመንዮም ገንዘቦም ኣፍሲሶም ዝሰርሕዎ ዋናታቱ ገዲፎምዎ ተዓዝሩ። ብድሕሪ’ዚ እምብኣር’ዮም ኣምሓሩን ኣንስቶምን መዓጽኡ ሰሴሮም ክሰፍርዎ ዝተቕዳደሙ። ሓደ ስድራ ብጥንቃቐ ዝነብሮ ዝነበረ ቪላ ድማ። ከም ዳስ

ናይ መርዓ ደርዘን ጓኖት ተጨቓጪቆም ክሰፍርዎ ተራእዩ። ንሱ ጥራይ ከይኣክል። ኣብ መንደቕ ናይቲ ቪላታት እናጸግዑ ብጭቃ ገድጊዶም ዝሰርሕዎ ‘መንበሪ’ ንቲራቮሎ ውጅሃታ ደዊንዋ። ቲራቮሎ በዚ ጥራይ ኣየብቕዐትን። ኣብ ፊት ቃኘው ዝተደኩነት ብምንባራ ብሓጨጭታ ሓጻውንን እልቢ ዘይብሎም ወተሃደራትን ሰላማ ተዘረጉ’ዩ። ቃኘው ኣብ’ቲ እዋን’ቲ ቀንዲ መዋፈሪት ጦር ሰራዊት’ያ ነይራ።

ስድራቤት መኣዛ ኣብ ካብ ቪላታት ቲራቮሎ ሓደ ክፍሊ ሒዞም’ዮም ዝቕመጡ። ዋናኒ ናይቲ ዝቕመጥዎ ቪላ ዓርኪ ኣቦ መኣዛ’ዩ ነይሩ። ኣብ ዕግርግር ኣስመራ ቤቱ ገዲፉ ንስደት ከምርሕ እንከሎ ከኣ ነቦ መኣዛ’ዩ ሓንቲ ክፍሊ ሂቡ ወኪል ገይርዎም። ኩሉ ህዝቢ ሃዲሙ ቲራቮሎ ሕልምልም ክትብል እንከላ። ኣቶ ኣስገዶም ምስ በዓልቲ ቤቶም ወ/ሮ ሓረጉ ኣብ’ቲ ቪላ ነይሮም። ሸዑ መኣዛ ጓል ሓሙሽተ ዓመት ህጻን ነበረት። ናይ ራዕድን ቅትለትን ፍጻሜ ብተዛማዲ ምስ ሃድኣ። ስድራ ኣቶ ኣስገዶም ዝነበርዎ ቪላ ብኣምሓሩ ተወሪሩ። ዝተዓጽወ ክፍልታት ብጐነጽ ሓደ ድሕሪ ሓደ እናተኸፍተ መንበሪ ኣምሓሩ ከኣ ኮነ። ኣቶ ኣስገዶም ክከላኸሉ ዝገበርዎ ፈተነ ድማ ኣይትዓወትን።

መኣዛ ሕጭጭታ ናይ መኪና ሰሚዓ ከብዳ ሓፍ በለ። ኣብ ፍሬም ኣትዩ ኣብ መንደቕ ዝተሰቕለ ስእሊ ናይ ኣቦኣ’ያ ትርኢ ነይራ። ቤቶም ኣብ ፊት መእተዊ ቃኘው ሰለዝኾነ። ሰላም የብሉን። ፈኸራ ወተሃደራት ከምኡ’ውን ገልጠምጠም ናይ መካይንን ታንክታትን ከም ሙዚቃ ከይደለኻዮ’ዩ ኣብ እዝንኻ ዝበጽሕ። መኣዛ ንበይና’ያ ኣብ ገዛ ነይራ። መነባብሮኡም ፉል። ካራሜለን ካልእ ቀንጠ-መንጢን ብምሽቃጥ ስለ ዝነበረ። ኣዲአን ኣሕዋታን ኣብ ቤት ኣይነበሩን። ኣደይ ሓረጉ ኣብ ማርቻፔዲ ከባቢ ገዝአን ተቕሚጠን ክሸቓቕጣ ይውዕላ። ክልተ ኣሕዋታ ድማ ኣብ ባራትን ቤት ሻሂን እናተንቀሳቐሱ ሽጋራን ካራሜላን ይሸጡ። መኣዛ ከኣ ስራሕ ናይ ገዛ ተነጣጥፍ። ኣዲኣ ኣደይ ሓረጉ ናብቲ ዝነበርኡ ክትመጽእ ድልየት የብለንን። ዝሸቅጣሉ ቦታ ኣፍደገ ቃኘው ብምንባሩ። ጓለን ወተሃደራት ከይጥምትዋ የሸቕርረን ነበረ።

ኣቶ ኣስገዶም ኣብ ፋርብሪካ እንዳ ካናቴራ’ዮም ዝሰርሑ ነይሮም። ዝጠቕም ደሞዝ’ውን ኣይነበሮንምን። ዝሓርሱሉ ዓዶም ገዲፎም ኣስመራ ዝኣተዉ። ዝሓሸ ስራሕ ንምንዳይ ኢዩ። እንተኾነ። ሞያ ስለዘይነበሮም ርቡሕ ደሞዝ ዘለዎ ስራሕ ክረኽቡ ኣይከኣሉን። ኣብ ፋብሪካ እንዳ ካናቴራ ሰለስተ ወርሒ ምስ ሰርሑ’ዮም ከኣ። ዝሓይሸ መሲልዎም ናብ እንዳ ዓለባ ዝቐየሩ። እንተኾነ ወጮ እንተገልበጥካዮ ወጮ’ዩ ኮይንዎም። ጥዕና ረኺቦም ቁሩብ ቁራቦ ሒዞም ንቤቶም እንተዝኣትዉ’ውን ኣይምጸልኡን። ኣብ ርእሶም ሕበጥ መሲላ ዝወጽኣቶም ጥረ’ውን እናሓደረት ክትሳቐዮም ጀመረት። ድኻ ደርሆ ትጸድፎ ከም ዝበሃል። ስራሕ ኣቋሪጾም ፈቐዶ ማይ ጸሎት ክኸዱን ፈውሲ ሓበሻ ክጥፍጥፉን ከርተት በሉ። እታ ስድራ ድማ ነተን ቁራቦ’ኳ ስኢናተን። ካልእ ኣማራጺ ስለዘይነበራ። ድራር እለታ ክትምእርር ቀንጠ-መንጢ ሸቐጥ ጀመረት። ኣቶ ኣስገዶም እናበርትዖም ከደ። ትንፋሶም ኣብ ትልኽ ምስ በጽሐት። ኣደይ ሓረጉ ንሕክምና ወሲደንኡም። ዓቕለን ስለ ዝጸበበን እምበር ተስፋ ኣይነበሮምን። ሓኪም ሕማም በዓል ቤተን መንሸሮ ምኽና ከኣ ሓበሩወን። ኣቐዲመን’ውን ግምት ነይሩወን’ዩ። ኣቶ ኣስገዶም ካብ ሕክምና ንገዛ ምስ ተመልሱ ዓሪፎም።

መኣዛ ኣብ ገዛ ኮፍ ኢላ ንኤልሳ መሓዛኣ’ያ ትጽበ ነይራ። ኣብ ናይ ፈተና እዋን ሓቢረን’የን ዘጽንዓ። ዝበዝሕ እዋን መኣዛ’ያ ንኤልሳ እትኸዳ። ኤልሳ ገዛውታ ካምፖቦሎ ስነዝነበረ። ንመጽናዕቲ ምቹእ’ዩ። ከም ኣፍደገ ቃኘው ፈኸራን ዕንደራን ናይ ወተሃደራት የብሉን። እዚ ጥራይ ዘይኮነ። ስድራ ኤልሳ ንበይኖም ዝነብርዎ ሰርቪስ ብምኽኑ ብሕትውና ኣለዎ።

መኣዛ ኣዒንታ ካብ ስእሊ ናይ ኣቦኣ ኣላቒቓ ጥራውዝታ ክትገናጽል ጀመረት። ድሕሪ ሓደ ሰሙን። ናይ ካልኣይ ሰሚስተር ፈተና ኣለወን። ማዕጾ ብዝሑል ድምጺ ተኺሕኩሐ። መኣዛ ጥራዛ ዕጽፍ ኣቢላ ናብ ልዳት ኣማዕደወት።

“ድፍኣዮ ክፉት’ዩ ዘሎ” በለት ካብ ዝተቐመጠቶ ከይተንስኣት። ኤልሳ ከም ዝፈርሐት ማዕጾ ብቐስታ ደፊኣ ተቐልቐለታ። “ኣንቲ እንታይ ደኣ ኮንኪ?” ፍርሓታ እናገረማ መኣዛ ተዛረበት።

“እዋእ እንድዒ!” መለሰት ኤልሳ ድንግርግር ዝበለ ስምዒት። “እዚ ገዛውትኹም ኣፍሪሑኒ። ብዘይካ ወተሃደራት ካልእ ዘይትርእየሉ” ኣብ ዘይቦታኣ ከም ዝመጸት ሰኸኽ በላ።

“ኣብ ገዛና እንዲና’ሞ ዘለና። ንሕና’ኳ ዘለናዮ! ሰዓምና ጥራይ።” ምዕጉርተን ተዋሃህባ። “ኣነ ድማ ጠሊማትኒ እንድ’የ ክብለኪ ጸኒሐ።” በለት መኣዛ ቁኖ ናይ ኤልሳ እናጠመተት። ኤልሳ። “ኩኩ” ተባሂሉ ዝጽዋዕ ቁኖ’ያ ተቐኒና። ዓይነቱ ጀብጀብ ኮይኑ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዘለላ ብቑኖ ዝተተሓሓዘ ዕንቊ ኣለዎ። “ክጽብቕ ቁኖ ድማ ተቐኒንኪ” ብቕዱስ ቅንኢ ቀው ኢላ ጠመተታ።

“ኩኩ!... ጽቡቕ ቁኖ’ዩ።” ጸጉራ ነስ ኣበለቶ። ኣብ ቁኖኣ ሓሸውሸው ዝብል ድምጺ ኣስምዑ። “ማማ ሓረጉ’ኽ?” ኤልሳ ደሃየን ክትፈልጥ ሓተተት።

“ኣደይ ድኣ ሸቕጣ ትገብር። ክትኣትዊ እንከለኺ ኣብ ማርቓፔዲ ኣይረኣኽያን ዲኺ?”

“ኣየስተውዓልኩን። ደሓር ከኣ ደፍሪካ ቋሕ ክትብል ኣይትኽእልን ኢኻ። ከመይ ጌርኩም ምስ በላዕቲ ተጐዝጉዝኩም ተሕልፍዎ ከም ዘለኹም እንድዒ! ብዘይካ ጦርን ቀጠልያ ክዳንን ካልእ ዘይትርኢ!” ኣስደመማ።

“ኡስ! ኣቲ ኤልሳ” መኣዛ ዓይና ኣፍጠጠትላ። ኤልሳ ነብሳ ሸምቀቐት። “ጐረባብትና ኣምሓሩ ምኽኖም’ባ ኣይትረስዒ። ክሰምዑኺ!” ኣሕሸኽሸኹት።

“ንማማ ሓረጉ ሰላም ክብለን?” ኤልሳ ንእለት ዘረባኣ ቀየረት። ኣብ’ቲ ቪላ ዝነበሩ ኢትዮጵያውያን ራዕዲ ኣእተዉላ።

“ክትከዲ እንከለኺ ሰላም ትብልያ” በለት መኣዛ ብስክፍታ። ኣዲኣ ‘ከይትመጽኒ’ ስለዝብልኣ ድማ። ተጠራጠረት።

“እዋእ! ሕጂኸ ዘይብለን። ‘ሰላም ናይ እዝግሄር ድማ ብቐጸራ ኮይኑ ትብል ማማ” ተንስኣት። “ዋና ኣለዎ’ዶ እዚ ቪላ?” ኤልሳ ብትኪ ዝጸለመ መናድኞ ናይ’ቲ ቪላ እናተመልከተት ሓተተት። መኣዛ ንቤቶም ብመፍትሕ ትዓጽዎ ነበረት። መናድኞ ናይቲ ቪላ እቶን ናይ መጐጎ’ዩ ዝመስል። ቀንዲ ናይ ልዳት ማዕጾ ዳርጋ የለን’ዩ ዝበሃል። ጣውላኡ ጓሳ ምሳር ዘውዓለሉ ክመስል ተሰባቢሩ’ዩ። መንደኞ ናይ ደገ ተቐላሊጡ ክወድኞ ጀሚሩ ነበረ። “ረኣይዮ’ሞ እዚ ማዕጾ። ካብ’ዚ ድዮም ዕንጸይቲ ዝጥቀሙ” ኤልሳ ተገረመት።

“ዋና ዘይብሉ ቤት ደኣ..” በለት መኣዛ ስና ነኺሳ። ካንሸሎ ሰጊረን ማርቓፔዲ ረገጻ። ኣብ ደገ ብዝረኣየቶ ፍሳስ ርስሓት ኤልሳ ግንብንብ በላ። ናብቶም ንቃኘው ዝሕልው ወተሃደራት ኣተኩረት። ካብቲ ዝነበርዎ ንጸጋም ዝተቓጸለ ኩምራ ሓጻውን ኣሎ።

“እዚ ንብረት’ዚ ክቃጸል እንከሎ ኣብዚ ኔርኩም?” ሓተተታ።

“ኔርና’ወ። ኣደይ ብረትን ጠያይትን ተቓጺሉ ክትኸስ እንከሎ። ሎምስ ተጋደልቲ ኣትዮም’ዮም መስለኒ” እናበለት ክትሰራሰር ይዝከረኒ። ንዓና’ኽ ኣብ ትሕቲ ዓራት’ኳ’ያ ኣእትያትና።” መኣዛ ዝሓለፈ ኩነታት ተዘኪሩዋ ርእሳ ነቕነቐት።

“ዋላ መኽዘን ናይ ጠያይቲ ድዩ ተቓጺሉ?” ኣዒንታ ካብቲ ኩምራ ሓጻውን ከይኣለየት ተወከሰት።

“እንታይ’ከ ተሪፉ! ዳርጋ እዚ ኹሉ ትርእይዮ ዘለኺ ሽዑ ዝተቓጸለ’ዩ። ተወንጫፊ ናይ ሻዕብያ ጉድ’ዩ ሰሪሑ።”

“ሕጂ’ውን ከምኣ ተድልዮም ነይራ። እዛ በይና ዘላ ቪላኽ ናይ ጦር ሰራዊት ድያ?” ሓተተት ኤልሳ ካብ’ቲ ኩምራ ሓጻውን ተፈንቲታ ንብሕታ ዝቕመት ቪላ ስለዝረኣየት።

“ናይ ኤርትራውያን’ያ። ክገርመኪ እቶም ስድራ ኣብኣ ኣለዉ።”

“እዋእ!” ኤልሳ ኣብ ክንድኡም ዝሰንበደት መሰለት። ብሓቂ ድማ ዘየሰንብድ ኣየንበረን። እታ ቪላ ንበይና’ያ ተነጺላ ነይራ። ወታሃደራት ክራስዩ እንተዝኣትውዋ’ውን ‘የእውዩ ኔሮም’ ኢሉ ዝነግር ሰማዒ ትረክብ ኣይነበረትን። “ኣብዚ ንበይኖም ኣውያቶም ዝሰምዕ ጐረቤት ዘይብሎም ኣይፈርሑን?!” ተገርመት።

“ኣነውን ሓንሳእ ሓንሳእ እታ ሰበይቲ ክትወጽእን ክትኣቱን ክርእያ እንከለኹ። ጦር ሰራዊት ተሓቢኦም ጐብጥ ዘብልዋ እናመሰለኒ ኣብ ክንድኣ እፈርሕ። “እዚ ዘለናዮ ጽርግያ ንቐሸት ዝወስድ’ዩ። በዚ መንገዲ ንጸጋም ምስ ተጠወኻ መፈተሺት ብሎኮ ኣላ። ንኡሽተይ ከለኹ ኣብቲ ኩቦ እኣሪ ነይረ።” ኢዳ እናወጣወጠት ናብ ጐላጉል ቤት መኻእ ኣመልከተት።

“ኣንቲ ኢድኪ ኣይተወጣውጢ” ኤልሳ ገንሓታ።

“ኣደይሲ በሊ እንህትልኪ” መኣዛ ብውሽጣ ሕማቐ እናተሰምዓ ተዛረበት። ኣደይ ሓረጉ ኣብ ማርቻፔዲ ተኾርምየን። ኣብ ቅድሚአን ዝሸየጥ ቀንጠ-መንጢ ዝሓዘት ባኮን ኮሚደረን ሸጉርቲን ዝሰርዓሉ ምንጻፍን ነበረ።

“ኣንቲ! እንታይ ክትገብራ መጺእክን?” ኣደይ ሓረጉ ቅድሚ ሰላምታ ብቐጥዐ ተቐበላአን።

“ማማ ሓረጉ ሰላም ክብለክን መጺአ” በለት ኤልሳ ክትስዕመን እናቐረበተን።

“ገዛ ምመጻእኩ እንድየ ኣንቲ ኤልሳ ጓለይ” ጸሓይን ንፋስን ብዘጸለሞ ምዕጉርተን ሰዓማኣ። ሰላምታአን ከይወድኣ ሓደ ወታሃደር ሽጋራ ክብል ሰምዕኦ። ዝበዝሑ ሽጋራ ዝብሉ ዓማዊለን ጦር ሰራዊት’ዮም። “እንታይ ዓይነት?” ሓተትኦ ኣቓልቦኣን ኣብ ኤልሳ ጌረን። እቲ ወተሃደር’ውን ኣቓልቦኡ ብበዓል መኣዛ ተሳሒቡ ኣይመለሰለንን። “እንታይ ዓይነት ሽጋራ ክህቡካ?” ኩነታቱ ዝተዓዘባ ኣደይ ሓረጉ ብቐጥዐ ኣድሃይኦ። በቲ ወተሃደር ዘይኮነ ዝያዳ ብመኣዛ’ዮን ሓሪቐን። ከምኡ ከይመጽእ’ዮን ‘ኣይትቀልቀሊ’ ዝብላኣ። “ናታ ከይኣክል ድማ ንኤልሳ ሒዛታ ትመጽእ!” ብልበን ኣንጸርጸራ።

“ኒያላ እማማ!” ወተሃደር ዝደለዮ ሽጋራ ሓበረን። “እማማ ናትኪ ልጆች ድዮም?” ንኤልሳን ንመኣዛን እናጠመተ ሓተተን።

“ክርቢት ክህበካዶ መዓር ወደይ? ንሕቶኡ ከም ዘይሰምዓ ሓንቲ ሽጋራ ኣቐበልኦ።

“ቁኖኺ ደስ የብል። ማንነው ስምሽ?” ቁኖ ኤልሳ ኣፍዚዝዎ ዕንድ በለ።

“ኣንታ ክርቢትዶ ክህበካ? ስራሕና’ምበር ኣረሲዕና” ሓልዮት ብዝመስል ቃና ኣድሚጸን ድርዕ ኣበልኦ ኣደይ ሓረጉ።

“ሕራይ እማማ። ቆንጆዎቹ ኣእምሮይ ወሲዶሞ። ናትኩም ልጆች ድዮም እማማ” ከረጋግጽ ሓተተ ሽጋራኡ እናወልዐ። ኤልሳን መኣዛን ፍዝዝ ኢለን ይሰምዓ ነበራ። ብፍላይ መኣዛ ኣብኡ ንዘብጽሓኣ ኣእጋራ ትራገም ነበረት።

“ኪድ እንዶ ግዳ ስራሕካ ግበር” ከም ጸወታ ኣምሲለን ናይ ልበን ኣንተጓሉ።

“ክንገዝኦም። እንደ ሲጋራ ይሸየጡ ድዮም?”

“እዋእ! ሰብዶ ይሸየጥ’ዩ?!”

“ቆንጆ እንተኾይኑዶ!”

“ማልስካ ተቐበል ምስ ህጻውንቲ ኣዋልድ ፈዘዘዝ ኣይትበል።” ጉሒላ ባህርይኡ ንዕቐ ኣበልኦ።

“ህጻን! ኣይ ጡብ እንድየን ኣውጺአን።” ኣመልካቲቶ ኣጻብዕቱ ናብ ኤልሳ ኣወጣወጠ። ዓይኑ’ውን ኣብ ኣፍ ልባ ልጥፍ በለ። ሃንደበት ግን “ወንደሰን” ዝብል ድምጺ ሰሚዑ ግልጽ በለ።

“ይጽወዓካ ኣሎ ዓርክኻ።” ንዕኡ’ዩ ዝኸውን ኢለን ብምግማት ኣደይ ሓረጉ ተዛረባ። እቲ ወተሃደር ድማ ንኤልሳ ዓይኑ ብምጥቃስ ናብ ዝጸወዖ ወትሃደር ከደ። “ኣንቲ መኣዛ ኩሉ ጊዜ እናነገርኩኺ! እዚኣቶም ጓል እንተርእዮም ካብ ዝብኢ ዝሕሹ ኣይኮኑን። ከመይ ጌሩ ክጥምተክን ጸኒሑ ርኢኽንኦዶ? በተን ቀለብለብ ዝብላ ኣዒንቱ ኪንዮ ዝተኸድንክንኣ ክዳን ሓሊፉ’ዩ። ካልእ መዓልቲ እንተረኺቡክን ትም ኢሉ የሕልፈልክንዶ መስለክን?” ንመኣዛ ጠመታኣ።

“እሞ እንታይ ኢና ዘይገበርና ኣንቲ’ደ?! ኤልሳ ሰላም ክትብለኪ ምምጽኣ ጌጋ ድዩ?” መኣዛ ጌጋኣ ተረዲኡዋ ክነሱ ክትሸፋፍን ደለየት።

“ንሳስ ዘይፈለጠት ኮይና። ንስኺ’ኸ እዚ ጠፊኡኪ መዓስ ኮይኑ?”

“ኣነ ደኣ ዝርአ ገጽ’ዶ ዳንጋ ኣለኒ ኮይኑ? ኪዲ ኤልሳ ጓለይ ክመጽእ’የ። ጸሓይ’ውን መሪራ ኣላ።” ንቀልዓለም ኢየን ተዛሪበን። ስዓት ኣርባዕተ ቀንዲ ዝሸቅጣላ ሰዓት’ያ። ኣብ ቃኘው ዝዓስከሩ ጦር ሰራዊት ሽዑ’ዮም ንከተማ ክወጹ ዝመርጹ። ኤልሳን መኣዛን ንገዛ ተበገሳ።

“መኣዛ ካብ’ዚ ገዛውቲ እንተትወጻ ክንደይ ጽቡቕ ነይሩ።”

“ጦር ሰራዊት’ባ ካብ ኤርትራ ይወጹ ይኾኑ።” በለት መኣዛ ብተስፋ እናማዕደወት።

“ኣበይ’ሞ ኣንቲ መኣዛ!.. ከመይ ጌሩ ከም ዝጠመተና ርኢኽዮ’ዶ?”

“ምስዘን ቁኖኺ እንድያ ዓይኑ ንጥብ ኢላ።”

“ኣነስ ዝሓለፈ ሰሙን ንጓል ቤት ትምህርትና ዘጋጠማ ተዘኪሩኒ። ብቐትሩ ከይጨውየና ተጠራጢረ።” በለጠን ኣለማዮን ናይ ምጭዋይ መደቦም ዝፈሸለሉ ዕለት። ክልቲአን ደንጉየን’የን ካብ ክፍሊ ወጺአን። ብዛዕባ’ቲ ጉዳይ ካብ ደቂ ቤት ትምህርተን ድሒረን’የን ፈሊጠን።

“ጦር ሰራዊት’ዶ ትብልዮም ኢኺ ንሳቶም?” መኣዛ ሓተተት።

“ኣምሓርኛ ይዛረቡ ከም ዝነበሩ ራሄል ነጊራትኒ’ያ። ደሓር ከኣ ንሳቶም’ዮም ከምኡ ዝገብሩ እምበር!” ኣረጋገጸትላ። “ኤርትራዊ ዓማጺ ባህሪ የብሉን።”

“እሞ ዓድና ገዲፍና ናበይ ኢና ክንከይድ ጓለይ? ኣብ ኩሉኮ ድቃስ ከሊኦምና።” መኣዛ ኣንጸርጸረት። እቲ ዝፈሸለ ናይ ምጭዋይ መደብ ንዓኣ ምንባሩ ኣይፈለጠትን።

“ከምዚ ኢልካ’ኳ ኣይንበርን’ዩ። ፈጠሪ ደኣ ገለ ይገብረና ይኸውን’ምበር” ተስፋኣ ንፈጣሪ ገደፈቶ ኤልሳ።

“ንረስዓዮ መጽናዕትና ንግበር። ኣደይ ‘ካብ’ዚ ስራሕ’ዚ ከገላግል እንተኾይነ። ንስኺ ተማሂርኪ ስራሕ ምስ ጀመርኪ’ዩ’ ኢያ እትብለኒ ኩሉ ግዜ።” በለት መኣዛ መነባብሮ ናይ ገዛኣ ኣብ ቅድሚኣ ቅጅል ኣናበላ።

“ኣስመላሸን መብራህቱን’ከ?”

“ንሳቶም ድማ ሰናቲም ክኣራርዩ ወፊሮም። እንተኣኻኸበላ ስዓት ምሸት ኢያ። ኣነ መግቢ ሰራሪሐ እጸንሖም። በዓል ኣስመላሸ’ኳ ኣብ ድራር’ዮም ዝጽንበሩና። ኣደይ ግን ኣብ እዋን ምሳሕ ምሳይ ኣላ።”

“ኣበይ ድኣ ይምስሑ?” ሓተተታ ህይወት ናይ’ታ ስድራ እናሕዘና። ድኽነት ናይታ ስድራ ማዕረ ክንደይ ከቢድ ምንባሩ ኣብ ገጽ ኣደይ ሓረጉ ኣንቢባቶ’ያ።

“ኣበይ ክምስሑ ደኣ! ባኒን ሻሂን በሊዖም ይውዕሉ።” መኣዛ ክትነብዕ ደለየት።

መኣዛን ኤልሳን ንቤት ክኣትዋ እንከለዋ። በለጠ ብማዕጾ ናይ ቃኘው ይቕልቀል ነበረ። ምስ ኣለማዮ ቆጸራ ነይሩዎ። መደቦም ምስ ፈሸለ ካልእ ውጥን ከውጽኡ ክራኸቡ ተረዳዲኦም ኢዮም። በለጠ’ውን ንመኣዛ ክርኢ ተሃዊኹ ነበረ። ከይደኸመ ክርእያ ዘኽእሎ። ጐረቤቱ ም኿ና ዝነግሮ ኣይረኸበን።

6ይ ክፋል

ኒያላ ሆቴል በዓል ሸሞንተ ደርቢ ኮይኑ። ንኣስመራ ግርማ ዘልበሳ ምዕሩግ ሆቴል’ዩ። ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ናይቲ ህንጻ ዝርከብ ባር። ብምቹእ ሶፋ ዝተኸበበን ካብ ደገ ንዝኣቱ ሰብ ብዝሑል ኣየር ዝቕበል’ዩ። ኣብ ልዕሊ ታሓዚት ገንዘብ ዝተቐመጠትሉ ቦታ ስእሊ ኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ተሰቒሉ ይርአ።

ኣለማየ ኣብ የማናይ ኩርናዕ ናይቲ ባር ተቐሚጡ ቢራ ይሰቲ ነበረ። ኣብ መንጽሩ ሓሙሽተ ሰብ መዓርግ መኮንናት ብወታሃደራዊ ልብሲ ማዕሪነም ዊስኪ እናሰተዩ ዋዕ ዋዕ ይብሉ። ብጸጋሙ ድማ ሰማያዊ ሳርያን ምስ ስርኡ ዝተኸደኑ ናይ ኢሰፓ ኣባላት ኮፍ ኢሎም ነይሮም። ኩሎም ኣባላት ኢሰፓ ምኳኖም በቲ ዝለበስዎ ሓደ ዝሕብሩ ዩኒፎርም ይልለዩ። ንያላ ሆቴል ኣብ እዋን ደርግ ዝበዝሑ ዓማዊላ ሰበ-ስልጣን። ሰብ መዓርግ መኮንናትን ናይ ኢሰፓ ኣባላትን ኢዮም ነይሮም።

ኣለማየ ኢዱ ኣጣቒዑ ኣሳሳዩት ጸውዐ። “ቢራ” ኣዘዘ ክትሰምዖ ንዝመጸት ኣሳሳዩት እናጠመተ። ወታሃደራዊ ክዳን ምስ መዓርጉ’ዩ ለቢሱ። ጸላም መነጽሩ ኣብ ግንባሩ ነበረት። ኮርዳድ ጸጉሩ ኣሕጺሩ ቀምቂምዎ’ዩ። ከም ፒያኖ ዝጻወት ብሓሙሽተ ኣጻብዕቲ ኢዱ ጣውላ እናሃረመ ኣብ ሓሳብ ተሸመመ። ንመኣዛ ካብ ዘፍቅር ኣትሒዙ። ሓሳባቱ ኣብ ዓንኬል መልክዓ’ዩ ዝመላለስ። ካብ’ታ ዝረኣየላ ግዜ ኣትሒዙ ዋላ ሓንቲ መዓልቲ ካብ ምስላ ተገላጊሉ ኣይፈልጥን። ኣብ ሓደ እዋን ዘፍቀራ የውብዳር ከምኡ ዓይነት ስምዒት ኣይፈጠረትሉን። ኣብ ፍቐሪ ተመኩሮ ከም ዘይብሉ መኣዛ ፈሽ ፈሽ ኣቢላቶ ኢያ።

ኣለማየ ሰዓቱ ተዓዚቡ ኣብ ሶፋ ብምጽጋዕ ንላዕሊ ጠመተ። ናሕሲ ዘይኮነ ምስሊ ናይ መኣዛ ኣብ ኣእምሮኡ ውትፍ በለ። ከንፈራ ጋሊሃ እናሰሓቐት ተራእየቶ። “ሓደ መዓልቲ ንዘልኣለም ኣብ ኢደይ ክትኣትዊ ኢኺ።” በለ ብልቡ ብምትእምማን ርእሱ እናነቕነቐ። ኣእምሮኡ ንእንተታት ዝኸውን ቦታ ኣይነበሮን። ዋላ እንተኣብያቶ ብሓይሊ ክዝርፋ ወሲኑ’ዩ። ድሕሪ ባይታ መኣዛ ስለዘይፈልጠ ግን ኣይቀሰነን። ከምኡ ኢትዮጵያዊት እንተኾይና ዝከላኸሉላ ኣዝማድ ከም ዝህልውዋ ኣይሰሓተን። ኤርትራዊት እንተኾይና ግን ዝዓግት ሓይሊ ኣይተራእዮን። ስርዓት ደርግ ካብ ንመኣዛ ንዕኡ ከም ዝቕርቦ እምነት ኣለዎ።

“ሓደ መዓልቲ ኣብ ኢደይ ከእትዋ’የ።” ምስ ነብሱ ተዛረበ። ዝኾነ ዕንቅፋት ክገጥሞ ኣይተጸበየን። ዕንቅፋት መሲሉ ዝተራእዮ። መኣዛ ሃንደበት ሸርብ ከይትብሎ’ዩ። ከምኡ እንተጌራ ንምርካባ ጸገም ኣለዎ። ቤት ትምህርታ እምበር ገዝኣ ኣይፈልጦን’ዩ። ናብ ግንባር ተበገስ እንተተባሂሉ’ባ ኻኣ ገጻ ክርኢ ዝኽእል ኣይነበረን። ኣሳሳዩት ቢራ ሒዛትሉ መጸት።

“እንታይ ደኣ ደንጹኺ?” ቀው ኢሉ ጠመታ። ፍሸኽ ኢላ ቢራ ኣብ ምኽፋት ኣድሃበት። “ንዓኺ’የ እኮ!” በለ ዘይመለሰትሉ ተቐጥዐ።

“ይቕሬታ።” ፍሸኽታኣ ከየህሰሰት መለሰትሉ። ባህሪ ናይ ስርሓ ስለዝኾነ ፍሸኽታ ዝፍለያ ኣይነበረን።

“ዝሑል ቢራ ክጋብዘኪ? ካብ ጽምዋ ከተገላግሎ ብምሕሳብ ሓተታ።

“ተገልጋሊ ክጋብዘካ ኣብ’ዚ ሆቴል ፍቐድ ኣይኮነን።” ከባቢኣ እናጠመተት መለሰትሉ።

“ስለምታይ?” ገሪምዎ ጠመታ። “ምግባዝ ከኣ ክልኩል’ዩ ተባሂሉ?!” ብምድናቕ ኣኽመስመሰ።

“ናይ’ዚ ሆቴል ሕጊ’ዩ” በለቶ

“ሸግር የለን። ኣብ ካልእ ቦታ ክጋብዘኪ መዓስ ይጥዕመኪ?” በላ። ሃንደበት ዝመጸሉ ዘረባ’ዩ እምበር ብሓቂ ክጋብዛ ድልየት ነይርዎ ኣይኮነን። ኣብታ እዋን’ቲኣ ኣብ ልቡ ቦታ ዝነበራ መኣዛ ጥራይ’ያ።

“ክምለስ’የ።” ጣቕዒት ሰሚዓ ውራይ ምስሳያ ክትገብር ገዲፋቶ ከደት። ንካልኢታት በተን ደቀቕቲ ኣዒንቱ ጠመታ። ስምዒት ኣይሃበቶን። ብተፈጥሮኡ ረጓድ ጓል ኣይፈቱን’ዩ። ቢራኡ ናብ ብኬሪ ከይመለሰ ኣንቃዕሪሩ ኣንቕርቀረ። ሰም ኢሉ’ዩ ጐርዳዕ ኣቢልዎ። በለጠ ስለ ዝደንጎዮ ሕርቕርቕቱ ኣብ ቢራ ከውጽእ ዝደለየ ይመስል።

“እንታይ ደኣ ኮይኑ እዚ’ኽ?” ብልቡ ተራገመ። ኣብ’ቲ ገፊሕ ሆቴል ዘዕልሎ ካልኣይ ስለዘይነበሮ ዓቕሉ ኣጽበበ። ናይ ምጭዋይ መደብ ካብ ዝፈሽሎም ምስ በለጠ ኣይተራኸቡን። ቅድሚ ምፍልላዮም’ዮም ተቐጺሮም። ቆጸራኦም ግዜ ስለዝወሰደ ተደናጊሩ ከይከውን ክዝክር ፈተነ። ሓሳቡ ከይወደአ ግን በለጠ ብማዕዶ ክቕልቀል ረኣዮ። ከም እተማኸሩ ንሱ’ውን ወተሃደራዊ ክዳን’ዩ ለቢሱ።

“ኣለማየ ከመይ ውዒልካ?” በለጠ ከቀባጥር ፈተን። ስለ ዝደንጎየ ኣለማየ ከም ዝኹሪ ኣይተጠራጠረን።

“እንታይ ደኣ? ዘውዲቱ ሒዛትኒ ጥራይ ከይትብለኺ!” በሎ ብኩራ ተነፊሑ። ኣይኮነን ተጸዊጉ እናሰሓቐውን ዝቐረብ ኣይኮነን። ዝያዳ ዘፍርሕ ምስሊ ለቢሱ ኣብ ሶፋ ኣጣጥሐ።

“ንዘውዲቱ ኣፍቂርካያ ኣለኻ መስለኒ! ቅድሚ ንዓይ ሰላም ምባልካ ቀጻሊ ብዛዕባኣ ትሓተኒ ኣለኻ?”

“ውቃበይ ረጓድ ጓል’ኳ ዘይፈቱ” ብምስትንዓቕ መለሰሉ ኣለማየ።

“ኣይፈልጥካየንን። ረጐድቲ ከም ኮበርታ ዝማምቑ ፍቕሪ ከም ዝልግሳ ተሰዊሩካ ኣሎ።” በሎ ንዘውዲቱ እናዘከረ።

“ኣየ ጉራ! ሓንሳብ ትጸርፋ ሓሳብ ተሞጉሳ” ሕርቕርቕቱ ረሲዑ ፍሽኽ በለ። “እንታይ ኢኻ ትሰቲ?”

“መሎቲ ኣምጽእልና በላ” በሎ።

“ክልተ ቢራ” በላ ኣለማየ ኣሳሳዪት ናብኣቶም ክትመጽእ ተዓዚቡ። “ደርፊ ናይ ሻዕብያ ምድራፍ ግን የለን” ጠመቶ።

“ኩሉ ከም መልሓሱ፤ ከም ድልየቱ ዝብል መሰል ክሳብ ዘይመጸ ብውሽጠይ ክድርፍ’የ።”

“ከባቢኻ ተዓዘብ። ኩላ ሓሳዊት ናይ ኣብዮት’ያ። የወንበዬ ቅጥረኛ ተባሂልካ ከይትእሰር።”

“እንታ ደኣ ኩሉ ናይ መንግስቲ ክዳን ተኽዲኑ? ኣባላት ኢሰፓ’ኮ ዩኒፎርሞም ኣብ ነብሶም ክበሊ’ዩ። ሎሚ ‘ኩሉ ኣብዮተኛ ዩኒፎርም ይልበስ’ ዝብል ኣዋጅ ወጺኡ ድዩ?” ኣብ ውሽጢ ኒያላ ሆቴል ንዝነበሩ ሰባት እናተዓዘበ ሓተተ።

“ቀደም እንድዩ ተኣዊጁ። ኣባላት ኢሰፓ ዩኒፎርም ክለብሱ ካብ ዝግደዱ መዓስ ሓጺር ኮይኑ!”

“ፕረዚደንትና ዘይብሎ የብሉን። ሰንበት መኪና ካብ ዝኽልክል ብጥዕናኡ ከምዘየለ ኣረጋጊጽና ኢና።” በለ በለጠ ኣሳሳዪት ኣብ ጣውላ ንዘቕመጠቶ ቢራ እናጠመተ። “መሎቲ ናይ ጥልያን ስም ሒዝካ ክሳብ መዓስ ኢኻ ክትቅጽል?” ቢራ ናብ ብኬሪኡ እናቐድሐ ኣድመጸ። ነቲ ዘይምልስ ቢራ’ዩ ሓቲትዎ።

“መሎቲ ናይ ጥልያን ስም ድዩ?”

“ናይ መን ደኣ ይመስለካ ኔሩ? ኤርትራውያን ‘ባቤኒ ግራዝየኒ’ እናበሉ ንጥልያን ስለ ዝተቐበልዎ። ክሳብ ሕጂ ኣብ ኣስመራ ንዝፈሪ ቢራኡም ስም ኣይቀየሩሉን።” በለ ቢራ እናመዓገ።

“ባቤኔ ግራዝያኒ ኢሎም ከም ዘይተቐበሉ። መጎስ ኣስገዶምን ኣብራሃም ደቦጭን ኣብ ልዕሊ ግራዝያኒ ዝፈጸምዎ ናይ ቦምባ መጥቃዕቲ ምስክሮም’ዩ።” መለሰሉ ኣለማየ።

“ስም ተለዊጡ ኣይተለዊጡ እንታይ ትርጉም ኣለዎ?” በለ ኣለማየ።

“ስም እንተቐዪርካ ኣተሓሳስባ’ውን <u>ክትቀብር</u> ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት እዚ ቢራ መሎቲ እንተዘይብሃል ንጥልያንን ግራዝያኒን ኣይምዘከርናዮምን። መንግስትና እዚ ስለ ዝፈለጠ ንብዙሓት ኣስማት’ዩ ቀዪሩ። ሲነማ ኢትዮጵያ ሲነማ ኢምፐሮ’ያ ትበሃል ነይራ። ሲነማ ጣና - ካፒቶል፤ ሲነማ ኣዲስ ኣበባ- ሮማ፤ ሲነማ ቀይሕ መስቀል - ክሮቾሮሳ ይበሃላ ነይረን።”

“ስተ በል። ብቐዳማይ ሓሪቕካ እንከለኻ ኢናብ ተፈላሊናን።” ናብ ጉዳዩ ክእትዎ ደለየ።

“ዝገበርካዮ ግብሪ ኣይኮነን። ማዕረ ክንደይ ዲኻ ልብኻ ጠፊኡካ? ዘፍቀርካያ ጓል ምልላይ ክትስእን!”

“ብድሕሪኣ ስለ ዝረኣኽዋ ኣደናጊራትኒ። ብኣመሻሸጣኣን ቅርጺ ሰብነታን.. ንመኣዛ’ያ እትመስል።” ጌጋኡ ምኽንያታዊ ምንባሩ ከመሳምስ ደለየ። ሽዑ ዝተሰምዖ ራዕዲ ቅጅል ኢልዎ ገጹ ተቐያየረ።

“ሽዑ ካብ ሕጊ ወጻኢ ኢና ፈጺምና። ወንበዴታት’ውን ከምኡ ኣይገብሩን። ሕጂ ጥንቃቐ ምግባር ከድልየና’ዩ። ካብ ንቤት ትምህርታ ምኻድ ገዘኣ እንተነጽንዕ ዝሓሸ ይመስለኒ። ምኽንያቱ ኣብ ቅድሚ ተማሃሮ ዝኾነ ነገር ክትገብር ጽቡቕ ኣይኮነን። ሃይለስላሴ ናዕቢ ናይ ተማሃሮ’ዩ ካብ ስልጣኑ ኣልይዎ።... ቢራ ኣምጽኢ” እናተዛረበ ይምዕጉ ስለዝነበረ። ዝኣዘዛ ቢራ ጸፍ በለት።

“እንታይ እዋንካ ወዲእካዮ? እንዳ መሎቲ እንተትሰርሕ ምሓሸካ።”

“ንተሓጐስ ግደፈና። ሂወትና ካብ መስተ ዝሓልፍ ሓጐስ የብላን። ጽባሕ ሻዕብያ ክትቀትለና’ያ።” በለ በለጠ ርእሱ እናሓኸኸ። ሃሪ ዝመስል ለሚሽ ጸጉሪ ኣለዎ። ምዕጉርጉር ኢሉ ቀይሕ’ዩ።

“ኩሉ ናብ ኵናት ዝኣተወ ይመውት’ዩ ዝበለ መን’ዩ?” ሓተቶ ኣለማዮ ተስፋ ምቑራጹ ምውሓጥ ኣብይዎ።

“ኩሉ ግንባር ዝኣተወ ይድሕን’ዩ ዝበለኸ ኣሎ ድዩ?” ኣሳሳዪት ቢራ ሒዛ መጸት። “ሽጋራ’ባ ሃብኒ።”

“ኣብዚ ሆቴል ሽጋራ ኣይንሸይጥን ኢና።” ኣሳሳዪት መለሰትሉ።

“ዝድሕን ኣሎ። ዝመውት ኣሎ። ‘ካብቶም ዝድሕኑ ግበረኒ ኢልካ ጸሎት ግበር።” ኣለማዮ ናብ ዘልዓልዎ ነጥቢ መለሶ።

“እቶም ዘይድሕኑ ንፈጣሪ ‘ኣድሕነና’ ኢሎም እንተለመንዎኸ? ፈጣሪ ንመን’ዩ ክሰምዕ” ቢራኡ ብህርፍርፎት ጐርዳዕ ኣበለ። መስተ ክፈቱ ጉድ’ዩ። ኪንዮ ቢራን ድራፍትን ግን ዝጥዕሞ ኣልኮል የብሉን።

ብማዕጾ ሽጋራ ዝሓዘ ቆልዓ ኣተወ። ሽጋራ ዝገዝኡ እንተረኸበ ነታ ባር ብኹሉ ኣንፈት ኮለላ። መስተ ዝሰትዩ ዝነበሩ ሓደ ድሕሪ ሓደ እናተሻመዉ ጸውዕዎ።

በለጠ ዓሰርተ ብር ካብ ጁባኡ ኣውጺኡ ጸውዖ። “ሮዝማን ሃበኒ።”

“ሽጋራ ገዲፈያ’ዶ ኣይበልካንን?” ኣለማዮ ተወከሶ።

“ናይ ሽጋራ ፍቐሪ ልዕሊ ፍቐሪ ጓል ምኳኑ ስለ ዘይተትከኸ ኣይትፈልጦን ኢኻ።” ባኮ ሮዝማን ወሲዱ ሕሳብ ሃቦ። ኣዒንቱ ኣብ ገጽ’ቲ ቆልዓ ትኽል ኢለን ነበራ። “ኣበይ’ዩ ገዛውትኻ?” ወቓሕ ስለዝበሎ ሓተቶ። እቲ ቆልዓ ሓዋ ንመኣዛ’ዩ። ወዲ ዓሰርተው ሓደ ዓመት ክነሱ ልዕሊ ዕድሚኡ ሓላፍነት ተሰኪሙ ነበረ።

“ቲራቮሎ።” መለሰሉ ማልስ እናሃቦ።

“ንዓይ ትፈልጠኒ?” ሓተቶ።

“እወ! ኣብ ቃኘው እንድዩ ገዛኻ።” መለሰሉ። ኣለማዮ እናሰተየ ትም ኢሉ ይዕዘቦም ነበረ።

“መን’ዩ ስምካ? ትመሃር ዲኻ?” ሓተቶ ብቕልዕኡ ኣብ ሸቐጥ ምውፋሩ ንትምህርቲ ኣየርክበሉን’ዩ ኢሉ ብምሕሳብ።

“መርሃዊ... እወ እመሃር” መለሰ የማነ-ጸጋሙ እናጠመተ። እናተዛረበ ስርሑ ኣይረስዐን። ኣብ ባራት እናኣተኻ ሽጋራ ምሻጥ ከም ልምዲ ስለዝወሰዶ ሕፍረት ኣይነበሮን።

“ኣቦኻ የለን ድዩ ድኣ ሽጋራ ትሸይጥ?” ኣለማዮዩ ሓቲትዎ። መርሃዊ ጽቡቕ ኣምሓርኛ’ዩ ዝርዳእ። ነታ ሕቶ ከይመለሰ ክሳዱ ጓዕጸጸ። ኣቦኡ ስለዘዘኻኸርዎ ዝኽትምና ተሰምዖ። ንሕቶ ኣለማዮ ‘ኣቦ ዘይብሉ’ዩ ሽጋራ ዝሸይጥ’ ብምባል ስለ ዝተርጐሞ። ምምላስ ስኢኑ ኣዕጠጠየ።

“እንታይ ደኣ ኣይትምልስን ዲኻ? ኣቦኻ የለን ድዩ?” በለጠ ንዘይመለሰሎም ሕቶ ደገመሉ።

“ኣሎ እምበር!” ከም ቁጥዕ ኢሉ መለሰ መርሃዊ። ኣቦኡ ዘይምህላዉ ንወትሃደር ክነግር ኣይደለየን። ኣቦኡ ምዉት ምኳኑ ፈሊጡም ዝምልኡሉ የብሎምን። ንሱ’ውን ኣቦኡ ምዉት’ዩ ተባሂሉ ድንጋጸ ክልገሰሉ ዝደሊ ኣይኮነን። ብኻልእ ሸነኽ ‘ሽጋራ’ ኢሎም ስለዝጸውዑ እናፈጠነ ናብኦም ከደ።

“ብዛዕባ ጉዳይካ ኣብ ሓደ መዕለቢ ንብጻሕ። ፍቕሪ ግዜ እንተወሲዱ እናሸወተ ዘይኮነ እናሓረረ’ዩ ዝኸይድ። ‘ሻሂን ፍቕርን ብውዑያቶም ይብሉ ድቂ ቦሌ” በሎ።

“ጽባሕ ትምህርታ ክንከይድ ወዲኣዮ ኣለኹ።” ንመኣዛ ከይረኣያ ስለዝቐነየ ብህንጡይነት ተዛረበ።

“ሕጂ ድማ ናብ ትምህርታ ክንከይድ?!” ብተቓውሞ ጠመቶ። “ኣነ ካልእ ሜላ እንተንሓስብ ምመረጽኩ። ኣብ ቅድሚ ተማሃሮ ከተዘራርባ ጽቡቕ ኣይኮነን። ደሓር ድማ ብኣምሆ ክንፍጽሞ ዝሓሰብና ተግባር ኢሰብኣዊ’ዩ። ዳግማይ ከምኡ ዘሕስብ የብልካን። መኣዛ ዋላ ሓፍትና ኣይትኹን ኣብ ካልእ ቦታ ከምኣ ሓፍቲ ከም ዘላትና ንዘክር። ፍቕሪ ብዱላ ኣይከውንን’ዩ። ኤርትራ ብዱላ እንተመጺኣ ንፍትኖ ዘለና ይኣክል።” ዕትብ ኢሉ ተዛረበ።

“ንዕቀታ’ዩ ኣብ ከምኡ ኣብጺሑኒ። ብኽብረት ተቋጺርና ሕራይ ኢላ ከተብቅዕ ኣይመጸትን። ኣነ ማዕረ ክንድኡ ዝነዓቕ ሰብ ድየ? ኣብዮታዊ መንግስተይ ናይ ሓለቓ ሚእቲ መዓርግ ዝሃበኒ ወተሃደር’የ። ንምንታይ ‘ክመጽእ’የ’ ኢላ ተታልለኒ?” ደቀቕቲ ኣዒንቱ ናይ መጨረሻ ዓቕመን ፈጠጣ። ሕርቕርቕቱ ኣብ ጸሊም ገጹ ጐሊሑ ተራእየ። ብኬሪ ኣልዒሉ ቢራ ጨለጠ። ኣለዓዕላኡ ንቕድሚኡ ዝውርውሮ’ምበር ናብ ኣፉ ዘጸግዖ ይመስል ኣይነበረን።

“መኣዛ ጓል ምኺና ትዝንግዕ ኣለኻ። ገና ብዛዕባኻ እትፈልጦ የብላን። መንግስቲ መዓርግ ስለዝሃበካ ነብስኻ በቲ ንስኻ እትጥምታ ክጥምትዋ ኣይትሕሰብ። መዓርግ ንዓኻ እምበር ንመኣዛ ባሊቃ ክኸውን ይኽእል’ዩ። ብሰብኣውነትካ ጥራይ ክትቀርብ ፈትን። ልቢ ጓል ዓሻን ጐራሕን’ዩ። ክዕሹ እንከሎ ብሓንቲ ቃል’ዩ ዝታለል። ክጐርሕ እንከሎ ድማ ክምህ ዘብሎ የለን። ቅረባ። ቅንዕናኻ ኣእምና። ሽዑ ባህርይኣ ክልወጥ ክትርኢ ኢኻ።”

“ኣበይ ምስ ረኽብክዋ ከእምና?! ተቋጺርና ኣይመጸትንን። ካልእ ንመኣዛ ክረኽቦሉ ዝኽእል ቦታ የብለይን። ኣብ ቤት ትምህርታ ተላልየያ ኣብኡ ድማ እመላለስ ኣለኹ። ክሳብ ሕጂ ናይ ልበይ ክዛረባ ዕድል ኣይሃበትንን።” ተበሳጨወ።

“ሕጂ’ውን ጉያ ጉያ ከም ዘይኮነ ተረዳእ። ፍቕሪ ትዕግስቲ የድልያ። ጽባሕ ኣብ ትምህርታ ኬድና’ውን ከይሰልጠና ይኽእል’ዩ። ንክታተላ ከም ዘለና እንተፈሊጣ። ከም ዑፍ መስቀል ሓንሳብ ርኢኻ ክትስእና ኢኻ። ናብ ትምህርታ ምኻድ ኣነ ኣይፈተኽዎን።”

“ኣበይ ክረኽባ ትደልየኒ ኣለኻ በለጠ?” ብሕርቓን ቶግ በለ።

“እንተሃዲእካ ካልእ እትረኽበሉ መንገዲ ሃሰስ ክንብል ኢና። ኣብ መዓስከርና ቃኘው ምስኣ ዝመሃራ ኣይሰኣናን ይኾና። ኣብታ ቤት ትምህርቲ ዝመሃራ ኣዋልድ ስለዝፈልጥ። ተኽታቲለን ገዝኣ ከም ዝሕብራና ክግበር ይከኣል’ዩ።”

“ጽባሕ ግን ናይ ግድን ኣብ ቤት ትምህርታ ክንከዳ ኣለና።” ወሰነ ኣለማየ።

“ናይ ግንድ ዝበሃል’ኮ የለን። ከይረኽብናያ ክንምለስ ንኽእል ኢና።” በሎ ስምዒቱ እናተኽታተለ።

“ደሓን ምፍታን ሓጥያት ኣይኮነን።” ካብ ውሳነኡ ዕጽፍ ከም ዘይብል ኣረጋገጸሉ።

“ምስ ረኽብናያ ህድእ ኢልና ኢና እነዘራርባ። እቲ ካልእ ከም ናይ ብቐዳማይ ተስፋ ምስ ቆረጽና ክነርክበሉ ኢና። መን ይፈልጥ መልኣኽ ኮይና ትመጸና ትኸውን።”

“ኣይትጠራጠር ክሳብ ትዕግስተይ ዝውድእ ከረድኣ ክፍትን’የ።”

7ይ ክፋል

ናይ መወዳእታ ዓመት መዕጸዊ ሰሚስተር ፈተና ካብ ዝጅመር ሳልሳይ መዓልቱ ጌሩ ነበረ። ፈተና ወዲኡም ዝወጹ ተማሃሮ ኣብ ጽርግያ ኮይኖም ብዛዕባ ዝገበርዎ ፈተና ክካትዑ ይረኣዩ። መኣዛን ኤልሳን ካብቲ ጉጅላዊ ክትዕ ነብሰን ኣገሊለን ንቤተን ክኸዳ ተበገሳ። ኣብ ጽርግያ ደው ምባል ኣይፈተውኣን። ጽርግያ ኣሉላ ኣባነጋ ብህድኣት ሰጊረን ናብ ድል ጐደና ናይ ሎሚ ገደና ሓርነት ኣተዋ። ሃንደበት ምስ በዓል ኣለማየ ጐፍ ተበሃሃላ። ኩሎም ልቦም

ምሽት ኢላ ሰማይ ዓረገት። በዓል ላለማዮ'ውን ኣጋጣሚ ስለዝኾኖም ካብ ስንባደ ኣይወጹን። መኣዛ'ሞ ቅዝዝ በለት። ኣለማዮ ናብ ቤት ትምህርታ መጺኡ ዳግማይ ክረኽባ ኣይተጸበየትን። ካብ ኣእምሮኣ ወጺኡ ረሲዓቶ ኢያ ኔራ።

"መኣዛ ከመይ ኣለኺ?" ስንባዲኡ ብምቁጽጻር ኢዱ ንሰላምታ ዘርጊሑ ኣብ ቅድሚኣ ደው በለ። ልባ ብፍርሓት እናኣንበድበደት ጨበጠቶ። ሰላም ክትብሎ እንከላ ኣእዳዋ የንቀጥቅጥ ነበረ። ንኤልሳ መሓዝኣ ክትጥምት ግልጽልጽ በለት። በለጠ ንኤልሳ ብቕልጡፍ ካብ መኣዛ ፈልይዋ ነበረ። ኤልሳ'ውን ከምኣ ሰብ ከም ዝነበራ ኣስተውዓለት።

"ፈሊጥክኒ ኣለኺ ሓቀይ?" ተጠሊዑ ማዕረ ማዕረኣ እናሰጐመ ሓተታ። ብስያፍ ሰሰሪቑ ይጥምታ ነበረ። ትብሎ ጠፊእዋ ጭንቕ በለት። 'እወ' ክይትብሎ ዝተገደሰትሉ ክይመስሎ ኣፍርሓ። 'ኣየላለኹኻን' ክይትብል ድማ ከም ንዕቀት ክይሓስቦ ኣጨነቕ። ክትሓስብ ክይተረድኣ ግዜ ወሰደት። ልባ ተሸቢራ መሕብኢ ከም ዝሰኣነት ትርብጻ ነበረት።

"መኣዛ መልሲ እባ" ጉንጽ ኣበላ። ትንክፍ እኳ እንተበላ መልኣኻ ክሃድም ተፈለጣ።

"እንታይ ኢለ ክምልስ" ዳግማይ ክይጉንጻ ክይፈተወት ተዛረበት። ኣእጋራ ናበይ ይስጉም ከም ዝነበረ ይርድኣ ኣይነበረን። ውንኣ ጠፊእዋ ትገብሮ ኣይፈለጠትን። ዓቕሚ እንተዝነበራ ከም ዑፍ በሪራ ምተሰወረት። ብሓሳባ'ውን ከምኡ'ያ ተሰላስል ኔራ።

"እናፈለጥኪ ትም ኣይትበሊ። ሰብ ክቡር ኢዩ።" ብሓውሲ ታህዲድ ክዛረብ ሰምዓቶ። ሰሚዓ ከም ዘይሰምዐት ኣጽቀጠት። እንታይ ኢላ'ኸ ክትምልሰሉ። እናተረድኣ ትም ከም ዝመረጸት ተረዲእዎ ኢዩ።

"መኣዛ ንዓኺ እንድየ!" ብምናታ ጨበጣ። ዝፈልጥዋ ሰባት ከይርእይዋ ብፍርሒ ኣቕባሕበሐት። ዋላ ትፈልጦ ሰብ እንተዘጋጥማ ግን ኣይመለለየቶን። ብፍርሒ ኣእምሩኣ ተደፊኑ ነበረ። ካብ ምናታ ዘይወረደ ኢድ ኣለማዮ ኣእሻሹ ኮይኑ ስለ ዝተሰምዓ ነብሳ ሸምቀቐት።

"ኣነ ብቕንዕና'የ ዝመላለስኪ ዘለኹ። ነዚ ዝርዳእ ሓንሳል ይሃልኺ" ምናታ ጭብጥ ኣፍኩስ እናበለ ተዛረበ። 'ቅንዕና!' ነታ ቃል ብልባ ደጊማ ተገረመት። ኢዱ ስለ ዘውረዶ ፍኹስ ክብላ ተፈለጣ። ደጋጊሙ መልሳ ክሰምዕ ተጸበየ። ቁሊሕ ክትብሎ ኣይረኣያን። ደኒና ምኻዳ ኣብ ልዕሊኡ ዘለዋ ንዕቀት ምኽኑ እናተነጸረሉ ከደ።

"ሓደ መዓልቲ ተቋጺርና 'ክመጽእ'የ' ኢልኪ ኣይመጻእክን። ስለምንታይ?" ቃላቱ ኣብ ኣእዛና ኣንኰድኰደ። ሓይሊ ዝነበሮም ቃላቱ ምቕያሙ ኣተንቡሁላ። ከመይ ጌራ ከም ተህድኦ ጭንቕ ኢልዋ ተጣርዐት። ኣእጋራ ተኽቲሉ እናሰጐመ ኣብ ገዝኣ ከይበጽሕ'ውን የሰክፋ ነበረ። ገዛኣ እንተፈሊጥዎ ዝሓድጋ ኣይመሰላን።

"ኣደይ ስለ ዝሓመመት ክመጽእ ኣይከኣልኩን።" ኣመኻነየት። ካልእ ትብሎ ኣይነበራን። ነዲኣ ዘይምቕታላ'ውን እዝኒ ይግበረላ። ሰይጣን ዝሓሰበቶ ሰብ ቆጺርዋ ክትከዶ ዝሕሰብ ኣይነበረን። ሓቢራ ምስኡ ክትስጉም'ኳ ልዕሊ ዓቕማ ኮይኑ። ኣለማዮ ተፈሸኸ። ናይ እስትሕቓር ፍሸኽታ ኢዩ። መኣዛ ከም ዝሓሰወት ኣይተጠራጠረን።

"እንታይ ኮይነን ሓሚመን?" ከንፈሩ ከይከደነ ተፈሺኹ ሓተታ። ዋላ ይፈሸኽ ገጹ ናይ ጨካን ሰብ ምስሊ'ዩ ዘለዎ።

" ኣምላኽ ኣሕሚምዋ።" ዝበለቶ ኣይተረድኣን። 'ንምኳኑ ክምለስ ድዩ' ዝብል ጭንቀት የተሓሳስባ ነበረ።

"ኣምላኽ'ዶ የሕምም'ዩ?" ብላግጺ ጠመታ። ክጥምታ እንከሎ ገጻ ካብ ኣዒንቱ ክትርሕቕ ትገብሮ ምንቅስቓስ ኣስተውዓለላ። ተግባራ ሕምስምስ ዝብል ስምዒት ፈጠረሉ። "ኣምላኽ የሕምም'ድዩ?" ደገመላ። ኣምላኽ ምልዓሉ ተኣምር ኮይንዋ ተገረመት። 'ሰይጣን ከምስል...' ብምባል ብልባ ሓሰበት። "ስለምንታይ ትሕስዊ?" ስለ ዘይመለሰትሉ ቆለጭ በለ።

“ኣይሓሰኹን ሓቀይ ኢየ።” ‘ነታ ሓቀ’የ’ ትብል ቃል ኣትረረታ። ኣብ ኢዳ ሒዛታ ዝነበረት ሓንቲ ጥራዝ ክትህቦ ኢዱ ወስ ኣበለ። ፈተና ስለ ዝኾነ መመርኮሲት ክትኮና ዝተማልኣታ’ያ። ከይፈተወት ኣጨበጠቶ። ኣለማዮ ገበራ ገንጺሉ ሓንሳብ ናብ መኣዛ ሓንሳብ ናብታ ጥራዝ ጠመተ። ናይ ኣቡኣ ስም ‘ተፈሪ’ ከም ዝበለቶ ኣይረስዖን።

“ስም ኣቦኺ መን ድዩ?” ኣብ ጥራዛ ኣረጋጊጹ ከብቅዕ ክትምልሰሉ ኣገደዳ። ኣብ ሓደ እዋን ጌጋ ከም ዝነገረቶ ትዝ በላ። እንተኾነ ዝረቕሓትሉ ስም ኣይዘከረቶን።

“ኣስጎዶም” ስም ምውት ኣቡኣ ሓበረት።

“ተፈሪ’ኸ ብቤት ፍርዲ ኣቦኺ ከም ዘይኮነ ተረጋጊጹ።” ሓሶታ ሓደ ብሓደ ከም ዝኽሸሐ ክንፋሕ ረኣየቶ። ግልብጥ ኢላ ንኤልሳ ጠመተታ። በለጠ ብድሕሪት’ዩ ኣትሪፍዋ። ኤልሳ’ውን ከምኣ ድንን ከተብዝሕ ረኣየታ። ኣለማዮ እንደገና ጐነጻ። ካብ ሓሳብ ከም ዝተበራበረት ስንብድ ኢላ ጠመተቶ። “ኢሂ ኣሕሚሙኪ ድዩ?” ካልኣይ ገበንኪ’ዩ ብዝመስል ስምኺት ሓተታ። ከም ዘየሕመማ ብኣሉታ ርእሳ ነቕነቐት። እንተራህርሃላ ዝገበረቶ’ዩ። “ዝተሓተትክዮ ኣይትምልስን ዲኺ?” ከመይ ዲኺ ትሓስብኒ? ስለምንታይ ስም ኣቦኺ ቀይርኪ ነኺርክኒ! ንዓኺ እንድየ!” ትም ስለ ዝበለት ብምናታ ነቕነቓ።

“ተጋግየ።” ከይፈተወት ኣመነት። ምስኣ እናሰጐመ ገዝኣ ከይበጽሕ ቀስ ክትብል ጀሚራ እያ።

“መኣዛ ኣነ’ኳ ኣፍቂረኪ’የ ዝመላለሰኪ ዘለኹ። ንዘፍቀረ ሰብ ድማ ከምዚ ናትኪ ጌርካ ኣይትቕበሎን ኢኻ። ምኽንያቱ ሕማቕ ተሰሚዕዎ ኣብ ልዕሌኻ ገበን ክፍጽም ይኽእል’ዩ።” ብፍርሒ ከይተረድኣ ቀው ኢላ ጠመተቶ። ኩሉ ኩነታቱ ዝምሕር ከም ዘይኮነ ተገንዘበት ። ከመይ ጌራ ካብ መጻወድይኡ ከም ተምልጥ ሕርብት በላ። “መዓስ ይጥዕመኪ ሻሂ ክንሰቲ” ብመፈራርሒ ቃላት ስለ ዝድሃላ ከም ዘይትሕንግድ ገመተ። ኮነ ኢሉ ዝገበሮ ኢዩ።

“ፈተና ኣለኒ ኣይጥዕመንን’ዩ” ድፍር ኢላ መለሰትሉ። ዋላ ፈተና እንተዘይህልዋ’ውን ክትመጾ ድልየት የብላን።

“ኣደይ ሓሚማ። ፈተና ኣለኒ። ሕጽቦ...” ጠመተቶ። ‘ይኣኽለካ’ ክትብሎ ዝደለየት ትመስል። ኣጠማምትኣ ፍትው ኣበሎ። ኣዒንታ ስምኺት ዝቕስቅስ ነጸብራቕ ኔርዎ።

“ፈተና ከም ዘለና ኣብ ቤት ትምህርትና ኬድካን’ዶ ሕተት” በለቶ ሓቃ ምኽና ክተኣምኖ።

“ኣዬኺ ምሕማመን’ከ? ብቕዳማይ ስለ ዝጠለምክኒ ዋላ ፈተና ይሃልኺ ክትመጺ ኢኺ።” ብትእዛዝ መልክዕ ሓበራ። ‘ዘይሓፍር!’ ዝብል ስምኺት ክትል እናበላ ደኒና ብቕስታ ሰለይ በለት። “ስዓት ክንደይ ኢና ንራኸብ” ከም ዝተሰማምዐት ግዜ ክትውስን ሓተታ። ከይመለሰትሉ ኣጽቀጠት። “መኣዛ ሰዓት ክንደይ ኢዩ ዝጥመኪ?” ደገመላ።

“ኣነስ እንታይ መርገም ኔሩኒ’ዩ?” ብልባ’ያ። ኣዒንታ ብሕርቃን ንብዓት ቆጸረ። ‘ኩሉ ግዜ ኣይጥዕመንን’ዩ ክትብሎ ሓሲባ ካብ ኣፋ ምልስ ኣበለቶ። ከምኡ እንተኢላቶ ግብረ መልሱ ትስሕቶ ኣይነበረትን። ድልየቱ ክገብር መሰል ኣለዎ።

“ፈተና ኣለኒ ሙሽ ኢለካ።” ኣብ ውሳኒኣ ጸንዐት።

“መኣዛ። ልመና ከም ሕምቀት ጌርኪ ኣይትውሰድዮ። ሻሂ ክትሰትዩ ፍቓደኛ ኩኒ። ዘዕልለኪ ዕላላት ኣለኒ። ብልቢ ኣፍቂረኪ’የ። ንቕሙነገር’የ ዝሓስብ ዘለኹ።” በለ። መኣዛ ኣብ ቅድሚኣ ቦምባ ከም ዝተተኮሰ ኣእዛና ልኹኽ በለ። ‘ቁም ነገር’ ብምረት ነታ ቃል ኣብ ውሽጣ ደገመታ። ክቕትለኪ’የ ከም ዝበላ ነብሳ ብፍርሓት ኣንቀጥቀጠ። ነገር እናተረረ ይኸይድ ምህላው ተገንዘበት። ንቕም ነገር ይሓስባ እንተሎ ብቀሊሉ ክገድፋ ከም ዘይኮነ ተሰወጣ። ተጠሊዕኪ ኣእውዩ ዝብል ስምኺት ከም ማዕበል ኣብ ውሽጣ ተገላበጠ። ተማሂራ ሰብ ክትከውን እናሓሰበት። ተጋደልቲ ኣሕዋታ ሰላም ከምጽኡላ እናተጸበየት። ኣምሓራይ ወትሃደር ‘ንቕም ነገር’የ ዝደልየኪ’ ክብላ ኣእምሮ ዘናውጽ ክስተት ነበረ።

መኣዛ ስጉምታ ኣቋሪጻ ደው በለት። ኪንይኡ ክትቅጽል ኣይደለየትን። ኣለማዮ ስጉምታ እናተኸተለ ገዝኣ ከይበጽሕ ክትዓግቶ ኔርዋ። መገላገሊ ዝኾና ሜላ ከይሓሰበት ደው ስለ ዝበለት ተደናጊራ ናብ ኤልሳ ኣቐባሕብሐት።

“ምነው!” ኣለማዮ ኣብ ቅስሚኣ ተገቲሩ ጠመታ።

“እንታይ ጸሊኡለይ’ዩ ወደይ!” ብውሽጣ ኣጉረምረመት። ኣብ ቅድሚኣ ተገቲሩ ምስ ረኣየቶ ጽልኣ መሊሱ ዛየደ። ሽዑ’ያ ጽቡቕ ጌራ ኣቐሊባትሉ። ቁመቱ ጽላል ቀባሮ ኮይኑ ተሰምዓ። ምስቲ ጽልሙ ኣብ ለይቲ ዝወሳወስ ሸንጓሕ ጽላሎት መሲሉ ተራኣያ። ኣፍንጭኡ ዝተረገጸት ክትመስል ዝዓበየ ክፋል ናይ ገጹ ኣሳፊሓቶ ነበረት። “ንመሓዛይ ክጽበያ” ጽቡቕ ምኽኒት ረኸበት። ኣብ ራንዴቩ ላተርያ ጐደና ኮሎኔል በላይ ሓይልኣብ’ዮም በጺሖም። ኤልሳን በለጠን ተጸንበርዎም። ክልቲኦን ኣዋልድ ተጠማመታ። ብዓይነን ብስውር መንገዲ ክረዳድኣ ፈተነ ኣካየዳ። እንተኾነ ኣዒንተን እንትርፎ ፍርሒ ምምንጫው መልእኽቲ ኣይነበሮን።

“ሻሂ ንስተ” በለ ኣለማዮ። ሻሂ ንስተ ዝብል ሓሳብ ራንዴቩ ላተርያ ምስ ረኣየ ዝመጾ ኢዩ።

“ፈተና ስለ ዘለና መጽናዕቲ ክንገብር” ተቐዳዲማ መለሰት መኣዛ። ኣለማዮ ካብ ቅድሚኣ ክርሕቕ ምሒር ህንጡይነት ነበራ። ኣለማዮ በተን ደቀቕቲ ኣዒንቱ ኣቑለጭሊው ጠመታ። ኣዘራርባኣ ንትዕግስቱ ይፈታትኖ ነበረ።

“እተዊ ሻሂ ስተዩ” ብምናታ ኣትሪሩ ብምጭባጥ ክጐታ ፈተነ። ሕርቃኑ ክቆጻጸር’ዩ ዝፍትን ነይሩ። እምበር ስምዒቱ ገንፊሉ ብጽፍዒት ክለኽዓ ይደፍኦ ነበረ። መኣዛ ኣጨባብጥኡ ቃንዛ ጌሩላ ገጻ ጸወገት። ኢዱ ከም ናይ ሓረስታይ ዩኒፎርም ናይ ትምህርታ ሓሊፉ ክሕርፍፉ ተፈለጣ። ግናዕ ኢዱ መሸረፈት ክመስል ጸፊሕ ኢዩ።

“ካልእ መዓልቲ ንቋጸር። ሕጂ ስዓት ኣኺሉና ኣሎ።” ነታ ደቒቕ ጥራይ ሓሰበት።

“ሽዑ እንተዘይመጺኺ’ኽ?” ብዘፍርሕ ድምጺ ሓተታ።

“እንድዒ!” በለት ብልባ። እንተዘይመጽያ እንታይ ይገብር ንኣለማዮ’ዩ ዝምልከት። መኣዛ ኣብ ዝኾነ እዋን ይቕጸራ ከም ዘይትኽዶ ልባ ይፈልጥ’ዩ። ብምርጫኣ ናብ መጻወድያ ክትኣቱ ኣይኮነትን። ካብ ሰብ ወጻኢ ዝሓሰበቶ ፍጡር ኢዩ። ገጹ ክትርኢ ዝስምዕዋ ናይ ፍርሓት ስምዒታት ዋላ ሓንቲ መዓልቲ ክትረኽቦ ክትፍትን ዘኽእልዋ ኣይነበሩን። “ክመጽእ ኢየ።” ኣፍ ኣፋ ይሕልዋ ስለ ዝነበረ መለሰት።

“እንተዘይመጺኺ ንነብስኺ እንታይ መቕጻዕቲ ትብይንላ።” ሓተታ ጸቕጢ ንምሕዳር። ትብሎ ስለዘይነበራ ኣጽቀጠት። ከም ዘይትመጸ ስለ ዝፈለጠት ንነብሳ መቕጻዕቲ ክትብይነላ ኣይከኣለትን።

“ስለ ዘይትመጺ መቕጻዕቲ ምብያን ኣፍሪሑኪ?” ኣዋጠራ። ኤልሳን በለጠን ተዓኒዶም ጥራይ ኢዮም ዝሰምዑ ነይሮም።

“ክመጽእ’የ” ክኣምና ኣረጋገጸትሉ። ደጋጊምካ ቃል ምእታው መዘዝ ከም ዘኽትል ኣይተረዳኣን። ዋላ እንተተረዳኣ’ውን ኣማራጺ ኣይነበራን። ኣለማዮ ቤታ ስለ ዘይፈልጦ ዝተኣማመነትሉ ጉዳይ ነበረ።

“ሕራይ ናይ ቆጸራ መዓልቲ ባዕልኺ ፍለዩ።” በለ ኣለማዮ።

“ባዕልኻንዶ ዝጥዕመካ መዓልቲ ንገራ።” በለጠ ጣልቃ ኣተወ። ተዓኒድካ ደው ምባል ትዕግስቱ ኣወዲእዎ’ዩ።

“ቀዳም ስዓት ሓሙሽተ ኣብ ራንዴቩ” ጠመታ።

“ሰኑይ ፈታና ስለ ዘለኒ ቀዳም ከጽንዕ’የ።” መለሰትሉ።

“ረቡዕ’ከ”

“ሓሙስ ኢና ፈተና ንውድእ” ኣለማዮ ብሕርቃን ስኑ ገየጸ።

“ሕራይ ቀዳም ስዓት ሓሙሽተ ይኹነልና።” ዓርቢ ስንቂ ክዕድል ስለ ዝኾነ ቀዳም መረጸ። ናይ ሞተራይዝ ብርጌድ ካልኣይ ቦጦሎኒ ሓላፊ ስንቂ ኢዩ።

“ምስ ደቂ ትምህርተይ ናይ መዕጸዊ ግብጃ ኣለና።” ሽዑ’ውን ከም ዘይጥዕማ ሓበረቶ። ትምኢሉ ጠመታ። ካብ ገጻ ዝኾነ ናይ ተንኮል ምልክት ኣየንበበን። ገጻ ገርህን ርህሩህን ነበረ።

“ሕራይ መዓስ ድኣ ይጥዕመኪ?” ዓው ኢሉ ኣድመጸ። መኣዛ ብስንባደ ነቐ በለት። በለጠ ከይተረፈ ብተግባራ ሓሪቑ ነበረ።

“ትቐጽል ቀዳም ስዓት ሓሙሽተ” በቲ ጸፊሕ ኢዱ ከየላህማ ቀልጢፉ መለሰት።

“ሎሚ ሓሙስ’ዩ። ቀዳም ትሰግር። ካልኣይቲ ቀዳም ትሰግር። ብድሕሪኡ ዘላ ቀዳም....” ርእሱ ብምግራም እናነቐነቐ ኣድመጸ። “ሽዑ እንተዘይመጺኺ ናይ መጨረሽታ ኢያ።” ሓንሓነ። መኣዛ ሓሲባ ከም ዝገበረቶ ኣይፈለጠን። ዓመተ ትምህርቲ 86/87 ኣብ ምውድኡ’ዩ ነይሩ። ፈተና እንተወዲኣ ናብ ትምህርቲ ዘመላልስ የብላን። ናይ ፈተና ወረቐት ዋላ እንተተረፈ ዝግድሳ ኣይኮነን። ነጥባ ኣብ ባጀልኣ ክጸንሓ’ዩ። ኣለማዮ ጥራይ ክረኽባ የብሉን። ኣብ ትምህርታ ስለ ዝጸናጸና ናብኡ እንተዘይከይዳ ከም ዝርስዓ እምነት ኔርዋ።

“ሕጂ ደንጉና ኣለና ክንከይድ” መኣዛ ካብ ቅድሚኣ ክርሕቐላ ደለየት። ክትፋነዎ ንኣለማዮ ኢዳ ዘርጋሓትሉ።

“ገዛኺ ኣበይ ኢዩ?” ዘይተጸበየቶ ሕቶ መጸ።

“ሰምበል።” በለቶ። ብዛዕባ ገዛውታ ዝኾነ ነገር ከም ዘይተዛረበት ኣረጋጊጻ ነበረት። በለጠ ስርቐ ኣቢሉ ንኤልሳ ጠመታ። ገዛውተን ጐዳይፍ ምኺኑ’ያ ሓቢራቶ። ሓሶትኪ ተኽሺሑ ብዝመስል ኣጠማምታ’ዩ ጠሚትዋ። ኤልሳ ቅድሚኡ ተማኺረን ስለ ዘይጸንሓ ምስ ነብሳ ሓረቐት። ‘ስለምንታይ ሓሲኺ’ ተባሂላ ከይትሕተት ትምልሶ ከተዳሉ ኣብ ሓሳብ ኣተወት።

“ብምንታይ ኢኽን ትኽዳ ብኣውቶቡስ?” ኣለማዮ ኢዳ ከይፈነወ ሓተታ።

“ኣነ ጐዳይፍ ኢዩ ገዛውተይ።” ምሕሳዋ ክትሓቐያ ስለ ዝጸንሐት ኣጋጣሚ ረኺባ ኣስተንፈሰት ኤልሳ። በለጠ እንተሓቲትዋ ‘ናተይ ገዛውቲ ጥራይ’የ ጐዳይፍ ኢለካ’ ክትብሎ’ያ ሓሲባ። በለጠ ግን ኣይሓተታን።

“ኤልሳ ንስኺ ኪዲ። ንሕና ንመኣዛ ከነፋንዋ ኢና።” በለ በለጠ ሃንደበት። ካብ ዘረብኣን ከም ዝሓሰዋ ኣረጋጊጹ’ዩ። ምስ መኣዛ ከይዶም ብልክዕ ገዝኣ ሰምበል ምኺኑ ክፈልጡ ድልየት ነበሮ። ብድሕሪኡ ንምርካባ ዝጽግሞም ኣይኮነን። መኣዛ ካልእ መዋጥር ተኽሲትዋ ኣዕነነየት። “ኤልሳ እንታይ ትጽበዩ ኣለኺ ኪዲ” ኤልሳ ስለ ዘዕገሽገሸት በለጠ ብትእዛዝ መልክዕ ሓበራ።

“መኣዛ ከይደ ጽባሕ የራኽበና” በለት ኤልሳ ካብ መኣዛ ምፍላይ ዕረ እናጠዓማ።

“ናበይ ክትከዲ ብሓንሳብ ኢና ንኸይድ” መኣዛ በይና ምስኣቶም ክትተርፍ ግንብንብ ስለ ዝበላ ተማሕጸነታ።

“ንሳ ጐዳይፍ ንስኺ ሰምበል ከምይ ጌርክን ብሓደ ትኽዳ?” ኣለማዮ ተፈሊጥክን ኣለኽን ብዘመልክት ስምዒት ኣድመጸ።

“ንስኺ ዘይትኽዲ ገዛኺ! ንመኣዛ ንብላ የብልናን። ኣፋኒናያ ክንምለስ ኢና። ፍቐሪ ይረዳእኪ። ኣለማዮ ዓርከይ ስለዘፍቀራ ቤታ ከፋንዋ ይደሊ ኣሎ። እዚ ሕማቐ ድዩ?” ጐቲቱ ካብ መኣዛ ብምፍላይ በለጠ ኣፋጠጠላ።

“ኣይኮነን።” መለሰት ኤልሳ ነግ ፈረግ እናበለት። መኣዛ መሓዝኣ ዘጋጠማ መሰናኽል ብኽመይ ከም ትሰግሮ እናተሓሳሰባ ገዲፋታ ክትከይድ ከይደለየት ተገደደት።

“ገዝኣ ሰምበል ድዩ?” በለጠ ከረጋግጽ ሓተታ።

“እወ።” ድርቐ ኢላ መለሰትሉ። ንመኣዛ መሓዝኣ ክትከላኽለላ ኔርዋ።

“በሊ በዚኣ ጌርኪ ትኺ ኢልኪ ኪዲ። እንተዘይኮነ ምሳይ ክትበኣሲ ኢኺ።” ከይትምለስ ብኢዱ ኣናደፍኦ ኣበገሳ። ንመኣዛ ኢዳ ሓፍ ኣቢላ ሰላምታ ብምልጋስ ቁሊሕ ከይበለት ንቐድሚኣ ቀጸለት።

8ይ ክፋል

በለጠ ንኤልሳ ኣፋንዩ ናብ በዓል ኣለማዮ ተመልሰ። “ኣይትፍርሒ ኣጂኺ! ገዛ ኣብጺሕናኪ ክንምለስ ኢና።” በለ በለጠ መኣዛ ፈጠጠት ክትብል ስለ ዝረኣያ ከም ዝፈርሐት ገሚቱ። መኣዛ ከይተንቀሳቐሰት ኣብ ዝነበረቶ ደው በለት። መሓዛኣ ከይተማኽራ ገዲፋታ ከይዳ ኢያ። ሜላ ጠፊኡዋ ደሪቓ ተጨነቐት። ምሕሳዋ እንተፈሊጦም ዝምሕርዋ ኣይመሰላን። ናብ ቤታ ምብጋሶም ውሽጣ ብፍርሓት ተቐልዩ ልልው ኣበላ።

“ምሳይ ኣይትኸዱን ኢኹም። ስድራይ ምስ ኣወዳት እንተርእዮምኒ ክቋየቑኒ ኢዮም።” ምኽኒት ደርደረት። ብዝተኻእለ መጠን ከተእምኖም ጸዓረት። ሰምበል ሒዛቶም ክትከይድ ኣይትኽእልን’ያ።እቲ ክርእይዎ ዘይትደሊ ቦታ ቲራቮሎ’ዩ።

“ገዛኹም ክንኣቱ ኢና ኣይበልናክን። ስድራኺ ክርእዩኺ ኣይክእሎን’ዮም።” በለ በለጠ። ንሓሶታ ክትሸፍን ምኽኒት ምድርዳራ ኣይተዋሕጠሉን። ኤልሳ ዝሓበረቶ ገዛውቲ ምስ ናይ መኣዛ ስለዘይተቓደወ ከም ዝሓሰዋ ኣረጋጊጹ’ዩ።

“ደቂ ገዛውተይ ንስድራይ ክነግሩለይ ይኽእሉ’ዮም።” ንምኽኒታ ኣራገዶቶ። ባዕላ ኣብ መዋጥር ምእታዋ ተረድኣ። ካብ’ታ ደው ዝበለታ ስድሪ ምንቕ ኣይበለትን። ነፍሲ-ወከፍ ስጉምታ ንሓሶታ ዝኽሸሑ ስለዝነበሩ ከም ሰይቲ ሎጥ ዓንዲ ጨው ኮነት።

“እሞ ኣብዚ ደው ኢልና ክንውዕል!” ኣለማዮ ካብ ቅድሚኣ ብግስ ከም ዘይብሉ ኣረጋገጸላ። ቤታ እንተርእዩ ብድሕሪኡ ጸገም ከም ዘይህልዎ እምነት ገይሩ’ዩ። እንተጠሊማቶ ኣብ ገዝኣ ከይዱ ክጽውዓ’ውን ጸገም የብሉን።

‘ንምንታይ ጠጠው ትብሉ ናብ ስራሕኩም ዘይትኸዱ።” ሓልዮት ብዝመስል ቃል ተዛረበት። ሓሶታ ተኸሺሑ ግፍዒ ከይወርዳ ንነብሳ ትሓሊ ከም ዝነበረት ንሳ ጥራይ’ያ እትፈልጦ። ክሳብ መዓስ ደው ከም እትብል ኣይፈለጠትን። ከም ኣብ ጉድጓድ ኣንጭዋ ዝጸናጸን ድሙ’ዮም ኮይንምዎ። ካብ ቅድሚኣ ከም ዘይርሕቁ ኣቃውማአም ይሕብር።

“ኣይንኸይድን ኢና። ኣብ ራንዴቩ ሻሂ ንስተ።” በለጠ ተስፋ ኣቑረጸ።

“እንታይ ዓይነት ቀይሕ ሰይጣን’ዩ’ዚ’ ኢላ ብልባ ከይፈተወት ሻሂ ክትሰቲ ተሰማምዐት። ካብ ምስኣ ከይዶም ሓሶታ ዝኽሸሑ። ኣብ እንዳ ሻሂ ኮፍ ኢላ ክትውዕል መረጸት። ኣለማዮ ምእማን ስኢኑ ብሓጐስ ተፈንጭሐ። ተለሚና ከም ዘይሓንገደት ሃንደበት ምስምማዓ ኣገረሞ።

ኩሎም ንውሽጢ ራንዴቮ ብምሕላፍ ብሻምብቆ ኣብ ዝተረበ ክፍሊ ተቐመጡ። መኣዛ ፍርሓ ምግዳፍ ኣብዩዋ ቀባሕባሕ ጥራይ ትብል ነበረት። ምስ ወትሃደራት ኮፍ ክትብል መጀመርያኣ’ዩ። ብህጻና ኣብ ኤርትራ ሰብ ክሓርዱን ክቐትሉን ስለ እትፈልጦም ብማዕዶ’ያ እትፈርሖም። ኣብ ሓንጎላ ዘሎ ዝኽሪ ናይ ወትሃደራት ደርጊ ብኽፋእ ዝመልኣ’ዩ። እንታይ’ሞ ክትገብር ምስ እትጸልኦም ተገዲዳ ተቐሚጣ።

“እንታይ ኢኺ ትሰትዩ?” ኣሳሳዪ ምስ መጸ ክልቲኦም ናብኣ እናጠመቱ ብሓባር ኣድመጹ። ኣብ ልዕሊ መኣዛ ዝነበሮም ክብረት ዝያዳ ዝኾነ ካልእ ነበረ። መኣዛ ግን ኣይተረድኣትሎምን። ንጥቕሞም ከኽብርዋ ከም ዝፈተኑ ግምት ኣለዋ። ተግባራቶም ንምትላላ ዝኣንፈተ ምኽኑ ኣይሰሓተትን። ጭካኒኦም ህዳን እንከላ ክትጐርሕ ሚሂርዋ ኢዩ።

“ሻሂ!” ኣብ ላተርያ ስለ ዝኣተወት ክትእዝዝ ስለዘለዋ’ምበር ናይቶም ውትሃደራት ሻሂ ተበሪህዋ ኣይኮነን።

“ዝብላዕ ገለ ውሰዲ - ፋዱስ’ዩ።” ኣለማዮ ኣቀባጠረ። ኣብ ጁባኡ ዝነበረ ብር ንግፍ ከብለላ ይጸልእ ኣይነበረን። ታሕጓሱ ኣብ ጥርዚ በጺሑ ነበረ። ምስ መኣዛ ኮፍ ኢልካ ሻሂ ምስታይ ዝያዳ ዝኾነ ነገር ዝተመነዮ’ዩ።

“ሻሂ ጥራይ’የ ዝሰቲ” መለሰት። ሻሂ ምባላ’ውን ደስ ከም ዘይበላ ብዝሕብር ኣዘራርባ።

“ስዓት ናይ ምሳሕ ኣኺሉ’ዩ። ሳንዱች ኣሎ” በለ በለጠ።

“ኣይበልዕን’የ። ሻሂ ጥራይ ኣምጽኣለይ” ካብ ናታቶም ሳንዱች ሽሮ ናይ ገዝኣ ትመርጽ። ኣሳሳዩ ቀልጢፉ ዘይምኻዱ ኣሕሪቕዋ’ዩ። ንሱ ደው ስለዝበለ ዝልምንዋ’ዮም ዝመስላ ነይሩ። ከየረጋገጸ ዘይከይድ ኣሳሳዩ ስርሑ ምኻኑ ኣይዘከረትን።

“ንዓይ ቡን ኣምጽኣለይ።” ኣለማዮ ምልማን ሰልችይዎ ንርእሱ ኣዘዘ። መኣዛ ሻሂ ክትሰቲ ምስምምዓ’ውን ከም ዓቢ ዕድል ረኣዮ።

“ንዓይ ጸባ ብቡን ‘ካፒቺኖ ዲኹም ትብልዎ።” በለ በለጠ።

“እወ ቡንን ጸባን ካፒቺኖ ኢዩ ዝበሃል።” ኢልዎም እቲ ኣሳሳዩ ከደ።

“መኣዛ ከመይ ኣለኺ? ብጣዕሚ ጽቡቕ ቁመና ኣለኪ።” በለጠ ከመጉሳ ጀመረ። ኣይተጋገየን። ልስሉስ ኣካላታ ኣብ ዓይኒ ወዲ ተባዕታይ ባህታ ዝፈጥር ድምቀት ኣለዎ። ከናፍራ ቅብኢ ከም ዝፈሰሰን ሰዓሙኒ’የን ዝብላ። ፍሩያት ኣዒንታ ንዘስተውዓለሎም ድንጋጸ ዝልግሱ ነበሩ። መኣዛ ስምዒት ኣልቦ ኮይና ትም በለት። ገጻ ምልክት ናይ ኩራ ይንበቦ ነበረ።

“ወትሃደራት ብምኻንና ብሕማቕ ዓይኒ ኣይትጠምትና። ወትሃደር ጠበንጃ ስለ ዝዓጠቕ ቀታሊ ሰብ ማለት ኣይኮነን። ብኣፍ ሻምብቆ ብረቱ ከይተረፈ ንፈተውቱ ፍቕሪ ዝልግስ ደንጋጺ ኢዩ። ከማኺ ኣዋልድ ኣሓት ኣለዋና። ኣብ ዝኾነ እዋን ክንጐድኣኪ ኣይመጻእናን። ፍቕሪ ምስ ኩሉ ስለ ዘራኽበካ ጥራይ ኢና መጺእናኪ። ዶብ ሰጊርና ንኤርትራ ስለ ዝመጻእና ቀተልትን ወረርትን ኣይትሕሰብና። ፍቕሪ ዶብ ዘይብሉ ኣድማሳዊ ህያብ ናይ ተፈጥሮ’ዩ።” በለ በለጠ ዓይኒ ዓይና እናጠመተ።

“ከማይ ኣዋልድ ኣሓት እንተለዋኹም ደኣ ከመይ ጌርኩም ንገዛኺ ምሳኺ ክንከይድ ትብሉኒ? ሓፍትኻ ኣብ ኣፍደገ ገዝኣ ምስ ወዲ እንተትርእያ ጽቡቕ ይስመዓካ ድዩ?” ካብ ዝኣተወቶ መዋጥር ክትወጽእ ተበላሓተት።

በለጠ ክምልሰላ ዝደለየቶ ስለ ዝፈለጠ ስሒቑ ትም በለ። “ገዛኺ ክንከይድ ኣይበልናክን። ዘሸግረኪ እንተኾይኑ ክንገድፎ ንኽእል ኢና።” ስምዒታ ከንብብ ብዕምቆት ጠመታ።

“የሸግረኒ እወ። ስድራይ ምሳኹም እንተርእዮምኒ ገዛ ኣየእትዉንን’ዮም።” መሊቑዋ ስድራቤታ ኣብ ወትሃደራት ደርጊ ዘለዎም ኣጠማምታ ደርጉሓትሎም።

“ስለምንታይ? ንሕና ኣንታይ ዲና? ሰብዶ ኣይኮንናን?” ኣለማዮ ጣልቃ ኣተወ። ብኤርትራውያን ጽሉኣት ምኽኖም ይፈልጡ ኢዮም። ዘጽልኦም ተግባሮም ምኽኑ ግን ዝስቆሮም ኣይነበረን። እንተዘይኮነ። ብመበቆሎም ኤርትራዊ ጸሊእዎም ኣይፈልጥን። ከብዳ ብፍርሒ ክጅላሕ ተፈለጣ። “ሰበብ!” ብውሽጣ ኣጉረምረመት።

“እጻወተኪ’የ ዘለኹ። ክትፈርሒ ኢለ ኣይኮንኩን።” ኣለማዮ ሞራል ክህባ ፈተነ። ኣብ ገጻ ዝረኣዮ ፍርሒ ካልእ እዋን ንምርኣዩ ከይዕንቅጻ ኣጠራጠሮ። ኣሳሳዩ ጠለባቶም ተሰኪሙ መጸ።

“ብተሌፎን ዲኹም ትእዝዝዎ? ክንደይ ትድንጉዩ ኢኹም?” በለጠ ኣንጸርጸረ። “ሰብ ስራሕ ከምዘለዎ ኣይርድኣኩምን?!” ሰዓቱ ተዓዘበ። መኣዛ ‘ስራሕ’ ኢሉ ስዓቱ ምስ ተዓዘበ ተስፋ ዕስል በላ። ስራሕ እንተለዎም ንዓኣ ከምዘይጽበዩ በርሃላ።

“መኣዛ ከይዝሕለኪ ስተዪ” ብሓሳብ ዕዝር ኢላ ስለ ዝረኣያ ኣለማዮ ኣበራበራ።

“ምሳና ምልላይ ከመይ ረኺብክዮ?” በለጠ ናይ ልባ ክፈልጥ ሓተታ። ኣጠማምታኣ ግን ንሕቶኡ መሊሱሉ ኢዩ። መኣዛ ምስኡም ምህላዋ ማዕረ ክንደይ ጸቕጢ ከም ዘሕደረላ ኩነታታ ይገልጽ ነበረ።

“ምሳኻትኩም ምልላይ ደኣ ሕማቕ። ንስኻትኩም ንህዝቢ ኤርትራ ዘምጻእክምሉ ዋላ ሓንቲ የለን። ጠበንጃን ጥይትን ሒዝኩም መጺእኩም ብኡ ድማ ትቕትልዎን ትርሽንዎን ኣለኹም። እዚ እናፈለጥካ ‘ምልላይና ከመይ

ረኺብክዮ?’ ትብለኒ። ተግባርካ ትፈልጦ ስለዝኾንካ። እቲ መልሲ ካብኡ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።” ዝብል ዘረባ ከይዱ መሊቑዋ ነይሩ። ስምዒት ሓደ ሓደ ግዜ ልጓም በቲኹ ባዕሉ ይደፍእ’ዩ። መኣዛ እቲ ዝሓሰበቶ ከም ዝመለቋ ረዓደት። ኣብ ቅድሚ ወትሃደራት ደርጊ ከምኡ ኢልካ ምዝራብ ሞትካ ምእዋጅ’ዩ። ባዕላቶም “ኣብዮት ልጆችዋን ትበላለች።” ኢዮም ዝብሉ። ኣብዮት ደቃ’ኳ ዘይነሓፈት። ዘይወለደቶም ደኣ እንታይ ኢላ ከተናሕሲ?! መኣዛ ናብ ሻሂ ከም ዘድሃበት ብኬሪ ኣልዒላ ፊት በለት። ስዓት ስራሕ ክኣኽሎም ቀስ ኢላ ክትሰቲ ከም ዘለዋ ፈሊጣ ኢያ። ንዝቐረበላ ሕቶ ብቐጥታ ክትምልስ ኣይከኣለትን። መጮስ ዘስምዑ ቃላት ምጥቃም’ውን መዘዝ ከየምጽኣላ ተሰከፈት። ገጽ እንተሂባቶም ዝያዳ ከይጠብቅዋ ፈርሐት። ብዘይብኡ’ኳ ኣሸጊሮማ ኣለዉ።

“እንታይ ደኣ ስቕ ኢልኪ? ቢራ’ዶ ከነምጽእ?” ኣለማዮ ጥርቕም ምባላ ክብደት ስለዝፈጠረሉ ብላግጺ ተዛረበ። መኣዛ ‘ቢራ’ ምስ ሰምዐት ቁጥዐ ኣብ ገጻ ተኻዕወ። ድፍረቱ ክወሓጠላ ኣይከኣለን። ንሳ ‘ስራሕ ኣኺሉና’ ኢሎም ክብገሱ’ያ ትጽበዮም ነይራ። ቢራ ኣዚዞም ግዜኣ ክመጡ ድልየት ኣይነበራን። ኣቦይን ኣደይን በበይኑ ጸሎቶም።

“ቢራ ኣይሰትን’የ። ሻሂ ጥራይ ዝሰቲ ጓል ገዛ’የ።” ግሁድ ጽልኣ ንኣለማዮ ኣርኣየቶ።

“ኣይትቆጥዒ። ትም ስለ ዝበልኪ ንዕላል መበገሲ ክኾነና ዘምጻእክዎ ኢዩ።” ቢራ ኣልዒሉ ምዝራቡ ኣጥዓሶ። መኣዛ ብኣቀራርባኡ ክትሓርቕ ድልየት የብሉን። ዘፍቀረት ልቡ ንሕርቃን ናይ መኣዛ ትጻወር ኣይኮነትን።

“ንሕና ኣሕዋትኪ ኢና። ኣብ’ዚ ምሳና ኮፍ ምባልኪ ብኻልእ ኣይትጠምትዮ። ከነዕልልን ክንጻወትን ኢና ጋቢዝናኪ። መሊአን ኣዋልድ ኣለዋ። እንተኾነ ንዘፍቀርካያ ኢኻ እትጋብዛ።” በለ በለጠ ሕርቃና ተረዲእዎ።

“ንሕና ኣሕዋትኪ ኢና።” ዝብል ጥበራ ኣብ ኣእምሮኣ ከም መቓልሕ ደወለ። “ንኣሕዋተይ በረኻ ኣስፈሮምሲ…” ዝብል ናይ ሕርቃን ኒሕ ድጉል በላ። ብዘረባ ክጥብርዋ ምፍታኖም ብውሽጣ የገርማ ነበረ። ማዕረ ክንደይ ዓያሹ ምኺኖም ከም ጸሓይ ወጋሕታ በርሃው ኢሉ ተራእያ።

ኩሎም ኣራጢጦም ሓደ ስዓት ሓለፈ። መኣዛ ኣብ ዝተቐመጡሉ ከዕጠጥዩ እንከለዉ። ‘ንኺድ’ ዝብሉ እናመሰላ ብተስፋ ትጥምቶም ነበረት። ክተረብርቦም እምበር ዘረብርብዋ ኣይመሰላን። ዘፍቀረ ዓይኒ ኣፍቃሪቱ እናረኣየ ኣይኮነን ንሰዓታት ንዓመታት ከም ዝኹደም ኣበይ ፈሊጣቶ! መኣዛ ትጽቢት ነዊሕዋ ረብሪባ። ሻሂ ክትሰቲ ፍቓደኛ ክትከውን እንከላ ከተእምኖም’ዩ ነይሩ ሓሳባ። ኩሉ ዝገበረቶ ፈተነ ኣይተዓወተን። ክልቲኦም ካብ ዝተቐመጥዎ ዝትንስኡ ይመስሉ ኣይነበሩን። ንዕኦም ምጽባይ ትርጉም ዘይርከቦ እናኾነ ከደ። እንታይ ደኣላ ክትገብር? ዘገላግላ ሜላ ቀበጸት።

“ቀዳም ኣብ ቆጸራና ንራኸብ- ሕጂ ከይደ።” ሃንደበት ተንሲኣ ተዛረበት። ብውሽጣ’ውን ጸሎት ትደግም ነበረት። ልዕሊኡ ኮፍ ምባል ከም ዘየዋጽኣ ፈለጠት። ብኽምኡ እንተቐጺላ ክመሲ ይኽእል’ዩ። እንተመስዩ ንበዓል ኣለማዮ መፍቶቶም ክኸውን’ዩ። ከም ዝብኢ ጸላም ዝወግሓሎም ፍጡራት’ዮም።

ክልቲኦም ደድሕሪኣ ተንስኡ። ሃዳኒ ኣእጋሮም ካብ ኣሰራ ዝተርፍ ኣይነበረን። ከም ድሙ ክሕልውዋዮ’ም ጸኒሖም። ገዝኣ ከይረኣዩ ዝሕጥ ከይብሉ በብልቦም ዝወሰኑ ይመስሉ። ብፍላይ በለጠ ሓሶታ ተኸሺሑ ክርኢ ህንጡይነት ነበሮ።

“ሕሳብ ክንደይ’ዩ?” ኣሳሳዩ ምስ ቀረቦም በለጠ ሓተተ። መኣዛ ስለ ዝወጸት ኣለማዮ ድሕሪት ገዲፍዎ’ዩ።

‘ሓንቲ ቡን። ካፒቺኖ። ሻሂ” ኣሳሳዩ ሕሳቡ ደመረ። “ሰማንያ ሳንቲም” ኣድመጸ። በለጠ ሓደ ብር ኣረኪቡ ማልሱ ተቐቢሉ ንደገ ወጸ። ኣለማዮን መኣዛን ኣብ ኣፍደገ ደው ኢሎም ጸንሕዎ።

“ኣውቶብስ ንሰቐል።” በለ በለጠ ኣብ ስግሮም ናብ ዝነበረ ፌርማታ እናኣመልከተ። ድሕሪ ዘረባኡ ስርቅ ኣቢሉ ንመኣዛ ጠመታ። ገጻ ናይ ምስልቓው ስምዒት ረኣየሉ። ሰለስቲኦም ጽርግያ ሰጊሮም ኣብ ፌርማታ ደው በሉ።

“የቐንየለይ! ሕጂ ናብ ስራሕኩም ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም።” መኣዛ እትገብሮ ጠፊእዋ ተማሕጸንቶም።

“ገዛ ከየብጻሕናኪ ኣይንምለስን ኢና።” በለጠ ቁርጺ ኣፍለጣ። ብሕርቃን ጣዕ ክትብል ደለየት። ቀይሕ ገጻ ደም መሰለ። ጐረሮኣ ቃዕ ቃዕ ክብልን ነብሳ ክንድርን ተፈለጣ። ዓይና ንብዓት ሓዘለ።

“ደንጉየ ስለዘለኹ ስድራ ኣብ ደገ ክጽበዩኒ’ዮም። ምስ ወዲ ክርእዩኒ ጽቡቕ ኣይኮነን። በጃኹም።” ንብዓት ስዒርዋ ኣሕነቕነቐት። ኣለማዮ ንብዓት ምስ ረኣየ ዘፍቀረ ከብዱ ድንጋጸ ሓደሮ።

“ስለምንታይ ትበኽዩ? ፕሮብሌም እንድሕር ኣሎ ክንምለስ ንኽእል ኢና።” ብንብዓታ ተረቲዑ ሓሳባቱ ክቕይር ደለየ። ንብዓት ኣብ ውሽጡ ሕማቕ ስምዒት ክፈጥር ኣይደንኰየን።

“ኣይትብከዩ። ኣብ ኣፍደገ ገዛኹም ኣይንቕርብን ኢና።” በለ በለጠ ዘረባ ዓርኩ ከይተቐበለ።

“ጸገም ዝፈጥረላ እንተኾይኑ ትኺድ ንግደፋ” ኣለማዮ ዳግማይ ክትነብዕ ክርእያ ስለዘይደለየ ክትከይድ ኣፍቀደ። በለጠ ግን ስሒቡ ካብ መኣዛ ፈንተቶ። ዘፍቀረ ሰብ ኣብ ልዕሊ ዘፍቀሮ ጨካን ከብዲ ከም ዘይብሉ ተገዚቡ ነበረ።

“ሰሚዕካ ኣለማዮ። ገዛኣ ሰምበል ስለዘይኮነ’ዩ ተመኻኒ ዘላ። ጽባሕ ንግሆ እንተጠለመትካ ኣበይ ክትረኽባ ኢኻ? ዝበለት ትበል ገዛኣ ክንከይድ ኢና። እንተኣብያ ኩልና ኣብዚ ንሓድር።” በሎ ህድእ ኢሉ።

“ጠርጢርካያ እንተኼንካ ንኺድ ሕራይ።” ተሰማሚዕም ናብ መኣዛ ተመልሱ።

“ገዛኺ ሰምበል ኣይኮነን ድዩ መኣዛ?” በለጠ’ዩ ሓቲቱዋ።

“ሰምበል እምበር!” መለሰት።

“ሰምበል ስለ ዘይኮነ ገዛውትኺ ኢኺ ምሳኺ ክንከይድ ዘይደለኺ ሓቀይ?! ንሕና ግን ክንከይድ ኢና።” በላ በለጠ ብሓውሲ ባጫ። ከይመለስትሉ ኣውቶቡስ ቁጽሪ ሓደ ኣብ ቅድሚኡም ደው በለት። ከይፈተወት ዘጋጠመታ ኣውቶቡስ ደየበት። ዝኾነ ዝሓሰበቶ ሽጣራ ኣይነብራን። ብልባን ግን ‘ጋብር መንገዲ ሓብር’ ትብል ነበረት።

ኣውቶቡስ እንዳ ኣም ምስ በጽሐት ሰለስቲኡም ክወርዱ ተገደዱ። ኣውቶቡስ ቁጽሪ ሓደ ንኤርፖርት እምበር ንውሽጢ ሰምበል ስለዘይትኣቱዮም ወሪዶም። ንኤርፖርት ዝወስድ መንገዲ ገዲፎም የማን ብምሓዝ ንውሽጢ ሰምበል ገስገሱ። ንዊሕ መንገድ’ዩ ከም መጽዓን ተዘርጊሑ ጸኒሕዎም። ሓሓሊፎም እናዕለሉ ኣብ ገዛውቲ በጽሑ። ክልቲኡም መኣዛ እንታይ ከም እትገብር ክርእዩ ተሃወኹ።

“ኣበይ ድዩ ገዛኹም?” ሓተተ በለጠ ሓሶት ኣብ ምኽሽሑ ምኟኑ ገሚቱ።

“ምስ በጻሕና ክነግረኩምየ።” በለት መኣዛ ዘቀመጠቶ ገዛ ከም ዘለዋ። ክፉት ካንሸሎ እንተርኣየት’ያ ተቋምት ነይራ። ከም ገዝኣ ትኽ ኢላ ክትኣቱ ወዲኣቶ ነበረት። ካልእ ኣማራጺ ኣይነበራን። “ገዛኺ ክንኣቱ ኢና” እንተኢሎማ ግን ነገር ተወዲኡ ኢዩ። ደፊሮም ደድሕሪኣ ክስዕቡ ኣይገመተትን።

“ካብዚ ኬድኪ ኢኺ እትመሃሪ?” ኣለማዮ ሓቃ’ያ ኢሉ ብምግማት ሓተታ።

“እቲኣ’ያ ገዛና” ካብ ጽርግያ ናብ የማናይ ሓመድ ምስ ተጠወዩ ኣብ ዓሰርተ ሜትሮ ርሕቀት ዝተኸፍተት ካንሸሎ ኣመልከተትሎም። “ከይደ ቻው” ደው ኢላ ተፋነወቶም። ካባኡ ክቐጽሉ ኣይደለየትን። እግሪ ብፍርሒ ሸፋሕ ሸፋሕ። ልባ ድማ ዲም ዲም እናበለ ካንሸሎ ከይዕጸዋ ፈጠነት።

“ቀዳም ስዓት ሓሙሽተ ኣይትረስዒ” ኣለማዮ ብድሕሪት ክዛረብ ሰምዓቶ።

“ሓመዲ ዕደ! ጉሕላ! ኣባኡ ደኣ ተፈጢምካ ወዓል።” ከም ዘይሰምዓ ኣረጋጊጻ ተዛረበት። ንድሕሪት ከይጠመተት ካንሸሎ ሰጊራ ሰተት ኢላ ኣተወት። ገፈሕ ቀጽሪ ብተርታ ዝተሰርዐ ሰርቪስ ዝነበሮ ገዛውቲ ተቐበላ። ከይተዳህለት ናብታ ጐፍ ዝበለታ ሓንቲ ክፍትቲ ገዛ ኣምርሐት።

“ምሕረት እትበሃል ኣብዚ ከባቢ ኣይትፈልጣን? ምሉእ ሰምበል ዘይረ ኣይረኽብክዋን። ጸሓይ ዘላ ድማ መዓት’ያ።” ኣብ ልዳት ውትፍ ንዝበልኣ ዓባይ ሰበይቲ ሓተተት። ልዳት ገዲፈን እተዊ ክብልኣ ምሒር ህንጡይነት

ነበራ። በዓል ላለማየ ንምርግጋጽ ከይስዕብዋ ተጠራጢራ ኢያ። እተን ሰበይቲ ግን ‘ምሕረት’ ዝብል ስም ክዝክራ ነቲ ማዕጾ ብነብሰን ዓጽየን ኣብ ሓሳብ ተሸመማ።

“ንዓናይ ካንሸሎ ተቐልቂልና ነረጋግጽ።” በለ በለጠ ንመኣዛ ስለ ዘይኣመና። ኣለማየ ብዘረባኡ ተሰማሚዑ ናብታ መኣዛ ዝኣተወታ ካንሸሎ ሰጉመ።

<u>9ይ ክፋል</u>

ኣፍደገ መዓስከር ቃኘው እናቋመታ ቀንጠ-መንጢ ዝሸጣ ኣደይ ሓረጉ። መኣዛ ጓለን ዘይኣመላ ስለዝገበረት ተቐልየን ነበራ። ከምኡ ጌራ ጠፊኣ ክትውዕል መጀመርያኣ ስለዝኾነ። ሕማቕ ሓሳባት ኣእምሮኣን ክጋማዳሕ ተፈለጠን።

“እንታይ ኮን’ዩ ረኺብዋ? ‘ፈተና ስለዘለና ቀልጢፈ ክመጽእ’የ’ ኢያ ዝበለትኒ። ምቕልጣፍሲ ይትረፍ ክሳብ ሕጂ ዘውዕል እንታይ ኣለዋ? ‘ኣደይ ክትሻቐል’ያ’ ኣይትብልን። ገለ ደኣ ከይና’ምበር ኣይ ነገር ጣቕን።.. ኣብ ኣፍደጊኡም ሱፍ እትመስል ቆልዓ እናረኣዩ በይና እንተረኺቦማ እንታይ ኢሎም ክገድፍዋ! ኣንቲ ኪዳነ-ምህረት ባዕልኺ ትፈልጢ!” ሽጋራ ዝደለየ ወትሃደር ካብ ሓሳብ እንተዘይመልሰን ህውተታኣን ዓጋቲ ኣይምረኽበን።

“እማማ ሓረጉ እንታይ ኮይኖም ይሓስቡ? ሰማይ ደበና ኣለዎ።” በለን ብቐረባ ዝፈልጠን ወትሃደር። ናይ ሽጋራ ዓሚለን’ዩ።

“ኣይሓሰብኩን ኣድማሱ... እንታይ ዓይነት ሽጋራ ክህበካ?” ኣዕሚቐን ብምስትንፋስ ሓተታኣ። ገዛ ኣትየን ኣይተመስሓን። ጥሜት ሃለፍ ኣቢልወን ነበረ። ኣብ ገዛ’ውን ዝተሰርሐ ዝብላዕ ኣይነበረንን። መኣዛ ካብ ትምህርቲ መጺኣ’ያ ምሳሕ ትገብር ኔራ።

“ኒያላ እማማ” ሓበረን ኣድማሱ። ዝበዝሑ ወተሃደራት ደርግ ክሓስረሎም ‘ኒያላ’ ዝዓይነቱ ሽጋራ’ዮም ዘትክኹ።

“ክርቢት የድልየካ ድዩ?” ቅጭ መጺእወን ስለዝነበረ ኣይተገደሳሉን። መበገሲ ኩሉ ሽግረን ጦር ኮይኖም’ዮም ዝስምዕወን። በዓል ቤተን ካብቲ ሓሪሶም እቶት ዝረኽቡሉ መሬት ዓዶም ኣፈናቒሎም ኣስመራ ከም ዝኣተዉ ዝገበሩ ጦር ሰራዊት’ዮም። መሬቶም ብፈንጂ ተዘሪኡ በዓል ቤተን ዓዲ ውዒል ዝኾኑሉ እዋን ዝርስዕኦ ኣይኮነን።

“እንሓርሶ መሬት ብፈንጂ ቃዲሩ ኢዩ። ኣስመራ ኣቲኻ ስራሕ ምንዳ’ዩ ምርጫና ሓረጉ” ክብልወን ሽዑ ኮይኑ ተሰምዐን። መሬትን ሰማይን እቲ ኣይዝራእ እቲ ኣይዘንብ ኣቓዲርኩሞ” በላ ብልበን።

“እማማ ክርቢት እንጂ” ክርቢት ዝሰኣነ ወተሃደር ኣንጸርጸረ። ክልተ ግዜ ኣድሚጹ እናሰምዕኦ ክርቢት ወስ ኣየበላን።

“ዘይትወስድ ባዕልኻ እንታይ ክንድ’ዚ ምጭዳር። ‘ብድምጽኻ ምጽናዕ’ ትብል ኢታይ” ብምባል ኣጉረምረማ።

“እማማ ዛሬ ደህና ኣይኮኑን። ችግር ኣሎ ድዩ?” ሽጋራ ወሊዑ ብኣፉን ብኣፍንጫኡን ትኪ እናብነነ ሓተተ። ኣደይ ክብል እንከሎ ኣዲኡ ትረኣዮ ስለዝመሰለን ከብደን ብልዑ’ዩ ዘብለን። ሽዑ ግን ‘በዓለዲኡ ይፈልጥ! ናይ ነብስና ኣይገበርናን’ ብምባል’የን ተቐቢለንኡ። መኣዛ ጓለን ኣየቕሰነተንን። ዝኾነ ዘሕርቕ እንተረኺበን ድማ ምስ ኩሉ’የን ዝጐራፈጣ። ፉል ወዲ ፉል እናሸቀጣ ደቀን ዘዕብያ ዝነበራ ኣብ ቁም-ነገር ንኽበጽሑለን’የን። ካብ ዝነበርኡ ሽግር ዘናግፍወንን ጻምኣን ዝፈድይወንን ኪንዮ ደቀን ካልእ የብለንን። ከምኡ ስለዝኾና። ኣብ ደቀን እተጋጥም ንኡሽተይ ነገር ሸቐልቀል’ያ እተብለን።

“ሽግር ደኣ መሊኡ። እንታይ ራህዋኽ ኣለና። ንስኹም ኣብ መሬትና ምስ ረገጽኩሞ ሽግር <u>ብኽፈር</u> እንድዩ ፈሲሱና። መልኣኽ ናይ’ዛ መሬት ሃዲሙ ሰይጣውንቲ ተኪእኩሞ። ደቅና ወፈሮም ብሰላም ክሳብ ዝኣትዉ ተሰቂቕና

ንጽበ። ማዕጾ ናይ ገዛና ገልጠም እንተኢሉ ‘ኣሰሩና’ ክንብል ከይደቀስና ንሓድር።” በላ ብልበን። ነቲ ወታሃደር ግን ዓው ኢለን ኣይመለሳሉን። ንሱ’ውን መልሲ ክጽበ ደው ኣይበለን።

ኣደይ ሓረጉ እናደጋገማ ናብ ኣንበሳ ሆቴል ናብ ዘውጽእ ጽርግያ ኣቋመታ። ብርሑቕ ዝርእይአን ኣዋልድ መኣዛ እናመሰለን ይትስፈዋ’ሞ ምስ ቅርበት ተስፋአን ይቕህም።

“ንመን ከይደ’የ ክሓተላ። ተሓታቲ ኣብ ዘይብሉ ዘመን ኣብ መን ኬድካ ኣውያትካ ትሰምዕ።” ምስ ነብሰን ቆዘማ። ነብሰን ነጊሩወን ግዲ ኮይኑ ውሽጣዊ ስምዒተን ይርብጸን ነበረ። ሓሳበን ኣብ’ቲ ሸቐጥ ኣይነበረን። “ጓልካ ኣጥፊእካኺ እንታይ ሸቐጡ’ዩ?!” ብሕርቃን ዝተሰርዐ ኮሚደረን ሸጉርትን ኣኻኺበን ኣብ መጠርነፊ ባኮ ኣእተወኡ። ጽርግያ ምቁማት ትርጉም ዘለዎ ኣይመሰለንን። ንብረተን ጸይረን ንገዝአን ኣምርሓ።

“ሎሚ ደኣ ኣደይ ሓረጉ ብእዋኑ’ዶ ሰፊርክን?” ኣመሓረይቲ ጐረቤተን ዘይኣመለን ስለዝገበራ ሓተተተን።

“መኣዛ እንድያ ኣሻቒላትኒ። ንግሆ ንትምህርቲ ኢላ ምስ ወጸት ዘይተመልሰት።” ዘሻቐለን ዝነበረ ጉዳይ ኣተንፈስኡ።

“ኣይመጸትን ድያ/” ሰንበደት። ስንባደኣ ናይ ልቢ ነበረ። ንመኣዛ ክትርእያ እንከላ ቁንጅናኣ ኣብ ሓደጋ ከየውድቓ ወትሩ’ያ እትስከፈላ። “መኣዛ ኣይተመልሰትን” ምስ በልኣ። መልክዓ’ዩ ኣብ ኣዒንታ ቅጅል ኢሉ። ወተሃደራት ደቂ ዓዳ ቆንጆ ዝረኣየ ዓይኖም ሸለል ከምዘይብል ትፈልጥ ኢያ። “እሞ ናብ ትምህርታ ዲኽን ክትከዳ?” ንቤተን እናሰዓበት ተወከሰተን። ምስ ኣደይ ሓረጉ ፍሉይ ፍቐሪ ኣለዋ። ዋላ ሰብኣያ ወታሃደር ይኹን ኣብ ኤርትራውያን ዝወርድ ግፍዒ ዘተሓሳስባ ሰበይቲ ኢያ። “ኤርትራውያን መሬትና ግደፉልና እንተኢሎና ዘይንገድፈሎም” ዝብል ምጉት ምስ ሰብኣያ ከይተረፈ ተልዕል ነበረት።

“ኣብዚ ካምፖቦሎ መሓዛኣ ኣላ’ሞ ናብኣ ክኸይድ” በለኣ። ጐረሮአን ምስቲ ዝወዓልኡ ጸሓይ ሕርቃን ተወሲኽዎ ክልሕትት ደልዩ ነበረ።

“ኣብዚ ቀረባ’ዩ ኣስማሩ። ስራሕኪ ግበሪ። እንኪ መፍትሕ ንዝመጸ ሃብዮ።” ገዝአን ዓጽየን መፍትሕ ኣረከብኣ። ዘረባአን ንፋስ ከይወሰዶ ኤልሳ ብካንሸሎ ተቐልቀለት። ኣደይ ሓረጉ እናረኣይኣ ፍዝዝ በላ። ደድሕሪኣ መኣዛ ክትቅልቀል እናተጸበያ ገጽ ጓለን ኣይረኣያን።

“ማማ ሓረጉ ከመይ ቀኒኽን” ኤልሳ ሰላምታ ለገሰት።

“መኣዛ ጓለይ’ከ?” ንሰላምታኣ ግዲ ከይገበራ ደሃይ ጓለን ሓተታ። ዘሻቐለን ጉዳይ መዕለቢ ክገብራሉ ህንጡይነት ነበረን። ኤልሳ ሕቶ ናይ ኣደይ ሓረጉ ስንባደ ኣኸተለላ። መኣዛ ዝመጸት’ዩ መሲልዋ ኔሩ። እንተኾነ ንስምዒታ ቀልጢፉ ቀበረቶ። ኣደይ ሓረጉ ተሻቒለን ዝገብርኡ ስለዘይነበረን ክሳብ ዝኾነ ዝኸውን ክትሓብኣለን መረጸት። “ናበይ ወሲዶማ?” ዝብል ሕቶ ንሃለዋታ ይፈታተኖ ነበረ።

“ፈተና ናይ ንግሆን ናይ ምሸትን ስለዝበልዋ ከይትሻቐላ’የ ክነግረክን መጺኡ።” በለተን ምኽኒት ተቐሪቡ ጸኒሕዋ።

“ኡፍ!” ከም ተነፈሓ ዝጸንሐት ፍሕኛ ኣብ ውሽጠን ዝነበረ ኣየር ብምልኡ ንደገ ሰደድኡ። “ኣንቲ ኤልሳ ጓለይ ዝሕዞን ዝጭብቶን እንድዩ ጠፊኡኒ ጸኒሑ።” ኣብ ኮረድዮ ኩርምይ ኢለን ተቐመጣ። “መኣዛ ጓለይሲ ክተጸለልኒ’ያ። ተምስገንኪ ኪዳነ ምህረት።” ብኹርሙየን ንላዕሊ ኣንቃዕረራ። “ብነብሰይ ድማ ጸባብ ዓቕሊ’የ።”

“ተንስኣ በላ ገዛ እተዋ። ድሓን እተዊ ልበይ ምልስ ኣበልክያ።” ኣስማሩ ኣብ ኢዳ ዝነበረ መፍትሕ ማዕጾ ከፈታ “እተዋ” በለተን።

“ንእኖ ኤልሳ ጓለይ።” ካብ ዝተኾርመይኡ ተንሲኡን ምስ ኤልሳ ተመራሪሐን ኣተዋ። “ኣስማሩ እተዊባ” ስለ ዘይሰዓበተን ኣድመጻ። ኣስማሩ ናብ ቤታ ስለዝኸደት ኣይሰምዓተንን።

“ብመኣዛ ክሓስብ ቡን ኣይሰተዅ እኽሊ ኣይለኽፍኩ - ከምኣ ኢለ ኣለዅ።” በላኣ ንኤልሳ ነጸላእን ኣብ ዓራት እናሰንደዋ።

“ቡን’ዶ ከፍልሓልክን ወይ ጸብሒ ክገብረልክን?”

“ቡን እንተትገብሪ ኣይምጸላእኩን።” ቃልዓለም ኣይገበበራን። “ፈሓም ብትሕቲ ዓራት ኣለኪ” ኣብ መንበር ተቐሚጠን ርእሰን ብጸጋማይ ኢደን ብምድጋፍ ደጋጊመን ኣተንፈሳ። ሻቐሎተን ምሉእ ብምሉእ ኣይወጸለንን።

ኤልሳ ካብ ትሕቲ ዓራት ፈሓም ኣውጺኣ ኣብ ፈርኔሎ ገበረቶ። ኣእዳዋ ክሰርሕ ይድለ እምበር ኣእምሮኣ ምስ መኣዛ’ዩ ነይሩ። ‘ክሳብ ሕጂ ምስኡም ዘጽንሕ ዋላ ሓንቲ የብላን። ብሓይሊ ጨውዮም ወሲዶማ ክኾኑ ኣለዎም። ኣንታ ኣምላኽ ነዘን ሰበይቲ ርአ” በለት ብልባ። ነደይ ሓረጉ ድማ ቀው ኢላ ጠመተተን።

“ላምባ ጌርኪ ኣናኽስዮ ኤልሳ ጓለይ። ኣብ’ቲ ጐማ እንሀልኪ።” ብኢደን ላምባ ናብ ዝሓዘ ጐማ ኣመልከታላ።

✡✡✡

ኣለማዮን በለጠን ናብቲ መኣዛ ዝኣተወትሉ ካንሸሎ ምስ ከዱ ኣብ ቀጽሪ ማንም ሰብ ኣይረኣዩን። ምሉእ ብምሉእ ኣሚኖም ድማ በታ ዝተጓዕዙላ መንገዲ ክምለሱ ጀመሩ። ኣለማዮ ብሓጐስ ዝጭብጦን ዝሕዞን ይፈልጥ ኣይነበረን። ምስ መኣዛ ሻሂ ምስታዩን ቤታ ምፍላጡን ከም ዓቢ ዓወት ቆጸሮ።

“ድሕሪ ሕጂ መኣዛ ናብ እተብሎ የብላን። ደፊራ ቆጸራ ክትጠልም’ውን ኣይትኽእልን’ያ። ከምኡ እንተጌራ ካብ ቤታ ብሓይሊ ምውጻእ’ዩ። ኣለማዮ ማዕረ ክንድኡ ዓቕሚ ከም ዘለዎ ክትፈልጥ ኣለዋ።” ብኩርዓት ተነፋፍሐ።

“ንስኻስባ ንብዓታ ምስ ረኣኻ ትኺድ ኢልካ ኔርካ። ዘፍቀረት ልብኻ ብድንጋጸ ከም ጨው ክትሓቅቕ ርኢናያ። ደቀንስትዮ ብንብዓተን ኣብ ልቢ ወዲ ተባዕታይ ምትላል እምበር እምነት ኣይፈጥራን’የን። ጓል ክትነብዕ ክትርኢ እንከለኻ ሓርገጽ’ውን ከም ዝነብዕ ክትርስዕ የብልካን። ልዕሊ ዝኾነ ነገር ብንብዓት ጓል ኣንስተይቲ ከይትታለል ተጠንቀቕ። እተን ብዙሕ ዝነብዓ። ብዙሕ ናይ ምትላል ማዕጸታት ከርሕዋ ዓቕሚ ከምዘለወን ኣይትረስዕ።” ብምባል በለጠ ክሰብኮ ጀመረ።

“እዚ ዘይርህሩህነት። ደቂ ተባዕትዮ ጨካን ስምዒቶም ኣብ ካል ንምስራጽ ዝጥቀምሉ ስብከት ኢዩ። ጓል እናነብዐት ኣይትደንግጽ ማለት። ስምዒትካ ቀቲልካ ካብ ባህሪ ሰብ ውጻእ ማለት’ዩ” ኣለማዮ ተቓወመ።

“መኣዛ ስለ ዝነብዐት’ዶ ኣይኮነን ‘ትኺድ’ ዝብል ስምዒት ዝሓደረካ። ቅድሚኡ ደኣ ለሚናትና እንድያ። ኣዒንታ ንብዓት ከንጠብጥብ ምስ ጀመረ ግን ዘይነበረካ ድንጋጸ ኣምጺእካ። እዚ ብንብዓት ምትላልዶ ኣይኮነን?! ድንጋጸ’ሞ ክትጨውያ ክትሓስብ እንከለኻ ክትዝክሮ ዝነበረካ ሰብኣዊ ባህርይ’ዩ።” በለ በለጠ። እንዳ ኣሞ ሓሊፎም ንዓይባ ሆቴል ገስገሱ።

“እዚ ንግደፎ። መኣዛ ከመይ ረኺብካያ? ከምቲ ዝገልጸልካ ዝነበርኩ’ዶ ጸኒሓትካ” ተሃንጥዩ ሓተቶ። ምስ ማርያም እናወዳደረ ከመጉሰሉ። “ሞናሊዛ። ኪልዮፓትራ’ ኢሉ ከድንቐሉ ድልየት ነበሮ።

“ቀጣን ኮይና’ምበር ብዙሕ ነገራታ ንዘውዲቱ ትመሳሰል’ያ።” ስምዒቱ ክርትም ኣበሎ። ኣለማዮ ብሕርቃን ኣፍጢጡ ጠመቶ። ዝኾነ ፍሽኽታ ስለዘይረኣየሉ ካብ ልቡ መሲልዎ ተደናገረ።

“ነዛ ናትካ ዘውዲቱ ዲኻ ትብል ዘለኻ ካልእ?” ምውሓጥ ኣብይዎ ከብርሃሉ ደለየ።

“ናተይ ዘውዲቱ እምበር! ከም ላም ስታላ ስጋ ምልእልእ ዝበላ። ሃስስ ኢልካ ዓጽሚ ዘይትረኽበላ። ኩሉ ነብሳ ከም ምዕጉርቲ ልስሉስ። ናተይ ዘውዲቱ እንታይ’ዶ ይጐድላ’ዩ”

“በጃኻ ትም በል። ኣነ ንመኣዛ ኢለካ እምበር። መልክዕ ዘውዲቱ ንገረኒ ኣይበልኩኻን። ንዘውዲቱ ኣይተፍቅራን ኢኻ ዝበለካ የለን። ዝኾነ ሰብ ድማ ቁሊሕ ስለዘይበለልካ ኣይትጠራጠር።” ኣለማዮ ተቐጠዐ።

“ፍቐሪ ዝብልዎ መቸም ካብ’ቲ ዝልግሰልካ ሓጐስ ብዘይጠቅም ዘቕጥዓካ ይዛይድ። መኣዛ ዝፈጠራ’ኳ ጽባቒኣ ተዓዚቡ ተመሊሱ ከይምነያ እተስግእ ፍጥርቲ ኢያ። ኣብ ዝርዝር ከይኣተኹ ‘የቀይ ባህር ቆንጆ’ ኢያ። እንተኾነ ናትካ ድያ ናይ ካልእ ገና ስለ ዘይተረጋገጸ ክትብርጠጥ ኣይትፈትን።”

“መን ክወስዳ?!” ኣፍጢጡ ጠመቶ። ኣይኮነን ንሰብ ንፈጣሪ ከማን ዝኽልክሎ ይመስል ነበረ።

“ዓይባ ሆቴል ቀሪብና ኣለና። ናይ ሓጐስ ኣንታይ ኢኻ ክትጋብዘኒ?” በሎ በለጠ። ጐረሮኡ ብጸሓይ ቃዕ ቃዕ ኢልዋ ነበረ። ዝሑል ቢራ ሰትዩ ክረዊ ኣወናዊንዎ ተሃንጠየ።

“ምሳሕሲ መዓስ ተመሲሕና። እንተላይ ምሳሕ ክጋብዘካ’የ።” ፍትወቱ ንምግላጽ ሕቑፍ ኣቢሉ ነውነዎ።

“ጉቦ እንተኾይኑ ግን ፍቓደኛ ኣይኮንኩን። ጉቦ ኣብ ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ ከም ምሩጽ ይፍጠር እናጐየየ ኣብ ኩሉ ገዛ ይኣቱ ኣሎ።” ብምባል ጨረቐ።

“ጉቦ ድዩ ዕድመ ምስ በላዕካ ይንገረካ።” ተታሓሒዞም ናብ ዓይባ ሆቴል ኣተዉ።

✡✡✡

መኣዛ ማዕጾ ደፊኣ ብልዳት ህሩግ በለት። ኤልሳ መሓዛኣ ፈርኔሎ ሓቑፉ ኣዲኣ ድማ ኣብ ኩርሲ ተቐሚጠን ጸንሓኣ። ቀልጢፉ ልዳት ገዲፉ ንውሽጢ ኣይሓለፈትን። ዋላ ኣብ ውሽጢ ቤታ በዓል ኣለማዮ ዝነብሩ መሲልዋ።

“ኣንቲ ዘሪዕምኺ’ዶ ውዒሎም?” ኣደይ ሓረጉ ኣድመጻ። ተረጋጊኣን ስለዝጸንሓ ብልዳት ምቕልቃላ ከም ፍሉይ ፍጻሜ ኣይረኣይኣን። መኣዛ ዘረባ ኣዲኣ ምስ ሰምዐት ዝፈለጣ መሲልዋ ተሰቀቐት። ግን ዘረባኣን ስንባደ ስለዘይነበሮ ኣደናገራ። ወተሃደራት ሒዞማ እንተዝሰምዓ ከም ዝጽለላ ትፈልጥ’ያ። ‘ዘሪዖምኺ’ ምባለን ንመምህራና ምኽኑ ኣይፈለጠትን።

“ከመይ ውዒልክን?” ልዳት ገዲፉ ንውሽጢ ብምሕላፍ ኣብ መንበር ተቐመጠት። ስንባደኣ ገና ኣይወጸላን። ካብ ሕቑፎ ሞት ከም ዝወጸት በረግ በረግ ትብል ነበረት። ኤልሳ ቀው ኢላ እናጠመተታ ንኣምላኽ ኣመስገነት።

“ፈተና ከመይ ውዑሉ?” ኤልሳ ዓይና ጠቒሳ ሓተተታ።

“ድሓን’ዩ ተሰጊሩ።” መለሰት መኣዛ ብዘጋጠማ ፈተና ትሓታ ዝነበረት መሲልዋ። ኤልሳ በቲ ኣጋጣሚ ፍሸኽ በለት።

“ሓቃ’ያ ኣብ ትምህርቲ ጥራይ ኣይኮነን ፈተና ዘሎ። ሂወት ንባዕላ ዘይተፈትሐት ግድል እንድኣላ። ብፈተናታት እናሓለፈት ዕምራ ክትቆጽር’ያ እትውዕል።” ብምባል ሓሰበት። “ፈተና ኣይወድኣትን ኢለየን እምበር ኣይ ተሻቒለን እንድየን።” ኤልሳ ክትብሎ ዝደለየት ኣብርሃትላ።

“እንታይ ኴንኪ ትሻቐሊ? ብዘይጠቅም ነገር ኣይትሻቐሊ እናበልኩኺ።” ብኣኣ ምሽቓለን ከም ዘሻቐላ እናዘከረት ተዛረበት።

“ብዙሕ’ኳ ኣይተሻቐልኩን። ዘይኣመልኪ ህልም እንተኢልኪ ደኣ ምሽቓል ኣበይ ክተርፍ!” ኣቐሊለን ሓበራኣ።

“በሊ ኣነ ከይመስየኒ ክኸይድ። ባዕልኺ ባርኽየን።” ኤልሳ በረካ ንመኣዛ ገዲፉ ብድድ በለት።

“ሕራይ ኤላ ጓለይ የቕንየለይ! ጸላኢኺ ይኺድ።” ኣደይ ሓረጉ ኣብ ኮፍ ዝበልኦ ኰይነን መረቕኣ። መኣዛ ከተፋንዋ ደድሕሪኣ ስዓበት።

“ኣንቲ ድሓን ዲኺ!” ኤልሳ ተሃዊኻትሉ ዝነበረት ሕቶ ደርጉሓቶ። ዋላ እናረኣየታ ደሓን ኮይና ኣይተሰምዓታን። ጓል እትረኽቦ ጸገም ብዙሕ ስለዝኾነ ዓሚጾማ ከይኮኑ ተጠራጠረት።

“ትም’ባ በሊ ናይ ሎምስ! ‘ኣይረኽብ’ ትብል ኣስማሩ። ሕማቕ እንድየ ረኺበ። ከምታ ዝገደፍክዮም ‘ምሳኺ እንተዘይከድና’ ኢሎም ድርቕ። ረብሪቦም እንተኸዱ ኣብ ራንዴቮ ሓደ ስዓት ኮፍ ኣቢለዮም። ኣብ መጨረሻ ዝገብሮ ጠፊኡኒ ንሰምበል ሒዘዮም ከይደ።”

“እዋእ! ገዛ እንዳ መን ከተእትውዮም!” ኤልሳ ብህንጡይነት ተገረመት።

“ጽንሒንዶ! ሰምበል ምስ በጻሕና ሓደ ከፋት ካንሸሎ ርእየ። ‘እቲ’ዩ ገዛና’ ኢለዮም ብማዕዶ። ከረጋግጹ ደው ኢሎም ኣፉንዮምኒ። ሓፍትኺ ናብ’ቲ ካንሸሎ ድርግም። ኣብቲ ቀጽሪ ዕንይንይ ክብል ከይርእዩኒ ብምፍራሕ ከኣ ናብ ሓንቲ ሰርቪስ ጠኒነ እኽደልኪ። ሓንቲ ዓባይ ሰበይቲ ብልዳት ተቐልቂለን። ሰብ ደልየ ምሉእ ሰምበል ከም ዝኾለልኩ ሓቢረየን። ‘ጸሓይ ቀቲላትኒ ደኺመ’ እናበልክውን ኣብ ክንዲ ‘እተዊ’ ዝብላኒ ትም። ልበይ “ሒጂ መጹ!” እናበለት ትህውኽኒ ነይራ። እተን ሰበይቲ ድማ ኣብ ቅድመይ ተገቲረን ዓቕለይ ኣወዲአናኒ። ኣብ መወዳእታ። ‘ኣደ ማይ ኣስትያኒ’ ኢለየን። ማይ ክቐድሓ ካብ ልዳት ግልል ኢለናለይ። ብዘይ ስክፍታ ደድሕሪኦን ንውሽጢ ኣትየ ኮፍ። ኣብቲ ገዛ ፍርቂ ሰዓት ኣራጢጠ።

“ጸገምኪ ሓቢርክየን ማለት ድዩ? ደሃይ ናይቶም ርጉማት’ከ?

“ኣይሓበርክወንን። - እንድዕላ’ዲኦም ከይዶም ይኹኑ።” ገጻ ጸዊጋ ተጻረፈት።

“መኣዛ ሓፍተይ ጥንቃቐ ከድልየናዩ። እዚኣቶም ሓደገኛታት’ዮም።”

“እንታይ ኢና’ሞ ክንገብር” ዝን በለት። “ኪዲ ከይመስየኪ ጽባሕ ኣብ ትምህርቲ ንራኽብ።”

10ይ ክፋል

ሰነ 1987። ጣቓ ዓሲሉ ምድረ- ሰማይ ንምርኣዩ ደስ ዘብል ኣይነበረን። ክረምቲ ምእታዉ ዝሕብር ዝኾነ ተስፋ’ውን የለን። ደበናታት። ከም ህዝቢ ኣስመራ ኣብ ጐደና ብዝርእይዎም ወተሃደራት ሰንቢዶም። ምቕልቃል ዝኣበዩ ይመስሉ። ሰማይ ከም ደሮና ዝደየቦ ጽልግልግታ ይረኣዮ ነበረ።

ኣስመራ ኣብ ከቢድ ሓለዋ ናይ ወተሃደራት ነበረት። መንግስታዊ ህንጻታት። ኣብ ከሻሹ ዘዝገቡ ወተሃደራት ካላሽን ዓቲሮም ውርም ውርም ክብሉሉ ይረኣዩ። ሂውት’ቶም ወተሃደራት ወትሩ ኣብ ተጠንቀቕን ፍርህን ዝጠሓለ’ዩ። ዋላ ካልኢታት ሰም ዝብል ኣዒንቲ ኣይነበሮምን። ነበርታ ካብን ናብን ክንቀሳቐሱ ብዘሰክፍ ገጽ ይጥምትዎም። ኣስመራ እምበር ኣባኣ ዝነብር ህዝቢ ዘገድሶም ኣይኮነን። ኣብ ነበርታ ራዕድን ፍርሕን ምፍጣሮም ዘኽትለሎም ጸቕጢ የለን። ጐደናታት ኣስመራ ሰብ ሓሪምዎም ብቕትሩ ጸው እንተበሉ ባህታ’ዩ ዝዓስሎም። ምኽንያቱ ኣብ ሓለዋ ተዋፊሮም እንከለዉ ናብኡም ዘቋምታ ኤርትራውያን ኣዒንቲ ሓደጋ ዘውርዳሎም’ዮም ዝመስሎም።

ኣስመራ ከም ህዝባ እህህታ ተጸዓኒዋ ብሩህ ትርኢት ኣይነበራን። ሸባኻታት። ቆይሞም ጸሎት ዘዕርጉ ምእመናን ክመስሉ ድርቕ ኢሎም’ዮም። ሂወት ከምዘላ ዝሕብራ። ልቢ ሰብ እናመሸታ ብጐደናታት ዝውንጨፋ ወታሃደራዊ መካይን ጥራይ ኢየን። ኣብ ህንጻ ‘የኣስመራ ማዛጋጃ ቤት’ ኣብ ዘንጊ ዝተሰቕለት ባንዴራ ኢትዮጵያ’ኳ ንፋስ ስኢና ካብ ምንብልባል ተታኺሳ ነበረት።

✡✡✡

ሓለቓ ሚእቲ በለጠ ኣብ ቆጸራኡ ኣቐዲሙ’ዩ ተረኺቡ። ኣብ ሰለፉ መንፊት ዝመስል ቀዳድ ዝርከቦ ጅንስ ስረን ‘ማራዶና’ ዝተጻሕፎ ናይ ላዕሊ ቱታን ተኽዲኑ ዝተበርሆ ይመስል። ኣብ ላተርያ ራንዴቮ ኣብ ቀዳማይ ክፍሊ’ዩ ተቐሚጡ። ዝተወልዐ ሙዚቃ መሲጥዎ። ዘመሳቐሎ እግሩ ብስምሚት ከንቀሳቐስ ይርኣ።

“የጥቅምት ኣበባ። የጥቅምት ኣበባ ነሽ ኣሉን ኣወይ ኣካልሽ በምሉ…” ምስታ ተወሊዓ ዝነበረት ቴፕ ክደርፍ ጀመረ። ሙዚቃ መሲጥዎ። ዝኣዘዛ ቡን ቁሊሕ ኣይበላን።

“ኣይ ንዋይ ደበበ!” ብስምዒት ዓው ኢሉ ተዛረበ። ንዋይ ደበበ ካብ ዘድንቕም ድምጻውያን ሓደ’ዩ። “ሎሚ ጥዑም ካሴት ወሊዕኪ። ርኢኺ ሙዚቃ ሂወት ኢዩ። ትማሊ ወሊዕክዮ ዝነበርኪ ደርፊ..” ዘረባኡ ከይወድአ ገጹ ጸወገ።

“እንታይ ወሊዐ ነይረ?” ተቐባሊት ሕሳብ ጽውግታኡ ተዓዚባ ሓተተቶ። ኣብ ቀዳማይ ክፍሊ ክልቲኦም ጥራይ ኢዮም ኔይሮም። ቅድሚኡ ዝነበረ መዓልቲ ዝወልዓቶ ካሴት ክትዝክር ኣብ ሓሳብ ኣተወት።

“እንታይ ፈሊጠልኪ! ሃገርኩም ኢትዮጵያ ትጽውዓኩም ,,, ምናምን” መንኩቡ ሰቐጥ ኣበለ።

“ናይ ኪሮስ ኣለማዮ! ንሱ ደኣ ኣብ ረድዮ እንድዩ” ካርካር ኢላ ሰሓቐት። “ብግጉይ ዕላማ በረኻ ዘልኹም ትጽውዓኩም ኣላ ኢትዮጵያ ዓድኹም።” እዚ ጥዑም ደርፊ ኣይኮነን?!።

“በጃኺ ትም በሊ! ንሻዕብያ ዝተደርፈ ደርፊ ንሕና ክንሰምዖ ፍቓደኛታት ኣይኮንናን። እንታይ ጌርናኪ ፍቕርን ሂወት ሂወት ዝሸትትን ደርፊ ዘይተስምዕና።” ከም ቁጥዕ ኢሉ ተዛረበ።

“ሕራይ! ናተይ ምርጫ ሓንቲ ጥዕምቲ ደርፊ ክጋብዘካ’የ።” ናይ ንዋይ ካሴት ኣጥፊኣ ካልእ ቀየረት።

“ሕብረት ኣድላዪ’ዩ ንውጹዓት። ሕብረት ንሱ’ውን’ዩ ምልክት ዓወት” ዝብል ደርፊ ካብታ ቴፕ ተሰምዐ።

“ኣልማዝ ትጻወቲ ኣለኺ ሓቀይ!” ከም ቁጥዕ ኢሉ ጠመታ።

“ሕራይ በል ገዲፈዮ።” ቴፕ ኣጥፊኣ ካልእ ካሴት ቀየረት። “እዚኣ እንተዘየሐጐሰትካ’ሞ ቡንካ ጸንቂቕካ ክትወጽእ ጥራይ’የ ዝመኽረካ።” ናይ ኣምሓርኛ ካሴት ኣጻወተትሉ።

“ደርፊ ማለት’ዚ ኢዩ። ‘እስክስታ’ ኣዘኻኺርክኒ።” ብኮፉ መንኩቡ ሰቕጥቀጥ ኣበሎ። “’ብፔሮ ዶላይ ኢትዮጵያ ኣይትሸየጥን። ክንዕወት ኢና - ዓውት ናትና ኢዩ።’ እናበሉ ብዘመቻ ኣምጺኦምና። ኣይ ክንዕወት ኣይ ንዓድና ክንምለስ ኩሉ ስኢንናዮ።” በላ ኣዲስ ኣበባ ተዘኪራቶ እናተደፋነቐ።

“ተስፋ ኣይትቑረጽ ጽባሕ ክትምለስ ኢኻ።” በለቶ ብድንጋጸ እናተመልከተት።

“ከም ኣፍኪ ይግበረለይ!.... ኣገርሽ የት ነው?” ሓተታ። ዘረባኣ’ኳ ትግርኛ እንተኾነ ኤርትራዊት ኮይና ኣይተሰምዓቶን። ዝበዝሕ እዋን ናይ ኣምሓርኛ ደርፊ ክትውልዕ’ዩ ዝርእያ።

“ኣብ’ዚ ኣስመራ” መለሰትሉ።

“ጓል ኣስመራ ኣይተመስልን ኢኺ።” ዘረጋገጸ ክመስል ተኣማሚኑ ሓበራ።

“ኦ!” ከመይ ጌሩ ፈሊጡ ብዘምስል ኣመለኻኽታ ግልጽ በለቶ። ረጉድ ከንፈራ ተጀሊዑ ኣዒንታ’ውን ኣፍጢጣቶ ነበረት። “ጠንቋላይ ዲኻ?”።

“ኣዋልድ ኣስመራ ከምዚ ናትኪ ከንፈርን ኣፍንጫን የብለንን።” ረጉድ ከንፈራን ኣፍንጫኣን እናጠመተ ተዛረባ።

“ከመይ ድዩ ከንፈረይ?” ብሓውሲ ኩራ ተነፈሓ ሓተተቶ።

“ከም ዝተኸፍተ ዕምባባ ‘ሰዓሙኒ ሰዓሙኒ’ እናበለ ንህቢ ዝጽውዕ ይመስል።” ኩራኣ ተዓዚቡ ከደዓዕሳ ፈተነ።

“ኣፍንጫይ’ከ?” ፍሽኽ ብምባል ጠመተቶ።

“ኣዲስ ኣበባ ተወሊድኪ?” ንሕቶኣ ጐስዩ ክትምልሰሉ ተጸበያ።

“ጐንደር’የ ተወሊደ።.. ጐንደር ትፈልጣ ዲኻ?”

“ኤርትራዊት ከም ዘይኰንኪ ትፈልጢ ኢኺ። ንምንታይ ደኣ ናብ ኤርትራ መጺእኪ?”

“ኣቦይ ወተሃደር’ዩ ነይሩ። ሻለቃ ውበቱ ጸጋይ ይበሃል። ኣነ ህጻን እንከለኹ ኣብ ዘመነ ሃይለስላሴ ሓንቲ ኣሃዱ መሪሑ ናብ ኤርትራ መጺኡ።” ነቦኣ ዝዘከረት ክትመስል ተከዘት።

“ሻለቃ ውበቱ ጸጋይ... ዝፈልጦም ይመስለኒ።” በላ ዘረባኣ ክትቅጽል ንምትብባዕ። ብሓቂ ግን ዝፈልጦም ኣይነበረን።

“ኣብ ኣስመራ ስለ ዝዓበና ዝበዝሕ ሰብ ኤርትራውያን’ዩ ዝመስሎ። ኣቦይ ብሕማም ምኽንያቱ ኣብ 1970 ጥሮታ ወጺኡ። ኣብ ኣስመራ ብዙሕ ስለ ዝተቐመጠ ጥሮታ ምስ ወጻ ንዓድና ኣይተመለስናን። ካብ ኣስመራ ዝውጻእ ኮይኑ ኣይስምዖን’ዩ። እዚ ላተርያ እዚ ድማ ቅድሚ ምሟቱ ዝተኻረዮ ኢዩ።”

“ድሕሪ ምሟቶም’ከ ንስኻትኩም ንዓድኹም ክትምለሱ ኣይደለኹምን? ኤርትራ ናይ ኮናት ቦታ’ዩ። እንታይ ገደሰኩም ሞት ኣብ ዝዝንብዮ ዓዲ ኮፍ ትብሉ! ኣብ ኣዲስ ኣበባ ላተርያ ተኻሪኹም ክትነብሩ ትኽእሉ ኢኹም።” በላ።

“ናይ ክራይ ውዕልና ስለዘይወዳእና ኢና’ምበር ንኣዲስ ኣበባ ክንከይድ ወዲእናዮ ኣለና።” በለቶ።

ሓለቓ ሚእቲ ኣለማዮ ብማዕጾ ተቐልቀለ። ኣብ ግዜኡ ምምጽኡ ንምርግጋጽ ሰዓቱ ተመልኪቱ ንበለጠ ጠመቶ። “ሎምስ’ባ ስዓት ኣኽቢርካ” እናጨበጦ ሸምጠጡ።

እተን ውሑዳት መዓልቲ ዝደንጐኹኻ ኣጋኒንካ ክትዛረበለን ትዒብካ” ብምባል ቡኑ ጸንቀቐ። “ጥዑም ዕላል ምስ ኣልማዝ ሒዝና ስለዝጸናሕና ኣይዘከርናካን።”

“ብዛዕባ ፖሎቲካ’ዩ ዝኸውን። በለጠ ካልእ ዕላል እንታይ ከይርከበካ። ሓቀይ እንድ’የ?” ንኣልማዝ ጠመታ።

“ብዛዕባ ሂወትን መንበባሮን ኢና ከነዕልል ጸኒሕና። ፖሎቲካ ኣይተንከፍናዮን።” መለሰትሉ።

“ሂወትና ካብ ዙርያ ፖሎቲካ መዓስ ወጺኡ ይፈልጥ። ኢትዮጵያዊ ከይፈተወ ኣብ ጽላል ፖሎቲካ ምስ ተዓቑበ ኢዩ። ናይ ካርል ማርክስ ስነ-ሓሳብ። ሶሻሊዝምን ፍልስፍናኡን። ኮሚኒዝምን መጻኢኡን። ሰውራ ኩባ.. ክበሃል እዝንና ካብ ፖሎቲካ ወጻኢ ዝሰምዖ የለን።” በለ በለጠ።

“እንታይ ደኣ ኣብ’ዚ ኮፍ ኢልካ?” ኣለማዮ ሓተቶ።

“ናይ ኣስካቡሊ ገዛ እዚ’ዩ። ዕላል ኣልማዝ ድማ ካብ ቅድሚኣ ንኽትርሕቕ ዝግድድ ኣይኮነን።” ንኣልማዝ እናጠመተ መለሰሉ። ኣልማዝ ኣብ ውሽጡ ደስ ዝብል ስምዒት ፈጢራትሉ ነበረት። ብፍላይ ረጉድቲ ከናፍራ ንኽስዓሙ ዝተፈጥሩ ኮይኖም ተሰምዕዎ። ከም ህጻን ስጋ ዝመልኣ መሸከል ዘለዋ ጓል ኣንስተይቲ ባህ’ያ እትብሎ።

“እሞ ኣነ መኣዛ እንተመጺኣ ካብ ኣስካቡሊ ክገላገል ሰለዝኾንኩ ኣብ ውሽጢ ኣለኹ።” ፍሽኽ ኢሉ ጠመቶ።

“በዚ እንዶ ኮፍ በል። ናይ ኣልማዝ ዕላል ድማ ተስተማቕሮ።” በሎ በለጠ።

“እዚ ናይ ረበሻ ቦታ’ዩ ኣታ በለጠ” ኣይተሰማምዐን።

“ኤርትራ ብዓባያ ናይ ኩናት ዞባ ምኳና’ባ ኣይትረስዕ። ጽልዋ ናቱ ኣብ ዝኣተኻዮ ረበሻ ኪጋጥመካ ግንድ ኢዩ። ንዓናይ ጥራይ።” ክሓልፍ ኣመልከተሉ። ኣለማዮ ቀዲምዎ ንውሽጢ ሓለፈ። “የኔ ቆንጆ ሃደ መዓልቲ ሻሂ ክጋብዘኪ’የ” ዓይኑ ብምጥቃስ ፍሽኽ ኢሉ ብሕሹኽታ ተዛረባ ንኣልማዝ። ኣለማዮ ክሰምዕ ኣይደለየን።

“እሺ!” ብዓይኒ ሕፍረት ኣስለምሊማ መለሰት ኣልማዝ። በለጠ ምዕጉርታ ብኣባመልካቲቶ ኣጻብዕቱ ጠዊቑ ንውሽጢ ኣተወ።

“ሎሚ ፍሉይ ኽንካ ኢኻ መጺእካ። ስፖርተኛ ምኳን ካብ መጠን ንላዕሊ ኢኻ እትብህግ። ኣብ ልዕሊ ማራዶና ዘለካ ፍቕሪ ድማ ተወዳዳሪ የብሉን።” ማራዶና ዝብል ጽሑፍ ንዘለዎ ናይ ላዕሊ ቱታ እናረኣየ ኣለማዮ ተዛረበ።

“ክንደይ ግዜ ወታሃደር መሲልና ክንሓልፎ። ሓደ ሓደ ግዜስ’ባ ደስ ዝበለና ክንመስል ክንፈገና የብሉን። ወታሃደራዊ ክዳን ብቕንያቱ ኣጽሊኡኒ ኣሎ። ወተሃደራዊ እንተተኽዲነ ተቕጣዕ ተቕጣዕ ይመጸኒ። ኤርፓሳ ዝበሃል ሓደ ኦሮሞ ወተሃደር። “እዚ ቀጠልያ ክዳን ሰይጣን ኣለዎ” ክብል ወትሩ እሰምዖ። ሰብዶ ምሉእ ሂወቱ ወተሃደር ይኸውን’ዩ?!” ተበሳጨወ በለጠ።

“ብድልየትካ’ዶ ኣይኰንካን ወተሃደር ተኸቲብካ?”

“ኣንታ ከምዚ መዓስ መሲሉኒ’ሞ። ‘ፋኖ ተሰማራ ፋኖ ተሰማራ፤ እንደ ሆቺሚኒ እንደ ቺጉቬራ’ ኣብ ዝበሃለሉ ዝነበረ እዋን ስምዒት ደፋፊኡኒ ወተሃደር ክኸውን ወሲነ። ጽልዋ ድማ ይሓድረካ ኢዩ። ኣቦይ - ኮሎኔል ታፈሰ ብህጻነይ እንከለኹ ብዛዕባ ኩናትን ውትህድርናን’ዩ ዘዕልለኒ ነይሩ። እምበር ዝብላዕ ኣይሰኣንኩ ዝስተ ኣይሰኣንኩ። ናይ ኣቦይ ናይ ጥሮታ ገንዘብ ንመነባብሮና እኹል ነይሩ።” በለ ብጣዕሳ እናስተንተነ።

“ኮሎኔል ታፈሰ ኣብ ኵናት ኣንጻር ሶማል ተሰዊኡም ዲኻ ዝበልካኒ?”

“እወ። ናይ ኢትዮጵያ ታሪኽ ናይ ኵናት ታሪኽ ኢዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ኩሉ ግዜ መስዋእቲ ኣሎ። ኣብ ኵናት ዘለዋ ሃገር ወተሃደር ሓጺር’ዩ ዕምሩ። ደሓር ንሱ ኣብ ዘይሰምዖ ‘ጅግና’ ተባሂሉ ይስመ። ጸላኢኻ ኣብ ፍትሓዊ ይኹን ዘይፍትሓዊ ኩናት ምቕታል። በቶም ኵናት ዘበጋግሱ ሓለፍቲ’ ጅግና’ዩ ዘሰይም።” በለ።

“ወዲ ኮሎኔል እናተበሃልካ ኣብ ‘ቦሌ’ ጽቡቕ ሂወት ከይተሕልፍ ‘ቀይ ባህራችን በደማትን’ እናበሉ ኣታሊሎምኻ።”

“ይገርም’ዩ! ኵናት ኣብ ዘይበልየሉ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ምፍጣር ንገዛእ ርእሱ ኵናት’ዩ። ሕሰቦ’ሞ! ቀይሕ ባሕሪ ክንብል ልዕሊ መጠኑ ደም ከነፍስስ ንግደድ ኣለና። ንሕና ዘይናትና ‘ቀይሕ ባሕሪ ብደምና’ እናበልና ኤርትራውያን’ከ ‘ብደምና ብዓጽምና ብኩልንትናና’ እናበሉ ኣይምክቱናን’ዶ? ኮሎኔል መንግስቱ ወተሃደር ሰለዝነበረ ኵናት እንተጻሕተረ ንዕኡ ሞያኡ ኢዩ። ካልኦት ዝሞቱሉን ዝሳቐዩሉን ኵናት ኣብ መንበር ተቐሚጥካ ከካየድ ምእዛዝ ንዋላ ሓደ ዘጽግም ኣይኮነን።” ኣንጸርጸረ።

“ሕጂ ዝግበር የለን በለጠ። ነቲ ቀላይ ባዕልና ስለዝኣተናዮ ከመይ ጌርና ከም እንወጽእ ጥራይ ክንሓስብ ኣለና። ክሳብ ኣብ ኤርትራ ዘለና ‘ቦሊ’ የለ ‘ቄራ ሰፈር’ የለ።” በሎ ዝዓበየሉ ‘ቄራ ሰፈር’ እናዘከረ።

“ንስኻ ሓሲብካን መርሚርካን ኢኻ ወተሃደር ኽንካ። ከማይ ሆቺሚን ይኹን ቸጉቬራ። ስታሊንን ሌኒንን እናልዓሉ ኣእምሮኻ ኣይሰረቕዎን።

“ኣነ ከምቲ ዝነገርኩኻየ። ናይ ስድራ ቤት ጸገም ኔሩኒ። ኣደይ ደቒላ ስለዝወለደትኒ ናይ ምዕባየይ ሓላፍነት ዝተሰከመት በይና ኢያ። ኣቦይ በታ ስሙ ጥራይ’የ ዝፈልጦ። ትምህርቲ ወዲኣ ስራሕ ኣይረኽብኩን። ኣብቲ እዋን’ቲ ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ ወተሃደር ጥራይ ኢዩ ነይሩ። ኣማራጺ ምስ ሰኣንኩ ድማ ወተሃደር ክኸውን ተመዝጊበ። ናብ ኤርትራ ከምጽኡና እንከለዉ። ‘ቁሩብ ወንበዬታት ደምሲስኩም ክትምለሱ ኢኹም’ ኢዩም ኢሎምና። ከምዚ ዓመታት ክንክርትት ኣይሓሰብናዮን።” ፈዘዘ።

“ንኤርትራ ምዝማትካ የጣዕሰካ ድዩ?” በለጠ ዕትብ ኢሉ ሓተቶ።

“እንታይ ረኺበ ደኣ ክዓግበሉ?” ጠመቶ።

“መኣዛ’ኽ?.. ኣብ መሬት ኤርትራ ዝተረኽበት ቆንጆ’ዶ ኣይኮነትን። ንኤርትራ እንተዘይትመጽእ ንመኣዛ ኣይምረኽብካያን’ኮ።”

“ሕጂ’ውን ትመጽእ ኣይመስለንን በለጠ። ፍርቂ ስዓት ሓሊፉ ኣሎ።” ሰዓቱ ተዓዚቡ ስኑ ነኺሱ ሓንሓነ። “በለጠ። ኣብ ልዕሊኣ ሕማቕ ክፍጽም ትደፋፋኣኒ ኣላ። ከም ወታሃደር ሂወት ዘይኮነ ሞት’ዩ ዝጽበየኒ ዘሎ። ኣብ ኤርትራ ምሟተይ ዘይተረፈኒ ድማ ለኪመያ ክመውት’የ።” ኣዒንቱ ንእለት ደም ለበሰ። ኣብ ግንባሩ ልዕሊ’ታ ጠፍላሕ ኣፍንጫኡ ሰራውር ደሙ ተገታተረ።

“ድኹማት ዝብልዎ ዘረባ ኣይትድገም። ንመኣዛ ብሓቂ ተፍቅራ እንተድኣ ኴንካ። ሂወት እምበር ሞት ኣይትምነየላን ኢኻ። ፍቕሪ’ዩ ዘዛርበና ዘሎ። እናተሓባእካ ሂወት ዝምንዘየ ድብያ ኣይኮነን ኣምጺኡና። ፍቕራ እምበር ደማ ደሊኻ ኣይኮንካን ትጽበያ ዘለኻ። እቶም ደም ዝደልዮኻን እትደልዮምን ኣብ ቅድሜኻ ዘይኮኑ ተማዓድዮም ይጽበዩኻ ኣለዉ። ፍቕሪ ርህራሄ ተወጢሑ ዝጋልብ ፈረስ’ዩ። ምእንቲ ኣፍቃሪቶም ሂወቶም ዝብጅዉ ገንሸላት መልኣኽቲ ፍቕሪ ኮይኖም’ዮም ዝነብሩ። ንዘፍቀርዎ ከጥፍኡ ዝሕልኑ ግን ልቦም ብፍቕሪ ዘይኮነ ብሕነ ምፍዳይ ዝተረትዐ ኢዩ።”

“ኣፍቅራ ኢየ። ንኽጸልኣን ኣብ ልዕሊኣ ሕማቕ ክፍጽምን ትደፋፋኣኒ ዘላ ግን ባዕላ ኢያ። እንታይ ዘይገበርኩ ኢኻ ደሊኻኒ?! ኣነ ክቆጽር ንሳ ክትጠልም ክንነብር?!”

“እንተቕቲልካያ’ውን’ኮ ንሓዋሩ ኣብ ጉድጓድ ኢኹም ክትነብሩ። ትዕግስቲ ግበረ። ትዕግስቲ ጠጥዒ ናይ ፍቕርን ሂወትን’ያ። ኣፍቅሩ እምበር ቅተሉ ዝበለና መጽሓፍ የለን። ዋላ ወተሃደራት እንተኾንና። ሂወት ዘማዕዱ ልቦና ይሃልወና። ሞት ቅትለት፤ ቅትለት ሞት እናዘመርና ኣይንንበር። ቢራ ኣምጽኣልና ሕጂ ኩሉ ነገር ረሲዕና ንዘናጋዕ። ብፍላጽ ፍቕሪ ኩላትና ቆሲልና ኢና። ንፍቕርን ነተን ዘፍቀርናየንን ክንቀትል ግን ኣይተበገስናን። ፍቕርኻ ምኽኣል እምበር ምቕታል ንኹሉ ቀሊል’ዩ።”

“ኡፍ!” ኣለማዮ ኣስተንፊሱ ንላዕሊ ኣንቃዕረረ። ኣሳሳዩ ቢራ ሒዙ ተጸግዕም።

11 ክፋል

ስዓት ሸውዓተ ናይ ንግሆ’ዩ። መዓስከር ቃኘው ከም ቀደማ ብሃውኪ ድምጺ ትሕመስ ነበረት። ካብ ማእከል ኢትዮጵያ ካብ ታዕሊም ዝወጹ ሓደስቲ ወትሃደራት ጐደናታት ብሰልፊ ዓጽዮሞ ነበሩ። ቅድሚኡ መዓልቲ’ዮም ናብ ኤርትራ መጺኦም። ኤርትራ ማለት እንትርፎ ናይ ኵናት ዞባ ካልእ ዝፈልጡላ ኣይነበሮምን።

“ኣይፈራም ጋሜ ሆ...ሆ... ኣይፈራም ጋሜ” ዘብዘብ እናበሉ ጭፈራ ጀመሩ። ወትሃደራት ደርግ ምፍካርን ምጉብዕባዕን ከም ፍሉይ ባህሊ’ዮም ዝወስድዎ። ኣብቲ መዓስከር ዝነብር ኢትዮጵያዊ ህዝቢ ድምጺ ሰሚዑ ክቀላቐል ጀመረ። ንዝያዳ ታህዲድ “ኣንበሳ! ኣንበሳ! ኣንበሳ! ልጂሺ ይሄው መጣልሺ!” እናበሉ ምጭፋሮም ቀጸሉ። “ናብ ኤርትራ ዝኸደ ወትሃደርን ኣብ ቄራ ዝኣተወ ብዕራይን ሓደ’ዮም” እናበሉ ንኤርትራ ከም ዘይመጹ። በቲ ተቐልቂሉ ዝርእዮም ዝነበረ ህዝቢ ስምዒቶም ተረሳሲኑ ዝገብርዎ ይፈልጡ ኣይነበሩን። ‘ቄራ’ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝርከብ ከብቲ ዝሕረደሉ እንዳ ‘ማቻላዮ’ ኢዩ።

“ኣለማዮ። ኣለማዮ ተስእ!.... ተስእ!” በለጠ ድምጺ ሆይሆይታ ድቃሱ ክቕጽል ስለዘየኽኣሎ ካብ ካልኣይ ክፍሊ መጺኡ ንኣለማዮ ነቕነቐ። ክልቲኦም ብሓባርዮም ሓዲሮም። ኣብ ራንዴቩ ዝጀመርዎ መስተ ባር ባር እናቕየሩ ክቕጽልዎ’ዮም ሓዲሮም።

“እንታይ ተረኺቡ?” ኣለማዮ ዝሰምዖ ዝነበረ ጭፍራ ኣሰንቢድዎ ካብ ኮበርታ ወጺኡ ብዝባዕገገ ገጽ ንበለጠ ጠመቶ። ደቀቕቲ ኣዒይንቱ ክትጠፍእ ከም ዝደለየት ጋዝ ኣጭለምለማ። ረጉድ ጸሊም ከናፍሩ ጀል ኢሉ ወዲቑ ነበረ። ቀጨውጨው ኢልዎ ካብ ዓራት ክወርድ ኣይደለየን። ክግልብጦ ዝሓደረ መስተ ኣብ ርእሱ ደይቡ ምስ ወግሐ’ውን ምንዋጽ ኣይሓደጎን። ዝሰምዖ ድምጺ እምብዛ ረበሾ። ጨፈራን ሆይሆይታን ወትሃደራት ሓደ ነገር’ዩ ዘዘኻኽሮ- ኵናት። ‘ሃገር ድሓን ኣይኮንን ድዩ?” ከይፈተወ ካብ ዓራት ወሪዱ ሓተተ። ዘየቕስን ድምጺ እናሰምዐ ክድቅስ ዝኽእል ኣይነበረን።

“እንድኒ እንታይ ፈሊጠ ሰራዊትና ይጭፍር ኣሎ። ምናልባሽ ከይፈለጥና ናቕፋ ተታሒዛ ከይትኸውን።” በለጠ እናንብሃቐ መለሰ። ቀይሕ ገጹ ክብዲ መሲሉ’ዩ። ለማሽ ጸጉሩ ተበታቲኑ ነበረ።

“ወይ ናቕፋ!” ርእሱ ነቕነቐ። “ዘውዲቱ የላን ድያ?” ሓተቶ። ዘውዲቱ ንሶም ዘይፈለጥዎ ክትፈልጥ ከም ትኽእል ኣይሰሓተን። ንሳቶም ኣብ ባራት ስለዝሓደሩ ብድሕሪኦም ዝተፈጸመ ከይህሉ ተጠራጠረ።

“ዘውዲቱ...” በለጠ ጸውዐ። ኣብ ደንደስ’ቲ ኣለማዮ ደቂስሉ ዝሓደረ ዓራት ተቐሚጡ ብክልተ ኢዱ ርእሱ ደጊፉ ደነነ።

“ርእስኻ የሕመካ ኣሎ ድዩ?” ንሱ ነቲ መስተ ከም እተጻወሮ ብሓውሲ ዋዛ ሓተቶ። ክልቲኦም ግን ክብድብድ ኢልዎም ነበረ።

“ድሓን’የ” መለሰ በለጠ ርእሱ ነዝነዝ እናበለ። ኣዒንቱ ብርሃን ከም ዝደጉሉ ከምቲ ዝድለ ክኽፈተሉ ኣይከኣለን።

“ብሰንኪ መኣዛ ኢና ሰኺርና ሓዲርና። ብብስጭት ናታ ...’ወይኔ..!’” ርእሱ እናነቐነቐ ሓንሓነ።

“ረስዓያ በጃኻ! ክንሕጐስ ሰቲና ጽቡቕ ድማ ኣምሲና።” በሎ በለጠ ብዛዕባ መኣዛ ኣልዒሉ ምዝራቡ ስለዘይፈተዎ።

ጭፈራ’ቶም ወተሃደራት ቀጸለ። “ሆሆ! የወንበዴ ኑሮ ይለያል ዘንድሮ! ውጋ! ንቀል...!” “ንሕና’ውን ንኤርትራ ክንመጽእ እንከለና ከምዚ ናቶም ከምዘለና ኣይፈለጡን። ክሳብ ሕጂ ዘፍረናዮ ግን የለን። ኤርትራ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ዓወደ-ኩናት ቀይርናያ። ወንበዴታት ድማ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናሰሰኑ ይኽዱ። ብኣንጻሩ እቶም እናጨፈሩ ምሳና ዝመጹ እናእወዩ ኣብ በረኻታት ሳሕል ገዲፍናዮም መጺእና” ኣለማዮ ብትዝታ ኣስተንተነ። ጭፈራ ናይ’ቶም ወተሃደራት ንሱ ዝመጻሉ እዋን ኣዘኻኽሮ። ብሓቂ ሽዑ ሰራዊት ኢትዮጵያ ምስ ሞራሉ’ዩ ነይሩ። ናይ ሕብረት ሶቬት። ሰሜን ኮርያ። የመንን ካልኦትን ሓገዝ ዝውሕዘሉ ዝነበረ ግዜ’ዩ። “ከረን’የ ናብ ከረን’የ.. ተገንጸልቲ ሓሪረን’የ..!” ዝበሃለሉ ዝነበረ ዓመተ 1978።

“ዘውዲቱ .. ኣረ ዘወዲቱ...” ስለዘይሰምዓቶ ዓው ኢሉ ጸውዐ። ዘውዲቱ ኣብ’ቲ ካልኣይ ክፍሊ ቁርሲ ተዳሉ ነበረት።

“ኣለማዮ ተሲእካ ዲኻ?...” ዘውዲቱ ናብቲ ዝነበርዎ ክፍሊ መጸት።

“ናይ ምንታይ’ዩ እዚ ጭፈራ በለጠ ሓተታ።

“ናይ ሰኽራማት ከይከውን።” ሓጨጨት። ኣለማዮ ካር ካር ኢሉ ሰሓቐ።

“ሰኽራማት ከምዚ ንጹር ጭፈራ ይኽእሉ ትብሊ” ኣለማዮ ፍሽኽ ኢሉ ሓተታ።

“ሓቅኻ ኢኻ። ሰኽራማት ኮልተፍተፍ ኢዮም ዝብሉ። ትማሊ ዝኣተዉ ሓደስቲ ወትሃደራት’ዮም። ከምኡ ስለዝኾኑ’ዮም ብሞራል ዝሰራሰሩ ዘለዉ። ኣብዚ ዘለና ከም ዝሰልቸወና ኣይፈለጡን። ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ከማና ዘፍ ክብሉ’ዮም።”

“እሞ ዝደቀሱ ኣለዉ ቀስ ኢልኩም ጨፍሩ ዘይትብልልና? ንግሆ ምድሪ ሰብ ድቃስ ይኽልኡ።” ተዋዘየ በለጠ።

“ተስእ’ንዶ ደኣ ንስኻ ተዛረቦም። ሓለቓ ሚእቲ ስለዝኾንካ ይሰምዑኻ ኢዮም።”

“እሞ በሊ ጽብቕተይ! ጠሚና ኣለና ቁርሲ ቀርብልና በጃኺ።”

“ተሓጸቡ ሕራይ።” ክልቲኦም ገጾም ክተሓጻጸቡ ንደገ ወጹ። መዓስከር ቃኘው ብሓደስቲ ወትሃደራት ኣዕለቕሊቓ ነበረት። በለጠን ኣለማዮን ምሕጻቦም ረሲዖም ናብቶም ሓደስቲ ወትሃደራት ኣቕመቱ።

“ክንእሱ’ባ ረኣዮም” ኣለማዮ ናቱ ዘኪሩ ብዕጫ’ቶም ወትሃደራት ሓዘነ።

“ንሕናስ ዘይክንክተብ እንከለና ክንድዚኣም ኢና ኔርና።” በለ በለጠ።

“እዚ ናባና ዝጥምት ዘሎ’ሞ ረኣዮ! ካብ 14 ዓመት ዝሓልፍ ኣይኮነን። ንስኻ ክትክተብ ከለኻ ወዲ ክንደይ ዓመት ኔርካ?”

“ወዲ 18 ዓመት።”

“እንታይ ደኣ ትብል ኣለኻ? ሕጂ’ኳ ኣብዮታዊ መንግስትና ህጻናት’ዩ ዝገፍፍ ዘሎ። በዓል’ዚ ዋላ ሓንቲ ኣይፈልጡን’ዮም። ንተሓጸብ በጃኻ..” ኣለማዮ ገጹ ማይ ከፍስሰሉ ጀመረ። ተሓጻጺቦም ንውሽጢ ኣተዉ። እቲ ናይ ጣውላ ገዛ በራግጻኦም ደርጓዕጓዕ በለ።

ዘውዲቱ ጻሕሊ ተሰኪማ ናብቲ ዝኣተውዎ መጸት። ብጠስሚ ዝተፈትፈት ጻዕዳ ጣፍ - ቃታኛ ኣብ ቢያቲ ገልቢጣ ቀረበትሎም። “ብልዑ..!” ኢላ ኮደብ ኮደብ እናበለት ካብቲ ክፍሊ ወጸት። ኣብ ባሕሪ ዘቕመጥካዮ ሽሓኒ’ሞ ብንፋስ ዝንቀሳቐስ ዝመስል መቕመጫኣ ምስ ኣሳጉማኣ ይንኖ ነበረ።

ዘውዲቱ ኣቑሑ ቡን ሒዛ ተመልሰት። ሰንበት ብንግሆኡ ቡን ምስታይ ባህ’ዩ ዝብላ። ንበለጠ’ውን ኣልሚዳቶ’ያ። ንዑኡ ክተሐጉስ ዘይትገብሮ የብላን። ፍቕሪ ብምሃብ ዝተርር’ዩ ዝመስላ። ካልኦት ከይስድዕኦ ብምስጋእ ዝኣዘዛ’ያ እትፍጽመሉ። ከም ዝሕጸን መርዓዊ ጠጥዕሙ ትቕርበሉ። ከምቲ ንሳ ተፍቅሮ ከም ዘየፍቅራ ግምት ኣለዋ። በዚ ድማ ምስ ግዜ ኣብ መስመራ ከተእትዎ ወትሩ ምስ ተበላሓተት’ያ።

“ኣነ ቡን ኣይሰትን’የ። ምስ ፈልሐት ቡን ረጊጽካ ከይትኸይድ ከይትብልኒ?” ኣለማዮ ኣቑዲሙ ኣፍለጠ። ዘውዲቱ ዝተቐልወ ቡን ረጊጽካ ምኻድ ኣይትፈቱን’ያ። “ኣባ ጀባ ክቑጣዕ’ዩ” ኢያ ትብል። ከምኡ ስለዝፈለጠ ከኣ’ዩ ኣለማዮ ብኣጋኡ ዝሓበራ።

“ውቃበ የብልካንዶ ኮይኑ?”

“ብዘይ ፍቓድ’የ ኣብዚ ሓዲረ። ወትሃደር ስለዝኾንኪ ሂወትና ትፈልጥዮ ኢኺ”

“ድሓን ኣባ ጀባ መቕጻዕቲ ክከላኸለልካ’ዩ።”

“ዘውዲቱ ካልእ መዓልቲ ብመደብ መጺእ ክሰቲ’የ።” ከምዘይትሓድጐ ፈሊጡ ተመሻኽነ።

“ኣቲ ትም ኢሉ’ዩ ዝዛረብ ዘሎ። ኣፍልሕያ ጥራይ” በለጠ ደገፋ።

“እናፈለጥካ ከምኡ ትብል። ሓደ ሓደ ግዜስ ዘለናዮ ሂወት ትርስየ ኳንካ?”

“ረሲዐዮ ኣይኮንኩን። ኣየናይ መዓልቲ ብዘይ ፍቓድ ወጺእካ ትፈልጥ ዲኻ?

“ኣንታ ሕጂ’ኮ’ሞ ሓዲረ’የ።”

“እሞ ንሓንቲ መዓልቲ ሸለል ዘይብሉ ድዮም? ገመቹ እፈልጦ’የ። ዘይናቱ ኣይትሃቦ።”

“ኣየ በለጠ! ሕራይ ዘውዲቱ ቀልጢፍኪ በሊ ኣፍልሕያ።” ከይፈተወ ተሰማምዐ።

“ናይ ዘውዲቱ ቡን ፍሉይ’ዩ። ኣነ ሰንበት ሰንበት ቡና እናፍቐ’የ። ልምዲ ኮይኑኒ ሰንበት ቡን እናሰተኻ ብዛዕባ ፍቕሪ ኣዕልል’ዩ ዝመጸኒ።” በለ በለጠ። ዘውዲቱ ብሓጐስ ፍሽኽ በለት። ከም ዱባ ዝኸበበ ገጻ ማዕጓር’ዩ። ኣሚንታ ምዕጉርታ ዝወሓጦ ክመስላ ደቀቕቲ’የን። ጸጉራ ከም ናይ ወዲ ኣፍሮ’ያ እትገብሮ።

“እሂ ዘውዲቱ ሓቁ ድዩ?” ሓተታ። ፍሽኽ ክትብል ስለዝረኣያ መልሳ ክሰምዕ ተሃንጥዩ ነበረ።

“ሓቁ’ዩ ኣይተጋገየን። ሰብኣይካ ኣብ ቅድሜኻ ኮይኑ ዘፍላሕካሉ ቡን ክሰቲ ባህ’ዩ ዝብለካ። ፍቕሪ ንሱ’ዩ። ቡን ዘይትፈጥሮ ዕላላት የብላን። ዕላል ፍቕሪ ድማ ኣብ ትፈትዎ ይመጸልካ’ዩ።” እንደገና ፍሽኽ በለት። ፈኻኻት ፍሉያት ናይ ቅድሚት ኣስናን ኣለዋኣ። ክትስሕቕ እንከላ ኣሚይንታ ይጠፍኣ’የን። ኣፍንጫኣ ሓጻርን ጠፍናቕን’ያ። መልከዐኛ’ኳ እንተዘይኮነት ገለ ዘፍትዋ ጨው ግን ኣለዋ።

“ኣነ’ሞ ዕድለኛ ኣይኮንኩን። ኣፍቃሪት ስለዘይብለይ ቡን ኣብ ተጻመድቲ ዘለዋ ተራ ኣይፈልጦን’የ።” በለ ኣለማዮ ንመኣዛ ዘኪሩ ብሕትውና እናተሰምዖ። መኣዛ ኣብ ቦታ ዘውዲቱ ኮይና ቡን ተፍልሓሉ እዋን። ዋላ’ውን ብሕልሚ ክረኣዮ ኣይከኣለን። ንዘውዲቱ እናጠመተ ብሓሳብ ፈዘዘ። ዘውዲቱ ቀው ኢሉ ንዓኣ ዝጥምታ ዘሎ መሲልዋ ናብቲ ክትቆልዎ ዝጀመረት ቡን ኣድሃበት።

“እንታይ ደኣ ፈዚዝካ? መሎቲ ቢራ ክሳብ ሕጂ የፍዝዘካ ኣሎ?” በሎ በለጠ ኣብ ትዝታ ምእታዉ ኣሰኪፍዎ። ኮነ ኢሉ’ዩ ብዛዕባ መስተ ኣልዒሉ። ጉዳይ ፍቕሪ ስለዝተላዕለ ብዛዕባ መኣዛ ከይዛረብ ስክፍታ ነይርዎ። ዘውዲቱ ዝኾነት ጓል እንተተላዒላ ቅንኣት ስለዝስመዓ። ኣብ ከም’ዚ በለጠ ጥንቁቕ’ዩ።

“መሎቲ ቢራ’ዩ ኣፍዚዙኒ ካልእ ኣይኮነን።” ኣመኽነየ ኣለማዮ መኣዛ ኣብ ባሕሪ ሓሳባቱ ክትሕምብስ እናሰላሰለ።

“ክሳብ’ዛ ቡን እትፈልሕ ሽጋራ ክንሰቲ” በለጠ ተስእ። ኣለማዮ ዘበገሶ ዕላል እንተቐጺልዎ ናበይ ከም ዝኸይድ ተረዲእዎ ነይሩ። “ሽጋራ ገዚእና ክንምለስ” ክተርፍ ስለዘይደለዮ ናብኡ እናጠመተ ደገመሉ።

“ኣባ ጀባ ከይቁጣዕ ከይትድንጉዩ” ዘውዲቱ’ያ። ከይመለሱላ ተታሓሒዞም ወጹ።

“ኣሰኪፍካኒ እንዲኻ ጸኒሕካ። ኣብ ቅድሚ ዘውዲቱ ጓል ኣልዒልካ ኣይትዛረብ። ምሒር ቀናእ’ያ።” በለ በለጠ ጽርግያ ምስ ረገጹ። ክጭፍሩ ዝጸንሑ ወትሃደራት ትእዛዝ ዝጽበዩ ክመስሉ ትም ኢሎም ረኣይዎም።

“ዝኾነ ነገር ከም ዘቕንኣ እፈልጥ’የ። እንተኾነ ብዛዕባኻ ዝዝረብ ክኸውን ኣለዎ። ኣነ ምስ ደቀንስትዮ ዘለኒ ርክብ ኣልዒለ እንተተዛረብኩ እንታይ ዘቕንእ ኣለዋ?”

“እዋይ ኣለማዮ! ኣዕሩኽ እንዲና ኣነ’ውን ከምኡ ዝገብር ይመስላ።”

“እዚ ካብ ዘይምትእምማን ዝብገስ’ዩ። ኣብ ልዕሌኻ እምነት ከም ዝህልዋ ኣይገበርካን። እምነታ ንኽተጥፍእ ዝገበራ መበገሲ ኣለዋ። መልክዐኛ ስለዝኾንካ ኣዋልድ ከም ዝፈትዋኻ ትፈልጥ’ያ። ንስኻ’ውን እዱብ ኣይኮንካን።”

“ምስ ዘውዲቱ ክነብር ድሌት የብለይን። ከብደይ ስለዝፈቱ’የ ተጸጊዐያ። ትሰርሓለይ መግቢ ኢድካ’ዩ ዘቕርጥም። እምበር ምስኣ ፍቕሪ የብለይን። ንስኻኸ ቁሩብ ሕስብ ኣይተብልን ዲኻ። ዘውዲቱ ምሳይ ትኸይድ ድያ?”

“እቲ ሕቶ ምኻድን ዘይምኻድን ኣይኮነን። ፍቕሪ ስምዒት’ምበር ደጋዊ ትርኢት ናይ ሰባት ዘቕልብ ኣይኮነን። ፍቕሪ እንተሎ ክልተ ዘይጋጠሙ ዝበልካዮም ሰባት ብሓደ ይነብሩ’ዮም። መለኮት ፍቕሪ። እቲ ዋላ’ውን ንፍቕሪ ዝፈጠረ ኣምላኽ ክዓግቶ ዘይክእል ኮይኑ’ዩ ዝስምዓካ። ቋንቋ ፍቕሪ እዚ’ዩ። እቲ መዝሙር ኣተሓሳስባ ባህግን ድሌትን ኣብ ክልተ ዝፋቐሩ ሰባት ሓደ’ዩ። “ምሳይ ኣይትኸይድን’ያ” ዝበሃል ዘረባ ንግዜኡ ስምዒትካ ንምግላጽ ዘምጻእካዮ ኢዩ። ምቅርራብ እንተሎ ፍቕሪ ከምዚ ኣፍካ ዝብሎ ኣይኮነን።”

“ንዘውዲቱ ከየፍቅራ ዲኻ ተጠራጢርካ?”

“እወ። ፍቕሪ ክትቆጻጸሮ ስለዘይትኽእል ካብ ድሌትካ ወጻኢ ክተፍቅራ ትኽእል ኢኻ። እንተዘይተፍቅራ’ውን ምስኣ ኣይምነበረካን።”

“ብሓደ ዝነብሩ ብዙሓት ዘይፋቐሩ ተጻመድቲ ኣለዉ።”

“ንኣልማዝ ከ ተፍቅራ ዶ?”

“ንመን ኣልማዝ?” በለጠ ሰንበደ።

“ኣልማዝ.. ላተርያ ራንዴቩ” ፍሽኽ ኢሉ ጠመቶ። ከም ዝፈልጣ ብገጹ ኣረጋገጸሉ። ክሓብኣሉ ከም ዝደለየ ጠርጢርዎ’ዩ። በለጠ ብዘረባኡ ሰሓቐ። ደጋጊሙ ቀው ኢሉ ጠመቶ። ዝጠርጠረ ስለዝመሰሎ ብተግባር ዓርኩ ተደነቐ።

“ከመይ ጌርካ ጠርጢርካኒ? ኣነ ድኣ ተሓቢአ ዘለኹ እንድዩ ዝመስለኒ ዘሎ? ኣልማዝ ኣዕሊላትካ ድያ? ብድሕረይ ረኺብካያ ከይትኸውን?

“እንታይ ኢለ ክረኽባ! ናተይ መኣዛ’ኳ ደልየ ኣይረኽብኩዋን።”

“ከመይ ጌርካ ደኣ ጠርጢርካኒ?” ዝኾነ ዘጠራጥር ነገረ ጌረ ድየ?” ንድሕሪት ተመሊሱ ክዝክር ፈተነ።

“ኣልማዝ’ያ ኣጠርጢራትካ። ክትዕልሉ ጸኒሕኩም ኣነ እትው ምስ በልኩ ኣብ ገጻ ናይ ሓጎስ ምልክት ርእየ። ኣዒይንታ ፍሉይ ነጸብራቕ ኔርዎም። ኣጠማምታኣ ፍቕሪ ዝዕድም ምንባሩ ኣቕሊበላ’የ። በለጠ ድማ ‘ፍትፍት እናረኣኻ ማንካ ሃሰው’ ኣየድልየካን’ዩ” ትብል ሰብ ስለዝኾንካ ኣብ መጻወድያ ፍቕሪ ከም እተእትዋ ኣይተጠራጠርኩን።

“እሞ ጽብቕ’ቲ’ያ ኢልካ ትምርቕለይ ዲኻ?”

“ኣነን ንስኻን ዝተፈላለየ ናይ ጽባቕ መምዘኒ’ዩ ዘለና። ኣነ ረጓድ ጓል ኣይፈቱን’የ። ረጕድቲ ኣዋልድ ንፍቕሪ’ውን ብነብሰን ጸቒጠን ዝቕትላኦ’የን ዝመስላኒ። ንስኻ ግን ረጓድ ጓል ኢኻ ትፈቱ። ኣዒይንትኻ ኣብ ዳንጋን መቕመጫን ከተኵር’የ ዝርኢ።

“ብርጉዲ ኣይኮንኩን መሪጸያ። ናታ ኣዝየን ዝስሕባኒ ከናፍራ’የን። ከናፍራ ኣስተብሂልካሉ እንተኾንካ ተፈጥሮኣዊ ወዝ ኣለዎ። ደሓር ድማ ጸሊም’ዩ። ጸሊም ከንፈር ዘለወን ኣዋላድ ንዓይ ፍሉይ ስሕበት ኣለወን።”

“ናይ ዘውዲቱ ጉዳይ’ከ? ምሳኻ ክቱር ፍቕሪ ሰለዘለዋ። እዚ እንተሰሚዓ ትም ኣይትብልን’ያ።”

“እንታይ ደኣ ክትገብር? ቦምባ ኤፍ-1 ጌራ ‘ተታሒዝና ፍቕሪ ናብ ዘይትብለሉ ጉድጓድ ንኺድ’ ክትብለኒ?”

“ኣይትላገጸ በለጠ። ደቀንስትዮ እንተኣሚነን ናይ መጨረሻ ዓለመን ፍቕሪ’ዩ። ንፍቕረን ዘሰናኽል ዝኾነ ነገር ትም ኢለን ኣይሓልፍኡን’የን። ነዚ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ጥንቃቐ ግበር።”

“ወረ ዘውዲቱስ ኣይትሓድግን’ያ። ካባይ እንተተፈልያ ወዲ ትረክብ ኮይኑ ዘይስመዓ! ሓደ ሓደ ግዜ ከምቲ ተፍቅረኒ ስለዘየፍቅራ ተደንግጸኒ። ብርግጽ ኣብ ልዕለይ ብዘለዋ ሓልዮት ከፍቅራ ደስ ምበለኒ። እንተኾነ ስምዒትካ ይእዝዘካ’ምበር ኣይትእዝዞን ኢኻ። ብፍላይ ኣብ ፍቕሪ። ስምዒቱ ኣዚዝዎ’ምበር ደንጊጹ ዘፍቀረ ሰብ የለን። ጾታዊ ፍቕሪ ደንጊጽካ ዝትኮብ ነገር ኣይኮነን።”

መእተዊ ማዕጾ ሰጊሮም ካብ መዓስከር ወጹ። በለጠ ኣዒይንቱ ናብቲ ኣደይ ሓረጉ ዝሸቅጣሉ ማርቻቬዲ ለኣኸን። ክወጽእን ክኣቱን ካብአን’ዩ ሽጋራ ዝገዝእ። ኣደይ ሓረጉ ኣይነበራን። “እታ ሽጋራ ትሸቕጥ ሰበይቲ ኣበይ ከይዳ?” ኣብ ማዕጾ ንዝነበረ ዋርድያ ሓተቶ። ተራ ኣባሉ’ዩ።

“ሎሚ ንግሆ ኣይመጻን። ገዝአን እቲ’ዩ። ኣባላትና ካብ ገዘአን ሽጋራ ክገዝኡ ጸኒሖም።” እቲ ዋርድያ ኣብ ቅድሚኡ ናብ ዝነበረ ቪላ እናኣመልከተ ሓበሮም።

12 ክፋል

ኣብ ግዜ ወጋሕታ ጉዳይ ሸቐጠን ዝገብራ ዝነበራ ወ/ሮ ሓረጉ ከም ኣመለን ካብ ዓራት ኣይተስኣን። ጸሓይ ብምብራቕ ተቐልቂላ ጨራታት ብፈቓቓት መስኮትን መዓጹን ክተስሉኽ ጀሚራ’ያ። “ኣይ! እንታይ ፈልጺ ይበሃል ደኣ’ዚ!” ብቓንዛ ኣድሚጸን ኣዒንተን ናብቲ ጨራ ዝረኣየሉ ፈቓቓት ሰደዳ። “መኣዛ ጓለይ ርእሰይ ዝኣስረሉ ጨርቂ ሃብኒ።” ካብ ዓራት ከይወረዳ ኣዘዛ። ከቢድ ናይ ርእሲ መርዘን ኣለወን። ክትጅምረን እንከላ ዋላ ፈውሲ ርእሲ ከኒና ውሒጠን’ውን ኣይትገድፈንን’ያ። ሽዑ’ውን ሕማም ርእሲ ጀሚርወን ነበረ። ኣብ ከምኡ እዋን ርእሰን ብጨርቂ’የን ዝኣስርኣ። ዝወስድኣ መግቢ’ውን የለን - ዕኹልል ኢለን ከዕርፉ’የን ዝመርጻ። ቡን ግን ተጋብረን ኣይኮነትን።

መኣዛ ጻዕዳ መእሰሪ ጨርቂ ሃበተን። ወ/ሮ ሓረጉ ግጥም ኣቢለን ኣሰራኦ። ብደገ ዝሰምዓኦ ዝነበራ ጨፈራ ወትሃደራት ርእሰን ዝኹሕኩሕ ዝነበረ ኮይኑ ይስምዐን ነበረ። ካብ ካልእ እዋን ንላዕሊ ድማ ጽልእ ኣበላኦ።

“እንታይ ተረኺቡለይ’ዩ እዚ ኩሉ ሆይሆይታ! ኣብ ማእከል ቆልዓ ሰበይቲ ኳንካ ምጉራርን ምድባልን… ወይ ጉድ” ስነን ነኺሰን ብሕርቃን ኣድመጻ። ምስቲ እናጐልሐ ዝኸይድ ዝነበረ ጨፈራ ወትሃደራት ርእሰን’ውን ይፍልጸን ነበረ። “መኣዛ ጓለይ ቡን ኣፍልሕለይ በጃኺ!”

“መኣዛ ኣቕኑሑ ቡን ካብ ትሕቲ ዓራት ከተውጽእ ብብርካ ተደጊፉ ደነነት። ኣዒኣ መርዘን እንተጀሚራተን ምርጫአን ቡን ምኻና ትፈልጥ’ያ። ተደቢራ ኣእዳዋ ንትሕቲ ዓራት ሰደደት። ኣብቲ ክፍሊ ካብ ዝርአ ኣቕሑ ኣብ ትሕቲ ዓራት ዝተሸኸዐ ቀንጠ-መንጢ ይበዝሕ።

“ኦፉ! ከመይ ጌርኪ ኢኺ ሸኩዕክዮ? ምውትታፍ ክትፈትዊ!” ዳርጋ ምስ ነብሳ ኣንጸርጸረት። መርሃዊ ሓዋ እናርኣያ ክሕግዛ ኣይፈተነን። ኣንጊሁ ክሸቕጥ ኣይወፈረን። ስለ ዘይቆረሰ’ምበር ናይ ወ/ሮ ሓረጉ ስራሕ ነታ መዓልቲ ንሱ ክርከቦ’ዩ። መርዘን ከም ዝሓዘተን ምስ ፈለጣ ወ/ሮ ሓረጉ ብንግሆኡ ሓቢረናኣ’የን።

“ቀስ ኢልኪንዶ ኣውጽእዮ ኣንቲ መኣዛ!” ድምጺ ስለ ዝገበረት ሕማመን ተጻዊረን ብትሑት ድምጺ ተዛረባ። ኣብታ ጸባብ ክፍሊ ሓሚመን ከም ዘየዕርፋ ይፈልጣ’የን። ገና ከይወግሐ’ኳ ሽጋራ ዝብሉ ወትሃደራት ኳሕኩሑመን’ዮም።

“ውትፍትፍ እንዲኺ ኣቢልክዮ እንቲ ኣደ” ኣንጸርጸረት መኣዛ። “ዝጠቅምን ዘይጠቅምን ኣብ ትሕቲ ዓራት እናወተፍኪ”

“እዋእ! ንብረት’ዶ ደኣ ይጓሓፍ ኮይኑ። ገዛ ሓበሻ ደኣ እንታይ ደሊኺ” ዕትብ ኢለን ተዛረባ። ንኣገደስቲ ጉዳያት ቃንዛአን ረሲዐን’የን ዝምልሳሉ። ትሕቲ ዓራት፤ እኽሊ ዝሓዘ መሸማዕ። ጐማ። ተነኻኹ። ድስቲ። ጫማታት መሊእዎ ነበረ። ‘ኣብ ጸቢብ ገዛ ‘ኣርማድዮ’ ድኻ ትሕቲ ዓራት’ዩ።” ዝብል ዘረባ መኣዛ ዘከረት። ተረከብ ዝዛረብ ናይ ኣእምሮ ሕማም ዝነበሮ ኣኮኣ ኣብ ቤቶም ክመጽእ እንከሎ ዝተዛረቦ’ዩ። መኣዛ ብዘረባ ኣኮኣ እናተገረመት ኣቕሑ ቡን ኣውጺኣ ኣብ መንበር ተቐመጠት። ንመርሃዊ ኣቆራሪሳ ክተፋንዎ ድሌት ነበራ። ምኽንያቱ ሽጋራ ዝደልዩ ወትሃደራት ንወ/ሮ ሓረጉ እንተስኢኖመን ኣብ ገዛ ከም ዝመጹ ተረዲኡዋ’ዩ።

“ቀልጥፍ ኣቕብለኒ መርሃዊ ሓወይ?” ብኮፋ ንሓዋ ለኣኸት። ወ/ሮ ሓረጉ ኣብ ዓራት ይገላበጣ ነበራ።

“ኣበይ ኣሎ?” ከይተስኣ ብኾፉ ሓተተ። ብሓቂ ኣበይ ክም ዝርከብ ይፈልጥ ኣይነበረን። ካብ ትምህርቲ ምስ ተፈደሰ ክሸቕጥ ምስ ሓዉ ደገዮ’ም ዝውዕሉ። ከምኡ ስለዝኾነ ናይ ገዝኡም ንብረት ብፍላይ እንዳ ሽኮር ቀጠፍ ኣበይ ከምዝርከብ ኣይፈልጡን’ዮም። መኣዛ ሓብቶም ኩሉ ኣዳልያ’ያ ተዋፍሮም።

“ኣብቲ ‘ከረዴንሳ’ እንሄለካንዶ ኣታ መርሃዊ” በለቶ። እታ ቤት ክልተ ዓራት። ሓደ ‘ከረዴንሳ’። ናይ ጐማ ሳሎንን ሳንዱቕ ናይ ክዳውንትን’ዩ ሕሉባን ንጹፋን። ካልእ ንብረት እንተዝህሉ’ውን ንምጻሩ ዓቕሚ የብላን። ኣርባዕተ ብኣርባዕተ ሜትሮ’ዩ ስፍሓታ። ካብ ክፍልታት’ቲ ቪላ ንመደቀሲ ተባሂላ ዝተሰርሐት’ያ። ዓርኮም ንኣቶ ኣስገዶም ከም ወኪል ክገድፍዎም እንከለዉ እታ ክፍሊ’ዮም ሂቦሞም። ኣቶ ኣስገዶም’ውን ካልእ ኣይሓተቱን። ወትሃደራት ብሓይሎም ክኣትውዎ እናርኣዩ’ውን ካልእ ይትረፍ ግፍሕ ዝበለ ክፍሊ ክሕዙ ኣይሃቀኑን። ኣብታ ብውክልና ዝተዋህበቶም ክፍሊ ኮይኖም’ዮም ክከላኸሉ ፈቲኖም። እምነቶም ኣጉዲሎም ተግባር ናይ ጐሓላሉ ክፍጽሙ ኣይደለዩን።

መርሃዊ ትእዛዝ መኣዛ ሰሚዑ ቀጠፍ ኣየቐበላን። ትዕንን እናበለ’ኳ እንተተስኣ ቀጠፍ ክረኽቦ ኣይከኣለን።

“እዚ ዶ ኣይኮነን?” መኣዛ ተሲኣ ባዕላ ወሰደቶ። በራድ ምፍልሑ ዝሕብር ሃፋ ክሰድድ ጀመረ። “እንታይ ኳንካ ኢኻ ጽውግውግ ትብል ዘለኻ?” በለት መኣዛ ንሓዋ ቀው ኢላ እናጠመተተት። ኩነታቱ ደስ ኣይበላን። ብንግሆኡ ፈጨው ፈጨው ክብል’ያ ኣስተውዒላትሉ። ክትልእኮ እንከላ’ውን ግርህ ኢሉ ኣይተቐበላን።

መርሃዊ ርእሱ ኣድኒኑ ከይመለሰ ትም በለ። ኣብ ገጹ ዝነበረ ኵራ ግን ዝብሎ ነይርዎ። ኣብ ማርቻቬዲ ኮፍ ኢሉ ክሸቅጥ ኣይፈተወን። ንሱ ካብ ቦታ ናብ ቦታ። ካብ ባር ናብ እንዳሻሂ እናዞርካ ምሻጥ’ዩ ለሚዱ። ከምኡ ኣዕሩኽቱ ስለዝነበርዎ ካብኡም ክፍለ ድሌት የብሉን። ከም ሰበይቲ ኣብ ሓደ ተኾርምዩ ክውዕል ኣይተዋሕጠሉን።

“ንዓኻ እንድየ! እንታይ’ዩ ኣኾርዩካ? ኣደይ ሸቐጥ ናባኻ’ዩ ስለ ዝበለትካ ድያ?” ፍሩይ ዓይና ትኽል ኣቢላ ጠመተቶ። ማልያ ዝጸበቦም ክመስሉ ዝተዋጠሩ ኣጥባታ’ውን ኣንፈቶም ናብኡ ነበሩ።

“ቀ’ርስናንዶ ሃብና?” ኣዕረምረመ። ርእሱ ኣብ ዘእትዋ ከም ዝሰኣነ የማነ-ጸጋም ይነዋንዋ ነበረ። እንተሓሪቑ ብኾፉ እንከሎ ቀልባዕባዕ’ዩ ዘብዝሕ። ውዑይ ስለዝኾነ ረጊኡ ትም ኣይብልን’ዩ።

“እንሀልካ ሻሂ። ቅጫ ወሲድካ ቁረስ” በራድ ኣቕረበትሉ። “ትኹሪ እንተኼንካ ኩሉ ግደፎ። ንሓንቲ መዓልቲ ምውዓል ኣይስእንን’የ። ቆሪስካ ናብ ድላይካ ኪድ” በለቶ ብምንጽርጻር። ወ/ሮ ሓረጉ ከይሰምዓኣ ቀስ ክትብል ፈቲና’ያ።

“ኣይሕሉን ኢለ!” ኣፍጢጡ ጠመታ። ዋላ’ውን ምስ ኣዲኡ ጸርጸር ዝብለሉ እዋን ኣሎ። ፍርኡ ዘይስማዕ ቃላት ኣጉረምሪሙ ካብ ጊባቦ ዝቐረሶ ቅጫ ጐመደ። ቁርጽ ኢሉ ንመኣዛ’ዩ ዝመስል። ትሪ ኣፍንጫኡን ዓይኑ ምፍራዩን ተመሳሳልነት ኣለዎም። ፈቐዶ ጸሓይ ሳንቲም ጓል ሳንቲም ክኣሪ ጸሊሙ’ምበር ካብ መኣዛ ንሱ’ኳ ይቐይሕ። ኵራ ግን ናይ በይኑ ባህሪ’ዩ። ኣብቲ ቤት ዝኹሪ ኣባል የለን። ንሱ ግን ብዘይጠቅም ኮርነፍ’ዩ ዝብል። “ነጋሲ ሓወይ ለኪሙካ” ኢየን ዝብልኡ ወ/ሮ ሓረጉ። ነጋሲ ናይ ኣእምሮ ጸገም ዝነበሮ ሓወን’ዩ። ብምሒር ሕርቃንን ምንጽርጻርን ከም ዝተጸለለ’የን ዘዕልላሉ “እዛ ሕርቃንን ምንጽርጻርን እንተዘይሓዲግካያ ከም ነጋሲ ትኸውን” ይብልኡ ንመርሃዊ ከንጸርጽር ክርእያኡ እንከለዋ።

“እንታይ ደኣ ኣኾርዩካ? ሸቐጥ ንስኻ ኢኻ ትውዕሎ ስለ ዝተበሃልካ ኣይኮንካን? ካልእ ደኣ ኣብዚ ገዛ እንታይ ዘኾሪ ተረኺቡ? ንግሆ ምድሪ ዘኾሪ ጋኒን ኣብዚ ቤት የለን።” በለቶ ዝነኸሰ ፈሓም ብመንቀርቀር ናብ ፈርኔሎ እናኣንበረት። ብደገ ዝስማዕ ዝነበረ ናይ ወትሃደራት ጨፈራ ዳርጋ ናብቲ ቤት ከም ዝቐረበ ጐሊሑ ይስማዕ ነበረ። ኣእዛና ኣብቲ ድምጺ ጌራ ንመርሃዊ ጠመተቶ። ዳርጋ ብዝኾነ ነገር ዝተገደሰ ይመስል ኣይነበረን።

“ኢሂ መርሃዊ እንታይ ደኣልካ ዝን ኢልካ?” ሓተተቶ።

“ግደፍና በቃ! እንታይ!” ኣጉረምረመ። ኣብ ኣፉ ዘኮማስያ ዝነበረ ቅጫ’ውን ቃላቱ ምጉርምራም ንኽመስል ሓጊዝዎ’ዩ። ሕርቃኑ ዋላ ኣብ ኣተሓይኻኡ ይፍለጥ ነበረ። ከም ንቡር ህድእ ኢሉ ክቐርስ ኣይፈተነን።

“በል ከይትስርነቕ ቀስ ኢልካ ብላዕ” ገጻ ጸዊጋ ገንሓቶ። ብተፈጥሮኡ መግናሕቲ ዘፍርሖ ቆልዓ ኣይኮነን። መኣዛ’ውን ከም ዘይሰምዕ ስለ እትፈልጦ ዝበዝሕ እዋን ሸለል’ያ ትብሎ።

“ንስኺ እንታይ’ዶ ትገብሪ ኣለኺ ኢኺ? ንሎሚ ዘይትሕልውላ።” ነዲኡ ሰሪቑ እናጠመተ ከሕሾሹኽ ፈተነ። እንተሰሚዐንኡ ከም ዝሓርቃ ይፈልጥ’ዩ። ሓሚመን እንከለዋ ከሕርቑን ኣይደልየን።

“ኣይሕሉን’የ። ንስኻ ኢኻ ክትውዕሎ” ካብኡ ኣይትሕለፍ ብዝመስል ኣዘራርባ። ኣዲኣ ከይዘከረት ብሓይሊ ቃል’ያ ኣድሚጸ። ኣሚንታ ተጐልጉሎም ንደገ ክወጹ ደለዩ። ንመርሃዊ ጽፍዕ ጽፍዕ ከተብሎ ኣይጸልኣትን። እንተኾነ ሓንሳብ ብኽያት እንተጀሚሩ ከም ዘየቋርጽ ትፈልጦ’ያ።

“ኣነ ድማ ኣይሕሉን’የ።” ብስምዒት ኣብ ዝተቐመጠሉ ተነዋነወ። ዝጐምዶ ዝነበረ ቅጫ ኣብ መበልዒ ቁርሲ ሰንድዩ ኣብ መንበሩ ኮይኑ ኣዕለበጠ። ካብ ክሳድ ንላዕሊ ኢዩ’ምበር ከም ዘየዋጽኡ ይፈልጥ’ዩ።

“ኣንታ እንታይ ኢኹም ኳንኩም? ልዕሊ ሕማመይ ንስኹም ክትከፍኡኒ” ወ/ሮ ሓረጉ ካብ ዓራት ቀኒዐን ርእሰን ብምድጋፍ ሃንደበት ኣድመጻ። ክዛረባ ኣይደለያን’ምበር ክሰምዕኦም’የን ጸኒሐን። ድቃስ ዘይጸገበ ዝመስል ዓይነን ዝተዘረገ ማይ መሲሉ ነይሩ። ገጸን’ውን ዓዝዒዙ’ዩ። ዝመለሰለን ኣይነበረን። ክልቲኦም ትም በሉ። “መርሃዊ እንታይ ኢኻ ኳ ንካ” መምጽኢ ነገር ንሱ ምኟኑ ፈሊጠን ክምልሰለን ክሳደን ጠውየን ሓተታኡ።

“ዋላ ሓንቲ!” ክሳዱ ጓዕጺጹ መለሰ። ዝተዛረቦ ዘረባ ክደግሞ ኣይደልየን።

“እንታይ ጌረካ’የ ሕማመይ ክጸውር ዘይትሓድገኒ። ለይትን መዓልትንዶ ኣብ ማርቻቬዲ ተሰጢሐ እውዕል የለኹን። ኣነ’ኳ መሪሩኒ ጸጊሙኒ ዘይበልኩ። ሎሚ ሓሚመስ ምሕጋዝ ክትኣብየኒ? ንሓንቲ መዓልቲ ምኟን

ክትስእን። በል ሓሚመ እንከለኹ ባዕለይ ክወጽእ'የ።" ስነን ነኺሰን ተዛረባ። መታልሐን ተረው ተረው ይብለን ነበረ። ግንባረን ብዙርያኡ ጸሊም ደም ሱር ገታተረ።

"ኣይሸቕጥን ኢለ ድየ?" ከመኻኒ ፈተነ።

"እንታይ ደኣ ትብል ኣለኻ?" ዝምልሶ ጠፊእዎ ኣጽቀጠ።

"ደሓን መርሃዊ ወደይ ዘይትድንግጸለይ እንተደኣ ኴንካ ባዕለይ ክወጽእ'የ። ናብራ ቀደመይ እንዳኣሉ! መዓስ መዓልቲ ሓልዉለይ ኢለኩም እፈልጥ?" ኣስተንተና።

"መኣዛ ዘይትሕሉ?"

"ኦ!" ኣፍጢጠን ጠመታኦ። ክሳብ ርእሰን ተዘዝታ ዝገብረ'የን ሰንቢደን። "መኣዛ ኣብ ማርቻቬዲ ወጺኣ ኣይትሕሉን'ያ ከም ማሸላ ወንጭፍ ሒዘ ክሕልዋ'ኳ ኣይጸላእኩን። ኣብ ማርቻቬዲ ኣውጺኡ ባዕለይ ንጓሓላሉ ክህባ!" እንቅዓ እንቅዓ ኣስተንፈሳ። ንመኣዛ ጓለን ጠመታኣ። መልክዓ ከም ባና ወርሒ ቀደድ ኢሉ ተራእየን። ጸጉራ ተበታቲኑ ንእንግድዓኣ ሸፊኑ ረኣያኦ። 'ዓይኒ ኣባይ ይድፈነላ' በላ ብልበን። "እዚ ገዛውን ፈትየዮ ከይመስለካ? ኣማራጺ ስኢነ'የ መርሃዊ ወደይ!"

"ከክንድኣ ዝኾና ኣብ ማርቻቬዲ ዝሸቅጣ ኣለዋ እንድየን?"

"ኣይግድሰንን'ዩ ናይ ካልእ። ክትወጽእን ክትኣቱን እንከላ ዝሳቐዮ ዘለኹ ባዕለይ'የ ዝፈልጦ።" ወትሩ'የን ብመኣዛ ዝሰግኣ። ጽብቕቲ ብምኺና ክንዲ ዘሐጉሰን ወትሩ ምስ ኣሻቀለን'ዩ። "ንዓይኒ ጓሓላሉ ጸቢቕ'ዛ ጓለይ" ድማ ይብላ።

"ሎሚ ኮዕሶ ጸወታ ስለዘሎ'የ'ምበር ከይሕሉ ደልየ ኣይኮንኩን። ኣብኡ ብዙሕ ሽጋራ ምሸጥኩ ኣደ።" ምኽኒት ኣምጽአ።

"እንታይ ኮዕሶኡ'ዩ'ዚ? ርእሰን ቃንዛ ጌሩለን ዓይነን ዓሚተን ትም በላ።

"ኤልፓን ዋልያን ኣብ ቺቸሮ ጸወታ ኣለወን። ብዙሕ ህዝቢ ስለዝኣቱ 'ስቴካ ሽጋራ ክውድእ እኽእል'የ።"

"ኣየድልየንን'ዩ። ኣብ ቺቸሮ, ገጽካ ቁሊሕ ከይትብል ኢለካ እንድየ። ዋልያ እቶም ወትሃደራት እንድዮም" ሓተታኦ።

"እወ. ግን ጠበንጃ ሒዞም ኣይኮኑን ናብ ሜዳ ዝኣትዉ" ነዲኡ ክሻጥር ደለየ።

"ዝሓለፈ ወርሒ ድዕምስምስ ኣቢሎም ዝሰደዱኻ ንሳቶም'ዶ ኣይኮኑን? ሕጂ"ኸ እንታይ ክትደግም ደሊኻ? ኣየድልየንን'ዩ ኢለካ ኣለኹ።" ንጹር ውሳነኣን ኣፍለጣኦ።

"ሽዑ ደኣ ዘይተጋገየ ኢየ ናብቲ ናይ ዋልያ ቲፎዞ ዝነበርዎ ኣትየ።"

"ኬድካዮም ዲኻ መጺኡሙኻ ድዮም ተዳዕሚስካ ኢኻ። ናብ ቺቸሮ ገጽካ ቅርብ ከይትብል።

"ናብቲ ናቶም እንተኼድካ ድኣ ሻዕብያ እናበሉ ይሃርሙኻ እወ።"

"ከይትሕሉ ደሊኻ ኢኻ'ምበር ሎሚ ጸወታ ኮዕሶ የለን።" መኣዛ ምኽኒቱ ከሸሓቶ። "ድሓን ኮፍ በል ባዕለይ ክሕልዎ'የ።" በለቶ መኣዛ።

"ትም በሊ መኣዛ ኣነ'የ ዝዛረቦ ዘለኹ። ንስኺ ናብ ማርቻቬዲ ገጽኪ ኣይትወጽን ኢኺ። ሻሂ ድገምዮ ኮፍ ኢሉ ይሸቕጥ"

"በቃ ጸጊበ'የ።" ሓሳቡ ስለዘይሰመረሉ ሓንገደ።

"ወድኣዮ እቲ ቅጫ።" በለቶ መኣዛ ዝቐለወቶ ቡን እናወቐጠት።

“ጸጊበ’የ።”

“በል ጠራንፍ እሞ ሰጥ ኢልካ ውራይ ሸቐጥካ ግበር። እንተሓውየ ባዕለይ ክቐበለካ’የ። ኣወል ቡን እንተሰትየ መርዘን ክትገድፈኒ’ያ።” በልኡ ስምዒቱ ንምፍላጥ ብስያፍ እናጠመታ። መርሃዊ ብዘይ ዝኾነ መልሲ ሸጋራ ወዲ ሸጋራ ዝሓዘት ፓኮ ናብ ቅድሚኡ ቀረባ።

“ኮሚደረን ሸጉርትን’ከ ክተርፍ ድዩ?” ምስርዑ ከም ዝጽግሞ ተረዲእዎ እንተተረፈሉ ሓተተ።

“እንታይ ክተርፍ ደኣ! ንሱ እንድዩ ኣውራ ሰብ ዝደልዮ። መኣዛ ሓፍትኻ ክተብጽሓልካ’ያ።”

“ከመይ ጌረ ክሰርዖ! ኣነ ሰሪዐ ኣይክእሎን’የ።” ሕርቃኑ ገንፈሎ።

“ዘይ ከይተቐስነኒ ደሊኻ ኢኻ። ሰሚዕካኒ መርሃዊ...” ግንባረን ደጊፈን ንካልኢታት ትም በላ። ኣብ መታልሐን ዝስመዐን ተረውታ ክብርትዐን እንከሎ ዓይነን ዓሚተን’የን ካብ ምንቅስቓስ ዝቐጠባ። መርሃዊ ዝብልኡ ክሰምዕ ደው ኢሉ ተጸበየ። “መርሃዊ መርዘን እንተጀሚራትኒ ክዛረብ ከምዘይክእል ትፈልጠኒ ኢኻ። እተን ዝሰርዐን ኣይጠፍኣኻን’የን። ነናይ ሕርካም ኮሚደረ ሓሙሽተ ሓሙሽተ እናገበርካ ስርዓዮ።”

“ሕራይ።” ዘረባ ኣዲኡ ከይፈተወ ተቐበለ። ኣስማሩ ጐረቤቶም ማዕጾ ደፊኣ ብልዳት ተቐልቀለት። “ከመይ ሓዲርክን? ሸጋራ ዝብሉ ይጽበዩ ኣለዉ። ኣደይ ሓረጉ ደኣ ኣይጠዓያን ድየን?” ደቂሰን ስለዝረኣየተን ሓተተት ብልምዲ ኣደ ምባል’ያ እተዘውትር። እምበር ወ/ሮ ሓረጉ ክንድኣ ዝወልዳ ኣይነበራን። ብዕድመ ንመኣዛ ምዕባይ ምዕባያ ትኸውን’ያ።

“መርዘን ሒዛታ።” መስለስት መኣዛ ጀበና ክትፈልሕ እናኣንበድበደት።

“ጀሚራተን’ዶ ኸኣ! ምሕረት የውርደለን በሊ።” ኣስማሩ እንተሓሚመን ድምጺ ከም ዘይፈትዋ ስለትፈልጥ ኣሕኾኹኾኸት። “ሸጋራ ሃቦም መርሃዊ ሓወይ። ይጽበዩ ኢዮም ዘለዉ።” በለት ኣስማሩ።

“ኣንታ ኪድ እንዶ ሃቦም። እንታይ ኢኻ ፈዘዘዝ ትብል። ሸጋራ ይብሉ ኣለዉ ትብለካ ምሽ ኣላ።” መኣዛ ተቐጥዐት።

“ንዓኺ እንድየ ዝጽበ ዘለኹ። እቲ ኮሚደረን ሸጉርትን’ባ ክትሕግዝኒ” ካብ ዝቐሞ ከይተንቀሳቐስ መለሰ።

“ቡን ከይግንፍለኒ ምስ ወረደት ከምጽኣልካ’የ። ኪድ ከርክበካ’የ። ኣስማሩ እዛ ቡን ክትርእይለይ’ሞ ኮሚደረን ሸጉርትን ኣብጺሐሉ ክመጽእ።” በለት መኣዛ።

13 ክፋል

እቶም ኣብ ውሽጢ መዓስከር ቃኘው ዝፍክሩ ዝነበሩ ሓደስቲ ወተሃደራት ኣብ ደገ ወጺኦም ንቁሸት ኣብ ዝወስድ መንገዲ ብዘብዘብ ክዕንድርሉ ጀመሩ። እቲ ‘ምርኢት’ ንህዝቢ ቲራቮሎ ሓድሽ ኣይኮነን። ወትሩ ዝደጋገም ዘሰልቸዎም ፍጻመ’ዩ። “ዘይትመውት መልሓስ ጀመረት ድማ” እናበለ’ዩ ብንዕቀት ዝከታተሎም። መብዛሕትኡ ኣብ ቤቱ እንከሎ’ዩ እቲ ድምጺ ኣብ እዝኑ ዝበጽሕ። ኣንስቲ ወትሃደራት ግን ኣብ ደገ ወጺኦን ክዕልላን ከጣቕዓን ይርኣያ’የን። ሰብኡተን ፈኸራኦም ዝፍጽሙ ኮይኖም’ዮም ዝስምዕወን።

በለጠን ኣለማዮን ኣተኵሮኦም ናብ’ቲ ብሰልፊ እናጨፈረ ዝኸይድ ዝነበረ ሰራዊት ገበሩ። ኣብ ‘ማርቻቬዲ’ ኮይኖም ከም ሰቦም ክዕዘቡ ጀመሩ። ኣቓልቦኦም በቲ ሰልፊ ተሰሪቑ ከይተፈለጦም ኣእጋሮም ናብቶም ወትሃደራት ኣንፈት ሰጐማ። “ሻዕብያ ኣብ ዝሕብእሉ የብሎምን ሕጂ” በለት ብስምዒት ርእሳ ብጸሊም ሻሽ ዝዓመመት ሓንቲ ኣምሓረይቲ ሰበይቲ። በለጠን ኣለማዮን ዘረባኣ ኣገሪምዎም ግልብጥ ኢሎም ጠመትዋ።

“እዛ ሰበይቲ ብስምዒት ዝበለቶ ሰሚዕካዮ’ዶ? ዘይትኣትዎ ኵናት ሰብ ክተረሳስነሉ ጽቡቕ’ዩ። በለ በለጠ።

“ይገርም’ዩ! ‘ኣብ ምብራቕ ዝተጐናጸፍናዮ ዓወት ኣብ ሰሜን ክንደግሞ ኢና፤ ዘመቻ ቀይሕ ኮኾብ ዕላማኡ ክወቅዕ’ዩ፤ ተገንጸልቲ ወንበዴታት ንሓንሳብን ንሓዋሩን ክንድምስሶም ኢና።” በብእዋኑ ጥፍኣት ወንበዴታት

ዝገልጹ ጭርሖታት ኣኽቲልና ተዋጊእና ኢና። እንተኾነ ባህግና ክውን ኣይኮነን። ኣነ ክዘምት እንከለኹ ሓምሳ ሽሕ ሰራዊት ንኤርትራ መጺኡ ነይሩ። ኤርትራ ምስ ረገጽና ወንበዴታት ሓንቲ ለይቲ ዝሓድሩ ኮይኑ ኣይተሰምዓናን። እንተኾነ እቲ ኹሉ ሰራዊት ኣብ ሑጻ ክም ዝተሰትየ ማይ ተሸሚሙ ተሪፉ። ወንበዴታት ክድምስስ ይትረፍ ነዛ ሩሑ'ኳ ክድሕን ኣይከኣለን።

"ከመይ ጌሩ ክድሕን! ኤርትራውያን ኣብ ልዕሌና ዝነበሮም ጽልኢ ክም ዝዓቢ ጥራይ ኢና ጌርና። ልክዕ'ዩ ኣብ '78(1978) ብዙሕ ቦታታት ካብ ተገንጸልቲ ሓራ ክንገብር ክኢልና ኢና። ካብ ኩሉ ጸራሪግና ናቕፉ ምስ ኣብጻሕናዮም ግን ኣይቀጸልናን"

"ናቕፉ ትፈልጣ ዲኻ በለጠ?"

"ኣብ ዘመቻ ቀይሕ ኮኾብ ሓሚመ ኣብ ሕክምና ደቂሰ ስለዝነበርኩ። ኣብቲ ኮናት ብዘይ ምስታፈይ ንናቕፉ ክርእያ ኣይከኣልኩን። እንተኾነ ካብ'ቲ ኮናት ተወጊኦም ዝወጹ ወትሃደራት ኣብ ሕክምና ምስ ኣዕለሉኒ ኣንቀጥቂጠ'የ። ንምኳኑ ናቕፉ ክንሕዛ ንኽእል ዲና?"

"እንድዒ በለጠ። ወንበዴታት ብጉርሒ'ዮም ኣብ ናቕፉ ዓስኪሮም። እታ ከተማ ብኹሉ ሸነኻ ብጐቦታት ዝተኸበበት'ያ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰማይ ጠቀስ ጐቦ ድማ ወንበዴታት ድፋዕ ኣለዎም። ሓንቲ ጐቦ እንተ ኣሕደግካዮም ናብ ካልእ ጐቦ ሰጊሮም ይዋግኡኻ። ብሓጺሩ "ናቕፉ ጐቦታት ዝውለዱላ ከተማ'ያ" ምባላ ይሓይሸ። ናቕፉ። ኣይኮነን ንሕና ፈጣሪ ምስ ወንበዴታት እንተዝገጥም'ውን ንምቁጽጻራ እተጸግሞ'ያ ትመስለኒ።"

"ከምኡ እንተኾይኑ ካብ ናቕፉ እናተበገሱ ሓደ መዓልቲ ክስዕሩና'ዮም። ነቶም ጐቦታት ብኽቢድ ብረት ብጻዕቂ ደብዲብካ'ኽ?"

"ኣየ በለጠ ፈተነታት ተደጋጊሞም'ዮም። ጐቦታት ናቕፉ ክም ሰዶምን ጐመራን ብቦምባ ሓውና ተቓጺሎም'ዮም። እንተኾነ ሰዶምን ጐመራን ከይመስሉ ተስፋን ሂወትን ኮይኖም ንወንበዴታት የዕቁብዎም ኣለዉ። "

"ከምኡ እንተኾይኑ ኮሎኔል መንግስቱ 'ኣቶሚክ ቦምብ' ክምጽእ ኣለዎ። ክም ሂሮሽማን ናጋሳኪን። ጐቦታት ናቕፉ 'ኣቶሚክ ቦምብ' ክዓልቦ ኣለዎ። ሽዑ ወንበዴታት ጥራይ ዘይኮኑ እቶም ጐቦታት'ውን ክምዘየለዉ ምኾኑ።"

"ንሱ እንተንገብር ብዘይ ጥርጥር ምሰዓርናዮም። እንተኾነ 'ኣቶሚክ ቦምብ' ተረካቢ ኣይኮነን። ድሓር ድማ ንውሑዳት ወንበዴታት ክንብል ክንገዝኡ ዓለም እንታይ ክትብለና? ኤርትራ'ኳ ሰለስተ ሚልዮን ህዝቢ'ዩ ዘለዋ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ልዕሊ 40 ሚልዮን በጺሑ ኣሎ። ንሰለስተ ሚልዮን ምስጋር ስኢንና 'ኣቶሚክ ቦምብ' ክነምጽእ ሕፍረት'ዩ።"

"ወንበዴታት ይጥፍኡ'ምበር ናይ ዓለም ዘገድስ ኣይኮነን። ሰራዊት ኢትዮጵያ በዞም ወንበዴታት ጸኒቱ'ዩ። ኣዴታትና ጸሊም ክዳን እናገዝኣ ክሳብ መዓስ ከፋንዋና ክነብራ? እዚ ዝጭፍር ዘሎ ሰራዊት ጽባሕ ኣብ ኮናት ክሃልኾ'ዩ።" ነቲ እኩብ ሰራዊት እናተዓዘበ በለጠ ብስምዒት ተዛረበ።

"ኣነስ እዚ ናይ ኤርትራ ጉዳይ ብሰላም እንተዝፍታሕ ምመረጽኩ።"

"ሰላም ክትብል እንከለኻ በየናይ መንገዲ'ዩ?"

"ዓሰብ እንተዝህቡና ኤርትራ ምገደፍናሎም?"

"ብዓሰብ ይሰማምዑ ድዮም'ሞ! ንሕና''ኽ እንታይ ክንህቦም ንኽእል?"

"ትግራይ ወይ ጐንደር ምሃብና'ዮም" በለ በለጠ። ናይ ልቡ'ዩ ተዛሪቡ። ባጽዕ ከይዱ ቀይሕ ባሕሪ ብዓይኑ ምስ ረኣየ ካብ መጠን ንላዕሊ'ዩ ተደኒቑ። "ዓሳ ጥራይ ዘይኮነ ኢትዮጵያ'ውን ብዘይ ባሕሪ ኣይትነብርን'ያ" ዝብል መርገጺ ድማ ሓዲርዎ።

“ትግራይ ድኣ ወያኔ’ኸ ረሲዕካዮም ዲኻ? እንታይ ኢሎም የፍቅዱ።”

“ኣቦኣም እንተተሰማሚዑ ዋላ ሓንቲ ኣይምበሉን። ዓሰብ ጥራይ ወንበዴታት ክህቡና ፍቓደኛታት ይኹኑ።”

“ኣይመስለንን በለጠ። ዓሰብ ክህቡና ፍቓደኛታት እንተዝኾኑ’ሞ ንልዕሊ ርብዒ ዘመን ኣይምተዋጋኡን። ዝገብሩ ኣይኮኑን በለጠ” ጭፈራ ናይቶም ወትሃደራት እናረሓቐ ኣብ መጨረሻ ካብ እዝኖም ጠፍኣ።

“ንትራክ ‘ሲ’ ከይዶም ክኾኑ ኣለዎም።” እቶም ወትሃደራት ንቐሽት ዝወስድ ጸሊም ጽርግያ ሒዞም ስለዝነበሩ ኣለማዮ ግምቱ ገለጸ።

“እንታይ ፈሊጡ! ጽርግያ ጽርግያ ሒዞምሲ ከይዶም ኣለዉ።” በለ በለጠ። ምስ ምኻድ እቶም ወትሃደራት ኣብ ጽርግያ ወጺኡ ዝዕዘብ ዝነበረ ደጋፊ ኢትዮጵያዊ ህዝቢ ሓደ ብሓደ ጸረረ። ኣፍደገ ቃኘው ንግዜኡ ጸጥታ ሰፈና።

መርሃዊ ሸቐጡ ተሰኪሙ ምስ ወጸ ኣቓልቦኡ ናብቶም ወትሃደራት’ዩ ገሩ። ስርሑ ክንዲ ዝገብር ድማ ሸቐጡ ከይከፈተ ክሪኦም ዕንድ በለ። ኣብ ደገ ምስ ወጸ እቶም ሽጋራ ኢሎም ዝሓተቱ ወትሃደራት’ውን ኣይመጽዎን። ኩሉ ናብኣቶም ስለዘድሃበ ጉዳዩ ረሲዑ ነበረ።

መርሃዊ ጸጥታ ምስ ሰፈነ ባኮኡ ከፊቱ ሸቐጡ ክርኢ ኣወጻጽኦ። እታ ባኮ ተንቀሳቓሲት ድኳን ናይ ሰድያ’ያ። ሳላኣን ሳላ ንሱን ሓዉን ሸቐጥ ዝለመዱ። እታ ስድራ መነባብሮኣ ክትመርሕ ክኢላ’ያ።

“ኣንታ ቆልዓ መጺእካ ዲኻ?” በለጠ ክሳዱ ናብ መርሃዊ ብምጥምዛዝ ኣድመጸ። ሽጋራ ከም ዝተወለፈ ሸዑ ትዝ በሎ። “እታ ሰበይቲ የላን ድያ?” ካብ ጅባኡ ገንዘብ ኣውጺኡ ሓተቶ።

“ኣላ’ምበር” መርሃዊ ኣሕጺሩ መለሰሉ። ሽጋራ ክሸጠሉ’ምበር ዝሓተቶ ክምልሰሉ ባህ ኣይበሎን።

“ባኮ ሮዝማን ሃበኒ።” ገንዘብ ንዝጨበጠ ኢዱ ወስ እናበለ ተዛረቦ። “ኣንታ ‘ጨጨ’ ንስኻ ኢኻ ሽጋራ እናበልካ ክተጸብየና ዝጸናሕካ።” በለጠ ንመርሃዊ ስለዘለለዮ ብፍሕሸው ገጽ ተዛረበ። “ከባቢ ኒያላ ገዲፍካ ኣብዚ መጺእኻ?”

“ኖኖእ ሎሚ’የ።” ባኮ ሮዝማን እናቐበለ መለሰሉ።

“ኣበይ ድዩ ገዛኻ?”

“ኣብ’ቲ” ዝነብርካሉ ቪላ ብኢዱ ኣመልከተሉ።

“እታ ኣብዚ ትሸይጥ ሰበይቲ ኣዴኻ ድያ?” ከም ግርህ ኢሉ ሓተቶ። እታ ባኮ ንሳ ምኳና ኣለልይዋ ነበረ።

“እወ።” መለሰሉ። ኣለማዮ ንመርሃዊ ኣተኵሩ ክጥምቶ ጀመረ። ኣጠማምታኡ ብብሩሽ ዝስእሎ ዘሎ’ዩ ዝመስል ነይሩ።

“እዚ ህጻን ኣለሊኻዮ ኣለኻ?” ኣለማዮ ክጥምቶ ስለዘስተውዓለሉ ኣዘኻኽሮ በለጠ። ኣለማዮ ርእሱ ብኣሉታ ነቕነቐ።

“ክርቢት ሃበኒ።” በለጠ ብመልሲ ኣለማዮ ከይተገደሰ ሽጋራ ክውልዕ ክርቢት ሓተተ። “ትመሃር ዲኻ?” ሽጋራ ወሊዑ ትኪ እናስሓበ ሓተቶ።

“እወ።” ሕጂ’ውን ብሓጺር መልሲ። ሸቐጥ ኮይኑዎ’ዩ’ምበር ወትሃደራት ከዕልልዎ ኣይፈቱን’ዩ። ንቐጽናኡ ኣብ ዝኾነ እዋን ግንፍል ይብሎ’ዩ።

“ኣበይ ትመሃር?”

“ፈለግ ህይወት” ሽጋራ ንዝደለዩ ካልኦት ወትሃደራት ክሰምዕ ጀመረ። እቶም ዝጭፍሩ ዝነበሩ ወትሃደራት ሰልፎም ወዲኦም ንቓኘው ይምለሱ ስለዝነበሩ። እቲ ጐደና እንደገና ብሰብ ኣዕለቕለቐ። ዳርጋ ዝበዝሑ ሽጋራ ደልዮም ናብ መርሃዊ ዕጉግ በሎ።

“ካበይ ኢኹም መጺኹም?” ኣለማዮ ኣዒንቱ ካብ መርሃዊ ብምልዓል ንሓደ ሽጋራ ክገዝእ ዝጽበ ዝነበረ ሓድሽ ወትሃደር ሓተቶ።

“ካብ መሰልጠኒ ወትሃደራት ሃረር” መለሰሉ።

“ኣስመራ ትፈልጣ ዲኻ”

“ንፈለማ እዋን ሕጂ’የ ዝረግጻ ዘለኹ።”

“ከመይ’ሞ ትገልጻ?”

“ክሳብ ሕጂ ብዙሕ ዝረኣኽዎ ቦታታት የለን። ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ምስ ወረድና ብቐጥታ ናብዚ’ዮም ኣምጺኦምና። ኣብ ጐደናታት ዝረኣኽዎ ስየ ደስ ዝብል’ዩ። እዚ መዓስከር ግን ኣይፈተኽዎን። ብዙሓት ኢትዮጵያውያን ንኣስመራ ብጽሬታ ክዛረቡላ ሰሚዐ ኣለኹ። ኣብዚ መዓስከር ግን ጽሬት የለን። ሓደ ነገር ድማ ዘይተጸበናዮ ጸኒሑና። ኤርትራ ናይ ኵናት ዞባ ስለዝኾነት ኣብ ኣኣምሮይ ካልእ ስእሊ’ዩ ነይሩ። ቀትሪ ይኹን ለይቲ ድምጺ ብረት ክሰምዕ ተጸብየ። ኣስመራ ኣቲና ምስ ተባህለ ግን ሰለማዊት ከተማ ኮይና ረኺበያ። ዝረኽበና ህዝቢ ብጽቡቐ ተቐቢሉና። ክንጭፍር እንከለና ዝዕልላ ኣንስቲ ምስ ረኣኹ ኣዝየ ተገሪመ። ህዝቢ ኤርትራ ምስ ወንበዴታት ዝወገን’ዩ መሲሉና ኔይሩ። በለ እተን ኣምሓሩ እንተዓለላ ኤርትራውያን መሲልዎ።

“ብዛዕባ ኣየኖት ኣንስቲ ኢኻ ትዛረብ ዘለኻ? ኣብ ቃኘውን ኣብዚ ዝረኣኻየን ዲኻ?”

“እወ። ገለ ገለ ኢትዮጵያውያን ወላ ህዝቢ ኤርትራ ወንበዴ’ዩ ዝመስሎም። ኣነ’ውን ኣስመራ ቅድሚ ምርጋጸይ ከምኡ ሓሳብ ኔሩኒ። እንተኾነ ጌጋ ምኻኑ ብዓይነይ ኣረጋጊጸ።” ብዘይ ምጥርጣር ተዛረበ።

“ጐበዝ ተስተውዕል ኢኻ” በሎ ኣለማዮ ተስፋ ከቐርጾ ስለዘይደለየ። ብልቡ ግን “ዓሻ ኣብ ኣስመራ ክንደይ ኢትዮጵያውያን ከም ዘለዉ ኣይትፈልጥን።” ይብሎ ከምዝነበረ ርጉጽ’ዩ።

“ኣስመራ ብጽሬታ ዘድንቐዋ ናይ ብሓቆም ድዮም?” ኣብ ውሽጢ ቃኘው ዝረኣዮ ርስሓት። ዝመረተ ዝተቓጸለ ሓጻውን ስለዘጠራጠሮ ሓተተ።

“እወ ኣስመራ ጽርይቲ ከተማ’ያ። ብጽሬታ ዝወዳደራ የብላን። ጥልያን ‘ስኮንዳ ሮማ’ ኢሎም’ዮም ዝጽውዕዋ።

“ካብ መዓርፎ ነፈርቲ ክሳብ ኣብዚ ንኣቱ ጽሩይ። እዚ ቦታ ግን ጽሬት የብሉን።”

“ሓቅኻ ኢኻ ሕጂ ተባላሸዩ ኣሎ። ወትሃደር ዝኣትዎ ቦታ ጸርዩ ኣይጸርን’ዩ።” በሎ ኣለማዮ በተሓሕዛ’ቲ መዓስከር እናተሰከፈ።

“ናቕፋ ኣበይ’ያ ትርከብ? ካብ’ዚ ንናቕፋ ቀረባ ድዩ?” ሓተተ። ዝኾነ ወትሃደር ኤርትራ እንተረጊጹ ናቕፋ ኢሉ’ዩ ዝሓትት። ናቕፋ ምስሊ ገሃነብ እሳት’ዩ ዘለዋ ኣብ ወትሃደራት ደርግ። ንብዙሓት ኢትዮጵያውያን ወረርቲ ዘህለቐት ብምኻና ስማ ጥራይ የባህርሮም ነበረ።

“ኣነ ንናቕፋ ኣይፈልጣን’የ። ነዚ ሕተቶ።” ብዛዕባ ናቕፋ ክዛረብ ስለዘይደለየ ንበለጠ ኣመልከተሉ። በለጠ’ውን ይሰምዖ ስለዝነበረ ክዛረብ ጐረሮኡ ጸራረገ።

“ቀረባ ኣይኮነን። ናቕፋ ኣዝዩ ርሑቕ ቦታ’ዩ። ናብኡ ንምብጻሕ ብማኪና ሓሙሽተ መዓልቲ ይወስድ።” በሎ። ቀረባ’ዩ እንተበሎ ብራዕዲ ኣብታ ለይቲ በሪሩ ከይስወር ኣሰኪፍዎ ነበረ።

“ናቕፋ ካብ ወንበዴታት ንስኹም ኢኹም ናጻ ተውጽእዋ ተባሂልና ኢና መጺእና። ብኡኡ’የ ሓቲተኩም። ንኽእል ዲና?” በለጠ ብስንባደ ዓይኑ ኣፍጢጡ ጠመቶ። ገርሂ ልቢ ናይቲ ወትሃደር ከየገረሞ ኣይተረፈን። “ናቕፋ ዓመታት ዘረብረበትና ከተማስ ብኣኹም ናጻ ክትወጽእ!” ክብሎ ሓሲቡ ነይሩ። ኣመዛዚኑ ግን ገዲፍዎ። ወትሃደር ኣብ ፋልማይ እግሩ ውጽኣት ክሓምም ኣይደልዮን። “ብዘይጥርጥር ናጻ ክትውጽእዋ ኢኹም።” ነቶም ከምኡ ኢሎም

ዘፋነውዎም ሓለፍቲ ኣናረገመ መለሰሉ። ወትሃደር ብሓበን ኣኽመስመሰ። ናቕፋ ሓራ ኣውጺኡ ጅግና ተባሂሉ ብኮሎኔል መንግስቱ 'የጀብዱ መዳልያ' መዓርግ ከውሃቦ ዝሓልም ዝነበረ ይመስል።

"ኒያላ ሃበኒ" ወትሃደር ሽጋራ ናብ ምግዛእ ኣተወ። ተጨንቆ ዝነበረት ናቕፋ ኣዕጋቢ መልሲ ረኺቡላ'ዩ። ኤርትራ'ውን ብዘርዕድ ድምጺ ጥይት ክትቅበሎ'ዩ ተጸብይዋ። እንተኾነ ከም ዝፈርሑ ኣይጸንሓቶን። ናቕፋ ናጻ ከም ዘውጽእዋ መረጋገጺ ስለዝረኸበ ሞራል ተሰሚዕዎ ሽጋራኡ እናትከኸ ንቓኘው ኣተወ።

"ርኢኻዮ ዋላ ሓንቲ ኣይፈልጥን'ዩ። ብሓቂ ካብ ናይ ደርግ ወትሃደር ኤርትራዊት በጊዕ ትሓይሽ። ናቕፋ ኣሸሓት ወትሃደራት ዘህለቐት ቦታስ ኣቕሊሉ ይርእዮ።" ኣለማዮ ብሕርቃን ተቓጸለ። "ሓደ ናይ ስዕረትና ምልክት እዚ'ዩ። ብሓሶት ኣታሊሎም ይሰዱና። ኣብዚ ምስ መጻእና ምስቲ ክውንነት ምግጣም ንስእን። ሰራዊት ኢትዮጵያ ክሳብ መዓስ'ዩ ብሓሶት እናተጠበረ ናብ ኤርትራ ክዘምት። እቲ ሓቂ ዘይንገሮ። ወንበዴታት ማዕረ ክንደይ ሓያላትን ተባዓትን ምኺኖም ፈሊጥና እንተንመጽእ ኣእምሮና ብኽምኡ መዳለናዮ። "ውሑዳትዮም። መእሰሪ ገመድ ተማልኡ" እናተባሃልና መጺእና። ድሓር ቁጽሪ ወንበዴታትን ንኡናት ዘለዎም ድፍረትን ዕላማን ምስ ረኣና ሓንቲ ጥይት ከይተኮስና ሓሞትና ይፈስስ" ብሕርቃን ጸጋማይ ኢዱ ጸግ ኣበለ።

"ዝግበር የለን ኣለማዮ። ሓሶትን ምትላልን ቤት ጽሕፈተን ኣብ ኢትዮጵያ'ዩ። ንሕና'ውን ኣይነመዛዝንን ኢና። ከም ዕትሮ ዝተዋህበና ንኾበል ኣባላት ኢና። ብዛዕባ ወንበዴታት ክንፈልጥ ጻዕሪ ኣየካየድናን። ዋላ ጸላእትና ይኹኑ ክንፈልጦም ይግባኣና ነይሩ። መንግስትና ዓያሹ ስለ ዝረኣየና የታልለና ኣሎ። በጊዕ እንተድኣ ኴንካ ኣብ ቅድሜኻ ኮይኖም ካራ ክስሕሉ ግድን'ዩ።" በለ በለጠ።

"ኣይተጋገኻን። ወትሃደር ደርግ ብነብሱ ድኹም'ዩ። ወንበዴታት ሬድዮ ከምዘለዎም ኣብዚ ቀረባ እዋን'የ ፈሊጠ። ክንዲ መንግስቲ ዝኣኽሉ 'ወንበዴታት' እናበልና ክንጽውዖም'ውን የገርመኒ'ዩ። መንግስትና ንስልጣኑ ክብል እናታለለ ኣብ ሓዊ ይጠብሰና ኣሎ።" በለ ኣለማዮ ኣብ ልዕሊ መንግስቱ ዝነበሮ ጽልኢ ኣብ ገጹ እናተነበ።

"ኣታ ቆልዓ ማልስ ሃበኒ ክኸይድ?" መርሃዊ ሰብ በዚሕዎ ሸበድበድ ክብል ማልስ ምርስዑ ኣይተፈለጦን።

"ኣይሃብኩኻን ሓቀይ!" ሰንበደ። ኣዒንቱ ናብቲ ኣቕራሽ ዘቐምጠሉ ወሰን ናይ ባኮ ሰደደ።

"ኣይሃብካንን ጩጨ" በለጠ ህድእ ኢሉ ሓበሮ።

"ሕራይ ክህበካ'የ። ዓሰርተ ብር እንዲኻ ሂብካኒ"

"መርሃዊ እታ መርሃዊ። ኣደይ ከበደሽ ናይ ሓምሳ ሳንቲም ሽጉርቲ ኢለናኻ?" ሓንቲ ህጻን ጣልቃ ብምእታው ሳንቲም ወስ ኣበለትሉ። መርሃዊ መኣዛ ስለ ዝደንጐየቶ ብሕርቃን ኣዒንቱ ናብ ገዝኡም ኣቋመተ።

"ባንቺ ገዛ ኬድኪ'ባ ሽጉርትን ኮሚደረን ደንጉኽናኒ በልየን። ምስ መጸ ቀልጢፈ ምእንቲ ክህበኪ ጉየዩ።" በላ ንበለጠ ማልስ እናቀረበሉ። ባንቺ እናጐየየት ከደት። ኣለማዮ እንደገና ንመርሃዊ ቀው ኢሉ ክጥምቶ ጀመረ።

"እቲ ማልስ ክትወስዶ እንተደሊኻ ውሰዶ።" በለ በለጠ ብፍሽኽታ። ዋዛ ከም ዝኾነ ኣብ ገጹ ይፍለጥ ነበረ።

"ክሰርቐ ኣይኮንኩን ስለ ዝረሳዕክዎ'የ።" መርሃዊ ብስክፍታ ተዛረበ።

"ሓቀ'የ ውሰዶ። ካልእ እዋን ሽጋራ ብጥርሑ ትህበኒ።"

"ኖኖእ!" ዘይገንዘቡ ክወስድ ዘይደለየ መርሃዊ ብስምዒት ገንዘብ ዝሓዘ ኢዱ ኣወጣወጠ። "ኢሂ ባንቺ እንታይ ኢለናኺ?" ዝለኣኻ ቆልዓ ክትመጽእ ስለዝረኣያ ምስ ቀረበቶ ሓተታ።

"ትመጽእ ኣላ።" ባንቺ ሓበረቶ።

"እንካ'ባ ማልስካ ተቐለኒ!" በለጠ እናሰሓቐ ማልሱ ተቐበለ።

ኣስማሩ ጐረቤተን ንወ/ሮ ሓረጉ ሽጕርትን ኮሚደረን ዝሓዘ ሳንጣ ኣብ ኢዳ ኣንጠልጢላ ናብ መርሃዊ መጸት። በለጠን ኣለማየን ንቓኘው ክኣትዉ ተበገሱ።

“ባዕለን ዘየምጽእኦ ዝነበራ?” ኣስማሩ ተላኢኻ ምምጻእ ኣሰኪፍዎ መርሃዊ ተዛረበ።

“ወ/ሮ ሓረጉ ዋዕ ዋዕ ምስ ሰምዓ ንዓይ ሊኢኽናኒ። መኣዛ ደገ ወጺኣ ክትርእ ኣይደለያን።” ብምባል ገዲፋትሉ ንቤታ ተመልሰት።

“ነዚ ሽጋራ ዝሸጠልካ ቆልዓ ብምስትውዓል ጠሚትካዮ’ዶ?” ኣብ ኣፍደገ መእተዊ ማዕጾ ምስ በጽሑ ኣለማየ ደው ኢሉ ንበለጠ ሓተቶ። መልክዑ ኣብ ኣእምሮኡ ኣትዩ የናውጾ ነበረ።

“ኣይፈለጥካዮን ዲኻ? ሓደ መዓልቲ ኣብ ኒያላ ሻሂ እንዳሰተና ከም ዝፈልጠኒ ዝሓበረኒ ቆልዓ እንድዩ። ንስኻ’ኳ ‘ኣቦኻ የለን ድዩ ሽጋራ ትሸይጥ?” ኢልካ ሓቲትካዮ። ኣይትዝክርን?” ዓይኒ ዓይኑ ጠመቶ።

“ብካልእ’የ ዝሓተካ ዘለኹ። እቲ መዓልቲ እዝክሮ’የ። ነዚ ቆልዓ ግን ኣየለለኽዎን። ሕጂ ግን ቀው ኢለ ጠሚተዮስ ብኡነት ምስሉ ገሪሙኒ። ምስ ሓንቲ ዝፈልጣ ሰብ ፍልልይ ኣይረኽብኩሉን። ንስኻ ብወገንካ ምስ እትፈልጦም ሰባት ኣይተመሳሰለካን?”

“እንድዒ!” ምስ መን ከም ዘምሳስሎ ሕርብት በሎ። “ኣተኩረ ኣይጠመትክዎን። ማለተይ ‘ነዚ ይመስል’ ኢለ ኣይሓሰብኩን። ንመን ይመስል? ኣለማየ ሓተቶ። “ንኣልማዝ’ኳ ዝመስል ኣይኮነን።”

“ብሓቂ ተስተውዕል እንተድኣ ኴንካ እዚ ቆልዓ ብቐረባ ንሓንቲ ሰብ ይመስል’ዩ።”

“ንመን? እስከ ንገረኒ” በለጠ ተሃወኸ። ኣእምሮኡ’ውን ዝፈልጦም ሰባት ይፍትሸ ነበረ። መኣዛ ኣብ ዝኽሩ መጸት።

“ኪድ’ሞ እንደገና ጠምቶ ክትዝክር ኢኻ።” በለጠ ብቐልጡፍ ናብ መርሃዊ ተመልሰ።

“ኣታ ቆልዓ ክርቢት ሃበኒ።” በሎ ሮዝማን ሽጋራ ኣብ ከንፈሩ ቀርቂሩ። ንእግረ መንገዱ ሽጋራ እናትከኸ ክዕዘቦ’ዩ ደልይዩ። መርሃዊ ክርቢት ኣቐበሎ። “ትምህርቲ የለን ድዩ ንግሆ ምድሪ ትሸቅጥ?” መእተዊ ገበረ። ኣሚንቱ ኣብ ገጹ ተኺሉ’ዩ ሓቲትዎ።

“ዕረፍቲ ኢና ዘለና።” መለሰሉ። ንሱ’ውን ንበለጠ ይጥምቶ ነበረ። ብልቡ ድማ “ኣምሓራይ ዘይመስል” ይብል ነበረ።

“ናይ ምንታይ ዕረፍቲ.. ትምህርቲ ተዓጽዩ ድዩ?” ትኪ ሽጋራ ንሰማይ እናብነነ ሕቶኡ ቀጸለ። ኣሚንቱ ካብ ገጹ ኣይነቐለንን።

“ኣይተዓጸወን፤ ፈተና ስለዝወዳእና ንሓደ ሰሙን ዕረፍቲ ተዋሂቡና።”

“ኣዬኻ ምሽቃጥ ገዲፈንኡ ድዮን?” ምስ መኣዛ ምምስሳል ከም ዘለዎ ስለ ዘረጋገጸ ናብ ኣዲኡ ሰገረ። ብሜላ ናብኣ ክበጽሕ’ዩ ደልዩ።

“ኣይገደፈቶን። ዕረፍቲ ስለዘለኹ ክሕግዛ ደልየ’ምበር።” መርሃዊ ብጕርሒ መለሰሉ።

“ንስኻን ኣዬኻን ጥራይ ዲኹም ትሸቕጡ? ካልኦት ኣሕዋትከ የብልካን ዲኻ?” ሕቶኡ እናዕሞቐ ከደ። መርሃዊ ብጥርጠራ ጠመቶ። ካብ ባዶ ተበጊሱ ዋሕዚ ሕቶታት ከቕርበሉ ኣይተዋሕጠሉን። ብዛዕባ ስድራቤቱ ብፍላይ ብዛዕባ መኣዛ ክዛረብ ኣይደልን’ዩ። ኣዲኡ ኣብ ልዕሊ መኣዛ ዘለወን ጥንቃቐ ንዕኡ’ውን ጐራሕ ክኸውን ኣኽኢልዎ’ዩ። ብዛዕባ መኣዛ ብጩቐ ምባል ኣሕሊፍካ ምሃባ ኮይኑ’ዩ ዝስምዖ።

“ሓደ ሓዊ’ዩ ዘለኒ። .. ንሱ ድማ ስራሕ ከይዱ ኣሎ።” ሸቐጥ ክብል ስለዘይደለየ’ዩ “ስራሕ” ኢሉ መሊሱሉ።

“ንስኻን ሓውኻን ኣዴኻን ጥራይ ኢኹም?” ‘እንታይ’ዩ ክፈልጥ ደልዩ?’ ኢሉ ብምሕሳብ ገንዘብ ዝፈቅድ ኣምሲሉ ትም በለ። እታ ሕቶ ኣዝያ ከቢዳቶ ነበረት። ‘ኣቦይ ኣብዚ ዓዲ የለን።’ ዝበሎም ወትሃደራት ‘ወንበዴ ድዩ? ኢሎም ዝሓተትዎ እዋን ስለዘሎ። ንኣቦኡ ኣበይ ከም ዘቐምጦም ሕርብት ኢልዎ ነበረ።

“እወ፤ ኣቦይ ድማ ኣብ ዓዲ ኣሎ። ኣብኡ ኮይኑ ሕርሻ ይከታተል።” መለሰሉ። ምምላስ ቅጭ ኣምጺኡሉ’ኳ እንተነበረ ትም ክብል ግን ኣይደፈረን።

“ሕራይ ጩጨ!” ዝተወድአት ሽጋራ ብእግሩ ረጊጹ ናብ ኣለማዮ ተበገሰ። ምስሊ መኣዛን መርሃዊን ተመሳሳሊ ምኽኑ ኣገሪምዎ።

“ኣለማዮ ጽቡቕ ኣስተውዒሉ ኣሎ። እዚ ቆልዓ ምስ መኣዛ ይመሳሰል’ዩ። ዘመዳ ክኸውን ይኽእል’ዩ። ምስሊ’ውን ኣብ ዕዳጋ ዝሰኣን ኣይኮነን።” እናበለ ንኣለማዮ ተጻንበሮ።

“መልክዑ ከም ስእሊ ኣብ ኣእምሮይ ኮፍ ኣቢለዮ መጺአ ኣለኹ። ንስኻ ድማ ንመን ከም ዝመስል ርእይቶኻ ግለጸለይ።” መደምደምታ ከይሃበ ኣቐዲሙ ትዕዝብቲ ኣለማዮ ክሰምዕ ደለየ።

“ቅድሚ ኣነ ምግላጸይ እስከ ንስኻ ተዛረብ። ናትካ ትዕዝብቲ’ውን ክፈልጥ ደልየ ኣለኹ።” በሎ ኣለማዮ።

“ኣነ ንስኻ ስለ ዘበገስካለይ ኢኻ’ምበር ኣብ ሓንጎለይ ዝኾነ ነገር ኣይነበረን። ስለዚ ኣቐዲምካ ንስኻ ተዛረብ።
”

“እዚ ቆልዓ ቁርጽ ኢሉ ንመኣዛ’ዩ ዝመስል። ብወገነይ ፍልልይ የብሎምን ክብል እደፍር። ዓይኑ። ኣፍንጫኡ። ሸልሕ ዝበለ ገጹ... ልክዕ ንመኣዛ’ዩ በቃ! ምስ ረኣኽዎ ልበይ ከመይ ኣንቀጥቂጣ መስለካ። ንስኻ'ኽ ተመሳሳልነቶም ኣይተራእየካን?”

“ኣነ’ውን ካብዚ ንስኻ ትብሎ ዘለኻ ኣይወጻእኩን። ንመኣዛ ጽቡቕ ጌር ጠሚተያ’ኳ እንተዘይበልኩ ተመሳሳልነቶም ግን ኣየደናገረንን። ኣዝማድ ክኾኑ ይኽእሉ’ዮም። ኣብ መልክዕ ተመሳሳልነት’ውን የጋጥም ኢዩ።”

“ማዕረ ክንድዚ?! ኣነ ብወገነይ ሓዋ ወይ ቀረባ ዘመዳ ክኸውን ኣለዎ’የ ዝብል። ኣብ’ዘን ክልተ ጥርጣረታት ወዲቕ ኣለኹ።” በለ ብርእሰ ምትእምማን።

“ሓዋ ከም ዘይኮነ ኣረጋጊጸ ኣለኹ።”

“ከመይ ጌርካ?”

“ነቲ ቆልዓ ሓቲተዮ ሓደ ሓዊ ጥራይ ከምዘለዎ ሓቢሩኒ። ኣነ ግን ምስትውዓልካ’ዩ ገሪሙኒ። ኣእምሮኻ ብዛዕባ መኣዛ ጥራይ ድዩ ክሓስብ ዝውዕል ዘሎ? ምስላ ኣብ ገለ ክፋል ሓንጎልካ ተሰሚሩ ከይከውን የጠራጥር’ዩ።

“ኣበይ'ዶ እድቅስ ኣለኹ’የ። ከም ጋኒን ለይቲ ለይቲ ተባህርረኒ ዘላ ኣይ ንሳ እንድያ። ምልካ ኣረጋጊጻ ተቐጻጺራትኒ ኣላ። ጸሃይነሽ ኣደይ እንተትርእየንስ እምበር ጸበል ቅዱስ ጊዮርጊስ ምነጸገትለይ! ቅዱስ ጊዮርጊስ እተምልኾ መልኣኽ’ዩ። እናነብዐት “ቅዱስ ጊዮርጊስ ይሓልኻ!” ኢላ’ያ ኣፋንያትኒ። ዘመዱ ከይትኸውንከ ኣይሓተትካዮን።”

“ሕቶይ ቅጭ የምጽኣሉ ስለዝነበረ ኩሉ ክሓቶ ኣይከኣልኩን። ገዝኣ ፈሊጥናዮ ስለዘለና ንምርካባ ጸገም የብልናን። ትዕግስቲ ምግባር ድማ ኣድላዩ ኢዩ። ፍቕሪ ብታህዋኽ ዝኸውን ኣይኮነን።”

“ካብ ንገዝኣ ንትምህርታ እንተንኸይድ ኣይምሓሸን በለጠ?” ብዛዕባ መኣዛ ዘረባ እንተተላዒሉ ኣለማዮ ሕጉስ’ዩ ዝብል። ብዝኾነ መንገዲ ድማ ክቋረጽ ድሌት የብሉን። ጸሓይ በሪቓ ትዕረብ “መኣዛ” እናበለ ክዛረብ ዘድክሞ ኣይኮነን።

“ኣብ ትምህርቲ ምምልላስ ክንደይ ትፈትዎ ኢኻ? ኣብ ማእከል ተማሃሮ ቁሩብ ስክፍታ ኣይስምዓካን?”

“ከመይ ጌርካ ከምኡ ትብለኒ?! ኣፍቂረ ከምዘለኹ ኣይርድኣካን ድዩ? ንመኣዛ እምበር ንኻልኦት ተማሃሮ ዝርኢ ኣዒንቲ የብለይን። ዘፍቀረ ሰብ ተማሃሮ ይሃልዉ ኣይሃልዉ ኣብ ኣእምሮኡ ዝፈጥርዎ ስክፍታ የለን። ካብ ናታቶም ስክፍታ ንላዕሊ ነታ ዘፍቅራ ክርኢ ዘለኒ ህንጡይነት ይዓዝዘ። ፍቕሪ እናፈለጥካ ናይ ቆልዓ ዘረባ ትዛረብ?” ተቐጢዑ ዓው ዓው በለ።

‘ህድእ በል። ጸርጸር ሕማም እምበር ፍቕሪ ኣየፈልፍልን’ዩ። ሰሚዕካ። ፍቕሪ ኣብ ጸሓይ እንተወጺኡ ከም ልኻይ ይመክኽ ምኺኑ ፍለጥ። ኣብ ካልእ ክንረኽባ እናኸኣልና ኣብ ትዕዝብቲ ተማሃሮ ዘውድቕ እንታይ ኣለና?” ክምልሰሉ ተጸበየ። ኣለማዮ ከም ዘይተቐበሎ ብዘይ ድምጺ ገጹ ብምጥዋይ ገለጸ። “ዋላ ኣፍቅር እምበር ክብርኻ ክትሕሉ ወታሃደራዊ ግዴታ ኣለካ። ሕሹኽታ’ዩ መተሓላለፊ መልእኽቲ ፍቕሪ። ፍቕሪ ከም ዕዳጋ ሰብ ኣብ ዝበዝሑን ጽቕጥቅጥን ዝርከብ ኣይኮነን። ምስጢርን ብሕትውናን ይደሊ። ኣብ ትምህርታ ብዘይካ ምግዳድ ካልእ ክትብላ ኣይረኣናካን።” በለጠ ብስምዒት መለሰሉ።

“ኣብ ገዝኣ ኬድናኽ ኣብ ቅድሚ ስድራቤታ እንታይ ክንብል ንኽእል? ካብ ኣብ ትምህርታ ንገዝኣ ምኻድ ይሓይሸ። ኣነ ግን ዝገደደ ኮይኑ’ዩ ዝስመዓኒ።” ደቀቕቲ ኣዒንቱ ኣውራሕሪሑ ኣስተንፈሰ።

“ኣለማዮ ኣይትንሃር’ንዶ! ኣብ ቅድሚ ስድራ ቤታ ክንዛረብ ከብድና ዝረግጸና ኣካል የለን። ኣብ ኣፍደገ ኴንና ክንጽውዓ ንኽእል ኢና። ካብ ቅርዓት ቤታ’ውን ዘይንርሕቀሉ ምኽንያት የብልናን። ኩሉ ነገር ከም መሕለፊ ዘይብሉ መንደቅ ጌርካ ኣይትሕሰቦ። ንዝበላሓት ዋላ መንደቕ’ውን መሕለፊ ቀዳድ ኣለዎ።”

“እንተዘይመጸትከ? ባህራ ዘይፈለጥካዮ እንተድኣ ኴንካ ሕተተኒ ክነግረካ። ኮነ ኢላ’ያ ተታልለኒ ዘላ።” ብተስፋ ምቑራጽ ተዛረቦ። ክሓርቕ እንከሎ ናብ ሰይጣን ከም እተቐየረ ዘፍርሕ መልክዕ’ዩ ዝሕዝ። ሸው’ውን ኮርዳድ ጸጉሩ ከም ኣስፓስላ ደው ዝብል መሰለ።

“እንተዘይመጺኣ ንምለስ። እታ መዓልቲ ናይ መጨረሻ ኣይኮነትን። ክይተሓለልና ነታ ናይ ዓወት መዓልቲ ንጽበያ። ተስፋ ክትቆርጽን ክትደክምን የብልካን። ንናቕፋ እናሓሰብካ ንመኣዛ ተጸበያ። ኤርትራ ሰባን መሬታን ብቐሊሉ ዝርከብ ኣይኮነን።”

“ትጻወት ኣለኻ። ንናቕፋ እናሓሰብኩ ክጽበያ?! ናቕፋ ክንረክብ እንተኼንና ንመቓብራ እንተተመኒና ጥራይ’ዩ። ኣነ ኣብ ፍቕሪ ዕድለኛ ኣይኮንኩን። ንስኻ ከም ቃንጥሻ ኣብ ሓደ ለይቲ’ዩ ኣብ ልብኻ በቕሉ ዝሓድር። ክሳብ መዓስ ክደክም ትደልየኒ ኣለኻ? ወተሃደር ምኺነይ’ባ ኣይትረስዕ። ‘ግዳጅ’ ተባሂለ ካብ ኣስመራ ክወጽእ እኽእል’የ። ኣነ ንግዚይ እናረኣኹ’የ ናብ ፍቕሪ ዝጐዩ። ከምቶም ቅሱናት ፍቅሪ ባዕሉ ክመጾም ዝጽበዩ ኣይኮንኩን።

“እዚ ትብሎ ዘለካ ጌጋ’ዩ። ፍቕሪ ብጊዜ ዘይኮነ ንጓል ብናይ ምእማን ዓቕምኻ ክትጥምቶ ኣለካ። ወተሃደር ምኺንካ ረሲዕካ ብንጹህ ልቢ ክተፍቅር ፈትን። ፍቕሪ ከም ኩናት ናይ ዜሮ ሰዓት የብሉን። ወተሃደር ስለዝኼንካ ብትእዛዝ ጥራይ ኣይትሕሰብ። ወተሃደራዊ ትእዛዝ ስለዝለመድና ንፍቕሪ’ውን ክንቅይዶ ምድላይና’ዩ እቲ ጸገም። መኣዛ ካብ መጠን ንላዕሊ ከም እትፈርሓካ ካብ ገጻ ኣንቢበ ኣለኹ። ክሳብ ዝፈርሓትካ እዋን ድማ ከተፍቅረካ ኣይትጸበ። መጀመርያ ከተለማምዳን ከም ሰብ ሓሲባ ክትቀርበካን ክትክእል ኣለዋ።”

“እንታይ’የ’ሞ ክገብር! ብተፈጥሮይ ደቀንስትዮ ዝስሕብ ገጽ የብለይን። ክፉእ ምኺነይ መልክዐይ ሰብ ንኽቐርበኒ ዘይደፋፍእ ምኺኑን እፈልጥ’የ። ኣምላኽ ከምዚ ጌሩ ፈጢሩኒ ክነሱ ከፍቅር ድማ ልቢ ዓዲሉኒ። ንኽምዚ ከማይ ዘይምልኩዓት ዘፍቅር ልቢ ዘይኮነ ጸሊም እምኒ ክዕድለና ኔርዎ።” ብመልክዑ ኣስተማሰለ። ሓደ ሓደ ግዜ ገጹ ኣብ መስትያት ክርኢ እንከሎ ንብዓሉ’ውን የስንብዶ’ዩ።

“ከምኡ ኣይትበል። ኣምላኽ ዝፈጠሮ ፍጡር ብፍላይ ሰብ ክፉእ ዝበሃል የለን። ብመልክዕ ጥራይ ድማ ኣይተፍቅርን ኢኻ። ሉል ዝመስላ ኣዋልድ ገዋኑ ንዝመስሉ ኣፍቂረን ምስኡም ክሓድራ ንርእየን ኣለና። ፍቕሪ ሓቀኛ ልቢ እምበር ሃዳኒ ጽቡቕ መልክዕ ኣይኮነን። ‘ፍቕሪ ዝርኢ ዓይኒ የብሉን’ እናተባህለ ከመይ ጌሩ’ዩ ጽባቕ ክፈልጥ?” ከደዓዕሶ ፈተነ።

“ጽባቕ ንኽፈርደሉ ንዓይኒ ይልእኾ በለጠ።” በለ ብዝተሰላቸወ መንፈስ።

“ኣለማዮ ትጋገ ኣለኻ። ፍቕሪ ብሰብኣውነትን ቅንዕናን’ዩ ዝርታዕ። ኣነ ናይ መኣዛ ጸገም ናይ መልክዕካ ጸገም ከም ዘይኮነ ይርድኣኒ’ዩ። እቲ ጸገም ናይ መንነት ኮይኮነ ኣይተርፍን’ዩ። ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ኣዝየን ተረርትን ጥንቁቓትን’የን። ኣብ ዘይወዲ ሃገረን ብፍላይ ኣብ ኣምሓራይን ትግራዋይን ክኣትዋ ዝደልያ ኣይኮናን። እዚ ድማ መበገሲኡ ኣብ ልዕሌና ዝተሰረተ ጽልኢ ስለዘለወን’ዩ። ዋላ እናፍቀራ ወዲ ሃገርን እንተዘይኴንካ ኣብ ውሽጠን ንዘሎ ስምዒት ቀቲለን ንፈላለ ይብላኻ። እንግሊዛውያን ንኤርትራውያን ‘ምስ ዘይወዲ ሃገርካ ዘይምጽማድ’ ዝብል ኣተሓሳስባ ከየስረጹሎም ኣይተረፉን።”

“ኣምሓራይ ስለዝኾንኩ’ያ ትኣብየኒ ዘላ?”

“ከምኡ ጥርጣረታት ኣለኒ። ማዕረ ክንደይ ከም ዝጸልኡና እይተስተውዕለሎምን ዲኻ?”

“ከምኡ ኣተሓሳስባ እንተለዋ ፍቕሪ ሓይሊ ከምዘድልዮ ከርእያ’የ።”

ኣዛ እምነት’ዚኣ ዘይትገድፋ። ንሰብ እምበር ከም ነብሪ ንጡል ኣይኮንካን ትሃድን ዘለኻ። ጠበንጃ ስለዘለካ ብኣፍ ሽምብቆ ብረትካ ኣብ ልቢ ጓል ናይ ፍቕሪ ዕምባባ ክትተክል ኣይክኣልን’ዩ። ዘውዲቱ ደንጉናያ ክትኸሪ’ያ። ዘፍቀረ ሰብ ክኸሪ ከሎ ድማ ኣይከኣልን’ዩ።” በለጠ ኮነ ኢሉ ዘረባ ቀየረ። ኣንፈቶም ድማ ናብ ቤት ገበሩ።

“ስለእተፍቅረካ ኮርያ ከም ዘየዋጽኣ ትፈልጥ’ያ። ዘውዲቱ እናኣቃባጠረት ክትሕዘካ’ያ እትደሊ።” በሎ ኣለማዮ ኩለን ‘ከም ዘውዲቱ ክኾና ብልቡ እናተመነየ።

“ሕጂ እትበልጻ ጓል ረኺበ ኣለኹ። እቲ ላተርያ ናይ ኣቦኣ ምኽኑ ፈሊጥካዮዶ ኣለኻ?” ንኣልማዝ እናዘከረ ተዛረበ። ሻሂ ዝሰትዩላ መዓልቲ ወሲኑ ስለዘይቆጸራ ግን ጣዕሳ ክስምዖ ተፈለጦ።

“ኩሎም ላተርያ ዘለዎም ፍቕሪ ይፈልጡ’ዮም ክትብለኒ ደሊኻ ከይትኸውን?! ሻሂ እምበር ኣብ ላተርያ ዝሸየጥ ፍቕር የለን። ንፍቕሪ ዝገዝኡ ሓቀኛ ልቢ’ዩ - ገንዘብ ኣይኮነን። ገንዘብ እንተሎ ኣብ ልቢ ፍቕሪ ይበቁል’ዩ ክንብል ኣይንኽእልን ኢና።” በለ ኣለማዮ።

“ኣይትዓሹ ኣለማዮ። ገንዘብ ዋላ’ኳ ፍቕሪ እንተዘየምጽአ ናብኡ ክተንጸላሉ ይቕስበካ’ዩ። ኩሉ እንርእዮ ፍቕሪ ዝመስል ዝምድና’ኮ ሓቀኛ ፍቕሪ ኣይኮነን። ገሊኡ ብገንዘብን ጥቕምን ዝተሸፈነ ኣርተፊሻል ዕምባባ’ዩ። ኩሉ ግዜ ከይፈረየ’ዩ ዝነብር። ንኣብነት ንዘውዲቱ ምእንቲ ንዓይ ክጥዕመኒ ከም ዘፍቀርክዋ መሲለ እጓዓዝ ኣለኹ። እነ ንልበይ እፈልጣ’የ። ዘውዲቱ ግን ናይ ብሓቂ ዘፍቅራ’ዩ ዝመስላ።”

“ንሳ’ውን ልባ ባዕላ’ያ እትፈልጦ። ትጥርጥረካ ዘላን መቕኒኢኣን’ውን መበገሲ ኣለዎ። ከም ሃዳናይ ኣዒንታ ኣብ ልዕሌኻ ዘለወን ምክትታል ከቢድ’ዩ። ንኣልማዝ ክትድርበላ ጥንቃቐ ክሓተካ’ዩ።”

“ድሓን ናቱስ! ኣልማዝ ጥራይ ከመይ ረኺብካያ? እንታይ እትህበኒ ምኽሪ ኣሎ።”

“ከም ምምጫው ምጭውቲ’ያ። ኤርትራዊት ድያ?”

“ይገርመካ’ዩ! ኤርትራዊት ትመስለካ ኔራ?”

“ትመስል ኢለ ክዛረብ የጸግመኒ’ዩ። ትግርኛ ክትዛረብ ስለዝሰምዓ ግን ‘ምናልባሽ’ ዝብል ጥርጣረ ኣለኒ።”

“እመን ኣይትእመን ኣምሓረይቲ ኢያ።”

“ፈዘዘዝ እንዶ ግና ኣብዚሓ! ንፍቕሪ ከም ሕቋፍ ዕምባባ ሓንጐፋይ ኢለን ዝቕበልኦ ኤርትራውያን ውሑዳት’የን። ኣምሓረይቲ ምኽና ግን ከመይ ጌርካ ኣረጋጊጽካ?”

“ባዕላ ታሪኻ ኣዕሊላትኒ።”

“ኣብ ሓደ መዓልቲ።”

“ኣነ ሓዉኻ ፈጣን’ኳ’የ። ውሻጠ ልቢ ጓል-ኣንስተይቲ ንምጕርጓር። ዝተኸፍተ ማዕጾ ዘይኮነ መልሓስ ከምዘድሊ ኣጸቢቐ’የ ዝፈልጥ።”

“ኣንፈት እንተሂበናኻ እቲ መንገዲ ዝጠፍኦ ሰብ የለን። ንከም በዓል መኣዛ ፍቐሪ ፈደላት እናኣቕጸርካ ክትምህር እንተኼንካ ግን እቲ ጸገም ሽዑ’ዩ ዝመጽእ።”

“ግዜ ይነውሕ እምበር መኣዛ ኣብ ኢድካ እትኣትወሉ እዋን ርሑቕ ኣይኮነን። ኩለን ደቀንስትዮ ኣብ ፍቐሪ ተረርትን ወስወስትን ኮይነን’የን ዝቐርባ። ምስ ግዜ ግን ደረቕ ልበን እናተባሕጐጌ ከም ጨው ሓቂቕ ይተርፍ።”

“ይግበረለይ።” ኣለማዮ ክሰምረሉ ተመነየ። ክልቲኣም መሳልል እናረገጹ ንውሽጢ ኣተዉ። ዘውዲቱ ኣብቲ ዝኣተውዎ ክፍሊ ኣይነበረትን። በለጠ ኣብ’ቲ ካልኣይ ክፍሊ ምስ ተቐልቀለ ደቂሳ ረኣያ።

“በል እመቤት ኮርየን’የን ሰላሕ ኢልና ካብዚ ከባቢ ንጥፋእ።”

“ግዜ እንዲና ወሲድና.. እሞ ምሳይ ንዓናይ።” በሎ ኣለማዮ።

“ሕራይ” በለጠ ከምታ ዘለዋ ተበገሰ።

15 ክፋል

ብምልኩዕ ቪላታት ዝማእከለ ካምፖቦሎ ሓደ ካብቶም ክትነብረሎም ዘወናውኑኻ ብሉጽ ገዛውቲ’ዩ። ናይቶም ቪላታት ኣሰራርሓን ጽሬቱን ንዝኾነ ሓላፍ መንገዲ’ዩ ዝምስጥ። ወነንቱ ልዕል ዝበለ ናይ መነባብሮ ደረጃ ዘለዎም ሰባት’ዮም። ኣብ ኣስመራ ክነብሩ ዝመረጹ ናይ ጥልያን ዘርኢ ዘለዎም ሓናፍጽ። ወነንቲ ሓደ ሓደ ቪላታት ነበሩ። ደርጊ ከም ኣማኽርቲ ከገልግልዎ ኣሸሓት ከፊሉ ዘምጽኡም ሶቬታውያን’ውን ኣብ ካምፖቦሎን ቲራቮሎን’ዮም ንመንበሪ ዝኸውን ምሩጽ ቪላታት ተዋሂብዎም። ብዙሕ ኣይኹን እምበር ሓሓሊፉ ናይ ሰርቪስ ህንጻታት’ውን ይርከብዎ’ዮም- ካምፖቦሎ።

ድሕሪ ቀትሪ መራር ጸሓይ ነበረት። መኣዛ ደሃይ መሓዛኣ ኤልሳ ክትገብር ካምፖቦሎ ዝበጽሐት ድሕሪ ርብዒ ስዓት’ዩ። ፈተና ወዲኣን ዕረፍቲ ካብ ዝወስዳ ኣይተራኸባን። ዋርዋር ትብል ዝነበረት ጸሓይ ብረሃጽ ከም እትሕጸብ ገበረታ። ካብታ ጸሓይ ቀልጢፉ ክትገላገል እናቐልጠፈት ስለ ዝተጓዕዘት ድኻም ከሰንፋ ደልዩ ነበረ።እንዳ መሓዛኣ። ንከተማ ዘእቱ ቀንዲ ናይ ኤክስፖ ጽርግያ ሰኒርካ ብመንጽር ቤት ትምህርቲ ቃኘው(ሕጂ ናጽነት) ንውሽጢ ኣቲኻ’ዩ ዝርከብ። ኣብ ኣፍደገ ኮይና ማዕጾ ክትኩሕኩሕ ጀመረት።

ዮኤል ብቐልጡፍ ማዕጾ ከፊቱ ኢዱ ንሰላምታ ዘርግሓላ። ንኤልሳ መሓዛኣ ምዕባይ ሓዋ’ዩ። ሃሩር ኮይንዎ ናይ ላዕሊ ጻዕዳ ብራቴሊ ማልያ’ዩ ተኸዲኑ። ስረኡ ድማ ኣይዶል ዝዓይነቱ ናይቲ እዋን ፋሽን ነበረ።

“ መኣዛ ከመይ ቀኒኺ?” ኢዳ ጨቢጡ ምዕጉርታ ስዓመ።

“ ረሃጽ ደኣ ከይኮነካ!” ስክፍክፍ እናበላ ሰዓመቶ። ክትሓፍሮ መዓት ኢያ ። ኮኾቡ ከም ዘይድፈር ኩሉ ግዜ ምስ ከበደ’ዩ። ማዕጾ ምስ ከፈታ በዚ መጺኡ ዘይበለቶ ናይ ምድሃል ስሚዒት ቅብር ኣቢልዋ’ዩ።

“ እተዊ! ስድራ ድሓን ድዮም?” ክትኣቱ ማዕጾ ገደፈላ። ምውቕ ሰላምታ ክልግሰላ መጀመርያኣ ስለዝነበረ ተደናገረት።

“ድሓን’ዮም። ኤልሳ ኣላዶ?’ ንውሽጢ ምስ ኣተወት ቅልጥፍ ኢላ ኤልሳ ምህላዋ ሓተተት። ንዘቕረበላ ሰላምታ ብምውቕ መንፈስ ኣይመለሰትን። ኤልሳ ዘየላ ከይትጸንሓ ተሸቢራ ነበረት። ስድራ ኤልሳ ኣብ ውሽጢ ከተማ ድኳን ስለዝውንኑ ናብኡ ከይዳ ከይትኸውን ጥርጣረ ኔሩዋ።

“ኣላ እተዊ።” ካንሸሎ ዓጽዩ መሪሕዋ ንሳሎን ኣተወ። ደድሕሪኡ ስዒባ ተቐመጠት ። ኤልሳ ኣብ ሳሎን ክትጸንሓ ቀባሕባሕ ኢላ’ያ። እቲ ቤት ሽቓቕን ክሽነን ገዲፍካ ኣርባዕተ ክፍልታት ዘለዎ ሰርቪስ’ዩ። ኣቦ ኤልሳ ኣቶ

በራኺ ኣብ ዘበነ ሃይለስላሴ ነቲ መሬት ብሓምሳ ብር’ዮም ገዚኦምዎ። ዓቕሚ ኣብ ዘዝረኸቡሉ ክፍልታት እናወሰኹ ድማ ኣእኪሎሞ።

“ ጐልፎኺ ኣውጽእዮ’ሞ ማይ ስተዩ።” ዮኤል ዝሑል ማይ ኣቕበላ። ጸሚኣ ስለዝጸንሐት ብህርፍርፎት ጣምጣም ኢላ ሰተየት። ብቅድሚኡ መእሰሪ መላጉም ዝነበሮ ብጫ ጐልፎኣ ኣውጺኣ ኣብ ሳሎን ኣቕመጠቶ።

“ኤልሳ ደኣ ክንደይ ዓቕሊ ጌራ?’ እናተጠራጠረት ሓተተት። ዮኤል ፍኹስ ስለዘይበላ ርግእቲ ኣይነበረትን። ንኤልሳ እንተዘይረኺባ ግልብጥ ኢላ ክትወጽእ ድልየት ነበራ። ምስ ዮኤል ዕላል ከም ዘስተውዓለትሉ ዕላል ኣብ ምክፋት ክእለት ዘለዎ ኮይኑ ኣይተሰማዓን። ኣብቲ ቤት ቅድሚኡ ዝተለዋወጥዎ ዕላል’ውን ኣይነበረን።

“ሽኮር ከተምጽእ ንቀበሌ ከይዳ ኣላ።” በላ ኣዲኡን ሓፍቱን ኣብ ዘየለዋሉ ጋሻ ምምጽኡ እናኣሻቐሎ። ኣዲኡ ወ/ሮ ጽርሃ ዝበዝሕ እዋን ምስ በዓል ቤተን ኣብ ድካን’የን ዝውዕላ። ሓሙሽተ ስድራ ቤት’ዮም ኣብቲ ሰርቪስ ዝነብሩ።

“እዋይ.... ቀበሌ እንተኸይዳስ ክትድንጉየኒ’ያ።” ኣብ ቀበሌ ዘጋጥም ናይ ህዝቢ ሪጋ ስለእትፈልጦ ቀልጢፉ ከምዘይትመጻ ገመተት። ምኽንያት ገይራ ካብ’ቲ ቤት ክትወጽእ’ውን ድሌት ነበራ።

“ሪጋ የብሉን ሕጂ ክትመጽእ ኢያ።” ኢሉዋ ካብ ሳሎን ወጸ። ከይደንጐየት ጎልፎኣ ኣልዒላ ደድሕሪኡ ሰዓበት። ኣብቲ ቤት በይኑ ብምህላው ከተሰክፎ ኣይደለየትን። በራድ ሒዙ ንክሽነ ክኣቱ ረኣየቶ።

“ዮኤል ዝኾነ ነገር ኣይትግበር ክኸይድ’የ።” ኣብ ልዳት ናይ ሳሎን ደው ኢላ ኣድመጸት።

“ ኮፍ’ባ በሊ ንኤልሳ ደሊኺ ጥራይ ዲኺ ትመጺ? ክትመጽእ’ያ ኮፍ በሊ” ብሓውሲ ነቐፈታ ተማሕጸና።

“ ኖኖእ ኣጋጣሚ ስለዝተሃወኽኩ እምበር....“ ናብ ሳሎን ተመልሰት’ ከምኡ ጌሩ ክግደሰላ ሓድሽ ኮይንዋ ተገረመት።

“ኮፍ በሊ ክጽውዓልኪ’የ” ኣብ ሳሎን ኣትያ ስለ ዘይተቐመጠት ኮፍ ክትብል ጸቕጢ ገበረላ። ካብቲ ቤት ክትሃድም እንዳደለየት ከይፈተወት ተቐመጠት። ምስ ዮኤል ንፈለማ እዋን’ዮም ዘረባ ተለዋዊጦም። ኣጋጣሚ ኮይኑ ኣዕሊሎም ይፈልጡ ኣይነበሩን። ከዕሉሉ ዝኽእሉ ኣጋጥእሚ’ውን ተፈጢሩሎም ኣይፈልጥን’ዩ። መኣዛ ንኤልሳ ደልያ ኣብ’ቲ ቤት እንተድኣ መጺኣ። ሰላምታ ለጊሳትሉ ጥራይ’ያ እትኣቱ። ንሱ’ውን ትኾርዓሉ ስለ ዝመሰሎ ደፊሩ ከዕልላ ኣይፈተንን።

“ ከም ዝመጻእኪ ዝሕብራ ሰብ ሰዲደላ ኣለኹ።” በላ። “ድሓን ቀስ ኢላ ትምጻእ” ንቀልዓለም ዝበለቶ’ዩ። ኣብ ቅድሚ ዮኤል ኮይና ከመይ ጌራ ሻሂ ከም እትሰቲ የተሓሳስባ ነበረ። “ ሽኮርኩም ድኣ ክሳብ ሕጂ ከየውጻእኩሞ ጸኒሕኩም?”

“ኩፖን ስኢነንኡ ቀንየን መስለኒ። ብዘይኩፖን ድማ ዝገበር የለን።” መኣዛ ዕላል ምኽፋቱ ብኣዎንታ ጠሚታ ፍሽኽ በለት።

“ሳምራዊትከ ዳኣ?” ሃለዋት ናይ ንእሽቶ ሓፍቱ ሓተተቶ።

“ ናይ ትምህርቲ መዕጸዊ ግብጃ ኣለና ኢላ ከይዳ።”

“ከተጽንዕ ኢኻ ጸኒሕካ ሓቀይ? ኣቋሪጸካ ከይከውን መጽናዕትኻ ግበር።” በለቶ ዝተጻዕና ሕፍረት እንተኸይዱላ ፍኹስ ከም ዝብላ እናኣመነት።

“ኣርከበሉ’የ። ኣጽኒዕካ ኣየጽኒዕካ ኩሉ ሓደየ።” በላ’ ክዛረብ እንከሎ ደፊሩ ይጥምታ ኣይነበረን። ገዝኡ ከም ዘይፈልጦ ናብ መንደቕን ናሕስን የቐባሕብሕ ነበረ።

“ ከምኡ ኣይትበል።….. መዓስ ኢኻ ማትሪክ ክትፍተን?” ከም ዘይትፈልጥ ሓተተቶ። ትም ኢላ ከይትበሃል ዝገበረቶ’ዩ። ንሱ እናዕለለ ትም ምባላ ብኻልእ ከየገምታ ኣሰኪፍዋ’ምበር ዝመጽእ ዓመት ማትሪክ ከም ዝፍተን ትፈልጥ ኔራ። ኤልሳ መሓዛኣ ኩሉ’ያ ትሕብራ።

“ማትሪክ መዓስ ከም ዝፍተን ኣይትፈልጥን?” ብሕቶኣ ተገረመ። ‘ ኣነ ብዛዕባኣ ብዙሕ እናፈለጥኩስ…’ ዝብል ምስትምሳል ድማ ሓደሮ። ኤልሳ ሓፍቱ ብዛዕባ መኣዛ ብዙሕ’ያ እተዕልሎ። ወትሃደር ኣፍቂሩዋ ኣብ ጭንቀት ከም እትርከብ’ውን ንሳ’ያ ሓቢራቶ።

“ኣይፈለጥኩን።” ስለዝጀመረታ ኣብ ሓሶት ደረቐት። ‘እፈልጥ’የ’ ክትብሎ ኣይከኣለትን። እናፈለጠት ዕላል ስኢና ዘምጽኣቶ’ዩ። ከምኡ ምኳኑ ክግምታ ኣይደለየትን። ዝመለሰትሉ መልሲ ግን ተሳቐያ ኔራ። ንኤልሳ እንተሓቲትዋ ከም እትኽሻሕ ኣይሰሓተትን።

ዮኤል ተንሲኡ ናብ ክሽነ ከደ። ሕቐኡ ምስ ሃባ ቀው ኢላ ጠመተቶ። ኣብ ቀላጽሙ ኣተኮረት። ከደራይ ሕብሪ ኣለዎ። ኣፍንጫኡ ትርር ኢላ ካብ ጫፋ ንላዕሊ ዝተኽብሰት ትመስል። ቀልጢፉ ስለዝተኽወላ ኣዒንታ ኣይዓገበን። ዕላል ጠፊእዋ ዝያድ ከይትጭነቕ መሓዛኣ ክትመጸላ ኣብ መንደቕ ሳሎን ንዝነበረት ስዓት ተመልከተት። ምስ ዮኤል ጥራይ ኣብ ቤት ምህላዋ ከተስተርሒ ኣየኽኣላን። ትም ምባሉ ይኽብዳ ከም ዘይነበረ። ዕላል ምስ ከፈተ’ውን ፍልልይ ኣይረኽበትሉን።

ዮኤል በራድ እንጠልጢሉ ናብ ሳሎን ኣተወ። እንደገና ክልተ ብኬሪ ሒዙ ተመልሰ። መኣዛ ተግባሩ’ኳ እንተኣሰከፋ። ቃል ኣየምለቐትን። ብውሽጣ ግን ኣብ ጽፍራ ክትኣቱ ዝደፋፍእ ናይ ሕፍረት ስምዒት ተሰምዓ። ወዲ ዘፍልሖ ሻሂ ሰትያ ኣይትፈልጥን’ያ። ኣሕዋታ ሻሂ ከፍሉሑ ኣጋጢሞምዋ ይፈልጡ ኣይነበሩን። ከምኡ ብምኳኑ ሕፍረት ንዓኣ ኣድናቐት ድማ ንዮኤል ለገሰት።

“ኣብ ስክፍታ ኣእትየካ” ሕፍረት ዘበገሶ ዘረባ ኣድመጸት። ደኒኑ ክቐድሓላ እንከሎ ስርቐ ኣቢላ ጠመተቶ። ቀው ኢላ ርእያቶ ኣይትፈልጥን’ያ። ንሱ’ውን ተገዲሱ ዝጠመታ መዓልቲ ኣይፍለጣን’ዩ። ዝግደሰላ’ውን ይመስላ ኣይነበረን። ኣብ’ቲ ቤት ክትመጽእ እንከላ መጽሓፍ ሒዙ ከንብብን ካልእ ስራሕ ክሰርሕን’ዩ ዝጸንሓ። ብዘይካ ናይ እዝግሄር ሰላምታ ድማ ዘምለቐላ ቃል ኣይነበሮን። ከምኡ ስለእትፈልጦ ሓድሽ ባህሪኡ ኣደንጸዋ።

“ዘሰክፍ የብሉን። ቡን’ኳ ዘይበልኩኺ?!” ፍሽኽ ኢሉ ጠመታ። ገጻ ካብ ኣዒንቱ ንምኽዋል ክዳና ከም እተመዓራረ ደነነት። ዓይኒ ንዓይኒ ምግጫዎም ሰገጥ ኣበላ። ልባ ካብ ቁጽጽራ ወጻኢ ክትሃርም ጀመረት። ከም ኣብ ዘይቤቱ ዝኣተወ ሰራቒ ፍርሓት ክዕው ኢሉዋ ደገ እትወጸሉ ደቒቕ ናፈቐት። ኣብ’ቲ ቤት ክትመጽእ እንከላ ዮኤል ይግደሰላ ስለዘይነበረ ጽቡቕ ይስመዓ ኣይነበረን። ከም ዝተገደሰላ ምስ ፈልጠት ድማ ክትፈርሕ ኣይደንጐየትን።

“ሕዚ መኣዛ” ሻሂ ክትሕዝ ዓደማ። ፍሽኽ ብምባል ብኬሪ ኣልዓለት። ሕብሪ ናይ’ቲ ሻሂ ተዓዚባ ንዮኤል ብልባ ኣድነቐቶ። ከም ወዲ መጠን ዓቕን ቀጠፍ ኣይጠፍኦን። ዊስኪ ዝመስል ሕብሪ ዝወነነ ሻሂ’ዩ ኣፍሊሑላ። “ኣየ ናይ ወዲ ነገር! ብዘይ ቁርሲ” ተግባሩ ኣገሪምዎ ንኽሸነ ጐየየ። መኣዛ ስምዒቱ ተዓዚባ ብስሓቕ ፈልሐት። ሃንደበት ሻሂ ምዒጓ ስለዝነበረት ተሰርኒቓ “ኡሑዕ” በለት።

“እሕሕ በሊ” በላ ንቁርሲ ዝኽውን ቅጫ ሒዙ ኣብ ቅድሚኣ ደው ብምባል። መኣዛ ተሰርኒቓ እንከላ’ውን ስሓቕ ምቁራጽ ኣበያ። “ኣንቲ ክትስርነቕሉ ኣይኮንኩን ሻሂ ኣፍሊሐልኪ! ከም ህጻን ኣብ መንበስበስታኺ ኡፍዶ ክብለልኪ?” ብዋዛ ቀረባ። ኢዳ ሰዲዳ ብፍሽኽታ ተኽላኽለቶ። “ዘይ ሎሚ ዘየዕለልናስ ብስሓቕ ተሰርኒቕኪ ክትሞቲ?!” ብሓውሲ ምግራምን ፍሽኽታን ጠመታ።

“ይገርም’ዩ” ተግባርካ እንድዩ ኣስሒቑኒ። ቁርሲ ቡን ምስ ረሳዕካ ዳኣ ከመይ ኢኻ ዝበልካ? ከም ደርሆ ገፍ ገፍ ትብል። “ እንደገና ስሓቐት። ሕፍረት 'ድሓን ኩኒ' ስለዝበላ ኣይዘከረቶን።

“ርኢናልኪ ኣለና ቁርሲ ሕዚ” ኣቐረባላ።

“ቁረስ’ባ ንቡር ኣይተጥፍኣሉ።” ናብኡ ገጻ ድፍእ ኣበለቶ። ዕላሎም ኣብ ሓጺር እዋን ፉሕ ፉሕ በለ።

“ ኩሉ ሓደ’ዩ ሕዚ ጥራይ” ብምባል ሓንገደ። ንዝረኣዮም ሰብ ዝተለማመዱ እምበር ሓደስቲ ክትብሎም ዝእመን ኣይነበረን። ክልቲኦም ኣብ መንነኦም ናይ ዕላል ኣጋጣሚ ክኸፈት ዝጽበዩ ዝነበሩ’ዮም ዝመስሉ።

“ከይቆረስካዮ ኣይሕዝን’የ። ኣደይ።’መሬት ብተባዕታይ ደርሆዩ ዝወግሕ’ ኢያ ትብለኒ።” በለቶ እምነት ናይ ኣዲኣ ከይትገድፍ።

“ፈጣሪ ገዲፈንሲ ለይቲ ናይ ምውጋሕ ዓቕሚ ንተባዕታይ ደርሆ ሂበንኣ? ከምኡ እንተኾይኑ ፈጣሪ ከይቁጣዕ ኣይቆርሰን’የ።” ብምባል ኣበየ። እትብሎ ክሰምዕ ድማ ክምስ ኢሉ ጠመታ። ክልቲኦም ምስ ነፍሲ ወከፍ ዘረብኦም ፍሽክ’ዮም ዝብሉ።

“ኣንታ ቁረሶ። ዘይ ብሁል’የ ነጊረካ። ንዓይ ኢልካ ቀሪብካዮ እንተድኣ ኴንካ ክሕዝ ቁረሶ።... እንተዘይኮይኑ ኣልዕለ።” ከም ዝኾረየት ኣፍጥጥ ኣቢላ ጠመተቶ። ጻዕዳ ክፍሊ ናይ ዓይና ደሚቑ ኣብ ኣዒንቱ ኣተወ።

“ንስኺኽ ብተባዕታይ ደርሆ ከም ዝወግሕ ትኣምኒ ማለት ድዩ?”

“ ቅድም ቁረሶ ክነግረካ” በለቶ። ዮኤል ነቲ ቅጫ ኣዳቒቑ ቆረሶ።

“በሊ ብተባዕታይ ደርሆ ዝወግሕ እንተኾይኑ ንደርሆ ከም ዝጥዕም ጌርና ቆሪስናዮ ኣለና።”

“እዋይ ንስኻስ..” ካብቲ ዝተቆራረሰ ቅጫ ኣልዓለት።

“ዝሓተትኩኺ ሕቶ ድማ ኣይትረስዒ” ክትምልሰሉ ጠመታ። መንኩባ ሰቐጥ ኣቢላ ብፍሽኽታ ጠመተቶ። ቁጽይጽይ ምባላ ኣብታ እዋን እቲኣ’ያ ክኢላቶ። ከም ዘይትምልስ ምሕባራ ዘይኮነ። ዘርኣየቶ ፍልይ ስምዒት ኣብ ውሽጡ ክዘርቕ ተፈለጠ። “እንተዘይነጊርክኒ ቅንጥው ክብለኪ’የ።” ኣመልካቲቶ ኣጻብዕቱን ዓባይ ዓባይቶኡን ብምምልካት ናይ ምቕንጣው ምስሊ ኣርኣያ።

“ኣብ ምንታይ?” ብምባል ስሒቓ ኣጽቀጠት።ብዘይካ ፍሽኽታ ዝበላ ኣይነበረን። እንተዝቕርባውን ክቕንጥዋ ዝኽእል ኣይኮነን። ድፍረት ስኢኑ እምበር ነብሳ ክትንክፍ ባህ ምበሎ።

“ሓፋር ኢኺ ትመስልኒ ኔርኪ። ከዚ ምኺንኪ እንተዝፈልጥ ዕላል ቀደም ምጀመርክዎ።”

“ሕጂ’ውን ሓፋር’የ ንስኻ ዳኣ ደፊርካኒ እምበር።”

“ወይለይ ዘይወዓልክዎ ክተልግበለይ ኢያ መስለኒ። ኣብ ነብስኺ ዘይቀረብኩስ ደፊርካኒ።”

“ እዋእ! ከምኡ ማለተይ ኣይኮነን።” ፍሩያት ኣዒንታ ትኽል ኣቢላ ጠመተቶ። ንመጀመርያ ግዚኣ’ዩ ፊት ንፊት ክትጥምቶ። ደፊራ ገጹ ክትርኢ ሃቂና ኣይትፈልጥን’ያ። ዋላ ሰላም ክትብሎ እንከላ ኣዒንቱ ስለዘይትደፍረን ናብ ግንባሩ’ያ እተድህብ። ስለምንታይ ከምኡ ከም እትገብር ንጹር መልሲ የብሉን።

“እንታይ ደኣ ሰንቢድኪ? ስተዩ በሊ... ኣነ’ስ ግርም’ዩ ዝብለኒ ዘሎ። ኣብ’ዚ ቤት ወትሩ እናተመላለስኪ ዋላ ብጌጋ ተዘራሪብና ዘይንፈልጥ። እንታይ’ዩ ከምኡ ዘግበረና ምኽንያት ንዓይ ኣርድኣንን’ዩ።

“ንስኻ ትኹርዕ ስለዝነበርካ። ዋላ ናይ እዝግሄር ሰላምሲ ብሓይሊ እንድየ ዝብለካ ዝነበርኩ።” በለቶ ናይ ሽዑ ተግባሩ ተዘኪርዋ እናሓረቐት። ቁሊሕ ኢሉ ይጥምታ ስለዘይነበረ “ትዕኑን’ ትብሎ ኔራ ብልባ።

“ቁም ነገር ኢና ነዕልል ዘለና። እዚ ትብልዮ ዘለኺ ሓቂ ኣይኮነን። ኣነ ንዓኺ ኩሪዐልኪ ኣይፈልጥን’የ። ንስኺ ኢኺ ትኹርዒ ኔርኪ።”

“እዋእ!” ሰንበደት። “ኣነስ ኣይኰራዕኩን። ድሓር ድማ ኣብ ገዛኻየ ዝመጽእ ነይረ። ኣብ ዘይገዛይ ምጺኣ ባዕለይ ከዕልለካ ትጽበየኒ?! ጓል ምኺነይ ዘንጊዕካዮ ኔርካ ማለት’ዩ።”

“ ናይ ብሓቂ እኹርዕ ይመስለኪ ስለዝነበረ ኢኺ ከተዕልልኒ ዘይደፈርኪ”

“ወረ ትዛረብ ኴንካ’ኳ ትስመዓኒ ኣይነበርካን! ዘይዛረብ ሰብ ድማ ከቢድ ኢዩ። ትጸልኣኒ ዝመስለኒ እዋን’ውን ኣሎ።”

“ብዛዕባ ምጽላእሲ ንስኺ ኢኺ ትጸልእኒ ኔርኪ። ኣነ ድኣ እንታይ ዘጽልእ ኣለኪ’ሞ ክጸልኣኪ። ፍሽኽ ኢሉ ኣዒንቱ ሰደደላ። ኣይተጋገየን። ዘፍቱ እምበር ዘጽልእ መልክዕ ኣይነበራን። ብፍላይ ኣዒንታ ‘ጠምቱኒ’ ስለዝብላ ድርቕ ኢሉ ክጥምተን ኣይጸልኣን። ከም ዝጠመታ ምስ ረኣየቶ ፍሽኽ ኢላ ኣዒንታ ሰበረት።

“ ንስኻስ እንታይ’ዶ ዝጽላእ ኣለካ’ዩ ክጸልኣካ?” ስለዘመጐሳ ንሳ’ውን ዓጸፌታ መለሰት። ኤልሳ መሓዛኣ ኣብታ እዋን’ቲኣ ዝዝክራ ኣይረኸበትን ። ዕላል ዮኤል ሃዋ ሃዋ ሚሉሱላ ክቕጽል ጥራይ ድልየት ነበራ።

“ሕጂ ኢና ምውቕ ሌላ ንገብር ዘለና ማለት’ዩ። ቅድሚ ሕጂ ብሰንኪ ሕፍረት ዋላ ክንጠማመት ኣይከኣልናን። ሕጂ ግን ናይ ኩሉ ጸብጺብና ከነውጽኦ ንጠማመትባ መኣዛ።” እትምልሰሉ ክሰምዕ ተጸበያ። ኣሲራ ንድሕሪት ዘበለቶ ጸጉራ እናፈተለት ትምብ በለት። ወዲ እንተኸርዐ ድዩ ፈኸስኮስ እንተበለ ዘጸብቖሉ?” ካልእ ሕቶ ኣምጽኣ። ከም ዝሓፈረት ተረዲእዎ ከዛንያ ፈተነ።

“ክብረቱ ክሕሉ ኩርዕ እንተበለ’ዩ ዘጸብቖሉ። ፈኸስኮስ ዝብል እንተኾይኑ ኩሉ ሰብ’ይ ዝንዕቆ። ጓል'ከ ከመይ ክትከውን ኣለዋ ትብል? ሓፍር’ዶ ውዕይቲ?”

“ውዕይቲ እምበር ክትከውን ኣለዋ። ምኽንያቱ ። ቅልቅል ቅልቅል እንተኣብዚሓ’ያ ብዙሓት ጠሚቲ ኣወዳት ኣትረክብ። ሓፍር እንተኾይና ስለዘይትዛረብ። ዝበዝሓ ሓፋራት ኣዋልድ ድማ ሓወን ወይ ኣቦኣን’ዩ ዘጥንሰን።”

“ኪድ! ቁምነገር እናተዛረብኩኻ ትጻወት።” ገጻ ጸዊጋ ገንሓቶ። ዋላ ምጽዋግ ዘኽፍኣላ ኣይኮነን። መሊሱ ኩርዕቲ’ዩ ዘምስላ።

“እጻወተኪ’የ ዘለኹ። ጓል ዳኣ ኩርዕቲ እምበር ክትከውን ኣለዎ። መብዛሕትኦም ደቂተባዕትዮ ኮኮባ ዘይድፈር ከም ንግስቲ ግርምቲ ጓል ኢዮም ዝፈትው። ከም ታኒካ ባሕሪ ቀልባዕባዕ እትብል ዋላ ሓደ ዝፈትዋ የብላን። እንተተፈተወት ድማ ውዒሉ ዘይሓድር’ዩ። እናሰተኺ ኣዕልሊ።”

“ጥዑም ዘይበልኩኻ ድማ” ብምባል ብስያፍ ጠመተቶ።

16 ክፋል

“ኣብ ገጽኪ ዝረኣኽዎ ፍሽኽታ ሻሂየይ ጥዑም ምኽኑ ኣረጋጊጽለይ ኢዩ። ሓፋራት ካብ ብኣፈን ብስምዒተን ከመስግና’ዩ ዝቐለን። ንስኺ ድማ ከምኡ ስለ ዝኾንኪ ካብ ኣፍኪ ዘይኮነ ብኻልእ ረኺበዮ ኣለኹ።” ብምባል ገለጸላ። ዮኤል።

“ኣየ ንስኻ!” ብዘረብኡ ተገረመት። “ስድራ እንተዘየለዋ ኣይትስከፍን ኢኻ ማለት ኢዩ።”

“እቶም ኣጋይሽ ዘየዕልሉ እንተኾይኖም የሰክፍኺ ኢዮም። ከምዚ ከማኺ መዓር ዘንጠብጥብ ልሳን እንተለዎም ግን ኣየሰክፍኻን ኢዮም። ብኩባያ ሻሂ ወጃዕ ተባሃሂልካ ተመሳጊንካ ትፈላለ።”

“መጐሰ በዚሑኒ። ሻሂ ከም ተፍልሕ ፈሊጥና። ጸብሒ’ኽ ምሰራሕካ’ዶ?”

“ኣብ እዋን ምሳሕ እንተትመጺ ከመይ ዝበለት ሽሮ ሰሪሐ መብላዕኩኺ። ደርሆ’ውን ዝሓምቀላ ከይመስለኪ። ኣብ ዓሰርተው ክልተ ጐዛዝየ መልሓጭ። ፈረሰኛ። ሰለፍ። መንፈርፈር….. እናበልኩ ሓደ ብሓደ መቐጸርኩኺ። ወዲ ኮይነ እምበር ጓል እንተዝኽውን ብውሕልነተይ ጥራይ ሚልዮናት ምተሰርዑለይ። ሎሚ’ኳ ወሓለታት ኣዋልድ እናወሓዳ’የን ዝኸዳ ዘለዋ።”

“እሞ ጓል ክትከውን ትደሊ ኢኻ ማለት ኢዩ።”

“ጓል ክኸውን ዘይኮነስ። ብሰንኪ ወድነተይ ጓል ትኽእሎ ክጽግመኒ ኣይደልን ኢየ።”

“ብጣዕሚ ንፉዕ ኢኻ። እቲ ዘገርም ግን ኤልሳ ብዛዕባኻ ኣዕሊላትኒ ዘይትፈልጥ ምኽና ኢያ።” ሓሰወት።

“ተገዲስኪ እንተዘይሓቲትክያ ድኣ ጠንቀኦላ’ዶ ከተዕልለኪ። ከይትነግርለይ እምበር ብዛዕባኺ ብዙሕ ኢያ ተዕልለኒ።” ክሳዱ እናጠምዘዘ ብሓውሲ ጭርቃን ተዛረባ።

“ምግዳስ ዘይኮነስ ኣለካ ምሽ…” ዘረብኣ ኣንጠልጢላ ገደፈቶ። “ማዕረ ክንድ’ዚ ትዛረብ ግን ትመስለኒ ኣይነበርካን።”

“ንዓኺ ምስ ረኣኹ እየ ከም ተኽፍተ <u>ቡንጓ ጓሕ ጓሕ</u> ክብል ጀሚረ። እንተዘይኮነ ኣፈይ ከም ኣፍ ላም ዓባስ ምንባሩ ባዕልኺ’ውን ትምስክርለይ ኢኺ። ሎሚ ግን በይነይ ኣብዛ ቤት እንከለኹ መጺኺ። ከመይ ጌረ ትም ክብል። ምስ ከድኪ ከም ትኺን ኣብ ቤቱ ዝኾርዕ ትብልኒ። ካብ ሓዲሩ ጸርፊ ዝመጸካ። ኣንታ ክንደይ ይዛረብ ክትበሃል ይሓይሽ።”

“ትኺን ደኣ ብዛዕባ ምኹራዕ እንታይ ኣፍሊጥዎ ኢዩ።”

“ዘይንኹሉ ሰብ’ዩ ዘልግበሉ። ትኺን ፈዛዝ ስለ ዝኾነ ብኹርዓት ተጸብጺብሉ ይኸውን። ብዙሓት ፈዛዛት’ኳ ስኣን ቀሪብካ ምስትብሃል ኩሩዓት ይመስሉ ኢዮም።”

“ንዓኺ ምስ ረኣኹ ተዛራባይ ኮይነ ዝበልካያ ደኣ ከመይ ኢያ?” በተን ቀጠንቲ ቆማታት ኣጻብዕታ ኣፋ ከዲና ተዛረበት።

“ከምቲ ንጉስ እንተረኣኹ ጥራዕ ጥራዕ ይመጸኒ ዝበሃል ‘ጓል እንተርኣኹ ተዛረብ ተዛረብ ይመጸኒ’ ዝብሉ ኣወዳት’ውን ብዙሓት ኢዮም። ኣነ ድማ ሎሚ ሓደ ካብዚኣቶም ኮይነ ኣለኹ።”

“ስለምንታይ ኢዮም’ሞ ከምኡ ዝብሉ?” ክበርሃላ ደለየት።

“ንጓል ካብ ብገንዘብ ብዕላል ክትሸጣ ይቐልል። ደቀንስትዮ ብእዝነን ስለ ዘፍቅራ ዕላል ከም ሰረገላ ናብ ዝደለኻየን እናጐተተ ካብጽሓልካ ይኽእል’ዩ።”

“ንስኻስ በይንኻ ኢኻ።” ብሓውሲ ኣድናቆት ተዛሪባ ዝዛሓለት ሻሂኣ ጸንቀቐታ። ፍቐሪ ስለ ዝተላዕለ ሕንከት ተሰሚዕዋ ትም ክትብል ተገደደት። ብዛዕባ ፍቐሪ ዝዕለል ዕላላት የሕፍራ ኢዩ።

“ተዛራባይ እመስለኪ እንተዘይኔሩ እንታይ ደኣ ትግምትኒ ኔርኪ? ዓባስ።”

“ዓባስ ግዳ ከመይ ጌርካ። ዕላልካ ሃንደበት ስለ ዝኾነኒ’የ ዝብለካ ዘለኹ። ምኽንያቱ ብዙሕ እዋን ናብ ገዛኹም መጺኡ። ብዘይካ ሰላም ሓንቲ መዓልቲ’ውን ኣየዕለልካንን። ሕጂ ግን እንድዒ!… ኣብ ገጻይ እንታይ ከም ዝረኣኻ ኣይፈልጥን።”

“ሎሚ ኣዕልል ዝብል ጽሑፍ ኣብ ግንባርኪ ኣሎ። ቅድሚ ሕጂ ተጸዊግኪ እናኣተኺ ከመይ ጌረ ከዕልለኪ ትደልዩ? ሎሚ ግን ድሙቕ ፍሽኽታ እናለገስኪ ኢኺ ንገዛና መጺኺ።”

“ሓሳዊ!” ሞሊቕዋ ተጻረፈት። ፍሽኽ ምባል ከም ፍኹሰት ኢያ ቆጺራቶ። “እውይ ይቕሬታ መሊቕኒ ኢዩ።” ኮርዩ ከይከውን ስምዒቱ ከተንብብ ጠመተቶ። ሓሲባ ዝገበረቶ ስለ ዘይኮነ ቅሬታ ተሰምዓ። ፍሽኽ ክትብል’ኳ እንተፈተነት ስክፍታ ግን ካብ ገጻ ኣይሃሰሰን።

“ሓፍትኻ እንተጸረፈትካ ንልቢ ይኾነካ እምበር ንሕርቃን ኣይደፋፍኣካን’ዩ። ናይ ብሓቂ ድየ ግን ሓሳዊ?” ከጨንቕ ደለየ።

“ኣንታ መሊቕኒ ኢዩ። ንኤልሳ ጸሪፋትኒ ኢልካ ከይትነግራ።” መጠንቀቕታ ሃበቶ። ኣዕሊሎም ስለ ዘይፈልጡ ማዕረ ምጽርራፍ ምብጽሖም ብኻልእ ከይትግምቶ ኣሰከፋ።

“እንተነገርክዋ እንታይ ጸገም ኣለዎ?”

“ሓወይ ተጸሪፉ ኢላ ከይትኹሪ።” ናይ ልባ ሓቢኣ ስሓቐት። ካብ መጠን ንላዕሊ ፍኹስ ኢልዋ ኔሩ። ምስ ወዲ ብኽፉት ኣንደበት ክተዐልል ፈለምኣ ኢዩ።" ኣብ ትምህርቲ ምስ ደቂ ክፍላ ተዕልል’ኳ እንተኾነት ዕምቆት ግን ኣይነበሮን።

“ናትኪ ጸርፊ ከም ማይ ድጋም መንፈስ ቁድስ ዘስርጽ ስለ ዝኾነ ኤልሳ ድገምዮ ምበለትኪ እምበር ኣይምኾረየትን።” ዮኤል ዘረባ ካባይ ይመጸሉ ከም ዝነበረ ኣይተረድኣን። ነዊሕ እዋን ተዳልዩ ዝጸንሐ’ዩ ዝመስል ኔሩ። መኣዛ እንትርፎ ፍሽኽታ ዝበለቶ ኣይነበረን። መጮሳዊ ቃላቱ ግን ኣብ ውሽጣ ርእሰ ተኣማነት ክፈጥር ተሰምዓ። ነብሳ ኣልዒላ ኩርዕርዕ ክትብል ተመነየት። ዮኤል ዕላሉ መሲጥዋ ሃንደበት ትም ምባላ ሓጹር ኮይኮኖ ብምስጋእ ንኽቕጽል ‘እሕሕታ!’ ኣስምዐት።

ዮኤል ኣብ ሓሳብ ከም ዝኣተወ ትም በለ። ጽቡቕ ከዕልል ከም ዘይጸንሐ መጀመሪ ዝሰኣነ ክመስል ኣዕጠጠየ።

“መኣዛ ዓርኪ ኣለኪ’ዶ?” ከቢዳቶ ዝጸንሐት ዘረባ ከም ድቦላ ሰንደዋ።

መኣዛ ከይመለሰት ኣተኩራ ነዊሕ ጠመተቶ። ሕትኡ ኣብ ውሽጣ ስንባደ ፈጢሩ ኣተነፋፍስኣ ክሳብ <u>ምዝባዕ</u> ኣብጽሐ። ዘይተጸበይቶ ስለ ዝነበረ ኣይኮነን ሰንቢዳ። ዕላል ናይ ዮኤል ስለ ዝተቐየራ እምበር። ብዘይካ ኣለማዮ ደፊሩ ንፍቕሪ ዝሓተታ የለን። ኮኾባ ዝድፈር ስለዘይኮነ ንሳ’ውን ተደፋሪት ብዘይምኽና ሕብንቲ ኢያ። “ስለምንታይ ዓርኪ ኣለኪ ኢሉ ሓቲቱኒ?” ንነብሳ ሓተተት። እቲ መልሲ ሚስጢር ናይ ኣደባባይ ኮይኑ ረኽቡቶ። ቅልጥፍ ኢላ ንሕቶኡ ክትምልስ ኣይከኣለትን። ዓርኪ የብለይን ምባል ንዓኻ’የ ዝጽበ ዘለኹ ምባል ኮይኑ ተሰምዓ። ስለዚ ኣለኒ እወ ክትብሎ ምስ ነብሳ ወሰነት። ንጓል ከምኡ ምባል ኢዩ ዘኽብራ ኢላ ደምደመት።

“እወ ኣለኒ።” ዕትብ ኢላ መለሰትሉ። ናይ ዕላል መንፈሳ ናብ ዕትበት ተቐይሩ ናብቲ ፈለማ ክትኣቱ እንከላ ዝነበራ ስምዒት ተመልሰት። መልሳ ምስ ሓበረቶ ውሽጣ ክጭነቕ ተፈለጣ። ብምሕሳዋ ሕልንኣ ክኸኹያ ጀመረ። ካልእ ሰብ እንተዝኸውን ከምኡ ጌራ ኣይምተጨነቐችን። ዮኤል ግን ሓዊ መሓዝኣ ኢዩ። ካብኣ ዘይረኽቦ ሚስጢር ካብ መሓዝኣ ከም ዝረኽቦ ግምት ነበራ። ‘ኩለን ኣዋልድ እንድየን ከምኡ ዝገብራ’ በለት ብልባ። ንዝሓተተካ ወዲ ሽምካ ቀይርካ ምንጋር ዓርኪ ኣለኒ ምባል ፋሽን ምኽኑ ኣመነትሉ። እንተኾነ ካብ ሕምስምስ ዘብል ስምዒት ኣይተናገፈትን። ዮኤል ዝዕዘባ ኮይኑ ተሰምዓ። ካልእ ይትረፍ ጡዑም ዕላሉ ክነፍጋ ድሌት ኣይነበራን። ብሰንኪ ኣለማዮ ኣብ ጭንቀት ኢያ ትርከብ። ነብሳ ከም ዕንቀ ደቂቓ ብቐሊሉ ዘይትርእ ክትኮነላ ካብ ምምናይ ዓዲ ኣይወዓለትን። ከም ቆጀሕ ቅሳነት ተሓሪምዋ ኢዩ። ብማዕዶ ዝረኣየቶ ሰብ ኣለማዮ እናመሰላ በረግ በረግ ኢያ ትብል። ምንቅስቓሳ ከም ኣብ ዓይኒ ሃዳናይ ዝኣተወት ኢራብ ብፍርሓት ዝተኸበ ነበረ። ኣብ ከምዚ መዋጥር እንከላ’ዩ ጡዑም ዕላል ናይ ዮኤል ገጢምዋ። ጭንቀታ ኣረሲዑ ፍሉይ ስምዒት ፈጢሩ ስለ ዘንሸራሸራ ድማ ክርሕቃ ትደሊ ኣይኮነትን። ኣብቲ እዋን ካብኡ ዝዓቢ ፈውሲ የብላን።

ዮኤል። ዓርኪ ምህላዋ ምስ ገለጸትሉ ስሕለት ከም ዝወግኡ ሰንበደ። መኣዛ ዕርክነት ትፈልጥ ኣይመሰለቶን። ቁሩብ ሓሲቡ ግን ኣብ ጥርጣረ ኣተወ። ኩለን ኣዋልድ ዘይኮነ ከም ዝዛረባ ይፈልጥ ኢዩ። ዝሓበረቶ ሰሚዑ ድማ ትም በለ። ናይ ዕላል ዓቕሚ ከም ተጸንቀቐ ዝብሎ ስኢኑ ኣዕጠጠየ። ኣብ መንነ ክልቲኡም ዝውሕጥ ጸጥታ ሰፈነ። ክልቲኡም በብልቦም ከመይ ጌሮም ናብ ናይ ዕላል ሃዋህው ከም ዝምለሱ ኣብ ሓሳብ ኣተው።

“ስለምንታይ ግን ሓቲትካኒ” መኣዛ ጸጥታ ሰበረቶ። ስለምንታይ ከም ዝሓተታ ክትፈልጥ መልሱ ምስማዕ ዘድልያ ኣይነበረን። እቲ ጉዳይ ከይተመለሰ’ውን ርዱእ ኢዩ። እንተኾነ ብዛዕባ እታ ጉዳይ ደጋጊምካ ምዝራብ ከም ተራ ነገር ከቐጽራ ስለ ዝኽእል ኢያ ሓቲታቶ። ዕላሎም ዘጕናደበ ሕቶ ክብደት ከም ዘይብሉ ክፍለጠላ ደልያ ነበረት።

“እንድዒ ኣነ’ውን ስለምንታይ ከም ዝሓተትኹኺ ኣይተረድኣንን።” ዘይተጸበየቶ መልሲ ሃባ። መልሱ ጭንቀት ዝተሓወሶ ከም ዝነበረ ካብ ገጹ ኣንበበት። ዮኤል እታ ሕቶ ኣዝያ ኣሰኪፋቶ ኢያ። ዘይከኣል ኮይኑ እምበር ክመልሳ ኣይጸልአን። ንመኣዛ’ውን ክብደት ፈጢራትላ ኢያ። እታ ሕቶ ምስ ተላዕለት ዕላላቶም ከምዘይነበረ’ዩ ኮይኑ። ክልቲኡም ከም ተኾራረዩ ክጠማመቱ’ውን ኣይተደፋፈሩን። ብፍላይ ዮኤል ኣብ ጽፍሩ ክኣቱ ደልዩ ነበረ።

“ኣንታ ኤልሳስ ክትመጽእ ድያ እምበር!” ንመጀመርያ ግዜ ብዛዕባ ምድንጓይ መሓዝኣ ኣልዓለት። ዕላል ምስ ተጀመረ ንኤልሳ መሓዝኣ ኣይዘከረታን።

“ርእየያ ክመጽእ” ዮኤል ካብቲ ዝነበረ ሃዋህው መህደሚ ዝደለየ ክመስል ደሃይ ሓፍቱ ክገብር ብድድ በለ።

“ኖኖእ! ሕጂ ደኣ ትመጽእ ትህሉ እምበር” ክወጽእ ስለ ዘይደለየቶ ከም ዘረጋገጸት ተሲኣ ብቕልጽሙ ሓዘቶ። ጉዳይ በቲ ዝነበሮ ሃዋህዉ ክዕጾ ኣይደለየትን። ብኽምኡ እንተተዓጽዩ ካልእ እዋን መኽፈቲ ዕላል ክድግሞም’ዩ። ኣብቲ ቤት ኣብ ትመጸሉ እዋን እቲ ናይ ቀደም ኣቀባብላ’ዩ ክጸንሓ። ከምኡ ክኸውን ድማ ድሌት የብላን። ዝገበረት ጌራ ንዩኤል ናብ ዕላል ክትመልሶ ዝከኣላ ገበረት። “ንስኻ’ኸ ዓርኪ ኣላትካ’ዶ?” ንዕላሎም ዝቐበረት ሕቶ ብወገና’ውን ኣቕረበታ። ንፋስ ክሃርማ ድሌት ነበራ። ብኻልእ መንገዲ’ውን ዮኤል ዘይሕተት ሕቶ ከም ዘይሓተተ ክርዳኣላ ደለየት።

“ክሳብ ሕጂ የብለይን።” ዕትብ ኢሉ መለሰላ። ከማኣ ኣይሓሰወን። ንዕርክነት ደፊሩ ዝሓተታ ጓል የብሉን። ጓል ምሕታት ከም ሕማም ዓሶ ፈጥ ፈጥ ኢዩ ዘብሎ። ኩሉ ክብርታቱ ዝዓኑን ውርደት ዝቐበልን ኮይኑ ስለ ዝስምዖ ደፊሩ ኣይኣተዎን።

“እንታይ ኬንካ ዘይሓዝካ? ትፈትዋ ጓል ኣይረኽብካን።” ድፍረታ እናገረማ ሓተተቶ። ዮኤል እቲ ባይታ ስለ ዝፈቐደላስ ድፍረታ ሕፍረት ኣየስዓበላን።

“ኩለን ዓርኪ ኣለኒ እናበላኒ እምበር።” ካብ ሓቂ ርሒቑ ክዋዘ ጀመረ። ንመኣዛ ክትንክፍ ዝደለየ’ውን ይመስል። ድሕሪ ምምላሱ ፍሽኽ ክብል ፈተነ። ኣብ ገጹ ዝነበረ ናይ ምድሃል ጽላሎት ግን ቀንጢጡ ክድርብዮ ኣይከኣለን።

“ዋላ ኣብ መዋዕለ ህጻናት ዝርከባ ኣዋልድ” ንዋዝኡ ኣራጐደቶ መኣዛ። ንሳ’ውን ካብኡ ትሓምቅ ኣይነበረትን። ዘረባ ኣብቲ ቤት ተኾሚሩ ዝጸንሓ ኢያ ትመስል ኔራ። ነቲ ናይ ዕላል ሃዋህው ክትመልስ መስዋእቲ ትኸፍል ነበረት።

“ፍቐሪ ሎሚ ዘበን ብመዋዕለ ህጻናት ይጅምር ከም ዘሎ ኣይሰማዕክን ዲኺ? ካቻ ኩስቶ። ኩስቶ፤ ካቻ ኩስቶ። ኩስቶ ክብሉ እንድዮም ዝውዕሉ። ናይ ሎሚ ህጽናት ልቦም ኣብ ጾታዊ ፍቐሪ ጐራሕ ኢያ።” ብምባል መለሰላ።

“መጨረሻ’ኸ ዓርኪ ዘይብላ ክትረክብ ዲኻ?” እናሰሓቐት ሓተተቶ። ገጹ ናብ ንቡር ክምለስ ኣስተውዓለትሉ። ቀስ ብቐስ ዝደለየቶ ክሰምር ስለ ዝጀመረ ካብ ልቢ ተሓጎሰት።

“ኣበይ ክትርከብ ድኣ! ዋርድያ ጸኒሕካ ምስ ገደፍዋ ምጥናን ኢዩ እምበር ። ካልእ ኣማራጺ የለን። ወይ ኣብ ቀበሌ ኬድካ ፍቐሪ ብኩፖን ክኸውን ሓበሬታ ምትሕልላፍ’ዩ ዘሎ።” መኣዛ ካር ካር ኢላ ስሓቐት። ዘረባ ዮኤል ኣፋ ኣየኽደናን። ዕላሉ መሲጥዋ ኣብቲ ቤት ከይትሓድር ተጠራጥር ነበረት።

“ደሓር'ከ ኣብ ቀበሌ ኬድካ ትምርዖ ማለት ድዩ?” ስሓቓ ክትዓግት እናፈተነት ሓተተቶ።

“ምምርዓው’ሲ ኣየመርዕውኻን ኢዮም። ኩፖን ኣርኢኻ ፍቐሪ ጥራይ ኢዮም ዝህቡኻ። ናይ መርዓ ጉዳይ ንዓኻ ዝምልከት ኢዩ። ዋላ ከምዚ ናይ ኢሰፓ ሓደ ዓይነት ዩኒፎርም ጌርካ ትምርዖ። ፍቐሪ ብቀይሕ ዕምባባ ስለ ዝግለጽ ዋላ ቀይሕ ሳርያን ተስፊ። ፍቐሪ ብኩፖን ካብኡም ዝተወልዱ ድማ ደቂ ኩፖን ይበሃሉ ሽዑ። መኣዛ ዓርክኺ’ኸ ብኩፖን ዝተረኽበ ድዩ?”

“እንታይ ደኣ! ካበየናይ ፍሉይ ጉልኻ ደኣ ክርከብ ኮይኑ። ካባኡ ኢዩ።”

“ናይ ቁምነገር ኢየ ዝሓተኪ ዘለኹ። ተማሃራይ ድዩ?” ቁምነገር ኣልዒሉ ምዝራቡ ኣይፈተወቶን። ዮኤል ክዋዘ እንከሎ’ዩ ደስ ዝብላ። ቁምነገር እንተልዒሉ እታ ናይ ስቕታ ስምዒት ከይትደግሶ ፈርሐት።

“እወ ተማሃራይ ኢዩ። ተማሃራይ ክብለካ እንከለኹ ግን ኣብ ሶቬት ሕብረት ከይዱ ካርል ማርክስን ፈሬዴሪክ ኤንገልስን ዝጸሓፍዎ ናይ ፍቐሪ መጽሓፍ ኣንቢቡ እዩ።” ኮነ ኢላ ናብ ዋዛ መለሰቶ።

“ፍቐሪ’ውን ኣብ ሶሻሊዝም ኣትዩ በልኒ እምበር። ናብ ኮሚንዝም እንተሰጊሩ ናይ ሓባር ክኸውን ኢዩ”

“ፍቐሪ ሕጂ’ውን ናይ ሓባር ኢዩ ዘሎ።”

“ንስኺ ናይ ተማሃራይ ዓርክኺ እምበር። ናተይ ክትኮኒ ክሳብ ዘይከኣልኪ ናይ ሓባር ኣይኮነን።”

“ኣታ ሓሰየካ’የ ዓርኪ የብለይን።” እቲ ሓቂ ኣተንብሃትሉ። “ወሪዱኒ ከምኡታት ከማን ኣይፈልጥን’የ። ደሓር ድማ ኣብ ጭንቂ ኢየ ዝርከብ ዘለኹ። ሳላ ዕላልካ’ኳ ቁሩብ ተዘናጊዐ። ሓደ ወትሃደር ኣብ ትምህርተይ እናተመላለሰ ምውጻእን ምእታውን ከሊኡኒ ኣሎ።” በለቶ ንኣለማዮ ዘኪራ ዝን እናበለት።

“ኤልሳ ሓፍተይ ዘጋጠመኪ ነጊራትኒ ኔራ። ብዙሕ ግን ክትጭነቒ የብልክን። ነብስኺ ክትሕልዊ ጥራይ ፈትኒ። ኣይሓስብን ኮይኑ ኢዩ እምበር ፍቐሪ ብሓይሊ ዘይከውን።”

“ዘይ ደናቁር ኢዮም። ብሓይሊ ይገዝኡና እንድዮም ዘለው ብሓይሊ ክዕምጹና’ውን ይኽእሉ ኢዮም።” ኣስተማሰለት።

“ግዳጅ ኢሎም በረኽኡ ከስፍርዎ’ዮም ኣይትጨነቒ።”

“ኣምላኽ ይበሎ ለይትን መዓልትን ጸሎት ይገብር ኣለኹ”

“ዓርኪ ኣለኒ ዘይትብልዮ ዝነበርኪ።”

“ኣየ ዩኤል ሓወይ። እንቋዕ ኣይትርእዮ። ኣይ ሰይጣን እንድዩ ዝመስል። ከም ባቡር ህድእ ኢለ’ኳ ክምልሰሉ ዘይክእል።”

“ንዓይ ዓርኪ ኣለኒ ስለ ዝበልክኒ መዕጸዊ ምኾነኪ ኔሩ’የ ክብለኪ ደልየ።”

“ትጻወት ኣለኻ ንስኻ። ኣነ እምበር ኣብ ዝኣተዎ እዩ ጠፊኡኒ ዘሎ።”

“ሕጂ ትምህርቲ ክዕጾ ስለ ዝኾነ ኣበይ ከይረኽበኪ ኢኺ።”

“እንታይ ይፍለጥ ኣብዚ ኣስመራ እንተሎ ሓደ መዓልቲ ክረኽበኒ ይኽእል’ዩ። ብዙሕ ግዜ ስለ ዘሸካዕክዎ ድማ እንድዒ ነብሰይ’ኳ ፈሪሐ።” ሕማቕ ነገር ከም ዝበጽሓ ግንብንብ በለት።

“ኤልሳ’ኳ ኣብ ቤት ትምህርቲ ባርካ ቅያር ድለየልና ኢላትኒ ኣላ።”

“ንዓመታ ማለት ድዩ?”

“እወ።”

“እሞ ትረኽበልና ዲኻ።”

“ክፍትን’የ።” ካንሸሎ ተኳሕኩሑ።

“ኤልሳ ኢያ ትኸውን።” በለት መኣዛ። ዮኤል ክኽፍት ከደ።

17 ክፋል

“ኣቲ ሸፍታ! ከምዚ ገርኪ ትጠፍኢ” ኣድመጸት ኤልሳ ኣብ ሳሎን ተቐልቂላ ንመኣዛ ምስ ረኣየታ።መኣዛ ብናፍቐት ተጠምጠመታ። ብኩነታተን ዓመታት ዝተፈላለያ ይመስላ ነበራ።

“ካብ ጉድጓድ ወጻኢ ድሙ ዘሰንበዳ ኣንጭዋ መዓስ ንደገ ትቐልቀል ኮይና። ኣይግዲ ኣባህሪሮምኒ እንድዮም። እንተወጺአ ዝረኽቡኒ እናመሰሉኒ ነግ-ፈረግ’የ ክብል ቀንየ። ንስኽስ ዘይሸፈትኪ ዝቐኒኺ።” ብምባል ናብ’ቲ ንኤልሳ ክትስዕም ዝገደፈቶ ሳሎን ተመሊሳ ተቐመጠት። ዮኤል ደው ኢሉ ይዕዘበን ነበረ። ገና ስምዒቱ ካብ መኣዛ ኣይረሓቐን። ኤልሳ እንተዘይትመጸም ምስ መኣዛ እናዕለለ ስዓታት ምቐጸለ።

“ሓቅኺ’ወ ። ኣነ’ውን ጠፊአ። ኣብዚ ገዛ እንታይ ከም ዝሕዘኒ ሕቱኹቱኽ’የ ክብል ቀንየ። ማማ ሓረጉ ከመይ ቀንየን?” ነጸላኣ ኣብ ሳሎን ደርበየቶ። “ሓዊ ዝኾነት ጸሓይ’ያ ዘላ። ካብታ ጽሓይ ግን ናይቲ ሰብ ዋጭዋጭ ይኽፍእ።”

“ኣብ ቀበሌ ድኣ እንታይ ደሊኺ? ኮነ ኢሎም ሰብ ከባልዑ እንድዮም ደልዮም።”

“ሻሂ ድኣ መን ኣፍሊሑልኪ?” ኣብ ጣውላ ንዝነበረ ብኬሪ እናጠመተት ሓተተት። ዮኤል ከፍልሕ ኣይገመተትን። ንሳተን ኣብ ዘየለዋሉ ጋሻ እንተመጺኡ ማዕረ ክንደይ ዓቕሉ ከም ዝጸቦ ትፈልጦ ኢያ።

“ኣነ ኣፍሊሐላ፤ ጋሻ ድማ ኣይኮነትን። ገዝኣ ስለዝኾነ ባዕላ’ውን ከተፍልሕ ትኽእል ኔራ።” በለ ዮኤል።

“እዝስ ናይ ቃል ዓለም ዘረባ’ዩ። ሳምራዊት ድኣ መጺኣ እንተኮይና’ምበር..” ንሓፍታ ዘከረት።

ንዮኤል ገዲፍክን ኣይትሽገራን ኢኽን። ጓል ዘይተፍልሖ ዊስኪ ዝመስል ሻሂ’ዩ ኣስትዩኒ። ብኡነት! ኣነ’ውን ከይተገርምኩ ኣይተረፍኩን።” ስርቕ ኣቢላ ጠመተቶ። ካልእ ገዲፉ ከደራይ ሕብሩ ሽዑ’ውን መሰጣ። ቀይሕ ወዲ ኣይትፈቱን’ያ። ጸሊም’ውን ብዙሕ ኣይኮነትን። ብፍላይ ኣለማዮ ካብ ዘሸግራ። ጸለምቲ ኣጋንንቲ ክመስልዎ ጀሚሮም’ዮም። ጸሊም ነዊሕ ወዲ ጎፍ እንተኢልዋ ሰገጥ ትብል።

“ዮኤል ሻሂ ኣፍሊሑልኪ?!” ኤልሳ ብዘይምእማን ሓተተታ። “እዛ ማይ ዝሰትየላ’ኳ ዘየልዕል” ንዘይምእማና ኣራጎደቶ።

“ናይ ብሓቀየ’የ ዝዛረብ ዘለኹ ኤልሳ። ንዮኤል ከመጉስ ደልየ ኣይኮንኩን።”

“ኢሂ ዘፍላሕኩ ኣይመስልን ድየ?” ፍሽኽ ኢሉ ኣድመጸ።

“እሞ ተፈቲኺ ማለት’ዩ። እዛ ገዛ ሰብ እንተዘይብላ። ኣጋይሽ ምእንቲ ከይመጽዎ ሃዲሙን'ድዩ ዝወጽእ።” መኣዛ እናሰሓቐት ኣዒንታ ናብ ዮኤል ሰደደት። ኣብ ቅድሚኣ ዮኤል ደው ኢሉ ነይሩ። ደጋጊማ ክትጥምቶ ስምዒታ ይእዘዛ ነበረ። ኤልሳ “ተፈቲኺ” ስለዝበለታ። ኣብ ገጽ ዮኤል መረጋገጺ ፍትወቱ ክትርኢ ድልየት ነበራ። ንሱ’ውን ከጥምታ ዓይኒ ንዓይኒ ተጋጠሙ። ክልቲኦም ክምስ ኢሎም ኣዒንቶም ካብ ምርእኣይ ኣህደሙ።

“ዋላ’ኳ መኣዛ ጋሻ እንተዘይኮነት። ጋሻ እናረኣኻዶ ድኣ ትም ይባሃል ኮይኑ?! ኣብ ሕብረተሰብና’ኺ ጋሻ ክቡር’የ።” በለ ጸጉሩ ብኢዱ እናዳህሰሰ። ጆንትራ ዝተመቀዘ ጸጉሪ ርእሱ ንድሕሪት ገጹ ዘው ኢሉ ነበረ።

“ጽቡቕ ጌርካ።…..መኣዛ ከመይ’ሞ ዕረፍቲ? ቁሩብ ቀሲንኪ'ዶ?” ኣዕሚቑ እናጠመተት ሓተተታ።

“ድሓን’የ ኤልሳ መሓዛይ፤ ኣይዘከርክዎምን ክብለኪ እደፍር። እንተኾነ። ንሓዋሩ ዘቕስን ኣይኮነን። እዛ ኣስመራ ጸባብ’ያ፤ ሓቲቶም ሓቲቶም ክረኽቡና ይኽእሉ’ዮም። ንስኺ’ውን ክትጥንቀቒ ኣለኪ። እንተረኺቦምኺ ‘ገዝኣ ኣርእይና’ ክብሉኺ ኢዮም።” በለታ። ዮኤል። መኣዛ ክትዛረብ እንከላ ኣፍ ኣፋ ይጥምታ ነበረ። ከይተረድኦ ንቕጽ ኢሉላ ኢዩ። ካብ መዓንጣኣ ንላዕሊ ጠሚቱ ክዓግብ ኣይከኣለን። ንዓይና ሰጊሩ ኣፍንጫኣ፤ ኣፍንጫኣ ሰጊሩ ከናፍራ” መሊሱ ናብቲ ጽቡቕ ገጻ በጺሑ። ካብኡ ሓሊፉ ኣብተን ከም ርእሲ መኾምብያ ዝተወጠራ ኣጥባታ ዓሊቡ። ብልቡ ድማ ። “ነዚኣስ ኣምሓራይ ወትሃደር?!” ብምባል ብቕንእን ሕርቃንን ተቓጸለ። እቲ ንመኣዛ ዘሸግራ ዝነበረ ወትሃደር። ኣብ ኣእምሮኡ ከም ምስሊ ተራእይዎ ከንፈሩ ነኽሰ። “ዮኤል ኮፍ’ባ በል። እንታይ ዳኣ ደው ኢሎካ?” ንቕጽ ኢሉ ከስተውዕለላ ዝረኣየት መኣዛ ኣድህቦኡ ንምልዋዋ ሃንደበት ተዛረበት። ከምኡ ኢሉ ምስ ጠመታ ። ትንፋሳ ንላዕሊ ተሰቒሉ ኣጨነቓ። ኤልሳ መሓዛኣ ጥርጣረ ከተሕድር ኣይደለየትን።

“ኦ” ስንብድ ኢሉ ኢዱ ናብ ርእሱ ሰደደ። ይጥምታ ከዝነበረ ዘስተውዓለትሉ ኣይመሰሎን። ምስ ኤልሳ ትዛረብ ስለዝነበረት ናባኡ ከተድህብ ኣይሓሰብን። እንተ ኣድሂባ’ውን ዝቆጻጸራ’ዩ መሲልዎ። ኣብ መንጎ ግን ተምሳጥ ካብ ቁጽጽር ወጻኣኢ ጌርዎ። ብዛዕባ መልክዓ ከሰላስል ኣብ ኣጥባታ ምስ በጽሐ። ካልእ ብባህጊ ጥራይ ዝፈልጦ ዓለም ቅጅል ኢልዎ። ሃንደበት ምስ ተዛረበቶ ግን ሰንቢዱ። “እሞ ክኽይድ እምበር ኣጽንዕ እንድየ ዘለኹ” ዘይሓሰበሉ ዘረባ ኣስተንፈሰ። ዘረብኡ ግን ንእለቱ ኣጣዓስዎ። ካብ ቅድሚ መኣዛ ክርሕቕ ድሌት ኣይነበሮን። ኣብ

ቅድሚአ ኮፍ ኢሉ ስርቕ ላቢሉ ክጥምታ ዓይኒ ንዓይኒ ተጋጭዮም ብፍሽኽታ ከስለምልሙ እናደጋገመ ከጋጥሞ ህንጥዩነት ነበሮ። ድልየቱ ዘይተረድኣ ስክፍታ ግን ኣንጻር ስምዒቱ ከድምጽ ቀሲባቶ።

“መጽናዕትስ ተርክበሉ ኢኻ። ዓዲ ሓሙኻ ርሑቕ ከይከውን ኮፍ በል” ዓዳ እናዘከረት ተዛረበት። ንሳ’ውን ካብ ቅድሚአ ክርሕቕ ኣይደለየትን። ኣብ ሓደ መዓልቲ ማዕበል ናይ ፍቕሪ ዓኒ ንዓይኒ ኣራኺቡ ብሓባር ከዛርቦም ደልዩ’ዩ።

“ንዓመታ’ኳ’ዩ ማትሪክ ክፍተን” በለት ኤልሳ። ብግርህነታ ዝተዛረበቶ ዘረባ ኢዩ። ናይ መኣዛን ሓዋን ናይ ስምዒት ምልውዋጥ ንዓኣ ጋሻ’ዩ። ንሓዋ ብኽምኡ ኣይትጥርጥሮን’ያ ጥራይ ዘይኮነ ሓሳብ’ውን የብላን።

“በላ ኣዕልላ።” ዮኤል ከይፈተወ ተበገሰ። ናይ ሓፍቱ ዘረባ’ውን ተወሳኺ ጸቕጢ ኮይንዎ’ዩ። ንሱ ዝበሎ’ውን ብዓቢኡ። ናይ ሕልና ሰብ’ዩ። ዋላ ኣይድለዮ ስለዝተዛረበ ክፍጸሞ ኣለዎ። ምስ ኣዋልድ ተዓኒድካ ኮፍ ድማ ሕምቀት ኮይኑ ተሰምዖ።

“በል ገዛ ምጻእ ኢኻ። ንስኺ ሒዝክዮ ምጺ ኣቲ! ካብ ሕጂ ስድራና’ውን ክላለዩ ኣለዎምስ።” ንመጀመርያ ግዜ ዘምጻኣቶ ሓሳብ’ዩ። ንዮኤል ማዕረ ክንደይ ከም እትብህነ ብተዘዋዋሪ ከተረድኦ ድሌት ነበራ።

“ንዮኤል ከምዛ ሻሂ ዘስተየኪ ክተስትዮ ስለዝደሊኺ ዲኺ?” ኤልሳ ጨረቐትላ። መኣዛ ግን ዝፈለጠታ መሲልዋ ሰንበደት።

“ሻሂ’ሞ መዓስ ይበዝሑ ኮይኑ?” በለት መኣዛ ንዮኤል እናጠመተት። ዮኤል ተበጊሱ እምበር ካብ’ቲ ክፍሊ ኣይወጸን።

“ስራሕና ከተረስዓና ኢኽን ንስኻትክን” ኢልወን ወጸ። ንድሕሪት ንዝነሶ ዝነበረ ስምዒቱ ኣሰኒፉ ናብ መደቀሲኡ ኣተወ።

“ኣንቲ ኤልሳ። ኣነስ ዮኤል ዝዛረብ ዘይመስለኒ ዝነበረ.....” ምስ ወጸ እግሪ እግሩ ኣልዓለቶ። ስምዒታ ብዛዕባ ዮኤል ኣዕልሊ ኣዕልሊ ይብላ ነበረ። ውሽጡን ውሻጠኡን ኣዳቒቓ ክትፈልጥ’ውን ባህጋ ለዓለ።

“እዚ ኣይመሕጎል እንድዩ! መጀመርያ’ዩ ሓፍር ዝመስል እምበር እንተለሚዱካ መዕገቲ ዘይብሉ” በለታ።

“እዋእ ኣብ’ዚ ክመጽእ እንከለኹ ድኣ ብዘይካ ሰላምታ ሓንቲ ቃል’ኳ ሰሚዐሉ ዘይፈልጥ።”

“ከምኡ’ዩ ባህርዩ። ሃንደፍ ኢሉ ምስ ሰብ ኣይላለይን’ዩ፤ እንተተላልዩካ ግን ከምዚ ነዊሕ ዝፈልጠካ’ዩ ዝኸውን። ኣይጋየሽን’ዩ።... ራሄል እንድየ ድኣ ረኺቢያ ጸኒሐ። ‘ብዛዕባ’ቲ ናይ መዕጸዊ ትምህርቲ ግብጃ ከመይ ኢና ንገብር’ ኢላትኒ?”

“ባዕልኻትክን ወድእኦ ዘይትብልየን ዝነበርኪ” ዕላል ስለዝተቐየረ ባህ ከይበላ መለሰት። “ኣብ ቤት ትምህርቲ ክንራኸብ ከምዘይብልና ግን ንገርያን። ድሕሪ ሕጂ ኣነ ናብታ ትምህርቲ ገጸይ ኣይቅልቀልን’የ- ህይወተይ ይዓብየኒ። ሃንደበት ገጻ ብቁጥዐ መለአ። ዮኤል ካብ ሳሎን ምውጽኡ ድዩ ዕላል ምቕያሩ ብዘይተረድኣቶ ምኽንያት ክትሓርቕ ተረድኣ።

“ከምኡ ጌርኪ ኣብ ውሽጥኺ ኣይተእትውዮ። ከም ዘይትፈትውዮ ፈሊጡ ስለዘሎ ተስፋ ቆሪጹ ክገድፎ ኢዩ። ኩሉ ግዜ ናብ ቤት ትምህርትና ክመላለሱ ኣይክእሉን’ዮም። ናይ ፈተና ወረቐት መን ክቕበለልና ደሊኺ? ተጠንቂቕና ክንከይድ ኢና።”

“ገዛይ ሰምበል ከም ዘይኮነ እንተኣረጋጊጾም ናብ ትምህርትና’ዮም ዝመጹ። እዚኣቶም ህልኽኛታት’ዮም። ከም እንጸልኦም ስለዝፈልጡ ተስፋ ዝቆርጹ ኣይኮኑን። ሕጂ እንተረኺቦምኒ ድማ..” እቲ ኣብ ሓሳባ ዝነበረ ክትብሎ ዝደለየት ሕማቕ ነገራት። ከምዚ ካብ ኣፋ ወጺኡ ክውን ዝኸውን መሲልዋ ከይጠቐሰት ኣቋረጸቶ። ነብሳ ድማ ሕማቕ ነገር ከም ዝወረዶ ግንብንብ በላ።

“እሞ እንታይ? ንቤት ትምህርትና ንመጨረሻ ግዜ ኩቦ ክንድርብየላ? ንዓመታ ካብ ፖቴነ ናብ ካልእ ክንቅይር ዝከኣለና ክንገብር ኢና።” ንቤት ትምህርታ በቲ ናይ ቀደም ስማ ጸውዓታ። ደርጊ ንዕኡ ክጥዕም ዝቐየሮም ኣስማት በቲ ዝተቐየርዎ ዝጥቀመሎም ዳርጋ የለን። መብዛሕትኦም ተማሃሮ’ውን ፖቴነ ኢዮም ዝብሉ። “ሕጂ ግን ካልእ ይትረፍ ኣነ ምሉቕ ኢለ ናይ ፈተናና ወረቐት ከምጽእ ፍቐድለይ። መገዲ ቀዪርና ብድሕሪት እንተኣቲና ኣበይዶ ክረኽቡና’ዮም?!

“ኣንቲ ኤልሳ እንተረኺቦምኺ ግን ‘ገዝኣ ኣርእይና’ ኢሎም ንዓኺ’ውን ኣይገድፍኹን’ዮም” ኣጠንቀቐቻ።

“እሞ ዓመት ምሉእ ዝጸዓርናሉ ውጽኢት መርመራና ከይረኣና ትም ክንብል?”

“ኣብ ባጀላና ክጸንሓና እንድዩ። ምእንቲ ናይ ፈተና ወረቐት ክንብል ኣብ ሓደጋ ክንወድቕ ጽቡቕ ኣይኮነን። ኣብ ካልእ ክረኽቡኒ ስለ ዘይክእሉ። ሓንቲ ዘላቶም ዕድል ናብ ትምህርትና ምምጻእ’ያ። ስለዚ። እቲ ጸገም ይረዳእኪ ኤልሳ።”

“እቲ ጸገም ዘይተረዳኣኒ ኮይኑ ድዩ?... ሕራይ በቃ ገዲፈዮ ኣለኹ። ኣብ ናይ ፈተናና ወረቐት መምህር ብጌጋ ክእርም ስለዝኽእል ምርግጋጽ ጽቡቐ’ዩ ኢለ’የምበር ሕራይ ይትረፍ ኣይንኺድ።”

“በይንኺ ክትከዲ ትኽእሊ ኢኺ። ኣነ ግን ኣይከይድን’የ።” ብምባል ትም በለት። ኣብ መንነ ክልቲአን ጸጥታ ሰፈነ። ገጽ መኣዛ ናይ ቁጥዐ ስምዒት ተነበቦ። መሓዛኣ ኤልሳ ንሽግራ ከምኣ ኣኽቢዳ ስለዘይተመተቶ ኣይተሓንሰትን። ከምኡ ብምኻኑ ዘረባ ኣቋረጸ ላዕሊ ላዕሊ ጠመተት።

“መኣዛ ኣይትኾርዪ’ሞ?” ድሕሪ ነዊ ጸጥታ ኤልሳ ተዛረበት።

“ እንታይ ኮይነ ዝኹሪ! ንረዳዳእ እንዲና ዘለና” ስምዒታ ሓቢኣ መለሰት።

“ዘስግእ ወይ ሳዕቤን ዘኽትል እንተኾይኑ ሓዲገዮ ኣለኹ። ንዓኺ ኣብ ሓደጋ ከእቱ ኣይደልን’የ። ነጥብና ርኢና ኣይርኢና ዘይኩሉ ሓደ’ዩ። ኣብዚ ዓዲ መን ተማሂሩ ዝሓለፈሉ ርኢና?” ኣስተማሰለት።

“ጥንቃቐ ጥራይ ግበሪ’ምበር ኪዲ። ናተይ ናይ ፈተና ወረቐት ድማ ተቐበልለይ። ዘይፍርሓትዩ ዘዛርበኒ ዘሎ። እቲ ዘሰክፍ ድማ ንዓኺ’ውን ስለዝፈልጡኺ’ዮም። እንተረኺቦምኺ ብሓይሊ ‘ገዝኣ ኣርእይና’ ክብሉኺ’ዮም።”

“እሞ ከይነግሮም ዲኺ ተጠራጢርኪ?! ማዕረ ክንደይ ድዩ ፍርሓት ተቆጻጺሩኪ? ብኡነት ብሰንኪ ፍርሒ ኣእምሮኺ ርግኣት ስኢኑ ትብልዮ ዘለኺ ትፈልጢ የለኸን። ኣነ ንዓኺ እሕሊፈ ክህብ?!” ተገሪማ ጠመተታ።

“ኤልሳ ኣብ ናይ ሂወት ሕቶ ኢና ዘለና። ዘመክሕን ዘዋራዚን ጉዳይ ኣይኮነን። እፈርሕ እወ- ከመይ ዘይፈርሕ። ጦርሰራዊት ክሓርዱ ጥራይ’የ ዝፈልጦም። ብኸምዚ ናተይ ጉዳይ ክንደይ ኣዋልድ ድዮም ቀቲሎም? ንስኽስ ትፈልጥዮ እንዲኺ። ኣብ መስከረም ናይ’ዚ ዓመት ኣብ ኣፍደገ ቤት ትምህርትና ሓደ ኣምሓራይ ንጓል ትምህርትና ኣይቀተላን ድዩ?” ናይ ሽዑ ፍጻሜን ደም ናይታ ዝተቐትለት ተማሃሪትን ተዘኪርዋ ኣስካሕክሐት።

“ተግባር ናይ ጦር ሰራዊት ጠፊኡኒ ኣይኮነን። እንተኾነ። ኣነ ኣሕሊፈ ከይህበኪ ምጥርጣርኪ’ዩ ኣገሪሙኒ።”

“ተጠራጢረ ኣይኮንኩን። ንጠንቀቕ’የ ዝብል ዘለኹ። ፈቲኻ ኣይኮንካን ድማ ንመሓዛኻ ኣሕሊፍካ እትህባ። ልዕሊ ዓቕምኺ ስለዝኾነ እንታይ ክትገብሪ ትኽእሊ? እዞም ጨካናት ከፈራርሑኺ ። ክሃርሙኺ። ካባኡ ሓሊፎም’ውን ንኽቕትሉኺ ክደናደኑ’ውን ይኽእሉ’ዮም። ኣብ ከምዚ እዋን እንታይ ክግብር ይከኣል?” መኣዛ ካብ ኣዒንታ ንብዓት ፈሰሰ። ዘጋጠማ ሽግር ልዕሊ ዓቕማ ኮይኑ ኣሕነቕኒቓ ዘረባ ኣቋረጸት።

“እንታይ ኴንኪ ድኣ’ሞ ትነብዒ? ኣብ ኩለን ደቀንስትዮ ዝወርድ ዘሎ እንድዩ። ንኣምላኽ እመኒ።”

“ እንድዒ ኤልሳ መሓዛይ - ፈሪሐ።” ንብዓታ ክትውሕጦ ፈተነት።

“ ኣጆኺ ዋላ ሓንቲ ኣይገብሩን’ዮም?! ሓሙስ ሓሙስ እንድዮም ዝብሉ ዘለው። ‘ምስ በዓል ጌታቸው ምስ በዓል በቀለ ሰሙን ተሪፉና ክንፈላለ’ እንድዩ ዝበሃል ዘሎ።” እናጣቐዐት ደረፈት። “ብኣይ ካኣ ኣይትጠራጠሪ። ኣጋጣሚ እንተረኺቦምኒ’ውን ኣይነግሮምን’የ። እዚ ቃል’ዩ። ከምኡ እንተኾይኑ’ሞ ምሕዝነትና ኣብ ቅድሚ ንፋስ ዝተኾመረ ሓሰር ንፋይ’ዩ። እናረኣኹ እናሰማዕኩ ንጦር ኣሕሊፈ ኣይህበክን’የ።”

“ እንቲ ኤልሳ ዘይንተኣማመን ስለዝኾና ኣይኮንኩን። ንዓኺ እንተረኺቦምኺ ግን ንዓይ’ውን ረኺቦሙኒ ማለት’ዩ። ‘መኣዛ ከይመጸት ኣይንፍንወክን ኢና’ ኢሎም ጅሆ ክሕዙኺ ይኽእሉ’ዮም ኣብ ከምዚ’ውን ዝግበር የለን። ኣነ’ውን ምእንቲ ድሕነትኪ ባዕለይ ክኸዶም’የ። ብሰንከይ ኣብ ሓደጋ ክትወድቂ ዝደሊ ኣይኮንኩን።” በለታ።

“ማዕረ ክንድኡ ሓይሊ ከም ዘለዎም ጌርኪ ኣብ ኣእምሮኺ ቦታ ኣይትሃብዮም። ብስውር እምበር ብጋህዲ ከምኡ ክገብሩ ኣይክእሉን ኢዮም።”

“ኣንቲ ኤልሳ እንታይ ኢኺ ኣብ ኣስመራ ከም ዘይትነብሪ ጋሻ ትኾኒ። ክትፈልጢ። ኣብ ድኹም ኩሉ ሓያል ኢዩ ። ድልየትካ ካብ ምግባር ንላዕሊ ድማ ካልእ ሓይሊ ኣብ ዓለም የለን። ድልየቶም እንድዮም ዝገብሩ ዘለው። የፈራርሑና። ይኣስሩና። ይቐትሉና ሙሽ ኣለው። ኣእምሮና በዚ እንድዩ ርዒዱ ኣንቲ ኤልሳ። ከመይ ጌርኪ ‘ኣብ ኣእምሮኺ ቦታ ኣይትሃብዮም’ ትብልኒ። እንተዝኽእል ። ኣይኮነን ኣብ ኣእምሮይ ንሓንቲ ደቒቕ’ውን ክዝክሮም ኣይምደለኹን። እንተኾነ። ብሓይሎም ኣብ መሬትና ቦታ ረኺቦም መሬትና ምስ ተቆጻጸሩ ድማ ከይደለናዮ ኣእምሮና ብኣኣቶም ክሓስብ ጀሚሩ።” በለት ብስምዒት። መግዛእትን ድኽነትን ኣእምሮኣ ስሒሎም ኣብሊሖም ነበሩ። ዝያዳ ዝኾነ ነገር ኣብ ትምህርታ ግድስቲ ኢያ። ነዲኣ ካብ ሸቐጥ ከተገላግለን እንኮ መፍትሒ ትምህርቲ ምኺኑ ትኣምን’ያ። ኣእምሮኣ ንምዕባለ እናሓሰበ ግን። ዝዕንቅጽ ናይ በዓል ኣለማዮ ጉዳይ ገጢምዋ።

“ኦ! ናብ ትምህርቲ ምኻድ ይትረፈና። ኩሉ ሳዕ እቲ እትፈርሖ ነገር’ዩ ዝመጽእ።” በለት ኤልሳ ስምዒት መሓዝኣ ስለዝፈለጠት።

“ኩነታት ርኢና ንበዓል ራሄል ሓቲትና ዘይንኽደሉ ምኽንያት የለን። ከይረኽቡና እዛ ክረምቲ እንተሓሊፋ። ቀቢጾም ክርስዑና ይኽእሉ’ዮም ወይ ድማ መን ይፈልጥ “ግዳጅ ተባሂሎም ኣብ ኩናት ጥብስ ይብሉ ይኾኑ።” መኣዛ ተተስፈወት።..”ኣብዚ ገዛ ሻሂ ዝሰቲ የለን ድዩ ድኣ ሽኮርኩም ክሳዕ ሕጂ ዘይውጻእኩምዎ?”

“ልዕሊ ሰብና ንሰቲ። ብፍላይ ዮኤል ሻሂ ክፈቱ መዓት’ዩ። በራድ እንድዩ ብኣፉ ዝጠቡ።” መኣዛ ዮኤል ምልዓሉ ባህ በላ። ንዕኡ ዝምልከት ዕላል ስለ ዝተላዕለ እዝና ኩር ኣበለቶ።

“እንቋዕ ኣይሰምዓኪ! ኣብ ቅድሚኡስ እምበር ከምኡ ኣይምበልክን። ንማትሪክ ይዳሎ ስለዘሎ ሻሂ መበራበሪ ይኾኖ’ዩ።”

“ኣየናይ ምድላውክ ጓለይ! ለይትን መዓልትን ምስ መጽሓፍ ኮይኑ ዘረባኡ። ጻምኡ ድኣ ይፍጠረሉ።”

“ክፈጥረሉ’ዩ። ኩሉ ሳዕ ብልጫ እንድዩ ዝወስድ ሓቀይ?”

“ከማኺ ደብተራ እንድዩ። ብልጫ ሓሊፉኾ ኣይትፈልጥን’ያ። እዚ ክብለኪ ግን ኣብ መጽናዕቱ ጥራይ’ዩ። ድኳንኳ ሓልዩ ዘይፈልጥ።”

“ንስኺ ድኣ ቁሩብ ናቱ ዘይትወስዲ?”

“ኣንቲ ኣነስ ንፍዕቲ ኣንድየ ነይረ። ወላ ብልጫ ኣይውሰድ እምበር ምስ ሕማቓት ዝምደብ ኣይነበርኩን። ምስ ናይዝኒ ናይ ዓይኒ ፍቐሪ ምስ ሓዘኒ’የ ዘርሞ ዘርሞ ኮይነ። ናይዝኒ ናይ ብሓቂ ከም’ቲ ኣብ ትምህርቲ ዘለዎ መንፍዓት ኣይኮነን። ስምዒት ጓል ዘይርድኣ በረድ’ዩ።” መኣዛ ካርካር ኢላ ስሓቐት።

18 ክፋል

“ስሚዒትኪ ስለዘይፈጸመልክስ ‘በረድ’ ኢልኪ ትጸርፍዮ? ወዲ ተባዕታይ ስምዒት ጓልኣንስተይቲ ብምርድኡ ጥራይ ድዩ ብልሑ ዝምዘን? ናይ ብሓቂኸ ናይ ጓል ስምዒት ጠንቐኡ ክፈልጥ ዓቕሚ ኣለዎ ድዩ? ኣነ

ብወገነይ። ጓል ባዕላ ስምዒታ እናሸፋፈነት ወዲ ክርድኣላ ምጽባያ ‘ሕልመይ ከይነገርኩኻ ፍትሓለይ’ ከም ማለት ኮይኑ’ዩ ዝስመዓኒ። ናይዝኒ ናይ ብሓቂ ገርሂ’ዩ። ብተዘዋዋሪ ዝርድኡ ወዲ ኣይኮነን። ሓሳቡ ፍልጠት ዕላሉ ድማ ትምህርቲ ጥራይ’ዩ።

“ኣንቲ ዘይ ምስ ጸገምካ ኢኻ ከምኡ እትብል። እፈትዎ ስለዝነበርኩ ክርድኣለይ እጽበዮ ነይረ። ኣንቲ ገሊኡም ድኣ ፈጣናት እንድዮም። ካብ ኣጠማምታኻ ብዘይ ጭልፋ ፍቕሪ ክቕድሑ ዓቕሚ ኣለዎም። ናይዝኒ ግን ከምኡ ስለዘይኮነ። እቲ ባህጊ’ዩ ዘዛርበኒ ዘሎ። ዘይግበር ኮይኑ እምበር ብኻ ሓቲተዮ ከማን። እንታይ’ዶ ምበለኒ’ዩ? ዝድህል ሰብ ከኣ ኣይኮነን። ከምኡ እንተገይሩ ኸኣ ምቕበጽኩ።”

“ከመይ ጌርኪ ጓለይ ክትሓትዮ? ጓልዶ ንወዲ ትሓቶ’ያ? “ሓቲታትኒ’ ኢሉ ንኹሉ እንተኣውረየልኪ’ኸ? ራሄል እንታይዶ ረኺባ ኢያ? ንዮሴፍ ኣፍ ኣውጺኣ ዘይሓተተቶ ክነሳ ‘ሓቲታትኒ’ ኢሉ ንኹሉ ተማሃራይ ኣየውረየላን ድዩ? ፈቲኻ ከም ዘይፈተኻ ትም ኢያ ጽብቅቲ ኤልሳ። እንታይ ገደሰካ ኢኻ ፈኾስኮስ እትብል?”

“ከምዚ ናተይ ድማ ተሓሚስካ ትነብር።”

“ተሓመስ! እቶም ዝበዝሑ ኣወዳት ካብ ኣቀራርባኻ ይርድኡም’ዩ። ንወዲኸ ’ፈትየካ’ ኢልካ ይሕተት ድዩ?” ንሳ ስለዘይትገብሮ ኣስደመማ። ዋላ ብፍቕሪ ክትመውት እንተትደሊ ኢዳ ክትህበሉ ዘይትደሊ ጉዳይ’ዩ።

“በትሪ ፈሪሕና’ምበር ኣዴታትና ዝውዕለኡ ንፈልጦ ኢና።’ ድየን ዝበላ ምራኹት። ዝርዳእ እንተስኢንካ ካብ ስቅያት ጽምም ኢልካ ትሓትት’ወ። እንተኾነ ኣይገበርክዎን። ከም’ተን ምራኹት ዝፍራሕ ፈሪሕና።”

“ኣነ ባዕልኺ ነጊርክኒ እምበር ዋላ ሓንቲ ኣይጠርጠርኩን። እንታይ ርኢኽሉ ከም ዝፈተኽዮ’ውን ኣይርድኣንን። ናይዝኒ ምስ ሰብ’ኳ ከዕልል ዘይክእል። ወዲስ ዕላሉ እንተመሲጡካ’ዩ’ምበር ፈዛዝ ድኣ እንድዒ! ንኽምዚኡም ኣወዳት ንፍቕሪ ክትምነዮም የብልካን። ‘ሎሚዶ ይሓተኒ ጽባሕ’ ክትብል ከም ማሸላ ከይዓምበብካ ትሓርር። ናይዝኒ ድኣ ዋላ ምልክታት እናረኣየ ከመይ ኣቢሉ ክርድኣ?! ምልክታትካ ኣብቲ ናቱ ዓለም ትርጉም የብሉን።”

“ዝረኣኹሉስ ኣለኒ መኣዛ ሓብተይ። ፍቕሪ ድማ መምዘኒታት የብሉን። ተዛራቢ ኣይብል ፈዛዝ- ከም ማይ ንዝመጻ’ዩ ዘጀብጅብ። ቀንዲ ንናይዝኒ ዘፍተወኒ ድማ ትዕግስቱ’ዩ። ረዚን ወዲ ኵርዓቱ ጥራይ ይኣኽለኪ’ዩ። መልክዑ ድማ ሽኮር እንድዩ ኣቲ መኣዛ።” ኣብ ኣእምሮኣ ምስሉ እንዘከረት ኣስተንተነት። ሓደ ዓመት ብፍቕሩ ንበይና ሕምስ ዝበለትሉ ወዲ’ዩ። ንሱ ግን ክርድኣ ስለዘይከኣለ። ልባ እህህታ ፍቕሪ ጸጊቡ ጸጊቡ ዘፍ ኢሉ። ዛጊት ክትረኽቦ እንከላ’ውን ስንፍ ትብለሉ’ያ። ንሱ ድማ ከም ቀደሙ ልቡ ንጣር ቍልዒ ፍቕሪ የብላን።

“ከመይ ኢሉ ድኣ’ሉ ሽኮር ዝኾነ? ቀይሕ ከይትብልዮ ኣንበጣ ዝመስል ቅይሒ’ዩ። እኳ ብዕላሉ መሲጡኒ ከይትብሊ። ኣብ ደብሪ ዓባሳት ዝተሳለመ ክመስል ዕዙም’ዩ። ምናልባሽ ኣብ ትምህርቱ ንፉዕ ይኸውን።” ቀይሕ ወዲ ስለዘይትፈቱ ኣነኣኢሳ ተዛረበት።

“ኣይጠመትክዮን መኣዛ ሓፍተይ። ፍሽኽ ክብል እንከሎ ልብኻ ስልብ ዘብል መኻፍቲ ኣፍ ኣለዎ። ኣዋልድ ክላስና ‘ኣስናኑ ክጽብቕ’ እናበላ እንድየን ዝግረማ። ኣደይ ማርያም ዝወቀጠቶ ግርጻን ኣለዎ። ከንፈሩ እንተጋሊሁ ኣብ መኻፍቲ ኣፉ ጥራይ ከተተኵር ኢኻ እትግደድ። ኵርዓቱ ድማ ዝያዳ ኩሉ’ዩ። ዋላ ኣዘራርባኡ ኣስተውዒልክሉ እንተኼንኪ። ህድኣት ኣለዎ። ኣነ ድማ ኵሩዕ ወዲ ኣጸልል ኢዩ ዘብለኒ። ጥልዕ ኢሉ ክኸይድ እንከሎ ርግቢት ኮይኑ’ዩ ዝስመዓኒ። እዘን ናይ ገዛ ረጋቢት ኣስተውዒልክለን እንተኼንኪ። ኣፍልበን ነፊሐን ኮደደድ ክብላ እንከለዋ ደስ ክብላኻ!”

“እዚ ወዲ ድኣ ዓጽምኺ ሓሊፉ ኣብ ኣንጕዕኪ እንድዩ ኣትዩ። ኩለንትናኡ ኢኺ ኣጽኒዕክዮ። ናይዝኺ ፍሽኽ ይብል ድዩ ጓለይ? ኣነስ ፍሽኽታ ርእየሉ’ኳ ኣይምበልኩን።”

“ንስኺዶ ትጥምቲ ኢኺ? ንወዲ ፍሽኽ ኢልኪ’ኳ ዘይትፈልጢ። ከምኡ ስለዝኾንኪ ካብ ደቂ ትምህርትና ክሳብ ሕጂ ዝደፈረኪ የለን። ‘ዘይትድፈር’ዮም ዝብሉኺ።”

“ኮኹበይ ተደፋሪ ብዘይ ምኺኑ ንነብሰይ ከም ዕድለኛ’የ ዝሓስባ። ደሓር ድማ ኣብ’ዚ ዘለኽዎ ዕድመ ኣብ ፍቐሪ ክኣቱ ድልየት የብለይን። ድኽነትን ፍቐርን ብሓደ ኣይከዱን’ዮም። ከብድኻ ከይጸገብካዶ ፍቐሪ ትምነ ኴንካ?! ተማሂረ ነደይ’ዶ እሕግዝ ወላስ ኣብ ዘየድልየኒ ፍቐርን ወዲ ፍቐርን እወድቐ!”

“ኣይ ከምኡ ክትብሊ ግዳ ኣይትኽእልን ኢኺ። ፍቐሪ ከም ሞት ንኹሉ ማዕረ’ዩ። ‘ድኻ’ዩ ሃብታም’ዩ። እናበለ ሰብ ዝመርጽ ኣይኮነን። መኣዛ ድማ ፍቐሪ ክሕዘኪ’ንከሎ ኣየርእየና ኢዩ። ከም ጸጋይ ፍቐሪ ከልቢ ከይከውን ይስተርኪ ጥራይ።” ሰሓቐት።

“እንታይ ገበርኩኺ ጓለይ...? ዘይድፈር ኮኾበይ ሓደ ጋንድያ ክደፍሮ ኣየሕዝነክን?! ‘ዋሕስ ጸውዕ እንተበልዎስ ብዓል በለስ’ ድዩ ዝተባህለ። ንፍቐሪ ተሓቲተ ዘይፈልጥሲ መልኣከ ሞት ‘ፍቐሪ’የ’ ኢሉ ክመጸኒ!”

“ድሓን መኣዛ ሓብተይ ክሓልፍ’ዩ - ዘይሓልፍ የለን” ኣጸናንዓታ ኤልሳ።

“ዝረሳዕክዎ ሓደ ጉድ ግዳ ክነግረኪ። እቶም ኣምሓሩ ክረኽቡና እንከለዉ እታ መመርኰሲት ክትኮነኒ ሒዘያ ዝነበርኩ ናይ ባዮሎጂ ጥራዝ። ኣብ ሰምበል ኣብቲ ዝኣተኽዎ ገዛ እንድየ ረሲዐያ። ክገርመኪ ኣብኡ ከም ዝረሳዕክዋ ቅድሚ ትማሊ’የ ዘኪረ።... ልበይ ምሳይ ዘየሎ፤ እንታይ ይበሃል እዚ?” ብልባ ነቶም ኣብ ጭንቀት ዘጥሓልዋ ኣምሓሩ ረገመቶም።

“ምስ’ዚ ኣጋጢሙኪ ዘሎ ሕማቕ ነገር ኣይትጸናብርዮ። ኩሉ ሰብ ይርስዕ’ዩ። ኣጋጣሚ ከኣ ረሲዕክያ። እዚ ኣብ ኩሉ ዝርኣ ነገር’ዩ። ... እታ ጥራዝ ተድልየኪ ድያ? ዝጸሓፍክላ ሚስጢራት እንተዘይብልኪ ንርእሳ ይግበረላ።”

“ዋላ እንተዘይብላኸ ጥራዘይ ደርብየ ትም ክብል? ንማትሪክ መዳለዊ ተድልየኒ’ያ።”

“ንመጽናዕቲ ናተይ ኣሎ። ብፍሉይ ነገር እንተዘይደሊኽያ ግደፍያ - ናብቲ ገዛ ዘምልስ የብልክን። ጽቡቕ ኣሎ ሕማቕ ኣሎ። ነታ ጥራዝ ክትብሊ ኣይትኺዲ። ደጋጊሞም ክመላለሱ ስለ ዝኽእሉ ከይረኽቡኺ።” ኣጠንቀቕታ።

“ገዛይ ኣብኡ ከም ዘይኮነ እንተፈሊጦም ድኣ እንታይ ክገብሩ ክመላለሱ? ኣይመላለሱን’ዮም። ሓደ መዓልቲ ክተካይድኒ ኢኺ። ጥራዘይ ደርብየ ትም ክብል ድኣ ኮይነ! እተን ሰበይቲ’ውን ክስከፋ ይኽእላ’የን። ናብ ትምህርትና ካብ ዝሰዳለይ ባዕለይ ከይደ ጥራዘይ ምእካብ ይሕሸኒ።” ብምባል ወሰነት።

“’ናይ ግድን ከምጽኣ’የ’ እንተኢልኪ ከካይደኪ። ካልኣይ ገዛኺ ድማ ንርእዮ።” ብጭርቃን ፍሽኽ በለት። “ምስ’ተን ዝተቐበላኺ ሰበይቲ ኣዕሊልና ንምለስ። ሻሂ ኣስትየናኺ ድየን?”

“ኣብየየን እምበር ከፍልሓ ሓሲበን ነይረን። ህዝብና ብሩኽ እንድዩ። ጋሻ እንተመጺእዎ እታ ዘላቶ ንግፍ ኣቢሉ ክህቦዩ ዝደሊ። ክወጽእ እንከለኹ ናይ ብሓቂ ገዛ ዝጠፍኣኒ መሲል’ወን ጓለን ከተዳልየኒ ‘ተማልእያ’ ኢለናኒ። መስኪነይቲ ሽግረይ ኣይፈለጥኦን።”

“ኤርትራዊት ዶ ይመስላ?”

“እንድዒ እዚኣስ ክብድ ኢላ’ያ። ከመይ ገይረ ክፈልጠን? ንሰብ ርኢኻ ትውልዱ ኣይትፈልጥን ኢኻ። ኣብ ዘበነ ሕውስውስ ኩሉ ተሓናፊጹ’ዩ ዘሎ። ኤርትራዊ ዝፍለየሉ ግዜ ክሳብ ዘይመጸ እዛ ሕቶ ምምላሳ ከባድ ኢያ።”

“ኩነታተንከ ኤርትራዊት’ዶ ይመስላ?”

“ዝመስላ ኮይኑ ይስመዓኒ.. ኣንቲ ኪዲ እባ በልኒ።” ሃንደበት ብድድ በለት። “ንኣደይ ቀልጢፈ ክመጽእ እንድየ ኢለያ። ወረ ግዜ ከይዱ’ዩ።” ኣብ ሳሎን ንዝነበረት ስዓት ተመልከተት።

“ዘይትሓድሪ መኣዛ። ኣዕልል ክንሓድር በጃኺ ሕደሪ። ሓንቲ መዓልቲ’ኳ ሓዲርኪ ዘይትፈልጢ?”

“ኣደይ እንተ ዝነግራ ሓቅኺ ኔርኪ። ካልእ መዓልቲ ክሓድር’የ። በለት። ካብ ሳሎን እናወጸት ኣዒንታ ናብቲ ካልእ ክፍልታት ኣቋመታ። ድምጻ ሰሚዑ ዮኤል ክወጽእ ባህጊ ነበራ። “ኣብ ዝጥዓመኒ መዓልቲ ክመጸኪ’የ

ንሰምበል ክንከይድ” ዓው ኢላ ኣድመጸት። እተን ቃላት ንኤልሳ ዘይኮና ዮኤል ድምጺ ሰሚዑ ንኽወጽእ ዝዓለማ ነበራ። ኣጋጣሚ ኮይኑ ዮኤል ኣይተቐልቀለን።

“ንዮኤል ደሓን ሕደር በልለይ።” ብመንገዲ ኤልሳ ክመጽእ ሓበረት። ኤልሳ ግን ቁሊሕሊሕ ኢላ ትም በለት። መኣዛ ስምዒታ ተቐጻጸረት። ክትወጽእ ኣይከኣለትን። ‘ዮኤል ደሓን ሕደር” እንተሰምዐ ሰምዓ እንተዘይሰምዓ ድማ ክትቀብጽ ደለየት።

“ትኸዲ ዲኺ ዘለኺ?” ክዳኑ ቀያዪሩ ካብ መደቀሲኡ ወጸ።

“ክትኰርዕ ዲኻ ደሊኻ ዋላስ መጽናዕቲ’ዩ ኣድህቦኻ ሰሪቑ?” ገጹ ምስ ረኣየት ውሽጣ ብሓጐስ መሊኡ ኣድመጸት።

“ኩሉምሉ’ዩ። ከም ትኺን ኣብ ገዛኻ ምኹራዕ ክንላመዶ’ምበር።” ደድሕሪኣን እናሰነመ ኣድመጸ። ንመኣዛ ክሕልዋ ኢዩ ጸኒሑ። ቴፕ እናሰምዐ ፍርቂ ልቡ ናብ መኣዛ የድህብ ነበረ። “ደቀ’ስመራ ጻዕዳ ደቂ’ዛ ሕያወይቲ ፋሕ ጭንግራሕ ኢልና ከም ዘይመታዓብይቲ” እትብል ናይ የማነ ባርያ ደርፊ ግን ዋላ ንመኣዛ ኣረሲዓቶ።

“ናበይ ድኣ ደሊካ መሸት ምድሪ?” ደድሕሪኣን ክስዕብ ስለዝረኣየቶ ኤልሳ ሓተተቶ።

“ናብቶም ተመሃሮይ።”

“ናይ ምሸት’ከ ጀሚርካሎም ዲኻ?” ሓድሽ ዘረባ ስለዝሰምዐት ተዛረበት።

“ሓደ ሓደ ግዜ ሕምቐ ክብሉ እንከለዉ ባዕለይ እንተጠቐሞም ኢለ እውሰኽሎም።” ከም ዝሓሰወ ከይፍለጥ ዘረባኡ ኣነጸሮ። ኣብ ቲራቮሎ ንገዝኦም እናኸደ ዝምህሮም ተማሃሮ ኣለዉዎ። ኣብ ሰሙን ሰለስተ ግዜ። ካብ ስዓት ክልተ ንሓደ ሰዓት ይምህር። ሽዑ ግን ካብ መኣዛ ንኽይተርፍ ዘምጽኦ ምኽኒት’ዩ እምበር ምሸት ዝምህረሉ ግዜ የብሉን።

“ድሓን እቶ ንመኣዛ’ኳ ተፋንዋ።” በለት ኤልሳ ግርህ ኢላ። “በሊ መሓዛይ መዓረይ ድሓን ቀንዪ።” ካንሸሎ ከፊተን ምስ ወጻ ተፋነወታ። “ዮኤል ሓደራ ከይተምሲ።” ንሓዋ ተማሕጺና ካንሸሎ ዓጸወት።

“ናይ ምሸት ክትውሰኽሎም እንከለኻ ስድራኣም’ከ ገንዘብ ይውሰኹኻ ድዮም?” መንገዲ ምስ ጀመሩ መኣዛ ዕላል ከፈተት።

“ኣይውሰኹንን’ዩም። ‘ወሰኹኒ’ ክትብሎም ጽቡቐ ኣይኮነን። ብርትዕ እንተኢልዎም ስሕት ኢለ’የ ብምርጫይ ዝደግመሎም።” ንመኣዛ’ውን ብሓሶት ጠበራ። ልቡ ግን። “ምሳኺ ከዕልል” ትብል ዘላ ክትመስል ትነጥር ነበረት።

“ሕጂ ትኽ ኢልኪ ንገዛ ዲኺ?” ዘይሓሰበሉ ዘረባ ሰንደወ። መኣዛ ቀኒሕ ኢላ ጠመተቶ። ድሕሪኡ ርእሳ ብኣዎንታ ነቕኒቕ ፍሸኽ በለት። ፍሸኽታኣ ኣብ ውሽጡ ዝፈጥረሉ ሓጐስ ዘረጋገጸት’ያ እትመስል። ኣብ መንነ ክልቲኣም ስቕታ ሰፈነ። ክልቲኣም ትም ኢሎም ኣረጋግጻ እግሮም ጥራይ ክሰምዑ ጀመሩ። “እንታይ ድኣ ትም ኢልኪ?” ድሕሪ ሓጺር ስቕታ ናቱ ገዲፉ ንዓኣ ሓተታ።

“እንታይ ድኣ’ሞ ክብል?” ከየስተውዕለላ ተጠንቂቕ ኣብ ሳንቡኣ ዝነበረ ኣየር ኣውጽኣቶ።

“ማለተይ’ሲ ኣዕልሊ።” ኣፉ ከፊቱ ክስሕቃ ፈተነ። ኣዘራርባኡ ክቆጻጸር ዝከኣሎ ጻዕሪ ኣካየደ። ውሽጡ ከም እተዘራረገ መኣዛ ክትፈልጦ ኣይደለየን።

“ንስኻ’ምበር ኣዕልል። ዋላ ንስኻ ዘይተዕልል ዘለኻ።” በለቶ ንቕድሚኣ እናጠመተት። ቀኒሕ ኢላ ከይትርእዮ ድፍረት ኣይረኽበትን። ኣካይዳኣ ከይተረፈ ፍርሓት ዝዓብለሎ ነበረ። ቃላታ’ውን ተጠንቂቕ’ያ ተውጽኣም ኔራ።

“ኣነ ድኣ ኣዕልል እንድየ ዘለኹ።” ብሓጺሩ መለሰላ። ክሞልቋ ዝደለየ ስሓቕ ኣፉ ሓቲማ መለሰቶ። ተኸባቢዶም ከም ዝነበሩ ካብ ኣዘራርባኡ ክትፈልጥ ኣየሸገራን። እንተኾነ እትሕግዞ ስለዘይነበራ ትም በለት። “ሰሓቒ። እንታይ ዘሰክፍ ኣለኪ - ክልቴና ኣሕዋት ኢና።” ሰሓቓ ብሕፍረት ከም ዝመለሰቶ ስለ ዘስተውዓለ ከተባብዓ ፈተነ።

“ኣብ ገዛኹም ብዙሕ እንድየ ስሒቐ ከይውድኣኒ’ባ” በለት ድንን እናበለት።

“ስሓቕ ይውዳእ ድዩ?”

“ይወዳእ እወ። እዞም ምሉእ መዓልቲ ኮርዮም ዝውዕሉ ሰሓቕ ስለዝተወድኦም እንድዮም!”

“ብሓቂ ኣስተውዒልክሎም ኣለኺ። ሻሂ ናይ ዘስተኹኺ እዚ ዘይበሃል ምስጋና ኢኺ ኣሰኪምክኒ። ዋላ ካብ ሳሎን ምስ ወጻእኩ ‘ዮኤል’ እናበልኪ ተመስግንኒ ኔርኪ።” እትብሎ ክሰምዕ ብስያፍ ጠመታ።

“እዋእ!” ካብ ልቢ ሰንበደት። ናይ ውሽጣ ጓሕጉሑ ዝፈለጣ ኮይኑ ተሰምዓ። ካብ ገጹ ተንብቦ ከምዘለዋ ኣዕሚቑ ጠመተቶ። “ምስ ከድካ ብዛዕባኻ ኣየዕለልናን።” ስምዒታ ከይፈልጥ ክትከዋውል ፈተነት።

“ስመይ ብተደጋጋሚ ክጥቀስ እሰምዕ ነይረ’የ።” ከለፋልፋ ደለየ። እምበር ዝሰምዖ ነገር ኣይነበሮን።

“እሞ ንሳኻ’ውን ተጽንዕ ኣይነበርካን ማለት’ዩ።” ስምዒትካ ፈሊጠዮ ኣለኹ ብዝመስል ኣጠማምታ ጠመተቶ።

“እናጽናዕኩ እምበር እሰምዓክን ነይረ።”

“ኣእምሮኻ ፍርቂ ፍርቂ ተመቒሉ ነይሩ ማለት’ዩ። ኣይ ካብ መጽናዕቲ ኣይ ካብ ዕላል ካብ ኩሉ ጥራይ ተሪፍካ ከይትኸውን። እምበር ንሕናስ ብዛዕባኻ ኣየዕለልናን።”

“ብዛዕባይ እንታይ ድኣ ተዕልላ ነይርክን?” ሓተታ።

“ከመይ ገይረ’ሞ ክዝክሮ! ብዙሕ ከም ዝሓለፈካ ግን ፍለጥ። ኤልሳ ሓፍትኻ ከተዕልል መዓት ኢያ።”

“ናይ መን’ሞ ይጥዕም?” ናትካ ክትብሎ ቀው ኢሉ ተጸበያ። ንኹሩዕ ኣካይዳኣ ኣዒንቱ እናሰረቐ ተዓዘቦ። “ጓል ሃብታም እንተትኸውን እዚኣ..” ክትኮኖ እትኽእል ኣብ ሓሳቡ ብልጭ በሎ።

“ክንዲ ኤልሳ ደኣ ካበይ ከተምጽኦ! ክንዲ ርብዓ’ኳ ዘይብልካ!” ዲል ክትህቦ ኣይደለየትን’ምበር ብምቁር ዕላል ካብ ዓለም ቀዳማይ ምሰርዓቶ። ኣፍደገ ናይ ልባ ግን ባዕሉ’ምበር ባዕላ ክትፍንቅቐሉ ኣይደለየትን።

“መሓሊ እስከ!” ኢዱ ዘርግሓላ። ጠቒዓ እናጠመተቶ ሰሓቐት። “ስለ ዝሓሰኺ ርኢኺ ስሓቅ መሊቑኪ!”

“ኣይሓሰኹን ሓቀየ’የ። ሓሲኻዶ ይመሓል’ዩ?! ብዘይጠቅም ዝመሓል ኣይኮነን። ሓጥያት’ዩ።”

“ብኡነት!” ክትምሕለሉ ደለየ።

“ስጋ’ደይ ማርያም!” ግልጽ በለቶ። ኣብ ገጹ ናይ ጭርቃን ክምስታ ረኣየት። “ኣነ ናይ ልበይ እናዕለልኩኻ ትጻወት ኣለኻ።” ገጻ ኣዕቲባ ቀኒሕ በለቶ።

“እጻወት ኣይኮንኩን ዘለኹ። ‘ስም መልኣኽቲ ብከንቱ ኣይትጸውዕ’ ዝብል መንፈሳዊ ቃል’የ ዘኪረ። ‘ስጋ’ደይ ማርያም’ ኢልኪ ትምሕሊ! ንሱ’ዩ ኣሰንቢዱኒ።” በላ ከጨንቓ ደለዩ።

“ብዙሕ ሰብ ይምሕለሉ’ዩ ኣይተሰንብደኒ።” ከም ዝነጸገቶ ሓበረቶ። ኣብ ቀንዲ ጽርግያ ናይ ኤክስፖ በጽሑ።

“ሕጂ ደኣ ስዓት ክንደይ ክትምለስ ኢኻ - ኣይመሰየካን?” ብሓልዮት ሓተተቶ።

“እንተመስዩኒ ገዛኹም እመጽእ ተሕድርኒ። ኢሂ ይጽግመኪ ድዩ?”

“ምጻእ ጥራይ ዋላ ሓንቲ ጸገም የለን።” በለቶ። ዮኤል በቲ ጐደና ንቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ ገጻ ትሕንበብ ዝነበረት ጂፕ ዝዓይነታ መኪና ኣተኵሩ ጠመተ።

“ኣብ’ዛ ዝሓለፈት ጂፕ ሓደ ሰብ ተገልቢጡ ክጥምተኪ ጸኒሑ።”

“መዓስ?” ኤልሳ በድ በድ በለት። እታ ጂፕ በየን ከም ዘበለት ንምርግጋጽ ቀባሕባሕ ኣብዝሐት። ገና ውኖኣ ከይተቐጻጸረት። እታ ጂፕ ተመሊሳ ኣብ ቅድሚኣም ደው በለት። መኣዛ ኣብ ውሽጢ’ታ ጂፕ ንዝነበረ ሰብ ስለዘላለየቶ ቀዚዛ ተረፈት።

19 ክፋል

ካብታ ጂፕ ዝዓይነታ ወታሃደራዊት መኪና በለጠ’ዩ ቀዲሙ ወሪዱ። መኣዛ ንእለት ኣዒንታ ናብቲ ዘይወረደ ኣውቲስታ ገበረት። ትፈልጦ ኣይነበረትን። እንደገና ናብ ዳሕረዋይ ሰዲለ ጠመተት። ንኣለማዮ’ያ ትደሊ ነይራ። እንተኾነ ኣብ ኣዒንታ ክኣቱ ኣይከኣለን። ኣብታ ጂፕ በለጠ ምስ ካልእዩ ጥራይ’ዩ ነይሩ። መኣዛ ግን ዋላ ኣረጋጊጻ እንከላ ኣይቀሰነትን። ዮኤል’ውን በቲ ዝተፈጥረ ሃንደበታዊ ኩነታት ሰንቢዱ ነበረ። ወትሃደራት ደርጊ ኣዒንቶም ኣብ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ እንተዓሊበን ጨካናት <u>ምኳኖም</u> ይፈልጥ’ዩ። እቲ ወትሃደር ንመኣዛ ዘሸግራ ዝነበረ ምኽኑ ኣይሰሓተን። ኣብ ቅድሚኡ ኣሞ ድማ ዓቕሚ ዘይብሉ ከምኡ ከጋጥም ኣይተዋሕጠሉን። ጨውዮም ክወስድዋ እንተሓሲቦም ሓገዙ እንታይ ክኸውን ከም ዝኽእል ኣይፈለጠን። ከናግፋ እንተፈቲኑ እንታይ ግብረ-መልሲ ከም ዝጽበዮ ይፈልጥ’ዩ። ኣብ ጭንቀት ተዓኒዱ እንከሎ። በለጠ ናብ ክልቲኦም ከምርሕ ረኣዮ። ደፊሩ ክጥምቶ ስለዘይከኣለ ዮኤል ኣዒንቱ ሰበረ። መኣዛ ግን ካብ ቁጽጽራ ወጻኢ እናጠመተት ተጸበየቶ።

“መኣዛ ከመይ ቀኒኺ?” በለጠ ብፍሕሸው ገጽ ምውቕ ሰላምታ ኣቕረበ። ዮኤል ከምኡ ስለዘይተጸበየ ብምግራም ቀው ኢሉ ጠመቶ። ካልእ ክፍጽም’ዩ ዝጽበዮ ነይሩ። ንመኣዛ ተሰኪሙ ኣብታ መኪና ዘእትዋ’ዩ መሲልዎ።

“ድሓን’የ።” ብዝተዳህለ መንፈስ ዓጸፌታ መለሰት። ጽቡቕ መዓልቲ ከም ዘይወዓለት ኩሉ ነገር ድንግርግር በላ። ልባ ብፍርሒ ፈጥ ፈጥ በለት።

“በለጠ እበሃል።” በለጠ ስሙ ሓቢሩ ንዮኤል ጨበጦ። ብዝተኻእለ መጠን ፍኹስ ክብሎም’ዩ ፈቲኑ። ኣብ ቅድሚኣም ደው ምስ በለ። ክልቲኦም ከደሃሉ ኣስተውዒሉሎም’ዩ። ከምኡ ስለዘቕለበ ስምዒቶም ከረጋግእ ዝገበሮ ኢዩ።

“ሓወይ’ዩ። ዮኤል ይበሃል።” መኣዛ ቀዲማ ተዛረበት። ዝኾነ ይኹን ጥርጣረ ከሕድር ኣይደለየቶን። ንርእሳ ኣብ ሓደጋ ወዲቓ ንዮኤል ክትልክሞ ድሌት የብላን።

“ጽቡቕ። ድሓን’ዩ ዋላ ሓንቲ ዘስግእ የለን። ኣነ ድማ ንክልቴኹም ሓውኹም ኢየ።” በለ ንዮኤል እናጠመተ። ኣብ ሓደ እዋን። “ስድራይ ምስ ወትሃደር እንተርእዮምኒ..” ክትብል ስለዝሰምዓ ስክፍታ ሓዲርዎ ነበረ። “ሓውኹም’የ” ምስ በለ። ዮኤል ብኣዎንታ ርእሱ ነቕነቐሉ። ንመኣዛ ከይተጻብአ ክኸደሉ ጥራይ’ዩ ድልየቱ ዝነበረ። ከምኡ ስለዝኾነ ዝተዛረበ እንተተዛረበ ከይፈተወ ብፍሕሸው ገጽ’ዩ ክቕበሎ ዝደሊ።

“እንታይ ደኣ ክንድ’ዚ ጠፊእኪ መኣዛ?” ብዘይ ዲቪዛ ኣጋጢማቶ ስለዘይትፈልጥ። ካብ ጸጉሪ ርእሳ ክሳብ ጽፍሪ እግራ ጠመታ ። ቁንጅናኣ ውልዕ ኢሉ ረኣዮ። ንኣለማዮ ዓርኩ ዘይኮነ ኣብታ እዋን’ቲኣ ንገዛእ ርእሱ ተመነያ። ፋሕ ዝበለ ጸጉራ እንግድዓኣ ከዲኑ ግርማ መገሰ ኣገናኒፍዋ ነበረ።

“ትምህርቲ ስለዝኾንኩ።” ስርቐ ኣቢላ ብፍርሒ እናጠመተቶ ኣመኽነየት። ከባቢኣ ካብ ምቁማት’ውን ድሕር ኣይበለትን። ዝተጨነቐ መንፈሳ ኣይሰኸነን። ኣለማዮ ጽንብር ከይብል ስግኣት ነይርዋ። ተደጋጋሚ ምኽኒት ኣሰልችይዋ ነበረ። ”ሕጂ’ኸ እንታይ ኢየ ክብሎ?” ገና ከይኮነ ብሓሳብ ተዋጠረት።

“ ሻሂ ስተዩ ንዐናይ” ንኽልቲአም እናጠመተ ሓተቶም። መኣዛ ከም ዘይትገብር እናፈለጠ’ዩ ሓቲቱ። ንቀልዓለም’ምበር ንሱ’ውን ሻሂ ክሰቲ ግዜ ኣይነበሮን።

“መስዩ እንድዩ ንገዛ’ባ ክንከይድ ኣውቶቡስ ድማ ከይትሓድገና።” ሰምበል ምኺኑ ገዝኣ ኣረጋገጸትሉ። ዮኤል ብገርሁ ከይዛረቦ ከተጉርሑ ዝገበረቶ’ዩ።

“ዋላ ሓንቲ ጸገም የለን ከነብጽሓኩም ንኽእል ኢና።” ንዮኤል እናጠመተ ተዛረበ። ናይ ዮኤል ስምዒት ከንብብ ደልዩ ነበረ። ዮኤል ክሳዱ ጓዕጺዱ ትም በለ። ነቲ ጉዳይ ጋሻ ስለዝነበረ ክዛረብ ኣይደለየን። እንተተዛሪቡ’ውን ሓቅታት ከየምሉቕ ስግኣት ነበሮ።

“እንታይ ድኣ ክልቴኹም ትም ኢልኩም?” በብሓደ እናጠመተ ሓተቶም። ዮኤል ብሓይሊ ፍሽኽ ኢሉ ትም በለ። ክዋሳእ’ዩ ዝፍትን ነይሩ’ምበር ንመኣዛ ደው ኣቢሉ ከዘራርባ ኣይተዋሕጠሉን። ውሽጡ ብቕንኢ ሕምስ ኢሉ ነበረ። ንመኣዛ ሽዑ መዓልቲ ብጋሻ ስምዒት ከም ዘይጠመታ ። ዘይሓሰቦ ከጋጥሞ ዝተጸበየ ኣይነበረን ። ኣብ ዕላሎም ቀስ እናበለ ስምዒቱ ክገልጸላ’ዩ ድልየት ነይርዎ። በለጠ ጐፍ ምስ በሎ ግን ሓመድ ከም እተኽድነ ተዳህለ።

“ትም ዘይበልና። ድሓን ብዛዕባና ኣይትሰከፉ ብኣውቶቡስ ክንከይድ ኢና ። የቕንየልና።” ተመሻሽነት መኣዛ። ካብ ኣለማዮ በለጠ ከም ዝተርር ትፈልጦ’ያ። ሰምበል በጺሓ ኣብ ዘይቤታ ክትኣቱ ዝገበራ ንሱ’ዩ። ሽዑ’ውን ድርቕ ከይብል ኣፍሪሕዋ ነበረ።

“ኣብ’ዛ ስዓት’ዚኣ ከም ጓኖት ክንርእአ የብልናን። ኩልና ኣሕዋት ኢና። ኣብ ገጽኪ ዘንብቦ ዘለኹ ፍርሓት ኣድላዩ ኣይኮነን። ከምኡ ክትኮኒ የብልክን። ብዘይ ድሌትኪ ዝኸውን ነገር የለን።” ንዮኤል ጠሚቱ ዘረባኡ ኣቋረጸ። ብልክዕ ሓዋ ስለዝመሰሎ ኣብ ቅድሚኡ ምዝራብ ኣተሓሳሲብዎ ክቕጽል ኣይደለየን። “ዮኤል ሓንሳብ ክንዘራረብ ትፈቕደልና ዲኻ?” ፍቓድ ሓተተ። ዮኤል ከይመለሰሉ እንከሎ ግን ንመኣዛ ብምናታ ጨቢጡ ካብ ቅድሚኡ ኣርሕቐ ኣበላ። ዮኤል ተግባር በለጠ ናይ መጨረሻ ድፍረት ሓሰቦ። ከይተረድኦ ዓይኑ ኣፍጢጡ ጠመቶ። ውሽጣዊ ስምዒቱ ኣየኽኣሎን። ከም ነብሪ ተወርዊሩ ክዘጋግሎ ኣይጸልኦን።

“መኣዛ ንስኺ ሓፍትና ኢኺ። ኣብዛ ስዓት’ዚኣ ከም ዓርኪ ኣለማዮ’ውን ኣይትሕሰብኒ።” ካብ ዮኤል ምስ ፈለያ በለጠ ዝተዛረቦዩ። “ዋላ ዓርኪ ኣለማዮ እኹን’ምበር ኣብ ልዕሌኺ’ውን ሓልዮት ኣለኒ። ጓል ኣንስተይቲ ክትብደል ዝደሊ ሰብ ኣይኮንኩን። ዝበዝሓ ደቀንስትዮ ግን ባዕለን ክትብድለን ይደፋፍኣኻ ኢየን። ንስኺ’ውን ከምኡ ትገብሪ ዘለኺ ይመስለኒ’ሎ። መኣዛ ብፍርሓት ጠመተቶ። ኣብ ርእሲኣ ሓዲጋ ከየውርዱ ባዕላ ከም ዘይትደፋፍኦም ነብሳ ትፈልጣ’ያ። ሓደጋ ከየወርዳ ንምክልኻል’ያ ኩሉ ትገብር ዝነበረት።

“ኣነ ዳኣ’ሞ እንታይ ገረኩም? ተማሃሪት ምኺነይ ትፈልጡ ኢኹም። ትምህርተይ ክገድፎ ኣይክእልን’የ።” መንገዲ ስለዝተኸፍተላ ድፍር ኢላ ተዛረበት። ንኣለማዮ ከምኡ ኢላ ኣይምመለሰትሉን። ዘፍርሕ ገጹ ዋላ ኣብ ጐረሮኣ ኣትዩ ምዝራብ ይዓግታ ነበረ።

“ትምህርትኺ ክትገድፍዮ ንሓና’ውን ኣይንደልን ኢና። ኣለማዮ ዓርከይ’ውን ይሓስብ’ዩ። ብልቢ እንተዘይፈትወኪ ከም’ዚ ገይሩ ኣይምተመላለሰክን። ንእትፈትዎ ድማ ኣብ ዕላማኡ ይኹን ካልእ ድሌታቱ ትሕግዞ እምበር ኣይተተዓናቐፍን ኢኻ።ክትፍተዊ ምኻኣል ከም ዓቢ ዕድል ክትሓስብዮ ይግባእ። ውሑዳት ደቀንስትዮ ዝረኽብኦ ዕድል ኢኺ ረኺብኪ ዘለኺ።” ብምባል መለሰላ።

“እ!” ሰንበደት። ምስቲ ዝስምዓ ዝነበረ ስምዒት ኣወዳዲራ ንብዓት ክስዕራ ደለየ። ጐረሮኣ ብሕርቃን ተለኺቱ ቃዕቃዕ ክብል ኣይደንጎየን። ስና ነኺሳ ዓይና ኣፍጢታ እንቅዓ እንቅዓ ኣስተንፈሰት። “እዚ ቅርሱስ ኣጋጣሚ ከም ዕድል ተሓሲቡ! ለይትን መዓልትን ብሸቁረራ እናነበርኩ” በለት ብልባ ሕርር ኩምትር ኢላ። ንበለጠ ቅንዕ ኢላ ክትርእዮ ኣይከኣለትን። ምሒር ሕርቃን ካብ ቅድሚኡ ከንፍጻ ደልዩ ነበረ። ዕድላ ኣብ ቅድሚኣ ክነሱ ኣለማዮ ንዓኣ ምፍቃሩ ከም ጽቡቕ ዕድል ክሕሰበላ ኣስደመማ።

“እንታይ ኴንኪ ዳኣ ትስንብዲ? ሰብ ካብ ሰብ ኣይስንብድን’ዩ። ኩልና ብኣምሳል ኣምላኽ ዝተፈጠርና ሓደ ኢና። ንኣለማዮ ብሕብሪ ገጹ ጥራይ ጨካን ኣይትቁጸርዮ። ውሽጡ ጻዕዳን ከም ማይ ንግሆ ጽሩይን ኢዩ። ወዲ ሰብ

ብጽልሙ ወይ ብመልክዑ ምስ ሰይጣን ክትጽንብሮ ጽቡቕ ኣይኮነን። ምልኩዓት'ኳ ደኣ ክፉእ ተግባሮም ዝሸፍነሎም ደጋዊ ትርኢት ስለዘለዎም እምበር ንሳቶም ይገዱ ሕማቕ ተግባር ኣብ ምፍጻም። ኣለማዮ ዓርክይ እንተትቕርብዮ ምስዚ ሕጂ ዝመስለኪ ዘሎ ኣወዳዲርኪ ንርእስኺ ምገረመኪ ። ኢዱ ቆሪጹ ክህበካ ድሕር ዝብል ኣይኮነን። ሰይጣን ተግባሩ ርእዮም ክፉእ ጌሮም ስለዝሰኣልዎ'ዮም ዝበዝሐ ሰብ ዝደናገር። በዚ ድማ እቶም ዘይምልኩዓት ናይ ሰይጣን ተግባር ዘለዎም ኮይኑ ይስመዓና።" ብምባል ክሰብካ ፈተን።

"ኣነ ከምዚ ትብሎ ዘለኻ ሓሳብ የብለን። ትምህርተይ ክቕጽል ጥራይ'ዩ ድልየተይ። ኣብዚ ዘለኽዎ ዕድመ ትምህርተይ ኣቋሪጸ ካልእ ክሓስብ ኣይደልን'የ። እዚ ከም በደልን ጌጋን ኣይትሕሰብዎ። ንኣለማዮ ከም ሓወይ ኣፈትዎ'የ። ሰብ ከም ዝኾነ ጥራይ'የ ድማ ዝፈልጥ። እዝን እዝን'ዩ ኣይበልኩን። ሰብ ከም ሰብ ጥራይ'ዩ ክምዘን ዘለዎ። ዓሰርተ ዓመት ዝጸዓርኩሉ ትምህርቲ ገዲፍኪ ካልእ ስምዒት ኣሕድሪ ክትብሉኒ ጽቡቕ ኣይኮነን። ካባይ ንላዕሊ በለጠ ብዛዕባ ትምህርቲ ብዙሕ ትፈልጥ።" ንመጀመርያ ግዜ ብስሙ ጸውዓቶ። ዮኤል ተዓኒድ'ዩ ደው ኢሉ ዘሎ። እንታይ ይበሃሃሉ ከምዝነበሩ ይሰምዕ ኣይነበረን። ኣውቲስታ ናያታ ጂፕ'ውን ካብ መኪና ኣይወረደን።

"ጽቡቕ ኣለኺ። ተጋጊኺ ክብለኪ ኣይደልን። ኣለማዮ'ውን ስለዘፍቀረ ክውንጀል ኣይግብኦን'ዩ። ብኡነት ዝከኣል እንተዝኸውን ካብዚ ዘለዎ ዝኸፍእ የለን። ይትረፍ ነብሱ ልቡ ማይ ጨሎት ሓጺብና ካብ ፍቕሪ ከም እትነጽህ ምገበርናያ። እንተኾነ ሓይሊ ፍቕሪ ከም ኩናት ተወርዊሩ ምስ ተሸኽልው ኣይክእልን'ዩ። ኣብ ምሉእ ኣካላትካ ሰራውር ሰዲዱ ይቆጻጸረካ ። እዚ'ዩ ኣጋጢምዎ ዘሎ። ሰብ ከም ምኗንኪ መጠን ክትሕግዞዮ ይግበኣኪ ኢዩ።"

"እንታይ ክሕግዞ?!" ሰንበደት። ኣብ ኤርትራ ሰብ ከጥፍኡ መጺኦም ሓገዝ ምድላዮም ኣስደመማ። ኣብ ዓድን ገጠራትን ኤርትራ ኣለማዮን ኣሕዋቱን ዝፍጽምዎ ዝነበሩ ግፍዕታት ትዝ ኢሉዋ ብውሽጣ ሓንሓነት።

"ንሓደ ዘፍቀረ ሰብ እንታይ ሓገዝ ከም ዘድልዮ ኣይጠፍኣክን'ዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ምእንቲ ሰባት'ውን ይንበር ኢዩ። ካብ'ዚ ዝዓቢ ጽድቂ ድማ የለን። ብዙሕ እዋን ኣታሊልክና ኢኺ። 'ክመጽእ'የ' እናበልኪ ንዓኺ ክንጽበ ግዜና ብከንቱ ኣሕሊፍና። እዚ ርኢኺ ድማ ክትኽሕስና ፈትኒ። ንዘፍቀረ እንተኽኢልካ ክትሕግዞ ጥራይ'ዩ ዝግባእ። ሓኪም። ነፍሲ ወከፍ ሕሙም ሓገዝ ከምዘድልዮ ጥራይ'ዩ ዝፈልጥ። ዘፍቀረ ድማ ንኣፍቃሪኡ ልክዕ ከምቲ ሕማምካ ዝፍዉስ ሓኪም'ዩ ዝርእዮ።"

"ናይ ዓርክኻ ጸገም ጥራይ ይረኣየካ ኣሎ። ዓመታት ዝጸዓርኩሉ ትምህርተይ ኣብ ግምት ኣየእተኻዮን። ኣነ'ውን ናይ ገዛእ ርእሰይ ጸገም ኣለኒ። ፍቕሪ ድማ ከም ሰረገላ ሓደ ፈረስ ጥራይ ዝጓትቶ ኣይኮነን። ክልተ ሰባት ተረዳዲኦም እንተመስሪቶም'ዮም ፍረ ዝህልዎ። ብጸቕጢ ግን ኣይከውን'ዩ።" በለቶ ድፍር ኢላ። ክሳብ መዓስ ከተመኻኒ ክትነብር። እቲ ሓቂ ክፍለጠላ ደለየት።

"ግልጺ ኴንና ክንዘራረብ ምኽኣልና ጽቡቕ'ዩ። ኢሂን ምሂን እንተተባሂልካ ኢኻ ድማ ክተረዳዳእ እትኽእል። ምስ ኣለማዮ ከምዚ ንሕና ክነዕልሎ ዝጸናሕና ከተዕሊሊ ትምኒተይ ኢዩ። ሰባት እንተቕረብካዮም ቅንዕናኦም እናጐለሐ'ዩ ዝመጽእ። ክፉእ ሰብ ዝብሃል የለን። ኣቀራርባና እንተኣጸቢቕና ። እቶም ዝበዝሑ ሰባት መልኣኽቲ ኢዮም። ሕጂ ሓንቲ ሕቶ ክሓተኪ ኣፍቅድለይ።" ጠመታ። ግርህ ኢላ ከተዕልሎ ምኽኣላ መመሊሱ ይገርሞ ነበረ። መኣዛ ግን ክሓተኪ ምስ በላ ኣይቀሰነትን። ካብ ገጹ ሕቶኡ እተንብብ ክትመስል ብስግኣት ጠመተቶ። እቲ ናይ ምርድዳእ ሃዋህው ብዘይትምለስ ሕቶ ካልእ መልክዕ ከይሕዝ ኣሸቕረራ።

"ንኣለማዮ እንታይ ክትሕግዞ ትኽእሊ?" ኣብ ልቡ ዝነበረ ሕቶ ኣንተጎላ። መኣዛ ካብ ዝፈርሓቶ ኣይወጸትን። ንሓደ ብዝኾነ ይኹን ዘይበጽሓ ጓና ጥራይ ዘይኮነ በዓል ደማ ሰብ 'ክትሕግዞ' ክትሕተት ሕንቅልሕንቅሊተይ ነበረ። ነዊሕ ኣብ ሓሳብ ኣትያ መልሲ ስለዝሰኣነት መሬት መሬት እናጠመተት ትም በለት።

"ሰባት ምሕጋዝ ምሳና ዝተፈጥረ ሰብኣዊ ባህርና ኢዩ። ንስኺ'ውን ኣብ ሓደ እዋን ካብ ሰብ ሓገዝ ትደልዩ ኢኺ። እዛ ዓለም ብምትሕግጋዝ'ያ እትንበር። በይንኻ ተነጺልካ ብዘይ ሓገዝ ክትነብር ዝከኣል ኣይኮነን።" በላ ኣዕሚቑ እናጠመተ። ምውቕ ዕላል ምፍጣሩ ክጥቀሙሉ ዝደለየ ይመስል። መኣዛ ስግኣት ደሪኽዋ ከተዕልል ከም ዝተገደደት ኣይተሰቆሮን። "ሰብ ግን ዓቕሙ ጥራይ'ዩ ዝሕግዝ። ነብሱ ወጺዑ ልዕሊ ዓቕሙ ሓገዝ ኣየበርክትን።

እንተ ፈቲኑ ድማ ከየድምዐ ይተርፍ። ንኣለማዮ ክሕግዞ ዝኽእል ኣይመስለንን። ንሱ'ዩ ክሕግዘኒ ዝግብኡ። ኣነ ንእሽተይ ተማሃሪት ሓብቱ'የ። 'ተማሃሪ። ካልእ ምስ ግዜ ከተርክብሉ ኢኺ' ክብለኒ ኣለዎ።" በለቶ ብዘይ ዝኾነ ስክፍታ። ንዘረባኡ መዕጸዊ ክትገብር'ያ ሓሲባ እምበር ካብ ወትሃደር ሓገዝ እትጽበ ኣይኮነትን። ቀሲና ክትመሃር እንተፈቒዶምላ ልዕሊኡ ሓገዝ ኣይምደለየትን።

በለጠ ስሓቕ መሊቑዎ ፍሸኽ በለ። ንዓርኩ ክትሕግዘሉ እንተሓተታ ተመሊሳ ሓገዝ ምድላያ ኣስደመሞ። ትኩር ኢሉ ድማ ጠመታ። ርህራሄ ዝንበቦ ገጻ ደረቕኛ ይመስል ኣይነበረን። በለጠ ግን ብኣዘራርባኣ ከም ደረቕዩ ቆጺርዋ።

"መኣዛ ንስኺ ክትሕግዝዮ'የ ዝሓተኪ ዘለኹ። እዚ ጉዳይ ከም ቀሊል ነገር ኣይትርኣይዮ። ሓደ ብንጹህ ልቢ ዘፍቀረ ሰብ ብቐሊሉ ንኽተረድኦ ጸገም ኢዩ። ኣእምሮኡ ናብ'ቲ ዝሓስቦ ሓደ ወገን ጥራይ'ዩ ዘተኩር። ኣብ ከም'ዚ እዋን ኣብ ዘይተደልየ ሓደጋ ከይወድቕ ዝኣሊ ሰብ የድልዮ። ተባሳጭዩ ነብሱ ከጥፍእ ከም ዝኽእል ኣይትስሓቲ።" ርህራሄ እንተሓደራ ካብ ገጻ ከንብብ ጠመታ። ኣለማዮ ነብሱ እንተቕተለ ንመኣዛ ዕረፍቲ ምኺኑ ኣይተረድኦን።

"እንታይ'ሞ ክገብር ኣነ?" ርእሳ ኣብ እተእትዎ ከም ዝሰኣነት ጓዕጸጾ። ብልባ ግን 'ዋላ ዕዝር ይበል እምበር ወሊደዮ ድየ' ትብል ነበረት።

"ንኣለማዮ ምሕጋዝ ማለት ነብሲኺ'ውን ካብ ሓደጋ ምድሓን ማለት ኢዩ። ሰብ እንተተበሳጭዩ ነብሱ ጥራይ ኣይኮነን ዘጥፍእ። ነቲ ዝበደሎ ዝመስሎ ሰብ ይልክሞ ኢዩ።" ኣትርር ኣቢሉ ተዛረባ። እቲ ሓሳብ ናይ ኣለማዮ ዘይኮነ ናቱ'ዩ ዝመስል ነይሩ። ኣብ ልዕሊ መኣዛ ጸቕጢ ኣሕዲሩ ዘይትደልዮ ክትፍጽም ይደፍኣ ነበረ። መኣዛ እንትርፎ ትም ሓሳባ ኣይገለጸትን። ስግኣታ ግን ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ይዛይድ ነበረ። ክሳብ መዓስ ነግ ፈረግ እናበለት ከም እትቕጽል ኣይፈለጠትን።

"ኣነ ክትርድኣዮ ፈትኒ ጥራይ'የ ክብለኪ ዝደሊ። ኣለማዮ ወትሃደር ምኺኑ ኣይተርፎን'ዩ። ወትሃደር ድማ ዝበዝሐ ኣዋን ብጠበንጃ'ዩ ዝሓስብ። ብፍላይ ኣፍቂሩ ጽቡቕ እንተ ዘይተመሊሱሉ ከም ንዕቀት ኢዩ ዝሓስቦ። ተናዒቕ ስለ ዝብል መስተማሰሊ መንፈስ'ዩ ዝሓድሮ። ኣብ ከምዚ ስምዒት እንተጥሒሉ ድማ ኣዝዩ ሓደገኛ ኢዩ።" በለ ሕጂ'ውን ትርር ኢሉ።

"ኮነ ኢለ ዝገበርክዎ ኣይኮነን። ስለ ዘይጠዓመኒ ክመጽእ ኣይከኣልኩን።" በለቶ ይእመን ኣይእመን ከይተገደሰት። ዝነበራ ምኽኒት ንሱ ጥራይ ኢዩ። ኮነ ኢላ ዝገበረቶ ስለዝኾነ ከም ዘይትእመን ትፈልጥ ኢያ። ከም ዘይትደልዮም ብግልጺ ክትሕብሮም ዘይትደሊ ኣይኮነትን። እንተኾነ እዋኑ ኮይኑ ኣይተሰማዓን። ግዜ ዝወልዶ ስለዘይፍለጥ ክትህወኽ ኣይመረጻትን ። 'ግዳጅ' ተባሂሎም ካብ ኣስመራ ክርሕቁ ይኽእሉ'ዮም ። ብኡ ኣቢሎም ንሓዋሩ ከይምለሱ ተስፋኣ'ዩ። ክሳብ ኣታ መዓልቲ እትመጽእ እናኣማኻነየት ክትሰግሮ ድማ ድልየታ ነበረ።

"ሕጂ ካኣ ከምኡ ትብሊ ኣለኺ?! ሰባት ዝእመኑ ክሳብ ዝመስለኦም ኩሉ ግዜ'ዮም ዘመኻን'ዩ። ዘልኣለም ክተመኻንዩ ዲኺ ክትነብሪ?!" ተቐጥዐ። ዓይኑ ኣፍጢጡ ውሪሕሪሕ ኣበሎ።

"ኣመኽንየ ኣይኮንኩን።" መለሰት መኣዛ ካብኡ ኣይሕለፍ ኢላ።

"ናብ ኣለማዮ ዓርኪይ ክወስደኪ ፍቓደኛ ዲኺ።" ዘይፍጸም ሕቶ ሓተተ።

" ኣብ ቅድሚ ሓወይ ከምዚ ኢልካ ክተዘራርበኒ ደስ ዝብል ኣይኮነን።" በለቶ ነታ ሕቶ ጐስያ።

"ኣነ ከም ሓውኺ ኮይነ'የ ዝመኽረኪ ዘለኹ። ዳሕራይ ምጥዓስ ዋጋ የብሉን። ንዕቀትክን ምትላልክን'ዩ ሓደጋ ከምጽኣልኪ።" ብምባል ሃደዳ።

"ኣነ ኣብ ልዕሊ ሰብ ንዕቀት የብለይን።" ብሓውሲ ምጉርምራም መለሰት።

"ኣነ ጉዳየይ ኣይኮነን። ናትኪ ሓልዮት'ዩ ዘዛርበኒ ዘሎ። ኣለማዮ ዓርኪይ ርህሩህ'ዩ። ርህሩሃት ሰባት ክጭክኑ እንከለው ግን መላሲ የብሎምን። ንዕምር'ኺ ሕሰብላ።" ብምባል ናብ መኪናኡ ሰጐመ። መኣዛ ክሳብ ዝኸዱላ ካብ ዝቕመቶ ከይተንቀሳቐሰት ፈዘዘት።

20 ክፋል

“መኣዛ! ንዕናይ’ባ እንታይ ደኣ ፈዚዝኪ? ከይዶም እንድዮም።” ዮኤል ዓው ኢሉ ካብቲ ሰጢማቶ ዝነበረት ስምዒት ኣበራበራ። ኣብ ምስትንታን ጥሒላ ፍዝዝ ምባላ ንዕኡ’ውን ኣየቐሰኖን። ዋላ’ኳ እንታይ ከም ዝተባህሃሉ እንተዘይሰምዐ። ካብ ገጽ መኣዛ ዘንበቦ ስምዒት ባህ ዝብል ኣይነበረን።

“ሕጂ እንተኸዱ ጽባሕ ይመጹ። መርገም ኣለኒ ኮይኑ’ምበር …” ካብ ኣዒንታ ንብዓት ጀረብረብ በለ። ቆይማቶ ካብ ዝነበረት ሰላሕ እናበለት ሰጐመት። ዋላ ምንቅሳቓሳ ተስፋ ዝረሓቐ ነበረ።

“ከምኡ ጌርኪ ተስፋ ኣይትቑረጺ። ካብ’ዚኣቶም ደኣ ጽቡቕ’ዶ ትጽበ ኢኻ?! እንታይ’ዩ ክብለኪ ጸኒሑ?” ዓይኒ ዓይና እናጠመተ ሓተታ። ንብዓታ ርእዩ ከብዱ ግልብጥብት ኢልዎ’ዩ። ሓቕኑ ክእብዳ ኣይጸልአን። ዝከኣል እንተዝኸውን መከራኣ ክጸሮ ድሕር ኣይምበለን። ዝጀማመሮ ስምዒት ፍቕሪ ዋልታ ክኾነላ የዘኻኽሮ ነበረ።

“እንታይ’ከ ዘይበለኒ? ኣፈራሪሑኒ ኣታ ዮኤል! ብዘይካ ምጉብዕባዕን ምፍርራሕን እንታይ’ዶ ይፈልጡ ኢዮም?” ንብዓት ዓይና ብእጅግ ጐልፎኣ ደረዘቶ። ኣዒንታ ደም ለበሱ።

“ኣንቲ መኣዛ በጃኺ ኣይትንብዒ። ንብዓት ናይ ዝኾነ መፍትሒ ኣይኮነን። ሰይጣን ደስ ከይብሎ ተጻወሪ።” ብሓውሲ ልመና ተማሓጸና። እናነብዐት ክርእያ ስምዒቱ ኣየኽኣሎን።

“ንዓኻኸ ለኪመካ’ዶ! ነዚኣ ክትርኢ ክተፋንወኒ መጺእካ። ኣነስ በል ናብራይ ከም’ዛ ዝረኣኻያ ኢያ። ከም ቆጃሕ በረኻ ወትሩ ቀባሕባሕ እናበልኩ’የ ዝጓዓዝ። ተጋጊና ኢና’ምበር በዚ ጐደና ክንመጽእ ኣየንበረናን። ምኽን ከኣ ኣጋጣሚ ዝፈጠሮ’ዩ። ኣዒንታ ደረዘት። ዮኤል ኣብ ልዕሊኣ ዘርኣዮ ድንጋጸ መሊሱ የሕነቕንቕ ነበረ።

“እንቋዕ በዚ ሓለፈልኪ ኣቲ መኣዛ። መኪና ሒዞም ኣብ ቅድሜና ደው ምስ በሉ ከም’ዚ ኢሎም ብሰላም ክኸዱ ኣይተጸበኹን። ተሰኪሙ ኣብታ መኪና ብሓይሊ ዘእትወኪ’ዩ መሲሉኒ። ብኸምዚ ምግልጋልኪ ተመስገን ዘብል ኢዩ። እዚኣም’ኮ ዳኛ የብሎምን። ዝደለይዎ ክፍጽሙ ይኽእሉ’ዮም።” ብምባል ከጸናንዓ ፈተነ።

ሰለይ እናበሉ’ዮም ዝጓዓዙ ነይሮም። መኣዛ እቲ መንገዲ ቀልጢፉ ክውዳእ ኣይደለየትን። ዮኤል ቀልጢፉ ክፍለያ ድልየት ኣይነብራን። ዕላሉ እናበሃገት’ያ ሃንደበት ዝዘራርግ ኣጋጣሚ ጐፍ ኢሊዋ። ብድሕሪኡ ዮኤል ዘርኣያ ሓልዮት’ውን ከም ዝፈትዋ ኣረጋጊጹላ ነበረ።

“እቲ ዘሸግረኒ ወትሃደር እዚ ኣይኮነን።” ራህሪሁ ከም ዘይገደፋ ሓበረቶ። “እዚ ዝረኣኻዮ ዓርኩ’ዩ። ንሱ’ሞ ዝምሕር’ውን ዝመስል ኣይኮነን። ብኣካሉ ተምሳል ሰይጣን ኢዩ ዘለዎ። ሕብሪ ገጹ ድቕድቕ ጸላም’ዩ። ኣይኮነን ንፍቕሪ። ሰብ ሞይቱካ መቓብር ክኸዕተልካ’ኳ ኣይትምነዮን። እዝግሄር ከምዚ ዓይነት ሰብ’ዩ ሰዲዱለይ።” በለቶ ኣብ ቅድሚኣ ከም ዝነበረ ገጻ ጸዋዊጋ። ዮኤል’ውን ምስ ምቅይርር ገጻ ይጸዋወግ ነበረ። ንኣለማዮ ኣብ ዘሰንብድ ፊልም ዝረኣዮ ሰይጣን ጌሩ’ዩ ቀሪጽዎ። ሰብ ፍጡር ኮይኑ ኣይተሰምዖን።

“እዚ ዝርኣናዮ ግን ኤርትራዊ’ዩ ዝመስል። ናይ ወትሃደር ክዳን ሰለ ዝተኸደነ’ምበር የደናግረካ’ዩ። እንታይ ኣእትይዎ ደኣሉ ኣብ ክንዲ ዓርኩ ዘፈራርሓኪ? ክሓልፉ እንከለዉ ተገልቢጡ እንድዩ ርእዩኪ።”

“ሽዑ እንተትነግረኒ ካብ’ዚ ጐደና ቀልጢፍና ምተኣለና። ሓዳሮም ንዓይ ምህዳን እንድዩ ኮይኑ ዘሎ። ካልእ’ዶ እንታይ ስራሕ ኣለዎም’ዩ? ኣብ ሎሚ በጺሐ ተዓንዚዘ’ምበር ኣነስ እከታተል እንድየ ነይረ። ሃንደፍ ኢለ’ኳ ዘይንቀሳቐስ።” በለቶ በለጠ ክረኽባ ምኽኣሉ ቂር እናበላ።

“ዕድል ዘይሃቡና ኣቲ መኣዛ! ዘረባይ ከይወዳእኩ እንድዮም ተጠውዮም ኣርኪቦምና። ኣየስተብሃልናሎምን እምበር ምስ ረኣዩኺ ንእለትዮም ተጠውዮም።” በለ ዮኤል። “ኣበይ ከም ዝቕመጡ ትፈልጥዮም ዲኺ?”

“እንታይ ክፈልጠሎም! ንሳቶም ዝፈለጡኒ’ኳ የሕዝነኒ ኣሎ። ካብ ትምህርቲ ምስ ተፈደስኩ’ዩ ርእዩኒ። ስመይ መን ከም ዝነገሮ እንድዒ - ጸዊዑኒ።” ንድሕሪት ተመሊሳ ነቲ ኩነታት ዘከረቶ።

“በሊ ዝቕመጡሉ ቦታ ክትፈልጥዮ ጻዕሪ ኣካይዲ። ድሙ ኣበይ ከም ዝርከብ እትፈልጥ ኣንጭዋ ንነብሳ ካብ ሓደጋ ክትከላኸል ትኽእል’ያ። ንስኺ ድማ ልክዕ ከምኡ ጥንቃቐ የድልየኪ። ጐደና ጐደና ቀባሕባሕ እናበልኪ ክትጓዓዚ ኣኻሊ ኣይኮነን። ሓሲባትሉ ዘይትፈልጥ ዘረባ ኣተንበሃላ።.

“ሓቅኻ እኳ ኢኻ። ኣነስ በል ሓሲበሉ ኣይፈልጥን። ኣብ ዝሓለፍክዎ ጐደና ከቋምት እንድየ ተዋሪደ ዘለኹ። ኣይተዳሂለ እንድየ። ኣብ መሬትና ጓና ጌሮምና በቃ!” ብምስትንታን ርእሳ ነቕነቐት።

ዝናብ ክዘንብ ከም ዝደለየ ድብንብን ኢሉ ነበረ። ጸሓይ ንምዕራብ ኣንቆልቁላ’ያ። ከምኡ ስለዝኾነ ኣቲ ዝነበርዎ ጐደና ጸሪፉ ነበረ።

“ምጥንቃቕ ጽቡቕ’ዩ። ካብ መጠን ንላዕሊ ግን ኣይትደሃሊ። ጠጠው ኣቢሎም ከዘራርቡኺ ድማ ዕድል ኣይትሃብዮም። እዚኣቶም ክትሰምዖም እዝንኻ እንተኸፈትካሎም ዝተገደስካሎም ስለዝመስሎም ኣይገድፉኺን’ዮም።” በላ ነዊሕ ደው ስለዘበለቶ ቂር እናበሎ። ንነፍሲ ወከፍ ዘረባኡ ክትምልሰሉ ምስ ረኣያ ባህ ኣይበሎን። ብቕንኢ ተሓሚሱ ስለዝነበረ ሓምይዋ’ዩ። ብሰንኪ ፍርሓት ዝገበረቶ ምኽና ኣበይ ተረዲእዎ። ሰንኮፍ ዝነበረት ልቡ ኣብ ጥርጣረ ወዲቓ’ያ። በለጠ ምልኩዕ ምኽኑ ሰገጥ ኣቢልዎ።

“ፈትየ’ዶ መሲሉካ ኣታ ዮኤል። ግብረይ ፈሊጠ ክመሳሰል ኣለኒ እምበር። ክንደይ ግዜ ድየ ጠሊመዮም። ሳላ መልሓሰይ’የ ክሳብ ሕጂ ደሓን ዘለኹ። ምስዚኣቶም ተመሳሲልካ’ዩ ዮኤል። እዚ ጌረ’ውን እንተሰሊጡኒ’ዩ።” በለት ከም ዘይገድፍዋ እናኣመነት።

“ንሳቶም እንታይ ሓይሊ ኣለዎም። ኣምላኽ’ዩ ኣሕሊፉ ሂቡና። ጽርግርግ ኣቢሉ ምስዳዶም መዓስ ምሰኣነ መስለኪ።” ዮኤል ኣስተማሰለ። ዘያዳ ካልእ እዋን ምረት ናይ መግዛእቲ ሽዑ ዝተረድኡ ይመስል ነበረ። ብዝጠመታ ጓል ምምጽኡም ተንኪፍዎ’ዩ። ካብ መኣዛ ንላዕሊ’ዩ ፍርሓት ሓዲርዎ። ኣብ ውሽጡ ዝሃባ ቦታ ክጻወር ዘኽእሎ ኣይነበረን። ፍቕሪ ክሕዞ መጀመርያኡ’ዩ። መኣዛ ምእንቲ ክትሕጐሰሉ ዝበለቶ ክሕግዛ ቁሩብ ነበረ። በለጠ ብሓይሊ ክወስዳ እንተዝፍትን ትም ኢሉ ኣይምረኣየን። ብዝከኣሎ ዓቕሙ ፈተነ መካየደ። ኣብቲ ዝነበሮ ስምዒት ንዝኾነ ሓደጋ ዘስተብህል ልቢ ኣይነበሮን። ኩሉ ስምዒቱ ንመኣዛ’ዩ ዓዲሉዎ። ከምኡ ምንባሩ ዝፍረደሉ ኣይኮነን። ሓድሽ ኣፍቃሪ’ዩ። ዘይፈልጦ ናይ ፍቕሪ ስምዒት ዝንብ ኣቢልዎ ነይሩ። ብሰንኪ ዝተቕጻጸሮ ስምዒት። ምእንቲ መኣዛ ክስዋእ ድሕር ዝብል ኣይነበረን። ብልቢ ስለዘፍቀረ ፍቕሪ ዝእዝዞ ክገብር ድልው ነበረ። ከምኡ ምሕሳቡ ዝፍረደሉ ኣይኮነን። ኩሉ ብሓቀኛ ልቢ ዘፍቀረ ዝሓስቦ ኢዩ። ምእንቲ ዘፍቀርካዮ መስዋእቲ ምኽፋል ሓደ ካብ ጠለባት ፍቕሪ’ዩ።

“ንኹሉ መዓልቱ ኣለዎ ዮኤል። ቅድሚ መዓልቱ ዝውዳእ ጉዳይ የለን። ‘በዓል ጌታቸው ምስ በዓል በቀለ ሰሙን ተሪፉና ክንፈላለ።’ ክበሃል ይዝከረካ’ዶ?... ከም ድልየትና እንተዝኸውን ምስ መግዛእቲ ሓንቲ ለይቲ’ኳ ኣይምሓደርናን። እዚኣም ፍጥረት ሰብ’ዶ ኣለዎም’ዩ! ከም ሰይጣን ድነ ሞት እንድዮም ሒዞምልና መጺኦም። ከም’ቲ እንጸልኦም ግን ዕምሮም ኣይሓጸረን። ካብ ሃገርና ሱር መሰረቶም ተሓግሒጐም ክኸዱ እናተመነና ካልእ ምድላዮም ዘገርም’ዩ። ዕድለይ ኮይኑ እምበር ካብ ደቂ ትምህርተይ’ኳ ሓደ ወዲ ዘይደፈረኒ፤ እሞ ድማ ክትርእዮ ዘሰንብድ ኣምሓራይ! መርገም ጸኒሑኒ ደኣ ከይከውን?” ኣስተማሰለት።

“እንድዕላ’ዲኦም!” ዮኤል ከይተፈለጦ ብስምዒት ተዛረበ። ናይ መጨረሻ ዝጸሮ ኮይኑ ዘይስምዖ ኩነታት’ዩ ኣጋጢምዎ። ብልቡ ዘይሓሰቦ ነገራት የብሉን። ሓንሳእ ‘ሒዝካያ ጥፋእ’ ዝብል ስምዒት ይመጾ፤ ጸኒሑ ከም ዘፍቅራ እንተፈሊጦም ምእንቲ ተስፋ ቆሪጾም ክሓድጉሉ ክነግሮም ይሓስብ፤ ኮታ ኣብ ምህውታት’ዩ ኣትዩ። እዚ ኩሉ ድማ ዘረጋገጾ ነገር ኣብ ዘይብሉ ኢዩ። ንመኣዛ ኣፉ ኣውጺኡ ዘተንብሃላ ነገር ኣይነበሮን። እንተሓቲትዋ “ሕራይ” ከም እትብሎ ግን ግምት ኣለዎ። ካብ ኣጠማምታኣ። ኣብ ልዕሊኡ ዘራኣየቶ ተገዳስነት ካብ ፍቕሪ ዝተበገሰ ምኽኑ ጥርጣረ ኣሕዲሩ ኢዩ። “ብዙሓት ደቂ ዓዶም እንከለዋ ንዓኻትክን ዘጠምት እንታይ ኣለዎም? ናይ ብሓቂ ደፋራት’ዮም። እናጸላእክንኣም ብሓይሊ ክተፍቅራኣም!” ብሕርቃን ተገየጸ። ተስፋታቱ ከም እተጸንቀቐ ኩሉ ነገር ኣጽልኡ። ‘ምኽን ዘይመሬትናስ ብሓይሊ ሒዞሞ ዘለዉ። ሓይልኻ ተጠቒምካ ድልየትካ ምግባር ለሚዶሞ እንድዮም።” ጆንትራ ዝተቐምቀመ ጸጉሩ ንድሕሪት እናሰሓበ ኣንጸርጸረ።

“ደሓን ብሓይሊ ዝኸውን እንተሎ ክንርኢ ኢና። እናረኣኹ እናሰማዕኩ ናብ ኣምሓራይ ኣይኣቱን’የ። እዞም እንስሳታት እዚኣቶም ሕሉፍ ሓሊፎም ድማ ኣብ ዘርእና ክሕወሱ?! ኣምላኽ’ከ ትም ኢሉ ክርእየና?!” ተስፋኣ ናብ ኣምላኽ ገዲፉ ንላዕሊ ኣንቃዕረረት። “በቃ ንግደፎ ካልእና ነዕልል። ተዛሪብና እንፈትሖ የለን።” ዮኤል ብሰንካ ዝን ክብል ስለዝረኣየቶ ዘረባ ክትቅይር ደለየት።

“ካብ ኩሉ ገዛውትኺ ከይፈልጥዎ ተጠንቀቒ። ገዛውትኺ እንተፈሊጦሞ ኣየስፍሩኽን’ዮም ከም ሞት ደፋራት ምኳኖም ፍለጢ። ካብ ሕኞፊ ኣዴኺ ክምንጥሉኺ ድሕር ዝብሉ ኣይኮኑን። ክሳብ ብገለ ምኽንያት ዝጠፍኡልኪ ካብ ገዛ ብዙሕ ኣይትውጽኢ።” ስግኣት ሓዲርዎ ኣጠንቀቖ። ተቖቢሩ ዝነበረ ስምዒቱ ቅልዕልዕ ከየበሎ ሕማቕ ከየጋጥማ ስግኣት ሓደሮ።

“ኣምላኽ ባዕሉ ይሓግዘኒ’ምበር ተጠንቂቕካ ዝውጻእ ኣይመስለንን። ክሳብ መዓስየ’ሞ ኣብ ገዛ ክዕጾ?! ገዛይ’ውን ውዒሎም ሓዲሮም ምፍላጦም ኣይተርፍን’ዩ። ኣየውድቕካ’ምበር ኣብ ዓይኒ እዚኣም እንተወዲቕካ ጸገም’ዩ።” እንደገና ንብዓታ ፈሰሰ።

“በቃ ንረስዓዮ ካልእ ነዕልል። ኣብ ኩሉ ዘጋጥም ዘሎ ድማ’ዩ። ኣብ በይንኺ ዝወረደ ኣይኮነን። ሕጂ’ዩ ዘጨንቖኪ ዘሎ’ምበር ጽባሕ ምስ ሓለፈ ኩልና ክንርስዖ ኢና። ኣምላኽ ድማ ምስ ውጹዓት’ዩ።”

“ሕስብ ከብሎ እንከለኹ ትም ኢሉ ንብዓት ይስዕረኒ። ሓሳበይ ዝነበረ ካልእ። ዘጋጥመኒ ዘሎ ድማ ካልእ - ዘገርም’ዩ። ኣደይ ተማሂርና ኣብ ቁም ነገር ክንበጽሕ ኣብ ማርቻቬዲ ኣሳፈሓ ኣዕቢኣያትናስ...” ኣሕነቕኒቓ ዘረባኣ ኣቋረጸት።

“ኣቲ መኣዛ በጃኺ! ንዓይ’ውን ሕማቕ ይስመዓኒ’ሎ። ማዕረ ክንድኡ ሞራልኪ ኣይተውድቒ። ንብዙሓት ኣዋልድ እንድዮም ከምዚ ናትኪ ዘሸግሩ ዘለዉ። ብኽምኡ እንዶ ጠምትዮ። ናይ እተመላለሱኻ መዓስ ኮይኑ። ፍቕሪ’ዶ ብሓይሊ ይኽውን’ዩ?!”

“ደናቒር ስለዝኾኑ ይመስሎም። ካብ ኣዛብእ ዝፍለዩ መዓስ ኮይኖም። ዝብኢ ብሓይሊ እንድዩ ዝነብር። ከም ዘስተውዓልኩሎም ብቖሊሉ ተስፋ ዝቖርጹ ኣይኮኑን። ከም ዘይገብር ተረዲኦም ክርስዑኒ’ዮም ዝግብኦም ነይሩ። ብተደጋጋሚ ጠሊመዮም’የ። እዚ ተስፋ ከቕ’ርጾም ነይሩዎ። እንተኾነ ገና ጽላሎተይ ኣብ ምክትታል ኣለዉ። እዚ ጉዳይ’ዚ ናብ ሓደገኛ ኣንፈት’ዩ ዝኸይድ ዘሎ።” ነብሳ ከም ዝነገራ ብስግኣት ተዛረበት።

ዮኤል ብስንባደ ኣተኩሩ ጠመታ። ንዕኡ’ውን ካብኡ ንላዕሊ ዝሕሞ ጉደይ ኢዩ። ውዱእ ገይራ ክትዛረብ ሃንደበት ኮይንዎ’ዩ ሰንቢዱ። ንሱ ትጽቢቱ ካልእ ኢዩ። እቶም ወትሃደራት ጠፊኦምሉ ናቱ ክገብራ’ዩ ድልየቱ። ተስፋ ዘቖርጽ ዘረባ ክሰምዕ ምርጫኡ ኣይኮነን።

“ከምኡ እንዶ ኣይትበሊ ኣቲ መኣዛ” ዘረባኣ ኣቖጢዕዎ ዓው ኢሉ ተዛረበ። “ንምንታይ ኢኺ ተስፋ እትቖርጺ? ንጸገም ክቋጻጸረካ ኢድካ ኣይትህቦን ኢኻ። ኣንጻሩ ደው ኢልካ ክትቃለሶ’ዩ ዝግባእ። ብዛዕባ’ዚ ጉዳይ’ዚ ማማ ሓረጉ ፈሊጠን ድየን?” ሓተታ ንኽፈልጥ። ኣዲኣ እንተፈሊጠን ከጸናንዓኣ ወይ መፍትሒ ከናድያ ከም ዝኽእላ ግምቱ’ዩ።

“ኣደይ እንተፈሊጣ ደኣ ጨርቃ ክትድርቢ! ክሳብ ዝኾነ ዝኸውን ኣይነግራን’የ። ኣብ ሓሳብን ኣብ ጭንቀትን ወዲቓ ክትሓምም። ኣይትፈልጥን’ያ ዮኤል። ክትፈልጥ’ውን ኣይደልያን’የ። ዋላ ሓደ ሰብ ዝፈለጠ የለን። ድኽነቶም ከይኣኽሎም ወደቓ!” ብምባል መለሰትሉ።

“ክፈልጣ እንተዘይደሊኽየን ድሓን። ንሰን ከይፈልጣ እዞም ወትሃደራት ክጠፍኡልኪ ተስፋ ንገብር። ኣነ ዝሕግዘኪ’ሞ እንታይ ኣሎ?” በላ ብስያፍ እናጠመተ። ብዘይካ ሞራል ምሃብ ካልእ ክሕግዛ ዝኽእል ኣይነበሮን።

“ኩሉኹም ትሕግዙኒ ኣለኹም። ልዕሊ ተስፋን ሞራልን ምሃብ ዝዓቢ ሓገዝ የለን። እንተኣጸናኒዕካኒ እኹል ኢዩ። ካልእ ትሕግዘኒ እንተሎ ድማ ቀስ ኢልና ንርእዮ።” ፍሽኽ ኢላ ጠመተቶ።

“ርኢኺ። ፍሸኽ ምስ በልኪ ገጽኪ በሪሁ። ጸላኢና ደበና ሓዘን የንጸላልዎ። ምሹራይ ኣየጸብቐልክን’ዩ። ንስኺ ኩሉ ግዜ ከም ዕምባባ ፍሸኽ ክትብሊ ኣለኪ።” በላ ብፍሕሸው ገጽ። ካብ’ቲ ዝነበርዎ ስምዒት ክገላገሉ ደልዩ ነበረ። ምቁር ዕላላ ከም ዘይምኖ ኣረጋጊጹ’ዩ።

“የቐንየለይ ዮኤል ሓወይ። እንታይ ክገብር ኢልካኒ?! ፈትዩ ገጹ ዝጽወግ ሰብ የለን። ውዲ ሰብ ክፈትሑ ዘይክእል ጸገም እንተኣጋጢምዎ’ዩ ገጹ ዝጽወግ።” በለቶ ፍሸኽታ ኣድሚቓ። “ምሹራይ ዘጸብቐሉ ሰብ’ከ ኣሎ ድዩ?” ሓተተቶ ተገሪማ።

“መሊኦም። ኮርዮም ተሓጉሶም ፍልልይ ዘይትራየሎም ሰባት ኣለዉ።”

“ሕጂ ናበይ ኢኻ? እዚ ጐደና ትርእዮ ኣለኻ? .. ሰብ ዘይብሉ ጸሪሩ።” በለቶ ኣፋንዩዋ ክምለስ እናደለየት።

“ሕጂ ደኣ ናበይ ክኸይድ?! ድሓን ኣይእቶ ግዜና ቀቲሉልና። እዚ ጐደና ካብ ሕጂ ንንየውሲ ናይ እዚኣቶም ኢዩ።” በላ ሶቬታውያን ወትሃደራት ሲቪል ተኸዲኖም ሸናዕ ክብሉ እናተዓዘበ።

“ኣብ ዘይዓዶም ንግዜኡ ነጋውስ ስለዝኾኑ። ክሳብ መዓልቶም ይዕንድሩ። ኮብሪፎኮ ኣይምልከቶምን’ዩ። ንሕና ኣናጹ ንሶም ድማ ኣናብስ ኮይኖም ኣለዉ።”

“እወ ኣብ ዘይዓዶም ከቢሮም። ሳንቲም ዘየውጽኡሉ ምሩጽ ቪላታት ኣስተርሕዮም ይድቅሱሉ ኣለዉ።” ኣብ መንጽሩ ንዝነበረ ሶቬታውያን ዝቐመጥዎ ቪላታት እናጠመተ ሓንሓነ።

“ንኹሉ ግዜ ኣለዎ።.... በል ኣነስ ገዛውተይ በጺሐ ኣለኹ።” እናጠመተቶ ደው በለት። ክምለስ ምኺኑ እናሓሰበት ዓይኒ ዓይኑ ጠመተቶ። “ንዓናይ እንዶ ገዛና ሕደር። ብኡ ጌርካ ከኣ ምስ ኣደይ ትላለ።” ኣብ ኣፋ ጸኒሑዋ ዝተዛረበቶ’ዩ። ማዕረ ክንደይ ከም እትግደሰሉ ክርዳኣላ ድልየት ነበራ። ብሓቂ’ውን ክፍለያ ድልየት ኣይነበራን።

“እንተሓዲረ ዕላል ክውድኣኒ’ዩ። ካልእ መዓልቲ እንታይ ኢለ ክዕልለኪ?”

“ዕላል ዝውድኣካ ኣይኮንካን። ቅድሚ ሕጂ ትም እናበልካ ብዙሕ ከዚንካ ኣለኻ። ዘጀምርካ ሰብ ኢኻ ትደሊ ነይርካ። ረድዮ ስቴሽንካ ስለዝተረኽበት ድሕሪ ሕጂ ትም ከይትብል ስክፍታ የብለይን።”

“ሕጂ ፍልይ ምስ በልኪ ለፍላፊ ከይትብልኒ እምበር ናይ ካልእ’ሲ ደሓን።” ሰሓቐ።

“እዚ ደኣ ኣሎ። ሰብ ብኣኻ ንስኻ ድማ ብሰብ ኣንድዩ።”

“ካብ መጠን ንላዕሊ ተዛራቢ ኢኺ ትሓስብኒ ዘለኺ። ዕላለይ ግን ከመይ’ዩ?” ሓተታ። መኣዛ ክምስ ኢላ ጠመተቶ። ዕላሉ ኣብ ውሽጣ ዝፈጠሮ ሓጐስ ትፈልጦ’ያ። እንተኾነ። ስምዒታ ክትድርጉሓሉ ኣይከኣለትን። ሕፍረት ብግልጺ ክትዛረብ ኣየኽኣላን።

“እንድዒ ከመይ ጌረ’ሞ ክገልጸልካ’የ።” ርእሳ ናብ መሬት ደፊኣ ትም በለት።

“ኣብ ሕጂ በጺሕኪ ሓፊርኪ ማለት ድዩ?” መሊቑዎ ብዛዕባ ዕፍረት ኣልዒሉ ተዛረበ። መኣዛ ኣብ ሓሳብ ከም ዝኣተወት ኣይመለሰትን። “ሓፊርኪ ዲኺ?” ምባሉ ዝያዳ ኣሕፊሩዋ ነበረ። “በሊ ንገዛ ሰላም በልልና።” ትም ምባል ከቢድዎ ንሰላምታ ኢዱ ዘርግሐ።

“ንገዛና መዓስ ኢኻ ክትመጽእ? ምስ ኤልሳ’ባ ምጻእ።” ኢዱ ከይፈነወት ኣዒንታ ብምስልምላም ተማሕጸነቶ። ክትዛረብ እንከላ ውሽጣ ፍርሓት ይስመዓ ነበረ። ኣዘረርባኣ’ውን ፍሉይ ቃና ዝሓዘለ ኮነ።

“ሕራይ ክመጽእ’የ።” ከይተረድኦ ቀው ኢሉ ጠመታ። ኣጠማምታኡ ስለዘሕፈራ ብሓይሊ ክተተንፍስ ጀመረት። ሙቐት ናይ ኣእዳዎም። ኣብ ክልቲኦም ፍሉይ ስምዒት ፈጠረ። ተጨባቢጦም ክቕጽሉ ባህጎም እናዓዘዘ ከደ።

“ንኤልሳ ‘ረቡዕ ንሰምበል ክንከይድ ክመጸኪ’የ’ በላ።” ብምባል ተሰናቢታቶ ከደት። ዮኤል ክዛረባ ዝሓሰቦ ብዘይምዝራቡ ምስ ነብሱ ሓረቐ።

“ኣሕ! ኦሮማይ።” ናይ ልቡ ከይገለጸላ ስለዝኸደት እናኣንጸርጸረ ንቤቱ ተመልሰ።

21 ክፋል

ቀይሕ ደሮና ብንፋስ ተላዒሉ ንሰማይ ዓረገ። ጸጸራት ከም ስማ ብቐይሕ ሓመድ ኢያ እትፍለጥ። ብርቱዕ ንፋስ ነቶም ኣብ መቓብር ጥልያን ዝርከቡ ጽሕድታት ይነዋንዎም ነበረ። ሰነ ሃዋኺ ንፋስ ዝበዝሓሉ ወርሒ’ዩ። ኣብ ሰማይ ተጐጃጂሉ ዝተኣኻኸበ ደበና ‘መጸ መጸ’ እናተባህለ ብንፋስ ተበታቲኑ ህልም ይብል።

ኣለማዮ ካብ ‘ሳላሳ ኣምስተኛ’ ናብ ጸጸራት ካብ ዝቐየር ሳልቲ ኣለዎ። ጸጸራት ብዘይ ሕጊ ዝተሰርሑ ግድግዳታት እናቦቐሉ ዝሓድሩላ ሓንቲ ካብ ከባቢ ኣስመራ’ያ። ብዙሓት ወትሃደራት ብዘይ ፍቓድ ብኢደ ዋኒኖም ግድግዳ ሰሪሖም ሓዳሮም ወጺኦም ነበሩ። በጸዋውዓኦም ነቲ ዝነብርዎ ሂወት ‘ሓዳር ብግድ’ ኢሎም’ዮም ዝጽውዕዎ። ብትኽክል ገጥ ዝብሎ ስም’ዮም ሂቦሞ። ዋላ ምስ መጻምድቶም ብዘይ ሕጋዊ ቃል ኪዳን ዝተራኸቡ’ዮም። ጸጸራት ብዘይካ’ዚ ኣብ ሕምብርታ ቀንዲ መዓስከር ናይ ሰራዊት ይርከብ። ኣብ ማእከላ እንተኣቲኻ ቋንቋ ኣምሓርኛ’ዩ ዝዕብልለካ። ‘ሓዳር ብግዲ’ ኢሎም ናብራ መስሪቶም ዘፍረይዎም ቆልዑ ከም ደማሙ ‘ምነው ምነው’ ክብሉ ትሰምዖም። ጋሻ ኤርትራዊ ናብ ጸጸራት እንተመጺኡ። ኣብ ኤርትራዊ ገዛውቲ ዝኣተወ ኣይመስሎን’ዩ። ከይተረድኡ ኣብ ኢትዮጵያዊት ቁሸት ዝኣተወ መሲልዎ ይስንብድ።

ኣለማዮን በለጠን ኣብ ሓደ ብጣውላ ዝተሰርሐ ክፍሊ ኮፍ ኢሎም ነበሩ። እቲ ቦታ ኣብ ጸጸራት ዝርከብ መዓስከር ናይ ጦር-ሰራዊት ኢዩ። ካብ ፍርቶ ሒዝካ ። ጸጸራት። ቤት መኻእን ቃኘውን ብምልኡ መዓስከር’ዩ። ኣብ’ቲ ከባቢ ዝተዛወረ ሰብ ቀጠልያ ክዳን ጥራይ’ዩ ዝርኢ። እታ ዝነበርዋ ክፍሊ ናይ ኣለማዮ መደቀሲት ኢያ። ብዘይካ ሓንቲ ዓራትን ወትሃደራዊት ሳንዱቕን ካልእ ንብረት የብላን። ኣለማዮ ዝውንኖ ንብረት ኣየጥረየን። ኩሉ መነባብሮኡ ከም ሰራዊት ምስ’ቲ መዓስከር ስለዝነበረ ንብረት ከጥሪ ኢሉ ኣይሓስብን’ዩ። እታ ክፍሊ ብርቱዕ ንፋስ ምጽዋር ከም ዝሰኣነት ዓጠጥታ ኣስምዐት።

“ እዛ መደቀሲትካ ኣየፍለጠትን። ሻዕብያ ንፋስ ተመሲሉ ኣብ ርእስና ኮይኑ ይነዋንዋ ከይህሉ።” በለ በለጠ ከይትፈርሶ ብኹሉ ኣንፈት እናጠመተ። ኣለማዮ ናብ ጸጸራት ካብ ዝቐየር ፈለማኡ’ዩ ኣብቲ ቦታ ክመጸ።

“ኣብ ኤርትራ ኩሉ ሻዕብያ ኢዩ። ንፋሱ። ጸሓዩ። ሰቡ.. ኮታ ጥዑይ ዝበሃል የለን። ካብ ‘ሰላሳ ኣምስተኛ’ ግን እዚ ይሓይሽ። ካልእ ይትረፍ ብቐረባ ክትመጸኒ ኣነ’ውን ክመጸካ እኽእል። ዘውዲቱ ከመን ቀንያ? ኩራኣ'ኽ ወጺኡላዶ?”

“ምሳይ’ኺ ድሓን’ያ ። ሓንሳብ ኮርነፍ ኢላ ነይራ። ሓኒቐ ምስ ሰዓምክዋ ግን ከም ፈውሱ ዝተረኽበ ቡዳ ብርር ኢሉላ። ንዓኻ’ያ ትሕንሕነልካ ዘላ። ‘እዚ ጋንድያ ክርእየኒ’ዩ’ ትብለካ ኣላ።”

“ ንሳኽ ካብ መን ጸቢቓ’ያ? ክልቴና ጸሊም ሕብሪ ዝተለኸየ ቆፎ ከም እንመስል ኣይትፈልጥን ድያ? ነብሳ ጠፊኣታ ከይትህሉ መስትያት ግዝኣላ።” በሎ።

“ምስ መጻእካ ከምኡ ትብላ። ንሳስ ዓጢቓትልካ’ያ ዘላ። ከየዋረደትካ ኣይትዓርፍን’ያ።”

“እንታይ በዲለያ? ‘ንኣድጊ ፈሪሕካ ንዒሉ’ ድዮም ዝብሉ ደቂ ሃገረይ?”

“ሓሰኻ ደምበ ኣብ ዝለምለመሉ’ ይብሉ ድማ ደቂ ሓማሴን።”

“ከምኡ ከይኑ’ዩ’ምበር ኣነ ደኣ እንታይ ጌረያ? ንዓኻ ፈሪሓ ሕርቕርቕታ ኣባይ ክትገብሮ ደልያ። ኣነ ዝገበርኩ የብለይን። ቡና ከይትስተ ዝገበርካ ንስኻ ኢኻ። ሽጋራ ከተትክኽ ኢልካ ቡና ረጊጽና ከም እንወጽእ ጌርካ። ኣብኡ ተባህለ ክንብል ብፍላይ ነቲ ሽቃጢ ሽጋራ ቆልዓ ምስ ረኣና ከይሓሰብናዮ ግዜ ወሲድና።”

“ እንታይ ዳኣ ክንድ’ዚ ፈሪሕካ? ብሰበይቲ ምፍራሕ ኣየድልን’ዩ። ንሰበይቲ እንተፈሪሕካያ ብኣኣ ጌሩ’ዩ ሰይጣን ዝመጸካ። ከም ኣዳም ክትከውን የብልካን። ድሓር ድማ ጓል ከም ህጻን ቁልዓ ብንእሽተይ’ያ እትጥበር። ደቀንስትዮ ናይ ኩራ ፈውሰን ኣብ ቀረባ’ያ። ዘውዲቱ ብኩራ እንተ ተቐቢላትካ ሕንቐ ኣቢልካ ኣብ ከንፈራ ትስዕማ። ግን ክቐይራ እሓስብ ስለዘለኹ ክትጽግዓለይ እደሊ ኣለኹ።”

“ስዲ! መዕበዩኻ ዝበደለካ ስዲ ምበልኩኻ ነይረ። እንተኾነ ። ኣብ ‘ቦሌ ሰፈር’ ዝዓበዩ ስድታት ርእየ ኣይፈልጥን። ዘውዲቱ ናባይ ክተጸግዓ ትሓስብ ኣለኻ። ኣለማዮ ከም ማስቲካ ተሓዪኽን ዝተደርበያ ኣዋልድ ይእክብ ኢዩ ኢሎምኻ? ምኟን ሓቅኻ ኢኻ። ንሳ’ውን ሕራይ እንተኢላትኒ’ዩ። ከም ወንጭፍ ዝሓዝኩ ዑፍ ናይ ፍቕሪ ኣብ ልዕለይ ክትዝንቢ ኣይከኣለትን። ንዓይ ተባሂላ ዝተፈጥረት ጓል ካብ ዘየላ። ከም ለማኒ ተረፍ መረፍ ምእካብ ይሓይሸ።” ካብ ልቡ ሓሪቑ ኣስተማሰለ። ኣፍንጫኡ ክዛረብ እንከሎ ትንፋሕ ነበረት። ኮርዳድ ጸጉሩ ምሒር ስለዝነውሐ እሾኽ ዳንዴር መሲሉ ነበረ።

“ምስ ዘውዲቱ ጽቡቕ ምስተሰማማዕኩም ኔርኩም። ክልቴኹም ኮረይቲ ምኟንኩም ትገጣጠሙ ኢኹም። ፍቕሪ ዘይምግጥጣም’ዩ። ኣብ ሓደ ባህሪ ተመሳሳልነት እንተደኣ ኣለካ ናይ ፍቕሪ ጐጆ ክምስረት ይከኣል’ዩ። ዘየሰማምዑኻ ባህርያት ። ፍቕርኻ ክሳብ ዝውዳእ ኣብ ጉድጓድ ወኻርያ ጉሒፍካዮ ትጸንሕ። ዘውዲቱ ክትኩሪ እንከላ ። ዋላ ኣካይዳኣ’ዩ ዝቕየር። ኮደብ ኮደብ ክትብል እንከላ። “ቁልቢ ገብርኤል ገዛይ ሓልወለይ’ ኢለ’የ ጸሎት ዝገብር። ንስኻ ክትኩሪ እንከለኻ ኣፍንጫኻ ጥራይ’ያ እትዓቢ። ኣዚ ድማ ድሓን’ዩ። ቁሩብ ኦክስጅን ብዙሕ ስለእትስሕብ። ምሳኻ ዘሎ ሰብ ሕጽረት ትንፋስ ኪጋጥሞ ይኽእል’ዩ። ካብኡ ዝተረፈ ተጓዳኢ ኣይኮንካን። ዘውዲቱ’ውን ኣይትጓዳእን’ያ። ኣብ ድልድል ዝበለ ገዛ እንተወሲድካያ ጸገም የብልካን።” በለ ፍሽኽታ ኣሰንዩ።

“ዘውዲቱ ሕማቕ ኮይና’ምበር ተሰኪማ በቲ ፊኒስትራ ክትድርብየካ ነይሩዋ። ሽዑ እዛ ለፍላፊት መልሓስካ ኣብ ማይ ከም ዝኣተወት ኣንጭዋ ህጣማ መጥፍኣት።”

“ ዝሓዘቶ ሰብኣይ እንተለዋ ከምኡ ክትገብር ሓብራ። ከምዚ ከማይ ሰብኣይ ብቐሊሉ ዝርከብ ኣይኮነን። ፍቕሪ ፍቕሪ ዝሸትት ሰብኣይ። ኣይኮነን ኣብ መሬት ኣብ ገነት’ኳ ደሊኻ ኣይርከብን።”

“ ንስኻ ደኣ ካበይ ተረኺብካ? ካብ ገሃነብ እሳት? ካብኡ ክኸውን ኣለዎ።” ኣለማዮ ሓጨጨሉ።

“ኣነ ካብ ቦሌ’የ ተረኺበ። ደቂ ቦሌ ትፈልጦም እንዲኻ።” ኰሪዑ መለሰሉ። ዝዓበየሉ ገዛውቲ ልዕሊ ዝኾነ’ዩ ዝቐጽሮ። ኣብ ቦሌ ከም ዝዓበየ ክገልጽ እንከሎ ናይ መጨረሻ ኩርዓት’ዩ ዝስምዖ።

“ካብ ቦሌ ምጻእ ካብ ካልእ ምጻእ ሕጂ ኣብ ኤርትራ ከም ዘለኻ’የ ዝፈልጥ። ሰብ ብሕሉፍ ታሪኹ ኣይነብርን’ዩ። ከምዚ ነይረ እናበልካ ምዝራብ እርጋንካ ምእዋጅ’ዩ። ሰብ ከም’ዚ ኣለኹ ክብል ጥራይ’ዩ ዘለዎ።”

“ ዝመጻእካሉ ታሪኽ ኣይግደፍን’ዩ።

“ ዝመጻእካሉ ታሪኽ ኣይግደፍን’ዩ። እዚ ዘለናዮ ደኣ እንታይ ጥዑም ኮይኑ ክንዛረበሉ። መዓልቲ መዓልቲ ‘ሎሚዶ ጽባሕ ንበረኻ ንኸይድ’ እናበልና ናይ ስቅያት ናብራ ነሕልፍ ኣለና። ነዚ ከም ታሪኽ ሓሲብና ክንዛረበሉ። ኣለማዮ ናይ ብሓቂ ትጋገ ኣለኻ። ኣዋልድ ኤርትራ ስለዘፍቀርካ ታሪኽካ’ምበር ክትድምስስ ደሊኻ። ታሪኽካ’ዩ ታሪኽ ዝኾነካ ኣለማዮ።”

“ንሱ ጠፊኡኒ ኣይኮነን። ንሳኻ ግን ኣብዚሕካዮ’ኮ። ‘ታሪኽና ንግደፍ’ ኣይኮንኩን ዝብለካ ዘለኹ። ኩሉ ግዜ ከም’ዚ ነይረ እናበልካ ምዝራብ ግን ጣቋ የብሉን። ዝዓበኻሉ ከባቢ እናደጋገምካ ክትምክሓሉ ምድላይ የገምተካ’ዩ። ኩሉ ሰብ ንዘዝመጸሉ ከብቢ ከም ጽቡቕ’ዩ ዝሓስቦ። ቦሌ ይኹን ቄራ። ዋላ ኣራት ኪሎ ነቲ ኣብኡ ዝዓበየ ናይ መጨረሻ ደስታኡ ኢዩ። ‘ስለምንታይ ወዲ ቦሌ ዘይኮንኩ?’ ኢሉ ዝባሳጮ ዝህሉ ኣይመስለንን።” በለ ኣለማዮ ርእሱ እናሓኸኸ።

“ጸጸራት ከመይ ተሰማሚዑካ? ኣብዚ ገዛኻ ሊስትሮ ከድልየካ’ዩ። እንተዘይኮነ ጫማኻ ርእዮም ‘ወዲ ጸጸራት ወይ ወዲ ሓዝሓዝ’ ክብሉኻ’ዮም ። ካብ ጸጸራት ወይ ሓዝሓዝ ዝመጸ ሰብ ኣእጋሩ ኣብ ፋብሪካ ጡብ ዝኣለኸ ኢዩ ዝመስል። ጫማኡ ብቐይሕ በለቐ መርኣዩ የብሉን።”

“ከይፈተና ክንሰማምዖ ኢና። ወትሃደር እታ እንኮ ምርጫኡ ኣብ ዝኣትዎ ቦታ ክሰማማዕ ይግደድ’ዩ። እግርና ይትረፍ ነብስና ኣብ ሓደ እዋን መዕቆቢኡ ሓመድ’ዩ። ስለዚ። ሓመድ ናይ ጸጸራት ዘሰክፈኒ ኣይኮነን። ኣመና እንተጸሊኦዮ ድማ ከም ሻዕብያ ጐማ ጫማ ክኽደን’የ እምበር። ካብ’ቲ ዝነበርክዎ ግን እዚ ቦታ ብጣዕሚ ፈትየዮ። ንከተማ ቀረባ’ዩ። ናባኻ ክመጽእ’ውን ኣይርሕቀንን’ዩ። ዝያዳ ናጽነት ዝረኽብኩ ኮይኑ ይስመዓኒ ኣሎ።”

"ሓቅኻ ዝፍቶ ገዛውቲ’ዩ። መንግስቲ ዝረስዖ ስለ ዝኾነ ዋላ ብግድግዳ ገዛ ሰሪሕካ ክትነብረሉ ናጽነት ኣለዎ። ኣብ መዓልቲ ከም ቃንጥሻ ገዛ እናበቐለ’ዩ ዝሓድር’ዮም ዝብልዎ። ኣለማዮ ድማ ክትሓምቕ የብልካን። ወትሃደር ንከባቢኡ ክመስል ኣለዎ። ብግድግዳ ገዛ ሰሪሕካ ሓዳርካ ውጻእ። ኣነ’ውን ንዘውዲቱ ከም ካልኣይቲ ሰበይተይ ኣብ’ዚ ከቐምጣ ክሓስበሉ ኢየ።”

“ሓቅኻ ኢኻ ከምኡ ይሓይሽ። ወትሃደር ንሎሚ ጥራይ ስለዝነብር ምሩጽ ገዛ ምስራሕ ኣየድልዮን’ዩ። ተገዲዱ ናብ ኤርትራ ስለዝዘመተ ውሕስነት የብሉን። ኣብ ሓደ እዋን ዘመቻ እንተተወዲኡ ንዓዱ ክምለስ ኢዩ።”

“ናይ ኤርትራ ዘመቻ ይውዳእዶ ትብሎ ኢኻ። ሻዕብያ ‘ይጠናኸሩ ኣለው’ ይብልዎም ኣለው። ንሳቶም ክሳብ ዘይተደምሰሱ ናይ ኤርትራ ጉዳይ መዕለቢ የብሉን። ኣብ ኣፍሪቃ ዝነውሐ ኩናት ከየእረገና ኣይተርፍን’ዩ።”

“ኣይምሰልካ። ሻዕብያ ከም ቀደሞም ኣይኮኑን። ብዙሓት ወዶ ገባ ኢዶም ንመንግስትና ይህቡ ኣለው። እዚ ዘረድኣካ ጽቡቕ ከምዘየለው’ዩ። ከምዚ እንተቀጺሎም ኩሎም በብሓደ ክኣትው ይኽእሉ’ዮም።” በለ ኣለማዮ። ካብ ልቡ’ዩ ተዛሪብ። ኢዶም ዝሃቡ ወዶ ገባ ዓቢ ተስፋ ኮይኖሞ ኢዮም።

“እንታይ ደኣ ንጸጸራት ‘ፈትየዮ’ እናበልካ ሓዘንተኛ መሲልካ። ጸጉርኻ ነዊሑ ኣሎ። ጭሕምኻ’ውን ኣብ ግራት ተዓጺዱ ዝተበተነ ሓሰር’ዩ ዝመስል ዘሎ። ካብ ሰላሳ ኣምስተኛ ንከተማ ኢኻ ኣቲኻ ዘለኻ። ጸጸራት ሓመዳን ግድግዳኣን ገዲፍካ እትፍቶ ሰፈር ኢያ። ምዕሩግ መቓብር ጥልያን ኣለዋ። ክጽምወካ እንከሎ ኣብ ውሽጡ ኣቲኻ ክትዘናጋዕ ትኽእል። ቤተ ክርስትያን እንዳሚኪኤል’ውን ሓጥያትካ ክትናዘዘሉ ኣብ ቀረባኻ’ዩ። ኣብ ፎርቶ ደዱብካ ንምሉእ ኣስመራ ክትዕዘብ ጸገም የለን። ስለዚ። ተቐማቂምካ ንጸጸራት ብጽቡቕ ተቐበላ። እታ ትፈትወካ ከምዚ ኢልካ ክትርእየካ ጽቡቕ ኣይኮነን።” ኣለማዮ ስሓቕ መሊቑዎ። በለጠ ከም ቆልዓ ከም ዝጻወተሉ ይፈልጥ’ዩ። ኩሉ ዘረባኡ ቁምነገር ዝረሓቐ ምኽኑ ዝስሕት ኣይኮነን። ሓደ ሓደ ግዜ ጠባዩ ረሲዑ ቆለጭ ዝብለሉ ኣጋጣሚ ኣሎ። ኩራኡ ኣብ ቀረባ’ያ። ቀልጢፉ ስለዝምለስ ግን ቂም ዝሕዝ ኣይኮነን።

“ናብ ኤርትራ ክንመጽእ እንከለና ኣዴታትና ጸሊም <u>መንዲል</u> ተኽዲነን ኢየን ኣፋንየናና። ስለዚ። ሓዘንተኛ እንተመሰልኩ ካብ ኣዴታተይ ዝወረስክዎ’ዩ። ሰብ ኣብ ዓዱ ጥራይ ኢዩ ሕጉስ ክኸውን ዝኽእል።” በሎ ሓዘንተኛ ምምሳሉ ኮነ ኢሉ ከም ዝገበሮ ንምብራህ። ብሓቂ ግን ኣብቲ ናይ ምቅይያር መስርሕ ኣቑሑ ከመላልስ ግዜ ስለዝሰኣነ ነብሱ ከልዕል ኣይከኣለን።

“እዚ ሓድሽ ናይ ተስፋ ምቑራጽ ዘረባ ኣብ ጸጸራት ዝጸንሓካ ድዩ? ምኽኒት ገዲፍካ ዝኾንካዮ ንገረኒ። ሓውኻዩ ሓገዝ ዝልግሰልካ። ቀዳማይ ነገር ጸጉሪ ምንዋሕ ኣየጸብቐልካን’ዩ። ኣብ ቤት ጊዮርጊስ ዝርከብ ህበይ ኢኻ መሲልካ ዘለኻ።” ትርኢቱ ደስ ስለዘይበሎ ኣዋረዶ። መጀመርያ ርኽብ ምስ ኣበሎ ኩነታቱ ኣሰንቢድዎ’ዩ። ተኣሲሩ ዝቐነየ’ዩ መሲልዎ።

“ክትጻረፍ ዓጢቕካ ስለዝመጻእካ ኣይሕዘልካን’የ። ዘውዲቱ እንታይ ከም ዘብልዓትካ እንድዒ። ጠባይካ ተቐዩርኒ ኣሎ። ዝፈትወካ ዓርከይ ምኽንካ ዳርጋ ክዝንባዕ ተቓሪበ ኣለኹ።” ኣፍጢጡ ጠመቶ። ዓይኑ ዝበዝሕ ግዜ ቀይሕ ኢዩ። “ዓይንኻ ንደምን ንኩናትን ኢሉ’ዩ ተፈጢሩ።” እናበለ’ዩ በለጠ ዝጨርቀሉ።

“ኣነ ‘ርሑስ ገዛ ይግበሮ’ ክብል’የ መጺአ። ጐረባብቲ ስለኾንና ብጣዕሚ’የ ተሓጉሰ ። ከምዚ ኢልካ ኰሪኻ ኣፍንጫኻ ክትነፍሕ ደስ ኢሉኒ ኣይኮነን። ‘እንታይ ኮይና’ያ እዛ ኣፍንጫኡ?’ እናበልኩ ከስተባህለላ’የ ጸኒሐ።” ብምባል እንደገና ዘለፎ። ኣለማዮ ከም ዘየዋጽአ ፈሊጡ ኣፍንጫኡ እናሓዘ ስሓቐ።

“ኣፍንጫይ ጥራይ ድያ? ካልእ ነብሰይከ ከም ተመን ይንፋሕ ከይህሉ ኣስተብሂልካሉ ዲኻ?” ኣለማዮ ንበለጠ ጭርቃን ተተሓሓዘ። ኣብ ቅድሚ በለጠ ምኹራይ ዘዋጽአ ኣይኮነን። በለጠ ‘ኰርዩ’ ኢሉ ዘረባኡ ከቋርጽ ኣይደልን’ዩ። ብኣንጻሩ መሊስ’ዩ ዝውስኽሉ። ኣለማዮ እዚ ስለዝፈልጥ ቀልጢፉ’ዩ ኩራኡ ዝሓድግ።

“ኣሚንተይ ኣብ ኣፍንጫኻ’የን ኣተኩረን ጸኒሐን። ዘይረኣናዮ ኣሎ እንተኾይኑ እንድዒ! ከም ተመን ክትንፋሕ እንተጀሚርካ’ሞ ከም እንቁርዶብ ምትኳስ ከም ዘሎ ኣይትረስዕ። ካልእ ይትረፍ ሓደ ሻዕብያ ክትቀትለልና’ባ።”

“ ኣኺሉካ በቃ ቁምነገርካ ጭርቃን ኮይኑ ተሪፉ ?! ኣነስ ለሚደካ’የ። ዘይፈለጡ ሓራቓት ከይረኽቡኻ’ሞ ብጥይት ከይዓልዉኻ።”

“ኣንታ ኣለማዮ እዚ ግዜ ብጭርቃን እንተዘየሕሊፍናዮ ደኣ ብምንታይ ክሓልፍ?! ተጨራሪቕና ክንስሕቕ እንተዘይውዒልና ንመነባብሮ እናዘከርና ክንጭነቕ ኢና። ንሕና’ኮ ብሓይሊ ኢና ንነብር ዘለና። ምንባር ቃልሲ ኢዩ’ሞ ናትናስ ገሃነብ እናተሳገርካ ኮይኑ። ኣፈይ እንተጨረቕ ከብደይ ሕጉስ ይመስለካ ከይህሉ። ከም ጻህያይ ዝመሓወሉ ግዜ ስለዘይፈልጥ ንዘለኽዎ ሂወት ብዝተኻእለኒ ክርስዕ ኣለኒ። ‘ ንሰብ። ሰብ ዝገብሮ ስራሕ’ዩ” ኢሉ ካርል ማርክስ። ንዓና ድማ ሰባት ወትሃደር ጌሮምና። ወትሃደር ከኣ ናብ ህበይ ቀዪሩና።” በለጠ ብሕርቃን ኣጉብዕብዐ።

“ክትሕጐስ ኣይትፍለጥ ክትሓርቕ ኣይትፍለጥ ተዓዊቱልካ” በሎ ኣለማዮ ብባህሪኡ እናተገረመ።

“ሕጉስ ናይ ደርጊ ወትሃደር የለን ኣለማዮ። መዓልታዊ ሞት እናንጸላለወና ክንሕጐስ ንኽእል ዲና? ሓጐስ ኣብቶም ብናጽነት ዝነብሩ ሰባት’ያ እትርከብ። ንሕና ሓጐስ ኣብ ገገዛና ገዲፍናያ ዝመጻእና ግዱዳት ዓሳክር ኢና።

“በጀኻ ካልእ ዕላል እንተለካ ኣዕልለና። ምስ ኣልማዝ ተራኺብኩምዶ ኔርኩም?” ኣለማዮ ዕላል ክቐይረሉ ደለየ። ብዛዕባ ፖሎቲካን ሂወት ወትሃደራትን ምዝራብ ኣዝዩ ኣሰልችይዎ ነበረ።

“ኣይ ኣብ ካልእ ኣእቲኻና እምበር ብዙሕ ዕላላት’ዩ ዘለኒ። ኣልማዝ ናይ ሓቂ ከም ስማ ሉል ዝኾነት ጓል ሄዋን’ያ። ትማሊ ኣብ ኒያላ ሆቴል ዲስኮ ተጻዊትና። ናይ ብሓቂ ‘ኣራዳ’ ጓል ኮምቢሽታቶ’ያ። ከም ቀኒን መፍተል’ያ ቁጽይጽይ እትብል። ውንጅርጅር ክትብል እንከላ ነብሳ ክፈኹሰላ ግርም’ዩ ዝብለካ። ምጭውቲ ጐንደረ’ያ። ንፍቕሪ ኢላ ዝተፈጥረት ጓል’ያ ክብለካ እኽእል። ኣብ ባሕሪ ናይ ፍቕሪ ብሰቲ እናተገጫጨበት ዝዓበየት ክትከውን ኣልዋ። ዘረባኣ ከም ልስሉስ ሙዚቃ’ዩ ኣብ እዝንኻ ባህታ ዝፈጥር። ኣብ ጭው ዝበለ በረኻ ድምጺ ናይ ኣዕዋፍ ኮይኑ ይስመዓካ። ኣሚንታ ሰለምለም ክተብሎ እንከላ። ከም ናይ ህጻን ዓይኒ ክትርእዮ ይማርኽካ። ከይሓሰብክዎ ናብ ገነት እትወስድ ጓል’የ ረኺበ።” በለጠ ገጹ ብሓጐስ ተወሊዑ መደረ። መጀመርያኡ ኣብ ፍቕሪ ዝወደቐ ኮይኑ ይስምዖ ነበረ።

“ምሩቕ እንዲኻ በለጠ ሓወይ። ክትፍጠር እንከለኻ ማርያም ልቢ ናይ ኣዋልድ ክኽፈተልካ መሪቕትካ ኢያ። ክትፍቀር ምኽኣል ብዙሓት ኣወዳት ዘይረኽብዎ ጸጋ’ዩ። ብዋዛ ዋዛ ናትካ ጌርካያ።” ብሓውሲ ቅንኢ ሓተቶ። ብሓሳቡ ንሓንቲ መዓልቲ በለጠ እንተዝኸውን ይምነ ነበረ። ንነብሱ ክትፍቀር ከም ዘይትኽእል ፍጥረት’ዩ ሓሲብዋ።

“ናተይ ጌረያ ኣለማዮ። ካብተን ምሳይ ዝዞራ ኣዋልድ ፍሉይ ብልጸት ኣለዋ። ኣብ ስምዒት ቀልዓለም ክትገብር ኣይትደልን’ያ። “ፍቕሪ ናጽነትካ ኣዊጅካ ክትሕንብሰሉ ዝግባኣ ሂወት ባሕሪ’ዩ።” ኢላትኒ። እንድዒ ካብ መጠን ንላዕሊ ፈትየያ ኣለኹ። ንሳ’ውን ኣፍቂራትኒ’ላ ። ‘ኮኾበይ’ እናበለት ክትጽውዓኒ ጀሚራ። ናይ ልባ ብርሃን ምኽነይ ፈሊጣ’ላ።”

“ሰበይቲ ከም ዘላትካ ኣይሓተተትካን? ዘውዲቱ እንተፈሊጣ ሰብ ኣይትኸውንን’ያ። እዚ ኩሉ ሓልዮታን ጽቡቕ ተግባራን ሞሳ ስለዘይረኽበትሉ ከይትጽለል’የ ዝፈርሓላ። ኣልማዝ ምስ ደቀንስትዮ ዘለካ ርክብ ከመይ ምኳኑ ኣይሓተተትካን?”

22 ክፋል

በለጠ ንገለ ካልኢታት ብፈቓቕ ናይቲ ጣዋሉ ንዝሰሎኸ ብርሃን እናተዓዘበ ትም በለ። ጨራታት ጸሓይ ዝቀዳደሙ ክመስሉ ብፈቓቓት’ታ ክፍሊ እናሓለፉ ኣብ መሬት ቅርጺ ፈጢሮም ነበሩ።

“እንታይ ደኣ እዛ ሕቶይ ደስ ኣይበለትካን ድያ?... ላዕሊ ላዕሊ ኣይትጠምት ኣብዚ ገዛይ ለኺኹቶ የለዋን።”

“እንታይ ደልየን’የን ኣብ ናይ ወትሃደር ገዛ ለኳኹቶ ዝኣትዋ?! ካልእ ኣማራጺ እንከለወን ጨርባሕባሕ ናይ ብረትን ሓጻውንን ዘምርጽ የብለንን። ለኺኹቶኮ ክረምቲ ምእታው ዝሕብራ ርሑሳት ኣዕዋፍ ሰማይ’የን። ጠበናጁ ዝርከቦ ቤት ዘይኮነ ከኣ ቤተክርስትያንን መስጊድን’የን ዝፈትዋ። ኣብኡ ንጸጥታኣን ዝዘርግ ኩነታት የለን። ኣለማዮ ደኣ ድቃስ ከሊኣናኒ ኢልካ’ኳ ጥይት ትትኩሰለን። መሳኪን ዋላ ሓንቲ ዘይፈልጣ ክንሰን መዝሓል ጥይት ትገብረን።”

“ኣብ ዘይቦታኣን እንተመጺኦን ደኣ ይቕተላ’ወ። ከም ዝበልካዮ ቤተክርስትያን እንዳ ሚኪኤል ኣብዚ ቅድሜና ስለዝርከብ ናብኡ ምኻድ ይሕሸን። ወትሃደር ጸላኢኡ ክቕትል እምበር ኣዕዋፍ ክሕብሕብ ኣይተፈጥረን።”

“ከምኡ ስለዝኾነስ ገዛኻ ሳሬት ጥራይ መሊእንኦ ኣለዋ። እዚ ገዛ ግን ሰብ ኣይነበሮን መስለኒ። እንታይ ደኣሉ ዳዕናው ዳዕናው ዝሸትት። ዘውዲቱ’ዶ ክሰደልካ ከተጻራርየልካ?”

“ንዘውዲቱ መጉሓፊ ዲኻ ስኢንካላ? ፍቅርኻ እንተወዲእካ ‘ፍቕረይ ወዲአ’ለኹ ምባል ብኣኻ ኣይተጀመረን። ፍቕሪ ዝነጽፍ ዒላ ምኳኑ ሓብራ። ኣብ ከምኡ እንተበጺሑ ድማ ብፍትወት ክትሕንብሰሉ ኣይትኽእልን ኢኻ።”

“ንስኻ ኮነ ኢልካ ምስ ዘውዲቱ ከተባእሰኒ ደሊኻ ኣለኻ። ኣነ ብቑም-ነገር’የ ዝሓተካ ዘለኹ። እዚ ገዛ እንዳ ኣድግ-በቕሊ መሲሉ’ሎ። ኣጸራርዮ ኣዝማ ከይትሓምም።”

“ኣብ ኤርትራ ብዘይካ ሕማም እንታይ ጽቡቕ ከይርከብ። ዝሓተትኩኻ’ባ መልሰለይ። ዝሓለፈ ናይ ፍቕሪ ሂወትካ ንኣልማዝ ኣዕሊልካያ’ዶ? ንሳ’ኸ ብወገና እንታይ ኣዕሊላትካ? ትምህርቲ ክኾነና ኣዕልለና።”

“ኣብ ታዕሊም ኣይተማሃርካዮን ዲኻ? ኣነ ደኣ ከመይ ጌርካ ጓል ከም እተእምን ኣብ ታዕሊም’የ ተማሂረዮ። ብረት እናተኰስኩ ምስ’ቲ ናይ ባሩድ ሽታ ብዛዕባ ፍቕርን ዕምባባን እሓስብ ነይረ።” ኣለማዮ ምስማዕ ቅጭ መጺእዎ ስለዝደነነ በለጠ ሰሓቐ። “እንታይ ደኣ ኣባሓጐኻ ዘጥፍኦ ገንዘብ ከም ዘሎ ደኒንካ?”

“ካብ ዘረባኻ ምስማዕ መሬት መሬት ምጥማት ይሓይሽ ኢለ።”

“ምስ ኣልማዝ ዋላ ሓንቲ ነገር ኣይተዘራረብናን። እንታይ’ከ ዘተሓታትት ኣለና! ንዓይ ዘገድሰኒ ፍቕራ ጥራይ’ዩ። ሕጂ ናተይ እንተኾይና። ትማሊ ምስ ዝነበረት ትንበር ዝግድሰኒ ኣይኮነን። ‘ፍቕሪ ኣብ ልቢ’ዩ ሰፈራ’ ንብል እንተኼንና ልቢ ዝወስዳ የብላን። እታ ኣብ ኢደይ ዘላ ኩዕሶ ንኻልእ ክሳብ ዘይሃብክዋ ናተይ’ያ። ኣልማዝ ከኣ ልክዕ ከምኣ። ኣብየት ከንፈራ እንተትርእዮ” ኣልማዝ ቅጅል ኢላቶ ብኣድናቕት መለሰ።

“ስዒምካያ ዲኻ?” ኣለማዮ ብህርፍርፎት ኣፉ ኣሞጣሚጡ ሓተቶ። ብዘረባ ዓርኩ ጥራይ ሃነን ኢሉ ነበረ።

“እንታይ ደኣ ክጽበ?! ዘጐምዱ ከንፈር እናረኣኹ ዓቕሊ ክገብር ኣይክእልን’የ። ጓል ኣንስተይቲ ከም ዝፈተወትካ እንተፈሊጥካ ተቕዳዲምካ ኣብ ከንፈራ ማሕተም ፍቕሪ ከተንብር ኣለካ። ከምኡ እንተጌርካ ኣብ ድቃስ ንዕላልካ ዘይኮነ ንኣሳዕማኻ እናዘከረት’ያ እትሓልም። ጓል ኣብ ፍቕሪ ናይ ተግባር ወዲ’ያ እትፈቱ። ቀልጢፉ ንዝሰዓማ ወዲ’ያ ልባ እትኸፍተሉ። እዚ ክብለካ እንከለኹ ግን ክተረጋግጽ ኣለካ። ከም ዝፈትወትካ ከይፈለጥካ ክትስዕም ከንፈርካ ከተመጥሙጥ የብልካን። ከምኡ እንተፈቲንካ ውርደት ኢኻ እትቕበል።” በሎ ንመኣዛ ብሓይሊ ሓኒቑ ከይስዕማ ስለዝሰግኣ።

“ኣንታ ኣነ ደኣ ጾመ-ኣርብዓይ ኣኽቲሙ ዋላ ሓንቲ መዓልቲ ተፍቅረኒ ጓል መዓስ’የ ዝረክብ ኣደይ ከየፍቀረት ግዲ’ያ ወሊዳትኒ። እንትይ ደኣ ክብል’የ? መኣዛ እናበልኩ ክሳብ መዓስ ኣብ ሰንፈላል ክነብር?! ፍቕሪ ዝተሓረሞ ሂወት እናነበርኩ ዕድመይ ይውዳእ ኣሎ። ብገንዘበይ ኣብ ኣመንዝራ ከይደ ፍቕሪ ክደሊ ተዋሪደ። ኣመንዝራ እንተኾነት ፍቕሪ ገንዘብ እምበር ፍቕሪ ሰብ ኣይትፈልጥን’ያ። እተን ዝፈልጣ ቁሩባት’ውን መጀመርያ ገንዘብካ ምስ ሃደና’የን። ፍቕሪ ተሓሪሙካ ከም ዝኸድካ’ውን ዘስተውዕል ልቢ የብለንን። ስምዒተይ ከራግፍ ዝኸድክወን ጥራይ ይመስለን። መስኪናይ ኣለማዮ ዕምሪ ፍቕሪ ከም ኣብ ህቡብላ ንፋስ ዝተወልዐት ሸምዓ ኮይንዎ።” በለ ብምስትምሳል። መከራኡ ዝናዘዝ’ዩ ዝመስል ነይሩ።

“ኣታ ሰብኣይ መጽሓፍ ናይ ታሪኽካ ክትገናጽል ዝገደደካ ሰብ ኣሎ ድዩ? ንምንታይ ኢኻ ነዛ ነብስኻ ግልልቲ ካብ ፍቕሪ ጌርካ እትሓስባ? ፍቕሪ’ውን ግዜ ኣለዎ። ስለ ዝደለኻዮ ኣብ መሽጐራጉር ጐፍ ዝብለካ ኣይኮነን። ደብረ ቢዘን ደዪብካ ኣይኮንካን እተፍቅረካ ጓል ናባኡ ክትመጽእ ክትጽበ ዘለካ። ንሱ ጓል ኣይትድይቦን’ያ ኢዩ ዝበሃል። ንስኻ ግን ኣዋልድ ኣብ ዘለውኡ ቦታ ኢኻ ዘለኻ። ኣብ ደብረ ቢዘን ዝደየበ ልቢ የብልካን። ንምንታይ ኢኻ ክንድ’ዚ እተስተማስል።” በለጠ ክገንሖ ፈተነ። ምስትምሳሉ ኣብ ሕማቕከየውድቕ ፍርሒ ኣለዎ። “ምስ መኣዛ ድማ ተራኺብና ነይርና።”

“ኣበይ ረኺብካያ?” ብህንጡይነት ኣቓልቦኡ ናብ በለጠ ገበረ። ስማ ክጽዋዕ ምስ ሰምዐ ልቡ ፈግ ኢላ’ያ። መኣዛ ዝብል ስም ስንባደ ከኽትለሉ ጀሚሩ’ዩ። ክዝክራ እንከሎ ወትሩ ብሕርቃን ሕምስ ይብል። ንበይኑ ከም ጽሉል ስማ እናልዓለ ይሕንሕን። ትዝ ክብሎ እንከሎ ብተግባሩ ይግረም። ኣብ ልዕሊ መኣዛ ሕማቕ ሓሳብ ካብ ዝሓስብ መዓልታት ኣለዎ። ደጋጊማ ስለዝጠለመቶ ከም ናይ መጨረሻ ውርደት’ዩ ሓሲብዎ። ኣታሊላትኒ ኢሉ ስለዝደምደመ ሕርቃኑ ኣብ ጥርዚ በጺሑ’ዩ። ‘ክቕትላ’የ’ ኢሉ ምስ ነብሱ ዝወሰነሉ መዓልቲ’ሎ። ኣብ ልዕሊኣ ዘለዎ ፍቕሪ ግን ከጣዕሶ ኣይደንነየን። ንእስነታ። መልክዓን ቁንጅናኣን ምስ ዘከረ ሓሳቡ ንገዛእ ርእሱ ኣግነብኒብዎ። ናይ ካልእ ኮይና ክርእያ ግን ፍጹም ድሌት የብሉን። እዚ ተፈጺሙ ካብ ዝርኢ ሞት’ዩ ዝምነ። ሞት ብሞቱ ድማ ለኻኺምካ ሞት። ኣብ ምድሪ ዓለም ገዲፍዋ ነብሱ ከጥፍእ ድልየት የብሉን። ብድሕሪኡ ካልእ ወዲ ተባዕታይ ክውንና ዝደሊ ኣይኮነን።

“ምስ ደበበ ብመኪና እናኸድና ኣብ ካምፓቦሎ ረኺቢያ።” በለጠ ስምዒቱ እናተዓዘበ ሓበሮ።

“ናበይ ትኸይድ ነይራ? ምስ መሓዝኣ ድያ?” ሕቶ ኣከታተለ። ክረኽብዋ እንከለዉ ምስኡም ብዘይምንባሩ ብውሽጡ የንጸርጽር ነበረ።

“ምስ ሓዋ’ያ ነይራ። ንገዝኣ ኢያ ትኸይድ ነይራ።”

“ከመይ ኣላ’ሞ? ጨካን ኮይና እምበር ብጣዕሚ’የ ናፊቐያ ዘለኹ። መልክዓ ኣብ ኣዒንተይ ክመላለስ ይሓድር ኣሎ። ወሪድኩም ከተዘራርብዋ ዕድል ረኺብኩም’ዶ?” ተሃንጥዩ ሓተተ። ገጹ ወሪኣ ምስ ሰምዐ በሪሁ’ዩ።

“ደበበ’ኳ ኣይወረደን። ኣነ ግን ወሪደ ኣዕሊለያ። ደሓን’ያ ጽቡቕ ኣላ። ምጥላማ ስለዘይጠዓማ ምኺኑ ሓቢራ ይቕሬታ ሓቲታ’ላ።” በለጠ ነገር ከህድኡ ደለየ። ኣለማዮ ብሕርቃን ኣብ ልዕሊኣ ሕማቕ ክፍጽም ኣይደልዮን’ዩ።

“ሕጂ ድማ ገና ምትላላ ትቕጽሎ ኣላ። ከመይ ድያ ትሓስበና?! ወትሃደራት እንተኾንና ደናቁር ሓሲባትና እምበር። ከምኣ ወለድን ስድራን ከም እንፈልጥ ዘንጊዓቶ። ‘ኣደይ ሓሚማ። ትምህርቲ ኮይነ.... እናበለት ክትጻወተልና?! ኣብ ዝሓለፈ ቆጸራ ዘይመምጽኢኣ ምኽንያት እንታይ’ዩ?” በለጠ ከብርሃኡ ደለየ። ዝኾነ ይኹን ምኽኒት ዝቕበል ልቢ ግን ኣይነበሮን። ከም ዝሓረቐ ብዕራይ ብሕርቃን ደጋጊሙ ከስተንፍስ ጀመረ።

“ኣይትሕረቕ’ባ! እንታይ ገደሰካ ትሓርቕ። ብዙሕ ድማ ኣይትገደሰላ። ጽብቕቲ’ኳ ዘይኮነት።” ከም ዘይኮነኡ ስለዝጠርጠረ። ኣብ ልቡ ሕማቕ ምስሊ ክፈጥር በለጠ ተጋደለ።

“ኦ!” ዓይኑ ኣፍጠጠሉ። ብጥርጣረ ቀው ኢሉ ጠመቶ። “መስተ ሰቲኻ ኔርካ ዲኻ? ዓይንኻ ሕውዝውዝ ኢሉካ ነይሩ ከይከውን? ንመኣዛ ‘ጽብቕቲ ኣይኮነትን’ ክትብላ?! ኣነስ ንማርያምኳ ንሳ ሰሪሓታ ከይትኸውን ጥርጣረ ኣለኒ።... እንታይ ዲኹም ኣዕሊልኩም? ሃንደበት ከምዚ ገይሩ ዘቐየረካ ምኽንያት እንታይ’ዩ” ክምልሰሉ ተጸበዮ።

“ዋላ ሓንቲ ዝበለትኒ የብላን። ትፈልጣ እንዲኻ ትዛረብ ድያ? ስለዝጠለመትና ጸርፊ ኣዝኒበላ። ብዘይካ ምስኪንኪን ቃል ኣይተዛረበትን። ደሓር ድማ ሓዋ ምስኣ ስለዝነበረ ስክፍታ ነይሩዋ።”

“ከመይ ገይርካ ሓዋ ከምዝኾነ ፈሊጥካ?”

“ባዕላ ‘ሓወይ’ዩ’ ኢላ ኣላልያትኒ። ምናልባሽ ኣብ ቅድሚ ሓዋ ዘየድሊ ነገራት ከይዛረባ ንምክልኻል ትኸውን።”

“ሓዋ ንዓኣ ይመስልዶ? ንእሽተይ ድዩ’ኸ?” ስለዝተጠራጠረ ነገራት ክጸርየሉ ደለየ።

“ምዕባያ’ዩ ዝመስል። ኣብ መልክዕ ኣይመሳሰሉን’ዮም። ንሱ ከደራይ ንሳ ድማ ቀያሕ’ያ። ስለምንታይ ኢኻ ግን ብዛዕባ ሓዋ ኣጥቢቕካ ትሓተኒ ዘለኻ?”

“ፍሬንድ ከይህልዋ ጥርጣረ ኣለኒ። ምሒር ምትራራ ናብ ከምኡ’ዩ ዝወስድ። ጓል እተፍቅሮ ወዲ እንተለዋ ብኻልእ ኣይትግደስን’ያ።” ግምቱ ገለጸ።

“ኣነ ነቲ ወዲ ብኽምኡ ኣይጠርጠርክዎን። ግን ኣለማዮ ዓርከይ ነዛ ጓል ክትርስዓ ዘይትፍትን። ዝደኽምናዮ ዘይኣኽለና።” ዓይኒ ዓይኑ እናጠመተ ተዛረቦ። ኣለማዮ ንእለት ገጹ ተቐያየረ።

“እንታይ ኢኻ ትብል ዘለኻ?! ክርስዓ ኢለዶ ኣፍቂረያ’የ። እንታይ ዝሰማዕካዮ ነገር ኣሎ ድዩ? መኣዛ ሓግዘኒ ኢላ ከቲብትካ ድያ? ካብ ምንታይ ተበጊስካ ደኣ ነዚ ሓድሽ ዘረባ ኣምጺእካዮ?” ክሳብ ዝዓፍር ጨደረ። ኣእዳዉ እናኣወናጨፈ’ዩ ዝዛረብ ነይሩ። ናይ በለጠ ዘረባ መበገሲኡ እንታይ ምኸኑ ክርድኦ ኣይከኣለን። ዘይተጸበዮ ስለዝነበረ ሕርቃንን ምግራምን ተሓዋወሶ። ከም ዓርኩ ዝኣምኖ ሰብ ዘይቅበሎ ዘረባ ክዛረብ ትጽቢት ኣይነበሮን።

“ኣለማዮ። ንመኣዛ ነዊሕ እዋን ኢና ተመላሊስናያ። ፍረ ንዘይርከቦ ነገር ድኻም ምውሳኽ ዋጋ የብሉን። ሰብኣይ ስለዝኾንካ ክትርስዓ ትኽእል ይመስለኒ። መኣዛ ሕራይ ከም ዘይትብል ዝተረጋገጸ ነገር’ዩ።” ብምትእምማን ከረድኦ ፈተነ። ኣብ መንጎ ክልቲኦም ጐነጽ ክፍጠር ኣይደልን’ዩ። ከይኮነ እንከሎ ንምክልኻል’ዩ ከይሰግኣ ሓሳባቱ ንኣለማዮ ገሊጹሉ።

“ከመይ ጌርካ ትፈልጥ - ጠንቋላይ ዲኻ? ወይ ኣነ ዘይፈለጥክዎ ዝበለትካ ኣሎ? እንተሎ ዓርከይ ኢኻ ንገረኒ። ካባይ ክትሓብኦ ኣይትፈትን።” ነዲሩ ኣጕባዕብዐ።

“ነዚ ንምርዳእ ጠንቋላይ ምኸን የድሊ ድዩ? ንምንታይ ኢኻ እናፈለጥካ ትድንቁር? መኣዛ ዋላ ብተዘዋዋሪ ይኹን መርገጺኣ ሓቢራትና’ያ። ቆጺርካያ ሓንቲ መዓልቲ መጺኣትና ትፈልጥ ድያ? ‘ንለባም ኣምተሉ’ ይብሉ። ዓያሹ ክንከውን ኣይንኽእልን ኢና። ከም እትጸልኣካ ብግልጺ ክትድርጕሓልካ ኣይትጸበ። ዓሻ ኤርትራዊት የላን። እዚ ትጽበ እንተለኻ ጌጋ’ዩ። ጠበንጃ ንዘዓጠቐ ወትሃደር ‘እጸልኣካ’የ’ ኣይበሃልን’ዩ።”

“ኩለን ኣዋልድ ኣብ ሓጺር እዋን ቆጺርካየን ይመጻ ድየን? ስለዘይመጸት ተስፋ ቆሪጽካ ‘ንሕደጋ’ ዲኻ ትብለኒ ዘለኻ? ኣልማዝ ከምኡ እንተትገብረካ ምሓደግካያ? ኣነ ግን ዝርድኣካ እንተኾይኑ ኣፍቂረ’የ። ስለዘፍቀርኩ ድማ ክሓድጋ ኣይክእልን’የ።” ውሳነኡ ብሓይሊ ቃል ኣረጋገጸሉ።

“ኣብ ልዕሊኣ ኵናት ኣዊጅካ ልቢ መኣዛ ክትማርኽ ተበጊስካ እንተለኻ ጌጋ’ዩ። ፍቅሪ’ዩ እዚ ኣለማዮ። ጠላዕ ወይ ቁማር ኣይኮነን። ጠበንጃ ስለዝዓጠቕካ ኣብ ቅልጽምካ ኣይትእመን። ዋላ ዘሪፍካ እንተወሰድካያ ንነብሳ እምበር ኣፍቃሪ ልባ ኣይትብሕቶን ኢኻ። ስለምንታይ ዕድል ጓል ኣንስተይትን ዕድልካን ተበላሹ? ኣልማዝ ዘይተፍቅረኒ እንተኾይና እሓድጋ’ወ። ካልእ ኣማራጺ የብለይን። ልክዕ ከም’ዚ ንመኣዛ ዝገበርናዮ ተመላሊሰ ከረድኣ ምፈተንኩ። ልባ ከም እምኒ ሩባ እንተተገቲሩ ግን መዶሻ ኣልዒለ ክሰብሮ ኣይፍትንን’የ።” ኣረጋገጸሉ።

“ሓቀኛ ፍቕሪ ዘይሓዞ ሰብ ኩሉ ይኽእል’ዩ። ዘፍቀረ ግን ከምዚ ንስኻ ዝበልካዮ ኣይኮነን። ንጹህ ኣፍቃሪ ምኸኑ ዘፍቀራ ንኽትርድኣሉ ከም ፈረስ ይጋልብ። ከም መኪና ይሕንበብ።”

“ፍቐሪ ንፋስ ኮይኑ ንምሓዙ ከከም ፍጥነትካ ኮይኑ! እሞ ከም ምሩጽ ይፍጠር ጉያ ምልምማድ’ዩ በለኒ እምበር።”

“ላግጽኻ እንዶ ይጽንሓልካ! ስለምንታይ ኢኻ ኣብ ቁምነገር ላግጺ እትሕውስ? እንታይ’ዩ ማዕረ ክንድ’ዚ ተስፋ ኣቑሪጹካ? ኣነ’ኳ ተስፋ ዘይቆረጽኩ! እንተተሓሊልካ ጉዳይ መኣዛ ናባይ ግደፎ። ኣነ ዝገበርኩ ገይረ ከእምና ጻዕሪ ከካይድ’የ። ክሳብ ተስፋ ቆሪጸ ኣላሽ ዝብል ሕደገኒ ክጐዩ።”

“ኣብ ጉያ እንዶ ኣይትእመን። ብዕራይ ዘይኮነ ነፊጹካ። ልቢ ጓል’ዩ ምቕባል ኣብዩካ። ክልቴና ከነእምና ጽዒርና ኢና። ካብ’ቲ ዘካየድናዮ ጻዕሪ ዝበልጽ ኣሎ ድዩ? እዛ ጓል እዚኣ ንዓኻ እትኸውን ኣይኮነትን። ብትውልዲ። ብብሄር። ብጽልዋ ፖለቲካ.... ክንዲ ፍረ ኣድሪ መራኸቢ የብልኩምን። እዚ ኩሉ ገምጊመ’የ ‘ግደፋ’ ዝብለካ ዘለኹ። ከምታ ኩልና ንነብስና ሰላም እንምነየላ መኣዛ’ውን ሰላም ትደሊ’ያ። ጽብቕቲ ገይሩ ንዝፈጠራ ኣምላኽ ክንዲ እተመስግን ከም እትራገም ኣይንግበራ።”

“ንመኣዛ ሓሊኻ ዲኻ ትዛረብ ዘለኻ? እንታይ ኢላ ድያ ሰቢኻትካ? ሃንደበት ከምዚ ኢልካ ክትቅየር ትጽቢተይ ኣይኮነን። ካብ መኣዛ ኣነ እቕርበካ። ንሳ ጓና’ያ። ከምዚ ክትብሎ ዝጸናሕካ ምሳና ዘራኽብ የብላን። ኣሕዋታ ከይተረፉ ቀተልትና’ዮም።”

“ናብ ካልእ ኣይትኺድ ኣለማዮ። ኣሕዋታ እንተቕተሉና ኣብ መሬቶም መጺእናዮም። ኣብ ቦሌ ወይ ቄራ እንተዝመጹና ትም ኢልና ምረኣናዮም ዲና? ኣብ መሬቶም ክንቀትሎም ጠበንጃ ተሰኪምና ኢና’ኮ መጺእና። እዚ እናረኣዩ ደኣ ብምንታይ ክቕበሉኻ ትደሊ? ከም ተመን ዕዳጋ ርእሲ ርእስኻ ይዘብጡኻ እምበር! መኣዛ ኣሕዋታ ወንበዴታት ምኳኖም እንተኣሚንካ ደኣ ጸላኢተይ ኢልካ ዘይትገድፋ። ምስ ጸላኢኻ ብፍቕሪ ይጥመር ድዩ? ኣነ ዘይከውን ስለ ዝኾነ’የ ዝዛረበካ ዘለኹ። ሓልዮተይ ብመጀመርያ ንዓኻ’ዩ። መኣዛ ንዓይ ጓና ኢያ። ፍቕሪ ስለዝኾነ’የ ዘዛርበና ዘሎ። ኣመዛዚንካ’ሞ ሕሰብ። ኣፍቂርካያ ስለዘየፍቀረትካ ጌጋ ኣለዎ ድዩ?”

“ኣነኸ ንዓኣ ብምፍቃረይ ጌጋ ፈጺመ ድየ?” ብሕቶ ተቐበሎ።

“ጌጋ’ዩ ዝበለካ የለን። ፍቕሪ ብሓይሊ ከተምጽኦ ግን ገበን’ዩ።”

“ክሳብ ሕጂ ሓይሊ ኣይተጠቐምኩን። ገና ንምርዳእ ግዜ ኣለኒ። ዘይምሕላለይ እንታይ ጌጋ ኣለዎ? ዓሰርተ ግዜ ትጥለመኒ። ዓሰርተ ግዜ ክቕጽራ’የ። ኣብ ኤርትራ ክሳብ ዘለኹ ንፍቕሪ’ውን ከም ወትሃደራዊ ዘመቻ ኣይሕለለሉን’የ።”

“መጨረሻ ኣበይ ንምብጻሕ ኢዩ? መኣዛ ሕራይ ክትብል’ያ ኢልካ ተስፋ ኣይትግበር። ስጉምትታት ሓደ ብሓደ ርኢናዮ ኢና። ክትረኽበና እንከላ ዝዓሰላ ናይ ፍርሓት ስምዒት ኣብ ልዕሌና ንዘለዋ ጽልኢ መግለጺ ኢዩ።”

“ተጸዊጋ ስለዝረኣየትና ገጻ ርኢና ክንሃድም? ዕላማ ዘለዎ ሰብ በዝን ወዲ ከምዝን ዝርዕ ኣይኮነን።”

“ኣብ ዘይከውን እንተደኸምካ ዋጋ የብሉን። ኣይኮነን’ዶ መኣዛ። ስድራኻን ዓድኻን ዝረሳዕካ ሰብ ኢኻ። ንሳ ኣይትፈትወካን’ያ።” ኣለማዮ ብክልተ ኢዱ ርእሱ ብምሓዝ ትም በለ። ካብ ኣዒንቱ ዘይተቐጻጸሮ ንብዓት ፈሰሰ። “መኣዛ ስለዘይትፈትወካ ከም ናይ ሞት ፍርዲ ኣብ ልዕሌኻ ዝተወሰነ ክትሓስቦ የብልካን። ሰብ ክፍጠር እንከሎ እታ ንዕኡ ዝተባህለት ሕዙእ ቦታ ኣለዋ። መኣዛ ናይ ካልእ’ያ። ኣብ ኤርትራ ንመኣዛ ከተፍቅር ኢልካ ኣይመጻእካን። ነዚ እናሓሰብካ ነብስኻ ተቐጻጸር።

“ገለ ዝረኣኻዮ ግን ኣሎ። እቲ ምስኣ ዝነበረ ወዲ ሓዋ ኣይኮነን። ከምኡ ድዩ? ኣነ’ውን ጠርጢረ ኣለኹ።” በለ።

“ሕጹያ’ዩ ኣለማዮ።” በሎ ተስፋ ቆሪጹ እንተሓደጋ።

“ወይኔ!” ኣለማዮ ብቕጽበት ብድድ ኢሉ ኣብ ትሕቲ መተርኣስ ኣቑሚጥዋ ንዝነበረ ሽጉጥ መዚዙ ኣውጸኣ።

23 ክፋል

በለጠ ኣለማዮ ዓርኩ ሸጉጥ ጨቢጡ ምስ ረኣዮ ንገለ ካልኢታት ዕንድ በለ። ዓርኩ እንታይ ክፍጽም ከምዝደለየ ኣይተረድኦን። ንጸላኢ ተባሂላ ዝተዋህቦ ሸጉጥ መወጽኢ ሕርቕርቕቱ ክገብራ ምፍታኑ ከየስደመሞ ኣይተረፈን። ኣለማዮ ሸጉጡ ዓቲቱ ኣብታ መደቀሲቱ ክፍሊ ጸፋዕፋዕ ኣብዝሐ። መኣዛ ኣብ ቅድሚኡ ዘይምንባራ ዘሕረቐ ይመስል። ንገዛእ ርእሱ ክፍጽሞ ዝደለየ ይፈልጥ ኣይነበረን። ኣብ ርእሱ ኣትዩ ዘናወጸ ጭንቀት ካብ ቁጽጽሩ ውጻኢ ኮይኑ ከም ደርሆ የንገፍግፎ ነበረ። ብዘይካ በለጠ ኣብ ቅድሚኡ ካልእ ሰብ የለን። ምስ መንፈስ መኣዛ ክገጥም ከም ዝደለየ ግን ኣዒንቱ ናብ ኩሉ ኣንፈት ኣፍጠጠን።

“ኣለማዮ እንታይ ትገብር ኣለኻ? ትገብሮ ዘለኻ ይርድኣካ ዶ’ሎ?” በለጠ ብክልተ መንኩቡ ጨቢጡ ከህድኦ ፈተነ። ብቕመት ጸብለል ስለዝብሎ እንቃዕሪሩ’ዩ ዝጥምቶ ነይሩ። ካብ ትሕቲ መተርኣሱ ሸጉጥ ምስ ኣውጽኦ ከም ዐፍ በሪሩ ንሰምበል ዝኸይድ’ዩ መሲልዎ። በለጠ ከምኡ እናሓሰብ ግን ክሕዞ ኣይፈተነን። ንሱ’ውን ልቡ ጠፊእዎ ቅዝዝ’ዩ ኢሉ። ድሓን ይእቶ ኣለማዮ ማዕጾ ከፊቱ ክወጽእ ኣይፈተንን። ድሒሩ ተግባሩ ከየሕፈሮ ኣይተረፈን። ሕርቃኑ ኣብቲ ገዛ ብምንቅስቓስ ጥራይ ገለጾ። እንተሓሪቑ ዘፍርሕ መክልዕ’ዩ ዘለዎ። ጽልሙ ዝደመቐ ይመስል። ኣዒንቱ ይፈጥት። ከንፈሩ ከይተረፈ ቀጥቀጥ ይብል። በለጠ ኩነታት ዓርኩ ናይ ጥዕና መሲሉ ኣይተራእዮን። ከምኡ ስለዝኾነ ሸጉጥ ከሕድኦ ኣይደፈረን። ኣጸቢቑ ምስ ረግኦ’ዩ ሸጉጡ ከቐምጥ ሓቲትዎ።

“ኣለማዮ ሃበኒ እታ ሸጉጥ?” ህድእ ኢሉ ተዛረቦ። እቲ ትራጀድያዊ ተግባር ከም ዝሃድኦ ተረዲእዎ ነበረ። ኣለማዮ ዝተባህሎ ከይፈጸመ ኣጽቀጠ። በለጠ መንጢሉ ሸጉጥ ኣሕደጎ።

“ኣብ ልዕለይ ከቢድ በደል ፈጺማ ደቂሳ ክትሓድር?! ኣነ ሓለቓ ሚእቲ ኣለማዮ ኣይኮንኩን።” ኣእዳው ጨቢጡ ኣብ ቅድሚ ኣፍ ልቡ ብምግታር ኣንቀጥቀጠ። ‘ዘራፍ! ዘራፍ’ እናበለ ከም ደቂ ዓዱ ክድብል ዝደለየ ይመስል። ነብሱ እሳት ከም እተኻዕዎ ረሲኑ ነበረ። ሕርቃኑ ጨሪሹ ኣይሃድኦን።

“ኣለማዮ ነብስኻ ክትቆጻጸር ፈትን። ሰብኣይ ከም እንጣጢዕ ብሒደት ረስኒ ጠራዕራዕ ኣይብልን’ዩ። ንነገራት ብስምዒት ዘይኮነ ብምስትውዓል ክትጥምቶም ፈትን። ሸጉጥ ኣብ ከማኻ ሸጉጥ ዝዓተረ ክትጥቀመላ’ዩ መልክዕ ዘለዎ። ቆልዓ ሰበይቲ ከተፈራርሓላ ክብረትካ ዘጉድል ንዑቕ ተግባር ኢዩ።” ዓይኑ ኣፍጢጡ ገንሐ።

“በለጠ ኣብ ልዕለይ ዝፈጸመቶ በደል ትፈልጦ እንዲኻ! ኣነኳ ሰብ’የ። ዋላ መልክዐይ ክፉእ ይኹን - ጸለሎ ይምሰል ሰብ ምኳነይ ኣይተርፈንን’ዩ። መኣዛ ግን ነዚ ከይተረድኣት ንዒቓትኒ። ከም ሰብ’ውን ኣኽቢራ ከተዘራርበኒ ኣይፈተነትን። በተሓሳስባኣ ኣነ ሰብ ዘይኮንኩ ኣድጊ’የ። እናቆጻረትኒ ‘ነዴኻ ማይ ውረደላ’ ክትብለኒ። እዚ ሸጉጥ ኣየምዝዝንዶ?” ክልተ ኢዱ ሸምጡ ብምሓዝ ንላዕሊ እናተመጠጠ ገዓረ።

“ ማዕረ’ዚ ትብሎ ዘለኻ በደል ፈጺማ ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ክተታልለና ኣይሓሰበትን። ወትሃደራት ምኳንና ስለዝፈለጠት ኣይመጽእን ክትብለና ኣይደፈረትን። ንግዜኡ መህደሚ ዝኾና ሜላታት እንተ ተጠቐመት ዝፍረደላ ኣይኮነን።”

“ኣነ ነዚ ኣብ ልዕለይ ዝተፈጸመ በደል ዘጻወር ሕልና የብለይን። ኣብ ልዕለይ ዝተፈጸመ በደል ዋጋ ክህልዎ’ዩ። ንዓይ ኣታሊላ ሰብኣይ ረኺባ ክትሕጸ! ኣነ ብፍቕራ ኣብ ሰንፈላል ክነብር። ንሳ ድማ ምስ እትፈትዎ ሓጐስ ዘለዎ ሂወት ክተሕልፍ! ኣበደን።” ፈከረ። ውሽጣዊ ስምዒቱ ከም ክግንፍል ዝደለየ ቡን ይህውኾ ነበረ። ብኽልተ መታልሑ ረሓጽ ክወርድ ጀመረ።

“እንታይ ዋጋ ክትከፍል ክትሓታ ደሊኻ? ክልቴኹም ኣብ ሓደጋ ክትወድቁ ጽቡቕ ኣይኮነን። ኣብ ሂወት ምትህልላኽ ክሳራታት’ዩ ዘምጽእ። ብመልክዕካ እናስተማሰልካ እምብዛ ኣይተንጸርጽር። ብልጫታትካ እናረኣኻ ንኣምላኽካ ኣመስግን። ንመኣዛ ቀቲልካ ብሂወት ክትነብር ኣይትኽእልን ኢኻ። ዋላ ብወንጀል ተኽሲስካ ሞት እንተዘይተፈረድካ ሕልናኻ ናቱ ፍርዲ ኣለዎ። ሕልናኻ እናሳቐየካ ዝንበር ሂወት ድማ ካብ ሞት ዝሓይሸ ኣይኮነን። ንመኣዛ ተፍቅራ ኢኻ። ንእተፍቅሮ ሰብ ከመይ ጌርካ ኣብ ሂወቱ ሕማቕ ክትፍጽም ትብገስ? ፍቕሪ ኣብ ርህራሄን ሰብኣውነትን እትትከል ዕምባባ ኢያ። ፍሪኣ ድማ ሓልዮትን ቅንዕናን እምበር ጭካኔን ኢሰብኣውነትን ኣይኮነን።”

“ንመኣዛ ክቐትላ ነብሰይ’ውን ኣይገብረለይን’ዩ። ኣነ ብሂወት እንከለኹ ምስ ካልእ ሰብኣይ ክርእያ ግን ዝውሓጠለይ ኣይኮነን። እዚ ስለዝኾነ። ክቐትል እንተኾይነ ንሑጹያ’የ ዝቐትሎ።”

“እንታይ ትብል ኣለኻ? እዛ ምቐታል እትብል ቃል ካብ ኣእምሮኻ ዘይተውጽኣ። ሰይጣን ኩልና እናኣሳገመግናዮ ንስኻ ኣብ ኣእምሮኻ ከጣጥሕ ቦታ ኣይተዳልወሉ። ሂወት ሰብ ምጥፋእ ወትሃደራት ስለዝኾንና እንተዘይኮይኑ ከቢድ’ዩ። ክልቴና ካብ ናይ ሻዕብያ ጥይት ክንድሕን ውትሩ ጸሎት ነዕርግ ኣለና። ንነብስና ማዕረ ክንድኡ እናሓለና ኣብ ካልእ ዘጨክነና እንታይ’ዩ? ነመኣዛ ረስዓያ። ካብኣ እትቑንጹ ጓል መሬት ፍሒረ ከምጽኣልካ’የ።”

“መኣዛ ከም ዝተሓጽየት መን’ዩ ነጊሩካ?”

በለጠ ትኩር ኢሉ ጠመቶ። ‘ሓስየየ’ እንተኢልዎ ዝስምዖ ስምዒት ክግምግም ደለየ። ዳግማይ ሽጉጥ ከየልዕል ክጥንቀቕ ነይሩዎ።

“ሕጂ ዲካ ዳኣ ትሓተኒ? ኮፍ’ሞ በል። ዓዲ ሓሙኻ ርሑቕ ከይከውን። ተሓጽያ ምስ በልኩኻ ካብ ሽጉጥ ክትመዝዝ እትጓየ ከተጻሪ ዘይትፍትን።”

“እንታይ ክገብር? እህወኽ ከም ዘለኹ ይርድኣኒ’ሎ ። ስንባደይ ክቆጻጸር ኣይከኣልኩን። ሰብ እንተሰንቢዱ እንታይ ከም ዝገብር ኣይፈልጥን’ዩ ተሓጽያ ክሰምዕ እጽበ ኣይነበርኩን። ዘይተጸበኽዎ ስለዝኾነ ድማ ልበይ ሰተት ኢላትኒ።”

“ሕጂኽ ንሕቶኻ እንታይ መልሲ ትደሊ? መጀመርያ ዳግማይ ሽጉጥ ከይተልዕል ከተረጋግጸለይ ኣለካ። ከመይ ዲኻ ኣሰንቢድካኒ መስለካ። ንዓይ እተቃብጸኒ መሲሉኒ ክሃድም ኣይጸላእኩን። ‘ሻዕብያ’ዶ ኣብዚ ገዛ ተሓቢኡ ጸኒሑ’ ኢለ ክሳብ ምጥርጣርየ በጺሐ። ‘ካብ ናይ ሻዕብያ ጥይት ጥራይ ዘይኮነ ካብ ናይ ወገን’ውን ሓልወኒ’ ኢለ ጸሎት ገይረ ስለዘይፈልጥ ስግኣት ሓዲሩኒ። መርድእ ዝነግሩ ሰባት’ኮ በቶም ዝተረድኡ ናይ ስንባደ ሓደጋ ክወርዶም ይኽእል’ዩ። በለጠ ድማ ካብ’ዚ ሓደጋ’ዚ ንስክላ ድሒኑ። ኡፍ! ተመስገን ኣምላኬ። ድሕሪ ሕጂ ሰፊሕ ጸሎት ከምዘድሊ ተማሂረ ኣለኹ።” ብኣሸሙር ጠመቶ።

“ሕጂኽ ጭርቃንካዶ ክትጅምር ደሊኻ?!... እንታይ ክገብር ደኣ ትጽበየኒ ኔርካ። ብዘረባኻ ተሓጉሰ ዕልል ክብል። መርድእ ጥራይ ዘይኮነ ናይ መኣዛ ተሓላቒ ኳንካ ኢኻ መጺእካኒ። ሽጉጥ እንተልዓልኩ ኣየኽፍኣለይን’ዩ።”

“ኣነ’የ ተጋግየ። ወዲ ቄራ ምኻንካ ክዝክር ኔሩኒ። እቲ ግኑን ዓማጺ ስፖርተኛ ወዲ ቄራ መን’ዩ ስሙ ወደይ? እወ ያሬድ.... ወዲ ገዛውትኻ ምኻኑ ክርስዕ ኣይነበረንን። ኣብቲ ከባቢ ክንደይ ደቀንስትዮ ድየን ብያሬድ ተዓሚጸን። ‘ማጅራት’ ዝተሃርሙ ኣዲኣም ትቑጸሮም። ያሬድን ጉጅለኡን ኣብ ቄራ ዘይፈልጦም ኣሎ ድዩ? ደቂ ጉጅለኡ ኣዋልድ’ውን ኔርንኡ ሓቀይ?”

“ከመይ ጌርካ ዘኪርካዮ?! ንዕኡ ዝዛረቦ የብሉን። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ድልየቱ’ዩ ዝገብር። ያሬድ ናይ ቄራ ካርሎስ ኢዩ። ጽልሙን ቅልጽሙን ጥራይ ርኢኻ ትፈርሕ። ኣዋልድን ኣወዳትን ግሩፕ ኣለውዎ። ያሬድ ናይ መጨረሻ ወንጀለኛ ኢዩ። መስተ። ጫትን ደቀንስትዮ ምዕማጽን ጥራይ ኢዩ ሓዳሩ። ‘ኣትለፍኝ ሆቴል’ መዋፈሪቱ ኢያ። ኣብ ትዝታ ኣእቲኻኒ በለጠ። ኣየ’ወ! ቄራ ሰፈር ድኻታት ነይራ። ኣብ ቄራ ዝዓበየ ጾሙ ዝሓድር ሰብ የለን። ‘ኣየር ብኣየር’ ዝበሃል ቢዝነስ መዓት ኢዩ። ‘ንጹህ ሆቴል። ደመቀ ሆቴል። ሙሉጌታ ጋራጅ’ ዝዓበናሉ ኢዩ። ጥዑም ከይበልና ጥዑም ሓሊፉ። ሎሚ ድማ ኣብ ኣባኻውል። ዕዳጋ ዓርብን ጸጸራትን ‘ትዳር በግድ’ ክንርኢ ንውዕል ኣለና። ” ኣብ ትዝታ ጥሒሉ ኣስተንተነ።

“ደቂ ቄራ ደኣ ዘይትገብርዎ ኣለኩም ድዩ? ናይ መጨረሻ ወንጀለኛታት እንዲኹም። ነቶም ኣብዑር ክሸጡ ኣብ ቄራ ዝኣትው ነጋዶ ከመይ ጌርኩም ዲኹም ትላገጹሎም ኔርኩም?”

“ኣብ ቄራ ዘይተነግረ እመበር ዘይተገብረ የለን። ገንዘብ ንምርካብ ብዕራይ ዘይኮነ ሰብ’ውን ይጥባሕ’ዩ። ኣብ ቄራ ገንዘብ ንምርካብ ሜላ ክትምህዝ ድሕር እትብለሉ ኣይኮነን። ሓደ ካብቲ ንገብሮ ዝነበርና....” ተግባሮም

ተዘኪርዎ ፍሸኽ ኢሉ ዘረባኡ ኣቋረጸ። “ይገርመካ’ዩ። ነቶም ኣብ ቄራ ክሕረዱ ዝኣትው ኣብዑር ጥዑያት መሲልና ንቐርቦም። ድሓር ከይተረእና ብድሕሪኦም መርፍእ ጌርና ንወግኦም ። ኣየርኢኻ ከምኡ ምንፋጽ የለን። ካልኦት ብጾትና ሸው ነቲ ዝነፈጸ ብዕራይ ሒዞም ከምጽእዎ ብገንዘብ ይሰማምዑ። እዚ ካብቲ ናይ ቄራ ተግባራት ኢዩ። ወረ በዓል ንሕናስ ፈዛዛት ኢና። ኣብ ቄራ ተወሊደ ዓብየ ደኣ ስራሕ ስኢነ ኢለ ወትሃደር ምተቆጸርኩ?!”

“ናይ በዓል ንስኻትኩም መርገም እንዳኣሉ ደኣ ከርተር ዘብለና ዘሎ። በዓል ንሕና ከምቲ ንስኻትኩም እትገብርዎ እይገበርናን። ኣነ ብዘይካ ‘ፒያሳ’ ኬድካ ምስዕሳዕ ካልእ እፈልጥ ኣይነበርኩን። ሕጂ በዓል ንስኻትኩም ‘ጊዮርጊስ። ገብርኤል’ እናበልኩም ካብ ጥይት ሻዕብያ ክትድሕኑ እንተጸለኹም ንሓጥያትኩም ረሲዐ ኣየናይ መልኣኽ ይሰምዓኩም?”

“ንእስነት’ዩ በለጠ። ንእስነት ዕዳ ስለዝኾነ ዋላ ወንጀል እናፈጸምካ ጽቡቕ’ዩ ዝመስለካ። ካብ ወትሃደር ምኻን ኣብ ቄራ ሰሪቕና ምንባር ምሓሸና።”

“ካብ ስርቅን ምዕማጽን ወትሃደር ምኻን ይሓይሸ። ሃገርና ሰላም ዘይብላ ኮይና’ምበር ወትሃደር ሕግን ስርዓትን ዘንግስ ዜጋ’ኮ’ዩ። ኣብ ሰላም ዘይብሉ ሃገር ግን ዕላማ ኣብ ዘይብሉ ኩናት ይጥበስ።”

“እንታይ ይገበር!” ኣለማዮ ብሓይሊ ኣስተንፈሰ። “ሰብ ዕጫኡ ኢዩ ዘልዕል። ደቂ ገዛውትና ቢዝነስ ኣብ ምክያድ ይርከቡ ኣለው። በዓል ንሕና ድማ ኩናት ከይኣኽለና ናይ ፍቕሪ እሳት ተወሲኽዎ ኣብ ስቅያት ኣለና። መኣዛ ኣብ ቄራ ኔራ እንተትኸውን ሓንቲ ለይቲ ኣይመሕደርክዋን። ከይፈተወት እግረይ ተሳሊማ ኣብ ቁጽጽረይ ምኣተወት።”

“ካብ ኣተሓሳስባ ቄራ ወጺእካ እንዶ ተዛረብ። ንሰብ ብዘይ ድልየቱ ንሓጺር እዋን ኣብ ቁጽጽርካ ከትእትዎ ይከኣል ይኸውን። እዚ ግን ቀጻልነት የብሉን። ኣድጊ ጥራይ’ዩ እናተደግደገ ምስ ዋንኡ ዝነብር። ሰብ ግን ሓደ መዓልቲ ብሓይሉ መቀጭሕ ሰይሩ ናጽነቱ ይእውጅ’ዩ። ስምምዕ እንተዘየለ ፍቕሪ የለን። ንመኣዛ ሕጂ’ውን ብሓይልኻ ክዝትዝርፋ ትኽእል ኢኻ። እንተኾነ ፍቕሪ ብዱላን ሓጹርን ናይ ሓዳር ኣይትከልን’ዩ።”

“ኣይምሰልካ በለጠ። ጓል ኣንስተይቲ ነብሳ እንተረኺብካያ ናይ መጨረሻ ዕድላ ዘጥፍኣት ስለዝመስላ ካብ ቁጽጽርካ ሰተት ኣይትብልን ኢያ። ምኽንያቱ። ካባኻ ከይዳ ዘርሞ ዘርሞ ከይትተርፍ ስግኣት ኣለዎ።”

“ተኾርሚኻ ካብ ምንባዕ ደው ኢልካ ምሟት ይሓይሽ ድዩ ዝበለ ቸ ጉቨራ? ሓደ ሓደ ግዜ ዘይፍጸሙ ባህግታት ከም መልኣኽቲ ኣብ ቅድሜና ደው ኢሎም የደናግሩና ኢዮም ። ስጉምቲ ወሲድካ ክትጭብጦም እንተፈቲንካ ግን ባዶ ኢዮም። ኣለማዮ’ውን ልክዕ ከምኡ ትሓስብ ኣለኻ። ናጽነታ ግሂስካን ሰብኣውነታ ጨፍሊቕካን ዘምጻእካያ ጓል ሰብ። ሓንሳብ ክብራ ብጸቕጢ ስለ ዝተጣሕሰ ኣሜን ኢላ ክትነብር ኣይትኽእልን’ያ። ክብራ ኣጥፊኣ ተኾርምያ ካብ ምንባዕ ደው ኢላ ክትመውት ትመርጽ። ሓንሳብ ስለ ዝተዓመጸት ንስዕረት እናተቐበለት ክትነብር’ያ ኢልካ ምሕሳብ ዕሽንት ጥራይ’ዩ።”

“ኣነኽ ስዕረት እቕበል ድየ? ሓሳበይ እንተዘይፈጺመ ኢደይ ሂበ ኣለኹ። እዚ ድማ ናይ መጨረሻ ሞት’ዩ። መኣዛ እናተሓብኣት ኣብ ምትላልና ካብ ኣተወት። ካብኣ ክትወጽእ የብላን። ከም ዋልያን ኒያላን ዝበሃላ እንስሳታት ናይ ሃገርና ካብ ነብሪ እናሃደማ ዝነብራ። ከምኣን ክትከውን ኣለዋ። እዚ ንመታለሊ ጽቡቕ መቕጻዕቲ ኢዩ።” ርእሱ እናነቕነቐ ሓንሓነ።

“ኣብ እትሕምቕ በትሪ ምውጥዋጥ ናይ ፈራሓት ተግባር’ዩ። መኣዛ ንስምዒታ’ያ እትነብር። ፍቕሪ ምጽዋታ ኣይኮነን ድንጋጸ ሓዲሩካ እትልግሶ። ሰባት ዋላ ናይ መጨረሻ ርህሩሃት ይኹኑ። ሰብኣውነት ተሰሚዕዎም ንጸታዊ ፍቕሪ ልቦም ኣይከፍቱን’የም።”

“እሞ መኣዛ እናተሓጽየት ትም ኢልካ ርእ ዲኻ ትብለኒ ዘለካ? ኣነ ኣብ ዘይርእያ ሃገር እንተኸይዳ ኣይዝክራን’የ። ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ልበይ ብፍላጻት ፍቕሪ እናደመየ ግን ቃንዛ ተጻዊረ ክዕገስ ኣይክእልን’የ።”

“ካብ ዓዳ ናበይ ክትከይድ ደሊኻ’ያ? ንሕና’ኳ ኢና መጺእናያ። ማዕጾኦም እናኳሕኳሕና ‘ኣሕዋት ክንኮነኩም’ ኢልና’ውን ኣይሓተትናዮምን። ብሓይልና እናሰበርና ኣብ መሬቶም ኣራጢጥና።”

“ናታ ገዲፍካ ንዓይ ዘይትሓልየለይ። ተግባራ ዝያዳ ዘሕርቕካ ዝነበረ ንዓኻ’ዩ። ሕጂ ኣየናይ መልኣኽ ሒዛ መጺኣትካ’ያ ዋልታ ትኾነላ ዘለኻ?”

“ብኢዳ እትጭብጦም መልኣኽቲ እንተዝህልውዋ’ሞ ሓንቲ ለይቲ ኣይመሕደረትናን። ቁዱስ ሚካኤል ብሴፉ ክዘጋግለና ምሰደደቶ። ናይ መኣዛ ሓልዮት ኣየዛርበንን’ዩ። ናትካ ስቅያት ክዕገት ስለዘለዎ’የ ዝዛረብ ዘለኹ። ወግሐ ጸብሐ ብኣኣ ክትሓስብ ኣብ ጸገም ዘለኻ ንስኻ ኢኻ። መኣዛ ከምዚ ናትካ ጭንቀት የብላን። እንተረሲዕካያ ዝያዳ እትቕስን ንስኻ ኢኻ።”

“ክቕስን እንተደሊኻኒ ሓገዝካ ዘይትውፍየለይ። ስለምንታይ ተስፋ ቆሪጽካ ንዓይ’ውን ክትልክመኒ ትደሊ ኣለኻ? መንግስትና ‘ ናቕፋ ሓንቲ መዓልቲ ክትተሓዝ ኢያ’ እንድዩ ዝብለና። ከም ወትሃደራት በዚ መምርሒ’ዚ ኣይንመራሕ።”

“እንታይ ኢኻ ዘይከውን ትዛረብ ። ጉዳይካ ምስ ናቕፋ ኣይትጸናብሮ። መንግስትና ናቕፋ ክትተሓዝ’ያ ይብለካ እምበር ኣንታይ ደኣ ክብለካ?! መንግስታት ወላ እናሞቱ ‘ኣለና’ ክብሉ ግድን’ዩ። ምኽንያቱ ዘመሓድርዎ ሰፊሕ ህዝቢ ምህላዎም’ምበር ኣብ ኣፍ ጉድጓድ ከም ዝቕረቡ ሰብ ክፈልጦም ኣይደልዩን’ዮም.. በጃኻ ካልእ ዕላል ነዕልል።” በለጠ ብሓይሊ ኣስተንፊሱ ኣእዳውን ኣእጋሩን ኣፈታትሐ።

“ዝሓተትኩኻ ሕቶ ኣይመለስካለይን።”

“ምሕጻያ ኣይፈልጥኩን። ክትርስዓ ስለዝደለኹ’የ ከምኡ ኢለካ።”

“ ካብ መኣዛ ንላዕሊ ድኣ ንስኻ እንዲኻ ጸላኢየይ ኴንካ ዘለኻ።”

“እወ ጸላኢኻ’የ። ብዙሓት ጸላእቲ ስለዘለውኻ እንካ ሸጉጥካ ሓዝ።” ሸጉጡ ኣብ ኢዱ ኣሕቆፎ። “ጸላኢኻን ፈታዊኻን ትፈልጥ ሰብ ግን ኣይኮንካን። ዘይከውን ኣይከውንን’ዩ ዝብለካ ፈታዊኻ ጥራይ’ዩ። መኣዛ ከም ዘይትገብር ስለዝፈለጥኩ ንኽትርስዓ ሜላታት ክምህዝ ኣለኒ። ተሓጽያ ኣይተሓጽያ ንዓኻ ፍልልይ የብሉን። ናትካ ክትከውን እንተዘይክኢላ ዋላ ዓሰርተ ይተሓጻይዋ።” ብነድሪ ተዛረበ።

“ሕጂ’ውን ከም ዓርከይ መጠን ሓገዝካ የድልየኒ’ዩ። ክልቴና ኣብ ዘይሃገርና ንነብር ዘለና ሰባት ኢና። ኣዝማድ ይኹን ቀረባ ዓጽመ-ስጋ የብልናን። ነንሕድሕድና እንተዘይተሓጋጊዝናን ተሓላሊናን ዝሕግዘና ዘብ የለን። ኣነ ብዙሕ ምስጢራት ናትካ እፈልጥ’የ። ንስኻ’ውን ከምኡ። ዘውዲቱ ስለዘላትካ ንኣልማዝ ክትገድፋ ጸቕጢ ኣይገበርኩልካን። ስምዒትካ ኣኽቢረ እንተኽኢለ ዘውዲቱ ከይትጥርጥር ክኸላኸለልካ’የ ዝደሊ ። ንስኻኸ ስምዒተይ ዘይተኽብረለይ ምኽንያት እንታይ’ዩ?”

“ኣለማዮ ነዚ ጉዳይ ዘይመልከዑ ተትሕዞ ኣለኻ። ኣልማዝ ንዓይ ኣይኣበየትንን። ልክዕ’ዩ ኣብ ልዕሊ ዘውዲቱ ደሪበያ ኣለኹ። ነዚ ክትነግራ እንተደሊኻ ንገራ። ኣብ ነብሰይ ዝእውደኒ ወላ ሓደ የለን።”

“ናይ ብሓቂ ክነግራ ፍቓደኛ ኢኻ።”

“ጭርቃን ትላመድ ኣለካ ሓቀይ?” ብምግራም ጠመቶ።

“ኣይጨረቕኩን ናይ ልበየ’የ። ኣነ’ውን ንዘውዲቱ ክሕለቕላ ኣለኒ። ንስኻ’ኳ ንጓና ትሕለቕ ዘለኻ።”

“ኣለማዮ ኣነ’ውን ሸጉጥ ኣለኒ’ዩ።” ኣለማዮ ካርካር ኢሉ ስሓቐ። “ ኣይትስሓቕ። እንተደሊኻ ዝበልካኒ ክተሓጋገዘካ ቁሩብ’የ። ፈሪሐ ግን ከይመስለካ። ድኻም መሲሉ ስለእተራእየኒ ከረድኣካ ፈቲነ ነይረ። እንተዘይተቕቢልካዮ መኣዛ ኣብ ኢድካ ንኽትኣቱ ኩሉ ክገብር’የ።”

“ኣምስሓን’ባ። ድሕሪ ምሳሕ መዓስ ከም እንኸይድ ኣስፈሕና ነዕልል።”

ስዓት ዓሰርተ ቅ.ቀትሪ ኢዩ። በለጠ ሕብራዊት ካምቻ ተኸዲኑ። ‘ራዶ’ ዝዓይነታ ናይ ዓዲ ህንዲ ገፊሕ ዝመነጸራ ኦክያለ ኣብ ኣሜንቱ ሰኩዑ ናብ ራንዴቩ ተቐልቀለ። ምስ ኣልማዝ ፍቕሪ ካብ ዝሕዞ እናደጋገመ’ዩ ዝመላለስ። ኣልማዝ ወትሃደር ኮይኑ ኣብ ኤርትራ ምምጽኡ ኣረሲዓቶ ነበረ። ንዘውዲቱ ጭራሽ ረሲዑዋ’ዩ። ኩሉ ስምዒቱ ናብ ኣልማዝ’ዩ ዘዝዩ። ዋላ ምስ ዘውዲቱ እንከሎ ብሓሳብ ቅጅል ትብሎ። ፍቕራ ጥራይ ዘይኮነ እንግዶታ ተሓዊስዎ ብጥቕሚ’ውን ኣሲራቶ ነበረት። ኣብ ራንዴቩ እንተኸይዱ ዘይቅረበሉ መግብን መስተን የለን። መስኪነይቲ ዘውዲቱ። ምስ ኣልማዝ ብትሕዝቶ እትወዳደር ኣይነበረትን። ዋላ ብመልክዕ’ውን ክንድኣ ኣይኮነትን። ኩሉ ተሓዋዊሱ ልቢ በለጠ ክግልላ ኣይደንጐየን። ንሳ’ውን ኩነታቱ ገምጊማ ግዲ ከም ቀደማ ኣይኮነትን። ከም ቆልዓ ተቀባጥረሉ ከምዘይነበረት። ዛሕቲላ’ያ። ዝሰምዓቶ ስለዘይነበራ’ያ ሃህ ኢላ ዘይተዛረበት’ምበር ሰናፍ ኣይኮነትን። ብበለጠ እትመጻ ጓላ። ክብራ ጥራይ ዘይኮነ ሂወታ ከምዘዕነወት’ያ እትሓስባ።

“ናተይ ቆንጆ! ከም ጸሓይ ወጋሕታ ብርሃን ዝዓሰሎ ገጽ ክርኢ፤ ኣእዛነይ ከም ድምጺ ኣዕዋፍ ዝበሃግ ዕላልኪ ክሰምዕ፤ ኮታ ከም ሓዳስ መርዓት ዕንድ ኢለ ክጥምተኪ ብንግሆኡ ደበኽ ኢለ።” ኣብ ልዳት ደው ኢሉ ብፍሽኽታ ኣድመጸ። ንደቀንስትዮ ብመልሓሱ’ዩ ዘእምነን። ንኣልማዝ ግን ካብ ልቡ ነበረ። ኣልማዝ ኣብ ውሽጢ ልቡ ተወዳዳሪ የብላን።

“እውይ በለጠ!” ኣልማዝ ስንብድ ኢላ ኣድመጸት። ብልባ ክትዝክሮ’ያ ጸኒሓ። ኣብ ባሕሪ ሓሳብ ክሕንብስ ከም ዘይጸንሐ። ሃንደበት ብልዳት ምቕልቃሉ ከየገረማ ኣይተረፈን። ‘ኮኹበይ ሕጂ እንድየ ክዝክረካ ጸኒሐ።” ኢዳ ዘርጊሓ ብምሕቋፍ ሰዓመቶ። ኣብ ካሳ’ያ ነይራ። ንግሆ ስራሕ ስለዝዝሕል። ኣብ’ቲ ላተርያ ተገልጋሊ ሰብ ኣይነበረን። ኣልማዝን ክልተ ኣስሰይትን ጥራይ’ዮም ነይሮም።

“ስለ ዝዘከርክኒ እምበር’ዩ መንፈሰይ ነጊሩኒ ልበይ ክተንፈጥፍጥ ዝጸንሐት።” ንኣእዳዋ በጻብዕቱ እናዳህሰሰ ዓይኒ ዓይና ጠመታ። ኣሳሳይቲ ስለዝነበሩ’ምበር ወዝ ዝነበሮ ከንፈራ ናብ ኣፉ ክውትፍ ኣይጸልአን። ክስዕማ እንከሎ ማዕጓር ገጻ ዝሕልሕል ዝብል መቐረት ለጊሱሉ’ዩ። ትኽል ኢሉ ኣሚንታ ምስ ጠመተ። ልቡ ንላዕሊ ክትስቀል ተፈለጠቶ። ንስምዒቱ ክሰምዕ ንካልኢታት ፈዘዘ። ኣልማዝ ብወገና’ውን ኣጻብዕታ ንዝድህስስ ዝነበረ ኣእዳው በለጠ እናስተማቐረት ትም በለት። ኣብ ኣእዳዋ ዘፍተልትል ዝነበረ ኣጻብዕቱ ውኖኣ ዘኒቡ ንኣተነፋፍሳኣ ቀዪርዎ ነበረ።

“ኣልማዝ ብጣዕሚ ናፊቐኪ ቀንየ። ሕልምን ጋህድን እናተበራረዩ ዕረፍቲ ከሊኦምኒ። ወትሃደር ስለዝኾንኩ ልበይ ብፍቕርኺ መሊኡ ሃንደበት ከይፍለየኪ ስግኣት ‘ሓዲሩኒ።” ንኣጻብዕታ ጭብጥ ፍንው እና’በለ ተዛረባ።

“በጃኻ ከምኡ ኣይትበል።” ብሓውሲ ሕንቃቐ ኣድመጸት። “ፍሉይ ኴንካ ኢኻ መጺእካ። እዛ ካምቻኻ ክንደይ ትጽብቐ’ያ። ከብዳ ሓፍ ኮፍ ዘበለ ዘረባ ጐስያ ላዕለወይቲ መልጐም ናይ ካምቻኡ እናመዓራረየት ኣድነቐቶ።

“ኣነኽ ሽኮር ኣይኮንኩን ድየ? ዝኾነ ክዳን ኣብ ቦታኡ እንተኣትዩ መዓርግ ኣለዎ።” ክሳዱ እናጠዋወየ መለሰላ። ንሳ ብውሽጢ ንሱ ድማ ቅድሚ ናይ ካሴሪ ጣውላ’ዩ ነይሩ። ኣፍ ንኣፍ ተዋሃሂቦም ከንፈር ንከንፈር ክገጣጠሙ ዝተረፎም ኣይነበረን። ኣተነፋፍሳኣም ግን ኣብ ገጽ ክልቲኦም ክበጽሕ ኣይተጸገመን። ኣልማዝ ዘረባኡ ሰሚዓ ረጐድቲ ከናፍራ ከፊታ ፍሽኽ በለት።

“እንድዒ ክገልጸልካ ዓቕሚ የብለይን።” ኣሚንታ ኣስለምለመት።

“ኣዋልድ ካብ ብቓላት ብተግባር ምግላጽ ስለዝሰልጠን ድዩ?” ኣመልካቲት ኣጻብዕቱ ኣብ ከንፈራ እናዘዋወር ሓተታ።

“እንድዒ!” ኣመልካቲት ኣጻብዕቱ ጨበጠት። “እዞም ሰራሕተኛታት ከይርእዩካ።” ዝተቃወመቶ ከይመስሎ ናብቶም ኣሳሳይቲ እናጠመተት ሓበረቶ። ኣብ ቅድሚኦም ከይተናኽፋ ሕንከት ተሰምዓ።

“ኢሂ! ፍቕሪ ኣይፈልጡን ድዮም? እዚ ላተርያ ብፍላይ ውሽጡ ንፍቕራት ተባሂሉ ዝተሰርሐ ደሴት’ዩ ዝመስል።”

“ወሪድዎም። ኣይ ቆልዑ እንድዮም! ኣብ ፍቕሪ ኣይበጽሑን።”

“ቆልዓ ንዝረኣዮ’ዩ ዝመስል ኣልማዝ። ኣብዚ ብሻምብቆ ዝተኸበበ ቦታ ፍቐራት ክሰዓዓሙ እናረኣዩ ልቦም ንስምዒት ክጐዱ ይኽእል’ዩ። እዚ ኣጻብዕትኺ ክንደይ ይዝሕል ኢዩ። ሳይቤርያ ኬድኪ ትፈልጢ ዲኺ?”

“ኣይፈልጥን’የ። ቆራሪ ቦታ ስለዝኾነ ድዩ?” ጠመተቶ። “ንዓናይ ኣብ ውሽጢ ኴንና ነዕልል።” ካብ ካሳ ወጸት። “ኣውዓሎም ካሳ ርአ።” ንኣሳሳዩ ሓቢራ ንበለጠ መሪሓቶ ሰጐመት። ክልቲኣም ናብ’ቲ ብሻምብቆ ዝተረበበ ቦታ ኣምሪሑም ተቐመጡ።

“ንግሆ ገዛኹም ጽምዋ’ዩ። ንፍቐራት ዝርብሽ ዝኾነ ምንቅስቓስ የብሉን። ንፍቐሪ ዝፈጠረ ጸልማት’ዩ መስለኒ።” በላ ኣዒንቱ ኣብቲ ዝነበሮ ቦታ ኣናዘዋወረ። እቶም ምስ መሰየ ዝርእዮም ዝነበረ ፍቐራት ሸዑ ኣይጸንሕዎን።

“ሕጂ ደኣ እዋን ስራሕ እንድዩ። ኣብ ግዜ ዕረፍትኻ ኢኻ ምስ ኣፍቃሪኻ ክተዕልል እትመርጽ።” ኣብርሃትሉ።

“ከመይ ቀኒኺ?” ንኣጻብዕታ እንደገና ጨበጦም።

“ናትካ ኢድ ከኣ ከምውቕ።”

“ናተይ ነብሲ ብፍቐሪ ፉሕ ፉሕ ዝበለ’ዩ። ኣጻብዕተይ ጥራይ ዘይኮነ ኩሉ።”

“ናይ ድሓን ዲኻ ደኣ ክንድ’ዚ ጠፊእካ? ክትናፈቕ ደሊኻ ከይትኸውን። ኣነ እንተናፊቐ ኣብ ቦታኻ መጺአ ወትሃደር ክኽተብ’የ። ሸዑ ኣብ ዝኸድካዮ እኸይድ።”

“ኣነ ድማ ‘ክርስዓካ’የ’ ክትብልኒ እጽበ ጸኒሐ። ማዕረ ክንድኡ ናፋቒት ዲኺ? ከምኡ ክትኮኒ የብልክን። ዘለናዮ ሂወት ኣውዒሉ ዘየሕድር’ዩ። ፍቐሪ ኣይብል ካልእ ኣይብል። ሰብ’ከ እንተጠፊኡ ጥራይ ድዩ ዝናፈቕ? እናተረኣኣኻ እትናፈቕሉ እዋን ብዙሕ’ዩ። ብፍላይ ንእተፍቅራ እናጠመትካያ ልብኻ መሊሱ ብናፍቕት ይመልእ። ሓደ ሓደ ግዜ ግን ተረሓሒቕካ ክትነፋፈቕ ጽቡቕ’ዩ። ምስ ተራኸብካ ከም ዕምባባ ሓድሽ ፍቐሪ ይዓስለካ። ፍቐሪ ድማ ተነፋፊቕካ ክትራኸብ እንከለኻ’ዩ መቐረት ዘለዎ። ክልተ ዝፋቐሩ ሰባት ድማ ዋላ ተረሓሒቕም እንከለዉ ብመንፈስ ይራኸቡ’ዮም።”

“በጃኻ ትም በል። ፍቐሪ ኣትሒዝካ ኣትሒዝካ ከምኡ ገይርካ ኣይትጥፋእ።” ፍቐሪ ከምዘለዋ ብዝሕብር ኣጠማምታ ጠመተቶ። ናፊቕቶ’ያ ቀንያ። ሓድሽ ፍቐሪ ኮይንዋ። ካብዛ ዓይና ነዊሕ ተፈልዩ ክርሕቐ ኣይደለየትን።

“ወትሃደር ምኺነይ’ባ ኣይትረስዒ! ወትሃደርን ኣድግን ሓደ’ዮም። ዝጸዓኑሉ ግዜ ስለዘይፍለጥ ምንቅሳቓሳቶም ብትእዛዝ’ዩ። እምበር መዓልቲ መዓልቲ ገጽኪ ክርኢ ደስ ምበለኒ። ኣብ ልዕለኺ ዘለኒ ፍቐሪ መግለጺ የብሉን።”

“እዘን ኣጻብዕትኻ ድኣ ከመይ’የን? ኣብ ዝኾነ ስራሕ ክሳተፋ ዝኽእላ ኣይኮናን።” ንኣጻብዕቱ ተገዲሳ እናዳህሰሰት ሓተተቶ። ቁመተንን ልስላሰአንን ንኣመለኻኽታኣ ሰሪቕዎ ነበረ።

“ኣጻብዕተይ’ውን ንዓይ’የን ዝመስላ። ግዜ’ዩ በዲሉና ኣልማዝ። ካብ ትምህርቲ ዓለም ናብ ውትህድርና’የ መጺአ። ጥዑም መሲሉና ዝሰኣንና ዘይብልና ተገዲድና ወትሃደር ተኸቲብና።”

“ወዲ ኣዲስ ኣበባ ዲኻ?” ዋላ’ኳ ጥርጣረ እንተለዋ ዝያዳ ንምርግጋጽ ሕተተቶ።

“እወ ወዲ ኣዲስ ኣበባ’የ። ኣብ ቦሌ ተወሊደ ኣብኡ ዓብየ።” ብኵርዓት መለሰላ።

“ቦሌ’ኽ ኣበይ’ዩ?” ክንጸረላ ደለየት። ኣብ ጐንደር ተወሊዳ ኣብ ኣስመራ ዝዓበየት’ያ።

“ኣብ ውሽጢ ኣዲስ ኣበባ’ዩ። ኣዲስ ኣበባ ብጭራሽ ዲኺ ዘይትፈልጥያ?” ብሕቶኣ ተገረመ። ዋላ ኣብ ኣስመራ ነዊሕ ትግበር ንኣዲስ ኣበባ እትኸይድ’ዩ ዝመስሎ ነይሩ።

“ኣየፈልጣን’የ። ዋላ ጐንደር’ውን ተወሊደላ እምበር ኣይዝክራን’የ።”

“እሞ ኤርትራዊት’የ ዘይትብልኒ ደኣ! ከምኡ እንተኾይኑ ከፍቅረኪ ኣይነበረንን።” ስምዒቱ ሓቢኡ ገጹ ጸወገ።

“ኢሂ እንታይ ደኣ ተጣዒስካ! ኤርትራዊት እንተዝኸውን ኣይመፍቀርካንን ማለት ድዩ?” ኣዘራርባኡ ኣሰንበዳ።

“ኣይመፍቀርኩኽን። ምኽንያቱ። ኣብ ልቢ ጸላእትኻ ፍቕሪ ክትተክል ኣይትኽእልን ኢኻ። ዋላ እንተፈተንካ። ኣብ ሓደ እዋን ጽልዋ ናይ ፖሎቲካ ይፈላልየካ’ዩ።” በላ።

“ንስኻ መቸም ሰብ ዘይሓስቦ ኢኻ እትሓስብ። ፍቕሪ ዕዉር’ዩ ይበሃል’ሞ ናትካስ ከም ዓራት ብዙሕ ዓይኒ ኣለዎ።”

“ልቢ ክተማቕል እንከለኻ ጥንቃቐ ይሓትት’ዩ ኣልማዝ። በጊዕ መሲሉካ ነብሪ ኣይትሓቁፍን ኢኻ። እንተሓቑፍካ ድማ ሓደ መዓልቲ እቲ ነብሪ ምስ ነደረ ኣብኣ ትረኽባ። ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ንወዲ ‘ማእከል ሃገር’ ግርህ ኢለን ልቦን ዝህባ ኣይኮናን። ከም ገለ ተደናጊረን እንተኣፍቂርናኻ’ኳ ከም’ቲ ንሳቶም ‘ልብን ሳዕርን እናሓደረ ይበቁል’ ዝብልዎ። ኣብ ሓደ መዓልቲ ምስ ተሰቆረን ራሕሪሐናኻ ልቢ ወዲ ዓደን የናድያ። ስለዚ ። እዚ ኮይኮነ እንከሎ ክትሓስብ ኣለካ። ልቢ እንተወደቐት ፍቕሪ ቀዲሓ ኣብ እትወጸሉ ዒላ ኢኻ ከትእትዋ ዘለካ።” ኣስፊሑ ገለጸላ።

“ኣነ እዚ ኣዘራርባኻ ኣይርደኣንን’ዩ። ኤርትራዊት ስለዘይኮንኩ’ውን ዝስመዓኒ ስክፍታ የብለይን። ልብኻ ኣብ እትደልዮ ኣውዲቕካ ስለዘለኻ። ንዓኻ ብምርካበይ ሕብንቲ’የ።”

“ኣልማዝ ብጣዕሚ ናፊቕኪ ስለዘለኹ ክስዕመኪ?” ዘጐምጀ ከናፍራ ኣወናዊንዎ ከይተሰከፈ ሓተታ። ብሓባር ኣብ ኒያላ ኣብ ዝሳዕስዑሉ መዓልቲ። ኣብ ‘ታንጎ’ ደጋጊሙ ስዒምዋ ነበረ። ንሱ ተዘኪርዎ’ዩ ብሑት ቦታ ስለዝረኽበ ክስዕማ ዝሃረፈ።

ኣልማዝ ሕቶኡ ሃንደበት ኮይንዋ የማነ-ጸጋም እናጠመተት ፍሽኽ በለት። “እንታይ ሓሲብካ ደኣ ብቕትሩ?”

“እዚ ዘለናዮ ናይ ፍቕራት ቦታ ኢዩ። ስለ’ዚ ንዝለኻዮ ቦታ ክትመስል ግድን ይመስለኒ።” ከየፍቀደትሉ የማነ-ጸጋሙ ጠሚቱ ደጋጊሙ ሰዓማ። ኣልማዝ’ውን ብዘይ ስክፍታ ዓጸፌታ መለሰት።

“ኡፍ!” ኣስተንፈሰት ኣልማዝ ካብ ምስዓም ምስ ተላቐቐት።

“እንታይ ደኣ ኴንኪ? ቀንዲ መግለጺ ፍቕሪ ምስዕዓም ኮይኑ’ዩ ዝስመዓኒ። ብፍላይ ደቀንስትዮ እንተስዕሚካየን ልቦን ቅልዕልዕ ኣቢለን’የን ዝህባኻ። ኤርትራውያን እዚ ዘረጋገጹ’ዮም ዝመስሉ ‘ልቢ ጓል ክንዲ መርፍእ ንሳ’ውን ‘ተሰዓምካያ ትጠፍእ’ ዝብሉ።” በላ።

“ናይ ኤርትራውያን ምስላታት ከመይ ጌርካ ኢኻ ኣጽኒዕካዮ?”

“ወዲ ዓዶም ካብ ዝኸውን ዓመታት ሓሊፉ ኣሎ። ናይ ኣምሓርኛን ናይ ትግርኛን ምስላታት ዘጣመረት መጽሓፍ ከኣ ኣላትኒ። ገለ ገሊኡ መበቆሉ ናይ መን ከም ዝኾነ’ውን ኣይትፈልጦን ኢኻ። ሓደ’ዩ። ሻዕብያ ንኤርትራ ክንጽል ምድላ’ዩ ክሓስቦ እንከለኹ ግርም’ዩ ዝብለኒ። ኣበሃህላታትና ከይተረፈ ፍልልይ ዘይብሉ።” ጉዳይ ኤርትራ ኣልዒሉ ክሰብካ ደለየ። “ኣሰዓዕማይ ከመይ ኢዩ?”

“ሕጽረት ትንፋስ ጌሩለይ። ከየዕረፍኩ ነዊሕ ክስዓም ኣይክእልን’የ።”

“ “ኢሂ?” ጠመታ። “ንምስዓም ጥራይ ተባሂሉ ዝተፈጥረ ከንፈር እንከለኪ! ብሓቂ ከንፈርኪ ‘ኬክ’ ኢዩ። ኣብ ካልእ ምስ በጻሕና ድማ ከከም መቐረቱ ስም ከነውጽኣሉ ኢና።” በላ ፍሽኽታ ኣሰንዩ።

“ዕዋላ ኢኻ ግን!” ኣብ ሓደ እዋን ብፍሽኽታን ጽውግታን ጠመተቶ። “ብዙሓት ኣዋልድ ከም እትፈልጥ ብኣሰዓዕማኻ ትፍለጥ። ከንፈረይ ካብ ቦትኡ ክሳብ ዝነቓነቐ ትስዕመኒ?!” ኣዒንታ ኣውራሕረሐት።

“እንታይ’ሞ ኣለዎ። ሓደጋ እንተወሪዱ ንፍቐሪ ንኽሶ! ‘ኣሰዓዕማኻ ጽቡቐ’ዩ’ እንዲኺ ዝበልክኒ ኣብ ኒያላ። ኣነ ድማ ሞራል ስለዝረኽብኩ ዝያዳ ገይረ ስዒመኪ።”

“ከምኡ ኢለካ ድየ?” ሰለስተ ቢራ ሰትያ ስለዝነበረት ኣይተዘከራን። “ዓርኪ ኔራትካ’ዶ? ከይሓባእካ ንገረኒ። ” ብሓውሲ ቅብጥሮት ለመነቶ። ናታ ጥራይ ክኸውን’ያ እትብህጐ። መልክዑ ኣስተውዒላ ካልኦት ብኽምቲ ናታ ስምዒት ከይጥምትኦ ስግኣት ኣለዋ። ርእይ ምስ ኣበለቶ ቀልጢፉ’ዩ ኣብ ልባ ሰፊሩ።

“ስለምንታይ ሓቲትክኒ? ኣሰዓዕማይ ናይ ዓዋሉ እንተኾይኑ ናይ ጥዑያት ክሳብ እትምህርኒ ኣቋርጸ።” ሕቶኣ ደስ ስለዘይበሎ ጭርቃን ሓዊሱ ከረሳስዓ ደለየ።

“ኣነ’ውን ስለዝፈትወካ ከተቋርጾ ኣይደልን’የ። ብጸወታ ዝተዛረብክዎ ሓቂ ጌርካ ኣይትውሰዶ። ከም ሰብ ግን ዓርኪ ክትህልወካ ትኽእል’ያ። ብዘይ ዓርኪ ክሳብ ሕጂ ክትጸንሕ እትኽእል ኣይመስለንን።”

“እሞ ፈሊጥኪ ስለዘለኺ ምሕባር ኣየድልየክን’ዩ።”

“እዋእ! ብግምት’የ ዝዛረብ ዘለኹ። ቅድሚ ሕጂ ርእየካ ኣይፈልጥን’የ። ኣብ’ዚ ገዛ እናመጻእካ ኢኻ ልበይ ሰሪቕካኒ። ከምኡ ስለዝኾነ ብዛዕባኻ ዝፈልጦ የብለይን። ባዕልኻ ክትነግረኒ’የ ዝጽበ ዘለኹ።”

“ክህወኽ ኣይደለኹን ኣልማዝ። ብሓደ ስለዘለና ሕጂ ካልእ እንተዕለልና’ዶ ኣይሓይሸን?! ኣሰዓዕማይ ከመይ’ዩ?” … ናትኪ ከንፈር ከም ጐጐ ናይ ንህቢ መዓር ዘንጠብጥብ ጣዕሚ ኣለዎ።”

“ዝሓተትኩኻ ግዳ ዘይትምልሰለይ። ቅድመይ ዓርኪ እንተኔራትካ ንዓይ ዘገድሰኒ ኣይኮነን። ወዲ ስለዝኾንካ ክትስከፍ’ውን ኣይግባእን። ኣነ። ወዲ እንተኣፍቂሩካ ከታልለካ የብሉን’የ ዝብል። ሎሚ ‘ምሳኺ ኣለኹ’ እናበለ ጽባሕ ምስ ካልእ ዝርኢ እንተኾይኑ ክቕርበኒ ኣይደልን’የ።” ምስ መጠንቀቕታኡ ኣፍለጠቶ።

“ከምኡ ዝገብር እንተኾይኑ’ሞ ፍቕሪ ዝፈልጥ ሰብ ኣይኮነን። ፍቕሪ መለለዩኡ ኣብ ሓደ ሰብ ጸኒዕካ ብሓልዮትን ስኒትን ምቕጻል’ዩ። ካብ’ዚ ወጻኢ ግን ምንዝርና እንተዘይኮይኑ ካልእ መግለጺ የብሉን።” ዘረባኣ ስግኣት ከምዘየሕደረሉ ክዋሳእ ፈተነ። ኣልማዝ ማዕረ ክንድኡ ሓያል ኣይመስለቶን። ከም ዘፍቀረቶ ስለ ዘረጋገጸ። ፍቕራ ክትሕሉ ህጥም እትብል’ያ መሲላቶ። ዝፈርሓ ሕቶ ምስ ኣልዓለትሉ ግን ሰገጥ በለ። ኣብ መንነ ዘውዲቱን ኣልማዝን ተቐሪቂሩ ‘ሰብኣይ ክልተ ናብዝን ናብትን ክብል ሞተ’ ከየጋጥሞ ካብ ልቢ ሰግኣ። ንዘውዲቱ ይፈልጣ’ዩ። ዝኾነ ነገር እንተረኺባትሉ ኮናት’ያ ክትፈጥር። ብፍላይ ካልእ ጓል ሒዙ እንተሰሚዓ ጨርቃ ክትድርቢ’ያ።.

“ናይ ዓረብ ዘርኢ ኣለካ ድዩ በለጠ?” ዝሓተተቶ ሕቶ ደስ ከምዘይበሎ ኣረጋጊጻ ኣርእስቲ ቀየረት። “ቅይሕኻን ምልስላስ ጸጉርኻን ዓረብ ኢኻ እትመስል።” ግምታ ገለጸት። ደሙ ንዓረብ ስለዝመስል ሕቶኣ ጌጋ ኣይነበሮን።

“ኣይትጻረፈ’ባ። ንሕቶኺ ብዘይምምላሰይ ስለዝሓረቕኪ ዲኺ? ከምኡ እንተኾይኑ ዝደለኽዮ ክኽሕስ ቅሩብ’የ።”

“ምኹራይሲ ኣይኰረኹን። ኩራ ድማ ኣብ ፍቕሪ ከም ክልተ ገጽ ናይ ሳንቲም’ዩ። ብድሕሪኡ ዘሎ ናይ ቅብጥሮት ዘረባ ዝያዳ’ዩ ዘፋቕረካን ሓደ ኣካል ዝገብረካን። እትኽሕሰኒ ነገር እንተዝፈልጥ ግን ምኹረኹ።”

“እንታይ ከምዝኽሕሰኪ ኣቐዲመ ክነግረኪ?”

“ሕራይ” ተሃንጥያ ተጸበየት። ከተዛርቦ ኢላ ዝገበረቶ’ዩ።

በለጠ ካብ ዝተቐመጦ ተንሲኡ ሰዓማ። ‘ካሕሳኺ እዚኣ’ያ። ካብ ወትሃደር እንታይ ካሕሳ ክትጽበዩ ጸኒሕኪ? ኣነ ብዘይካ ፍቕሪ ዋላ ሓንቲ ዝኽሕሰኪ የብለይን።”

“ኣነ’ውን ልዕሊኡ ዝደልየልካ የብለየን። ንኹሉ ሳዕ ናተይ ኳንካ ኣብ ሕቑፈይ ክትህሉ’የ ዝደሊ። ከም ኣፍቃሪት መጠን ኣዝየ ስስዕቲ’የ። ኣዒንቲ ካልኦት ኣብ ልዕሌኻ ክዓርፉ ዝደሊ ኣይኮንኩን። ልበይ እንተሂበ ንጹህ ልቢ ክልገሰለይ’የ ዝጽበ። እንተኣፍቂረ ድማ ብዘይ ቁጠባ’የ ዘፍቅር። ኣፍቃሪየይ’ውን ፍቕሪ ካባይ ቆጢቡ ንኻልእ ክዕድለለይ ኣየፍቅደሉን’የ። ፍቕሪ ናይ ክልተ ሰባት ልቢ ምቕርራብ’ዩ። እዞም ዝተጠምሩ ክልተ ልብታት ብዘይካ ሕድሕዶም ንኻልእ ዕጹዋት’ዮም። ብፍቕሪ ዝተኣስረ ልቢ ሰንሰለቱ በቲኹ ንኻልእ ከማዕዱ ግቡእ ኣይኮነን።” መርገጺኣ ብቃና ልዝብ ኣነጸረትሉ።

25 ክፋል

በለጠ ንዘረባኣ እናኣስተውዓለ ኣዕሚቑ ጠመታ። ብዛዕባ ዘውዲቱ ጥርጣረታት ከይህልዋ ስክፋት ሓደሮ። እምነትን ጽንዓትን ኣብ ፍቕሪ ዝህልዎ ግደ ኣልዒላ ንነዊሕ ምዝራብ ብግርህና ኣይጠመቶን።

“ደቀንስትዮ እንተእፍቂርክን’ባ ተዛረብቲ ኢኽን እትኾና። ተዛራቢት ትመስልኒ ኣይነበርክን። ሕጂ ክርእየኪ እንከለኹ ግን። ናይ ፍቕሪ ኣስተምህሮ ክትህቢ ዝተዓደምኪ ኢኺ እትመስሊ።”

“ወሪዱኒ! ኣነስ ምሕጽንታ’የ ዘመሓላልፍ ዘለኹ። ኣወዳት ጨካናት እንዲኹም ኳንኩም ኣንታ በለጠ። ጓልእንስተይቲ በቲ እትኣምኖ ወዲ ተባዕታይ ክትነብዕ ምርኣይ ንቡር ኮይኑ’ሎ። ስለዘፍቀረትን ልባን እምነታን ንኣፍቃሪኣ ስለዝሃበትን ጥራይ ኣደራዕ ክወርዳ ጽቡቕ ድዩ? ኣወዳት ጓል ንምንባዕ ዝተፈጠርኩም እናኾንኩም ትኹዱ ኣለኹም። ... ዝንዶ ኣቢለካ? እንታይ ኢኻ እትሰቲ- ጽሚቕ’ዶ ክእዝዘልካ?” በለጠ ሓቅነት ዘረባኣ ነብሱ ስለዘዘኻኸሮ ንዘውዲቱ እናሓሰበ ጭልጥ ኢሉ ነበረ።

“ኣነስ እዚ ጥዑም ዕላልኪ ልዕሊ ጽሚቕ ምበሃግኽዎ።” በለ ዘረባኣ ነብሱ ሰኽኽ ከምዘየበሎ እናሰፋፈነ።

“ምስ’ቲ ጥዑም ዕላልና መውረዲ ዝኸውን ጽሚቕ’ውን ዝብለና የብሉን። ኣውዓሎም.. ኣውዓሎም” ዓው ኢላ ጸውዐት። ኣውዓሎም ምስ ጻዕዳ ግርምብያለኡ ብልዳት ተቐልቀለ። “እንታይ ይሕሸካ?” ኣውዓሎም ምቕልቃሉ ምስ ኣረጋገጸት ንበለጠ ሓተተቶ።

“ንስኺ ዕላልና ኣመቂሩ ሃዋ ሃዋ ፍቕሪ ዝመልስ ጽሚቕ ኣዝዝልና።” ምርጫኣ ምርጫኡ ምኺኑ ሓበራ።

“ፓፓዮ ኣምጽኣልና ኣውዓሎም።” ኣፋንወቶ።

“ኣብ’ዚ ገዛ ክንመጽእ እንከለና ተስተብህልልና’ዶ ኔርኪ?” ኣእምሮኣ ክመዝን ሓተታ።

“ብደቂቕ እከታተለኩም ነይረ። ብዙሕ ግዜ ዓይንኻ ተኺልካ ክትጥምተኒ እንከለኻ ዓይኒ ንዓይኒ ንጋጮ ነይርና። ‘እዚ ወዲ ክሸኩር’ እብለካ ነይረ ብልበይ። እንቋዕ ናተይ ኮንካ።” ሕሉፍ ስምዒታ ተናዘዘት። ንበለጠ ካልኦት ስለዘይወሰዳላ ድማ ሓበን ተሰማዓ። ኣዘራርባኣ ኣገሪምዎ ኣተኩሩ ጠመታ። ተጋንን ዝነበረት ኮይኑ ተሰምዖ። ኣብ ራንዴቮ ንኣልማዝ ደልዩ ኣይመጸን። ብተመስጦ ክጥምታ’ውን ዝዝከሮ ኣይኮነን። ጉዳይ ኣለማዮ’ዩ ዘመላልሶ ነይሩ። ብወዝቢ ጠሚትዋ ኣልማዝ ብፍቕሪ ተርጉማቶ እንተኾይና ኣፍልጦ የብሉን። ሃንደበ’ቱ ተላልዩዋ። ድሕሪ ሌላኡም ከኣ’ዩ ብዓይኒ ፍቕሪ ጠሚትዋ።

“እትፈትዋ ጓል ኣብ ዘላቶ ገዛ ንምምልላስ ኣእጋርካ ኣይደኽማን ኢየን። ዋላ ኣንበሳ ይተኣሰሮ ስምዒትካ ፍቕሪ እምበር ካብ ሓደጋ ኣይፈርሕን’ዩ። ሕብሪ ገጽኪ። ምጭዋት ከናፍርኪ። ኩሉ ግዜ ክርሕቐካ ዘይትብህጐ ነብስኺ.. ርእይ ምስ ኣበልኩኺ’ዩ መሲጡኒ። ኣብታ ናይ መጀመርያ ቆላሕታ ድማ ክውንነኪ ብሂገ። ኣነ ንፍቕርን ፈጣን ሎተርን ጸናቢረ’የ ዝርእዮም። ፈጣን ሎተሪ ገዚኣካ ክትሓኮ ትህወኽ ኢኻ። ጠላሕ ዝበለትካ ጓል ድማ ኣዛሪብካ ኣብ ሓዲኡ ከተውድቕ ኣለካ።... ንጓል ግዜ ምሃብ ኣየድልን’ዩ። ከም ዕምባባ ብዙሕ ሰብ ዓይኑ ከም ዘውድቕላ ክትርስዕ የብልካን። ብፍላይ ከምዚ ከማኺ ኣፍሪቃዊ ሕብሪ ዝወነነት ጓል ሰጊርካያ ሕለፍ ኣይመጸንን’ዩ። ”

“ስለዚ ንኹለን ከደሮት በጺሕካየን ኣለኻ ማለት’ዩ።”

“ከምኡ ማለተይ ኣይኮነን። ደቀንስትዮ ድማ ማዕረ ክንድኡ ኣብ ደረጃ ኣትሒትኪ ኣይትጠምትየን። ወቓሕ ዝበለትካ ኣዕሊልካ’ውን ትፋነዋ ኢኻ። ኩሉ ዓይኒ ኣብ ዝጠመቶ ዝሓድር ኣይኮነን። ንገለ ገሊኡን ኣብ ሓሳብ ኣቑሚጥካ ብተዘክሮ ጥራይ ፍትወትካ ክትገልጸለን ይከኣል’ዩ።” በላ ባዕሉ ብዘምጽኦ ዘረባ ባህሩ ከይክሻሕ ንምዕጋት።

“ደቂ ተባዕትዩ መብዛሕትኹም ኣብ ሓንቲ ዝቑውም ዓይኒ የብልኩምን። ወትሩ ዕምባባ እትመስለኩም ጓል ኣብ ምህዳን ድሕር እትብሉ ኣይኮንኩምን። እዚ ስግኣት’ዚ’ዩ ዘዛርበኒ ዘሎ። .. ካብ ቀያሕቲ ከደሮት ኣዋልድ ትፈቱ?”

“እወ። ንኣሚንተይ ፈሊጥክየን ኣለኺ። ከደረይቲ ጓል ጽልማ ዝሓብኦ ምጭውነት ኣለዋ። ብጸሓይ ዋላ እንተቑምሰለት ንባህሪ ዝራገም ገጽ የብላን። ቀያሕቲ ግን ነዚ ዝጻወር ገጽ የብለንን። ካልእ ከኣ ጸላም ዘፍትወካ ናይ ባህሪ ጉዳይ’ዩ። ኣነ ፍጥር ክብል ኣብ ቀያሕቲ ኣድሂበ ኣየልጥን’የ። ስለምንታይ? ንዝብል ሕቶ ግን መልሲ የብለይን። ”

“”ንቀያሕቲ ምስ ማርያም ጸንቢሮም ዝፈትዉ ደቂተባዕትዮ ከምዘለዉ ግን ኣይትረስዕ። ሱፍ ንእተምስል ጐርዞ ዝበዝሑ ደቀተባዕትዮ ኣሚንቶም የውድቑላ’ዮም። ካብ’ታ ዝጠፍኣት እታ ብርሃን እትልግሳ ሽምዓ ንዓይኒ ቀረባ ኢያ። ፍቕሪ ድማ ብዓይኒ’ዩ ዝጅምር።”

“ንነብስኺ ከም ዝጠፍኣት ሽምዓ ትምስልያ ኣለኺ። እታ ብርሃን እትልግስ ሽምዓ ክትቅረብ ከም ዘይትኽእል’ውን ኣስተውዕሊ። ክትቀርቦ እንተዘይክኢልካ ድማ ንኽተፍቅሮ መንገዲ የለን።”

“ኣብ ፍልስፍና ኣቲኻ። ሓደ መዓልቲ ገዛ ወሲደ ምስ ኣደይ ከላልየካ ኢየ።” ባህጋ ሓበረቶ።

“ኣይትተሃወኺ። ዘህውኽ ዋላ ሓንቲ የለን። ወትሃደር ገዛኻ እንተኣትዩ ቀልጢፉ ኣይወጽእን’ዩ። ፍቕርና ድልድል ምስ በለ ይሓይሽ። ጉያ ጉያ ጥዑም ኣይኮነን።” ስክፍታ ስለ ዝሓደሮ ከረድኣ ፈተነ።

“ኣንታይ ደኣ ተጠራጢርካ? ሓቀኛ ፍቕሪ ኣብ መጀመርያኡ ወግዓውነት ክለብስ ኣለዎ። ማማ ትርዳእ’ያ። ዓርከይ ኢለ ከላልየካ ጸገም የብሉን።” ኣውዓሎም ጽሚቕ ፓፓዮ ሒዙ ቀረቦም። ኣልማዝ ዘረባኣ ኣቋሪጻ ናባኡ ኣድሃበት። “ፍቕሪ ሰራውሩ ናብ ስድራቤት እንተድኣ ኣስፋሕፊሑ ነቕናቒ የብሉን። ትሓፍር ዲኻ?” ሕፍረት ዝስምዖ ከይከውን ሓተተቶ።

“ዘይሓፍር ሰብ ኣሎ ድዩ? እቲ መምዘኒታት ይፈላለ ይኸውን’ምበር። ወዲ ሰብ ኣብ ባህራያዊ ስምዒታት ተመሳሳልነት ኣለዎ። የፍቅር-ይጸልእ፤ ይሓዝን-ይሕጐስ፤ ይሓፍር-ይተብዕ... ወዘተ።”

“እዋይ ዘይከውን ዘረባ! ንስኻ’ስ ትሓፍር ኢኻ?” መጀመርያ ክላለያ እንከሎ ብኣመልካቲት ኣጻብዕቱ ምዕጉርታ ምስ ተንከየ ድፍረቱ ከየገረማ ኣይተረፈን። ብድሕሪኡ ይሓፍር ኢላ እትግምቶ ኣይኮነትን።

“እዋይ ኣልማዝ ሕፍረት ሕቡእ ስምዒት’ዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ሕፍረትካ ካብ ሰብ እትሓብኣሉ ግዜ ኣሎ። ቦታ። ግዜን ኩነታትን ከምኡ’ውን ዓይነት ሰብ ኣብ ሕፍረት ተራ ኣለዎ። መጀመርያኻ እሞ ድማ ጓል ሒዛትካ ገዝኣ ክትከይድ ንብዙሓት ኣወዳት የሕፍሮም’ዩ። እዚ ቅጭጭ ዘይብሎም ካልእ ዘሕፍሮም ኣለዉ። ኣነ ንኣብነት ከምዛ ዝበልክያ ገይሩ ዘሕፍረኒ የብለይን።” ከይትግድዶ መከላኸሊ ኣቕረበ።

“ንስኻ ትሓፍር ኣንተኺንካ’ሞ ሃመማ’ውን ስኩፍ’ዩ በለኒ። እጸርፈካ ኣይኰንኩን ዘለኹ። ድፍረትካ ብጣዕሚ’የ ዘድንቐ። ‘ወዲ ደፋር ክኸውን ኣለዎ’ ዝብል መርገጺ’ዩ ዘለኒ። ዝበዝሑ ኣወዳት ንጓል ንፍቕሪ ክሓቱ እንከለዉ ዘርእይዎ ናይ ፍርሓት ስምዒት ኣይወሓጠለይን’ዩ። ምትላል ጽላእ እምበር። ሓቀኛ ናይ ልብኻ ፍቕሪ ምስትንፋስ ጽድቂ’ዩ። ኣነ ኣብ ክንድኡም ኴንኪ ተዛረቢ’ዩ ዝመጸኒ።?

“ወዲ እንተትኾነ ግን መልሓስኪ ኣብ ትንሓግኪ ምተላገበት። ዝፍከሩ ሰባት ኣድማዕቲ ኣይኮኑን። ኣብ ፈኸራ ሓይሎም ወዲኡም ኣብቲ ቀንዲ ኣላሽ ኢዮም ዝብሉ።”

“ሕጂ ደሞ ኣብ ዘይከውን ክካትዓካ ኮይነ። ወዲ ንጸታዊ ፍቕሪ ክመርሕ ባይታ ተዋሂብዎ’ዩ።”

“መን ሂብዎ? ኣዳምን ሄዋንን ብዛዕባ ፍቕሪ ከዕልሉ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣየንበብናን። ኣዳም ኣብ ገነት ብኣግራብ እናተሓብአ ንሂዋን ፍቕራዊት ሕቶ ከቕርበላ ኣይሰማዕናን።”

“ኣዳም ድኣ ዘይከማኹም ኣብ ሕቑፉ እንድያ ጸኒሓቶ።”

“ንሕና’ውን ክንሓትት እንተዘይክኢልና። እታ ንዓና ዝተባህለት ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ሕቑፍና ኣላ።”

“ክሳብ ሽዑ ድኣ ዘይትጽበ ዝነበርካ?”

“ከም ኣዳም ሰፊሕ ትዕግስቲ ኣይትዓደለንን።”

“ኣዳም ኣማራጺ ኣይነበሮን። ኣብ ገነት በይኑ’ዩ ነይሩ። ንስኻ ስለ ዝሓተትካኒ’የ’ኮ ሕራይ ኢለካ።”

“እምበር’ከ?”

“እንተዘይትሓተንስ’ባ ክልቴና ብጽምኢ ፍቕሪ ከነምባህኹ ምሓገና።”

“ልብኺ ፍቕሪ መሊኣ ምስ ረበጸትኪ ከይፈተኺ ምሓተትክኒ።” ብላግጺ ፍሽኽ በለ።

“ሞይተ ድየ! ኣፈይ ከፊተ ‘ኣፍቅረካ’ ክብል?! ምጸታት’ዶ ወሪዱ ኮይኑ። ብካልእ ከም እትርድኣኒ ዘይገብር! ቃላት ናይ ግድን መግለጺ ፍቕሪ ኣይኮነን። ንወዲ ከም ዝፈተኻዮ ብብዙሕ መንገድታት ክተረጋግጸሉ ትኽእል ኢኻ። ስምዒት ልዕሊ ቃላት ይዛረብ’ዩ። እዚ ግን ዝርድኣካ እንተረኺብካ’ዩ። ሓደ ሓደ ኣወዳት ስምዒት ናይ ጓል ክርድኡ ዓቕሚ የብሎምን። ከም ዝፈተኻዮም ኩሉ ኩነታትካ እናሓበረ። ኣብ ክንዲ ዝሕግዙኻ ዕዝም ይብሉ። ኣብ እዝኖም ፍቕሪ ኢልካ ክትደርፍ ይጽበዩኻ። ጓል ከምኡ ክትገብር ኣይትኽእልን’ያ።”

“ኣብኣ ድማ ተሓሚሳ ትነብር። ለይቲ ለይቲ ብንብዓት እናጠልቀየት ትሳቐ። ካብ’ዚ ኣስተንፈስካ ሩፍ ምባል ኣይሓይሸን?! ንስኻትክን ኣብ ፍቕሪ ምስ ኣተኽን ኢኽን ዘረባ እትጅምራ። ምስ ካልእ ዘሕለፍክንኡ ፍቕሪ ክሕድ ኣቢልክን። ‘ንዕርክነት ሓዳስ’የ’ ክትብላ ድሕር ኣይትብላን ኢኽን። ኣነ ከምዚ ጌሩ ዘሕርቕኒ የለን። ምስ ቀኑጽሮም ዘይዝክርኡ ኣወዳት ይዕንድራ ከምዘይነበራ። ብጸዕዳ ሓሶት ‘ዕርክነት ኣይፈልጥን’የ’ ክብላኻ ዘሕዝንዶ ኣይኮነን?” ጠመታ።

“ሰብ ብዙሕ’ዩ ዓይነቱ። ኣነ ግን ካብ’ዚ ዝዓቢ ጌጋ ዘሎ ኣይመስለንን። ምኽንያቱ። ፍቕሪ ብቕንዕና እንተዘይተመሪሑ ተንኰልን ሓሶትን ጉድጓድ እናኺዓቱ’ዮም ዝቕብርዎ። ክሳብ መዓስ ኢኻ ንኣፍቃሪኻ ክትጥብሮ ክትነብር?” በለቶ ከም ዝሰብኽ ሰብ ብህድኣት። “ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘርኣይ ደረስ ጓል ቤት ትምህርትና ዝነበረት ከምኡ ኣመል ዘለዋ ኣዘኪርካኒ።”

“እዛ ‘ምርዳእ’ ዝበልክያ። ንዓይ ዘይትውሓጠለይ ነጥቢ’ያ። ኣወዳት ስምዒት ቆሊቦም ንኽርድኡ ዝተፈጥሩ ድዮም? ብዙሓት ኣዋልድ ስምዒተን ወዲ ጠንቀኑ ክርድኣለን ይደልያ። ስለምንታ’ዩ?”

“ናይ ተፈጥሮ ጉዳይ’ዩ በለጠ። ባህልን ሕብረተሰብን’ውን ድላይካ ከይትኽውን ተራ ኣለዎም። ከም ድኻምካ ኣሜን ኢልካ ምቕባል ዝኽፍእ ወጽዓ የለን። ኣዋልድ ግን ከምኡ ኢና። ንድኻምና ምስ ጸታና ኣተሓሒዝና ስለእንርእዮ። ዋላ ካብ ፍቕሪ ወጻኢ ድፍር ኢልና ምስ ወዲ ክንዛረብ የፍርሓና’ዩ። ነዚኣ ክትርድኡልና ኣለኩም።”

“ኣነ ድማ ነዛ ኣተሓሳስባ’ዚኣ’የ ዘይቅበላ ዘለኹ። ጠንቆልቲ ክንከውን ኣይንኽእልን ኢና እብለኪ ኣለኹ። ስምዒት ከከም ዝተርጐምካዮ’ዩ። ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ፍሽኽ ስለ ዝበለትካ ‘ኣፍቂራትኒ’ ክትብል ትኽእል ዲኻ? ወይ ጸዋግ ስለዝኾነት ብመምዘኒታት ፍቕሪ ከም ዘይብቕዕቲ ክትቆጽራ ግቡእ ድዩ? ስምዒት ከም ዝዛረብ ኩሉ ሰብ ይፈልጥ’ዩ። እንታይ ከም ዝዛረብ ግን ብትኽክል ክትግምቶ ዝከኣል ኣይመስለንን።”

“ዝበዝሑ ደቂ ተባዕትዮ ስምዒት ጓል ኣንስተይቲ ንምርዳእ ዝጽገሙ ኣይመስለንን።”

“ትጋገዱ ላለኺ ላልማዝ። ስምዒት ጓልኣንስተይቲ ከም ዕምቆት ባሕሪ ኣይምርመርን ኢዩ። ‘ልቢ ጓል ንኽትፈልጥ ፈጣሪ ኩን’ ዝብለና ዝነበረ መምህር ነይሩ። ሰብ ኼንካ ኣይትፈልጦን ኢኻ ማለት’ዩ።”

“እንድዒ! እዚ ኣወዳት እትብልዎ ኢዩ። እምበር። ንሕናስ ልብና ወትሩ ንዘፍቀርናዮ ምስ ሃበና ኢና። ግርህነትና’ዩ ሓደጋ ዘምጽኣልና ዘሎ በለጠ። ልብና ንምፍላጥ ፈጣሪ ምኺን ዘድልየኩም ኣይመስለናን። ቦታ ናይ ፈጣሪ ሒዝኩም ካልእ ዝገበርኩሞ መመኽነይታ ከይከውን።”

“ትም ድኣ በሊ ላልማዝ። ጓል ኣንስተይቲ ከም ኣብ ውሽጢ ብርኩታ እትርከብ እምኒ ሸፊና ምሉእ ዕድሚኣ ሒዛቶም እትጓዓዝ ምጢራት ብዙሓት’ዮም። ውላደን ንዘይኣቦኡ ሂበን ክሳብ ዕለተ ሞተን ዝሳለያ ደቀንስትዮ ሓያለ’የን። እዚኣተን ከምዚ መምህርና ዝብሎ ፈጣሪ ኼንካ ጥራይ ኢኻ ክትፈልጠን እትኽእል።”

“ዘይንስኻትኩም ዝፈጠርክሉምዎ ጸገም’ዩ። ብዛዕባ ፍቕርና ነዕልል በጃኻ።” ሰልችይዋ ተማጣሊዓ ጽሚቕ መዓጐት።

“ንፍቕሪ እንተዘይሓተኪ እንታይ ምገበርኪ? ከም ዘስተብሃልኩልኪ ዕላለይ ቀልጢፉ’ዩ ኣብ ፍቕር ኣውዲቕኪ። እንተኣፍቂርካ ድማ ገለ ድፍኢት ኣሎ። እስከ ከይሓባእኪ ንገርኒ። ገለ ናይ ፍቕሪ ቃላት ብጨቕ ኣይምበሉኽን?”

“ዘይከውን እባ ኣይትሕተትኒ! ክብል ኣይክእልን’የ።”

“ዋላ ከም ኣሚታባቻን ‘ኤል ኦ ቪ ኢ’ ኢልኪ ኣይምደረፍክን።... ፍቕሪ ሓበሻ ከም ፍቕሪ ህንዲ ብደርፊ እንተትገብርኦ ቀልጢፍና ምተርዳእናክን።”

“ናይ ህንዲ ደርፊ ጥዑም’ዩ። ‘ሃሳካ ቹረ ዝንደኒ ሚያረ ባባንጃየ ሃሃ ባባንጃየ’.. ከምዛ ደርፊ እዚኣኣ ዝፈትዎ የብለይን። ቃላት ህንዲ ይፍለጦ ኣይፍለጦ ትም ኢለ’የ ዝደርፍ።” ተመሲጣ ርእሳ ነቕነቕት።

“ናይ ህንዲ ፊልምታት ዓቢናሉ ኢና። ‘ኩርባኒ። ሾላይ። ማርድ... እንታይ ዘይረኣኹ። ቪኖት ካና። ቪኖት ሜራ። ዳርሜንድራ። ካደርካን... ዘይርስዖም ተዋሳእቲ ናይ ህንዲ’ዮም።”

“እንታይ ደኣ ፊልም ጋቢዝካኒ ዘይትፈልጥ?”

“እንታይ ዓይነት ፊልም ኢኺ እትፈትዊ - ናይ ፍቕሪ?”

“ናይ ምንታይ ድኣ! ከምኡ ክብለካ ዲኻ ደሊኻ? ጠዊኻ ጠዋዊኻ ኣብ ፍቕሪ ኢኻ ኮለል እትብል። እስከ ለውጢ ክኾነና ብዛዕባ ወትሃደራት ኢትዮጵያ ኣዕልለኒ።” ካብ ክሳድ ንላዕሊ ስለ ዝተዛረበት መሊቑዋ ፍሽኽ በለት።

“ኣብ ባሓሪ ፍቕሪ ክትሕምብስ እንተኣቲኻ እትሰትዮ ፍቕሪ እትተፍአ’ውን ፍቕሪ ጥራይ’ዩ። ዕላል ብዛዕባ ወትሃደራት ንዓኺ ዘድልየኪ ኣይኮነን። ደቀንስትዮ ብዛዕባ ፖሎቲካ እንታይ ትግደሳ ኼንክን? ወትሃደር ኢትዮጵያ ድኣ እንታይ ንዕላል ዝኸውን ታሪኽ ኣለዎ? ህይወቱን መነባብሮኡን ምስ ጭንቀትን ሞትን ዝተተሓሓዘ ኢዩ።” ብሩህ ዝነበረ ገጹ ክጽወግ ጀመረ።

“በጃኻ ከምኡ ኣይትበል። ንምንታይ ኢየ’ኽ ዘይከውን ሕዮ ሓቲተካ? ጽቡቕ ከነዕልል ከም ዘይጸናሕና... ስተ።” ብኬሪኣ ላልዒላ መዓጐት። በለጠ’ውን ንዓኣ ተኽቲሉ ጽሚቑ ጨለጠ።

“ቅይሕኻ ፈረንጂ ኢዩ ዘምስለካ። ናይ ኣዴኻ ዲካ ናይ ኣቦኻ ወሲድካ?”

“ሕጂ’ኽ ናብ ፈረንጂ’ዶ ኣጸጊዕክኒ? ኣቦይ ነብሱ ይምሓሮ ቀይሕ’ዩ ነይሩ።.. ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘርኣይ ደረስ (ፖቴነ) ከም ዝተማሃርኪ ኣዕሊልክኒ። ብዛዕባ ሓንቲ ሰብ እንተሓተትኩኺ ምፈለጥክያ’ዶ?”

“ዓርክ’ኻ ዝነበረት ድያ?”

“ኣይኮነትን። ክንደይ ኣዕሩኽ ድየን ክህልዋኒ? ኣኺሉኪ ከም ገፋፊ ዓሳ ኣዋልድ ዝእክብ ጌርክኒ።”

“እጻወት’የ ዘለኹ። ስማ ንገረኒ ዝፈልጣ እንተኾይነ ክነግረካ።”

“ድሓን በሊ ካልእ መዓልቲ ብሰፊሑ ክዕልለኪ’የ። ኣገዳሲ ተራ ክትጻወቲ ስለዝኾንኪ ብምስትውዓል ረኣይዮ። ሕጂ ኪድ በልኒ።” ካብ መቐመጢኡ ተንስኡ።

<u>26 ክፋል</u>

በለጠ ማዕጾ መኪና ገም ኣቢሉ ብምዕጻው ምስ ኣለማዮ ጽርግያ ሰገረ። እቲ ቦታ። ሰምበል- ኣብ ኣፍደገ’ቲ መኣዛ ገዝኣ ምኺኑ ዝሓበረቶም ካንሸሎ’ዩ። ኣለማዮ ኣብ ጽርግያ ደው ኢሉ። ዝለኣኽ ቆልዓ ክጽውዕ ኣሚንቱ ኣቕባሕብሐ። በለጠ’ውን ብወገኑ ክሳዱ መዚዙ ብሓጹር ናይቲ ኣብ ቅድሚኡም ዝነበረ ቤት ኣቋመተ። መኣዛ ቅልቅል እንተበለት ክርኢ’ዩ ደልዩ። እንተኾነ ። እቲ ቀጽሪ ጸምዩ ነበረ።

“ኣታ ቆልዓ ንዓ! ንዓ!” ኣለማዮ ኣብ ጽርግያ ቆልዓ ርእዩ ብሃወኽ ጸውዖ። ገጽ መኣዛ ክርኢ ተሃንጥዩ ኢዩ ነይሩ። እቲ ቆልዓ ናብኡ ክመጽእ ምስ ረኣየ። ምስ መኣዛ ዝረኣኣየሉ ግዜ ዝቐረበ መሲልዎ ልቡ ደው! ድው!... በለት ። ኩሉ ስምዒታቱን ኣድህባኡን ኣብቲ ቤት ኢዩ ነይሩ።”ኣብ’ዚ ካንሸሎ ኣቲኻ መኣዛ ጸውዓለይ። ምስ ተመለስካ በለስ ክገዝኣልካ’የ።” በለ እቲ ቆልዓ ምስ ቀረበ።

“መኣዛ!” ቆልዓ ኣታ ስም ሓዲሳቶ ተደናገረ። ኣብቲ ካንሸሎ መኣዛ ዝብል ስም ሰሚዑ ኣይፈልጥን’ዩ። “ሚዘር ማለትኩም ድዩ?.. መኣዛ እትበሃል ኣብዚ ካንሸሎ የላን። ኣነ ኣይፈልጣን’የ።” ሓሲቡ ተዛረበ።

ኣለማዮ ብቓላት ናይቲ ቆልዓ ነብሰ-ስጋኡ ሰኸኽ ክብል ተፈለጦ። መኣዛ ሽዑ’ውን ኣደናጊራቶም ከይትኸውን ሰግኣ። ”ኣጋግያ ድያ ድኣ ስማ ነጊራትኒ?” ኣብ ጥራዝ ዝረኣዮ ስም ዘከረ። እቲ ጥራዝ ናታ ድዩ ናይ ካልእ ግን ጥርጣረ ፈጠረሉ። ብሓሳቡ ኣሰላሲሉ ብናይ ሕቶ ምልክት ንበለጠ ጠመቶ።

“ ስማ መኣዛ ምኺኑ ኣረጋጊጽካ ዲኻ?” በለጠ’ውን ስለዝተደናገረ ሓተቶ።

“እንድዒ!” መለሰ ኣለማዮ። ኣይተጋገየን። ወግዓዊ መረጋገጺ ናይ ስማ ኣይነበሮን።

“ከመይ ጌርካ እንድዒ ትብል?! ንደክም’ኳ ኢና ዘለና። በለጠ ተቐጠዐ።

“እንድዒ ክብል’የ’ምበር እንታይ ድኣ ክብል?! መንነታ ክሳብ ዘይርኣኹ ከመይ ገይረ ተኣማሚነ ‘መኣዛ’ያ’ ክብለካ። ንስኻስ መኣዛዶ ትብላ ኣይነበርካን ። ከመይ ጌርካ ሕጂ ትሓተኒ?”

“ናትካ ሰሚዐ! ንሚዘር ጸውዓልና ወደይ” በለጠ ነቲ ህጻን ሓበሮ። ሚዘር ከመይ ከም እትመስል ኣብ ሓሳብ እንከሎ ካንሸሎ ተኸፍተ። ሚዘር ኣብ ቅድሚኡም ደው በለት። ጓል ሓሙሽተ ዓመት ህጽና’ያ። በለጠ ምስ ርኣያ ስሓቕ ክቆጻጸር ኣይከኣለን። እቲ ፍጻመ ከምኡ ክኸውን ኣይተጸበዮን። ሚዘር እኽልቲ እትሕተት ጐርዞ’ያ መሲላቶ። ወረ ብስማ ቆንጆ ምስሊ ቀሪጹ’ዩ ተጸቢዩዋ’ ኣለማዮ ንበለጠ ክስሕቕ ምስ ረኣዮ ብተግባሩ ሓሪቑ ከንፈሩ ነኽሰ። ኣሚንቱ ፈጠጠጥ እናበለ ርእሱ ነቕነቐ።

“እንታ ቆልዓ በጃኻ ንመኣዛ ጸውዓልና። ብስራሕ ኢና ደሊና’ያ። መዋእል ህጽናት እትኣቱ ቆልዓ ሒዝካልና ትመጽእ! ንምኺኑ ትዛረብ ዲያ’ኽ? እንታይ ጸገሙ’ዩ?.. ኣለማዮ ኣብ ገለ ክተእተወኒ ኢኻ።” ስሓቕ ክዓግት እናተቻለሰ ተዛረበ። ኣለማዮ ኮርዩ ፈጨው ከይብል ስለዝሰግኣ ግን ተጋዲሉ ስሓቕ ኣቋረጾ።

“ምዝራብ ድኣ ትዛረብ እወ። ሚዘር ትዛረቢ እንዲኺ?” ዝተላእከ ቆልዓ ሓተታ። ሚዘር ከም እትዛረብ ርእሳ ነቕነቐት።

“ንመኣዛ ትፈልጥያ ዲኺ?” ኣለማዮ ተቐዳዲሙ ሓተታ።

“ኣይፈልታን’የ” መለስት።

“ መኣዛ እትበሃል ጓል ኣብ’ዚ ካንሸሎ የላን።” ኣረጋገጸሎም እቲ ቆልዓ።

“ኣብዚታትከ?” ኣለማዮ ተስፋ ብዘይምቁራጽ ናብቲ ከባቢ እናኣመልከተ ሓተቶ።

“ኣነ ኣይፈልጣን’የ ። ጓል ገዛውትና ኣይመስለንን።” መለሰ።

“ንዓናይ በለጠ” ኣለማዮ ናብ መኪና ገጹ ስጉም ስጉም ኣበለ። ኣራግጻኡ ንውሽጣዊ ሕርቃኑ ዘንጸባርቕ ነበረ።

“ በለስ ድኣ ኣይትገዝኡልናን ዲኹም? ዝተላእከ ህጻን ቃል ከም ዝኣተዉሉ ኣዘኻኽሮም።

“ኪድ! በለስ ድማ ደሊኻ” ኣለማዮ ብሓይሉ ቃል ገንሑ። ንመኣዛ ንሱ ዘጥፍኣሉ’ዩ መሲልዎ።

“በለጠ ንኣለማዮ እናስዓበ ስሓቐ። ኣለማዮ ብዘይካ ገናሒ ኣጠማምታ ቃል ኣይተዛረቦን። ክልቲኦም ኣብ መኪና ኣትዮም ኮፍ በሉ። በለጠ ነዊሕ ትም ድሕሪ ምባል፤

“ ክንከይድዶ?” እናተሰከፈ ሓተተ” ስሒቕካ ኢሉ ከይቋየቕ ምሉእ ብምሉእ ኣይተመቶን።

“ንኺድ እወ። እንታይ ድኣ ኣሎና። ከም ባምቡላ እንድያ ትላገጸልና ዘላ። ወይ ኣነ ኣለማዮ! ኣብ ኤርትራ መጺአ መጻወቲ ኮይነ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተወሊደ ከም ዘይዓበኹ ‘ፋራ’ ክሕሰብ!” ብሕርቃን ነብሱ ነዝነዝ እናበለ ተሓቕነ።

“ከምኡ ጌርካ ኣይትሕረቕ። ነቶም ናትካ መሰናኽላት ብዘይካኻ ዝሰግሮም የለን። ነፍሲ-ወከፍና ነናይ ገዛእ ርእስና መስቀል ክንጸውር ካብ ክርስቶስ ዝተቐበልናዮ ግዴታ’ዩ። ህይወት መስገደል ዝበዝሓ ሓጹር ናይ መሰናኽል ኢያ ። ብኩናት ዘይሞትካ ብመኣዛ ተባሳጨኢኻ ከይትመውት ተጠንቀቕ።” በሎ ራብዓይ ማርሻ እናእተወ።

“ትም በል ድማ ንስኻ! ትስሕቐዶ ኣይጸናሕካን።” ኣፋጠጠሉ። ስሓቕ ናይ በለጠ ተወሳኺ በንዚን ኮይኑ ብሕርቃን ቃል ቃል ኣቢልዎ’ዩ።

“ኣንታ ኣለማዮ ዘየስሕቕ መዓስ’ሞ ኮይኑ! ንመኣዛ እናተጸበና እትጠቡ ህጻን እኮያ መጺኣትና። ብፍጥረትካ ንስሓቕ ኣይተዓደልካን እምበር ልዕል’ዚ ዝስሕቕ ነገር የለን።”

“መጻወቲ ኮይነ ኣለማዮ። ‘ነብዩ ካብ ዓዱ ወጻኢ ኣይኽብርን’ዩ’ ብምንታይ ጸሎት ከም ዝገብር ኣይፈልጥን። መኣዛ ኣብ ኢደይ ከእትዉለይ ንኹሎም መልኣኽቲ ለሚነዮም’የ። ቁልቢ ገብርኤል። በዓል ሴፍ ሚካኤል። ጋብር ጨጓር..መን ተሪፉ በለጠ?!”

“ቅዱስ እንጦንዮስ ናይ ፍቕሪ መልኣኽዩ። ብዙሓት ሰብኣይ ዝደለያ ጐራዙ ክልምናኦ ርእየ ኣለኹ። ንጓል ወዲ ይስሕበላ እንተኾይኑ ንዓኻ’ውን ኣይፍለጥን’ዩ ለምኖ።” በሎ።

“ስለምንታይ ኢኻ ቁምነገር እናተዛረብኩ ጸወታ እትሕውስ! በጃኻባ ካልኣይ ይኣኽለኒ’ ኣስተንፈሰ።

“ኣነ እንታይ ኢለካ?.... ጸሎት ግበር’የ ኢለካ። ንጸሎት ጸወታ ትሕስቦ ኣለኻ። ሓቁ እንድዩ ድኣ ከይሰልጠካ። ኩሎም መልኣኽቲ ‘በጺሐዮም’ ኢልካኒ። ቅዱስ ኣንጦንዮስ ተሪፉካ ከይከውን ኣዘኻኺረካ። ሓቀይ’የ ድማ። ዘውዲቱ ንዕኡ ምስ ለመነት ንዓይ ከም ዝረኸበትኒ ኣዕሊላትኒ ኣላ።”

“ሕጂ’ኸ እንታይ ኢላ ክትጽሊ’ያ? ንስኻ ናይ ኣልማዝ ኴንካ ኣለኻ።”

“ገዛ ትኸይድ ዲኻ ምሳይ?” ንዘረባኡ ጐስዩ ሓተቶ።

“ኣይከይድን’የ ። ንቦታይ ኣብጽሓኒ።” ተሰጉዲሙ መለሰሉ።

“ብኻ’ባ ንሚዘር ተማሊአናያ።” ካራካር ኢሉ ስሓቐ። ንኣለማዮ ምስ ጠመቶ ግን ቀልጢፉ ኣቋረጸ። ኣለማዮ ነብሪ መሲሉ። ኣዒንቱ ከም ዓይኒ ድሙ ክበርህ ረኣዮ። “መኣዛ ናብ እትኸዶ የብላን። ኣብ’ዛ ጸባብ ኣስመራ ዋላ ሓደ ሰብ ዝጠፍእ የለን።” ከይኩሪ ኢሉ ኣብ ጐድኑ ምህላው ኣረጋገጸሉ።

“ድሓን። ሚዘር እንተረኺበ እንታይ ኢለያ ንመኣዛ!” ነቓጽ ዘረባ ተዛረበ።

“ንዕምባባ ዕምባባ ኣለዎ’ ይብላ ኤርትራውያን ኣዴታት። ከምኡ እንተጌርካ ድኣ ለቢምካ ማለት እንድዩ። ኣብ ህይወት ብዘይካ ኣደ ኩሉ መተካእታ ኣለዎ። ንጓል ጓል ትትክእ’ያ ኣለማዮ። ‘ንዕምባባ ዕምባባ ኣለዎ’ ብዝብል ፍልስፍና ክትምራሕ ኣለካ።” በሎ።

“መኣዛ ዘማሰነታ ልበይ ኣብ ካልእ ከይዳ ፍቐሪ ከተጠጥዕ ትኽእል’ያ ዲኻ ትብለኒ ዘለኻ? ኣይመስለንን። ፍቐሪ ከም ቡን ኣወል። በረካ ። ደረጃ እናበልካ ዝጠዓም ኣይኮነን። ፍቐሪ ከም እምነት ጣኡቱ ብቐሊሉ ዝፈርስ ኣይኮነን። እምነቱ ዝገድፍ ውሑድ ጥራይ’ዩ። ብሓቀኛ ፍቐሪ ዝተሰነፈ ልቢ ግን። ከም ዘንኒ ሓቂ ቀጥ ኢሉ ምስ ቆመ’ዩ። ንዕምባባ ዕማባባ ክህልዎ ይኽእል ይኸውን። ንልቢ ግን ልቢ ኣይትክእን’ዩ። ምኽንያቱ ዕምባባ ኪንዮ ናይ ዓይኒ ጽባቐ ኣብ ልቢ ዝኣቱ ሰራውር የብሉን። ሓቀኛ ፍቐሪ ግን ጠበንጃ’ዩ በለጠ። ኩናቱ ወርዊሩ ይቐጥለካ ወይ የቐስለካ፤ ኣብ ኣምልኹ ተምበርኪኽካ ክላይ ላይሶን ትብል። ንጽድቂ ዘይኮነ። ንህይወት ኣብ ፍቐሪ ጥሒልካ ትልምና። ህይወት ፍቐሪ ስለዝኾነ። እቲ ፍቐሪ ድማ ብዘይካ ልብኻ ዝወሰደ ኪንዮኡ ዝርከብ ኣይመስለካን። እቲ እምነት ፍቐሪ ከምዚ ዝገለጽክዎ ስለዝኾነ። ዘፍቀርካዮ ክትርስዕ ከቢድ ኢዩ።” በሎ”

“እንግድዓና ዝተሰከሞ ጸገም ከም ዘኽበደና’ዩ ዝኽብድ። ነብሪ እናርኣኻ ድሙ ኢልካ ትሓስቦ እንተኼንካ። ገጢምካ ክትስዕሮ ትኽእል ኢኻ። ኣተሓሳስባና ኣብ ውሽጥና ንዘሎ ጸገም ጐቦ ይገብሮ ጸጸር’ውን ክገብሮ ይኽእል።” ብምባል መኸሮ።

“ በል በጺሕና ኣለና። ተወሳኺ ዕላል ክህልወኒ’ዩ ውረድ” በሎ ኣለማዮ ጸጸራት በጺሖም መኪና ደው ምስ በለት።

“እቲ እንህበካ ሓዱኽኻ እንተዘይውሒትካዮ ግን ዋጋ የብሉን።” በለጠ ወሪዱ ማዕጾ ዓጸወ። “ምስ ዘውዲቱ ሕማቐ ከም ዘለና ነጊረካ ድየ? ውጺ ምባል’ዩ ተሪፉኒ ዘሎ።”

“እንተላይ ካብ ገዛኻ ከተውጽኣ ኢኻ?”

“ካብ ልበይ ድኣ ቀደም እንድያ ወጺኣ።”

“እንታይ ዘይገበረት ደሊኻያ! ‘ፍቐርና ሞተ ሞተ’ እናበልካያ። ካልእ ይትረፍ ዝን ኢላ ክትስጉደም ግድን ኢዩ። ኣይኮን ምሳኻ ዝነበረ ኣፍቃሪ ክጠልመካ። ብዓይንና ዘፍቀርናያ’ኳ ሓማሚሳትና ኣላ።” እናበሉ ናብ መዓስከር ጸጸራት ኣተዉ።

✡ ✡ ✡

“ኣነ ድኣ ዝረሳዕካዮ እንድዩ መሲሉኒ። እዋይ ክትደፍሪ ግን። ንጥራዝ ክትብሊ ኣብ ሓደጋ ክትወድቂ! ነተን ሰበይቲ ‘እንተመጺኣ ፖሊስ ጸዊዕኪ ኣትሕዝያ’ ክብልወን ይኽእሉ ኢዮም።.. ምስ ጠለምክዮም ከይዶምዶ ንሰምበል?” ኤልሳ ንመኣዛ ሓተተታ።

መኣዛ ብንግሆኡ’ያ ናብ እንዳ መሓዛኣ ከይዳ ። ጉዳይ ናይታ ኣብ ሰምበል ዝገደፈታ’ሞ ዘምጽኣታ ጥራዝ ከተዕልላ ግን ኣይነበረን” ንዮኤል ስለ ዝናፈቐት እምበር።

“እንታይ ዘሕትት ኣለኒ? ባዕለይ ኣብ ዓይኒ ጥርጠራ ክኣቱ! ጥራዘይ ተረኪበ’የ መሰስ ዝበልኩ ።” በለታ።

“በሊ’ኽ ስድራ ከመይ ኣለዉ? ዘይኣመልኪ ግብ ትብሊ በቃ! ብኣምሆይ ምስ ዮኤል ክንመጸኪ ሓሲብና ነይርና። ዮኤል ገዛኹም ክርእዮ ደልዩ ነይሩ። እንተኾነ ኣነ ኣይጥዓመንን።” ልቢ መኣዛ እትብህጐ ሰብ ስለ ዝተላዕለ ሓፍ ሓፍ በለት።

“ኣነ ጥራይ ክመጻኩም እንዲኹም እትደልዩ?” መኣዛ ። ዮኤል ምስ ተላዕለ ስለዝሰንበደት ነብሳ ክትቆጻጸር እናፈተነት ተዛረበት።

“ኣቲ መኣዛ ከምኡ ኣይትበሊ። ከምኡ እናበልኪ እምበኣር ኢኺ ገዲፍክና ዘለኺ?” ጠመተታ።

“ ኣይኮንኩን። ስለ ዘይጥዓመኒ’የ ኣቲ ኤልሳ “ በለታ። እቲ ምኽንያት ግን ንሱ ኣይነበረን። ምስ ዮኤል ናይ ዓይኒ ፍቕሪ ካብ ዝሕዛ ። እንዳ መሓዛኣ ከሰክፉ ጀሚሩ ነበረ። ቅድሚኡ ተሰሚዑዋ ዘይፈልጥ ስምዒት ሕፍረት ቀፊዱ ሓዛ። ሕፍረት ጥራይ ዘይኮነ ኣንስታዊ ኒሓ’ውን ከይኣሰራ ኣይተረፈን። ናብ መሓዝኣ እንተተመላሊሳ ልቢ ዮኤል ኩርዓት ከይስምዖ ፍርሓት ኣለዋ። ዮኤል ናብ ቤታ ክበጽሓ ዘይምምጽኡ’ውን ዘሕረቓ ጉዳይ’ዩ። ከም ዘፍቀራ ስለዝገመተት። እቲ ግዳሰ ናባኡ ክዘዙ ከምዘለዎ ኣንስታዊ ባህሪኣ ይኣምነሉ’ዩ። እዚ እናተፈልጠ ማዕረ ክንድኡ ምጽዋሩ ኣይተዋሕጠላን።

መኣዛ ። ካብታ ዝተፈላለዩላ መዓልቲ “ሎሚ-ጽባሕ...” እናበለት ንዮኤል ንመዓልታት ተጸብያቶ’ያ። ገዝኣ ይጠፍኦ ኢላ ኣይገመተትን። ኣብ ቤት በይና ስለዝረኸባ’ውን ስምዒቱ ክገልጽ ዕድል ከም ዝረኸበ ኣይሰሓተትን። እንተኾነ። ከም ዝሓሰበቶ ኣይኮነላን። ምስ መረራ ግን። ዘፍቀረ ልባ ትም ክብል ኣይከኣለን። ንኤልሳ መሓዛኣ ከም መሸፈኒ ተጠቒማ ንዮኤል ክትርኢ ከደት።

መኣዛ ካንሸሎ ምስ ኳሕኩሐት ኤልሳ መሓዛኣ’ያ ከፊታታ። ኣብ ሳሎን ኮፍ ምስ በለት። ናይ ዝበሃገቶ ሰብ ድምጺ ኣይሰምዐትን። እናተዛረበት እንከላ ። ሓሳባ ናብ መደቀሲ ዮኤል እናኸደ ትስረቕ ነበረት። ምህላዉን ዘይምህላውን ከተረጋግጽ ግን ኣይሓተተትን። ስሙ ምጽዋዕ ከም ተሪር ጐቦ ዘይውጻእ ዓቕብ ኰና።

“ኣደይ ሓረጉን ኣሕዋትኪን ከመይ ቀንዮም?.. ኣንቲ ነዊሕ’ኳ ኢና ጌርና።” በለታ ኤልሳ።

“ድሓን’ዮም .. እወ ነዊሕ ጌርና።” ጽን እናበለት መለሰት። ድምጺ ዮኤል ኣይተሰምዐን። መኣዛ ህንጡይነታ መመሊሱ እናዛየደ ኸደ። “እንታይ ድኣ በይንኺ ዲኺ?” ዮኤል ምህላውን ዘይምህላውን ከተረጋግጽ ብሜላ ሓተተት።

“ሳምራዊት ኣብዚ ጐረቤት ኣላ። ዮኤል ድማ ደቂሱ’ሎ። ባባን ማማን ግን ዘለውዎ ምንጋር ኣየድልየክን ኢዩ።” በለታ ድኳን ከም ዝውዕሉ ስለእትፈልጥ። መኣዛ ኣስተንፈሰት። ዮኤል ምህላዉ ከም ዓቢ ዕድል ቆጸረቶ። ኣብ ገዝኡ መጺኣ ከይትስእኖ ፈሪሓ ነይራ ። ገጹ ክትርኢ’ያ መጺኣ ። ብስምዒት ፍቕሪ ካብ ዝጠማመቱ ካብ ተዘክሮኣ ኣይሃሰሰን። ለይትን ቀትርን ኣብ ባሕሪ ኣኣምሮኣ ክሕምብስ’ዩ ቀንዩ። ብሕልሚ ናይ ፍቕሪ ቃላት እናኣንጐድጎደ ክውተፋ፤ ኢዱ እናሰደደ ክቐርባ፤ ኣብ ሕቑፉ ተሸጉጣ <u>ከዩዋ።</u>

“ድቃስ ድኣ ናይ ድሓን ። ተጸሊእዎ ድዩ?” ሓተተት። ናብ መደቀሲኡ ከይዳ ክትንቕንቐ ኣይጸልኣትን። ንዕኡ ደልየ መጺኡስ’ ብምባል ኣስተማሰለት። ድምጻ ሰሚዑ ዘይምትንስኡ ኣሕረቓ። ስምዒታ ተቐጻጺራ ክትጻወር ፈተነት።

“ኣይተጸልኦን ድሓን’ዩ” መለሰትላ ኤልሳ ብዙሕ ከተገደሰት። ናይ መሓዛኣ ስምዒት ኣይትፈልጦን’ያ።

“ሻሂ ከየፍልሕ ስለዝተሰከፈ’ዩ።” መቀራረቢቶም ኣጋጣሚ ትዝ በለታ። ዝያዳ ዝተቐራረቡላ መዓልቲ። ኣብቲ ናይ ሻሂ ግብጃ’ዩ። መኣዛ ንገለ ካልኢታት ኣብ ትዝታ ኣተወት። “ከም’ቲ ናይ ሓደ መዓልቲ ሻሂ ከስትየኒ ነይሩዎ።” ዘይተቆጻጸረቶ ዘረባ መለቋ።

“ናተይ ሻሂ ተረሲዑስ እታ ሓንቲ መዓልቲ ዮኤል ዘፍልሓልኪ ዘኪርኪ?! መቸም ሓድሽ ሓድሽዩ ዝፍቶ።”

“ኣንቲ እጻወት’የ ዘለኺ... ሰብ ድኣ ነባሪ ገዲፉ ሓድሽ’ወ ይፈቱ።” በለታ።

“ኮይኑ እንዶ..... ቡን’ዶ ሻሂ ክገብር?” ሓተተታ።

“ሻሂ ድኣ ግበሪ.... ኣንቲ ዮኤልከ እቲ ዝበልክዮ የሳልጠልና ኣሎዶ?” ጽቡቕ መመኽነይታ ረኺባ ሕጉስ በለት። ትምህርቲ ክቕይራ ሰብ ክረኽበለን ተዛሪበንኡ ነይረን።

“እንታይ ኢልናዮ ዲና?” ኤልሳ ዝተደናገረት ክትመስል ጠመተታ። ንዮኤል ዝበልኡ ክትዝክር ኣይከኣለትን።

“ብዛዕባ’ቲ ምቕያር ትምህርቲ። ንዓመታ ኣብ ፖቴነ ምምሃር ማለት ኣብ ኣፍንጫ ሞት ምሽክርካር ማለት ኢዩ። ትምህርቲ ካብ እንዓጹ’ኳ ሰሙን’ዩ ሓሊፉ።” በለታ። ኣብታ ህሞት’ቲኣ ብዛዕባ ትምህርቲ ኣገዲስዋ ኣይነበረን። ምኽንያት ፈጢራ ብዛዕባ ዮኤል ክትዛረብ’ያ ደልያ።

“እዋይ መኣዛ። እንታይ ትዛረቢ ኣለኺ! ሕጂ ዳኣ ንመን ረኺቡ ክሓተልና። ተማሃራይ ንተማሃራይ ኢኻ እትቀያየር። ዳይረክተር እንተፈትዩ። ‘ዝቕየር ተማሃራይ ኣምጽእ’ ኢዩ ዝብለካ። “ ብምባል ንሕቶኣ ኣምከነቶ።

“ዘይኮነ። ንዓይ ካልእ’ዩ ኢሉኒ።’ ብምባል ተቓወመት። ዮኤል ዝበላ ነገር ኣይነበረን። ዓይኑ ንምርኣይ ግን ህንጡይነት ነይሩዋ። ስለዝኾነ ። ምኽንያት ፈጢራ ኤልሳ ክተተንስኣላ ድልየት ነበራ። ኤልሳ ግን ስምዒታ ስለዘይተረድኣት ኣይሓገዘታን።

“ሎምስ ዝቕሰንኪ ኢኺ ትመስሊ ዘለኺ። ዋላ ገጽኪ ብርህርህ ኢል ኣሎ።” ኤልሳ ኣተኩራ እናጠመተት ተዛረበት።

“ድሓን’የ ኤልሳ ሓፍተይ። ቀሲንካ ዝቕሰኖ እዋን ግን ኣይኮነን። ኣብ መስከረም ድማ እቲ ፍርሓት ኣሎ። ኣንቲ ኤልሳ እንተዘይረኺብና’ኽ ኣብኡ ዲና ክንቅጽል?” ተጠራጠረት።

“ኣይንስእንን ኢና። እንተኾፍኣ ድማ ገንዘብ ከፊልና ኣብ ቤት ትምህርት ኣንዳ ማርያም ንመሃር።” በለታ።

“ንዓይሲ ከቢድ’ዩ ኤልሳ ሓፍተይ። እዘን ሸቂጥና እንረኽበን ቁንጣሮ ገንዘብ ኣብ ትምህርቲ ከጥፍኣን?! ይሰልጠና ድኣ ይኽውን።” ተስፋኣ ገለጸትላ።

“ድሓን ንርእዮ። ጽባሕ ዝኾውን ኣምላኽ ጥራይ’ዩ ዝፈልጦ።” በለት ኤልሳ።

“ኣንቲ ዮኤልሲ ናይ ብሓቂ ድዩ ድቃስ ወሲድዎ? ገዛይ ዘይመጸስ ገዝኡ ምስ መጻእኩ ድማ ከም መርዓት ኣብ ውሽጢ ገዛ ይዕጾ?!” ክትርእዮ ዘለዋ ህንጡይነት ዳሕድሓቶ።

“ናይ ትምህርቲ ዲኺ ክትሓትዮ ደሊኺ? ገዛኹም ድኣ ንሱ’ውን ክርእዮ ደልዩ’ሎ። ኣይጥዓመንን እምበር ህውኽ ኢዩ ቀንዩኒ። ኣተንስእዮ እንዶ በለታ። መኣዛ ድሕሪታ ቃል ኣይደንጐየትን። ቀጠልያ መብራህቲ ኢያ ክትጽበ ጸኒሓ ። ኮፍ ኢላቶ ካብ ዝነበረት ተንሲኣ ናብ መደቀሲ ዮኤል ከደት ።

27 ክፋል

መኣዛ ናብ መደቀሲ ዮኤል ከደት። ማዕጾ ተዓጽዩ ስለዝጸንሓ ግን ንገለ ካልኢታት ብክልተ ሓሳባት ተቖርቖረት። ውሽጣዊ ስምዒታ ብፍርሓት ተጀልሐ። ልባ ህውኽ ህውኽ ኣበለታ። ዮኤል ከም ፈኳስ ከይሓስባ ካብ ማዕጾ ክትምለስ ወስወሰት። ንኤልሳ እንታይ ኢላ ከም እተመኽንየላ ግን ኣይፈለጠትን። ዮኤል ምስ ከፈታ እንታይ ኢላ ዕላል ከም እትኽፍት’ውን ካልእ ብድሆ ኩና። ንኹሉ ሰጊራ ማዕጾ ኳሕኩሐት። ህርመት ልባን ድምጺ ምኩሕኳሕን ኣብ እዝና ተሰምዓ።

“ መን ኢኻ እቶ” ካብ ውሽጢ ናይ ዮኤል ድምጺ ሰምዐት። ከም ክትሕምብስ ንውሽጢ ባሕሪ ዝተነቕተት ትንፋስ ሕጽር ሕጽር በላ። ኢዳ ሰዲዳ ልዓት ጨበጠት። ከም ሰራቒ ብጥንቃቐ ማዕጾ ደፍኣት። ብዝፈቐቖቶ ማዕጾ ዮኤል ኣብ ዓራት ተጋዲሙ ረኣየቶ። ብኣፍልቡ ስለ ዝደቀሰ ንመኣዛ ኣይረኣያን። ካብ ኣሓቱ መሲልዎ ድቃስ ክቐጽል መሪጹ ነበረ።

“ዮኤል! ዮኤል!” ህድእ ኢላ ጸውዐት። ድምጻ ሚስጢራዊ ዕላል ሕሹኽ ከም እትብል’ዩ ዘስምዕ ነይሩ። ‘ ጋሻ መጺኡ እናሰማዕካ ትድቅስ’ ከም ዋዛ ኣምሲላ ክተተንስኡ ከም ዘይመጸት። ኣብ ልዳት ምስ በጽሐት ሓሳባታ ብትን በለ። ዮኤል ብሕቐኡ ኣብ ዓራት ተገልቢጡ ንመኣዛ ረኣያ። ዘይተጸበዮ ስለዝነበረ ሰነበደ። ስንባደኡ ግን ንእለት ብሓጐስ ተደበሰ። ንሱ’ውን ክዝክራ’ዩ ቀንዩ። ካብ ዝፈላለዩ እፎይ ኢሉ ኣየዕረፈን። ፍትወቱ ዝገልጸላ ኣጋጣሚ ክረክብ ድማ ንፈጣሪ ለሚንዎ ነበረ።

“መኣዛ እተዊ!” ኣብ ዓራት ኩድም በለ።

“እንታይ ድኣ ክንድ’ዚ ድቃስ? ሻሂ ከይተፍልሕ ዲኻ ተሓቢእካ?” ተዋስኦ ጀመረት ። መኽፈቲ ዕላል ባዕሉ ስለዝመጸላ እፎይ ኢላ ኣስተንፈሰት።

“ከም ዝመጻእኪ ኣይፈለጥኩን። እንተዝፈልጥ ምተንሳእኩ ነይረ።” ማዕረ ክንደይ ከም ዝግደስ ኣተምብሀ። እታ ኣጋጣሚ ናይ መጨረሻ ዕድል ኮይና ተሰምዓቶ። ስምዒቱ ክገልጸላ ከኣ ንኣእምሮኡ ኣብ ተጠንቀቐ ገበሮ።

“ተጸሊኡካ ድዩ/ ክንድ’ዚ ድቃስ ናይ ጥዕና ኣይኮነን። ጥዑያት ክንድ’ዚ እንተደቂሶም’ሞ ንሕሙማት ዝተዓደለ ናይ ቀትሪ ድቃስ ክጐድል ኢዩ።” በለቶ። ካብ ልዳት ንውሽጢ ኣይኣተወትን። ክትኣቱ ዘይደለየት ዘይኮነት። ስክፍታ ኣየኽኣላን።

“ከምዚ ኢልኪ ከይተዕልልና ኣንዲኺ ጠፊእኪ....እተዊባ እንታይ ድኣ ከም ቤተ-መቐደስ ነዛ ክፍሊ ፈረሕክያ።” ኣብ መደቀሲኡ ዝነበረት መንበር ቀረበላ። ሓሳባቱ ክጠራንፍ ኮፍ ክትብለሉ ድልየት ነበሮ። መኣዛ ኣትያ ተቐመጠት። መደቀሲ ኣወዳት ምእታው ከምዘሰክፉ እናፈለጠት ተደርገመት። ‘ክሳብ መዓስ’ዩ ብስክፍታ ምንባር?’ ዝብል ስምዒት ሓዲሩዋ ነበረ።

“ኣነ ጥራይ ድየ ዝመጽኣኩም? ስለዘይመጻእኩምኒ ኩርየ ኣይመጻእኩን።” ብምባል መለሰትሉ።

“ኣነ ገዛኹም ኣይፈልጦን’የ ። ምስ ኤልሳ ክንመጽእ ሓሲብና ነይርና ግን ኣይጠዓመን። ከመይ'ክ ኣለኺ? እቶም ንፈልጦምክ?”

“ሕጅስ ድሓን ኣለኹ።” ብምባል ጠመተቶ። ጸሊም ቱታን ጸሊም ማልያን ተኽዲኑ ነበረ።” በል ንዓናይ ኣዕልል ኤልሳ ሻሂ ተፍልሕ ኣላ።” ካብ ዝተቐመጠትሉ ተንስኣት።

“ጽንሒ’ባ “ ዮኤል እታ ኣጋጣሚ ስቱኽ ከይትብል። ካብ ኮፍ ዝበለሉ ዓራት ተንሲኡ ምናት መኣዛ ጨበጠ። ክብላ ዝሓስቦ ዝንበረ ከይተቐረበሉ’ያ ቀዲማቶ። ድፍረት ስኢኑዩ ጐቦ ጐቦ ኢሉ። ምናታ ምስ ጨበጠ’ውን ኣይደፈረን። ኣተነፋፍሳኡ ክህውኾ ተፈለጦ። መኣዛ ከም’ቲ ዝተበገሰቶ ናብ ልዳት ኣየምርሐትን። ምናታ ምስ ጨበጠ ትም ኢላ ትጽበ ነበረት። እታ ኣብ ልባ ዝነበረት ካብ ዮኤል ክትሰምዓ ነዊሕ ተጸሚማ’ያ።

“መኣዛ!”

“ኢሂ!” ትሑት ቃና ካብ ክልቲኦም ተሰምዐ። ድሕሪኡ ክልቲኦም ጸጥ በሉ። ዮኤል ክብሎ ዝደለየ ከይበሎ ሓሞቱ ክዘራረግ ተፈለጦ። መኣዛ ብወገና ርእሳ ኣድኒና ተጸበየቶ። ንሱ ከምልቀኑ ኣለዎ ንሳ ፍርሓት ክበንነላ።

“ኣፍቂረኪ’የ።” ኣስተንፈሰ። ቃላት ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ዓቕሩዎ ዝጸንሐ ኣየር ንደገ ኣውጽኡ። መኣዛ እንታይ ኢላ ከም እትምልሰሉ ኣይፈለጠትን። ኣብ ፍቕሪ መሃይም ኢያ። ብልባ ተፍቅሮ ነበረት። ፍቕሩ ክገልጸላ ተሃንጥያ ዝተጸበየቶ ወዲ’ዩ። ኮይኑ ግን ክትዛረብ ኣይከኣለትን። ብዘይካ ድምጺ ዘስምዕ ኣተነፋፍሳኣ ካልእ ኣይነበራን።

“ዮኤል ዋላ’ኳ መልሲ እንተዘይረኸበ። ከም ዘይነጸገቶ ካብ ስምዒታ ተረድኣ። ህድእ ኢሉ ድማ ናብ ከንፈራ ቀረበ። መኣዛ ኣየድሓርሓረትን። ዓይና ሰመም እናበለት ዓመተቶ። ከንፈር ንከንፈር ተራኺቦም። ማዕጾ ብግፍቱኒ’ዩ ነይሩ። ዝተገደሰሉ ኣይረኸበን። ሰብ መጺእዎም ዘይኮነ ብድልየቶም ተፈናተቱ። ትንፋስ ናይ ክልቲኦም ጥራይ ተሰምዐ። ቃላት ግን ዓዲ ኣርሒቑ ገይሹ ነበረ።

መኣዛ ካብ መደቀሲ ዮኤል ክትወጽእ ናብ ማዕጾ ሰጐመት። ዮኤል ትም ኢሉ ረኣያ። ቃላት ሰሪዑ ክዛረባ ኣይከኣለን። ዝፈጸሞ ተግባር ናይ መጨረሻ ኣሕፊርዎ ነበረ። መኣዛ’ውን ክዛረባ ኣይተጸበየቶን። ተግባራ ልዕሊ ቃል ከም ዝዛረብ ዘስተውዓለት ትመስል።

“መኣዛ ገዘ ክምጽእ’የ።” ብክንደይ ምዕልባጥ ኣሕሸኽሾኺ። ናይ መጨረሻ ቃልቱ’የን ነይረን። ናብ ሳሎን ክስዕባ ኣይደለየን። ኤልሳ ከይትጥርጥሮም ስክፍታ ነበሮ። መኣዛ ግብረ-መልሲ ኣይሃበትን። ካብ’ቲ ዝጠሓልቶ ምቁር

ፍቕራዊ ምትንኻፍ ኣይተገላገለትን። ትም ኢላ ብዘይ መልሲ ናብ ሳሎን ከደት። ዮኤል ድማ ናብ ዓራቱ ደየበ ። ድቃስ ዘይኮነ ብሰመምታ ናብ ፍቕራዊ ምትንኻፍ ክምለስ።

✡ ✡ ✡

በለጠ ካብ ቀንዲ ንኤክስፖ ዝወስድ ጽርግያ ንየማን ተዓጺፉ ኣንፈቱ ናብ መዓስከር ቃኘው ገበር። ብዛዕባ ዘውዲቱን ጸገሙን ይሓስብ ስለዝነበረ። ኣዘዋውራኡ ህድኣት ነበሮ። ኣብ ጥቓ ቃኘው ምስ በጽሐ ዘሰንበዶ ፍጻሜ ኣብ ዓይኑ ቅጅል በሎ። መኣዛ ብህድኣት ኣብ'ቲ ጽርግያ ክትስጉም ተዓዘባ።መጀመርያ ንዓኣ እትመስል ርእዩ ከይከውን ጥርጣረ ሓደሮ። ድሓር ግን እቲ ሓቂ ኣብ ዓይኑ ተጋሂዱ ረኣዮ።

በለጠ። መኣዛ ምኽና ምስ ኣረጋገጸ። ጸላም መነጸሩ ኣብ ዓይኑ ሰኩዓ። ካብ ዳሕረዋይ ሰዲለ ቆቢዑ ስሒቡ ድማ ርእሱ ከደነ። መኣዛ ከተላልዮ ኣይደለየን። እንተርእያቶ ከም ኢራብ በረኻ ከይትስወር ጥርጣረ ነበሮ። መኪና ብቐስታ እናዘወረ ንመኣዛ ድሕሪ ምሕላፍ ብናይ ድሕሪት መቆጻጸሪ መስትያት(ስፔኪዮ) ክከታተላ ጀመረ። ንሳ ነታ ዝሓለፈታ ወትሃደራዊት መኪና ቁሊሕ ኢላ ኣየስተብሃለትላን። ሓሳባ ናብ ዮኤል ተሃንፊፉ ጽቡቕ ስእልታት'ዩ ኣብ ኣእምሮኣ ተኸሚሩ ነይሩ። ኣብ እንዳመሓዛኣ ምስ ዮኤል ዝፈጸመቶ እናዘከረት በይና ትስሕቕ ነበረት። በለጠ እናተኸታተላ ኣብ ኣፍደገ መዓስከር ቃኘው ደው በለ። ካብኡ እንተቕጺላ ካብቶም ኣብ ሓለዋ ዝነበሩ ወትሃደራቱ ዝከታተሉዋ ክሰደላ'ዩ ሓሲቡ። ሓደ ካብቶም ሓለዋ ወትሃደራት ጸወዑ ድማ ክከታተላ ሓበሮ። ኣብ መኪና ተጸጊዕም'ዮም ዝዕዘቡ ነይሮም። መኣዛ ኣብታ ፊት መዓስከሮም ናብ ዝነበርት ቪላ ክትኣቱ ረኣዩዋ።

"ትፈልጣ ዲኻ?" ነቲ ምስኡ ክከታተል ዝጸንሐ ወትሃደር ሓተቶ።

"ኣይፈልጣን'የ።" መለሰሉ።

"በል ካብ'ዛ ቪላ ከይትወጽእ ተኸታተለለይ። እንተወጺኣ ደው ኣቢላካ ኣጽንሓያ። ቀልጢፈ ክምልስ'የ።" ብምባል ናብ ቤቱ ጐየየ። መኣዛ ናብ'ቲ ዝኣተወቶ ቪላ መምጺኢኣ እንታይ ምኽኑ ከተረጋግጸሉ ንዘውዲቱ'ዩ ክልእኻ ሓሲቡ። እቲ ኣጋጣሚ ናብ ካልእ ተዘክሮ'ዩ ወሲድዎ። ኣብ ሓደ መዓልቲ ንዓኣ(መኣዛ) ዝመስል ሓዋ ሽጋራ ሸይጡሎም'ዩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣለማዮ ዝተዛረቦ ዘረባ ትዝ በሎ። "እዚ ቆልዓ ልክዕ ንመኣዛ ይመስል" በለጠ ኣብ ጥርጠራ ተሸመመ።

በለጠ ማዕጾ ደፊኡ ንውሽጢ ብምእታው ኣዒንቱ ንዘውዲቱ ክርእያ ኣንከባለለን። ግዜ ክወስድ ስለዘይደለየ ሸቐልቀል ይብል ነበረ።

" ኣብ'ዛ ፊትና ዘላ ቪላ መኣዛ እትበሃል ጓል ትፈልጢ ዲኺ?" ቅድሚ ሰላምታ ተቐዳዲሙ ሓተታ። ዘውዲቱ ስም ጓል ስለዝሰምዐት ከይመለስት ተስጉዱማ ጠመተቶ። ከም ዘይኣፍቃሪቱ ካብ ዝርእያ ሰሙን ኣለዎ። ካልእ ጓል ከም ዝሓዘ ጥርጣረ'ኳ እንተነበራ። ዘረጋገጸቶ ኣይነበራን። በለጠ ኣብ ቅድሚኣ ስም ጓል ክጠቅስ ምስ ሰምዓቶ ግን ስምዒታ ገንፈለ።

"ካባይ ንላዕሊ ኣዋልድ ንስኻ ትፈልጠን። ከም ሰብኣየይ ስለዝሓስበካ ንዓይ ከምኡ ኢልካ ክትሓተኒ ግቡእ ኣይኮነን። ኣነ ንሰብኣየይ ጓል ኣየማጽእን'የ። ዘላቶ ቦታ ክሕብር'ውን ፍቓደኛ ኣይኮንኩን። ስለዝነዓቕካኒ ግን ...." ኣሕነቕኒቓ ኣዒንታ ንብዓት ኣፍሰሰ።

"እንታይ ድኣ ኴንኪ?" ክእብዳ ቀረበ። ዝኾነቶ ጠፊኡዎ ኣይነበረን። ምስኣ ካብ ዘይሓድር ሰሙኑ'ዩ።

"ኣይትቕረበኒ።"ከም ዝተጸየነቶ ኣድሓርሓረት። "ኣነ ንፍቕሪ ዝኸውን ጓል ኣይኮንኩን። ካብ ከዳሚት ዝሓልፍ ህይወት ከም ዘይብለይ ፈሊጠ ኣለኹ። እንታይ'ዶ በዲለካ'የ በለጠ?! ክንዲ ዘፍቀርኩ። ክንዲ ልበይ ቀሊዐ ዝሃብኩ ..." ብምስትንታን ተነኽነኸት።

"እንታይ'ዩ እቲ ጸገም? ዝኾንክዮ ከይተዛረብኪ ኣይትንብዒ። ኣነ ዝፈለጥክዎ ነገር የብለይን። ብስራሕ ደገ ኣሓድር ከምዘለኹ ሓቢረኪ'የ። ካልእ ጉዳይ እንተሎ ክፈልጦ ሓብርኒ።" ጋሻ ኮይኑ ቀረባ።

“ኣይተታልለኒ። ጓል ስለዝኾንኩ ከም ድኽምቲ ኣይትቑጸረኒ። ስለ ዘፍቀርኩ ክብደል ዝግብኣኒ ኣይኮንኩን። ዘጉደልኩልካ እንተሎ ንገረኒ። ካብኡ ብዝተረፈ ግን ተግባርካ ሸፋፊንካ ክትቀርበኒ ኣይትድለ። ኣብ ልዕለይ ትፍጽሞ ዘለኻ ግፍዒ ትፈልጦ ኢኻ። መስካሪ ዘድልየካ ኣይኮንካን።”

“ንዒባ ሓፍትና! ንጉዳያት ሸፋፊንኪ ዘይመልክዖም ኣይተትሕዝዮም።”

“ሓፍትና ተባሂለ!? ትማሊ ትማሊ ድኣ ‘ምጭውተይ’ እናበልካ ተቀባጥረለይ ኔርካ ከይትኸውን?! ሓፍትኻ ምኽነይ ድኣ ሕጂ ዲኻ ፈሊጥካ? ግደፍ በለጠ! ግደፍ! መስጣ ጓል ኣንስተይቲ ናብ ሲኦል ዝወስድ ውሕጂ ኣለዎ።”

“ትዛረብዮ እንዶ ፍለጢ! ነገራት ሕውስውስ ኣይተብሊ። ዝበደልክዋ ጓል ክሳብ ሕጂ የላን። መስጣን ሲኦልን ኣልዒልኪ ኣይትዛረቢ። ናይ ኣምላኽ ስራሕ ንኣምላኽ ጥራይ’ዩ ዝምልከት።.... ሓፍትና እንተበልኩኺ እንታይ ጸገም ኣለዎ? ጥርጣረታት ኣብ ኣእምሮኺ ናይ ነገር ኣሳእል ክፈጥሩ ቦታ ኣይትሃብዮም። ክትብልዮ ዝደለኺ ኣነጽርዮ-ንረዳዳእ።” በላ ቁጥዕ ኢሉ።

“ሓፍተይ ኢልካኒ ትፈልጥ ዲኻ? ‘ኣፍቃሪተይ’ ናበይ ምስ ከደካ’ዩ በለጠ? እቲ ከማኡ ዘብለካ ዝነበረ ስምኺት እንተጠፊኡ ኣይተጋገኻን። ኣወዳት ግፍዐኛታት ምኳንኩም። ምስክሩ እቲ ብኣኹም ዝተመሰለ ሰይጣን’ዩ።” ኣንጸርጸረት።

“እተን ከም ስርኤላት ዝቑጸራኸ ተባዕትዮ ድየን?..... እንታይ ኢኺ ኹንኪ ? ኣነ ዝተረደኣኒ ነገር የለን። ኣፍቃሪተይ ስለዘይበልኩ ክንድ’ዚ የኹሪ?.. ከምኡ እንተኾይኑ ጸገም የብሉን። ንስኺ እትሕጐስሉ ጥራይ ይኹን’ምበር ‘ኣፍቃሪተይ’ እብለኪ።”

“ጓል ምቕሻሽ ኣመልካ ስለዝኾነ ድዩ? ልብኻ ጥርሑ እንከሎ መልሓስካ ፍቕሪ እንተድመጸ ትእመን ይመስለካ? ንጓል ማዕረ ክንድኡ ድኽምቲ ኣይትሕሰባ።... በለጠ ፍቕሪ ኣይትፈልጥን ኢኻ። ንሱ’ውን ንዓኻ ኣይፈልጠካን’ዩ። ንስኻ ንእምነት ኣይኮነካን እትነብር። ንስኻ ምእንቲ ፍቕሪ ኣይትሰግድን ኢኻ። ማእንቲ’ታ ንግዚኡ ኣብ ዓይንኻ እትኣቱ ጓል ኢኻ እትነብር። ንጽባቐ ኢኻ እተምልኽ በለጠ። ዘውዲቱ እቲ ንስኻ እትብህጎ የብልና። ቅንዕና። እምነት። ጽንዓት ኣብ ፍቕሪ...ግን ኣለዋ። እንተኾነ ። እዚ ዝተጠቕሰ ሰንሰለት ኮይኑ ንእትፈትዎ ኣብ ቅድሚኣ ደው ከብለልሳ ኣይከኣለን። ሓቀኛ ልቢ ከምዚ ከማኻ እንተረኺብዎ መደበስታኡ ጥልመት ኢዩ። እዛ ዓለም ንሓቀኛ ኣፍቀርትን ኣመንትን ዝኸውን ቦታ የብላን። ስለዘይብላ ድማ እቶም ቀኒዕና ዘፍቀርና ንብደል ኣለና።” ኣዒንታ ዘይተኣደነ ንብዓት ፈርሸሐ። እናገዓረት’ያ ተዛሪባ። በለጠ ከይተረፈ ብኩነታታ ፍርሓት ሓዲርዎ ነበረ።

“ዘውዲቱ ክትበኽዩ የብልክን። ሃዲእና ዘይንረዳዳኣሉ ምኽንያት የለን። ሰብ ይጋገ። ይእረም ድማ። ኣወዳት ሰይጣውንቲ ኣይኮኑን። ከምኡ ጌርኪ ኣይትሕሰብዮም። ቅድሚ ጸርጸር ምባልኪ። ናይ ለባማት ተግባር’ዩ። ኣነ ከምዚ ትብልኒ ዘለኺ ኣይኰንኩን። ነዊሕ ስለዝኸድና ንስኺ’ውን ትምስክርለይ ኢኺ።”

“ኣይምስክረልካን’የ ። እንታይ ኢለ ክምስክረልካ በለጠ?! እንታይ ኢለ ክምስክረልካ በለጠ?! ካብ ጲላጦስ ብማይ ተሓጺብካ ‘ንጹህየ’ ምባል ንኹሉ መልሓስ ዘለዎ ቀሊል’ዩ። ዘዋር ኢኻ በለጠ። ዓይንኻ ሓደን ዓሰርተን ኣጣሚሩ’ዩ ዝጥምት። ከም ንህቢ ናብ ዕምባባ - ዕምባባ ክትዘውር ደስ ዝብለካ ፍጡር ኢኻ። ክትዝሙን ኣዋልድ ክትጽይቕን ከም እትውዕል እፈልጠካ’የ ። ምስክረይ ኣብ ልዕሌኻ እዚ’ዩ። ኣነ ድኣ እንታይ ኢለ ክምስክረልካ? ኣይትሓፍርን ከምኡ ኢልካ ክትዛረብ። ሓደ መዓልቲ እንተተለወጥካየ ዝጽበየካ ነይረ። እምኒ ግን እንተነበረ እምኒ እንተተለወጠ ድማ ሓመድ’ዩ።” ብምባል መለሰትሉ።

“ንዓይ እዚ ዘረባኺ ጽውጽዋይ’ዩ። ሕማቕ ኣመላት እንተልዩኒ መረጋገጺ ኣምጺእኪ ተዛረቢ።”

“ካባይ እንታይ መረጋገጺ ኣድልዩካ? ባዕልኻዶ ሕጂ ‘መኣዛ’ ኢልካ ስም ጓል ኣይጠቕስካን።”

“ናታ ካልእ ጉዳይ’ዩ። ብስራሕ’የ ደልየያ።”

“እንታይ ድኣ ክትብለኒ በለጠ። ‘ፈትየያ’ ክትብለኒ ኣይጽበን’የ። ንስኻ ንጓል ኣንስተይቲ ብዓይኒ ቅንዕና ጠሚትካያ ትፈልጥ ዲኻ? ከምኡ ዝሓስብ ኣእምሮ ወይ ስሚዒት ኣለካ? በለጠ። ከም ከብዲ ኢደይ እፈልጠካ’የ። ካብ ሕጂ ንደሓር ከተታልለኒ ኣይትፈትን። እተታልለን ስለዘይሰኣና ግን ብኣታተን እሓዝን።”

“ትዛረብዮ’ባ ፍለጢ። ትም ስለዝበልኩ ነገራት ኣይተዘንብዒ።”

“ተዛረብ! ሓቂ ስለዘይብልካ ትም ኣይትበል። ዝተኣምነ’ዩ ዘየለ’ምበር ዝተሰምዐ ሓሶት ብዙሕ’ዩ።”

“ስነ-ስርዓት ግበሪ ከንደፋፈር! ክብረትካ ምሕላው ጽቡቕ’ዩ።”

“ኣነ ድኣ ክብረይ ቀደም እንድዩ ተደፊሩ። ናትካ ሕጂ ስለዝኾነ ኣሕሚሙካ። ምስ ካልእ ጓል እናሓደርካ ቁሊሕ ምባል ምስ ኣበኻኒ ዝተጓሓፍኩ ፍጥረት ምኳነይ ፈሊጠ’የ። ጓል ኣንስተይቲ እንድየ ድኣ! ዓራት ጸቢቡኒ መዓስ ኮይኑ መላፍንትኻ ኮይነ... በለጠ። ዘውዲቱ ቀደም’ያ ተደፊራ። ሕጂ ‘ይኣክል’ ክትብል ስለዝደለየት ጥራይ’ያ።”

“ከምዚ ኢልኪ ክትዛረቢ ከም ጓል ኣንስተይቲ ኣየጸብቐልክን’ዩ። ብዛዕባ መኣዛ ከም’ዚ ዝበልክዮ ኣይኮነን።”

“ክሰምዓካ ኣይደልን’የ።”

“ክዛረብ’ባ ስምዕኒ! ፈጨው ፈጨው ንዓኺ’ዩ ዝሃሲ!”

“ካልእ’ዩ ሃሲዩኒ በለጠ። ሓቀኛ ኣፍቃሪ ምኳን። ልብኻ ከፊትካ ንወዲ ምዕዳል። እናተበደልካ ምእንቲ ፍቕሪ ሸለል ምባል.... እዚ’ዩ ሃሲዩኒ። ምስ መረረካ ሓቂ ኢኻ እትተፍእ። ከም ፈጨው ፈጨው ክትቆጽሮ ዘይኮነ ድማ። ከም ሓቂ ክትቅበሎ ይግብኣካ ነይሩ።”

“ድላይኪ ክትብሊ ትኽእሊ ኢኺ። ኣነ ግን ብሕልና’የ ዝጓዓዝ። ምስ’ዛ ዝበልኩኺ ሰብ ጠርጢርክኒ ማለት ድዮ?”

“ጥርጣረ ነቶም መጀመርያኣም ዝሰርቁ ጥራይ’ዩ ዝግባእ። ናትካ ግን ካብኡ ናብ ርጉጽነት ሰጊሩ’ዩ።”

“በሊ ይኹነልኪ።”

“ንዓኻ ምስ ኣዴኻ ጥራይ’የ ዘይጥርጥረካ።” በለቶ። ካርካር ኢሉ ሰሓቐ። “ክትስሕቕ ትኽእል ኢኻ። ምኽንያቱ ዝሓረረ ወይ ብፍቕሪ ዝቃዘነ ልቢ የብልካን። መስጣይ ክወርደካ ግን ወትሩ ክጽሊ’የ።” ዓይና ኣፍጠጠቶ።

“ንስኺ ኣብ ጸሎት። ኣነ ድማ ኣብ ቅንዕናይ ንኣምን።

“ንስኻ ቅንዕና ኣለካ? ኣብ ኣፍደገ ገዛይ ጓል ክትሕዝ ዘይሓፈርካስ...” ውሽጣ ብቕንኢ ሕምስ በለ።

“ይሓዝ። ኣነ’ኳ ዋላ ንግስቲ እትደልየኒ ሽኮሪና’የ።” ካብኡ ኣይትሕለፍ ኢሉ መሊሱላ ማዕጾ ገም ኣቢሉ ወጸ።

“ናብ’ዚ ቤት ኣይትምለስን ዲኻ?” በለቶ ደድሕሪኡ ስዒባ።

“ኣይምለስን’የ። ካብዚ ቤትን ካብ ፍቕርኽን ናጽነተይ ኣዊጀ ኣለኹ።” ካብ ቃኘው ክወጽእ ተበገስ።

“መኣዛ ድዩ ዝበለኒ!” ዘውዲቱ ምስ ነብሳ ተዛረበት። ገዛ ኣትያ ንሽጉጥ ናይ በለጠ ካብ ትሕቲ መተርኣስ ኣውጽኣታ። “መኣዛ” እትብል ስም ከይትጠፍኣ እናደጋገመታ ካብ ገዛ ወጸት። በለጠ ብወገኑ መኪና ኣልዒሉ ናብ ኣልማዝ ተመርቀፈ።

<u>28 ክፋል</u>

ዘውዲቱ ሽጉጥ ዘቐመጠትላ ቦርሳ ኣብ ትሸትሽ ሸጉጣ። ናብቲ ኣብ ቅድሚ ቃኘው ዝነበረ ቪላ ሰጐመት። ብልክዕ መኣዛ እትርከበሉ ቪላ ኣየናይ ምኽኑ ኣየረጋገጸትን። ንመኣዛ ምስ ረኸበታ እንታይ ኢላ ከምእትዛረባ'ውን ኣይፈለጠትን። ሓደ ነገር ግን ይቐላልዋ ነበረ - ቅኒኢ። እተፍቅሮ ወዲ ንዝመንጠለታ ጐርዞ ብዓይና ክትርኢ ስጉምታ ኣቀላጠፈት። የማንን ጸጋምን ጠሚታ ጽርግያ ሰገረት። ተግባራ ስራሕ ቆልዓ ኮይኑ'ኳ እንተተሰምዓ። ክትምለስ ግን ኣይከኣለትን። ኣብ ማርቻቤዲ ደው ኢላ ቅድሚኣ ናብ ዝነበረት ቪላ ኣቋመተት።

"መኣዛ ኣበይ'ዩ ገዝኣ?" ኣብ ኣፍደገ ንዝረኣየታ ሰበይቲ ሓተተት። ኣብ ካልእ ቪላ'ያ ሓቲታ። ካብ'ቲ መኣዛ እትቐመጠሉ ቪላ ግን ዝረሓቐ ኣይኮነን። ነጸላ መንደቕ ሓደ'ዩ። ዝጠርጠረታ ጐርዞ ኣብ መንጽር ቃኘው ኣብ ዝርከብ ቪላታት ከም እትነብር ካብ ዘረባ በለጠ ኣስተውዒላ ኢያ።

"ኣብ'ዚኣ ኣቲኺ ሕተቲ።" እተን ሰበይቲ መኣዛ ናብ እትነብረሉ ቪላ እናመልከታ ሓበራኣ።

ዘውዲቱ። ከም ኣንጭዋ ዝጸናጸን ድሙ ሰላሕ እናበለት ናብ ዝተሓበራ ሰገረት። ኣስማሩ -ጐረቤታ ንመኣዛ። ንደገ ክትወጽእ ጐፍ ተበሃሃላ።

" ንመኣዛ ደልየ ኔረ።" ዕትብ ክትብል እናፈተነት ሓተተታ። ገጻ ድሁል መንፈስ ዓሲልዎ ቅሳነት ርሒቑዎ ውሽጣ ይህወኽ ነበረ።

"መኣዛ! መኣዛ!..." ኣስማሩ ዓው ኢላ ጸውዐት።" ኣብዛ ማዕጾ ኳሕኩሒ" ኣስማሩ ዝሰምዓ ስለዝሰኣነት ዘውዲቱ ባዕላ ክትኩሕኩሕ ሓበረታ።

"ዘውዲቱ ነብሳ ክትቆጻጸር ምእንቲ ስምዒታ ክሃድእ ደጋጊማ ብምስትንፋስ ናብ ልዳት ተጸገዐት። ኮረድዮ ናይቲ ቪላ ጸላም ጐቢእዎ ነበረ። ካብ ብርሃን ስለዝመጸት። ኣዒንታ ብጽልግልግታ ተጋሪዱ ምርኣይ ስኣነት። ማዕጾ ግን ኣይጠፍኣን። ተቐላጢፉ ከይኳሕኩሐት ኣብ ልዳት ቆይማ ንገለ ካልኢታት ተማትኣት። ኣብቲ ዝተሓበረቶ ክፍሊ። ብውሽጢ ናይ ሰብ ድምጺ ኣይሰምዐትን። ጸላምን ድምጺ ዘይስምዕ ኮረድዮን ተሓዋዊሶም ርእሰ ተኣማንነት ከምእተጥፍእ ገበርዎ።

ውሳነኣ ክተተግብር ኢዳ ሰዲዳ ማዕጾ ኳሕኩሐት ። መኣዛ ግዜ ኣይወሰደትን። ብማዕጾ ተቐልቀለት። እንተላይ ብራህን በቲ ዝተኸፍተ ማዕጾ ናብ ኮረድዮ ወጸ። መኣዛ ንዘውዲቱ ቀው ኢላ ጠመተታ። ሓሸማ ህሩግ ከም ዝበላ መጀመርያ ሰገጥ በለት። ጽልማን <u>ሕፍስፍስ</u> ዝበለ ሰብነታን ምስ ረኣየት ስለዘይትፈልጣ ክብደት ተጻዕና። ዘውዲቱ ተቐዳዲማ ኢዳ ንሰላምታ ዘርግሐት።

"ሰላም' መዛዛ ኢዳ ጨቢጣ ብዝተደናገረ መንፈስ ጠመተታ። ኣብ ዝኾነ ቦታ ኣይትፈልጣን'ያ። ብኣምሓርኛ ስለዝተዛረበታ። ናብኣ ኢላ ኣይሓሰቡዶን። ጐረባብቶም ኣምሓሩ ስለዝኾኑ። ሓበሬታ ደልያ ዝመጸት'ዩ መሲሉዎ።

"መኣዛ ትበሃሊ ንስኺ ዲኺ?" ዘውዲቱ ሓተተት። ኣዒንታ ኣብ ገጽ መኣዛ ተኺላቶ'ያ። ጽብቕቲ ድያ ኣይጽብቕትን ከተረጋግጽ ድልየት ነበራ። እንተኾነ ። ምሉእ ብምሉእ ክትዕዘባ ኣይከኣለትን። ምኽንያቱ። መኣዛ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ንዝወጽእ ዝነበረ ብርሃን ብሕቕእ ስለ ዝጋረደቶ። ኣብ ገጻ ዝዓረፈ ብርሃን ደብዛዝ ነበረ።

"እወ" ስንብድ ኢላ መለሰት መኣዛ። ኣምሓረይቲ ስማ ጠቒሳ ክትሓታ ኣይተጸበየትን። ናብኣ ዝመጽእ ኣምሓራይ ምስ ጸገማ'ያ እተተሓሕዞ። ሽዑ'ውን ንእለት በዓል ኣለማዮ ኣብ ኣዒንታ ውትፍ በሉ። ጨሪሱ ዘይተቐንጠጠ ስግኣት ብምሉእ ሓይሉ ክጸዓና ተፈለጣ። ዘረጋገጸቶ ዘይነበረ ኣብራኻ ረድ ረድ በላ። መኣዛ ምኽና ተቐላጢፉ ምንጋራ ድሒሩ ኣጠዓሳ። ንዝተዛረበቶ ክሒዳ። "ኣነ መኣዛ ኣይኮንኩን" ክትብል ተደናደነት።

"ከዘራርበቢ ደልየ ኔረ" ዘውዲቱ ካብ ሓሳብ መለሰታ። "ሕራይ' ኢላ ልዳት ክትገድፈላ ተጸበየት። ኣብ ልዳት ኮይና ብዛዕባ ዘምጽኣ ጉዳይ ክትዛረብ ኣይደለየትን። መኣዛ ግን ካብ ልዳት ፍንትት ኣይበለትን። ስግኣታት ክትዛረባ ከም ዝደለየት ክትግምት ኣብ ሓሳብ ተጸሚዳ ነበረት።

"ዝበልኩኺ ሰሚዕክኒ! ከዘራርበኪ ዝደለኹዎ ጉዳይ ኣሎ" በለት ደጊማ።

"ብዛዕባ እንታይ?" ሓተተት መኣዛ። ንዘውዲቱ ስለዘይትፈልጣ ክተእትዋ ፍቓደኛ ኣይኮነትን።

“ተጠራጢርኪ መስለኒ” በለት ዘውዲቱ። “ገዛ ኣቲና እንተተዛራረብና ይሓይሽ ኢለ’የ” በለታ ድርቕ ኢላ። “እተዊ ስለ ዘይበለታ ባህ ኣይበላን። ጥርጣረኣ ምስ ረኣየታ መሊሱ ዛየደ።

“ኣይተጠራኣጠርኩን። ናይ ድሓን ዲኺ?” ስንባደኣ ክትከዋውል እናፈተነት ሓተተታ። ክተረጋግጽ እምበር ናይ ድሓን ከም ዘይኮነ ነብሳ ነጊርዎ ነበረ።

“ናይ ድሓን’ዩ ። ዋላ ሓንቲ ዘፍርሕ ነገር ኣይኮነን።” ካብ ኣፍደገ ከይትመልሳ ህድእ ኢላ ተዛረበት። ውሽጣዊ ስሚዒታ ግን ይንድር ነበረ። መኣዛ እናተጠራጠረት ልዳት ገደፈትላ። ዘውዲቱ ንውሽጢ ብምሕላፍ ብዘይ ፍቓድ ተቐመጠት። መኣዛ ኣብ መንጽራ ተቐሚጣ እትብሎ ተጸበየታ። ዘውዲቱ’ውን ብወገና እናደጋገመት ክትጥምታ ጀመረት። ሽዑ’ዩ መልክዓ ግልጽልጽ ኢሉ ተራእዩዋ። በለጠ ድማ ኣብ ዓይና ገጠመ። ጽቡቕት ከም ዝፈቱ ትፈልጦ ኢያ። መኣዛ ጽብቕቲ ምኺና ምስ ኣስተውዓለት ብቕኒኢ ሕርር በለት።

“ኣነ ኣይፈልጠክን’የ። ናይ ድሓን ዲኺ ደሊኽኒ?” መኣዛ ተረቢጻ ሓተተታ። ብጥርጣረ ነዊሕ ክትሕመስ ኣይደለየትን።

“ገዛይ ኣብዚ ቃኘው’ዩ። ብገጽ’ኳ ተራኣኢና ንፈልጥ ኢና።” ብምባል ዘረብኣ ጀመረት። መእተዊ ክኾና እምበር ምስ መኣዛ ዝተረኣኣየሉ እዋን ኣይነበርን። መኣዛ። ቤታ ቃኘው ምኺኑ ምስ ፈለጠት ። ስግኣታ ቅልል በለላ። በዓል ኣለማዮ ዝለኣኽዋ’ዩ መሲልዋ ነይሩ። በለጠ ጐረቤታ ምኺኑ ኣይፈለጠትን።

“እንድዒ! ኣነስ ርእየኪ ክብል ኣይክእልን’የ።” በለታ መኣዛ ። ብሓቂ እውን ርእያታ ኣይትፈልጥን’ያ። “ጭንኞ ጭንኞ ኢለ’ባ መምጺኢኺ ንገርኒ።”

“ስለምንታይ ተጨነቕኪ?” ብዓይኒ ጥርጠራ ጠመተታ። ዘጨነቕ ናይ በለጠ ጉዳይ ምኺኑ ብምግማት ኣስናና ሓርቀመት።

“ዘይትፈልጦ ሰብ ‘ዝዛረበካ ኣለኒ’ ክብለካ እንከሎ የጨንቕ’ዩ። ንስኺ ከምኡ እንተዘጋጠመኪ ኣይምተጨነቕክን?” ክትምልሰላ መንከሳ ደጊፋ ተጸበየታ። ዘውዲቱ ኣብ ክሳዳ ዝተንጠልጠለ ስጋ እናሓዘት ክትዛረብ ጀመረት።

“ዘጨንቕ እንተዘይብልካ እትጭነቕሉ ምኽናያት የለን” ብምባል መለሰትላ።

“ታህዋኺይ ብጭንቀት ኣይትጠምትዮ።” በልታ።

“ ንበለጠ ትፈልጥዮ ዲኺ?” ዘውዲቱ ናብ ጉዳያ ኣተወት።

“እ!...” መኣዛ ካብ ዝፈርሓቶ ስለ ዘይወጸት ሰንበደት። ውቅዒት ልባ ብሓንሳብ ሓነነ። “በለጠ” ነታ ስም ደጊማ ዓይና ፈጠት ኣበለቶ። ዘውዲቱ ስርኤል ኮይና ተሰምዓታ። ንኣለማዮ ኣሕሊፋ ክትህባ’ምበር ብጉዳያ ዝመጸት ኣይመሰላን። ክልቲኣን ኣብ ግምታዊ ጥርጠራ ተሸሚመን ነበራ።

“እንታይ ድኣ ኴንኪ ሰንቢድኪ?” ዘውዲቱ ብኣሽሙር ፍሽኽ በለታ።

“ዋላ ሓንቲ” መለሰት መኣዛ። ስም በለጠ ምስ ተላዕለ ኣይቀሰነትን። ዘውዲቱ በይና ዝመጸት ኣይመሰላን። ኣእምሮኣ ። ‘ኣብ ደገ ኣለው’ ኢላ ብዛዕባ ዝገመቶም ሰባት ይሓስብ ነበረ። ኣለማዮን በለጠን ። ዘውዲቱ ንመኣዛ ክትጽውዓሎም ዝለኣኽዎ’ዩ መሲሉዋ።

“ዘሰንበደኪ ጉዳይ ኣነ ፈሊጠዮ ኣለኹ። ከም ደቀንስትዮ ብግልጺ ክንዘራረብየ መጺኣኪ። ሕብእብእ ኣብ መንነ ክልቴና ግጭት ክፈጥር እንተዘይኮይኑ ካልእ ፋይዳ የብሉን።” በለት ዘውዲቱ ስጉድም ኢላ።

“እንታይ’ዮ’ሞ ክብለኪ? ጸገመይ ትፈልጥዮ እንተኼንኪ ምንጋር ዘድልየኪ ኣይኮነን።”

“በለጠ ሰብኣየይ’ዩ። ንዓይ ስለ ዘይጠቕመ ንዓኺ ክጥቅም ኢልኪ ኣይትሕሰቢ። መታለሊ ምኺኑ እፈልጠ’የ። ብመልሓሱ ኣታሊሉኪ ይኸውን’ዩ። ጓል ስለዝኾንኪ ድማ ዝፍረደኪ ኣይኮነን። ምኽንያቱ። ደቀንስትዮ

እንተኣፍቂርና ኣብ ልዕሊ'ቲ ዘፍቀርናዮ ሰብ ከም ንመልኣኽ እምነት ኣለና። ኣፍቃሪና ወናኒ ጽቡቕን ቅንዕናን ኮይኑ ይስምዓን። ኣብ ከምዚ። ኩለንትናና ክንልግሰሉ ቅሩባት ኢና። ዋላ እናታለለና…"

"ትዛረብዮ ዘለኺ ኣይተረድኣንን'ዛሓፍተይ " መኣዛ ተገሪማ ኣቋረጸታ።

"ዘውዲቱ'የ ዝበሃል። ኣእምሮኺ እንተኸፊትክዮ ክትርድእኒ ኢኺ።"

"ኖኖእ። በበይንና ዘለና ኮይኑ ይስመዓኒ'ሎ።"

"በለጠ ኣብዚ ቃኘው ምሳይ'ዩ ዝቐመጥ።"

"ኣበይ ?" መኣዛ ምዩቕ በለት። በዓል ደማ ጐረቤታ ምኺኑ ንመጀመርያ'ያ ተረዲኣ። ክትወጽእን ክትኣቱን ርሑቕ ተማዕዱ ከም ዘይነበረት ። ጸላእታ ኣብ ኣፍንጫኣ ተኹዲሞም ክጸንሑ ግምት ኣይነበራን።

"ሰብኣየይ'ዩ እኮ'የ ዝብለኪ ዘለኹ። ብወግዒ ኣይተመርዓናን'ምበር ተኣኻኺብና ብሓደ ኢና እንነብር። ብናቱ ጉዳየ'የ መጺአኪ ዘለኹ።" ኢላ ጠመተታ። ኣብ ገጽ መኣዛ ዝረኣየቶ ፍርሓት ንጥርጣረኣ ኣራጉድዎ ነበረ።

"እንታይ ክትብልኒ?" ብፍርሓት ጠመተታ። "ከማኺ ጓል ኣንስተይቲ ኢዩ። ከፍቅርን ክፍቀርን መሰል ኣለኒ። እዚ መሰለይ'ዚ ማንም ወገን ከኽብረለይ ግዴታ ኣለዎ። ብምፍርራሕ ዝኸውን ነገር ወላ ሓንቲ የለን። ንዘይኣምነሉ ኣይኣምነሉን'የ። ነዊሕ ተለሚነ'የ። ሕጂ'ውን ልመና እንተተደጋገመ ዝሰምዕ እዝኒ የብለይን።" መኣዛ ተቆጥዐት።

"ሃዲእኪ'ሞ ተዛረቢ። ከፈራርሓኪ ኣይመጻእኩን። ክንረዳዳእ ጥራይ'ዩ ድልየተይ። ኣነ'ውን ምስ ዘፍቀርክዎ ክነብር መሰል ኣለኒ። ማንም ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ልበይ ግራጭ ክትሰድድ ኣየፍቅድን'የ። ደጋጊመ ክሳብ መጨረሻ ክልምነኪ'የ። ድሓር ዝገብሮ ባዕለይ ይፈልጥ።" ኣፈራርሓታ።

"ስለምታይ ተፈራርሕኒ? ብሓይሊ ዝኸውን ነገራት ኣሎ ድዩ?"

"እንታይ ዳኣ! ሰብኣየይ ወሲድኪ ትም ኢለ ክርእየኪ?!" ከምኡ ትጽበዩ እንተለኺ ጌጋ'ዩ።"

"መን'ዩ ሰብኣይኪ? ኣነ ሰብኣይኪ ወሲደልኪ!? ኣብ በበይኑ ሓሳባት ከይንህሉ።" መኣዛ ተጠራጠረት።

"ዘረባ ምጥፍፋእ ትርጉም የብሉን። በለጠ ሰብኣየይ'ዩ እብለኪ ኣለኹ" ኣነጸረትላ።

"እንተኾነኸ…..ሰብኣይኪ ምኺኑ ንዓይ እንታይ የገድሰኒ!"

"መኣዛ። ሰብኣይ እንዳማትካ መንዚዕካ 'ኣይግድሰንን'ዩ' ምባል ኣብ ሕማቅ ከውድቐኪ ኢዩ።"

"ኣነ ዝወሰድክዎ ሰብኣይ የብለይን። ልክዕ'ዩ ብሓይሊ ከፍቅሮም ይግድዱኒ ኣለው' ኣነ ግን 'ፍቐሪ ብሓይሊ ኣይከውንን'ዩ' እብል ኣለኹ። ሓይሊ ህውከት ጥራይ'የ ዝፈጥር። በለት።

"በለጠ ድዩ ብሓይሊ ክግድደኪ ዝፍትን ዘሎ?" ሓተተታ ብጥርጣረ እናጠመተት።

"ክልቲኣም" መለሰትላ።

" መን ክልቲኣም?" ዘውዲቱ ተደናገረት። መኣዛ ዝበለታ ምስ ሰምዐት። ዘውዲቱ ካብ መጠን ንላዕሊ ተሓጐሰት። በለጠ ነታ ኣብ ቅድሚኣ ዝነበረት ምጭውቲ ጐርዚ ሒዙ ክትርእዮ ድልየት የብላን።

"ቀንዲ ኣለማዮ ዝበሃል ወትሃደር'ዩ 'ኣፍቂረኪ' እናበለ ዘጨንቐኒ ዘሎ። በለጠ ድማ ዓርኩ ስለዝኾነ ይተሓጋገዘ ኣሎ።" በለታ። ዘውዲቱ ክትኣምና ኣይከኣለትን። ዘረባ መኣዛ ሸፈጥ ኮይኑ ተሰምዓ።

"እንተተረዳዳእና ጽቡቐ'ዩ መኣዛ። ኣነ ክሳብ ኣብ'ዚ ክፍሊ ዝኣቱ ነብሰይ እቆጻጸር ኣይነበርኩን። ሰብኣይካ ምስ ካልእ ጓል ክትርእዮ ዝወሓጠልካ ኣይኮነን። ኣነ ንበለጠ ኣዝየየ ዘፍቅሮ። ሓሙሽተ ዓመት ብሓደ ጌርና ኣለና።

የፍቅረኒ ኣየፍቅረኒ ብዘየገድስ ካኣ ከም ሰብኣይን ሰበይትን ኹንና ሓሊፍናዮ። ኣነ ኣዝየ ስለዘፍቅሮ። ዝኾነት ጓል ክትወስደለይ ፍቓደኛ ኣይኮንኩን። ቅድሚ ናብ'ዚ ምምጽኣይ'ውን ምስ በለጠ ብዛዕባኺ ተዘራሪብና ኔርና።

"ብዛዕባይ....! እንታይ ኢልኩም?" እንተገረመት ሓተተታ። ንሳ 'ተሓቢኣ' እናበለት ኣብ ቅድሚ ገዝኣ ጥፍኣታ ክእወጅ ፈጺሙ ጥርጣረ ኣይነበራን።

"ዝተበሃሃልናዮ'ሞ ግደፍዮ። ምስ በለጠ ዘለኩም ርክብ ክትገልጽለይ'ዶ ትኽእሊ?" ዘገድሳ ጉዳይ ስለዝኾነ ናብኡ መለሰታ።

"ዋላ ሓንቲ ርክብ የብልናን። ሰብኣይኪ ዘሕደግኩኺ ድዩ ዝመስለኪ ዘሎ? እመንኒ። ኣነ ከምኡታት ጠባይ የብለይን። ኣነ ምስ በለጠ ዋላ ሓንቲ ርክብ የብለይን። ኣለማዮ ግን ንኽፍቅሮ ብሓይሊ የገድደኒ ኣሎ። ምስ በለጠ ዘላለየኒ'ውን ኣለማዮ'ዩ። ንሕኖ ኣለማዮ ኣይተቐበልክዎን፤ ዝቐበሎ'ውን ኣይመስለንን። ምኽንያቱ ካልእ ዘፍቅሮ ወዲ ኣለኒ። ኣለማዮን በለጠን ግን ንመልሰይ ኣይተቐበልዎን። የፈራርሑኒ። ምውጻእን ምእታውን ከሊኣምኒ ኣለው። ብዝርዝር ኣብርሃትላ።

"ኣይኣመንኩን መኣዛ።"

"ምእንቲ ክትኣምኒ ሓሶት ክዛረብ ኣለኒ ። ኣነ ሓቂ'የ ዝነግረኪ ዘለኹ። ንበለጠ እንተ ሓቲትክዮ'ውን ዝሓብኣልኪ ነገር ኣይኮነን። ስለምንታይ'የ እሞ ክሓብኣልኪ?" ጠመተታ።

"ንሱ'ሞ ምሳኺ ርክብ ከምዘለዎ ኣግሂዱ'ዩ ገሊጹለይ።" በለታ።

"እዋእ! ገዛይ'ኳ ዘይፈልጦ! ኣነ ካብ ክልቲኦም.." ተሓቢኣ ከምዘላ ክትዛረብ ሓሲባ ካብ ኣፋ ምልስ ኣበለቶ። "... ማለተይ ምስ ክልቲኦም ዋላ ሓንቲ ርክብ የብለይን።"

"ብዛዕባ ገዛኺ ዘይከውን ኣይትዛረቢ።" ኣብ'ዚ ምህላውኪ ዝሓበረኒ በለጠ'ዩ።"

"ከመይ ጌሩ ፈሊጡ?!" ዳርጋ ምስ ነብሳ'ያ ተዛሪባ። ዝን ብምባል ድማ ኣብ ሓሳብ ኣተወት።

"ርክብ ከም ዘለኩም'ውን ሕፍር ከይበለ'ዩ ነጊሩኒ። ሰበይቱ ስለዝኾንኩ ክሓብኣለይ ይግባእ ኔሩ። ምስ ኣዋጠርክዎ ግን ኩሉ ዳሕዲሕዎ።"

"ብሓቂ ነጊሩኪ እንተኾይኑ ከቕንኣኪ ዝገበሮ'ዩ። ኣነ ድኣ ንኣለማዮ ዘይተቐበልኩስ ንበለጠ ሕራይ ክብሎ?" ህድእ ኢላ ተዛረበት።

"ካብ ክልቲኦም መን'ዩ ዘሸግረኪ ዘሎ?... ደጋጊመ ምሕታተይ ኣይትጽልእዮ። ሓቂ እትርከበሉ ቦታ መዓሙቕ'ዩ። ክትረኽባ ድማ ንዕምቆታ ዝፍትሽ ሕቶታት ክትቅርብ ኣለካ።"

"ቀንዲ ኣለማዮ'ዩ። በለጠ'ውን ይተሓጋገዞ ኣሎ። በለጠ ግን ከመይ ጌሩ'ዩ 'ምስ መኣዛ ርክብ ኣለኒ' ኢሉኪ?" መኣዛ ዘረባ ዘውዲቱ ኣብ ጥርጣረ ሸመማ። ንበለጠ ኣብ ካምፖቦሎ ካብ መኪና ወሪዱ ኣብ ዘዘራረባ እዋን'ያ ንመጨረሻ ግዜ ርእያቶ። ብድሕሪኡ ገጹ ይኹን ገጽ ኣለማዮ ኣይረኣየትን። ዘውዲቱ ዝበለታ ሓሶት ከይከውን ተጠራጠረት። "ገዛና ንምእታው ዘምጽኣቶ ሜላ'ዩ እምበር ከመይ ጌሩ 'ርክብ ኣለና' ይብላ?" ብልባ ሓሰበት። "ምሳይ ዘለዎ ርክብ ከመይ ምኽኑ ኣይገለጸልክን?" ሓቅነት ዘውዲቱ ንምርግጋጽ ሓተተት።

"ብዛዕባ ርክብኩም ኣስፈሑ ኣይገለጸለይን።"

"ስለምንታይ ደኣ ዘይገልጸልኪ?"

"ዘረባ ብኣኺ ምስ ተላዕለ ኣብ መንጐኡ ተባኢስና። በለጠ ዓይኑ ዘዋር ስለ ዝኾነ ድማ እጥርጥሮ'የ። ስምኪ ምስ ኣልዓለለይ ድማ ርክብ ዘለኩም ኮይኑ ተሰሚውኒ። ወረ ክበኣሰኪ'የ መጺአ ኔረ።"

"ሕጂኸ ኣሚንኪ ዲኺ" በለታ።

“ብሓደ ስለ ዘለና ሓቅነትኪ ዘረጋግጹ መዓልታት ቀስ ኢሎም ክመጹ’ዮም። ሓደ ነገር ክገልጸልኪ ዝደሊ ግን። ብበለጠ እትመጻኒ ጓል ኣይጻወርን’የ።” ክትወጽእ ብድድ በለት።

“ድሓን ምስ በለጠ ርክብ እንተድኣ ርኢኽለይ ኣብ ልዕለይ ሕማቅ ክትፍጽሚ ትኽእሊ ኢኺ” ብምባል ማዕጾ ከፊታ ኣውጽኣታ።

ብድሕሪ’ዚ መኣዛ ሓንቲ ደቂቕ ኣብቲ ገዛ ኮፍ ክትብል ኣይከኣለትን። ቤታ ስለዝተፈልጠ መዕቆቢ ኮይኑ ኣይተሰምዓን። ማዕጾ ብመፍትሕ ዓጽያ ናብ’ቲ ኣዲኣ ዝሸቅጣሉ ማርቻፔዲ ጐየየት።

29 ክፋል

“ኣብ ቃኘው ዝነብር ኮይኑ ኣይስመዓንን። ምኽንያቱ። መንበሪኡ ኣብ’ኡ እንተዝኸውን ቀደም ምረኸቡኺ ። ክሳብ ሕጂ ኣይምተሓባእክዮምን።” በለት ኤልሳ ንመኣዛ እናጠመተት።

“ዝኾነ ኮይኑ እታ ዝፈርሓ ዝነበርኩ መጺኣትኒ። ድሕሪ ሕጂ ኣብ ኣስመራ’ውን ክነብር ኣይክእልን’የ።” ንብዓት ማንታ ማንታ ፈሰሰ።

“ኣይትብከዩ ኣቲ መኣዛ። ኣብ ገዛኺ ኢኺ ዘለኺ። ክሳብ ዝኾነ ዝኸውን ኣብ’ዚ ምሳና ትጸንሒ። ንባባን ንማማን ጸገምኪ ክነግሮም’የ።” ኣደዓሰታ ኤልሳ። “ኣደይ ሓረጉ ድኣ እንታይ ኢለን?”

“እንታይ ክትብል ኢያ’ሞ?! ካብ መጠን ንላዕሊ ሰንቢዳ። እንታይከ ዘይበለትኒ! ሓንሳብ እንዳሓትኖኺ። ሓንሳብ እንዳሓወቦኺ... እትዛረቦ ኣይትፈልጥን’ያ ። ክሳብ ሕጂዘይነገርክዎ ካኣ ጭንቕቲ ምኽና ስለዝፈለጥኩ’የ።” በለታ።

“እንታይ እዝግሄር ጸሊኡልና’ዩ ጓለይ! በቃ ወትሩ ክንሳቐ ክንነብር። ከም’ዚ ኢልካ ሂወት ኣይኮነን። ናብ ገዛና ከም ዝመጻእኪ ኣደይ ሓረጉ ፈሊጠን ድየን?”

“ነጊረያ’የ። ሓወቦይ እንተሓገዘና ከተዘራርቦ’ያ። ቁሩብ ገንዘብ እንተኣለቂሕዋ ንሱዳን ክትሰደኒ ትሓስብ ኣላ። ዋላ ኣብ ሱዳን ከዲመ እነብር።” ተስፋ ቆረጸት።

“ኣብኡ’ሞ መጀመርያ ብጽሒ።... ኣብ ወጻኢ ኣዝማድ የብልኩምን ድዩ? ሎሚ ኩሉ ሰብ’ዩ ዝተሓጋገዘ። ኣይኮነን ስጋኻ ጓና’ኳ ዘስግር ዘሎ።”

“ሎሚ ጓና ይሓይሽ ኤልሳ። ሓውኻ ድኣ ክሓልፈልካዶ ይደሊ ኮይኑ!.... ዝጠቕሙ ስድራ የብልናን። ይትረፍ ከስግሩ ደብዳቤ’ኳ ሰዲዶምልና ኣይፈልጡን’ዮም።’ ኣስተማሰለት።

“ሱዳን እንተኼድካ ከይፈተዉ ይሕግዙኻ’ዮም። ምኽንያቱ። ሓላፍነት ይስምዖም’ዩ። ካብ’ዚ ኢዮም ‘ንስዱን ሕለፍ’ ዘይብሉኻ እምበር። ሱዳን ምስ ኣተኻስ ኒሕ ይገብሩ’ዮም።”

“ካብ መጻወቲ’ዞም ኣምሓሩ ዝኸውን ዋላ ኣብ ሱዳን ምኽርታት ይሕሸኒ።.. ከም ሰበይ። እንታይ’ዶ ክኸውን’የ?! ኣብዚ ዓዲ’ዚ ተማሂርካ ሰብ ክትከውን ኣይትኽእልን ኢኻ።”

“ናብ ተጋደልቲ ዘይንኸይድ ኣቲ መኣዛ። ፍኖትን ግደይን ደቂ ትምህርትና ናብ ገድሊ ከም ዝኸዳዩ ዝወረየለን። ነዞም ርጉማት ኣምሓሩ ጠበንጃ ዓጢቕካ ከይጸረግካዮም ንሓዋሩ ሰላም የለን ኤልሳ ሓፍተይ።”

“በየን ጌርና ኢና’ሞ ክንከይድ? ኣስመራ ብብሎኮታት ተሓጺራ’ያ ። ‘ይለፍ’ ካበይ ከነምጽእ ንኽእል? ምእንታይ ኢልኪ ግን ኣብ ዘይመደብኪ ኣይትእተዊ።” በለታ።

“ኣየ መኣዛ! ንዓይሲ ጽባሕ ዘይከምኡ’ዩ ። ዓርክኻ ክላጸ እንከሎ ጭሕምኻ ማይ ልኽ ድዩ ዝበሃል። መግዛእቲ ክሳብ ዘሎ ኣብ ኤርትራ ቅሳነት የለን።.. ዮኤል ደንጉዩዶ ሓቀይ?”

“ገዛና ብልክዕ ይፈልጦ ድዩ? ጠፊእዎ ከይከውን። መኣዛ ተጠራጠረት። ዮኤል ። ቅያር ክዳን ከምጽእ’ዩ ናብ እንዳ መኣዛ ተላኢኹ።”

“ምጥፋእሲ ኣይጠፍአን’ዩ። ኣደይ ሓረጉ ናብ እንዳ ሓወቦኺ ከይደን ስኢኑወን እንተኾይኑ እንድዒ! መኣዛ ካኣ ተጋጊኺ እንዲኺ።”

“ኣነ ክነግረኪ ኢለ ጥራይ’የ መጺአ። ገዛኹም ክሓድር ሓሳብ ኣይነበረንን። ንዓኹም ኣብ ሓደጋ ከእትወኩም ኣይደልን’የ ኤልሳ ሓፍተይ። እዞም ሰባት ከይልክሙኹም።” ስግኣት ሓደራ። “ዘይከውን ኣትዛረቢ መኣዛ። ምሕዝነት ዓቢ ትርጉም ኣለዎ። ኣብ ጸበባን መከራን እንተዘይተሓጋገዝካ። ኣብ ካልእ ድኣ ኣብ ምንታይ ክትተሓጋገዝ ኢኻ?! ሰብካ ኣብ ግዜ ጸገምካን መከራኻን ኢኻ እትመዝኖ። ንሕና ብዙሓት ኣይኮንናን። ወርሒ ክልተ ወርሒ እንተገበርኪ ጸገም የብሉን። ባባን ማማን ጸገምኪ ምስ ኣዕለልክዎም ሰንቢዶም’ዮም።” በልታ ኤልሳ።

“እንታይ’ሞ ክገብር ኣቲ ኤልሳ! ቅርሱስ ዕድል ተዓዲሉኒ። ብዙሓት ኣዋልድ’ዶ የለዋን። ናባይ ዘምጽ”እ እንታይ ኔርዎም? ገዛና ክሓልፈላ ማለት መቸም ዘበት’ዩ።“ ንብዓታ ከዓወት።

“ኣብ ኩሉ ቅሳነት የለን መኣዛ ሓፍተይ። ኣየነይቲ ጓላንስተይቲ ቀሲና ክትዛወር ርኢኺ ኣለኺ። ወትሃደራት ክዛወሩ እንከለው ነብሰ-ስጋና ግፍፍ እንድዩ ዝብል። ኣብ ነብስኻ ምስ መጸ ስለ እተኽብዶ ኢዩ’ምበር። ኩሉ ኣብ ስቅያት’ዩ ዘሎ። በጃኺ ኣይትንብዒ ኣቲ መኣዛ!” ምንባዕ ስለዝቐጸለት ክትእብዳ ፈተነት።

“ካልእ ድኣ እንታይ ዓቕሚ ኣለኒ። ሕስብ ከብሎ እንከልኹ ትም ኢለ ሕማቕ ሕማቕ እሓስብ። ናይ ገዛና ሽግር መግለጺ የብሉን ኤልሳ ሓፍተይ። ጽባሕ ንግሆ ተማሂርና ክሓልፈልና’ዩ እናበልናስ እዚ!.....” ተነኽኒኻ ፊቕ በለት።

“እዚ ሽግር’ዚ ሓላፊ’ዩ ኣቲ መኣዛ። ከምኡ ጌርኪ ተስፋ ኣይትቑረጺ። ኣምላኽ ዝሓስቦ ጥራይ’ዩ ዝኸውን። ንሳቶም ኣብ ልዕሌኺ ሕማቕ ይሓስቡ ኣለዉ። ዝፍጽም ግን ኣምላኽ ጥራይ’ዩ። ዝሓለፈ ሰሙን ቀሲንኪዶ ኣይነበርክን። ነፍሲ-ወከፍ መዓልቲ ዕጫኣ ኣለዋ።” ብምባል ኣጸናንዓታ።

“ናተይ ኣይኮነን ዘጨንቕኒ ዘሎ.... ናይ ኣደይ’ዩ ኤልሳ።”

“ኣደይ ሓረጉ ዳኣ ኣንታይ ኮይኮና?... ናብ ገዛ ከይመጽወን ዲኺ? ‘የላን’ ይብልኣም።” በለታ ኤልሳ።

“ኣይትኽእሎን’ያ ኤልሳ ሓፍተይ። ኣይኮነን እዚ ረኺባ ንቐሊል ጉዳይ’ኳ ኣኽቢዳ’ያ እትርእዮ። ኣነ ድኣ ነዊሕ እንድየ ክኢለዮ።” ብምባል ርእሳ ነቕነቕት።

“ድሓን ድሓን። ሓድሽ ኩይኑወን ኢዩ’ምበር ክርስዕኦ’የን። ንስኺ ድማ ኣብ ቅድሚኣን ሽገርገር ኣይትበሊ። ”

ካንሸሎ ተኳሕኩሐ። መኣዛ ድምጺ ሰሚዓ ምዩቕ በለት። ኣብ ውሽጢ ከብዳ ዝኣተወ ራዕዲ ዳርጋ ተቐጻጺሩዋ ኢዩ። በዓል ኣለማዮ ከም ንፋስ ኣብ ኩሉ ዝበጽሑ’ዩ ዝመስላ ነይሩ።

“እንታይ ደኣ ኳንኪ?” ምዩቕ ምባላ እናተሓሳሰባ ኤልሳ ሓተተታ።

“እንድዒ! እንታይ ኮይነ ኢየ’ኸ?” መኣዛ ብነብሳ ተጠራጠረት።

“ከምኡ ጌርኪ ኣብ ከብድኺ ኣይተእትውዮ። ሰባት’ኮ ኢዮም። ሓይሎም ድሩት ምኽኑ ድማ ኣይትስሓቲ። ዋላ ሰይጣውንቲ ምኽኖም እንተዘይሰሓትኪ። ኣብ ቅድሚ መስቀል ደው ከምዘይብሉ ግን ኣይትዘንግዒ። ሂወት ሓንቲ’ያ መኣዛ። ሓንቲ ሞት ጥራይ’ያ ድማ እትረኽባ። ብፍርሓት ቀዲምካ ክትመውት ግን ጽቡቕ ኣይኮነን።” ነቐፈታ።

“ሓቅኺ ኢኺ ኤልሳ ሓፍተይ! ፍርሒ ክትቆጻጸረኒ መንገዲ ከም ዝኸፈትኩላ ይርድኣኒ ኣሎ። ኣንተኾነ ዓቕሚ ስኢነ ኤልሳ። ገዛና ክረኣዩኒ እንከለዉ ደጋጊመ እፈርሕ። በዓል ኣለማዮ ኣብ ልዕለይ ሕማቕ እንተፈጺሞም

እቲ ጸገም ንዓኣቶም'ዩ። ኣነ ንነብሰይ ጥራይ ኣይኮንኩን ዝነብር ዘለኹ። ናይ ኣደይን ኣሕዋተይን ሓላፍነት ኣለኒ። ሓላፍነትይ ከይተሰከምኩ ከይቁጸ'ዩ ፍርሒይ።" በለታ።

"ሓንቲ ኣይትኾንን ኢኺ። ሰብ እንተሰኣንኪ ፈጣሪ ሰብኪ ምኺኑ'ባ ኣይትረስዒ። ጸገም ከከም ዝመጸ ንሰብ ኣየጥቅዖን'ዩ። ዝበዝሐ ጸገም ብሓይሊ ኣምላኽ ይስገር'ዩ።... ማዕጾ ክኩሕኺሕዶ ኣይጸንሐን።" ተጠራጢራ ሓተተት ኤልሳ።

"ኣነ'ውን ሓንሳብ ከም ዝተኳሕኩሐ ሰሚዐ ነይረ።" ብምባል እዝና ጸለወት መኣዛ። ዮኤል ሳንጣ ተሰኪሙ ናብ ሳሎን ተቐልቐለ።

"ንስኻ ዲኻ ክትኩሕኩሕ ጸኒሕካ?" ኤልሳ ሓተተቶ።

"ሓንሳብ ኳሕኩሐ። ክፉት ምስ ጸንሓኒ ግን ኣትየ።" መለስ ዮኤል ተሰኪምዎ ዝመጸ ናይ መኣዛ ሳንጣ እናውረደ።

"ኣድኪመካ" መኣዛ ብስክፍታ ኣድመጸት።

" እንታይ ድኣ ደንጹኻ?" ኤልሳ ሓተተቶ።

"ኣደይ ሓረጉ ሻሂ ኢለን ወጠጥ ኢለናኒ። ንጓለን ሻሂ ከም ዘስተኽዋ መኣዛ ነጊራተን'ያ መስለኒ።" ፍሽኽ ኢሉ ንመኣዛ ጠመታ። መኣዛ ብፍሕሸው ገጽ ንጠመተኡ ዓጸፌታ መለሰት።

"ሻሂ ክትሰቲ እንተኺንካስ ድሓን። ወጺእን ከይጸንሓኻ እንዲና ተሰኪፍና። ምሳና ክትቅኒ'ያ ምስ በልካየን እንታይ ኢለን ደኣ?"

"ምስካፍ ደኣ ተሰኪፈን።" መለሰላ።

"ኣንታ ዋላ ኮበርታ ዲኻ ኣምጺእካላ?" ኤልሳ ተገሪማ ጠመተቶ። ምሳይ እንድያ እትሓድር። ነቶም ቆልዑ ኣሕዲግካዮም መጺእካ። ክረምቲ ምድሪ ኣብ ቁሪ ክሓድሩ።" በለቶ።

"እንታይ'ሞ ክብለን'የ። ከትርፍኡ ዝከኣለኒ ገይረ። እንተኾነ ። ባእሲ ምስ ገበርኡ ገዲፈየን።"

"በዓል መርሃዊ ኣትዮምዶ ጸኒሐምኻ" ሓተተቶ መኣዛ።

"ኣይኣተዉን። ኣብ ሓደ መዓልቲ ትናፍቕዮም ዲኺ?" እናተዋዘየ ፍሽኽ በለ።

"መኣዛ" ዮኤል ስማ ኣድሚጹ ናብቲ ተቐሚጣትሉ ዝነበረት ሳሎን ከይዱ ምስኣ ኮፍ በለ። ኣጻብዕታ ጨቢጡ ዓይኒ ዓይና ጠመታ። "ክትብኽዪ ዲኺ ጸኒሕኪ?" ዓይና ሸጉርቲ መሲሉ ስለ ዝረኣዮ ሓተታ።

"ኣይበኽኹን።" ፍሽኽ ኢላ መለሰትሉ። ንዝጨበጣ ኣጻብዕቱ እናዳህሰሰት ትኩር ኢላ ጠመተቶ። ከብዳ። ኣርሒቓ ከም እትፍለዮ ፎቕ ፎቕ በላ።

"ክትበኽዪ እምበር ጸኒሕኪ" ምዕጉርታ ብዝባን ኢዱ ኣናዳህሰሰ ጠሊ ንብዓታ ኣስትማቐረ። "ኣብዚ ምሳና ክትኰኒ ኢኺ ምሽ?" ዓይኑ ሰለምለም እናበለ ጠመታ። ብኣወንታ ርእሳ ነቕነቐት። "ዘፍቅሮ ወዲ ኣለኒ ዘይትብልዮም። ምሽ ትፈትውኒ ኢኺ መኣዛ?!" መኣዛ ኣብ ሓሳብ ከም ዝኣተወት ትም በለት።"መኣዛ ንዓኺ እንድየ። ኣይትፈትውንን ዲኺ?" ከይመለሰትሉ ንብዓት ሰዓራ። "በጃኺ መኣዛ ሓፍተይ" ሓቕሉ ኣብ ኣፍልቡ ኣጸግዓ።

"ኤልሳ ከይትመጽእ ዮኤል?" ኣብ ሕቑፉ ተሸጉጣ ኣድመጸት።

"ትምጻእ።" መንኩቡ ሰቕጥ ኣበለ።

"ደስ ኣይብልን'ዩ ኣታ ዮኤል' ካብ ሕቑፉ ወጺኣ ናብ ሳሎን ተጸግዐት።

“ሓንሳእ በሊ ስዓምኒ” እናሰምዓቶ ብዘይ መልሲ ትም ኢላ ጠመጠቶ። “መኣዛ ናፊቐኪ እንድየ ውዒለ! ብጣዕሚ’የ ዘፍቅረኪ። በጃኺ ስዓምኒ”

“ኣታ ዮኤል ኤልሳ ከይትርእየና”

“ኣይትራየናን’ያ።”

“እዋይ ንስኻስ! ክዕቆብ ኢለ መጺአስ ንኻልእ ዝመጻእኩ ክመስላ?”

“ከይተዛረብኪ ሕራይ እንተትብሊ ቀደም ተሰዓዒምና ወዲእና ምሃለና።” ዓይና ኣፍጥጥ ኣቢላ ፍሸኽ በለቶ።” ድሓን ዘይተፍቅርኒ እንተድኣ ኴንኪ ግደፍዮ።”

“ረስዓኒ ኣታ ዮኤል ሓወይ።” ኣሕነቐኒቓ ርእሳ ኣብ መንጎ ኣብራኻ ቀበረት።

“መኣዛ ስለምታይ እርስዓኪ? ክርስዓኪ ኢለ ድየ ኣፍቂረኪ።” ብምባል ብምስትንታን ተዛረባ። ዘረባኣ ዘይሓሰቦ ስለዝኾኖ ኣሰንቢድዎ ነበረ።

“ዮኤል ኣነ ኣብ ሓደጋ’የ ዘለኹ። ክልክመካ ስለዝኾንኩ ድማ እንተረሳዕካኒ ይሓይሽ።”

“ናይ ብሓቐኺ ዲኺ መኣዛ?” ክነብዕ ከም ዝደለየ ገጹ ሓዘን ወረሶ።

“እንታይ ደኣ’ሞ ክብለካ?! ኣነ ዕድለኛ ኣይኮንኩን። ንጸገም’ምበር ንፍቐርን ንሓጐስን ኣይተፈርጠርኩን።” በልቶ ተስፋ ብምቑራጽ።

“ኢሂ’ታ ኣለኹምዶ?” ኤልሳ ህሩግ በለቶም።

✡ ✡ ✡

“ኣነ’ኳ ይገርመኒ’ዩ ዘሎ። ጐረቤተይ ምኺና ከይፈለጥኩ ዓመታት ምጽንሐይ ዓሻ ከየቁጸረኒ ኣይተረፈን። ሰብ ናይ ብሓቂ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ነገር ብዙሕ ኣየስተውዕለሉን’ዩ። ርሑቕ ክጥምት’ዩ ግዜኡ ዘጥፍኡ። ነዛ ሰብ እዚኣ ኣበይ ዘየናደናያ!” ብምግራም ርእሱ ነቕነቐ በለጠ።

“ኣበይ’ሞ! ኣብ ኢድና ክትኣቱ ነይሩዋ። ሕጂ’ውን ከም ዐፍ ካብ ኢድና መሊቐያ። ከም ዝረኣኻያ ርእያትካ ድያ?” ሓተቶ ኣለማዮ።

“ርግጸኛ’የ ዝረኣየትኒ ኣይመስለንን። ዘውዲቱ ግን ኣብ’ቲ ገዛ ክትኣቱ ሰባት ርእዮማ ኣለዉ። ኣነ ከተረጋግጸለይ እንተሓበርኩዋ። ንሳ ብዓይኒ ጥርጣረ’ያ ጠሚታቶ። ቅንኣት ስለዘለዋ ድማ ኣብ ገዝኣ ከይዳ ነጊራታ ትኸውን።” በሎ።

“ስለምንታይ ግን ከምኡ ትገብር? ንስኻኽ ናትካ ጉዳይ ከም ዘይኮነ ዘይተረድኣ።” ኣለማዮ ሓረቐ።

“ኣየ ኣለማዮ! ንዘውዲቱ ትፈልጣ እንዲኻ። ሓንሳብ ኣንተሓሪቓ ዋላ እንተተዛረብካያ ኣይትሰምዓካን’ያ። ገዛ እትው ምስ በልኩ ከም ሓዊ ነዲዳ’ያ ጸኒሓትኒ። ከረደኣ ዝገበርከዎ ፈተን ኣይተዓወተን። ኣብ መጨረሻ ኣነ’ውን ሓሪቐ። ካብኡ ኣይትሕለፍ እንታይ’ዶ ክትገብረኒ’ያ?! ንሳ’ያ ከሲራ- ኣነ ዝኸሰርከዎ ነገር የለን።”

“ኣብዚሕካዮ ኢኻ ኣንታ በለጠ። ንኣልማዝ ምስ ረኸብካ ምግዳስ ኣቢኻያ። እዚ’ኳ ንሳ ኮይና ተጻዊራትካ።”

“ኪዲ በላ! እንታይ ትጻወረንን ዘይትጻወረንን ድኣ። ኣነኸ ኣንታይ’ዶ ረኺበ’የ? ፍቐሪ ዘይብለይ ዓመታት ሓቀፉያ ክኸይድ ምጽዋር’ኮ ኢዩ። ከምዚ ዝገብር ወዲ ኣሎ ድዩ? ክሳብ ሕጂ ምሳይ ምጽናሓ ንፈጣሪ ክተመስግን’ዩ ዝግብኣ። ከም በዓል ዘውዲቱ ዝኣመሰላ ኣብ ዓይኒ ወዲ ተባዕታይ ዘይኣትዋ ደቀንስትዮ። ዋላ ንሓንቲ መዓልቲ ምስ ወዲ እንተዕሊለን ከም ዓቢ ነገር ክቕጽርኡ ኣለወን።”

“ሕጂ ኣኺሉኩም ድዩ ማዕዶ ንማዕዶ ሰፊርኩም?”

“እንታይ ድኣ! ኣነ ካብ ተዋስኦ ፍቕሪ ኣምላኽ ምሑሩኒ’ሎ። ንሳ ከኣ ካብ ወትሩ ክትጥርጥረኒ ትነብር ውሑድ መዓልቲ ነቢዓ እንተረስዓትኒ ይሕሻ።”

“መስጣ ዝወርድ ኣንተኾይኑ መቸም ንስኻ ኣይትሓድርን ኢኻ።”

“መስጣ ዝበሃል የለን ኣለማዮ። ልብና መስጣ ኣለዎ ኢላ ከተፍቅር ካብ ዘይከኣለት። ዝበለትና ክንእዘዛ ንቡር’ዩ። ንዘውዲቱ ዋላ ከፍቅራ እንተሓሰብኩ ኣይክእልን’የ ኣለማዮ። ንኽይተፍቅራ ዝከላኽልን ዝነጽግን ዋልታታት ኣብ ቅድሚ ሰብነታ ኣሎ። እዚ’ዩ እቲ ጸገም።”

“ኣየ ንስኻ! ናይ ክልቴኹም ምብኣስ ናተይ ርግቤት ከም እትነፍር ስለ ዝገበረ’ዩ እቲ ጸገም። ሕጂ ንመኣዛ ኣበያንይ መሸጐራጉር ኢና ክንረኽባ?” ሓተቶ።

“ኣልማዝ ዓቢ ተራ ክትጻወት’ያ በለጠ። ኣብ እንዳ ኣዛማዳ ተዓቑባ ከም ዘላ ሓበሬታታት በጺሑኒ ኣሎ። ኣልማዝ ናይ መሓዝኣ ገዛ ከይተረፈ ከም እትፈልጦ ሓቢራትኒ ኣላ። ንዓኣ ሒዝና ከነላፋልፋ ኢና። እንተኣብያ ድማ ኣብኣ ትረኽባ። ንጓል ኣንስተይቲ ርህራሄ ምርኣይ ጽቡቕ ኣይኮነን። ‘ተመን መሲሉኒ’ እናበለት ሰይጣን ትጽወዓልካ። ”

“ገዛ መሓዛኣ ትፈልጦ’ያ?” ኣለማዮ ገጹ በርህ። “በል ግዜ ክንወስድ የብልናን። መሓዛኣ ፈትያ ኣይፈትያ ዘላቶ ክትሕብረና ኣለዋ። እንተዘይኮነ ንሳ ክትፍደዮ’ያ።”

“ሕጂ ርህራሄ ዝበሃል ኣይንገብርን ኢና። ንመኣዛ እንተረኺብናያ እታ እንኮ ፍታሕ ምጭዋይ ጥራይ’ያ። ነዊሕ እዋን ዘታለለትና ይኣክል። በሊሓ ዘይኮነት ንሕና ስለዝዓሸናን ዝራህራህናን ኢና ክሳብ ሕጂ ጸኒሓ ዘላ። ወትሃደር ርህሩህን ለማንን ክኸውን የብሉን። ደቀንስትዮ ድማ እንታይ ክብረት ኣድልይወን’ዩ።”

“ምስ ዘውዲቱ ምስ ተበኣስካ’ምበር ንኹለን ደቀንስትዮ ጸሊእካየን። እሞ ናብ ኣልማዝ መዓስ ክንከይድ?”

“ሕጂ ንዓናይ! ገዝኣ እንተ’ርእያትና ውሳኔና ኣብዛ ሰሙን’ዚኣ ክትግበር ኣለዎ።” ክልቲኦም ብድድ ኢሎም ተንስኡ። ካብ ጸጸራት ድማ ንማእከል ከተማ ተበገሱ።

30 ክፋል

መኣዛ ካብ ገዛኣ ሃዲማ እንዳ መሓዛኣ ካብ እትዕቆብ ሳልሳይ መዓልታ ኰይኑ። ኣዲኣ ንሱዳን ክሰድኣ ገንዘብ ዘለቅሐን ንምርካብ ዝገበርኦ ፈተነ ኣይተዓወታን። ሓውቦ መኣዛ ካብ 500 ብር ንላዕሊ ክህበን ከምዘይክእል ስለዝሓበረን። ናይ መጨረሻ ተስፋኡን ቅሂሙ። መነባብሮ ኣደይ ሓረጉ ይፈልጦ’ዩ። ሓሙሽተ ሽዱሽተ ሸሕ ብር እንተሂቡወን ክመልሳሉ ዓቕሚ ከምዘይብለን ስለዝኣመነ’ዩ ከለቅሐን ዘይደለየ።

ድብንብን ዝብለ መሬት። ብርሃን ናይ ጸሓይ ኣይረኽበን። ስዓት ትሸዓተ ክንሱ ጸሓይ ብደበና ተቐቢራ ነበረት። መኣዛ ኣብ ሳሎን ኮፍ ኢላ ብሓሳብ ኣርሒቓ ከይዳ ነበረት። ቀዳም ስለዝነበረ። መሓዛኣ ምስ ሓፍታ ንኣስቤዛ ንሹቕ ወሪደን’የን። ዮኤል ኣብ መንጎ ቀበሌታት ዝካየድ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ክዕዘብ ኣብ ምብጋስ እንከሎ’ዩ መኣዛ ትክዝ ኢላ ርእይዋ።

“እንታይ ደኣ ትሓስቢ ኣለኺ?” ደው ኢሉ ትኩር ኢሉ እናጠመተ ሓተታ። ዝተጸወገ ገጻ ምስ ረኣየ ስምዒቱ ስለዝተተንከፈ ናብኣ ቀሪቡ ጥምር ኣቢሉ ሓቐፋ። “ኢሂ መኣዛ ኣይደሓንን ዲኺ?” በእዳዉ ጸጉራ እናመሸጣ ተዛረበ። ሙቐት ኣካላታ ኣብ ምሉእ ሰብነቱ ተዘሪኡ ስምዒቱ ንላዕሊ ደየበ።

“ድሓን’የ ዮኤል” ብሸምጣ ንዝሓለፈ ኣእዳዉ ጨቢጣ ብሕዙን ቃና መለሰትሉ። ኣብ መንጎ ፍቕርን ስክፍታን በቲ ሓደ። በቲ ካልእ ድማ ኣብ ስግኣት ወዲቕ ኣበይ ከም እትዓልብ ኣይፈለጠትን። ኣብ እንዳ መሓዛኣ ክትዕቆብ ከም ዝመጸት ትፈልጥ’ያ። ምስ ዮኤል ብፍቕሪ ተኣሳሲራ ኣብ ትዕዝብቲ ክትወድቕ ድልየት የብላን። ፍቕሪ ዮኤል ኣሰኒፉ ተቐጻጺሩዋ እንከሎ። ብኒሕ ተጻዊራ ኣሕዋት ኮይኖም ክቕጽሉ ብተደጋጋሚ ገሊጸትሉ ነይራ። ኣብ ስግኣት እናነበረት ክተፍቅርን ክትፍቀርን ትኽእል ኣይነበረትን። ዮኤል ግን ብቐሊሉ ኣይተቐበላን። ንሳ’ውን ብኣፋ ክትዛረቦ’ዩ ቀሊል ኮይኑ ተሰሚዑዋ እምበር ኣብ ተግባር ከተውዕሎ እትኽእል ኣይነበረትን።

“ክትበኽዩ ዲኺ ጸኒሕኪ?” ብኢዱ ገጻ ጠውዩ ትኵር ኢሉ እናጠመታ ሓተተ። ኣዒንታ ሸጉርቲ መሲሉ። ናይ ድቃስ ምስኣን ምልክት ኣስተውዓለሉ። “ኣይደቀስክን ሓቀይ?.. ኣዒንትኺ ፈዚዞም ኣለዉ።”

“ብነብሱ ኢዩ’ምበር ደቂሰ’የ።” ዓራት ዘይመችኣ ከይመስሎ ኣመኻነየት። ብድሕሪኡ ዘይተቐጻጸረቶ ንብዓት ኣብ ኣዒንታ ፈሰሰ። ምሉእ ለይቲ ብሓንሳብ እናገሸት ቀም ኣየበለትን። ኣብ እንዳ መሓዛኣ ተዓቒባ ንነዊሕ ክትቅጽል ከም ዘይትኽእል ነብሳ ይፈልጥ ነበረ። ዋላ’ኳ ስድራ ቤት ኤልሳ ብሕማቕ እንተዘይረኣዩዋ። ግዜ ምስ ነውሐ ኣረኣእያኦም ከም ዝቕየር ኣይሰሓተትን።

“መኣዛ። በጃኺ ቁሩብ ክትጻወሪ ፈትኒ።” ንብዓታ በእዳዉ ደሪዙ ከጸናንዓ ፈተነ። ሓልዮቱ ስምዒታ ስለዝተንከፈ። ኣብ ኣፍልቡ ተሸጉጣ ክትንኽነኽ ጀመረት።

“ከመይ ገይረ ክጻወር ዮኤል? ከመይ ገይረ..” ብምሕንቕናቕ ስምዒታ ንደገ ኣውጽኣቶ። ኣዒንታ ከም ዘይነጽፍ ወሓዚ። ንብዓት ኣዛረየ።

“ካልእ ድኣ እንታይ ዝግበር ኣሎ...? ኣነ ዝሕግዘኪ እንተሎ ሓብርኒ።” ቀው ኢሉ ጠመታ። ገጽ መኣዛ ዝተሰላቸወ መንፈስ ተጻዒንዎ ነበረ። ብንቡር ዘይተመሸጠ ጸጉራ ፋሕ ፋሕ ኢሉ ረኣዮ።

“እንታይ ክትሕግዘኒ ኢኻ’ሞ ኣታ ዮኤል። ኣደይ ንሱዳን ክትሰደኒ’ዩ ድልየታ። እንተኾነ። መኽዲ ዝኾነኒ ገንዘብ ኣይረኸበትን። ኣብዚ ዓዲ ክነብር ኣይክእልን’የ። ኣነ ወይ ንሳቶም ሓዴና ክርሕቕ ኣለዎ።” በለቶ።

“ከምኡ ሓሳብ እንተለኪ ብሓንሳብ ዘይንኸይድ። ብዘይ መጠን’የ ዘፍቅረኪ። ብዓይኒ ፍቕሪ ንዓኺ ክጥምት መጀመርያ’ዩ። ዳርጋ ኩለንትናይ ተቐጻጺርክዮ ኢኺ። ካባኺ ተፈልየ ሓንቲ ለይቲ ዝሓድር ኮይኑ ኣይስመዓንን’ዩ።” ከምዚ ንመጨረሻ ግዜ ዝተፋነወቶ ብናፍቕት ጠመታ።

“ኣነ’ውን ኣብ ፍቕሪ ክወድቕ መጀመርያይ’ዩ። ብመልሓሰይ ‘ኣሕዋት ንኹን’ እንተበልኩኻ ናይ ልበይ ኣይኮነን። ኣሕዋት ክንከውን ዋላ እንተደለኽዎ ኣብ ውሽጠይ ዘለካ ቦታ ሓሳበይ ክፍጽም ኣየኽእለንን’ዩ። ሓደ ነገር ክብለካ ዝደሊ ግን። ንዓይ ክትብል ኣብ ሓደጋ ከይትወድቕ። ኣነ ካብ ሓደጋ ክሃድም ክብል’የ ኣብ ሓደጋ ዝወድቕ ዘለኹ። ንስኻ ግን ከማይ ኣይኮንካን።”

“ምሳኺ ዝረኸበ ይርከበኒ መኣዛ። ምስ እተፍቅሮ ብሓባር ሞት ምቕባል ጸጋ’ዩ። ከፍቅረኪ ሓሳብ ኣይነበረንን። ቀስ ብቐስ ኣብ ውሽጠይ እናዓኾኽኪ ከም ዓቢ ግምቢ ተሃኒጽኪ ኢኺ። ሕጂ ካባኺ ምፍልላይ ማለት ባዕልኻ ሞት ምዕዳም ኮይኑ’ዩ ዝስመዓኒ። ካብ እትፈትዎ ሰብ ምፍላይ ማዕረ ክንደይ ከቢድ ምኺኑ ዘፍቀረ ጥራይ ኢዩ ዝፈልጦ።”

“ሓቅኻ ኣለኻ። እንታይ ኢና’ሞ ክንገብር ኣታ ዮኤል? ኣብ ንጹህ ፍቕርናን ሰላማዊ መኣድናን ሓሳዳት መጺኡምና። ሕጂ ክሓስቦ እንከለኹ። ስለምንታይ ፈሊጠካ ኢለየ ዝሓዝን። ጸላእተይ ጥራይ ዘፈራርሑ ይመስለኒ ኔሩ’ሞ። ምስ ኣፍቀርኩ ግን ከይንፈላለ ክብል ስግኣት ኣብ ፍርሒ ኣውዲቑኒ ይርከብ። ክፍለየካ ኣይደልን’የ። እንተኾነ። ተገዲደ ከይፍጽሞ ግን እፈርሕ። ዋላ ተፈላሊና እንተተረሓሓቕና ወትሩ ብኣኻ ከም ዝጭነቕን ዝሓስብን ካብ ሕጂ ይርድኣኒ ኣሎ።”

“ከምኡ ኣይትበሊ መኣዛ። ኣምላኽ እንተኢልዎ ከይተፈላለና ብሓባር ክንነብር ንኽእል ኢና።” ብከንፈሩ ምዕጉርታ ሰዓመ። ትማሊ ለይቲ ሕቑፍ ኣቢለኪ እንድየ ሓዲረ።” ዕላሎም ናብ ካልእ ጠምዚዙ ፍሽኽ ክብላ ደለየ።

“እዋእ!” ዓይና ኣፍጠጠትሉ። “ኣነ ምስ ኤልሳ ዝሓድር ዘለኹ ድኣ ኣበይ ረኺብካኒ?!” ተገሪማ ከንፈራ ረምጠጠት። ካብ ዝነበራ ስምዒት ተገላጊላ ትኵር ኢላ ጠመተቶ። ገጻ ሕቡእ ፍሽኽታ ኣንጸባሪቑ ብንብዓት ዝተርከሰ ምዕጉርታ ኣብረቕረቐ።

“ብሕልሚ’የ ዝብለኪ ዘለኹ” ዮኤል እናሰሓቐ መለሰላ። ተሓጃቕሮም ኣፍ ንኣፍ ብምውህሃብ ነዊሕ ተጠማመቱ። “ፍቕሪ ኣብ ሕልሚ ጥዑም’ዩ መኣዛ ሓፍተይ።”

“ብጋህዲ’ውን ሕማቕ ኣይመስለንን። ከምዚ ናትና ቅሳነት ዝተሓረሞ እንተኾይኑ ግን ስቅያት’ዩ።” በለቶ።

“እንቐስነሉ ግዜ ይመጽእ ይኸውን።”

“እንድዒ!” ኣዕሚቔ ኣስተንፈሰት። ኣብ ሓሳብ ተሸሚማ ድማ ዕዝር በለት።

“እንታይ ድኣ ትም ኢልኪ? ሓሳብሲ’ባ ኣብ በይንኺ ይኹነልኪ። ብሓሳብ እትፈትሑ ነገር ስለዘየለ ድማ ምጭናቕ ትርጉም የብሉን። ዝወረደካ ተጻዊርካ ክትሓልፍ ጥራይ’ዩ ዘለካ።”

“ከቢድ’ዩ ዮኤል ሓወይ። ተደራራቢ ሽግራት ንኣእምሮኻ ኣናዊጹ ንናይ ተጻዋርነት መንፈስካ የላሕልሑ ኢዩ። ብጽፍርና ኢና ዓቢና። ኣደይ ኣብ ማርቻቬዲ ጸሓይን ንፋስን እናተሃርመት ከርተት ኢላ። ክልተ ኣሕዋተይ ድማ ልዕሊ ዕድሚኦም ሓላፍነት ተሰኪሞም ሰናቲም ክኣርዩ ይውዕሉ ኣለዉ።እዛ ስድራ እዚ ኹሉ ጸገም እናሕለፈት ካልእ ክውሰኻ ምፍጣርካ ዘጽልእ’ዩ።” በለቶ ንብዓት ዝቐጻጸረ ዓይና ኣፍዝዝ ኣቢላ። ስድራኣ እንተዘኪራ ዝዕገት ንብዓት የብላን።

“ዝግበር የለን መኣዛ። ወዲ ሰብ ብጽሕፍቶኡ ኢዩ ዝኸይድ። ጽሕፍቶ ድማ ራህዋን መከራን ዝፈራረቕዎ እምበር ናብ ሓደ ጥራይ ዝዛዘወ ኣይኮነን። ምስ ኤልሳቤጥ ሓፍተይ ምድቃስ ከመይ ረኺብክዮ?”

“ኤልሳ መሓዛይ.. ጽቡቕ።

“ኣነስ እቕንእ ኣለኹ ኣቲ መኣዛ። ሓደ ግዜ ካብ ዓረተይ ወሪደ ናብ መደቀሲኽን ክመጽእ እሓስብ’ሞ ተሰኪፈ ድማ ይሓድነ።”

“እዋእ! ዮኤል ጥዑይ’ባ ኣይኰንካን።”

“’ፍቕሪ ባዕልኻ እትዕድሞ ጽላለ’ዩ’ ክበሃል ኣይሰማዕክን ዲኺ?”

“እንታይ ክትገብር ክትመጽ። እንተመጺእካኽ..” ብሕፍረት ጠመተቶ።

“እንታይ ክገብር ድኣ ሕቑፍ ኣቢለኪ ምደቀስኩ። ከም ዝፈትወኪ ትፈልጢ እንዲኺ።”

እንሄልካ’ንዶ ሕጂ ሓቑፍካኒ። እንታይ ፍልልይ ኣለዎ ድዩ?” ፍሽኽ በለት።

“ኣብ ዓራትን ኣብ ሳሎንን በበይኑ’ዩ።”

“ኣነስ ሓደ ምኺኑ’የ ዝፈልጥ።” ሰሓቐት።

“ሓደ ከምዘይኮነ ሰሓቕኪ መስኪሩ ኣሎ። እንቋዕ ተፋቕርና ምሽ።”

“እንታይ’ሞ ኣታ ዮኤል። ንቕጽልዶ ትብለና ኢኻ?” ኣዕሚቔ ብምስትንፋስ ንታሕቲ ደነነት።

“ስለምታይ ኢኺ ከምኡ እትብሊ? ምእንቲ ከይቀስን ኢልኪ ዲኺ? ዘፍቀረ ሰብ ዝኾነ ከም ዘሰንብዶ እናፈለጥኪ! ኣይንፈላለን ኢና።” በላ ብርእሰ ምትእምማን። ስለዘሕረቀቶ። ሽምጣ ብምፍናው ናብ ማዕጾ ገጹ ከይዱ ደው በለ።

“ኣብ ውሽጠይ እንተትህሉ ስምዒተይ ክትርዳእ ምኽኣልካ። በይንኻ ዘፍቀርካ ይመስለካ እንተሎ ትጋገ ኣለኻ። ማዕረ ክንደይ ልበይ ብፍቕርኻ ተንቀጥቅጥ ምህላዋ ዝፈልጥ ኣነ ጥራይ’የ። ሓንቲ መዓልቲ’ኳ ክፍለየካ ድልየተይ ኣይኮነን። ጓል ኣንስተይቲ ብምኽነይ ሃህ ኢለ ክዛረብ ኣይከኣልኩን እምበር። ፍቕርስ ኣባይ’ኳ ምዓዘዘ።”

“ይርድኣኒ’ዩ። ኣነ ዘሕርቕኒ ዘሎ። ጽቡቕ ዘይወጸኪ ስለዝኾነ’ዩ። ጽቡቕ ምሕሳብ ጽቡቕ የምጽእ’ዩ።”

“ከም ስድራና ንጽቡቕ ዝተመነያን ዝሃረፋን የለን። እንተኾነ። ጽላሎታ’ኳ ከንጸላልወና ኣይከኣለን። ጽቡቕ ኣብ ዘይብሉ ባይታ ንመን ኢኻ ጽቡቕ ክትብሎ። እዚ ክመጸኒ ተጸብየዮ ድየ?” ከም እተቕጥዐት ገጻ ጸወገት።

“ኣይትኾርዩ’ሞ። ከኾርየኪ ኢለ ዝተዛረብክዎ ኣይኮነን።”

“ኮርየ ኣይኮንኩን ዮኤል። ሓሪቐ እንተተዛረብኩ’ውን በጨቕታ ናይ ዘለኽዎ ሂወት እምበር ብዘረባኻ ዝተፈጥረ ኣይኮነን። ኤልሳ ዝጠርጠረትናዶ ትመስል ኣላ? ትማሊ ኣጠማምታና ደስ ኣይበለንን።”

“እንታይ ክንገብር ርኢያትና? ከም ፍቐራት’ኳ ደገ ወጺእና ሻሂ ዘይሰተና። ነዚ ዝተዓብጠ ፍቐሪ ውሻጠ ከኣ ቀኒኣትሉ። ኣይትገደስላ ባዕላ ትፈልጥ።”

“ከምኡ ኣይትበል። ክትፈልጥን ክትጥርጥረናን የብላን። ምኽንያቱ። ብፍላይ ንዓይ ሕማቕ ኢዩ። ስድራኻ ብብዕልግና ክጥምቱኒ ይኽእሉ’ዮም። ካብ’ዚ ቤት ክፋኖ እንከለኹ ተመሳኒነ ክኸይድ’የ ዝደሊ።”

“ኤልሳ ንበዓል ማማ ከይትነግሮም ዲኺ ፈሪሕኪ? ፍቐሪ ኣይትፈልጥን ድያ? እንተጠርጠረትና ድማ ቀስ ኢለ ከረድኣ’የ።”

“እንታይ ኢልካ ከተረድኣ?!” ሰንበደት። “ኣታ ዮኤል ገርሂ እባ ኣይትኹን። ጓል። ጓል ምኺና ኣይተርፋን’ዩ። ኣነን ንስኻን ብፍቐሪ ምጽማድና ማንም ወገን ዝወሓጠሉ ኣይኮነን። ክልተ ፍቐራት ኣብ ልቢ ሰብ ብጽቡቕ ኣይጥመቱን ኢዮም።”

“ብዛዕባ ናብ ሱዳን ምኻድ ኣጸቢቕኪ ኣየብራህክለይን።” ንዘረባኣ ጐስዩ ከጨንቕ ዝጸንሐ ሕቶ ኣተንብሃላ።

“ሓሳብ ኣደይ ዝነበረ ንሱዳን ክትሰደኒ’ዩ። እንተኾነ። ሓውቦይ ክሕግዘኒ ቁሩብ ኣይኮነን።” ብሰንኪ ሓገዝ ምስኣን ናይ ኣዲኣ ሓሳብ ኣብ ምልክት ሕቶ ከም ዝወደቐ ኣብርሃትሉ።

“እንታይ’ዩ እቲ ሓገዝ ትብልዮ ዘለኺ? ገንዘብ ድዩ?” ሓተታ።

“ከምኡታት’ዩ።” ብስክፍታ ነገረቶ።

“ብዛዕባ ገንዘብ እንተኾይኑ ጸገም የለን። ናይ ማማ ወርቂ ክንሸጦ ንኽእል ኢና። ንስኺ ጥራይ ክልቴና ብሓንሳብ ክንከይድ ፍቓደኛ ኮኒ።”

“ስድራኻ እንታይ ክብሉኒ ዮኤል! ኣዋጽኣይ ከም ኣተኣታትዋይ ክኸውን ኣለዎ። ክንዲ ጽቡቕ ዝገበሩለይ ብወርቂ ኣዴኻ ንሱዳን ክኸይድ። ኣነ ፍቓደኛ ኣይኮንኩን። ንዘኾለሰኒ ኣእዳው ኣይነክስን’የ።”

“ኣነ ተማሃራይ’የ። ዋላ ኣብ ትርፊ ግዜይ ህጻናት እንተመሃርኩ ዝኽፈለኒ ገንዘብ ካብ ሻሂ ኣይሓልፍን’ዩ። ናይ ማማ ወርቂ ሎም ንሸጦ ጽባሕ ድማ ንትከኣላ።

“ኖኖእ! ኖኖእ!” ዘረባኡ ከይተረፈ ስግድግድ በላ።

ካንሸሎ ክኹሕኳሕ ተሰምዐ። ዮኤል ዘረባኡ’ኳ እንተዘይወድአ ካንሸሎ ክኸፍት ንደገ ወጸ።

“ዮኤል ወደይ ከመይ ቀኒኻ? ስድራ ከመይ ኣለዉ? ማዕጾ ምስ ከፈተ ወ/ሮ ሓረጉ ብሰላምታ ተቐበልኡ።

ንሰላምታኣን ዓጸፌታ መሊሱ። “እተዋ ማማ ሓረጉ። መኣዛ ኣብ ሳሎን ኣላ።” ብምባል መሪሑ’ውን ንሳሎን ኣተወ። መኣዛ ኣዲኣ ምስ ረኣየት ከም ማንቲለ ዘሊላ ኣብ ሕቑፈን ተጠምጠመት። መንኩበን ጠሚራ ድማ ፊቕ በለት።

“ኣብ ገዛኺ እንዲኺ ዘለኺ መኣዛ። ስለምንታይ ንማማ ሓረጉ ተጨንቕየን?” ዮኤል ተቐጥዐ።

“መኣዛ ጓለይ ከምኡ’ባ ኣይትግበሪ።” ርእሳ እናደረዛ ከጸናንዓኣ ፈተና። መኣዛ ካብ ሕቑፈን ተላቒቓ ተመሊሳ ኣብ ሳሎን ተቐመጠት።

“በዓል መርሃዊ’ኽ ድኣ ክርእዩኒ ኣይመጹን ድዮም?” ብዝተሓናነቀ ዘይንጹር ድምጺ ተዛረበት።

“ስራሕ እንድዮም ኣቲ መኣዛ! ደሓር ከኣ ዘይ ሰለስተ መዓልቲ ኢኺ ጌርኪ ካብ ገዛኻ እንተተፈሊኻ ነዊሕ ዝገበርካ ዝመስለካ ኮይኑ እምበር..። ኣብ ሸግር ኣእቲናኩም ዮኤል ወደይ” ናብ ዮኤል ብምጥማት ብስክፍታ ተዛረባ።

“ማማ ሓረጉ ከምኡ ኣይትበላ። መኣዛ ካብ ሓፍትና ንላዕሊ ኢና እንርእያ። ኣብ ሸግራ ክንተሓጋገዛ ድማ ግቡእና’ዩ።

“እንታይከ ክግበር..” ከም ጠበቐ ርእሰን ነቐነቓ። “መኣዛ ጓለይ ዘሳለጥክዎ ነገር የለን። ሰብ ሎሚ ንዓጽመ-ስጋኡ ዝሕግዝ ኣይኮነን። ዘይበጻሕክዎን ዘይሓተትክዎን ዓጽመ-ስጋ የለን። ወጮ እንተገልበጥካዮ ወጮ! ደኺመ ዘፍ ኢለ። ግዜ ክድርብየካ እንከሎ። እንተላይ ብእግሩ ይወድቀካ’ዩ።” ዝጨምጨማ ኣሚንተን ንብዓት ኣጽረራ።

“ንምሸቱ’ኸ እንታይ’ዩ ዝግበሮ? ጠመተተን። ወ/ሮ ሓረጉ ኣብ ሓሳብ ኣትየን ትም በላ። ዮኤል። ኣደን ጓልን ከይተሰከፉ ክዘራረባ ምእንቲ ኣብ ሳሎን ገዲፉወን ናብ ክሽነ ከደ።

“እንታይ ክግበር ድኣ ኣቲ መኣዛ?! ኣምላኽ ባዕሉ የውግሓልና እምበር። ሰብ ንዘይብሉ እዝኒ ጥራይ’ዩ ረዳኢኡ።”

“ክሳብ መዓስ ኣብ እንዳ መሓዛይ ክቕመጥ ትደልይኒ ኣለኺ! ጓና ንቑሩብ እዋን’ዩ ዝኾነካ። ኣደ እስከፍ ኣለኹ። ክሰልጠኪ እንተዘይኮይኑ። ዝረኽበ ይርከበኒ ንገዛይ ክምለስ’የ።”

“ናብ ገዛ ኣይትምለስን ኢኺ። ናብ ሓትኖኺ ዝፋን ንሓዝሓዝ ክወስደኪ ኢየ። ክሳብ ዝኾነ ዝኸውን ምስኣ ትጸንሒ። ካልእ ዝገብሮ የብለይን ኣዴኺ።” ኣስተማሰላ።

“ዙፋነይ ንርእሳ ሸግረኛስ ኣነ ተደሪበያ..”

“ዝበልዓታ ትበልዒ። ካባናዶ ከይትሸገር! ጮማን ብርንዶን ስለዘይለመድኪ ዝበልዓቶ ምብላዕ ኣይጽግመክን’ዩ። ንሳ ክብለኪ’የ መጺኡ።” ብድድ ኢለን ተንስኣ። መኣዛ ከተፋንወን ደድሕሪኣን ካብ ሳሎን ወጸት።

“ማማ ሓረጉ ሻሂ’ባ ስተያ። ንዓኽን እንድየ ዘፍልሕ ዘለኹ።” በለን ዮኤል ብኽሽነ ተቐልቂሉ።

ወ/ሮ ሓረጉ እናሰሓቓ። “ድሓን ዮኤል ወደይ ኣቀድም ኣቢለ’የ ቡን ሰትየ። ሻሂ ድማ ኣይቀርባን’የ።” መለሳሉ።

“ኣፋንየያ ክምለስ’የ ዮኤል።” በለቶ መኣዛ።

መኣዛ ንኣዲኣ ኣፋንያ እናተመልሰት እንከላ። ጻዕዳ ሰይ ቸንቶ መኪና ብሓይሊ ልጓም ተረጊጽዋ ሕጭጭታ ብምስማዕ ኣብ መንጽራ ደው በለት። ማዕጾ ተኸፊቱ ኣለማዮን በለጠን ናብኣ ክሰግሩ ተዓዘበት። ብስንባደ ኣብራኻ ደረቑ ምንቅስቓስ ኣቋሪጻ ደው በለት።

“ጫካ ዘይኣተኺ እምበር በዚ ንኣዋርሕ ዝጠፋእክዮ ‘ወንበዴ’ ክንሰምየኪ ዘይግባኣ ኣይኮነን።” በለጠ ምስ ተጸግዑዋ ተዛረበ። መኣዛ ብዘይካ ዓይና ምፍጣጥ ቃል ኣይተዛረበትን። “ሳላሕ ኢልኪ ኣብዛ መኪና እተዊ።” ኣብ ሽምጡ ዝነበረት ሽጉጥ እናረኣየ ኣፈራርሓ። ገና ክትምልስ ዕድል ከይረኸበት። ኣለማዮ ከም ጨርቂ ተሰከማ። መሬት ዝንቕንቕ ኣውያት ኣቃልሐት። ዝረድእ ግን ዋላ ሓደ ኣይተረኽበን። መኣዛ ብሓይሊ ኣብ መኪና ኣተወት። ዳርጋ ብምሉኡ ሓይላ ነታ መዓልቲ ወፊያቶ’ያ። ምስ ክልተ ሰባት ግን ኣይከኣለትን። ሰይ ቸንቶ ድማ ግዒራ ግዒራ ንከተማ ገጻ ተወንጨፈት።

<u>ናይ መወዳእታ ክፋል</u>

መኣዛ ብዝወጸቶ ከይተመልሰት ሽታ ማይ ኮይና ተረፈት። ኣበይ ከም ዝኣተወት ስለዘይተፈልጠ። ወ/ሮ ሓረጉ ዝሕዝኡን ዝጭብጥኡን ጠፍኣን። ዘይበጽሐኡ መደበር ፖሊስ ኣይነበረን። ጋሕጋሕ ምድሪ ኣፈን እኽሊ ከይለኸፈ ብዛዕባ ጓለን ከጣይቓ ይወፍራ። ድሕሪ ቀትሪ’ውን ኣብ ዘይበጽሕኡ ይግስግሳ። ስድራ ኤልሳ’ውን ሓገዞም ኣይነፈግወንን። መኣዛ ዘላትሉ ቦታ ንምፍላጥ ዝከኣሎም ጻዕሪ ኣካዱዶም። እንተኾነ። ዝተረኽበ ምንጪ ኣይነበረን።

“ድሕሪ ሽዱሽተ ወርሒ’ዩ። ወ/ሮ ሓረጉ ኣብ ማርቻቤዲ ተኾርሚየን ውራይ ሸቐጠን ይገብራ ነበራ። ኣብ ሓሳብ ጥሒለን ስለዝነበራ ድማ ። ናብኡን ዝተጸግዑ ክልተ ሰባት ኣየስተውዓላሎምን።

“ወ/ሮ ሓረጉ ንስኽን ዲኽን?” ክብዶም ክም ብጽሕቲ ወርሒ ንቐድሚት ዝመርሐ ጸሊም ሸማግለ ሓተትወን። ወ/ሮ ሓረጉ ሪእየንኣም ስለዘይፈልጣ። ስንብድ ኢለን ጠመትኦም። መሊሰን ኣዒንተን ናብቶም ጽሙእ ሰብነት ዝወነኑ ሰብኣይ ብምቐናዕ ኣተኰራ።

“እወ ኣነ።... ናይ ድሓን ዲኹም?” ብዘይ ቅሱን መንፈስ ሓተታ። ሽዱሽተ ወርሒ ‘ሎሚ’ዶ ጽባሕ እርዳእ’ እናበላ’የን ተጸብየን። ዘይፈልጥኦ ሰብ ስመን ጠቒሱ እንተኣዘራሪብወን ስንብድ’የን ዝብላ። ኩሉ ዝቐርበን “መኣዛ ጓልክን ሞይታ” ዝብለን’ዩ ዝመስለን።

“ኣይትሰንብዳ ኣጆኽን። ድሃይ ናይ መኣዛ ጓልክን ሒዝና ዝመጻእና ኢና።” እቶም ከብዳም ሰብኣይ ንታሕቲ ዝወረደ ስርኦም ሓፍ ከብሉ እናፈተኑ ኣበሰርወን።

“መኣዛ ጓለይ ብሂወት ኣላ!” ኣይሓጐስ ኣይሓዘን ቀዘዛ። “ኣበይ ኣላ?” ስለዘይኣመና ብኣካል ክርእይኣ ብምህንጣይ ሕቶ ኣኸተላ። ዘይተቆጻጸርኦ ንብዓት ካብ ኣዒንተን ኣንጀርበበ።

“ገዛ ንእቶ’ሞ ዘላቶ ክንሕብረክን ኢና።” እቶም ቀጢን ሰብኣይ ብዝተሰባበረ ትግርኛ ሓበርወን። ክልቲኦም ኣምሓሩ’ዮም። ወ/ሮ ሓረጉ ሸቐጠን ክእክብኦ ኣይተፈለጠንን። ሽዱሽተ ወርሒ ዝጠፍኦት ጓለን “ኣላ” ምስ ሰምዓ ሰብነተን ቀጥ ኢሉ’ዩ።

ወ/ሮ ሓረጉ መሪሐንኣም ንገዛ ምስ ኣተዋ። እቶም ረጉድ ጸሊም ሰብኣይ ዘረባ ጀመሩ።

“ጓልክን ምስ ወድና ሓለቓ ሚእቲ ኣለማዮ’ያ ዘላ። ጽቡቕ ድማ ኣላ። ረጉዳ - ተሰማሚዕዋ። ክምርዓዋ ይሓስብ ስለዘሎ ድማ ብወግዒ እንዳባ ክትህባና ኢና መጺእናክን።”

“ክምርዓዋ!.....” ስነን ገየጻ። “ሕጂ ድዩ ድኣ ክምርዓዋ ኢሉ ዝሓተኒ! ጨውዩ ብሓይሉ እንድዩ ወሲዱዋ....” ጐረሮኣን ብሕርቃን ተለኺቱ ዘረባ ኣቋረጸ።

“ስለ ዘፍቅራ’ዩ ከምኡ ገይሩ። ብሕማቕ ክትርእይኦ የብልክንን። ጓልክን ነብሰ-ጾር ስለዘላ ድማ ኩሉ ነገር ተወዲኡ’ዩ። ንሕና ክትህብኦ ጥራይ ኢና እነመኽረክን።” በሉ እቶም ቀጢን ሰብኣይ ሓላዪ ብምምሳል። ወ/ሮ ሓረጉ ‘ኣይ ኣይ’ ኢለን ኣልቀሳ። “በጃኽን ትምብ በላ። ንሕና እቲ ሓቂ ኢና ንዛረበክን ዘለና። ጥንሳ ናይ ሽዱሽተ ወርሒ ኮይኑ ኣሎ። ዘይተመርዕውኦ እንተድኣ ኴንክን ምስ ጓልክን ገጽ ንገጽ ክትርኣኣያ’ውን ኣይፍቀደልክንን’ዩ።”

“ሓቅኹም ግዜኹም እንድዩ! ኣራዊት ጓልካ እንተወሲዱዋ ንእትሓቶ የብልካን።” ተወዲኡወን። ዝመጸ ይምጻእ ብምባል ናይ ልበን ደርጉሓሎም።

“ከምኡ ጌርክን ኣይትሕረቓ። ዋላ ሕማቕ እንተተዛረብክን ንሕና ሰብ ንግምግም ኢና። ውሳኔኽን ኣፍልጣና’ሞ ክንከይድ።” እቶም ረጉድ ሰብኣይ ህድእ ኢሎም ኣፍለጥወን።

“ጓለይ ብሓይሊ ተመርዕይዋ’ዩ። ሕጂ ወሃቢትን ከላኢትን ኣይኮንኩን። ዘላቶ ሓብሩኒ ክርእያ ክኸይድ” በላኦም ትርር ኢለን።

“የቕንየልና ወ/ሮ ሓረጉ። ንሕና ጓልክን ዘላቶ ክነርእየክን ኣይመጻእናን።” ብምባል እቶም ቀጢን ሰብኣይ ብድድ በሉ።

“ኣነ ዝውድኦ ስለዘይኮንኩ። ምስ ዓጽመ-ስጋ ተዘራሪበ ክሕብረኩም’የ።” ኣማራጺ ስለዘይነበረን። ኣደይ ሓረጉ ለዘባ። ጓለን ዘላቶ ክፈልጣ ድልየት ነበረን።

“ጽባሕ ክንምለስክን ኢና።” እቶም ረጉድ ሰብኣይ ከብዶም እናደረዙ ናብ ልዳት ሰገሙ።

“ምሳኹም ድኣ ዘይከይድ። ጓለይ ርእየያ ምተመለስኩ።” ደድሕሪኦም እናስዓባ ሓተትኦም።

“ከምኡ ኣይተፈቐደልናን።” ክዛረባ ዕድል ከይሃብወን ገዲፎምወን ተዓዝሩ።

ወ/ሮ ሓረጉ ንካልኢታት ዕንድ ኢለን ድሕሪ ምቋም። ንገዛ ኣትየን ነጸልአን ተኽድና። ብዛዕባ ጉዳይ መኣዛ ምስ ስድራቤት ኤልሳ ክዘራረባ ድማ ንካምፓ ቮሎ ነቐላ። እዋን ምሳሕ ስለዝነበረ። ኣቦ ኤልሳ ኣቶ በራኺ ኣብ ገዛ ጸንሑወን።

“እንቋዕ ብህይወት ሃለወት። እንተዝቐትልዋ’ውን ዋላ ሓንቲ ክንብሎም ኣይንኽእልን ኢና። ወሳኒት ንስኽን ስለዝኾንክን ግን። እቲ ጉዳይ መውስቦ ንዓኽን’ዩ ዝምልከት።” ኣቶ በራኺ እንታይ ከም ዝብሉ ስለዝጠፍኦም እቲ ውሳነ ንወ/ሮ ሓረጉ ገደፍዎ።

“ምኽሪ ክትህበኒ’የ መጺኣካ በራኺ። ጓለይ ብሓይሊ’ዮም ወሲዶምዋ። ባዕሎም’ዮም ወዲኦሞ።”

“ከመይ ጌርካ’ዩ’ሞ ነዚኦም ዝወሃብ ኣቲ ሓረጉ.... ብወግዕስ እንድዒ።” ተጨነቐ።

“ናይ ሽዱሽተ ወርሒ ኣለዋ ኢሎምኒ። ሰበይቱ እንድዩ ገይሩዋ።”

“ዶ!....ባዕሎም ዝወድኡ ደኣ ኣንታይ ወግዒ ደልዮምሉ?”

“ጓለይ ዘይኢዳ ረኺባ...” ኣዒንተን ጸሞ’ቋ። “ቃል ኪዳን ይግበረላ እምበር በራኺ...”

“ኣንቲ እንተኣብዮምኻስ ዘይምስኣም ዘላ። ምስ ላምካ ዝወሰደ ዝብኢ ብዛዕባ ቆርበታ ኣይትዛረብን ኢኻ። እግዚሄር እኮ’ዩ ጸሊኡልና። ናብራና ናብራ ከልቢ ኮይኑ።” ኣንጸርጸሩ።

“እወ። ጽልኣት እግዝሄር’ዩ። ደሃይ ናይ ዮኤልከ? ዋላ ልበይ ጠፊኡኒ ኣይሓተትኩኹምን።”

“እዋእ! እዝግሄር ኣብ ሕማቕ ኣየውደቕን። ብሰላም ሱዳን ኣትዩ ኢሎሞ።”

“ጽቡቕ! ጽቡቕ!” ወ/ሮ ሓረጉ ተሓጐሳ።

✡ ✡ ✡

መኣዛ ብዘይ ድልየታ ብግዲ ሓዳር መስረተት። ተዓሚጻ ዝሓዘቶ ድቂ መዓልቱ ቆጺሩ ወዲ ወለደት። ዓወት ኢላ ድማ ሰመየቶ። ኣለማዮ ወዲ ምስ ወለድ ካብ መጠን ንላዕሊ ተሓጐሰ ። ንመኣዛ ዝገብረላ ጠፍኡ። ቅድሚ ምውላዳ’ውን ብክንክን’ዩ ዝሕዛ ነይሩ። ንስድራኣ ከይተረፈ’ውን ክናብዮም ጀመረ። ኣደይ ሓረጉን ደቀንን ሸቐጥ ከም ዝገድፍኡ ካኣ ገበረ። ሓላፊ ስንቂ ስለዝነበረ። ንስድራ መኣዛ ምንባይ ኣየጸገሞን። እታ ስድራ ካብ ቁሩብ ቁራቦ ናብ ጽጋብ ተሰጋገረት። እዚ ኩሉ ግን ንልቢ መኣዛ ከልዝብ ኣይከኣለን። መኣዛ። ምስ ኣለማዮ ካብ ድሙን ኣንጭዋን ምኺን ኣይተገላገለትን።

✡ ✡ ✡

ለካቲት 1990 ህዝቢ ኤርትራ ዓቢ ዓወት ዝተበሰረላ ወርሒ’ያ ። ስዕረት ዘይተርፍ ጥራይ ዘይኮነ። ደርጊ ካብ ኤርትራ ምሉእ ብምሉእ ከም ዝጽረግ ለካቲት ኣረጋገጸት። ድሕሪ ምትሓዝ ባጽዕ። ኣብ ኤርትራ ዝቕመጡ ዝነበሩ ኢትዮጵያውያን ሓደ ብሓደ ናብ ኣዲስ ኣበባ ክሃድሙ ጀመሩ። ኣልማዝ’ውን ሓንቲ ካብዚኣቶም ነበረት። ደርጊ ባጽዕ ንምምላስ ኣብ ዘካየዶ ፈተነ። በለጠ ኣብ ግንባር ጊንዳዕ ከም ዝተቐትለ ምስ ተረድኣት ። ኣብ ኤርትራ ዝተረፉ ከምዝየለ’ያ ኣሚና። ካብ እግሪ ተኽላ ዘዕበየታ ኣስመራ መልኣከ ሞት ዝተጻዕና ኮይና ተሰምዕታ። ኣብ ስንጭሮ ዝተደርበየ ሬሳ ኣፍቃሪኣ ብዓይነ ሕልና እናተቐጀላ ድማ ንኣዲስ ኣበባ ከደት።

ዘውዲቱ። ኣዝያ ተፍቅሮ ዝነበረት በለጠ ከም ዝሞተ ምስ ሰምዐት። ሓዘና ክትቆጻጸሮ ኣይከኣለትን። ኩሉ ኣብ ልዕሊኣ ዝወረደ ግፍዕታት ረሲዓ ድማ ንግሆን ምሸትን ዘረባኣ ምስ ንብዓት ኮነ። ኣብ ጥሪ 1991 ድማ መርኣያ ሓቀኛ ፍቕራ ዘመስከረ ተግባር ፈጺማ - ብቦምባ ነብሳ ፈንጂራ ንህይወታ መኽተምታ ገበረትላ።

✡ ✡ ✡

ሓሙስ ግንቦት 23 ልክዕ ስዓት 11፡30 ነበረ። ሰንበት 19 ግንቦት ዝጀመረ ኩናት ዝግ ኣይበለን። መኣዛ ካብ ስቅያታ ሓንሳብን ንሓዋሩን ዘናግፉ ኩናት ኣብ ደንደስ ዓራት ኮፍ ኢላ ትሰምዖ ነበረት። ሰለስተ ዓመት ዝገበረ ዓወት ወዳን ዓመቱ ዝረገጸ ናሆምን ግና እቲ ዝስማዕ ዝነበረ ናይ ከቢድ ብረት ድምጺ ኣይበራበሮምን። ኣለማዮ ቅድሚ ሓደ ሰሙን ናብ ግንባር ደቀምሓረ ምስ ከደ ኣይተመልሰን። መኣዛ ሽዑ ዝበላ ተዘኪሩዋ ኣብ ሓሳብ ተሸመመት።

“ግዳጅ ተባሂለ እከይድ ኣለኹ።” ብደገ ህሩግ ኢሉ እናላህልሀ’ዩ ተዛርቡዋ።

“ናበይ?” ከም ዝሰንበደት ቅልጥፍ ኢላ ሓተተቶ። ናበይ ምኻኑ ጠፊኡዋ ኣይነበረን።

“ናብዚ ኩናት። ወንበዴታት ብደቀምሓረ ኩናት ከፊቶም ኣለዉ።” ኣብ ዓራት ኮይኖም ዝጻወቱ ዝነበሩ ደቁ ሓደ ብሓደ ሰዓሞም። “ምናልባሽ እንተተመሊሰ ጽቡቕ እንተዘይኮነ ድማ ሓደራ እዞም ደቀይ።” ኢሉዋ ንደገ ወጸ።

መኣዛ ንዘሕለፈቶ ህይወት ዘኪራ ካብ ኣሚንታ ንብዓት ፈሰሰ። ንመጀመርያ እዋን መጻኢኣ ተራእዩዋ ሕንቕንቕ በለት። ህዝቢ ኣስመራ ክሕጐስን ከዕልልን እንከሎ። “ሰይቲ ኣምሓራይ” ተባሂላ ክትንጸል ተራእያ።

“ሕጂ ምስ ተመራሳሕኩ። እታ ኩልና ዝተመነናያ ናጽነት ድምጻ ተስምዕ ኣላ።” ተባሳጭያ ፊቕ ኢላ በኸየት። ዲም..ዲም.. ዝብል ዝነበረ ድምጺ ኣንፈቱ ክትርኢ ማዕጾ ከፊታ ንደገ ወጸት። እናቐረበ ይኸይድ ምንባሩ ኣስተውዒላ ገዛኣ ኣተወት።

ብደገ ትግዕር ዝንበረት መኪና ሞተረኣ ጠፊኡ። ማዕጾ ፈግ ኢሉ ተኸፍተ። መኣዛ ሰንቢዳ ልባ ናብ ክልተ ተገምዐ። ዝዘዋወር ደማ ስርሑ ከም ዘቋረጸ ነብሳ ዝሕልሕል በላ። መልኣክቲ ናይቲ ቤት ብዝተኸፍተ ማዕጾ ከም ዝሃደሙ። እቲ ቤት ከበደ።

“መኣዛ ወንበዴታት ናብ ኣስመራ ይግስግሱ ኣለዉ። ጠራንፊ ንኺድ። ንበዓል ዓወት ኣተንስእዮም።” ኣለማዮ ኣሚንቱ በርበረ መሲሉ ሸበድበድ ክብል ረኣየቶ። ካብ’ቲ ትሰምዕ ዝነበረት ሓይሉ ኩናት ይወጽእ ዝብል እምነት ኣይነበራን።

“ናበይ ክንከይድ?” ሓተተት መኣዛ ምርዳእ ኣብዩዋ።

“ብሱዳን ጌርና ናብ ኣዲስ ኣበባ ክንከይድ ኢና። መኪና በንዚን መሊኣያ ኣለኹ።” መለሰላ። መኣዛ ርእሳ ብሓጺን ከም ዝተሃርመት ተዘዝታ ተሰምዓ። ንዘረባኡ ሰሚዓ ካብ ኮፍ ኢላቶ ዝነበረት ኣይተንስኣትን።

“ተንስኢ’ባ ስምዕኒ።” ደቁ ክሳብ ዝበራበሩ ጨደረ። መኣዛ ፍርሓት ተሰምዓ። ኣብ’ታ ናይ መጨረሻ ዕምሩን ዕምሪ መግዛእትን ከይልክማ ሰግኣት።

“ኣነ ቆልዑት ሒዘ ከመይ ኢለ ክኸይድ? ንስኻ ሕለፍ’ሞ ኣዲስ ኣበባ ምስ በጻሕካ ከርክበካ ኣይሓይሸን?” ኣመኽነየት።

“ኣይከውንን’ዩ። እዚ ከይመጽእ ባጽዕ ምስ ተታሕዘት ኣደስ ኣበባ ክትጸንሕኒ ሓቢረኪ’የ። እዚ ስለዘይገበርኪ ሕጂ ምኽኒት ኣይቅበልን’የ።” ብቐይሕ ኣሚንቱ ኣፍጠጠላ።

“ኣነ ኣይከይድን’የ” መለሰትሉ መኣዛ ትርር ኢላ።

“ወንበዴታት ኣሕዋትኪ ይመጹ ስለዘለዉ ድዩ?” ከም ጨካን ኣራዊት ቀረባ። ደም ዝሰረቡ ኣሚንቱ ክነጥሩ ደልዮም ነበሩ። መኣዛ ብዓይኒ ምሕጽንታ እናለመነቶ። ተቐሚጣትሉ ካብ ዝነበረት ተንሲኣ ኣድሓርሓረት። ኣለማዮ ከም ነብሪ ዘሊሉ ብኽልተ ኢዱ ሓነቓ። መኣዛ ኣእዳው ካብ ክሳዳ ከተላቐቐ ብዘለዋ ዓቕሚ ተጋደለት። ኣለማዮ ደፊኡ ምስ ግድግዳ ኣላሃማ። ብጭቃ ዝተገድገደ መንደቕ ክፈርስ ከምዝደለየ ነዝ ነዝ በለ።

“ትኸዲ ዲኺ ኣይትኸድን?” ገዓረ ኣለማዮ። ብኣካሉ ናብ ሰይጣን ተቐየረ።

“ሕራይ ክኸይድ’የ።” መለሰት መኣዛ ዓይና ከዲና። መሬት ኣብ ርእሲኣ ስለ ዝዞረ ቋሕ ክትብል ኣይከኣለትን።

“ጠራንፊ ቆልዑ ድማ ኣተንስእዮም።” ነዝ ኣቢሉ ለቐቓ።

መኣዛ ከም ትጠራንፍ ኣምሲላ ማዕጾ ከፊታ ንደገ ወጸት ። ኣብ ደገ ዝነበረ ኣቑሑት ንገዛ ተእቱ ስለዝመሰለቶ ኣለማዮ ኣየድሃበላን። ሰላሕ እናበለት ኣብ መንነ ቅድሚ ገዝኣ ዝነበረ በለስ ኣትያ ተሓብአት። መሬት ብኽቢድ ጸላም ተዋሒጡ ነበረ። ብዘይካ ድምጺ ከቢድ ብረት ካልእ ዝስማዕ ኣይነበረን።

“መኣዛ! መኣዛ!” ኣለማዮ ክጽውዕ ሰምዓቶ። ሸበድበድ ይብል ስለዝነበረ። ኣብቲ ቤት ነዊሕ ክጸንሕ ከም ዘይክእል እምነት ነበራ። እናሰምዓቶ ትንፋሳ ሓብአት። “መኣዛ! መኣዛ!” እንደገና ብዓውታ ኣድመጸ። መልሲ ምስ ስኣነ ። ናብ’ቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝነበረ በለስ ቀረበ። “እርእየኪ ኣለኹ ውጺ!” ክድህላ ኢሉ ከም ዝረኣያ ጨደረ። መኣዛ ኣራግጻ እግሩ ይስመዓ ነበረ።

ኣለማዮ ሸጉጡ ኣውጺኡ ጥይት ኣሕለፈ። መኣዛ ሸጉጥ ክትምላእ ሰሚዓ ነብሳ ኣሰረት። ኣብ መንነ እቲ በለስ እንተተኩሱ ክሃርማ ስለ ዝኽእል ስግኣት ሓደራ።

“ ትወጺ እንተኼንኪ ውጺ። እንተዘይኮነ ክትኩስየ።” ከም ጅግና ዓው ኢሉ ደበለ። ከም ጽሉል ድማ’ዩ ዘዕገርግር ነይሩ።

መኣዛ ናብ ኣምላኻ ጸሎት ኣዕረገት። ተኩሱ ከይረኽባ ኣምላኽ ዋልታ ክኾነላ እናኣንቀጥቀጠት ለመነት።

“እንተዘይወጺእኪ ክትኩስ’የ። ሓደ ...ውጺ....ክልተ..” ትም ኢሉ ተጸበየ። ዝኾነ መልሲ ኣይረኽበን። “ክሳብ ዓሰርተ ዕድል ክህበኪ’የ። ሰለስተ...ኣርባዕተ....ሓሙሽተ.....ዓሰርተ።” ወዲኡ ተጸበየ። “ኣንቲ ሻርሙጣ ኣይትወጽን ኢኺ! ንዓኺ ምቕታል ቀሊል’ዩ። ድሕሪ ሕጂ ቁሊሕ ዝብለኪ ሰባኣይ የለን። ፈቲኺ ጸሊእኪ ሰበይተይ ኢኺ። ብትእዛዘይ ክትከዲ ግድን’ዩ።” ካዕካዕ ኢሉ እናስሓቐ በእጋሩ መሬት ደጉደጐ። ድሕሪኡ ንሰለስተ ደቓይቕ ድምጹ ኣትፊኡ ኣጽቀጠ።

መኣዛ ትርግታ ልባ ተቐጻጺራ ተኽታተለት። ድምጺ ናይ እግሩ ስለ ዘይሰምዐት። ከም ዘሎ ኣረጋገጸት። ንልባ ፈግ ዘበለ ድምጺ ጥይት ተቓልሐ። መኣዛ እሾኽ በለስ ከይፈርሐት ኣብ መሬት ተላሕገት። ንኻልኣይ ግዜ ኣብ ጥቓኣ ተተኩሰ።

“ሰላሳ ጠያይት ኣለኒ ክቐጽል’የ። ዘይሞትኪ እንትኼንኪ ውጺ።” ብምባል ቦታ እናፈለየ ዓሰርተ ጠያይት ተኩሰ። እንደገና ንሽጉጡ ጠያይት መልኣ። “መኣዛ ሞይትኪ ክትኮኒ ትኽእሊ ኢኺ። ሕጂ ድማ ጊደ ደቀይ’ዩ። ኣቦን ኣደን ዘይብሎም ካብ ዝተርፉ ይሙቱ። ደድሕሪኦም ድማ ተራይ ይኽውን።” በለ። መኣዛ ክትትንስእ ነግ - ፈረግ በለት። ኣለማዮ ናብ ጽሉል ተቐዪሩ ስለዝነበረ። ደቃ ከይቀትለላ ፍርሓት ተሰምዓ።

ኣብ ውሽጢ ገዝኣ ጥይት ከድምጽ ሰምዐት። “እውይ ደቀይ!” ዝረኸበ ክረኽባ ብድድ በለት። ድሕሪ ደቃ ናይ ህይወታ ኣየገድሳን። ብጉያ ኣብ ልዳት በጽሐት። መሪር ብኽያት ናይ ደቃ ኣብ ኣእዛና ኣቃልሐ። ቀስ ኢላ ማዕጾ ደፍኣት። ኣለማዮ ብኣፍልቡ ኣብ መሬት ተሰጢሑ ረኣየቶ። ደቃ ናብ ዝወደቐ ኣቦኣም ይጥምቱ ስለዝነበሩ። ተቐላጢፋ ብነብሳ ጋረደቶም።

“ዝሞትኩ መሲሉኪ ኣንቲ ሸርሙጣ” ኣለማዮ ካብ በጥ ዝበለሉ መሬት ተንሲኡ ኣብ ማዕጾ ደው በለ። “ካባኺ ኣነ እጐርሕ። ናብዚ’የ ተኩሰ።” ጥይት ዝተኮሰሉ ናሕሲ ኣርኣያ። መኣዛ ደሪቓ ዓንዲ ጨው ኮይና ስለዝነበረት። ዝብሎ ዝነበረ ኣይተረደኣን። ‘ሞይቱ’ እናበለት’ያ ብድድ ኢሉ። “ክስንብዱ ስለዝኽእሉ ካብቶም ቆልዑ ርሓቒ።” መኣዛ ትእዛዝ ፈጺማ ካብ ደቃ ተፈንተተት። ኣለማዮ ኣብ ግንባራ ኣነጻጺሩ ጥይት ተኩሰ። መኣዛ ንድሕሪት ራዕ ኢላ ተሰጥሐት። ዘደንቁር ውጫጨ ናይቶም ህጻናት ከይዓጀቦ ኣለማዮ መኪናኡ ኣልዒሉ ተጸርገፈ።

✡ ✡ ✡

ኤርትራ ካብ መግዛእቲ ሓራ ምስ ኮነት ድሕሪ ሓደ ሰሙን’ዩ ወ/ሮ ሓረጉ ጓለን ዝቐተለ ኣምሓራይ ክደልያ። ምሩካት ኣለውዎ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ክንቀሳቐሳ ጀመራ። ኣማኢት ኣሸሓት ወትሃደራት ኢትዮጵያ ናብ ሱዳን ክሃድሙ ከም ዝተማረኹ ሰሚዐን ነይረን። ህ.ግ.ሓ.ኤ ንምሩኻት ነጻ ስለ ዝለቐቐ። ኣለማዮ እንተተማሪኹ እቲ ዕድል ከየጋጥሞ ስለዝሰግኣ’የን ምንቅስቃስ ዝጀመራ።

ሓደ መዓልቲ “ኣብ ማይ ጭሆት ኣብ ዝርከብ እምኒ ዝጠሓነሉ ቦታ ምሩኻት ኣለዉ” ስለ ዝበለወን ናብኡ መጻ። ኣብ ካልእ ደልየን ንኣለማዮ ክረኽብኦ ኣይከኣላን። ኣብኡ ምስ በጽሓ ጉዳየን ንሓደ ኣብ ሓለዋ ዝነበረ ተጋዳላይ ሓበርኦ። ንሱ ድማ ሓለፍቱ ዘለውዎ ቦታ ሓበረን።

“ኣብ’ዚ ምሳና ሓለቓ ሚእቲ ኣለማዮ ዝበሃል የለን። እዞም ምሳና ዘለው ተራ ኣባላት’ዮም።” በለን ምዝገብ ገንጺሉ ዝራኣየለን ሓላፊ።

“ስሙ ክቕይር ይኽእል’ዩ።” መለሳሉ ወ/ሮ ሓረጉ።

“ክተለልይኦ ትኽእላ እንተኼንክን ኪዳ ረኣያ… ካልእ ዝግበር የለን።” ወ/ሮ ሓረጉ ናብቶም ምሩኻት ከዳ። ዓቕሊ ጽበት ስለዝነበረን እምበር። ብዝሒ ስለዝነበሮም ሓደ ብሓደ ክዕዘብኦም ጸገም’ዩ። ብዘይካኡ ብደሮና መልክዕም ተደዊኑ ነበረ።

ወ/ሮ ሓረጉ ናብ’ቶም ምሩኻት ምስ ተጸግዓ። ኣለማዮ ብማዕጾ ረኣየን። ስለዝፈርሐ ስሙ ቀዪሩ ተራ ኣባል ምኽኑ’ዩ ሓቢሩ። ኣብኡ ክመጻ ስለዝይተጸበየ’ውን ልቡ ፈር ፈር በለት። ከይርእይኦ ናብ ማእከል ኣተወ። ወ/ሮ ሓረጉ ኣብ መንጎ ሆጭ ዝበለ ምሩኽ ምልላዩ ኣጸገመን። ንብዓተን ደሪዘን ድማ ንቤተን ተመልሳ። መኣዛ ጓለን ካብ እትቕበር 12 ኣሕሊፉ ነበረት።

ንጽባሒቱ ንግሆ ሓላፊ ናይቶም ኣብ ሓለዋ ናይቶም ምሩኻት ተዋፊሮም ዝንበረኡ ተጋደልቲ። ንክልተ ካብቶም ምሩኻት ጸውዐ።

“ነዚ ብጻይኩም ኣልዒልኩም ቅበርዎ።” ኣዘዞም። እቶም ምሩኻት ብፍርሓት ኣንቀትቀጡ። “ኣይትፍርሑ። ንሱ ክሃድም ስለ ዝፈተነ’ዩ ተቕቲሉ።” በሎ። ንኣለማዮ ዝቕብሩሉ ባዬላን ኣፍራዛን እናቕበለ።